ዓንቀፅ 15 ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ጉባኤ አሰራርሓ

1. ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንት ናይቲ ጉባኤ ኣካቢ ይኸውን።
2. እቲ ጉባኤ ናይ ባዕሉ ፀሓፊ ይምድብ
3. እቲ ጉባኤ ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ይእከብ፣ ኣድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡ ተወሰኽቲ ኣኼባታት ክፅውዑ ይኽእሉ እዮም።
4. ካብ ናይቲ ጉባኤ ኣባላት ክልተ ሲሶ(2/3) እንተተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን።
5. እቲ ጉባኤ ኣብዝተሰማመዐሉ ጊዜ ውሳነ ብበዝሒ ድምፂ ይወሃቡ ድምፂ ማዕረ ብማዕረ ኮይኑ እንተተኸፋፊሉ ናይቲ ጉባኤ ኣካቢ ወሳኒ ድምፂ ይህልዎ።

ዓንቀፅ 16

ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንት ብመሰረት ሕጊ ነቲ ቤት ፍርዲ ናይ ምምሕዳር ሓላፍነት ኣለዎ። ብፍላይ፦

1. ነቲ ቤት ፍርዲ ይውክል፣
2. ነቲ ቤት ፍርዲ ኣድላይ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ይቆፅር፣ የመሓድር፣
3. ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ናይ ስራሕ ትልሚ ኣቐዲሙ ኣዳልዩ የቅርብ፣ ምስ ፀደቐ ኣብ ስራሕ የውዕል።
4. ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዳያኑ ይምድብ፣
5. ብመሰረት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዓንቀፅ 7 ቁፅሪ 4፣ ናይ መስምዒ ቦታ ይውስን፣
6. ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ጉባኤ ኣጀንዳ የዳሉ፣ ጉባኤ ይፅውዕ፣
7. ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ጉባኤ ናብ ናይቲ ክልል ቤት ምኽሪ ዘቕርቦ ረቂቕ ሕጊ የዳሉ።
8. ብመሰረት ናይዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 13 ቁፅሪ 3 ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ጉባኤ ክርከቡ ዝግበኦም ተኻፈልቲ ይውስን፣ ይፅውዕ፣
9. ገበን(ወንጀል) ንምክልኻልን ናይ ዳኝነት ስራሕ ንምጥንኻር ምስ ናይቲ ክልል ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ሓላፊ ጨንፈር ፍትሕን ምስ ሓላፊ ቤ/ፅ ዓቃቢ ሕግን ሓቢሩ ብምምኽኻር ይሰርሕ።
10. ብዛዕባ ናይቲ ቤት ፍርዲ ስራሕ ብእስታትስቲክስ ዝተደገፈ መግለፂ ክዳሉ ይግበር።

አንቀፅ 15 የክልል የበላይ ፍርድ ቤት ጉባኤ አሰራር

1. የክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት የጉባኤው ሰብሳቢ ይሆናል።
2. የጉባኤው የራሱ የሆነ ፀሓፊ ይመደባል
3. ጉባኤው በአንድ ዓመት አንድ ጊዜ ይሰበሰባል። አስፈላጊ በሚሆንበት ጊዜም ተጨማሪ ስብሰባዎች ሊጠሩ ይችላሉ።
4. ከጉባኤ አባላት ሁለት ሶስተኛ 2/3 ሲገኝ ምልአተ ጉባኤ ይሆናል።
5. ጉባኤው ከተስማማ ውሳኔ በድምፅ ብልጫ ይሆናል። እኩል ድምፅ በሚኖርበት ጊዜ የጉባኤው ሰብሳቢ ወሳኝ ድምፅ ይኖረዋል።

አንቀፅ 16

የክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት በህግ መሰረት የአስተዳደር ሓላፊነት አለው። በተለይም፦

1. ፍርድ ቤቱን ይወክላል፣
2. ለፍርድ ቤቱ አስፈላጊ የሆኑ ሰራተኞች ይቀጥራል፣ ያስተዳድራል ፣
3. የክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት የስራ ዕቅድ አስቀድሞ ያዘጋጃል፣ ከፀደቀ በኋላ በስራ ላይ ያውላል፣
4. የክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት ዳኞች ይመድባል፣
5. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 7 ንኡስ አንቀፅ 4 መሰረት የችሎት ቦታ ይወስናል፣
6. የክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት አጀንዳ ያዘጋጃል፣ ጉባኤ ይጠራል፣
7. የክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት ጉባኤ ለክልሉ ምክር ቤት የሚቀርበውን ረቂቅ ሕግ ያዘጋጃል፣
8. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 13 ንኡስ አንቀፅ 3 መሰረት በክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት ጉባኤ መገኘት የሚገባቸው ተካፋዮች ይወስናል፣ ይጠራል፣
9. ወንጀል ለመከላከልና የዳኝነት ስራ ለማጠናከር ከክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የፍትሕ ዘርፍ ኃላፊ ፣ ከዐቃቢ ሕግ ጽ/ቤት ኃላፊ አብሮ በመመካከር ይሰራል፣
10. የፍርድ ቤቱ ስራ በስታትስቲክስ የተደገፈ መግለጫ እንዲዘጋጅ ያደርጋል፣

11.ትምህርታዊ ዝኾኑ ነናይ ዓመቱ ፍርድታትን ውሳነታትን ተመሪፆም ክሕተሙ ይገብር።

12.ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ናይ ሕጊ መፅሄት ክዳሉ ይገብር፣

13.ኣብ ውሽጢ'ቲ ክልል ብዛዕባ ናይ ዘለዉ ኣብያተ ፍርዲ ኣካይዳ ስራሕ ዳኝነት፣ ንናይ ክልል ቤት ምኽሪ ፀብፃብ የቅርብ።

14.በዚ ኣዋጅ'ዚን ብካልኦት ሕግታትን ዝተወሃቦም ካልኦት ተግባራት ይፍፅም።

**ዓንቀፅ 17 ናይ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንት**

ናይ ማእከላይ ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንት ብመሰረት ሕጊ፣ ነቲ ቤት ፍርዲ ናይ ምምሕዳር ሓላፍነት ኣለዎ፣ ብፍላይ

1. ነቲ ቤት ፍርዲ ይውክል፣
2. ነቲ ቤት ፍርዲ ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ይቆፅር የመሓድር፣
3. ናይቲ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ናይቲ ስራሕ ትልምን ባጀትን ኣዳልዩ የቅርብ፣ እንተፀድቅ ኣብ ስራሕ የውዕል፣
4. ናይ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዳያኑ ይምድብ፣
5. ብመሰረት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዓንቀፅ 7 ቁፅሪ 4 ናይ መስምዒ ማጋባእያ ቦታ ይውስን።
6. ብዛዕባ ናይቲ ቤት ፍርዲ ስራሕ ብእስታስቲክስ ዝተደገፈ መግለፂ ክዳሎ ይገብር፣
7. ትምህርታዊ ዝኾኑ ናይ ዓመቱ ፍርድታትን ውሳነታትን ተመሪፆም ናብ ናይቲ ክልል ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክለኣኹ ይገብር፣
8. ናይ ማእኸላይ ቤት ፍርዲን ናይ ታሕተዎት ኣብያተ ፍርዲን ናይ ዳኝነት ስራሕ ኣካይዳ ፀብፃብ ናብ ናይቲ ክልል ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንት የቅርብ፣
9. በዚ ኣዋጅ'ዚን ብካልኦት ሕግታትን ዝተውሃብዎ ካልኦት ተግባራት ይፍፅም።

**ዓንቀፅ 18**

ናይ ወረዳ ቤት ፍርዲ ሓላፊ፣ ብመሰረት ሕጊ፣ ነቲ ቤት ፍርዲ ናይ ምምሕዳር ሓላፍነት ኣለዎ፣ ብፍላይ፦

1. ነቲ ቤት ፍርዲ ይውክል፣
2. ናይቲ ቤት ፍርዲ ሰራሕተኛ የማሓድር፣
3. ናይቲ ቤት ፍርዲ ናይ ስራሕ ትልምን ባጀትን ኣዳልዩ የቅርብ እንተፀዲቁ ኣብ

11.ትምህርታዊ የሆኑ የዓመቱ ፍርዶችና ውሳኔዎች ተመርጠው እንዲታተሙ ያደርጋል፣

12.የክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት የህግ መፅሔት እንዲዘጋጅ ያደርጋል፣

13.በክልሉ የሚገኙትን ፍርድ ቤቶች የዳኝነት ስራ አካሄድ በክልሉ ምክር ቤት ሪፖርት ያቀርባል፣

14.በዚህ አዋጅና በሌሎች ህጎች የተሰጡት ሌሎች ተግባራት ይፈጽማል።

**አንቀፅ 17 የማዕከላዊ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት**

የማዕከላዊ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት በሕግ መሰረት የፍርድ ቤቱን የመስተዳድር ኃላፊነት አለው በተለይም፦

1. ፍርድ ቤቱን ይወክላል፣
2. ለፍርድ ቤቱ አስፈላጊ የሆኑትን ሰራተኞችይቀጥራል፣ ያስተዳድራል፣
3. የማዕከላዊው ፍርድ ቤት የስራ ዕቅድ ና ባጀት አዘጋጅቶ ያቀርባል፣ ሲፀድቅም በስራ ያውላል።
4. የማዕከላዊ ፍርድ ቤት ዳኞች ይመድባል፣
5. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 7 ንኡስ አንቀፅ 4 መሰረት የችሎት ቦታ ይወስናል።
6. የፍርድ ቤቱ ስራ በእስተትስቲክስ የተደገፈ መግለጫ እንዲዘጋጅ ያደርጋል።
7. ትምህርታዊ የሆኑትን የዓመቱ ፍርድና ውሳኔዎች ተመርጠው ለክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት እንዲላኩ ያደረጋል፣
8. የማዕከላዊ ፍርድ ቤትና የበታች ፍርድ ቤቶች የዳኝነት ስራ አካሄድ ሪፖርት ለክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት ያቀርባል፣
9. በዚህ አዋጅና በሌሎች ህጎች የተሰጡትን ኃላፊነት በተግባር ያውላል።

**አንቀፅ 18**

የወረዳ ፍርድ ቤት ኃላፊ በሕግ መሰረት ፍርድ በቱን የማስተዳደር ኃላፊነት አለዉ በተለይም፣

1. ፍርድ ቤቱን ይወክላል፣
2. የፍርድ ቤቱን ሰራተኞች ያስተዳድራል፣
3. የፍርድ ቤቱ የስራ ዕቅድና ባጀት አዘጋጅቶ ያቀርባል፣ ሲፀድቅ በስራ

ስራሕ የውዕል፣
4. ናይቲ ቤት ፍርዲ ዳያኑ ይምድብ
5. ብዛዕባ ናይቲ ቤት ፍርዲ ስራሕ ብእስታትስቲክስ ዝተደገፈ መግለፂ ክዳሎ ይገብር፣ ናብ ናይ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንት ፀብፃብ የቕርብ።
6. ብናይ ዳያኑ ምምሕዳር ጉባኤ፣ ብናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲን ብናይ ማእከላይ ቤት ፍርዲን ፕሬዚዳንትታት ዝውሃቦ መምርሒታት ተግባራዊ ይገብር፣

**ዓንቀፅ 19 <u>እዚ ኣዋጅ'ዚ ዝፀንዓሉ ጊዜ፣</u>**

እዚ ኣዋጅ'ዚ ብነጋሪት ጋዜጣ ካብ ዝተሓተመሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዕ ይኸውን

29 ጥቅምቲ 1984 ዓ/ም

ገብሩ አስራት

ኣቦ ወንበር ቤት ምኽሪ(ባይቶ) ክልል ትግራይ

ላይ ያውላል፣
4. የፍርድ ቤቱ ዳኞች ይመድባል
5. የፍርድ ቤቱ ስራ በስታትስቲክስ የተደገፈ መግለጫ እንዲዘጋጅ ያደርጋል፣ ለማዕከላዊ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት ሪፖርት ያቀርባል፣
6. በዳኞች አስተዳደር ጉባኤ፣ በክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት እና በማዕከላዊ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንቶች የሚሰጠውን መመሪያ ተግባራዊ ያደርጋል።

**አንቀፅ 19 <u>አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ</u>**

ይህ አዋጅ በነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል።

29 ጥቅምት 1984 ዓ/ም

ገብሩ አስራት

የክልል ትግራይ ምክር ቤት ሊቀመንበር

www.abyssinialaw.com

1ይ ዓመት ቁፅሪ 4
1ኛ ዓመት ቁጥር 4

መቐለ ሕዳር 15/1985 ዓ.ም

ኣብ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ የሽግግር መንግስት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

ናይ ሓደ ዋጋ 0.50 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቑፅሪ 4
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 4
ገጽ 1

## ናይ ክልል ትግራይ ናይ ዳያኑ ምምሕዳር ጉባኤ ንምምስራት ዝወፀ ኣዋጅ ቁ. 4/1985 ዓ.ም

**ዓንቀፅ 1 ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ'ዚ ናይ ክልል ትግራይ ናይ ዳያኑ ምምሕዳር ጉባኤ ንምምስራት ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 4/1985 ዓ.ም ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

**ዓንቀፅ 2 ትርጉም**

1. ጉባኤ ማለት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ዝቖመ ናይ ዳያኑ ምምሕዳር ጉባኤ ማለት'ዩ።
2. ቤት ምኽሪ ማለት ናይ ክልል ትግራይ መሰጋገሪ ምምሕዳር ቤት ምኽሪ ማለት'ዩ።
3. ሕጊ መንግስቲ ማለት ናይ ክልል ትግራይ ሕጊ መንግስቲ(ህንፃ) ማለት'ዩ።

**ዓንቀፅ 3 ኣቃውማ**

ናይ ክልል ትግራይ ናይ ዳያኑ ምምሕዳር ጉባኤ ( ድሕሪ ሕዚ ጉባኤ እናተብሃለ ዝፅዋዕ) ብዚ ኣዋጅ'ዚ ቆይሙ'ሎ።

**ዓንቀፅ 4 ናይቲ ጉባኤ ኣባላት**

እቲ ጉባኤ እዞም ኣባላት ይህልዉዎ፦

ሀ. ናይ ላዕለዋይ(ጠቅላይ) ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንት ኣካቢ

## የትግራይ ክልል የዳኞች አስተዳደር ጉባኤ ለመመስረት የወጣ አዋጅ ቁ. 4/1985 ዓ.ም

**ዓንቀፅ 1 አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ የትግራይ ክልል የዳኞች አስተዳደር ጉባኤ ለመመስረት የወጣ አዋጅ ቁጥር 4/1985 ዓ.ም ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**አንቀፅ 2 ትርጉም**

1. ጉባኤ ማለት በዚህ አዋጅ መሰረት የተቋቋመው የዳኞች አስተዳደር ጉባኤ ማለት ነው።
2. ምክር ቤት ማለት የትግራይ ክልል የሽግግር አስተዳደር ምክር ቤት ማለት ነው።
3. ሕገ መንግስት ማለት የትግራይ ክልል ሕገ መንግስት ማለት ነው።

**ዓንቀፅ 3 ማቋቋሚያ**

የትግራይ ክልል የዳኞች አስተዳደር ጉባኤ (ከዚህ ቀጥሎ ጉባኤ እየተባለ የሚጠቀስ) በዚህ አዋጅ ተቋቁመዋል

**ዓንቀፅ 4 የጉባኤው አባላት**

ጉባኤው የሚኖሩት አባላት፦

ሀ. የክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት ሰብሳቢ

ለ. ናይቲ ክልል ዓቃቢ ሕጊ ቤ/ፅ ሓላፊ ኣባል
ሐ. ናይ ፍትሒ መምርሒ ሓላፊ ኣባል
መ. ናይ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንት ኣባል
ሠ. ናይቲ ክልል ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ቤት ፅሕፈት ሓላፊ ኣባል
ረ. በቲ ናይ ቤት ምኽሪ ኣቦ ወንበር ዝስየም(ዝፅዋዕ ኣባል)
ሰ. ናይቲ ክልል ናይ ጠበቓታት ተወካሊ ኣባል

**ዓንቀፅ 5** <u>**ናይቲ ጉባኤ ስልጣንን ተግባርን**</u>

1. ሀ. ኣብዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ዓንቀፅ 8 ንዝተሓበሩ ረቋሒታት ኣማሊኦም ዝርከቡ ሰባት በቲ ናይ ክልል ላዕለዋይ(ጠቅላይ) ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንት ኣቢሉ ዝርዝሮም ምስቀረበሉ ኣፃሪዩ ንዳኝነት ይመርፅ።

ለ.ብዛዕባ ናይ ዳያኑ ምዝውዋር(ምቅይያር)፣ ኣገልግሎት፣ መሃያ፣ ምድብን ዝመሳሰሉን ጉዳያትይውስን።
ሐ. ዳያኑ ዝምርሕሉ ናይ ስነ ምግባር መምርሒ የውፅእ፣
መ. ኣብ ልዕሊ ዳያኑ ናይ ስነ ስርዓት(ዲስፕሊን) ስጉምቲ ይወስድ፣ ከከም ኩነታቱ ካብ ስራሕ ክለዓሉ ይውስን፣
ሠ. ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ፣ ንኡስ ጉባኤ የቑም ፣ ስልጣኑን ተግባሩን ይውስን፣ መምርሒ ይህብ፣

2. እቲ ጉባኤ ሬጂስትራራት ይመርፅ፣ ይሾም ናይ ሬጂስትራራት ዲስፕሊን ፣ ምስንባት፣ ናይ መሃያ ኩነታትን ምስ እዚ ዝተተሓሓዙ ካልኦት ነገራትን ይውስን፣
3. እቲ ጉባኤ ኣብዚ ዓንቀፅ'ዚ ቁ 1 ን 2 ብዛዕባ ዝተጠቐሱ ጉዳያት ደምቢ ከውፅእ ይኽእል እዩ።

**ዓንቀፅ 6** <u>**ናይቲ ጉባኤ ኣካቢ ተግባር**</u>

1. ናይቲ ጉባኤ ኣኼባ ይፅውዕ፣ ይመርሕ፣
2. ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ንናይ ዳኝነትን ሬጂስትራርን ስራሕቲ ብቑዓት ናይ ዝኾኑ ውልቀሰባት ሽም ዝርዝርን ሓፂር ናይ ህይወት ታሪኽ መግለፂን ነቲ ጉባኤ የቕርብ፣
3. በቲ ጉባኤ ናይ ዝፀደቑ ናይ ላዕለዋይን ማእኸላይን ኣብያተ ፍርዲ ሕፁያት ዳያኑ ሽም ዝርዝር ናብ ናይቲ ክልል ቤት ምኽሪ ኣቦ ወንበር የቕርብ።
4. በቲ ጉባኤ ናይ ዝፀደቑ ናይ ወረዳ ቤት

ለ. የክልሉ ዓቃቢ ሕግ ፅሕፈት ቤት ሓላፊ አባል
ሐ. የፍትህ መምሪያ ሓላፊ አባል
መ. የማዕከላዊ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት አባል
ሠ. የክልሉ የመንግስት ሠራተኞች አስተዳደር ፅ/ቤት ሓላፊ አባል
ረ. በምክር ቤቱ ሊቀመንበር የሚሰየም አባል
ሰ. የክልሉ ጠበቃዎች ተወካይ አባል

**ዓንቀፅ 5** <u>**የጉባኤው ስልጣንና ተግባር**</u>

1. ሀ. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 8 ለተጠቀሱት ሁኔታዎች አሟልተው ለሚገኙ ሰዎች በክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚደንት አማካኝነት ዝርዝራቸው ከቀረበ በኋላ አጣርቶ ለዳኝነት ይመርጣል።

ለ. የዳኞች ዝውውር፣ አገልግሎት፣ ደመወዝ፣ ምደባ የመሳሰሉትን ጉዳዮች ይወስናል።

ሐ. ዳኞቹ የሚመሩበት የስነ ምግባር መመሪያ ያወጣል
መ. በዳኞች ላይ የስነ ስርዓት (የዲስፕሊን) እርምጃ ይወስዳል፣ እንደየሁኔታው ከስራ እንዲገለሉ ይወስናል።
ሠ. ለዚህ አዋጅ አፈፃፀም አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ፣ ንዑስ ጉባኤ ይሾማል፣ ስልጣኑንና ተግባሩን ይወስናል መመሪያ ይሰጣል።

2. ጉባኤው ሬጂስትራሮችን ይመርጣ፣ ይሾማል፣ የሬጂስትራር ዲስፕሊን፣ ስንብት፣ ደመወዝንና ከዚህ የተያያዙ ሌሎች ነገሮችን ይወስናል።
3. ጉባኤው በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 እና 2 ለተጠቀሱት ጉዳዮች ደንብ ሊያወጣ ይችላል።

**ዓንቀፅ 6** <u>**የጉባኤው ሰብሳቢ ተግባር፣**</u>

1. የጉባኤው ሰብሰባ ይጠራል፣ ይመራል
2. በዚህ አዋጅ መሰረት ለዳኝነትና ለሬጂስትራር ስራ ብቁ የሆኑ ግለሰቦች ስም ዝርዝርና አጭር የህይወት ታሪክ መግለጫ ለጉባኤው ያቀርባል።
3. በጉባኤው ለፀደቀላቸው የክልሉ የበላይ ፍርድ ቤትና የማዕከላዊ ፍርድ ቤት ዕጩ ዳኞች ስም ዝርዝር ለክልሉ ምክር ቤት ሊቀመንበር ያቀርባል።
4. በጉባኤው ለፀደቀላቸው የወረዳው ምክር

ምኽሪ ፕሬዚዳንትን ሕፁያትን ዳያኑ ሽም ዝርዝር ንዝምልከቶ ናይ ወረዳ ቤት ምኽሪ(ባይቶ) ኣቦ ወንበር ይልእኽ፣ ናይ ወረዳ ቤት ምኽሪ(ባይቶ) ኣቦ ወንበር ናብቲ ናይ ወረዳ ቤት ምኽሪ ባይቶ ብምቅራብ ይሸም።

5. ናይቲ ጉባኤ ፀሓፊ ይምድብ፣

ዓንቀፅ 7 ናይቲ ጉባኤ ኣኼባ ስነ ስርዓት

1. ካብ ኣርባዕተ(4) ዘይውሕዱ ኣባላት እንትርከቡ እቲ ጉባኤ ስርሑ ከካይድ ይኽእል'ዩ።
2. ዝኾነ ጉዳይ ኣብቲ ጉባኤ ብዝተረኽቡ ኣባላት ብበዝሒ ድምፂ ይውሰን፣
3. ናይቲ ጉባኤ ኣባላት ድምፂ ማዕረ ብማዕረ እንድሕር ተመቓቒሎ እቲ ኣካቢ ወሳኒ ድምፂ ይህልዎ።

ዓንቀፅ 8 ናይ ዳያኑ ሹመት

1. ናይ ክልል ቤትምኽሪ (ባይቶ) ኣቦ ወንበር ብናይዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 6 መሰረት ንዝቐረቡሉ ሕፁያት ዳያኑ ናብ ቤት ምኽሪ/ባይቶ ብምቅራብ በቲ ቤት ምኽሪ ኣፅዲቑ ይሽይም።
2. ናይ ወረዳ ቤት ምኽሪ/ባይቶ ኣቦ ወንበር ብናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዓንቀፅ 6 መሰረት ንዝቐረቡሉ ናይቲ ወረዳ ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንትን ሕፁያት ዳያኑን ናብ ወረዳ ቤት ምኽሪ/ባይቶ ብምቅራቡ ኣፅዲቑ ይሽይም።
3. ኣብዚ ኣዋጅ እዚ ኣብ ዓንቀፅ 13 ዝተጠቐሰ ከምዘሎ ኮይኑ ዳያኑ ንዘይተወሰነ ናይ ስራሕ ጊዜ ይሽይም።

ዓንቀፅ 9 ንዳኝነት ዘብቅዑ ረቛሒቲ (መመዘኒታት)

1. ሀ. ነቲ ሕገ መንግስቲ(ህንፃ ተኣማናይ ዝኾነ)

ለ. ብናይ ሕጊ ትምህርቲ ዝሰልጠነ ወይ ብልምዲ እኩል ፍልጠት ዘለዎ፣

ሐ. ብትግሃት፣ ብእሙንነቱ፣ ብፍትሓዊነቱን ብስነ ምግባሩን ፅቡቅ ሽም ዘትረፈ፣

መ. ኣብ ናይ ዳኝነት ሙያ ክዋፈር ፈቓደኛ ዝኾነ

ሠ. ብመሰረት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዓንቀፅ 10 ካብ ናይ ዳኝነት ስራሕ ዘይተኣገደ፣

2. ዝኾነ ኣብ ውሽጢ ናይቲ ክልል ናይ ሕጊ መውፅኢ ወይ ናይ ሕጊ መፈፀሚ ኣካል ዘሎ

ቤት ፕሬዚዳንትና ዕጩ ዳኞች ስም ዝርዝር ለሚመለከተው የወረዳው ምክር ቤት ሊቀ መንበር ይልካል፣ የወረዳው ምክር ቤት ሊቀመንበር ለወረዳው ምክር ቤት በማቅረብ ይሾማል።

5. ጉባኤው ፀሃፊ ይመድባል።

ዓንቀፅ 7 የጉባኤው የስብሰባ ስነ ስርዓት

1. ከአራት(4) የማያንሱ አባላት ሲገኙ ጉባኤው ስራው ሊያካሂድ ይችላል።
2. ማንኛውም ጉዳይ በጉባኤው በሚገኙ አባላት ድምፅ ብልጫ ይወሰናል።
3. የጉባኤው አባላት ድምፅ እኩል ከተከፈለ ሰብሳቢው ወሳኝ ድምፅ ይኖረዋል።

ዓንቀፅ 8 የዳኞች ሹመት

1. የክልሉ ምክር ቤት ሊቀመንበር በዚህ አዋጅ ዓንቀፅ 6 መሰረት ለሚቀርቡለት ዕጩ ዳኞች ለምክር ቤት በማቅረብ ሲፀድቅ ይሾማል።
2. የወረዳው ምክር ቤት ሊቀመንበር በዚህ አዋጅ አንቀፅ 6 መሰረት ለሚቀርቡለት የወረዳው ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንትና ዕጩ ዳኞች ለወረዳው ምክር ቤት በማቅረብ፣ ሲፀድቅ ይሾማል።
3. በዚህ አዋጅ ዓንቀፅ 13 የተጠቀሰውን እንደተጠበቀ ሆኖ ዳኞች ላልተወሰነ የስራ ጊዜ ይሾማል።

ዓንቀፅ 9 ለዳኝነት የሚያበቁ መመዘኛዎች

1. ሀ. ለህገ መንግስቱ ታማኝ የሆነ፣

ለ. በህግ ትምህርት የሰለጠነ ወይም በልምድ በቂ ዕውቀት ያለው፣

ሐ. በትጋቱ፣ በታማኝነቱ፣ በፍትሃዊነቱና በስነ ምግባሩ ጥሩ ስም ያለው፣

መ. በዳኝነት ሙያ ለመስራት ፈቃደኛ የሆነ፣

ሠ. በዚህ አዋጅ ዓንቀፅ 10 መሰረት ከዳኝነት ስራ ያልታገደ።

2. ማንኛውም በህግ አውጪና በህግ ፈፃሚ አካል ያለ ሰው ለዳኝነት አይሾምም።

ሰብ ንዳኝነት ኣይሽየምን፣

**ዓንቀፅ 10 <u>ብዛዕባ ዳያኑ ከይኾኑ ዝተኸልከሉ</u>**

1. ናይ ኢሰፓ ኣባል ዝነበረ፣
2. ኣብ መንግስቲ ደርጊ ኢሰፓ፣ ኣብ ናይ ድህንነት ስራሕ ተዋፊሩ ዝነበረ፣
3. ኣብ መንግስቲ ደርግ ኢሰፓ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ፖሊስን፣ ሓይልታት ውግእን ከምኡ'ውን ኣብ ላዕለዋይ ስልጣን ዝነበረ፣
4. ፖለቲካ ተንከፍ ብዘይኮነ ገበን(ወንጀል) ተኸሲሱ ናይ ማእሰርቲ ፍርዲ ዝተፈረደሉ ሰብ ዳኛ ኮይኑ ከገልግል ኣይኽእልን።

**ዓንቀፅ 11 <u>ብዛዕባ ሹመት ፕሬዚዳንት</u>**

ናይቲ ክልል ቤት ምኽሪ ኣቦ ወንበር ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንትን ናይ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንትን መሪፁ ናብ ቤት ምኽሪ የቅርብ፣ በቲ ቤት ምኽሪ እንተፀዲቑ ይሽየም።

**ዓንቀፅ 12 <u>ቃለ መሓላ</u>**

ዳያኑ ስራሕቶም ቅድሚ ምጅማሮም ቃለ መሓላ ይፍፅሙ፣

**ዓንቀፅ 13 <u>ናይ ዳያኑ ካብ ምስንባት</u>**

ዝኾነ ዳኛ ካብ ስርሑ ዝሰናበት በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ጥራሕ እዩ፣

1. ስርሑ ክለቅቅ እንትደሊ ናይ ክልተ ወርሒ ናይ ፅሑፍ መጠንቀቅታ ብምሃብ፣
2. ዕድሚኡ 65 ዓመት እንትመልእ፣
3. ብምኽንያት ሕማም ናይ ዳኝነት ስርሑ እንተፀጊሙሉ፣
4. ብሕጊ ወይ ብፍርዲ ናይ ኣእምሮ ሕማም ዘለዎ ምዃኑ እንትረጋገፅ፣
5. ብዝፈፀሞ ናይ ዲስፕሊን ጉድለት ምኽንያት ካብ ስርሑ ክባረር እንትውሰነሉ፣
6. ብገበን(ወንጀል) ተኸሲሱ ናይ ማእሰርቲ ፍርዲ እንትውሰነሉ፣
7. ንካልእ ስራሕ እንተተሾይሙ (ሹመት እንተተቐቢሉ)፣
8. ብምኽንያት ግልፂ ዝኾነ ናይ ስራሕ ክእለት ምትሓት ወይ ናይ ስራሕ ንጥፈት ዘይምህላው እቲ ጉባኤ እቲ ዳኛ ተግባሩ በቲ ግቡእ ኩነታት ንምክያድ ኣይኽእልን ኢሉ እንትውስነሉ፣

**ዓንቀፅ 14 <u>ኣብ ልዕሊ ዳያኑ ዝምስረት ክሲ</u>**

1. ዝኾነ ዳኛ ከቢድ ገበን(ወንጀል) እንትፍፅም ኢድ ብኢድ እንተዘይተታሒዙ ጥራሕ እቲ

**ዓንቀፅ 10 <u>ከዳኝነት ሞያ የተከለከሉ</u>**

1. ኢሠፓ አባል የነበረ፣
2. በደርግ ኢሰፓ መንግስት በደህንነት ስራ ተሰማርቶ የነበረ፣
3. በደርግ ኢሰፓ መንግስት ውስጥ በፖሊስ ሰራዊት፣ በወታደራዊ ክፍልና በከፍተኛ ስልጣን የነበረ፣
4. ፖለቲካዊ ነክ ባልሆነ ወንጀል ተከስሶ የእስር ፍርድ የተበየነበት ሰው ዳኛ በመሆን ሊያገለግል አይችልም።

**ዓንቀፅ 11 <u>የፕሬዚዳንት ሹመት</u>**

የክልሉ ምክር ቤት ሊቀመንበር የክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንትና የማዕከላዊ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት በመምረጥ ለምክር ቤቱ ያቀርባል፣ በምክር ቤቱ ሲፀድቅ ይሾማል።

**ዓንቀፅ 12 <u>ቃለ መሐላ</u>**

ዳኞች ስራቸውን ከመጀመራቸው በፊት ቃለ መሓላ ይፈፅማሉ።

**ዓንቀፅ 13 <u>የዳኞች ከስራ ማሰናበት</u>**

ማንኛውም ዳኛ ከስራ የሚሰናበተው በሚከተሉት ምክንያቶች ብቻ ነው

1. ስራው መልቀቅ ሲፈልግ ከሁለት ወር በፊት የፅሑፍ ማስጠንቀቂያ መስጠት አለበት፣
2. ዕድሜው 65 ሲሞላ፣
3. በህመም ምክንያት የዳኝነት ስራው ማካሄድ ሳይችል ሲቀር፣
4. በህግ ወይም በፍርድ የአእምሮ ህመም ያለው መሆኑ ሲረጋገጥ፣
5. በፈፀመው የዲስፕሊን ጉድለት ምክንያት ከስራው እንዲባረር ሲወሰንበት፣
6. በወንጀል ተከስሶ የእስር ፍርድ ሲወሰንበት፣
7. ለሌላ ስራ ሲሾም(ሹመት) ሲቀበል
8. ግልፅ በሆነ የስራ ችሎታ ወይም የስራ ጥራት በማጣት ምክንያት ጉባኤው ዳኛውን ስራውን በትክክል ሊያካሂድ አይችልም ሲል ሲወስንበት፣

**ዓንቀፅ 14 <u>በዳኞች ላይ የሚመሰረት ክስ</u>**

1. ማንኛውም ዳኛ ከባድ ወንጀል ሲፈፅም እጅ ከፈንጅ ካልተያዘ በስተቀር ጉባኤው

ጉባኤ እንተይፈቐደ ኣይተሓዝን ብገበን(ወንጀል) ኣይኽሰስን፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ'ዚ ኣብ ቁፅሪ 1 ዝተቐመጠ ዝተሓለወ ኮይኑ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንት ናይቲ ክልል ቤት ምኽሪ ኣቦ ወንበር እንተይፈቐደ ኣይተሓዝን፣ ብገበን(ወንጀል ኣይኽሰስን)።

**ዓንቀፅ 15 ዲስፕሊን**

ናይቲ ክልል ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንት ናይ ዲስፕሊን ክሲ እንተጋጥም እቲ ጉዳይ በቲ ናይ ቤት ምኽሪ ኣቦ ወንበር ብዝቐውም ፍሉይ ኮሚቴ ተራእዩ ናይ ውሳነ ሓሳብ ናብ ቤት ምኽሪ ይቐርብ።

**ዓንቀፅ 16 ናይ ጉባኤ ውሳነ ኣፈፃፅማ**

ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዳኛ ወይ ናይ ማእከላይ ቤት ፍርዲ ፕሬዚዳንት ብመሰረት ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዓንቀፅ 13 ቁ.5ን ዓንቀፅ 13 ቁ.8ን ብዝተውሃበ ውሳነ እንድሕር ዘይተሰማሚዑ እቲ ውሳነ ብፅሑፍ ካብ ዝበፅሖሉ ዕለት ጀሚሩ ናይ ይግበኣኒ ጥርዓኖም ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ናይቲ ክልል ቤት ምኽሪ ናይ ሕጊ ኮሚቴ ክርኣየሎም ክሓቱ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ናይቲ ቤት ምኽሪ ናይ ሕጊ ጉዳይ ካብ ዝተመርሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልቲ ውሳነ ይህብ፣ እቲ ውሳነ'ውን ናይ መጨረሽታን ዝፀንዕን ይኸውን።

**ዓንቀፅ 17 እዚ ኣዋጅ'ዚ ዝፀንዓሉ ጊዜ**

እዚ ኣዋጅ'ዚ ብነጋሪት ጋዜጣ ተሓቲሙ ካብ ዝወፅኣሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

29 ጥቅምቲ 1985 ዓ.ም

ገብሩ ኣስራት

ኣቦ ወንበር ቤት ምኽሪ/ባይቶ ክልል ትግራይ

ካልፈቀደ አይያዝም፣ በወንጀል አይከሰስም።

2. በዚህ ዓንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 1 የተጠቀሰውን እንደተጠበቀ ሆኖ የክልሉ ሊቀመንበር ሳይፈቅድ የክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚደንት አይያዝም፣ በወንጀል አይከሰስም።

**ዓንቀፅ 15 ዲስፕሊን**

በክልሉ የበላይ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት ላይ የዲስፕሊን ክስ ሲያጋጥም ጉዳዩ በክልል ምክር ሊቀመንበር አማካይነት በሚቋቋመው ልዩ ኮሚቴ ታይቶ የውሳኔ ሐሳብ ለምክር ቤቱ ያቀርባል።

**ዓንቀፅ 16 የጉባኤ ውሳኔ አፈፃፀም**

የክልሉ የበላይ ፍርድ ዳኛ ወይም የማዕከላዊ ፍርድ ቤት ፕሬዚዳንት በዚህ አዋጅ ዓንቀፅ 134 ንዑስ አንቀፅ 5 እና ዓንቀፅ 13 ንኡስ አንቀፅ 8 መሰረት በተሰጠው ውሳኔ ካልተስማሙ ውሳኔው በፅሑፍ ከደረሰበት ጊዜ ጀምሮ በ30 ቀናት ውስጥ ለክልሉ ምክር ቤት ህግ ኮሚቴ እንዲታይላቸው ሊጠይቁ ይችላሉ።

የምክር ቤቱ የህግ ኮሚቴ ጉዳይ እንዲያየው ከቀረበለት ጊዜ ጀምሮ በ60 ቀናት ውስጥ ውሳኔ ይሰጣል፣ ውሳኔውም የመጨረሻ ይሆናል።

**ዓንቀፅ 17 አዋጁ የሚፀናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ በነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ጊዜ ጀምሮ የፀና ይሆናል።

29 ጥቅምት 1985 ዓ.ም

ገብሩ አስራት

ክልል ትግራይ ምክር ቤት ሊቀመንበር

www.abyssinialaw.com

1ይ ዓመት ቁፅሪ 5
1ኛ ዓመት ቁጥር 5

መቐለ ሕዳር 15/1985 ዓ.ም

ኣብ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ የሽግግር መንግስት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

| ናይ ሓደ ዋጋ 0.30 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120 |
|---|---|---|

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቑፅሪ 5
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 5
ገጽ 1

## ብዛዕባ ምቛም ቢሮታት ብሄራዊ ክልላዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝወፀ ኣዋጅ

## ቁ. 5/1985 ዓ/ም

ቤት ምኽሪ /ባይቶ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ናይቲ ክልል ሕጊ መንግስቲ ዓንቀፅ 35 ቁ.14 ብዝሃቦ ስልጣን መሰረት እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ'ሎ።

**ዓንቀፅ 1**

**ሓፂር ርእሲ፣**

እዚ ኣዋጅ'ዚ ብዛዕባ ቢሮታት ብሄራዊ ክልላዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 5/1985 ዓ/ም ተባሂሉ ክፅዋዕ ይከኣል።

**ዓንቀፅ 2**

**ኣቃውማ፣**

1. ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ ምምሕዳር ትግራይ እዞም ቀፂሎም ዝተዘርዘሩ ቢሮታት ቆይሞም ኣለዉ፣
   ሀ. ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ቢሮ
   ለ. ናይ ማስታወቂያ ቢሮ
   ሐ. ናይ መኣድንን ኢነርጂን ቢሮ
   መ. ናይ ሰራሕተኛታትን ማሕበራዊ ጉዳይን ቢሮ
   ሠ. ናይ ስራሕን ልምዓትን ከተማ ቢሮ
   ረ. ናይ ባህልን ስፖርትን ጉዳያት ቢሮ
   ሰ. ናይ ተፈጥሮ ሃፍቲ ልምዓትን ናይ

## የትግራይ ብሄራዊ ክልል ቢሮዎች ማቋቋሚያ አዋጅ

## ቁ. 5/1985 ዓ.ም

የትግራይ ብሄራዊ ክልል (ሸንጎ)ምክር ቤት የክልሉ ሕገ መንግስት አንቀፅ 35 ቁጥር 14 በሰጠው ስልጣን መሰረት ከዚህ የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

**አንቀፅ 1**

**አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መስተዳደር ቢሮዎችን ለማቋቋም የወጣ አዋጅ ቁጥር 5/1985 ዓ.ም ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል

**አንቀፅ 2**

**ስለማቋቋም**

1. በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ አስተዳደር ከዚህ ቀጥሎ የተዘረዘሩት ቢሮዎች ተቋቁመዋል።
   ሀ. የመንግስት ሠራተኞች አስተዳደር ቢሮ
   ለ. የማስታወቂያ ቢሮ
   ሐ. የማዕድንና ኢነርጂ ቢሮ
   መ. የሠራተኛና ማኅበራዊ ጉዳይ ቢሮ
   ሠ. የሥራና ከተማ ልማት ቢሮ
   ረ. የባህልና ስፖርት ጉዳይ ቢሮ
   ሰ. የተፈጥሮ ሃብት ልማትና የአከባቢ

ሓከባቢ ሓለዋን ቢሮ
ሸ. ናይ ቱሪዝም ቢሮ
ቀ. ናይ ትምህርቲ ቢሮ
በ. ናይ መጓዓዝያን መራኸብን ቢሮ
ተ. ናይ ንግዲ ቢሮ
ቸ. ናይ ኢንዱስትሪን ኢደ ጥበባትን ቢሮ
ነ. ናይ ክልል ውሽጣዊ ጉዳያት ቢሮ
ኘ. ናይ ረድኤት መተሓባበርን ምትካል እግሪን ቢሮ
አ. ናይ ግብርና/ማሕረስ ቢሮ
ከ. ናይ ሓለዋ ጥዕና ቢሮ
ኸ. ናይ ፋይናንስ ቢሮ
ወ. ናይ ፍትሕን ዓቃቢ ሕግን ቢሮ
ዐ. ናይ ፕላንን ቁጠባዊ ልምዓትን ቢሮ

**ዓንቀፅ 3**

**ስልጣንን ተግባርን ቢሮታት**

ነፍስ ወከፍ ቢሮ ብመሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ማእከላዊ መንግስትን ናይ ክልላት ፈፀምቲ ኣካላትን ስልጣን ንምውሳን ኣብ ዝወፀ ኣዋጅ ኣብ ዓንቀፅ 34፣ 35፣ 36፣ 37፣ 38፣ 39፣ 40፣ 41፣ 42፣ 43፣ 44፣ 45፣ 46፣ 47፣ 48፣ 49፣ 50፣ 51፣ 52፣ 53፣ 54፣ ዝተመልከቱ ቅቡላት ኮይኖም ይሰርሓሎም።

**ዓንቀፅ 4**

**ናይ ሓለፍቲ ቢሮታት ተፀዋዕነትን ሓላፍነትን፣**

1. ነፍስ ወከፍ ናይ ቢሮ ሓላፊ ናይ ዝተመደበሉ ቢሮ ስራሕቲ ፕሮግራማትን ሕግታትን ኣፈፃፅማ ብዝምልከት ተፀዋዕነቱ ንናይቲ ክልል ቤት ምኽሪ/ባይቶ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ይኸውን
2. ነፍስ ወከፍ ናይ ቢሮ ሓላፊ፣

ሀ. ዝተመደበሉ ቢሮ ዝተውሃብዎ ስልጣንን ተግባርን ኣብ ግብሪ የውዕል

ለ. ናይ ዝተመደበሉ ቢሮ ስራሕቲ ብብቕዓት ንምትግባር ዘኽእሎ ረቂቕ ሕጊ ናብ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ የቕርብ

ሐ. ንቢርኡ ብዝተፈቐደሉ ባጀት መሰረት ወፃኢ ይገብር

**ዓንቀፅ 5**

**ናይ ዞባ፣ ወረዳን ካልኦትን ጨንፈር ኣብያተ ፅሕፈት ቢሮታት**

ናይ ዞባን ወረዳን ጨንፈር ኣብያተ ፅሕፈት ቢሮታት(ፈፀምቲ ኣካላት) ስልጣንን ተግባርን

ጥበቃ ቢሮ
ሸ. የቱሪዝም ቢሮ
ቀ. የትምህርት ቢሮ
በ. የመጓጓዣና መገናኛ ቢሮ
ተ. የንግድ ቢሮ
ቸ. የኢንዱስትሪና ዕደ ጥበባት ቢሮ
ነ. የክልል ውስጣዊ ጉዳይ ቢሮ
ኘ. የርዳታ ማስተባበሪያና ማቋቋሚያ ቢሮ
አ. የግብርና ቢሮ
ከ. የጤና ጥበቃ ቢሮ
ኸ. የፋይናንስ ቢሮ
ወ. የፍትሕና ዐቃቢ ሕግ ቢሮ
ዐ. የፕላንና ኢኮኖሚ ልማት ቢሮ

**ዓንቀፅ 3**

**ስልጣንና ተግባር**

እያንዳንዱ ቢሮ በኢትዮጵያ ሽግግር መንግስት የማዕከላዊ መንግስትና የክልል አስፈፃሚ አካላትን ስልጣን ለመወሰን በወጣው አዋጅ በአንቀፅ 34፣ 35፣ 36፣ 37፣ 38፣ 39፣ 40፣ 41፣ 42፣ 43፣ 44፣ 45፣ 46፣ 47፣ 48፣ 49፣ 50፣ 51፣ 52፣ 53፣ 54፣ የተመለከቱት ተቀብሎ ይሰራባቸዋል።

**አንቀፅ 4**

**የቢሮ ኃላፊዎች ተጠሪነትና ኃላፊነት**

1. እያንዳንዱ የቢሮ ሃላፊ የተመደበበት ቢሮ ስራዎች ፕሮግራሞችና ሕጎች አፈፃፀም በተመለከተ ተጠሪነቱ ለክልሉ ሸንጎ ም/ቤት ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ይሆናል።
2. እያንዳንዱ የቢሮ ሃላፊ

ሀ. ለተመደበበት ቢሮ የተሰጠውን ስልጣንና ተግባር በተግባር ያውላል፣

ለ. የተመደበበት ቢሮ ስራዎች በብቃት ለመተግበር የሚያስችለውን ረቂቅ ሕግ ለስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ያቀርባል፣

ሐ. ለቢሮው በተፈቀደለት በጀት መሰረት ወጪ ያደርጋል፣

**አንቀፅ 5**

**የዞን የወረዳና ሌሎችም ቅርንጫፎች ጽ/ቤቶች ቢሮዎች**

የዞንና የወረዳ ቅርንጫፍ ጽ/ቤቶች ቢሮዎች (አስፈፃሚ አካላት) ስልጣንና ተግባርን

ብዝምልከት እዚ ኣዋጅ'ዚን ናይ ኢትዮጵያ መሰጋገሪ መንግስቲ ናይ ማእከላይ ናይ ክልል ፈፀምቲ ኣካላት ስልጣንን ተግባርን ንምውሳን ንዝወፀ ኣዋጅን ብዘይጓነፅ መንገዲ በብደረጅኡ ብዘሎ ምምሕዳር ክውሰን እዩ።

## ዓንቀፅ 6

## እዚ ኣዋጅ'ዚ ዝፀንዓሉ ጊዜ

እዚ ኣዋጅ'ዚ ብነጋሪት ጋዜጣ ክልላዊ ምምሕዳር ትግራይ ካብ ዝወፅኣሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

3 ሕዳር 1985 ዓ.ም

ገብሩ አስራት

ኣቦወንበር ቤት ምኽሪ/ባይቶ ክልል ትግራይ

በሚመለከት ይህ አዋጅና በኢትዮጵያ የሽግግር መንግስት የማዕከላዊና የክልል አስፈፃሚ አካላት ስልጣንና ተግባር ለመወሰን የወጣውን አዋጅ በማይጋፋ መንገድ በየደረጃው ባሉት መስተዳደር የሚወሰን ነው።

## አንቀፅ 6

## ይህ አዋጅ የፀና የሚሆንበት ጊዜ

ይህ አዋጅ በትግራይ ብሄራዊ ክልል ምክር ቤት ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ጊዜ ጀምሮ የፀና ይሆናል።

3 ሕዳር 1985 ዓ.ም

ገብሩ አስራት

የትግራይ ክልል ምክር ቤት ሊቀመንበር

www.abyssinialaw.com

1ይ ዓመት ቁፅሪ 6
1ኛ ዓመት ቁጥር 6

መቐለ ሕዳር 15/1985 ዓ.ም

ኣብ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ የሽግግር መንግስት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

| ናይ ሓደ ዋጋ 0.75 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120 |
|---|---|---|

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቑፅሪ 6
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 6
ገጽ 1

## ናይ ትግራይ ብሄራዊ ክልል ናይ ህ/ፖሊስን ሓለዋ ፀጥታን ሓይሊታት ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ ቁ.6/1985 ዓ.ም

### መእተዊ፦

ህዝቢ ዕለታዊ መነባብርኡ ብሰላም ከካይድ ሕግን ስርዓትን ንምኽባር ፣ ናይ ሃገር ቻርተርን ናይ ትግራይ ብሄራዊ ክልል ሕጊ መንግስቲ ዝጥሕሱ ሓይሊታትን ውልቀሰባትን ምሕላው ስለዘድሊ፤

ነዚ ዕላማ ተግባራዊ ዘግብር ናይ ትግራይ ብሄራዊ ክልል ቤት ምኽሪ ብሕጊ መንግስቲ ዓንቀፅ 35 ንኡስ ዓንቀፅ 6 መሰረት ብዘለዎ ስልጣን ካብዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውጺኡ ኣሎ።

### ክፍሊ ሓደ
### ምዕራፍ ሓደ
### ሓፈሻዊ

**ዓንቀፅ 1 ሓጺር ርእሲ፤**

እዚ ኣዋጅ'ዚ ናይ ትግራይ ብሄራዊ ክልል ናይ ህ/ፖሊስን ሓለዋ ፀጥታን ሓይሊታት ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 6/1985 ዓ.ም ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

**ዓንቀፅ 2 አቛውማ**

1. በዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ትግራይ ብሄራዊ ክልል ብደረጃ ክልል ሓደ ዋና መምርሒ ብኣርባዕቲኡ ዞባታት መምርሒታትን ብ81 ወረዳታት ብናይ ወረዳ ፖሊስ ጣቢያታት ደረጃ ተኾሪዑ ህዝባዊ ፖሊስ ሓይሊ ቆይሙ

## የትግራይ ብሄራዊ ክልል ህዝባዊ ፖሊስና የፀጥታ ጥበቃ ሃይሎችን ለማቋቋም የወጣ አዋጅ ቁ.6/1985 ዓ.ም

### መግብያ

ህዝብ የዕለት ተዕለት ኑሮውን በሰላም እንዲያካሂድ ሕግና ስርዓትን ለማስከበር፣ የአገር አቀፍ ቻርተርንና የትግራይ ብሄራዊ ክልል ሕገ መንግስትን የሚጥሱ ሃይሎችንና ግለሰቦችን መጠበቅ ስለአስፈለገ፣

ይህንን ዓላማ ተግባራዊ የሚያደርገው ትግራይ ብሄራዊ ክልል ምክር ቤት በሕገ መንግስቱ አንቀፅ 35 ንዑስ አንቀፅ 6 መሰረት ባለው ስልጣን ከዚህ የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

### ክፍል አንድ
### ምዕራፍ አንድ
### ጠቅላላ

**አንቀፅ 1 አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ የትግራይ ብሄራዊ ክልል ህዝባዊ ፖሊስና የፀጥታ ጥበቃ ሃይሎች ለማቋቋም የወጣ አዋጅ ቁጥር 6/1985 ዓ.ም ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**አንቀፅ 2 ስለማቋቋም**

1. በዚህ አዋጅ በትግራይ ብሄራዊ ክልል ደረጃ አንድ ዋና መምሪያ በአራቱም ዞኖች በመመሪያዎች ደረጃ በ81 ወረዳዎች በወረዳ ፖሊስ ጣቢያዎች ደረጃ ተዋቅሮ ህዝባዊ ፖሊስ ሃይል ተቋቁሟል።

ኣሎ።

2. እዚ ህዝባዊ ፖሊስ ሓይሊ በብደረጅኡ ብዘለዉ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኣባላቱ ብዝቆሙ ኮሚሽናት (ኮሚቴታት) ኣመራርሕኡ ዝረጋገፅ ይኸውን።
3. በዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ትግራይ ብሄራዊ ክልል ምስ ናይ ህ/ፖሊስ ሓይሊ ብምድግጋፍ ዝሰርሕ ከባቢያዊ ናይ ፀጥታ ሓለዋ ሓይሊ ኮይኑ ብወረዳ ደረጃ ብዘሎ ምምሕዳር ዝዋፈራ ኣመራርሓ ዝርከብን ወረዳዊ ሓይሊ ህዝባዊ ሚሊሻ ቆይሙ ኣሎ።
4. እዚ ህዝባዊ ምልሻ ንሓይሊ ሰብን ዝሓዘ ዕጥቅን ቁፅፅርን ክትትል ዝገብር ርእሱ ዝኸኣለ ቤ/ፅሕፈት ብደረጃ ክልል፣ ዞባን ወረዳን ይህልዎ። ካብ ወረዳ ክሳብ ጎጥ(መንደር) ኣብ ዘሎ ደረጃታት ካብ ውሽጡ መራሒ፣ ምክትልን ፀሓፊን ተመሪፆም በቢደረጅኡ የዋፍርዎን የተሓባብርዎን።

### ዓንቀፅ 3 <u>ምልመላን ስልጠናን</u>

1. ናይ ህ/ፖሊስ ሓይሊ ምልመላን ስልጠናን ኣገባብ ብኢትዮጵያ ደረጃ ብዝወርድ መምርሒ መሰረት፣ ኮይኑ ኣፈፃፅምኡ ብናይ ትግራይ ብሄራዊ ክልል ፈፃሚ ስራሕ ኮሚቴ እናፀተወሰነ ብናይ ህዝቢ ሙሉእ ተሳትፎ ምልመላ ዝሓለፈ ናይ ሓደ ኣባል ህ/ፖሊስ ምደብ ስልጠና ወሲዱ ኣባል ይኸውን።

2. ክሳብ ሕዚ ብጊዚያዊነት ኣብ ስራሕ ተዋፊሩ ዝፀንሐ ሓይሊ ፖሊስ ዕርየቱን ብቕዓቱን ከምብሓዱሽ ምትዕርራይ ተገይርሉ ዝቕፅል ይኸውን፣
3. ናይ ህ/ሚልሻ ሓይሊ ምልመላን ስልጠናን ኣገባብ ብትግራይ ብሄራዊ ክልል ደረጃ ብዝወርድ መምርሒታት መሰረት ኮይኑ ኣፈፃፅምኡ ብናይ ወረዳ ፈፃሚ ስራሕ ኮሚቴ እንዳተወሰነ ብሙሉእ ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ይትግበር፣

### ዓንቀፅ 4 <u>ተፀዋዕነቱ</u>

1. ናይ ህ/ፖሊስ ሓይሊ ንናይ ትግራይ ብሄራዊ ክልል ኣቦ ወንበርን ንሱ ንዝውክሎም ኣባላት ፈፃሚ ስራሕ ኮሚቴን ኮይኑ ብዞባን ወረዳን ብዘለዉ መሓውራቱ ዝምራሕ ዝዋፈርን ይኸውን።
2. ንናይ ወረድኡ ህ/ሚልሻ ተፀዋዕነቱ ንናይ

2. ይህ ህዝባዊ ፖሊስ ሃይል በየደረጃው ባሉት የበላይ ሃላፊዎች አባላቱ በተቋቋሙ ኮሚሽኖች (ኮሚቴዎች) አመራሩን የሚያረጋግጥ ይሆናል።
3. በዚህ አዋጅ ከትግራይ ብሄራዊ ክልል ህዝባዊ ፖሊስ ሃይል ጋር በወረዳ ደረጃ ባለው መስተዳደር የሚሰማራና አመራር የሚቀበል ወረዳዊ ህዝባዊ ምልሻ ሃይል ተቋቁሟል።

4. ይህ ህዝባዊ ምልሻ የሰው ሃይል የያዘ፣ ትጥቅ፣ ቁጥጥርና ክትትል የሚያደርግ ራሱን የቻለ ጽ/ቤት በክልል፣ በዞንና በወረዳ ደረጃ ይኖረዋል። ከወረዳ እስከ ጎጥ(መንደር) ባሉት ደረጃዎች ከመሃሉ መሪ፣ ምክትልና ፀሓፊ ተመርጠው በየደረጃው ያሰማሩታል፣ ያስተባብሩታል።

### አንቀፅ 3 <u>ምልመላና ስልጠና</u>

1. የህዝባዊ ፖሊስ ሃይል ምልመላና ስልጠና አገባብ በአገር አቀፍ ደረጃ በወጣው መመሪያ መሰረት ሆኖ አፈጻጸሙ በትግራይ ብሄራዊ ክልል ምክር ቤት ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ እየተወሰነ በህዝብ ተሳትፎ ተመልምሎ ያለፈ አንድ አባል መደበኛ የህዝባዊ ፖሊስ ስልጠና ወስዶ አባል ይሆናል።
2. እስከ አሁን በጊዚያዊነት በስራ ላይ ተሰማርቶ የቆየው የፖሊስ ሃይል ጥራቱና ብቃቱ እንደ አዲስ ማስተካከያ ተደርጎለት የሚቀጥል ይሆናል።
3. የህዝባዊ ምልሻ ሃይል ምልመላና ስልጠና አግባብ በትግራይ ብሄራዊ ክልል ደረጃ ባወጣው መመሪያ መሰረት ሆኖ አፈፃፀሙ በወረዳ ምክር ቤት ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ እየተወሰነ በህዝብ ሙሉ ተሳትፎ ይተገበራል።

### አንቀፅ 4 <u>ተጠሪነት</u>

1. የህዝባዊ ፖሊስ ሃይል ተጠሪነቱ ለትግራይ ብሄራዊ ክልል ሊቀመንበርና እሱ ለሚወክላቸው የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ አባላት ሆኖ በዞንና በወረዳ ባሉት የስልጣን አካላቱ የሚመራና የሚሰማራ ይሆናል።
2. የየወረዳው ህዝባዊ ምልሻ ተጠሪነቱ ለወረዳ

ወረዳ ኣቦወንበርን ንሱ ንዝውክሎ ኣባል ፈፃሚ ስራሕ ኮሚቴን ኮይኑ ከከም ኩነታቱ ብናይ ብሄራዊ ክልልን ዞባን ኣቦወንበራትን ንሱ ብዝወከሎም ፈፃሚ ስራሕ ኮሚቴ ኣባላትን ከኸተት ይኽእል።

## ክፍሊ ክልተ
## ምዕራፍ ክልተ ስራሕን ሓላፍነትን ፣
## ዓንቀፅ 5 ናይ ትግራይ ብሄራዊ ክልል ህ/ፖሊስ ካብዚ ዝስዕብ ስራሕን ሓላፍነትን ይህልዎ

1. ገበን ከይፍፀም መዓልታዊ ክትትል ይገብር፣ ይከላኸል፣ ገበነኛታት ተኸታቲሉ ኣብ ቁፅፅር የእቱ።
2. ብመሰረት ናይ ሃገር ቻርተር ዝተረጋገፀን ኣብ ናይ ብሄራዊ ክልል ሕጊ መንግስቲ ተዘርዚሮም ዝተቐመጡን ሰብኣዊ መሰላት ናይ ህዝቢ ጢሒስካ ዝፍፀሙ ገበናት ይከላኸልን፣ ተኸታቲሉ ይቆፃፀርን።
3. ዝተፈፀሙ ገበናት ብሕጋዊ መንገዲ ኣፃርዩ ናብ ዝምልከቶ ዓቃቢ ሕጊ የቕርብ።
4. ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዛት ተቐቢሉ ውሳኔታትን መምርሒን ቤት ፍርዲ ኣብ ተግባር የውዕል
5. ናይ ትራንስፖርት ኣዋጅን ሕግታትን ክኽበሩ ይገብር፣ ናይ መንገዲ ትራፊክ ምንቅስቓስ ይቆፃፀር፣ የተኣናግድ ናይ ትራፊክ ሓደጋታት ኣፃርዩ ነቲ ጉድለት ዝፈፀመ ናብ ዝምልከቶ ዓቃቢ ሕጊ የቕርብ።
6. ህዝቢ ሰላም ክረክብን ናይ ባዕሉ ደሕንነት ክሕሉን ብዛዕባ ገበን ምክልኻልን ገበነኛታት ኣቃሊዕኻ ክትሓዙ ንምግባር፣ ናይ ህዝቢ ሙሉእ ተሳትፎ ከረጋግፅ የለዓዕልን ኣተሓሳቢሩ የፈፅምን።
7. ብናይ ተፈጥሮ፣ ብሰብ ዝመፅእ ሓደጋታትን እንትህልው ምስቲ ህዝብን ዝምልከቶም ኣካላትን ብምትሕብባር ኣድላይ ንዝኾነ ስጉምቲ ይወስድ።
8. መንግስታዊን ህዝባውን ኣኼባታት ዝፈተላለዩ ዓበይቲ በዓላት፣ ናይ ህዝቢ ምርኢታትን ናይ ስፖርት ውድድራት ኣብ ዝፍፀምሉ ቦታታት ተረኺቡ ኣድላይ ዘበለ ኩሉ ሓለዋታት ክካየድ ይገብር።

ሊቀመንበር እሱ ለሚወክላቸው የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ አባላት ሆኖ እንደየሁኔታው በብሄራዊ ክልልና በዞን ሊቀመናብርትና እነሱ በሚወክሏቸው ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ አባላት ክተት ሊጠራ ይችላል።

## ክፍል ሁለት
## ምዕራፍ ሁለት ስራ ኃላፊነት
## አንቀፅ 5 የትግራይ ብሄራዊ ክልል ህዝባዊ ፖሊስ ከዚህ የሚከተለው የስራ ሃላፊነት ይኖረዋል

1. ወንጀል እንዳይፈፀም ዕለት ተዕለት ክትትል ያደርጋል፣ ይከላከላል፣ ወንጀለኞችን ተከታትሎ በቁጥጥር ስር ያውላል።
2. በአገር አቀፍ ቻርተር መሰረት በብሄራዊ ክልል ሕገ መንግስት በዝርዝር የሰፈሩትን ሰብአዊ መብቶች በመጣስ የሚፈፀሙ ወንጀሎችን ይከላከላል፣ ተከታትሎ ይቆጣጠራል፣
3. የተፈፀሙ ወንጀሎችን በሕግ መሰረት አጣርቶ ለሚመለከተው ዓቃቤ ሕግ ያቀርባል።
4. የፍርድ ቤት ትእዛዞችን ተቀብሎ ውሳኔዎችንና መመሪያዎችን በተግባር ያውላል።
5. የትራንስፖርት አዋጆችንና ሕጎችን እንዲከበሩ ያደርጋል፣ የመንገድ ትራፊክ እንቅስቃሴን ይቆጣጠራል፣ ያስተናግዳል፣ የትራፊክ አደጋዎችን አጣርቶ ስህተት የፈፀመውን ለሚመለከተው ዓቃቤ ሕግ ያቀርባል፤
6. ህዝቡ ሰላምን እንዲያገኝና የራሱን ደህንነት እንዲጠበቅ ወንጀልን በመከላከል ረገድ ወንጀለኞችን አጋልጦ እንዲይዝ ለማድረግ የህዝቡን ሙሉ ተሳትፎ ለማረጋገጥ ያነሳሳል፣ አስተባብሮ ያስፈፅማል፤
7. የተፈጥሮና ሰው ሰራሽ አደጋዎች ሲኖር ከህዝቡና ከሚመለከታቸው አካላት ጋር በመተባበር አስፈላጊውን እርምጃ ይወስዳል፤
8. መንግስታዊና ህዝባዊ ስብሰባዎች፣ የተለያዩ ትላልቅ በዓላት የህዝብ ሰርግና የስፖርት ውድድሮች በሚፈፀሙበት ቦታዎች ተገኝቶ አስፈላጊ የሆኑ ጥበቃዎችን ሁሉ ያደርጋል፣

9. ኣብ ውሽጢ ብሄራዊ ክልል ዝፍፀሙ ገበናት ኣብ ምፅራይ ናይ ቴክኒክ ደገፍ ክጥቀም ይኽእል ብዓቃቢ ሕጊ ክእዘዝ ኩሉ የቅርብ ነዚ ናይ ቴክኒክ መረዳእታ ድሕሪ ምፅራይ ምስክርነት ክቕፀር ኩሉ ፍ/ቤት ቀሪቡ ይምስክር።
10. ምስ ናይ ማእኸል ፖሊስ ኮሙሽንን ናይ ጎረባብቲ ብሄራዊ ክልላት ፖሊስ ሓይሊ ብምትሕግጋዝ ሃገር ለኸ ገበናት ይቆፃፀር ገበነኛታት ይሕዝን።
11. ዘይሕጋዊ ሰልፍታት ይቆፃፀር፣ ይከላኸልን፣ ብኣንፃሩ ድማ ሕጋዊ ሰልፍታት ብቐረባ ተረኺቡ ስርዓቱ ኣኽቢሩን ደሕንነቱ ክሕሉን ይገብር።
12. ምስ ናይ ህ/ሚልሻ ሓይሊ ብምትሕግጋዝ ኣብ ውሽጢ ብሄራዊ ክልል ገበን ከይፍፀም ይከላኸልን ገበነኛታት የፃርይ። ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝተረኽበሉ ወፍሪታት (ናይ ከባቢ ሃደናት) እናካየደ ሰላም ከረጋግፅ ይሰርሕ።
13. ከከም ኩነታቱ ካብ ማእኸል ናይ ሽግግር መንግስቲ፣ ካብ ብሄራዊ ክልላዊ ምምሕዳር በቢደረጅኡ ዝወርደሉ ካልኦት ናይ ፀጥታን ፖሊሲን ስራሕቲ ይኹን ብዓቃቢ ሕግን ካልኦት ሕግታትን ዝሃብዎ ተግባራት ይፍፅም።

**ዓንቀፅ 6 <u>ናይ ህዝባዊ ምልሻ ስራሕን ሓላፍነትን፣ ከምዝስዕብ ይኸውን፣</u>**

1. ዝዋሃብ ናይ ፀጥታ ልኡኹ ናይ ምፍፃም፣ ንናይ ልምዓት መደብን ምንቅስቓስን ምችው ባይታ ናይ ምፍጣር ግቡእ ኣለዎ።
2. ህዝባዊ ፖሊስ ኣብ ዘይተመደበሉን ብራሕቒ ክበፅሕን ኣብ ዘይክኣለ ከባቢታትን ምስ ህዝባዊ ፖሊስ ብምትሕብባር ፀጥታ የኽብር፣ ንህዝቢ ዝህውኹ ናይ መንግስቲ ሕጊ ዝጥሕሱ ገበነኛታትን ዓመፅትን ሒዙ ናብ ቤት ፍርዲ የቕርብ፤ ኣብ ክንዲ ህዝባዊ ፖሊስ ኮይኑ ክሰርሕ ይኽእል ማለት እዩ።
3. ኣብ ናይ ስራሕ ቦትኡን መገሻን ብሓፈሻ ኣብ ከባቢኡ ናይ ሽፋቱን ዘይሕጋዊ ሰባትን ሃለዋት እንተሰምዕን እንተርኢን ቀልጢፉ ናብ ዝምልከቶ ይፅብፅብ፣ ባዕሉ'ውን ኣብ ቁፅፅር ዝኣትወሉ ስጉምቲ ይወስድ። ምስ ከባቢኡ ተሓባቢሩ ክትሓዙ ይገብር።

9. በብሄራዊ ክልል ውስጥ የሚፈፀሙትን ወንጀሎች ለማጣራት የቴክኒክ ድጋፍን መጠቀም ይችላል፤ በአቃቤ ሕግ ሲታገዝ ያቀርባል፤ ይህን የቴክኒክ መረጃ ከአጣራ በኋላ ለምስክርነት ሲጠራ ፍርድ ቤት ቀርቦ ይመሰክራል ፤
10. ከማዕከላዊ ፖሊስ ኮሚሽንና ከአጎራባች ብሄራዊ ክልል ፖሊስ ኃይሎች ጋር በመተጋገዝ አገር አቀፍ ወንጀሎችን ይቆጣጠራል፣ ወንጀሎችን ይይዛል፣
11. ሕገወጥ ሰልፎችን ይቆጣጠራል፣ ይከላከላል፣ በአንፃሩ ደግሞ በቅርብ ተገኝቶ የሕጋዊ ሰልፎች ስርዓት እንዲከበርና ደህንነት እንዲጠበቅ ያደርጋል፤
12. ከህዝባዊ ምልሻ ሃይል ጋር በመተጋገዝ በብሄራዊ ክልል ውስጥ ወንጀል እንዳይፈፀም ይከላከላል፤ ወንጀለኞችን ያፀዳል፣ አስፈላጊ ሆኖ በተገኘበት ስምሪትም(የአከባቢ አሰሳ) እያካሄደ ሰላም እንዲረጋገጥ ይሰራል፤
13. እንደየሁኔታው ከማዕከላዊው የሽግግር መንግስት፣ ከብሄራዊ ክልላዊ መስተዳድር በየደረጃው የሚወርድለትን ሌሎች የፀጥታና የፖሊስ ስራዎችንም ሆነ በዐቃቤ ሕግና በሌሎችም ሕጎች የሚሰጡትን ተግባሮች ይፈፅማል፤

**አንቀፅ 6 <u>የህዝባዊ ምልሻ ስራና ሃላፊነት እንደሚከተለው ይሆናል</u>**

1. የሚሰጠውን የፀጥታ ጥበቃ ተልዕኮ የመፈፀም፣ የልማት ፕሮግራሞችን የማንቀሳቀስና አመቺ ሁኔታዎችን የመፍጠር ግዴታ አለው፣
2. ህዝባዊ ፖሊስ ባልተመደበበትና በርቀት ምክንያት ሊደረስበት በማይቻልበት አካባቢ ከህዝባዊ ፖሊስ ጋር በመተባበር ፀጥታን ያስከብራል፣ ህዝብን የሚያውክና የመንግስት ሕግን የሚጥሱ ወንጀለኞችንና አመፀኞችን ይዞ ለፍርድ ቤት ያቀርባል፣ ህዝባዊ ፖሊስን ተክቶ ይሰራል ማለት ነው።
3. በስራውና በሌላው ቦታ በአጠቃላይ በአከባቢው ሽፍቶችና ሕገወጥ ሰዎች መኖራቸውን ሲሰማና ሲያይ በፍጥነት ወደሚመለከተው ሪፖርት ያደርጋል፣ ራሱም በቁጥጥር ስር የሚውሉበትን እርምጃ ይወስዳል ከአከባቢው ጋር በመተባበር

4. ኣብ ከባቢኡ ኣብ ዝካየዱ ጻህሰሳታት ምስ ናይ ህ/ፖሊስ ሓይሊን ህዝብን ተሓባቢሩ ይወፍር ከባቢኡ ናይ ምፅራይ ግቡእ ኣለዎ።

5. ምስ ናይ ህ/ፖሊስ ብምትሕብባር ነናይ ከባቢኡ ህዝባዊን መንግስታውን ትካላትን ኣብያተ ፅሕፈትን ደሕንነቶም ይሕሉን፣ ይከታተልን።
6. ኣብ ውሽጢ ብሄራዊ ክልል ናይ ዝወፁ ዝሰርሐሎም ሕግታት፣ ይኹን ሃገራዊ ሕግታት፣ ናይ ፀጥታን ፖሊስን መምርሒታትን ኣዋጃትን ተገዛኢ ኮይኑ የተግብርን ይጥርንፍን።
7. ንብዙሕ ግዜ ካብ ማእቶትን ናብራን ዝንፅል ናይ ፀጥታን ካልኦት መንግስታዊ ስራሕን ክዋሃብ ኣይግባእን ክፍፅም'ውን ኣይግደድን።
8. በቢደረጅኡ ዝረከቡ ፈፃሚ ስራሕ ኮሚቴን ኣቦወንበርን ብዝህቡዎ መምርሒ መሰረት ካልኦት ተግባራት ይፍፅም።

**ዓንቀፅ 7**

ህዝባዊ ምልሻ መነባብርኡ ባዕሉ ንባዕሉ ዝኽእል መፍረያይ ዕጡቕ ሓይሊ እዩ። ብመንግስቲ ዝቐርበሉ ወርሓዊ ክፍሊት ወይ መሃያ የለን።

**ክፍሊ ሰለስተ፣**

**ምዕራፍ ሰለስተ፣**

**ዓንቀፅ 8 ዕጥቂ ብዝምልከት**

1. ህዝባዊ ፖሊስን ህዝባዊ ምልሻን ናይ ፀጥታ ምኽባርን ሰላም ምርግጋፅን ልኡኽ ዝሓዙ ስለዝኾኑ ሕጋዊ ዕጡቓት ይኾኑ።
2. ውልቀሰባት ዝሓዝዎ ናይ ገሊ ዕጥቂ ብናይ ብሄራዊ ክልል ናይ ፀጥታ መምርሒ መሰረት ሕጋዊ ፈቓደም ዘሕደሹ ምኻኖም ብምርግጋፅ ዘይሕጋዊ ዝኾኑ ኣብ ቁፅፅር የእትዉ፣
3. ዝኾነ ናይ ፀጥታን ፖሊስን ሓይሊ ኣብ ዕጥቂ ኣብ ሕጋዊ ዕላማታትን ልኡኽ ኣብ ምፍፃምን ጥራሕ ይጥቀመሉ። ካብዚ ወፃኢ ብዝሓዞ ዕጥቂ ገበን እንተፈፂሙ ዕጥቁ ተሓዲጉ ብሕጊ ይጥየቕ፣

4. ናይ ፀጥታ ልኡኽ ዝተውሃቦ ናይ ፀጥታን ፖሊስን ሓይሊ ኣባል ዝሓዞ ዕጥቂ ናይ ህዝቢ ንብረት ስለዝኾነ ክሸጦ፣ ክልውጦ፣ ወይ ከካርዮ ብሕጊ ዝተኸልከለ እዩ።
5. ዝኾነ ይኹን ናይ ፀጥታ ልኡኽ ዝሓዘ ናይ ፀጥታን ፖሊስን ሓይሊ ሕጋዊ ዘይኾነ ኣብ

እንዲያዙ ያደርጋል።
4. በአከባቢው በሚያካሂደው አሰሳ ከህዝባዊ ፖሊስ ሃይልና ከህዝቡ ጋር በመተባበር ይሰማራል፣ አከባቢውን ከሕገወጦች የማፅዳት ግዴታ አለው፣
5. ከህዝባዊ ፖሊስ ጋር በመተባበር የአከባቢው ሕዝባዊና መንግስታዊ ድርጅቶችና ጽ/ቤቶች፣ ደህንነት ይጠብቃል፣ ይከታተላል፣
6. በብሄራዊ ክልል ም/ቤት ፀድቀው የሚሰራባቸው ሕጎችም ሆኑ ያገር አቀፍ ሕጎች የፀጥታና የፖሊስ መመሪያዎችና አዋጆችን ተገዥ ሆኖ በተግባር ያውላል፣ ያስከብራል፣
7. ለረጅም ጊዜ ከገቢ ምንጭና ከኑሮው የሚነጥለው የፀጥታና ሌሎችም የመንግስት ስራዎች ሊሰጠው አይገባም፣ እንዲፈፅምም አይገደድም።
8. በየደረጃው የሚገኙ የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴዎችና ሊቀመናብርት በሚሰጡት መመሪያ መሰረት ሌሎች ተግባሮችን ይፈጽማል።

**አንቀፅ 7**

ህዝባዊ ምልሻ ኑሮውን ራሱ የሚችል አምራችና ታጣቂ ሃይል ነው፣ በመንግስት የሚቀረጥለት ወርሓዊ ክፍያ ወይም ደሞዝ የለም።

**ክፍል ሶስት**

**ምዕራፍ ሶስት**

**አንቀፅ 8 ትጥቅን በተመለከተ**

1. ህዝባዊ ፖሊስና ህዝባዊ ምልሻ ፀጥታ የማስከበርና ሰላምን የማረጋገጥ ተልእኮ የያዙ ስለሆኑ ሕጋዊ ታጣቂ ይሆናሉ።
2. ግለሰቦች የያዙት የግል ትጥቅ በብሄራዊ ክልል መመሪያ መሰረት ሕጋዊ ፈቃዳቸውን ያሳደሱ መሆናቸውን በማረጋገጥ፣ ሕጋዊ ያልሆኑትን በቁጥጥር ስር ያስገባል፤
3. ማንኛውም የፀጥታና የፖሊስ ሃይል አባል ትጥቁን ሕጋዊ ዓላማዎችንና ተልዕኮዎች ለመፈፀም ብቻ ይጠቀምበታል፣ ከዚህ ውጭ በያዘው ትጥቅ ወንጀል ቢፈፅም ትጥቁን እንዲፈታና በሕግ እንዲጠየቅ ይደረጋል፤
4. የፀጥታ ተልእኮ የተሰጠው የፀጥታና የፖሊስ ኃይል አባል የተሰጠውን የህዝብ ንብረት ስለሆነ ሊሸጠው ሊለውጠው፣ ወይም ሊያከራየው በሕግ የተከለከለ ነው፡
5. ማንኛውም የፀጥታ ልዑክ የያዘ ሕጋዊ ያልሆኑ በየአከባቢው የሚገኙ የተለያዩ

በቢከባቢኡ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ዓይነት ዕጥቅታት ክቆፃፀርን እንዳጠርነፈ ናብ ዝምልከቶ ከሁግሮምን ግቡእ ይኸውን።

6. ህዝባዊ ምልሻ ዝዓጠቓ ዕጥቂ ዋንነቱ ናይ ዝህቢ ይኹን'ምበር ብውልቀ ሒዙ ክሰርሓሉ ዝተውሃቦ ስለዝኾነ ኣብ ሃለዋቱን ጥዕንኡን ብሓላፍነት ተሓታቲ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ዕጥቂ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ምቅይያር ኣይግበርን፤ ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ናይ ጣብያ ህዝቢ ወይ ናይ ደረጅኡ ቤት ምኽሪ ፈሊጥዎ ኣሚኒሉን ርኢቱኡ ኣዕሪፉሉን ጥራሕ ይኸውን

ዓይነት ትጥቆችን የፀጥታና የፖሊስ ኃይል ሊቆጣጠራቸውና እየሰበሰበም ወደ ሚመለከተው ሊያስረክባቸው ተገቢ ይሆናል፣

6. ህዝባዊ ምልሻ የታጠቀው ትጥቅ ባለቤት ህዝቡ ቢሆንም በግል ይዞ ሊሰራበት ስለተሰጠው ለመሳሪያው ደህንነት በሃላፊነት ተጠያቂ የሚሆነው እሱ ነው፣ ሰለሆነም ትጥቅ ከሰው ወደ ሰው መቀያየር ክልክል ነው፣ አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ የጣቢያው ህዝብ ወይም የደረጃው ምክር ቤት አውቆት፣ ኣምኖበት፣ አስተያቱን ሰጥቶበት ብቻ ይሆናል፤

## ዓንቀፅ 9

በቢደረጅኡ ዝርከብ ዝምልከቶ ናይ ፀጥታን ፖሊስን ቤት ፅሕፈት ብመሰረት'ዚ ኣዋጅ'ዚ ኣገደስቲ ናይ ፀጥታ መምርሒታት ዘርዚሩ ክዝርግሕን ከተግብርን ይኽእል። ብኣሰራርሓታት'ውን ይድግፎም።

## አንቀፅ 9

በየደረጃው የሚገኝ ጉዳዩ የሚመለከተው የፀጥታና የፖሊስ ጽ/ቤት በዚህ አዋጅ መሰረት አስፈላጊ የፀጥታ መመሪያዎችን ዝርዝር ማውጣትና መተግበር ይችላል፤

## ዓንቀፅ 10

እዚ ኣዋጅ'ዚ ተግባራዊ ዝኾነሉ ግዝ ብናይ ትግራይ ብሄራዊ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ(ወግዓዊ ልሳን) ተሓቲሙ ካብ ዝወፅአ ጀሚሩ ተግባራዊ ይኸውን።

## አንቀፅ 10

ይህ አዋጅ በትግራይ ብሄራዊ ክልል ምክር ቤት ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ጊዜ ጀምሮ የፀና ይሆናል።

ገብሩ አስራት
ናይ ትግራይ ብሄራዊ ክልል ኣቦ ወንበር
መቐለ

ገብሩ አስራት
የትግራይ ብሄራዊ ክልል ምክር ቤት
ሊቀመንበር
መቀሌ

www.abyssinialaw.com

1ይ ዓመት ቁፅሪ 7

1ኛ ዓመት ቁጥር 7

መቐለ ሕዳር 15/1985 ዓ.ም

ኣብ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ የሽግግር መንግስት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

| ናይ ሓደ ዋጋ 0.30 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120 |
|---|---|---|

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቑፅሪ 7
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 7
ገጽ 1

## ብዛዕባ ምቛም ነጋሪት ጋዜጣ ክልል ትግራይ ዝወፀ ኣዋጅ፣

## ቁ. 7/1985 ዓ.ም

ቤትምኽሪ/ባይቶ ክልል ትግራይ ሕገ መንግስቲ ክልል ትግራይ ብዝሃቦ ስልጣን መሰረት ካብዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 1 ምቛም**

በዚ ኣዋጅ'ዚ ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ እናተብሃለ ዝፅዋዕ ናይ ክልላዊ መሰጋገሪ ምምሕዳር ትግራይ ጋዜጣ ቆይሙ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 2 ትሕዝቶ ናይቲ ጋዜጣ**

ኣብ ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ዝሕተሙ /ዝወፁ ጉዳያት በቲ ክልላዊ መሰጋገሪ ምምሕዳር ዝወፁኣዋጃት፣ ድንጋገታት፣ መንግስታዊ ምልክታታት፣ ደንብታትን ትእዛዛትን ኮይኖም ብተወሳኺ፣

1. በቲ ክልላዊ መሰጋገሪ ምምሕዳር ዝወሃብ ሹመት፣ ዝግበር ስዕረት፣ ናይ ማእርግ ሽም ሽልማትን ኒሻንን፣
2. ምቛም ማሕበራት፣ ኣብያተ ትምህርትን፣ ቤት ምኽሪ ንግድን
3. ንህዝቢ ጠቐምቲ 'ዮም ዝበሃሉ ጉዳያትን ንህዝቢ ዝንገሩ ምልክታትን ኣብቲ ጋዜጣ ይሕተሙ፣ ይወፁ

## የትግራይ ክልል የነጋሪት ጋዜጣ ማቋቋሚያ የወጣ አዋጅ

## ቁ.7/1985 ዓ.ም

የትግራይ ክልል ምክር ቤትና ሕገ መንግስት በሰጠው ስልጣን መሰረት የሚከተለውን አዋጅ ወጥቷል።

**ዓንቀፅ 1 ማቋቋሚያ**

በዚህ አዋጅ መሰረት የትግራይ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ እየተባለ የሚጠራ የትግራይ ክልል የሽግግር አስተዳደር ነጋሪት ጋዜጣ ተቋቁሟል።

**ዓንቀፅ 2 የነጋሪት ጋዜጣው ይዘት**

በትግራይ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ የሚታተሙ ጉዳዮች በክልሉ የሽግግር አስተዳደር የሚወጡ አዋጆች፣ ድንጋጌዎች፣ የመንግስት ማስታወቂያዎች፣ ደንቦችና ትዕዛዞች በተጨማሪ

1. በክልሉ የሽግግር አስተዳደር የሚሰጠውን ሹመት፣የሚደረግ ሽረት፣የማዕርግ ሽልማትና ኒሻን
2. የማህበራት፣ የትምህርት ቤቶች፣ የንግድ ምክር ቤት መቋቋም፣
3. ለህዝብ ጠቀሜታ አላቸው የሚባሉ ጉዳዮችና ለህዝብ የተነገሩ ማስታወቂያዎች በጋዜጣው ይታተማሉ።

**ዓንቀፅ 3** **<u>ኣግባብ ኣወፃፅኣ እቲ ጋዜጣ</u>**

ናይ ማስታወቂያ ቢሮ ክልል ትግራይ እቲ ነጋሪት ጋዜጣ ዝወፀሉ ኣገባብን ጊዜን ይውስን

**ዓንቀፅ 4** **<u>ኣፀዋውዓ</u>**

እዚናይ ክልላዊ መሰጋገሪ ምምሕዳር ትግራይ ጋዜጣ ብሕጊ መዳይ ነጋሪት.ጋዜጣ እናተብሃለ ይጥቀስ።

**3/ሕዳር 1985 ዓ.ም**

**ገብሩ አስራት**

**ኣቦ ወንበር ቤት ምኽሪ .ባይቶ ክልል ትግራይ**

**አንቀፅ 3** **<u>የጋዜጣው አወጣጥ ደንብ</u>**

የትግራይ ክልል የማስታወቂያ ቢሮ ነጋሪት ጋዜጣው የሚወጣበት ደንብና ጊዜ ይወስናል

**ዓንቀፅ 4** **<u>አጠራር</u>**

የትግራይ ክልል የሽግግር አስተዳደር ነጋሪት ጋዜጣ በህግ ነጋሪት.ጋዜጣ እየተባለ ይጠቀሳል።

**ህዳር 3/1985 ዓ.ም**

**ገብሩ አስራት**

**የትግራይ ክልል ምክር ቤት ሊቀመንበር**

www.abyssinialaw.com

1ይ ዓመት ቁፅሪ 1

1ኛ ዓመት ቁጥር 1

መቐለ ነሓሰ 1985 ዓ.ም

ኣብ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ የሽግግር መንግስት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

ናይ ሓደ ዋጋ 0.25 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ምልክታ ቑፅሪ 1
ገፅ 1

## ናይ ክልል ትግራይ ምምሕዳር ሕጋዊ ምልክታ ቑፅሪ 1/1985 ብዛዕባ ምቛም ጋዜጣ ዝወፀ ምልክታ

### መእተዊ፦

ድሕሪ ነዊሕን መሪርን ብረታዊ ቓልሲ ዝተረኽበ "ሰላምን ዲሞክራሲን" ዓቂብካ ንዳግመ ህንፀት ትግራይ ንምርብራብ ብቋንቋ ትግርኛ ዝሕተም ናይ ክልልና መንግስታዊ ጋዜጣ ክፃወቶ ዝኽእል ኣብ ግምት ብምእታው፤

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ክልሉ ዝገብሮ ፖለቲካዊ ፣ ኢኮኖሚያዊ ማሕበራዊን ምንቅስቓሳት ብዝምልከት ብዝርደኦ ቋንቋ ትግርኛ ዝዳሎ ጋዜጣ ምህላው ኣብ ዘለቑታዊ ምዕባልኡ ከምፅኦ ዝኽእል ባህሪያዊ ለውጢ ብምርዳእ።

ህዝቢ ትግራይ ሓሳቡን ርእይትኡን ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ ዝገልፀሉ ጋዜጣ ምህላው ኣገዳሲ ብምኳኑ።

ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ብሕገ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ "35" ቁፅሪ '1' ብዝተውሃቦ ስልጣንን ሓላፍነትን መሰረት ዝስዕብ ምልክታ ኣውፂኡ'ሎ፤

1. <u>ሓፂር ርእሲ</u>

እዚ ምልክታ ናይ ክልል ትግራይ ምምሕዳር መንግስታዊ ጋዜጣ ንምቛም ዝወፀ ናይ ምምሕዳር ምልክታ ቑ.1/1985 ዓ.ም ተባሂሉ ክፅዋዕ ይኽእል

ማ ው ጫ
ማስታወቂያ ቁጥር 1
ገጽ 1

## ከትግራይ ክልል መስተዳደር ጋዜጣን ስለማቋቋም የወጣ ማስታወቂያ ቁጥር 1/1985

### መግቢያ

ረዥምና መራራ የትጥቅ ትግል ከተካሄደ በኋላ የተገኘውን ሰላምና ዴሞክራሲን በመንከባከብ ትግራይን መልሶ ለማቋቋምና ለመገንባት በሚደረገው ርብርብ፣ በትግርኛ ቋንቋ የሚታተም የክልሉ ጋዜጣ የሚጫወተውን ሚና ግምት ውስጥ በማስገባት፣

የትግራይ ሕዝብ በክልሉ ውስጥ የሚያደርገውን ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊና ማሕበራዊ እንቅስቃሴዎች በሚመለከት በራሱ ቋንቋ የሚዘጋጅ ጋዜጣ መኖር ለዘለቄታ ዕድገቱ ሊያመጣለት የሚችለውን ባህሪያዊ ለውጥ በመገንዘብ፤

የትግራይ ሕዝብ ሃሳቡን አስተያየቱን በዴሞክራሲያዊ መንገድ የሚገልፅበት ጋዜጣ መኖር አስፈላጊ በመሆኑ፤

የትግራይ ክልል ምክር ቤት በሕገ መንግስት ክልል ትግራይ አንቀጽ "35" ቁጥር'1' በተሰጠው ስልጣንና ሃላፊነት መሰረት ከዚህ በታች ቀጥሎ የተመለከተውን ማስታወቂያ አውጥቷል።

1. <u>አጭር ርእስ</u>

ይህ ማስታወቂያ የትግራይ ክልል መስተዳድር መንግስታዊ ጋዜጣ ለማቋቋም የወጣ የመስተዳድሩ ማስታወቂያ ቁጥር 1/1985 ተብሎ ሊጠራ ይችላል።

2. <u>**ምቛም**</u>

በዚ ምልክታ ጋዜጣ ማለት ብቢሮ ማስታወቂያ ክልል ትግራይ እናተሓተመ ዝወፅእ ናይ ክልል ትግራይ መንግስታዊ ጋዜጣ ቖይሙ'ሎ፡

3. <u>**ስያመ**</u>

እዚ ጋዜጣ "መቓልሕ ትግራይ" ተባሂሉ ዝፅዋዕ ይኸውን፤

4 <u>**በዚ ጋዜጣ ዝወፀ**</u>

1. ብቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ፣ ብማእኸላይ መንግስቲ ዝወፁ አዋጃት፣ ደንብታት ድንጋገታትን ምልክታትን መምርሒታትን ውሳነታትን ናይ'ዚኦም መብርሂታትን፤
2. ህዝቢ ክልል ትግራይ ዝገብሮ
   ሀ. ማሕበራዊ
   ለ. ኢኮኖሚያዊ
   ሐ. ፖለቲካዊ
   መ. ካልኦት ..... ምንቅስቓሳት፤
3. ንባህላዊን ትምህርታዊን ምዕባለ ዝሕግዙ ፅሑፋት
4. እዋናዊ ኩነታትን ዜና ክልል፣ ሃገር፣ ኣህጉርን
5. ዓምድታት ነፃ ርኢቶ ስፖርት መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን
6. ናይ ኣብያተ ፍርዲታት ትእዛዝ፣ ናይ ቢሮታትን ካልኦት መንግስታዊ ትካላት ይኹን ውልቀሰብ ምልክታ ዕድመ መረዳእታ ሓበሬታን ጨረታን፣
7. ዜና ፋይናንስን ንግድን ከምኡ'ውን ኩነታት ዕዳጋን ሸቐጥን
8. እዋናዊ ጠመተ ዝግበረሎም ዘተ .....፣ ምይይጥ ሪፖርት
9. ሓደስቲ ሳይንሳዊ ምዕባለታት፣ ምህዞታት

5 <u>**ካልኦት ድንጋገታት**</u>

1. በዚ ጋዜጣ ዝወፁ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ፣ ናይ መንግስታዊ ኣካላት መፀዋዕታታት፣ ሓበሬታታት፣ መረዳእታታት ካልኦት'ውን ብኣካል ከምዝተውሃቡ ቅቡላት ይኾኑ፣
2. በዚ ጋዜጣ ዝወፁ ናይ መንግስቲ ሕጊታት ብኻሊእ መንገዲ እንተደኣ ዘይተገለፁ ቅድሚ ኣብ ነጋሪት ጋዜ ምውፅኦም ከም ሕጊ ክጥቀሱ ኣይኽእሉን፤

2. <u>**መቋቋም**</u>

በዚህ ማስታወቂያ 'ጋዜጣ' ማለት በትግራይ ክልል የማስታወቂያ ቢሮ በኩል እየታተመ የሚወጣ የትግራይ ክልል መስተዳድር መንግስታዊ ጋዜጣ ተቋቁሟል።

3 <u>**ስያሜ**</u>

ይህ ጋዜጣ "መቓልሕትግራይ" ተብሎ የሚጠራ ይሆናል።

4 <u>**በዚህ ጋዜጣ የሚወጣ**</u>

1. ከትግራይ ክልል ምክር ቤት ከማዕከላዊ መንግስት የሚወጡ አዋጆች፣ ደንቦች፣ ድንጋጌዎች፣ ማስታወቂያዎች፣ መመሪያዎችና ውሳኔዎች፣ እንዲሁም እነዚህን የሚያብራሩ ማብራሪያዎች።
2. የትግራይ ሕዝብ የሚያደርገውን
   ሀ. ማኅበራዊ
   ለ. ኢኮኖሚያዊ
   ሐ. ፖለቲካዊ
   መ. ሌሎችም እንቅስቃሴዎች፦
3. ለባህሉና ለትምህርቱ መዳበር የሚያግዙ ፅሑፎች
4. የክልሉ የሃገርና የአሕጉር ወቅታዊ ሁኔታዎችን የሚያመለክቱ ዜናዎች፣
5. የነፃ አስተያየት ፣ የስፖርት፣ የወጣቶችና የሴቶች ዓምዶች፣
6. የፍርድ ቤቶች ትእዛዝ፣ የቢሮዎችና የሌሎች መንግስታዊና የግል ድርጅቶች ማስታወቂያዎች፣ ጥሪዎች ማሳሰቢያዎችና ጨረታዎች፣
7. የፋይናንስና የንግድ ዜናዎች እንዲሁም የገበያና የሸቀጦች ሁኔታ፣
8. ትኩረት የሚሰጣቸው ወቅታዊ ውይይቶችና ሪፖርቶች
9. አዳዲስ የሳይንስ ዕድገቶችና ግኝቶች።

5 <u>**ሌሎች ድንጋጌዎች**</u>

1. በዚህ ጋዜጣ ላይ ታትመው የሚወጡ የፍርድ ቤት ትእዛዞች የመንግስታዊ ድርጅቶች ጥሪዎች ማስታወቂያዎችና መረጃዎች እንዲሁም ሌሎች ከመንግስት የሚተላለፉ መመሪያዎች ተቀባይነት ይኖራቸዋል።
2. በዚህ ጋዜጣ ታትመው የሚወጡ የመንግስት ሕጎች በሌላ መንገድ ካልተገለጠ በስተቀር በነጋሪት ጋዜጣ ላይ ከመውጣት በፊት፣ በሕጋዊነት ሊጠቀስ አይችልም (ሕጋዊነት አይኖረውም)።

www.abyssinialaw.com

| | |
|---|---|
| 6 <u>ሕትመት</u> | 6 <u>ሕትመት</u> |
| እዚ ጋዜጣ እናተሓተመ ዝወፀሉ ጊዜ ብፈጻሚት ክልል ትግራይ ዝውሰን ይኸውን። | ይህ ጋዜጣ እየታተመ የሚወጣበት ጊዜ በትግራይ ክልል መስተዳድር ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የሚወሰን ይሆናል። |
| 7. ምስ'ዚ ጋዜጣ'ዚ ዝሻመ ስም ዘለዎ ካሊእ ጋዜጣ ሕጋዊኣይኾነን | 7. ከዚህ ጋዜጣ ጋር የሚሻማ ስያሜ ያለው ሌላ ጋዜጣ ሕጋዊ አይሆንም። |
| 8. እዚ ምልክታ ኣብ ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ካብ ዝወፀሉግዝ ጀሚሩ ተፈፃሚ ይኸውን ፤ | 8. ይህ መስታወቂያ በትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ ላይ ታትሞ ከወጣበት ጊዜ ጀምሮ ተፈፃሚ ይሆናል። |
| ነሓሰ/1985 | ነሐሴ/1985 |
| ገብሩ ኣስራት | ገብሩ አስራት |
| ኣቦወንበር ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ | የትግራይ ክልል ምክር ቤት ፕረዚዳንት |

# ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ

# መንግስቲ ትግራይ

12 ሰነ 1987 ዓ.ም

መቕለ

አዋጅ ቁፅሪ 1/87

**መእተዊ**

ህዝቢ ትግራይ ካብቶም ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ መሪር ጭቆና ዝበፅሖም ዝነበሩ ህዝብታት ሓደ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ሕሉፍ ታሪኹ ጭቆና ገዛእቲ ንምውጋድ ተደጋጋሚ ዓመፅን ኲናትን ኣካይዱ። ብፍላይ ካብ 1967 ዓ.ም እስካብ 1983 ዓ.ም ምስ ካልኦት ጭቁናት ወገናቱ ኮይኑ ዘካየዶ ኲናት ብጣዕሚ ከቢድን ብዙሕ ናይ ህይወትን ንብረትን ዋጋ ዝተኸፈሎን እዩ። ኣብዚ ኲናት 'ዚ ህዝቢ ትግራይ ጥራይ ኣስታት 60 ሽሕ ህይወት ከፊሉ እዩ። እዚ ኩሉ መስዋእትነት ከዓ ሰላም፣ ዲሞክራሲን ልምዓትን ንምርግጋፅ ዝተኸፈለ እዩ።

ድሕሪ'ዚ ኩሉ መስዋእቲ ፣ ህዝብና ምስ ካልኦት ኢትዮጵያውያን ወገናቱ ኮይኑ ነቲ ፀረ ሰላም፣ ፀረ ዲሞክራሲን ልምዓትን ዝነበረ መንግስቲ ሓምሺሹ መሰጋገሪ መንግስቲ ብምምስራት ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ናይ መጀመርታ ዝኾነ ህዝብታት ኢትዮጵያ ኩሎም ብድሌቶምን ብስፍሓትን ዝተሳተፉሉን ናይ ህዝብታት ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ዘረጋገፀን ሕገ መንግስቲ ኣፅዲቑ ኣሎ። እዚ ሕገ መንግስቲ ህዝቢ ትግራይ ንዓመታት ንዝተቓለሰሎም ዕላማታት ብዘይ ዝኾነ ምሽርራፍ ኣስፊሩ ይርከብ። እዚ ኣብ ታሪኽ ህዝብና ሓደ ዓብዪ ምዕራፍ እዩ።

ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኩሎም ኣገደስቲ ዝበሃሉ መሰላትን ነፃነትን ወዲሰብ ዘረጋግፁ መትከላት ኣብ ልዕሊ ምሓዙ ንናይ ብሄራዊ ብሄረሰባትን ህዝብታትን መሰል'ውን ብዝግባእ ኣረጋጊፁ እዩ። ከምኡ'ውን ማዕርነት ሃይማኖትን ፆታን፣ ተጠቃማይነት መሬት ንዝምልከቱ ጉዳያት ውን ግቡእ ምላሽ ሂብዎም ኣሎ።

ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ዝሰፈሩ ኩሎም መሰላትን ነፃነትን ቅቡል ገይሩ ኣብዚ ክልል ብዝግባእ ንምትግባር ዝርዝር ቁም ነገራት ብምውሳኽን ምስ ኩነታት እዚ ብሄራዊ ክልል ብምዝማድን ዝተሓንፀፀ ህንፃ እዩ።

ስለዝኾነ'ውን ህዝቢ ትግራይ ናይ ባዕሉ ዕድል ባዕሉ ንምውሳን ዘኽእሎ፣ ታሪኹ፣ ባህሉን ቋንቋኡን ብዝግባእ ዝኽበረሉ በቢደረጅኡ ዘሎ ምምሕዳራት ከባቢያዊ ነፃነት/ኣውቶኖሚ/ ተዋሂብዎ ስልጣኑ ዝጥቀመሉን ናይ ህዝብና ተበግሶታት ልምዓት ዝተባበዐሉን ኩሉ ቁም ነገራት ዝሓዘ እዩ።

ብፍላይ ኣብ ስራሕቲ ፍትሒ፣ ምምሕዳርን ልምዓትን፣ ሓፋሽ ግቡእ ተርኡ ዝፃወተሉ፣ ኣብቲ ብሄራውን ሃገራውን ኲለመዳያዊ ንጥፈታት ብዕሒት ዘወፍየሉን ፍትሓዊ ብዝኾነ ኣገባብ ካብ ሃፍቲ ክልሉን ሃገሩን ተጠቃማይ ዝኾነሉ ኩነታት ዘመቻቹ ኾይኑ ዝተቐረፀ እዩ።

እዚ ሕገ መንግስቲ ኣብ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ቅልጡፍ ለውጥታት ልምዓት ንኽመፅእን ህዝቢ ሙሉእ ተሳትፎ ክህልዎን ዝገብር ስለዝኾነ ንቐፃላይ ጉዕዞና ዓቢይ ትርጉም ዘለዎ እዩ።

ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ፣ ኣብ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ልዕልነት ሕጊ ክሰፍን፣ ናይ ዝኾነ ውልቀ ዜጋ ሰብኣውን መሰረታዊ ፖለቲካውን መሰላት ኾኑ ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ናይ ዝርከቡ ንኡሳን ብሄረሰባት መሰረታዊ መሰላት ክኽበሩን ማዕርነት ሃይማኖትን ፆታን ክረጋገፅ ዝገብር እዩ፡

እዚ ሕገ መንግስቲ፣ ህዝቢ ትግራይ ናይ ባዕሉ ዕድል ባዕሉ ናይ ምውሳን ክሳብ ምንፃል ዘለዎ መሰል ከይተሸራረፈ ምስ ካልኦት ኢትዮጵያውያን ብናይ ባዕሉ ደሌት ብማዕርነት ዝነብረላን ብሓባር ዝዋቀመላን ሃገር ኽትህነፅን ክትጠናኸርን ከምኡ'ውን ምስ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታትን ደረጃታትን ዝምድና ተኣሳሲሩ ብሓባር ዝነብረሉ ሓደ ፖለቲካዊ ማሕበረሰብ ኢትዮጵያዊን ኽድልድል ዝገብር እዩ።

እዚ ሕገ መንግስቲ፣ ህዝቢ ትግራይ ጥቕምታቱ፣ መሰላቱን ነፃነቱን ከም ሓደ ብሄራዊ መንነት ዘለዎ ህዝብን ምስ ካልኦት ኢትዮጵያውያን ብሓባር ብምድግጋፍን ምእንቲ ክምዕብል ሓደ ኢኮኖሚያዊ ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ ናይ ምህናፅ ኣድላይነት ተቐቢሉ ነዚ ዕላማ'ዚ ንኽፀለስ ዝገብር እዩ።

እዚ ሕገ መንግስቲ ፣ ህዝቢ ትግራይ ምስ ካልኦት ኢትዮጵያውያን ወገናቱ ብዝኸፈሎ መስዋእትነት ዝተረኸበ ዲሞክራሲን ሰላምን እናሰፈሐን እናዓሞቐን ቀፃልነቱ እናተረጋገፀን ክኸይድ ዝገብር እዩ። ስለዝኾነ'ውን ነዞም ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ ዕላማታትን እምነታትን ዝሓዘ እዚ ሕገ መንግስቲ፣ ህዝቢ ትግራይ ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝመረፀናን ዝወከለናን ኣባላት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ሎሚ 12 ሰነ 1987 ዓ.ም ኣፅዲቕና'ለና።

**ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**

**ምዕራፍ ሓደ**

**ሓፈሻዊ ድንጋገታት**

**ዓንቀፅ 1**

**ስያመ መንግስቲ'ዚ ክልል**

እዚ ሕገ መንግስቲ ኣወዳድባ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ይድንግግ። ብመሰረት'ዚ ዝምስረት መንግስቲ፣ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብዝብል ስም ይፅዋዕ።

**ዓንቀፅ 2**

**ወሰን ብሄራዊ ክልል ትግራይ**

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ዝቖመ ክልል ኮይኑ፣ ብሰሜን ኤርትራ፣ ብምብራቅ ክልል ዓፋር(ክልል ክልተ)፣ ብደቡብን ደቡባዊ ምዕራብን ክልል ኣምሓራ(ክልል ሰለስተ) ፣ ብምዕራብ ድማ ሱዳን ዘዳብዎ መልክዓ ምድራዊ ኣቀማምጣ ዘለዎ መሬት ዝሓዘ ብሄራዊ ክልል `ዩ።

**ዓንቀፅ 3**

**ባንዴራ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ናይ ባዕሉ ባንዴራን ትእምርትን ይህልዎ። ዝርዝሩ ብሕጊ ይውሰን።

**<u>ዓንቀፅ 4</u>**

**<u>ብሄራዊ መዝሙር</u>**

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ናይ ባዕሉ ብሄራዊ መዝሙር ይህልዎ። ዝርዝሩ ብሕጊ ይውሰን።

**<u>ዓንቀፅ 5</u>**

**<u>ብዛዕባ ቋንቋ</u>**

ናይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ናይ ስራሕ ቋንቋ ትግርኛ ይኸውን።

**<u>ዓንቀፅ 6</u>**

**<u>ርእሰ ከተማ</u>**

ርእሰ ከተማ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ መቐለ እዩ።

**ዓንቀፅ 7**

**ኣገላልፃ ፆታ**

ኣብ ውሽጢ'ዚ ሕገ መንግስቲ ብተባዕታይ ፆታ ዝተደንገገ ፆታ ጓል ኣንስተይቲ'ውን ዝጠመረ'ዩ።

**ምዕራፍ ክልተ**

**መሰረታዊ መትከላት እዚ ሕገ መንግስቲ**

**ዓንቀፅ 8**

**ወሳንነት ህዝቢ**

ልዕልነት ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ከምዘሎ ኾይኑ፣

1. ህዝቢ ትግራይ በዓል ዋና ላዕለዋይ ስልጣን መንግስቲ ብሄራዊ ክልሉ እዩ፤
2. ልዕልነት ህዝቢ ዝግለፅ፣ ብዝመርፆም ተወከልትን ባዕሉ ብቐጥታ ብዝገብሮ ዲሞክራሲያዊ ተሳትፎን'ዩ።

**ዓንቀፅ 9**

**ልዕልነት ሕገ መንግስቲ**

ልዕልነት ሕገ መንግስቲ ፌደራላዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ከምዘሎ ኾይኑ፣

1. እዚ ሕገ መንግስቲ ላዕለዋይ ሕጊ ብሄራዊ ክልል ትግራይ'ዩ። ዝኾነ ሕጊ፣ ልምዳዊ ኣሰራርሓ፣ ከምኡ'ውን ውሳነ ዝኾነ ክልላዊ መንግስታዊ ኣካል ወይ በዓል ስልጣን ምስዚ ሕገ መንግስቲ'ዚ ዝጓነፅ እንተኾይኑ ተፈፃምነት ኣይህልዎን።
2. ዝኾነ ነባሪ እዚ ብሄራዊ ክልል፣ ኣካላት መንግስቲ፣ ፖለቲካዊ ውድባትን ካልኦት ማሕበራትን ከምኡ'ውን ሰብ ስልጣናቶም፣ እዚ ሕገ መንግስቲ ክኽበር ናይ ምግባርን ንዑኡ ተገዛእቲ ናይ ምዃንን ሓላፍነት ኣለዎም።
3. ኣብዚ ሕገ መንግስቲ ካብ ዝተደንገገ ወፃእ ብዝኾነ ይኹን ኣገባብ ስልጣን መንግስቲ ምሓዝ ዝተኸልከለ እዩ።

**ዓንቀፅ 10**

**ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት**

1. ሰበኣዊ መሰላትን ነፃነታትን ካብ ተፈጥሮ ወዲ ሰብ ዝፍልፍሉ ዘይጣሓሱን ዘይግፈፉን እዮም።
2. ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ዜጋታትን ህዝብታትን ዝተኸበሩ እዮም።

**ዓንቀፅ 11**

**ምፍልላይ መንግስትን ሃይማኖትን**

1. መንግስትን ሃይማኖትን ዝተፈላለዩ እዮም።
2. መንግስታዊ ሃይማኖት ኣይህሉን።
3. መንግስቲ ኣብ ጉዳይ ሃይማኖት ኢዱ ኣየእቱን ፣ ሃይማኖት'ውን ኣብ ጉዳይ መንግስቲ ኢዱ ኣየእቱን።

**ዓንቀፅ 12**

**ኣሰራርሓ መንግስትን ተሓታትነትን**

1. ኣሰራርሓ መንግስቲ ንህዝቢ ግልፂ ብዝኾነ ኣገባብ ክፍፀም ኣለዎ።
2. ህዝቢ ኣብ ዝመረፆ ተወካላይ እምነት ኣብ ዝሰኣነሉ እዋን ካብ ሓላፍነቱ ከልዕሎ ይኽእል'ዩ፡ዝርዝሩ ብሕጊ ይውሰን።
3. ዝኾነ ሓላፍን ብህዝቢ ዝተመረፀን ሓላፍነቱ እንተጓደል ተሓታቲ ይኸውን።

**ምዕራፍ ሰለስተ**

**መሰረታዊ መሰላትን ነፃነታትን**

**ዓንቀፅ 13**

**ተፈፃምነትን ኣተረጓጉማን**

1. ኣብ ዝኾነ ደረጃ ዝርከቡ መውፃእቲ ሕጊ፣ መፈፀምቲ ሕግን ኣካላት ዳይና ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ንዝተጠቓለሉ ድንጋገታት ናይ ምኽባርን ክኽበሩ ናይ ምግባርን ግቡእ ኣለዎም።
2. ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዘርዘሩ ድንጋገታት፣ መሰረታዊ መሰላትን ነፃነታትን፣ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ምስ ዝተቐበሎም ዓለምለኸ ድንጋገታት ሰብኣዊ መሰል፣ ዓለም ለኸ ስምምዓት፣ ሰብኣዊ መሰላትን ዓለም ለኸ ሰነዳትን ብዝተጠዓዓመ መንገዲ ይትርጎሙ።

## ክፍሊ ሓደ

## መሰል ዓርሰ ውሳነ ክሳብ ምንፃል

## ዓንቀፅ 14

## መሰል ብሄርን ብሄረሰባትን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ኣብ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ዝርከቡ ብሄረ ትግራይን ብሄረ ሰባት ኢሮፕን ኩናማን ናይ ባዕሎም ዕድል ባዕሎም ናይ ምውሳን ክሳብ ምንፃል ዘለዎም መሰል ብዝኾነ መልክዕ ብዘይገደብ ዝተሓለወ እዩ። ብመሰረት እዚ፣ ህዝቢ ብሄራዊ ክልል ትግራይ

1. ብሄራዊ መንነቱ ናይ ምሕላው፣ ክኽበር ምግባር፣ ቅርሱን ታሪኹን ናይ ምክንኻንን ምምዕባልን ከምኡ'ውን ብቋንቋኡ ናይ ምጥቃምን ምምዕባልን ባህሉ ናይ ምምዕባልን ምግላፅን መሰል ኣለዎ።
2. ኣብ ውሽጢ መልክዓ ምድራዊ ብሄራዊ ክልሉ ናይ ባዕሉ ጉዳይ ባዕሉ ናይ ምውዳእን ባዕሉ ምምሕዳርን ከምኡ'ውን ኣብ ማእኸላይ መንግስቲ ብነፃነት፣ ኣድልዎ ዘይብሉ ፣ ግቡእን ፍትሓውን ብዝኾነ ኣገባብ ውፅኢታዊ ተሳትፎ ናይ ምግባር መሰል ኣለዎ።
3. መሰል ብሄር ትግራይ፣ ባዕሉ ንባዕሉ ናይ ምምሕዳር፣ እቲ ህዝቢ ኣብ ዝሰፍረሉ መልክዓ ምድሪ ንባዕሉ ዘማሓድረሉ መንግስታዊ ትካላት ምቛምን ኣብ ፌደራላዊ ምምሕዳራት ሚዛናዊ ውክልና ምረካብን የጠቓልል።
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ካብ ተራ ቑፅሪ 1-3 ዝተጠቐሱ መሰላት ተኣጊዶም፣ ተረጊፆም ወይ ተሸራሪፎም ኢሉ ኣብ ዝኣምነሉን ኣብ ትሕቲ ሓድነት ኾይኑ ከስተኻኽሎም ኣብ ዘይክኣለሉን እዋን፣ ብመሰረት ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ዝተደንገገ ናይ ባዕሉ ዕድል ባዕሉ ክሳብ ነፃነት ናይ ምውሳን መሰል ተግባራዊ ይገብር።
5. ህዝቢ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ናይ ባዕሉ ዕድል ባዕሉ ናይ ምውሳን ክሳብ ምንፃል ዘሎ መሰሉ ኣብ ስራሕ ዝውዕል፦
   ሀ. ሕቶ ምንፃል ብመውዕኢ ሕጊ ቤት ምኽሪ ህዝቢ ብሄርን ብሄረሰብን ብሄራዊ ክልል ትግራይ ብኽልተ ሲሶ ደገፍ ድምፂ ተቐባልነት ዝረኸበ ምኻኑ እንትረጋገፅ፣
   ለ. ፌደራላዊ መንግስቲ ውሳነ ምንፃል ህዝቢ፣ ብሄርን ብሄረሰብን ክልል ትግራይ ካብ ዝበፅሖ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመታት ውሳነ ህዝቢ(ሪፈረንደም) ክካየድ እንትገብር፣
   ሐ. ሕቶ ምንፃል ብውሳነ ህዝቢ ብኣብላጺ ድምፂ እንትድገፍ፣
   መ. ፌደራላዊ መንግስቲ ስልጣኑ ንቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል ትግራይ እትርክብ፣
   ረ. ብመሰረት ሕጊ ዝውስኖ ኣብ መንጎ ፌደራላዊ መንግስትን ንምንፃል ዝወሰነ ህዝቢ፣ ብሄርን ብሄረሰብን መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይን ምክፍፋል ንብረት እንትግበር'ዩ።
6. ኣብ ውሽጢ'ዚ ሕገ መንግስቲ ብሄር፣ ብሄረሰብ፣ ህዝቢ ማለት ካብ'ዚ ቀፂሉ ንዝተገለፁ ባህርያት ዘርኢ ማሕበረሰብ እዩ። ስፍሕ ዝበለ ናይ ሓባር ጠባይ ዘንፀባርቕ ብባህሊ ወይ ተመሳሳሊ ልምድታት ዘለዎም፣ ክረዳድኡ ዝኽእሉ ናይ ሓባር ቋንቋ ዘለዎም፣ ናይ ሓባር ወይ ዝተዛመደ ህልውና ኣለና ኢሎም ዝኣምኑን ስነ-ልቦናዊ ሓድነት ዘለዎምን ከምኡ'ውን ብዝዓበየ ኣብ ዝተተሓሓዘ መልክዓ ምድሪ ዝነብሩ እዮም።

## ክፍሊ ክልተ
## ሰብኣዊ መሰላት
### ዓንቀፅ 15
### መሰል ህይወት፣ ድሕንነት ኣካልን ነፃነትን

ዝኾነ ሰብ ሰብኣዊ ብምዃኑ ዘይድፈርን ዘይገሃስን ብህይወት ናይ ምንባር፣ ናይ ኣካል ድሕንነትን ነፃነትን መሰል ኣለዎ።

### ዓንቀፅ 16
### መሰል ህይወት

ዝኾነ ሰብ ብህይወት ናይ ምንባር መሰል ኣለዎ። ዝኾነ ሰብ ብዘይካ ብሕጊ ዝተደንገገ ከቢድ ናይ ገበን ቅፅዓት ህይወቱ ኣይስእንን።

### ዓንቀፅ 17
### መሰል ድሕንነት ኣካል

ዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ ኣካሉ ጉድኣት ንኸይበፅሖ ክሕሎ መሰል ኣለዎ።

### ዓንቀፅ 18
### መሰል ነፃነት

1. ዝኾነ ሰብ ብሕጊ ካብ ዝተደንገገ ስርዓት ወፃኢ ነፃነቱ ኣይስእንን።
2. ዝኾነ ሰብ ብሕጊ ካብ ዝተደንገገ ስርዓት ወፃኢ ክትሓዝ፣ ክሲ ከይቀርቦ ወይ ድማ ከይተፈረደ ክእሰር ኣይኽእልን።

### ዓንቀፅ 19
### ኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ዝተኸተለ ብዛዕባ ምኽኣን

1. ዝኾነ ሰብ ጭካነ ዝመልኦ፣ ኢሰብኣዊ ካብ ዝኾነ ወይ ድማ ኽብሩ ካብ ዘዋርድ ኣተሓሕዛ ወይ ቅፅዓት ንክሕሎ መሰል ኣለዎ።
2. ዝኾነ ሰብ ብባርነት ወይ ድማ ብምግዳድ መገልገላይነት ክተሓዝ ኣይኽእልን። ንዝኾነ ዕላማ ብሰብ ናይ ምንጋድ ተግባር ዝተኸልከለ እዩ።
3. ዝኾነ ሰብ ብሓይሊ ተገዲዱ ወይ ግቡእ ንምምላእ ዝኾነ ስራሕ ክሰርሕ ምግባር ዝተኸልከለ እዩ።
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ብሓይሊ ተገዲዱ ወይ ጉቡእ ንምምላእ ዝብል ሓረግ ነዞም ዝስዕቡ ኩነታት ኣየጠቓልልን፦
   ሀ. ዝኾነ እሱር ተኣሲሩ ኣብ ዝሃለወሉ እዋን ብመሰረት ሕጊ ንክሰርሕ ዝተወሰነሉ ወይ ብገደብ ካብ ማእሰርቲ ኣብ ዝተሰደደሉ እዋን ንዝሰርሖ ዝኾነ ስራሕ፣
   ለ. ዝኾነ ወታሃደራዊ ግልጋሎት ንምሃብ ሕልንኡ ዘይፈቕደሉ ሰብ ኣብ ክንድኡ ንዝህቦ ግልጋሎት፣
   ሐ. ናይ ማሕበረሰብ ህይወት ወይ ድሕንነት ዘሰግእ ኩነታት ህፁፅ እዋን ወይ ሓደጋ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ንዝውሃብ ዝኾነ ግልጋሎት፣
   መ. ብፍቓድ ዝምልከቶ ህዝቢ ኣብ ከባቢኡ ንዝፍፀም ዝኾነ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራውን ስራሕቲ ልምዓት።

### ዓንቀፅ 20
### መሰል ዝተትሓዙ ሰባት

1. ገበን ፈፂሞም'ዮም ዝበሃሉ ሰባት ኣብ ልዕሊኦም ዝቐረበ ክስን ምኽንያታቱን ብዝርዝርን ሽዑ ንሽዑ ብዝርድኦም ቋንቋ ንኽንገሮም መሰል ኣለዎም
2. ዝተትሓዙ ሰባት ንዘይምዝራብ መሰል ኣለዎም። ዝህብዎ ዝኾነ ቃል ኣብ ቤት ፍርዲ ብመርትዖነት ክቐርብ ከምዝኽእል፣ ምስተትሓዙ ሽዑ ንሽዑ ክርድእዎ ብዝኽእሉ ቋንቋ ክግንዘቡ ክግበር መሰል ኣለዎም።
3. ዝተትሓዙ ሰባት ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ናብ ቤት ፍርዲ ናይ ምቕራብ መሰል ኣለዎም። እዚ ጊዜ ሰባት ካብ ዝተትሓዝሉ ቦታ ናብ ቤት ፍርዲ ንምምፃእ ኣግባብ ብዘለዎ ግምት

ንዝሓቶ ጊዜ ኣይውስኽን። ናብ ቤት ፍርዲ ምስቀረቡ ሽዑ ንሽዑ በቲ ዝተጠርጠርሉ ገበን ንኽእሰሩ ዘብቅየም ምኽንያት ዘሎ ምዃኑ ተነጊሩ ንክግለፀሎም መሰል ኣለዎም።

4. እቲ ዝሓዞም መኮንን ፖሊስ ወይ መኽበሪ ሕጊ ብመሰረት እዚ ጊዜ ገደብ ናብ ቤት ፍርዲ ኣቕሪቡ ዝተትሓዝሉ ምኽንያት እንተደኣ ዘየረዲኡ ናይ ኣካል ነፃነቶም ንክኽበረሎም ንቤት ፍርዲ ናይ ምሕታት ክጣሓስ ዘይኽእል መሰል ኣለዎም። ኾይኑ ግና እቲ ኩነታት ፍትሒ ንኽይጓደል ዝሓትት እንተኾይኑ፣ ቤት ፍርዲ ዝተትሓዘ ሰብ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ንክፀንሕ ንምእዛዝ ወይ ድማ ምርመራ ንምክያድ ተወሳኺ ጊዜ እንተትሕተት ኣድላይ ብዝኾነ መጠን ጥራይ ክፈቅድ ይኽእል'ዩ። ቤት ፍርዲ ዝድለ ተወሳኪ ናይ ምርመራ እዋን እንትውስን፣ ሓለፍቲ ዝኾኑ ሰብ ስልጣን መኽበሪ ሕጊ ነቲ ምርመራ ኣፃርዮም ነቲ ዝተትሓዘ ሰብ ብዝተኽኣለ ቅልጣፈ ናብ ቤት ፍርዲ ንከቕርብዎ ዘለዎ መሰል ዘኽብር ክኸውን ኣለዎ።
5. ዝተትሓዙ ሰባት ኣብ ልዕሊኦም ብመርትዖነት ክቐርብ ዝኽእል ናይ እምነት ቃል ንክህቡ ወይ ዝኾነ መረዳእታ ንከምፅኡ ኣይግደዱን። ብምግዳድ ዝተረኸበ መረዳእታ ተቐባልነት ኣይህልዎን።
6. ዝተትሓዙ ሰባት ብዋሕስ ንክፍትሑ መሰል ኣለዎም። ኾይኑ ግን ብሕጊ ብዝተደንገጉ ፍሉያት ኩነታት ቤት ፍርዲ ውሕስነት ንዘይምቕባል ወይ ብገደብ ምፍታሕ ሓዊሱ እኹል ናይ ውሕስነት መረጋገፂ ንክቕርብ ክእዝዝ ይኽእል'ዩ።

## ዓንቀፅ 21

## መሰል ዝተኸሰሱ ሰባት

1. ዝተኸሰሱ ሰባት ክሲ ምስቀረቦም ግቡእ ኣብ ዝኾነ ሓጺር ጊዜ ኣብ ስሩዕ ቤት ፍርዲ ንህዝቢ ገልፂ ብዝኾነ መጋባእያ ክስምዑ መሰል ኣለዎም። ኾይኑ ግና ንምሕላው ውልቀ ሂወት፣ ኩነታት ሞራል ህዝብን ድሕንነት ሃገርን ጥራይ እቲ ክርክር ኣብ ዕፅው መጋባእያ ክስማዕ ይኽእል።
2. ዝተኸሰስሉ እኹል ብዝኾነ ዝርዝር ክንገሮምን ብፅሑፍ ናይ ምርካብን መሰል ኣለዎም።
3. ኣብ ከይዲ ክሲ ኣብ ዘለዉሉ ጊዜ በቲ ዝተኸሰስሉ ገበን ከምዋፍኣተኛ ኣይቁፀሩን። ብምስክርነት ንክቐርቡ ንኽይግደዱ'ውን መሰል ኣለዎም።
4. ዝተትሓዙ ሰባት ኣብ ልዕሊኦም ዝቐረበ ዝኾነ መረዳእታ ናይ ምርኣይ፣ ንዝቐርቡዎም መሰኻኽር ምሕታት፣ ንምክልኻል ዘኽእሎም መረዳእታ ምቕራብ ወይ ድማ ክቐርበሎም ምግባር ከምኡውን መሰኻኽሮም ቀሪቦም ክስምዑሎም ናይ ምሕታት መሰል ኣለዎም።
5. ብዝመረፅዎ ናይ ሕጊ ጠበቃ ክውከሉ ወይ ጠበቃ ንምቛም ዓቕሚ ስለዝሰኣኑ ፍትሒ ክጓደል ዝኽእለሉ ኩነታት እንተጋጥም ካብ መንግስቲ ጠበቃ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።
6. ነቲ ክርክር ብዝርኣየ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝተውሃቦም ትእዛዝ ወይ ፍርዲ፣ ስልጣን ናብ ዘለዎ ቤት ፍርዲ ይግበኣኒ ናይ ምቕራብ መሰል ኣለዎም።
7. ከይዲ ፍርዲ ብዘይርደኦም ቋንቋ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ብናይ መንግስቲ ወፃኢ እቲ ክርክር ንኽትርጎመሎም ናይ ምሕታት መሰል ኣለዎም።

## ዓንቀፅ 22

## ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ናይ ዘለዉን ብፍርዲ ዝተኣሰሩን ሰባት መሰል

1. ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ዘለዉን ብፍርዲ ዝተኣሰሩን ሰባት ሰብኣዊ ክብሮም ብዝሕሉ ኩነታት ክትሓዙ መሰል ኣለዎም።
2. ምስ ሰብ ሓዳሮም፣ ቐረባ ኣዝማዶም፣ ኣዕርኽቶም፣ ናይ ሃይማኖት ኣማኻሪኦም፣ ሓካይሞምን ናይ ሕጊ ኣማኻርቶምን ንምርኻብ ንኽበፅሕዎም ዕድል ናይ ምርካብን መሰል ኣለዎም።

## ዓንቀፅ 23

## ናይ ገበን ሕጊ ንድሕሪ ተመሊሱ ዘይሰርሕ ብዛዕባ ምዃኑ

1. ዝኾነ ሰብ ገበን ክሲ እንትቐርቦ ዝተኸሰሰሉ ተግባር ኣብ ዝተፈፀመሉ እዋን ነቲ ተግባር ምፍፃሙ ወይ ከዓ ዘይምፍፃሙ ገበን ምዃኑ ብሕጊ ዝተደንገገ እንተዘይኾይኑ ክቕፃዕ ኣይኽእልን። ከምኡ'ውን እቲ ገበን ኣብ ዝተፈፀመሉ እዋን ነቲ ገበን ተፈፃሚ ካብ ዝነበረ ብዝለዓለ ቅፅዓት ዝኸበደ ቅፅዓት ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ኣይውሰንን።
2. ናይዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እንተሃለወ'ውን እቲ ተግባር ምስ ተፈፀመ ዝወፀ ሕጊ ነቲ ተኸሳሲ ወይ ነቲ ዝተቐፅዐ ሰብ ጠቓሚ ኾይኑ እንተተረኺቡ ድሕሪ'ቲ ተግባር ዝወፅአ ሕጊ ተፈፃምነት ይህልዎ።

**ዓንቀፅ 24**

**ብሓደ ገበን ዳግማይ ቅፅዓት ዝተኸልከለ ብዛዕባ ምዃኑ**

1. ዝኾነ ሰብ ብመሰረት ገበነኛ መቕፅዒ ሕግን ስነ ስርዓትን ወይ ኣግባብ ብዘለዎም ካልኦት ሕግታት ተኸሲሱ ናይ መወዳእታ ብዝኾነ ውሳነ ብነፃ ብዝተለቐቐሉ ወይ ብዝተቐፀዐሉ ገበን ዳግም ኣይኽሰስን ወይ ኣይቕፃዕን።

**ዓንቀፅ 25**

**መሰል ክብርን ፅቡቕ ሽምን**

1. ዝኾነ ሰብ ሰብኣዊ ክብሩን ፅቡቕ ሽምን ክኽበረሉ መሰል ኣለዎ።
2. ዝኾነ ሰብ ናይ ባዕሉ ሰብእና ምስ ናይ ካልኦት ዜጋታት መሰል ብዝተጠዓዓመ ኩነታት ብነፃ ናይ ምምዕባል መሰል ኣለዎ።
3. ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝኾነ ቦታ ብሰብኣዊ ፍጡርነቱ ኣፍልጦ ንኽረክብ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 26**

**መሰል ማዕርነት**

ኩሎም ሰባት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ'ዮም ። ኣብ ሞንግኦም ዝኾነ ዓይነት ፍልልይ ከይተገበረ ብሕጊ ማዕረ ሓለዋ ይግበረሎም። በዚ መዳይ'ዚ ብምኽንያት ዘርኢ፣ ብሄር፣ ብሄረሰብ፣ ቀለም፣ ፆታን፣ ቋንቋ፣ ሃይማኖት፣ ፖለቲካ፣ ማሕበራዊ ኣመፃፅኣ፣ ሃፍቲ፣ ትውልዲ፣ ወይ ካሊእ ቅዋም ፍልልይ ከይተገበረ ኩሎም ሰባት ማዕረን ጭቡጥን ውሕስነት ሕጊ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

**ዓንቀፅ 27**

**ውልቃዊ ህይወት ናይ ምኽባርን ምሕላውን መሰል**

1. ዝኾነ ሰብ ውልቃዊ ህይወቱ ፣ ውልቅነቱ ክኽበር መሰል ኣለዎ፡እዚ መሰል'ዚ መንበሪ ገዝኡ ፣ ኣካላቱን ንብረቱን ከይምርመር ከምኡ'ውን ብውልቁ ዝሓዞ ንብረት ከይተሓዝ ክሕሎ ንዝገብሩ መሰላት የጠቓልል።
2. ዝኾነ ሰብ ብውልቀ ዝፀሓፎምን፣ ብፖስታ ዘልኣኾም ደብዳቤታት፣ ከምኡ'ውን ብቴሌፎን፣ ብቴሌኮሙኒኬሽንን ብናይ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን ዝገብሮም ርክባት ኣይድፈሩን።
3. ሰብ ስልጣን መንግስቲ ነዞም መሰላት እዚኦም ናይ ምኽባርን ክኽበሩ ናይ ምግባርን ግቡእ ኣለዎም። ዘገድድ ኩነታት እንትፍጠርን ኣብ ዕላማታት ብሄራዊ ድሕንነት፣ ናይ ህዝቢ ሰላም፣ ገበን ንምክልኻል ጥዕናን ኩነታትን ሞራል ህዝቢ ንምሕላው ወይ ናይ ካልኦት መሰልን ነፃነትን ኣብ ምኽባርን ብዝተመስረቱ ዝርዝር ሕግታት እንተዘይኮይኑ ኣጠቓቕማ ናይ'ዞም መሰላት'ዚኦም ክግደብ ኣይኽእልን።

**ዓንቀፅ 28**

**ናይ ሃይማኖት፣ እምነትን ኣረኣእያን ነፃነት**

1. ዝኾነ ሰብ ናይ ምሕሳብ፣ ሕሊናን ሃይማኖትን ነፃነት ኣለዎ። እዚ መሰል ዝኾነ ሰብ ንዝመረፆ ሃይማኖት ወይ እምነት ናይ ምሓዝ ወይ ምቕባል ፣ ሃይማኖቱን እምነቱን ንውልቁ ወይ ምስ ካልኦት ኾይኑ ብዕሊ ወይ ብውልቁ ናይ ምምላኽ፣ ምኽታል፣ ምትግባር፣ ምምሃር ወይ ምግላፅ መሰል የጠቓልል።
2. ኣብ ዓንቀፅ 93 ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተጠቐሰ ከምዘሎ ኾይኑ ፣ ተኸተልቲ ሃይማኖት፣ ሃይማኖቶም ንምስፍሕፋሕን ንምውዳብን ዘኽእሎም ትምህርቲ ሃይማኖትን ትካላት ምምሕዳርን ክተኽሉ ይኽእሉ እዮም።

3. ዝኾነ ሰብ ዘድለዮ እምነት ንምሓዝ ዘለዎ መሰል ብሓይሊ ወይ ብካሊእ ኩነታት ብምግዳድ ምግዳብ ወይ ምኽልካል ኣይከኣልን።
4. ወለድን ሕጋዊ ሞግዚታትን ብመሰረት እምነቶም ትምህርቲ ሃይማነቶምን ሰናይ ምግባርን ብምሃብ ደቆም ናይ ምዕባይ መሰል ኣለዎም።
5. ሃይማኖትን እምነትን ናይ ምግላፅ መሰል ክግደብ ዝኽእል ናይ ህዝቢ ድሕንነት፣ ሰላም፣ ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ኩነታት ሞራል ህዝብን ናይ ካልኦት ዜጋታት መሰረታዊ መሰላትን ነፃነታትን ከምኡ'ውን መንግስቲ ካብ ሃይማኖት ነፃ ምዃኑን ንምርግጋፅ ብዝወፁ ሕግታት ይኸውን።

## ዓንቀፅ 29

## ኣብ ልዕሊ ስብእና ብዛዕባ ዝፍፀሙ ገበናት

ብመሰረት ኢትዮጵያ ዘፅደቐቶም ዓለምለኽ ስምምዓትን ካልኦት ሕግታትን ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰብ ዝተፈፀሙ ገበናት ተባሂሎም ዝተወሰኑ፣ ዘርኢ ሰብ ናይ ምጥፋእ ብዘይ ፍርዲ ስጉምቲ ቅፅዓት ሞት ምውሳድ፣ ሰብ ኣገዲድካ ምስዋር፣ ወይ ኢሰብኣዊ ናይ ምዝባጥ ተግባራት ኣብ ዝፈፀሙ ሰባት ክሲ ምቕራብ፣ ብይርጋፅ ኣይእገድን። ብውሳነ ክፍሊ መውፅኢ ሕጊ ኮነ ብዝኾነ ኣካል መንግስቲ ብምሕረት ወይ ብይቕሬታ ኣይሕለፍን።

## ክፍሊ ሰለስተ

## ዲሞክራሲያዊ መሰላት

## ዓንቀፅ 30

## ኣረኣእያን ሓሳብን ብነፃ ናይ ምሓዝን ናይ ምግላፅን መሰል

1. ዝኾነ ሰብ ብዘይ ዝኾነ ኢድ ምትእትታው ዝመሰሎ ኣረኣእያ ክሕዝ ይኽእል'ዩ።
2. ዝኾነ ሰብ ብዘይ ዝኾነ ኢድ ምትእትታው ሓሳቡ ናይ ምግላፅ ነፃነት ኣለዎ። እዚ ነፃነት ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮነ ኣብ ወፃኢ ሃገር ገደብ ከይተገበረሉ ብቓል ኮነ ብፅሑፍ ወይ ብሕትመት፣ ብመልክዕ ስነ ጥበብ ወይ ብዝመረፆ ዝኾነ መዘርግሒ ሜላ፣ ዝኾነ ዓይነት መረዳእታን ሓሳብን ናይ ምእካብ፣ ምቕባልን ምዝርጋሕን ነፃነታት የጠቓልል።
3. ናይ ፕሬስ፣ ናይ ካልኦት ማዕኸን መራኸቢ ብዙሓን ከምኡ'ውን ናይ ስነጥበብ ምህዞ ነፃነት ተረጋጊፁ'ሎ። ብፍላይ ናይ ፕሬስ ነፃነት ነዚም ዝስዕቡ መሰላት የጠቓልል።

   ሀ. ኣቐዲምካ ምምርማር ብዝኾነ መልክዑ ዝተኸልከለ ምዃኑን

   ለ. ጥቅሚ ህዝቢ ዝምልከት መረዳእታ ናይ ምርካብ ዕድልን።
4. ንዲሞክራሲያዊ ስርዓት ኣድላይቲ ዝኾኑ መረዳእታታት፣ ሓሳባትን ኣረኣእያታትን ብነፃ ምዝውዋሮም ንምርግጋፅ ፕሬስ ከም መጠን ትካል ናይ ኣሰራርሓ ነፃነትን ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታት ናይ ምትእንጋድ ተኽእሎን ንክህልዎ ናይ ሕጊ ሓለዋ ይግበረሉ።
5. ብገንዘብ መንግስቲ ዝካየድ ወይ ኣብ ትሕቲ ቑፅፅር መንግስቲ ዘሎ መራኸቢ ብዙሓን ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታት ክተኣናገዱ ብዝኽእሉ ኩነታት ንክምራሕ ይግበር።
6. እዞም መሰላት'ዚኦም ገደብ ክግበረሎም ዝኽእል ሓሳብን መረዳእታን ናይ ምርካብ ነፃነት ብትሕዝቶ ኣተሓሳስባን ከስዕቦ ብዝኽእል ውፅኢት ኣተሓሳስባን ክዕገት ኣይግበኦን ኣብ ዝብል መትከል ተመስሪቶም ብዝወፁ ሕግታት ጥራይ ይኸውን። ድሕንነት መናእሰይ፣ ክብርን ሰናይ ሽምን ሰብ ንምሕላው እንትበሃል ኣብ ልዕሊ'ዞም መሰላት ሕጋዊ ገደባት ክድንገጉ ይኽእሉ'ዮም። ንኹናት ዝግበር ምልዕዓል ከምኡ'ውን ንሰብኣዊ ክብሪ ዝትንክፉ ናይ ኣደባባይ መግለፂታት ብሕጊ ዝተኸልከሉ ይኾኑ።
7. ዝኾነ ዜጋ ንኣጠቓቕማ እዞም ዝተጠቐሱ መሰላት ንዝምልከቶ ሕጋዊ ገደባት ጥሒሱ እንተደኣ ተረኺቡ ብሕጊ ተሓታቲ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ዓንቀፅ 31

## ናይ ምእካብ፣ ሰለማዊ ሰልፊ ናይ ምግባር ነፃነትን ጥርዓን ናይ ምቕራብ መሰልን

1. ዝኾነ ሰብ ምስ ካልኦት ብምዃን ኣፅዋር ከይሓዘ ብሰላም ናይ ምእካብን ሰላማዊ ሰልፊ ናይ ምግባር ነፃነትን ጥርዓን ናይ ምቕራብ መሰልን ኣለዎ። ካብ ገዛ ወፃኢ ዝግበሩ ኣኼባታትን

ሰላማዊ ሰልፍታትን ኣብ ዝንቀሳቐስሉ'ዎም ቦታታት ኣብ ምንቅስቓስ ህዝቢ ፀገም ከይፍጠሩ ንምግባር ወይ ድማ ኣብ ምክያድ ዝርከቡ ኣኼባ ወይ ሰላማዊ ሰልፊ ሰላም፣ ዲሞክራሲያዊ መሰላትን ኩነታት ሞራል ህዝቢ ከይጥሓሱ ንምሕላው ኣገባብ ዘለዎም ስርዓታት ክድንገጉ ይኽእሉ።

2. እዚ መሰል ድሕንነት መናእሰይ፣ ናይ ሰባት ክብርን ሰናይ ሽምን ንምሕላው፣ ምልዕዓል ዅናት ከምኡ'ውን ንሰብኣዊ ክብሪ ዝትንከፉ ናይ ኣደባባይ መግለፂታት ንምክልኻል እንተብሃል ብዝወፁ ሕግታት ተሓታቲ ካብ ምዃን ኣየድሕንን።

**ዓንቀፅ 32**

**መሰል ምውዳብ**

ዝኾነ ሰብ ንዝኾነ ዕላማ ብማሕበር ናይ ምውዳብ መሰል ኣለዎ። ይኹን ግን ኣግባብ ንዘለዎ ሕጊ ብምጥሓስ ወይ ነዚ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ካብ ሕጊ ወፃእ ብዝኾነ መንገዲ ንምፍራስ ዝተመስረቱ ወይ ነቶም ዝተጠቐሱ ተግባራት ዘሰጉሙ ውድባት ዝተኸልከሉ ይኾኑ።

**ዓንቀፅ 33**

**ነፃነት ምዝውዋር**

ዝኾነ ነባሪ እዚ ክልል ወይ ብሕጋዊ መንገዲ ኣብ ውሽጢ'ዚ ክልል ዝነብር ሰብ ኣብ ዝመረፆ ናይዚ ክልል ከባቢ ናይ ምዝውዋር፣ መንበሪ ቦታ ናይ ምምስራትን ከምኡ'ውን ኣብ ዝደለዮ እዋን ካብዚ ክልል ናይ ምውፃእ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 34**

**መሰል ተወለድቲ ካልኦት ክልላት**

1. ተወለድቲ ካልኦት ክልላት ዝኾኑ ኢትዮጵያን ኣብ ውሽጢ እዚ ክልል ከምዝኾነ ተወላዲ እዚ ክልል ሰሪሕካ ናይ ምንባር፣ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብነፃ ምዝውዋር፣ ሃፍትን ንብረትን ናይ ምጥራይ፣ ምሓዝ ምሻጥን ምምሕልላፍን ኮነ ናይ ምውራስ መሰል ኣለዎም።
2. ናይ'ዚ ክልል ስራሕ ቋንቋ ዝፈልጥ ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ኣብ ዝኾነ ናይ'ዚ ክልል ህዝባውን መንግስታውን ስራሕ ተመሪፁ ወይ ተመዲቡ ናይ ምስራሕ መሰል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 35**

**ናይ ሓዳር፣ ውልቀን ቤተሰብን መሰላት**

1. ብሕጊ ኣብ ዝተወሰነ ዕድመ ሓዳር ዝበፅሑ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን፣ ብዘርኢ፣ ብብሄር፣ ብብሄረሰብ ወይ ብሃይማኖት ፍልልይ ከይተገበሮም ናይ ምምርዓውን ቤተሰብ ናይ ምምስራትን መሰል ኣለዎም። ኣብ ኣፈፃፅማ ሓዳር፣ ኣብ ናይ ሓዳር ዘበንን ኣብ እዋን ፍትሕን ማዕረ መሰል ኣለዎም። ኣብ እዋን ፍትሕ'ውን መሰልን ጥቕምን ቆልዑ ክኽበር ዝገብሩ ድንጋገታት ይድንገጉ።
2. ሓዳር ኣብ ነፃን ሙሉእ ፈቓደኝነትን ተመራዓውቲ ጥራይ ይምስረት።
3. ቤተሰብ ናይ ተፈጥሮ መሰረታዊ መበገሲ ሕብረተሰብ'ዩ። ካብ ሕብረተሰብን ካብ መንግስትን ሓለዋ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።
4. ብፍላይ ብሕጊ ብዝዝርዘር መሰረት ኣብ ናይ ሃይማኖትን ባህልን ስርዓታት ተመስሪቶም ንዝፍፀሙ ሓዳራት ኣፍልጦ ዝህብ ሕጊ ክወፅእ ይኽእል።
5. እዚ ሕገ መንግስቲ ናይ ውልቀን ቤተሰብን ሕጊ ብዝምልከት ብፍቓድ ተኸራኸርቲ ብመሰረት ሕግታት ሃይማኖትን ባህልን ምድናይ ኣይኽልክልን። ዝርዝሩ ብሕጊ ይውሰን።

**ዓንቀፅ 36**

**መሰል ደቂ ኣንስትዮ**

1. ደቂ ኣንስትዮ፣ እዚ ሕገ መንግስቲ ብዘረጋገፆም መሰላትን ሓለዋታትን ኣብ ምጥቃም ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ኣለወን።
2. ደቂ ኣንስትዮ ኣብዚ ሕገ መንግስቲ'ዚ ብዝተደንገገ መሰረት ኣብ ሓዳር ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ኣለወን።

3. ደቂ ኣንስትዮ ከምትሑታትን ፍሉያትን ስለዝተርኣያ ዝበፅሖን ናይ ታሪኽ ቅርሲ ኣብ ግምት ብምእታው እዚ ቅርሲ ምእንታን ክእረመለን ብተወሳኺ ተጠቀምቲ ስጉምቲ ድጋፍ ናይ ምኽን መሰል ኣለወን። ብመንፅር ዕላማ'ዚ ዝውሰድ ስጉምቲ ኣብ ፖለቲካ፣ ማሕበራዊ ኢኮኖሚያውን ዓውድታት ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ መንግስታውን ናይ ውልቀ ትካላት ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ብማዕርነት ተወዳደርትን ተሳተፍትን ክኾና ንምግባር ምእንታን ክካኣል ፍሉይ ቆላሕታ ንምሃብ'ዩ።
4. ደቂ ኣንስትዮ ካብ ተፅዕኖ ጎዳኢ ባህሊ ንምንጋፍ ዘለወን መሰል፣ መንግስቲ ክኽበረለን ክገብር ኣለዎ። ንደቂ ኣንስትዮ ዝጭቁኑ፣ ወይ ኣብ ልዕሊ ኣካላተን ወይ ኣእምሮአን ጉድኣት ዘስዕቡ ሕግታትን ጨቆንቲ ስርዓታት እንዳባን ልምድታትን ዝተኸልከሉ'ዮም።
5. ሀ. ደቂ ኣንስትዮ ፍቓድ ወሊድ ምስ ሙሉእ ክፈፍሊት መሃያ ናይ ምርካብ መሰል ኣለወን። ንውሓት ፍቓድ ወሊድ ጓል ኣንስተይቲ ኩነታት እትሰርሖ ስራሕ፣ ጥዕና ጓል ኣንስተይቲ፣ ድሕንነት ህፃንን ቤተሰብን ኣብ ግምት ብምእታው ብሕጊ ይውሰን።
   ለ. ፍቓድ ወሊድ ብመሰረት እቲ ብሕጊ ዝውሰን፣ ምስ ሙሉእ ክፍሊት መሃያ ንዝውሃብ ፍቓድ እዋን ጥንሲ ክውሰኽ ይኽእል።
6. ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖሊስ ልምዓትን ትልምን፣ ኣ ብ መሰናድኦን ኣፈፃፅማን ፕሮጀክታት ብሄራዊ ክልልና፣ ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝትንክፉ ፕሮጀክታት፣ ሓሳባተን ብዝተማልአ ኩነታት ንክህባ ናይ ምሕታት መሰል ኣለወን።
7. ደቂ ኣንስትዮ ንብረት ናይ ምጥራይ፣ ምምሕዳር፣ ምቁፅፃር ምጥቃምን ምምሕልላፍን መሰል ኣለወን። ብፍላይ መሬት ኣብ ምጥቃም፣ ምምሕልላፍ፣ ምምሕድዳርን ምቁፅፃርን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ኣለወን። ከምኡ'ውን ውርሲ ብዝምልከት ብማዕርነት ክርኣያ መሰል ኣለወን።
8. ደቂ ኣንስትዮ ተቐፂርካ ናይ ምስራሕ፣ ናይ ዕብየት፣ ክፍሊትን ጡረታን ናይ ምምሕልላፍን ማዕረ መሰል ኣለወን።
9. ደቂ ኣንስትዮ ብምኽንያት ወሊድ ንዝበፅሖን ጉድኣት ንምክልኻልን ጥዕነአን ክሕሎ ንምግባርን ዘኽእል ትምህርቲ፣ መረዳእታን ዓቕምን ምጣነ ቤተሰብ ናይ ምርካብ መሰል ኣለወን።

**ዓንቀፅ 37**

**መሰል ህፃናት**

1. ዝኾነ ህፃን እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉዎ፦
   ሀ. ብህይወት ናይ ምንባር፣

   ለ. ሽምን ዜግነትን ናይ ምርካብ፣
   ሐ. ንወለዱ ወይ ብሕጊ ንኸዕብይዎ መሰል ንዘለዎም ሰባት ክፈልጥን ናታቶም ምክንኻን ናይ ምርካብን፣
   መ. ጉልበቱ ካብ ዝምዝምዙ ልምድታት ንክሕሎ፣ ኣብ ትምህርቱ፣ ጥዕንኡን ድሕንነቱን ጉድኣት ዘብፅሑ ስራሕቲ ክሰርሕ ንኸይግደድ ወይ ከይሰርሕ ንክሕሎ።
   ረ. ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ወይ ትካላት መዕበይ ህፃናት፣ ኣብ ኣካሉ ካብ ዝፍፀም ወይ ካብ ጭካነን ኢሰብኣዊ ዝኾነ ቅፅዓትን ነፃ ናይ ምኽን፣
2. ንህፃናት ዝምልከቱ ስጉምትታት ኣብ ዝውሰድሉ እዋን ብመንግስታዊ፣ ብናይ ውልቀ ገበርቲ ሰናይ ትካላት፣ ብኣብያተ ፍርዲ፣ ብሰበ ስልጣን ምምሕዳር ወይ ብኣካላት መውፃእቲ ሕጊ ድሕንነት ህፃናት ኣቐዲሙ ክሕሰብ ኣለዎ።
3. ዘጥፍኡ ሰገናት፣ ኣብ ቤት ህንፀት ወይ ኣብ መትከሊ እግሪ ትካላት ዝርከቡ ብሓገዝ መንግስቲ ዝዓብዩ ሰገናት፣ ኣብ መንግስታዊ ወይ ናይ ውልቀ ትካላት ዘኽታማት ዝርከቡ ሰገናት፣ ካብ ዓበይቲ ተፈልዮም ክትሓዙ ኣለዎም።

4. ካብ ሓዳር ወፃእ ዝተወለዱ ህፃናት ኣብ ውሽጢ ሓዳር ምስዝተወለዱ ህፃናት ማዕረ መሰል ኣለዎም።
5. መንግስቲ ንዘኾታማት ፍሉይ ሓለዋ ይገብረሎም። ብጉዲፈቻ ዝዓብዩሉ ስርዓት ዘመቻችውን ዘስፋሕፍሕን፣ ከምኡ'ውን ድሕንነቶምን ትምህርቶምን ዘሳልጡ ትካላት ክምስረቱ የበረታትዕ።

## ዓንቀፅ 38

## ፍትሒ ናይ ምርካብ መሰል

1. ዝኾነ ሰብ ብፍርዲ ክውሰን ዝግበኦ ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ ወይ ብሕጊ ስልጣን ዳይነት ናብ ዝተውሃቦ ካልእ ኣካል ናይ ምቕራብን ውሳነ ወይ ፍርዲ ናይ ምርካብን መሰል ኣለዎ።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ንዝምልከት ውሳነ ወይ ፍርዲ
   ሀ. ዝኾነ ማሕበር ናይ ኣባላቱ ሓበራዊ ወይ ውልቃዊ ጥቕሚ ብምውካል
   ለ. ንዝኾነ ጉጅለ ወይ ተመሳሳሊ ጥቕሚ ንዘለዎም ሰባት ዝውክል ውልቀ ሰብ ወይ ኣባል ጉጅለ፣ ናይ ምሕታትን ምርካብን መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 39

## ናይ ክትመርፅን ክትምረፅን መሰል

1. ዝኾነ ዜጋ ኣብ ቀለም ፣ ዘርኢ፣ ብሄረሰብ፣ ፆታ፣ ሃይማኖት፣ ፖለቲካ ወይ ካሊእ ኣረኣእያ ወይ ኣብ ካሊእ ቅዋም ዝተመስረተ ፍልልይ ከይተገበረሉ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉዎ፦
   ሀ. ብቐጥታን ብነፃነት ብዝመረፆም ተወከልቲ ኣቢሉ ኣብ ምምሕዳር ጉዳይ ህዝቢ ናይ ምስታፍ፣
   ለ. ዕድሚኡ 18 ዓመት እንትመልእ ብመሰረት ሕጊ ክመርፅን ክምረፅን
   ሐ. ኣብ ዝኾነ ደረጃ መንግስቲ በብእዋኑ ኣብ ዝካየድ መረፃ ክመርፅን ክምረፅን፣ እቲ መረፃ ኩሉ ለኸ፣ ኣብ ናይኩሉ ማዕርነት ዝተመስረተን እቲ መራፂ ድልየቱ ብናይ ምስጢር ኣዋሃህባ ድምፂ ብነፃነት ዝግለፀሉን ውሕስነት ዝህብ ክኸውን ኣለዎ።
2. ኣብ ፖለቲካዊ ውድባት፣ ኣብ ናይ ማሕበራት ሰራሕተኛታት፣ ንግድ፣ መስራሕትን ሞያን፣ እቲ ውዳበ ንተሳትፎ ዝሓቶ ኣጠቓላልን ፍሉይን መመዘኒ ኣባልነት ዘማልእ ዝኾነ ሰብ ብድሌት ኣባል ናይ ምኳን መሰሉ ዝተኸበረ ክኸውን ኣለዎ።
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ኣብ ዝተመልከቱ ውዳበታት ንናይ ሓላፍነት ቦታታት ዝካየዱ መረፃታት ነፃን ዲሞክራሲያውን ብዝኾነ መንገዲ ይካየዱ።
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2ን 3ን ዝተጠቐሱ ድንጋገታት ንጥቕሚ ህዝቢ ስፍሕ ብዝበለ መልክዑ ዝትንክፉ ክሳብ ዝኾኑ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ትካላት ተፈፀምቲ ይኾኑ።

## ዓንቀፅ 40

## መሰል ዋንነት ንብረት

1. ዝኾነ ነባሪ እዚ ብሄራዊ ክልል ናይ ውልቂ ንብረት በዓል ቤት ምዃኑ ይኽበረሉ። እዚ መሰል'ዚ ጥቕሚ ህዝቢ ንክሕሎ ተባሂሉ ብኻሊእ ኩነታት ብሕጊ ክሳብ ዘይተወሰነ፣ ንብረት ናይ ምሓዝን ብንብረት ምጥቃምን ወይ መሰል ካልኦት ዜጋታት ክሳብ ዘይተፃረረ ንብረት ናይ ምሻጥ፣ ናይ ክተውርስ ወይ ብኻሊእ መንገዲ ናይ ምምሕልላፍ መሰላት የጠቓልል።
2. ብመሰረት ዕላማ እዚ ዓንቀፅ ናይ ውልቂ ንብረት ማለት ዝኾነ ነባሪ እዚ ብሄራዊ ክልል ወይ ካብዚ ክልል ወፃእ ዝነብር ኢ.ትዮጵያዊ ወይ ሕጋዊ ሰብነት ብሕጊ ዝተውሃቦም ሃገራዊ ወይ ክልላዊ ማሕበራት ወይ ኣግባብ ብዘለዎም ኩነታት ብሕጊ ብዝተፈለየ ብሓባር ወነንቲ ንብረት ክኾኑ ዝተፈቐደሎም ማሕበረሰባት፣ ብጉልበቶም፣ ብናይ ምህዞ ክእለቶም፣ ወይ ብርእሰማሎም፣ ዘጥረይዎ ጭቡጥ ዝኾነን ናይ ተጨባጥነት ባህርይ ከይሃለዎ ዋጋ ዘለዎን ውፅኢ.ት'ዩ።
3. መሰል ዋንነት መሬትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ገጠር ኮነ ከተማ ናይ መንግስትን ህዝብን ጥራይ'ዩ። መሬት ዘይሸየጥ ሓበራዊ ሃብቲ ህዝቢ'ዚ ብሄራዊ ክልል'ዩ።

www.abyssinialaw.com

4. ሓረስቶት እዚ ብሄራዊ ክልል መሬት ብነፃ ናይ ምርካብን ካብ መሬቶም ንኸይንቀሉን መሰሎም ዝተኸበረ'ዩ። ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብሕጊ ይውሰን።
5. ኣብዚ ብሄራዊ ክልል ዝርከቡ ሰበኽ ሳግም ንመግሃጫ ኮነ ንሕርሻ ዝጥቀምሉ መሬት ብነፃ ናይ ምርካብ፣ ምጥቃምን ካብ መሬቶም ዘይምፍንቓልን መሰል ኣለዎም። ኣፈፃፅምኡ ብሕጊ ይውሰን።
6. ዋንነት መሬት ናይ ህዝቢ ምዃኑ ከምዘሎ ኾይኑ፣ መንግስቲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ንውልቀ ሰብ ሃብቲ ብሕጊ ብዝውሰን ክፍሊት ብመሬት ናይ ምጥቃም መሰሎም ክኽበር ይገብረሎም። ዝርዝሩ ብሕጊ ይውሰን።
7. ዝኾነ ሰብ ብጉልበቱ ወይ ብገንዘቡ ኣብ ልዕሊ መሬት ንዝሃንፆ ቀዋሚ ንብረት ወይ ንዝገብሮ ቀዋሚ ምምሕያሽ ሙሉእ መሰል ኣለዎ። እዚ መሰል ናይ ምሻጥ፣ ምልዋጥ፣ ናይ ከተውርስ፣ ናይቲ መሬት ተጠቃማይ ምዃን እንተቋርፅ ንብረቱ ናይ ምልዓል፣ ዋንነቱ ናይ ምዝዋር ወይ ካልእ ክፍሊት ናይ ምሕታት መሰል የጠቓልል። ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብሕጊ ይውሰን።
8. ናይ ውልቂ ንብረት ናይ ዋንነት መሰል ከምዘሎ ኾይኑ፣ መንግስቲ ንጥቕሚ ህዝቢ ኣድላይ ኮይኑ እንተረኺቦ ተመጣጣኒ ካሕሳ ኣቐዲሙ ብምኽፋል ናይ ውልቂ ንብረት ክወስድ ይኽእል።

## ዓንቀፅ 41
## ኢኮኖሚያዊ ማሕበራዊ ባህላውን መሰላት

1. ዝኮነ ነባሪ እዚ ብሄራዊ ክልል ኮነ ኣብ ውሽጢ'ዚ ክልል ክነብር ዝደሊ ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጢ'ዚ ክልል ኣብ ዝኮነ ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቃስ ናይ ምውፋርን ንመመሓደሪኡ ዝመረፆ ስራሕ ናይ ምስራሕን መሰል ኣለዎ።
2. ዝኾነ ነባሪ እዚ ብሄራዊ ክልል መመሓደሪኡ፣ ስርሑን ሞይኡን ናይ ምምራፅ መሰል ኣለዎ።
3. ነበርቲ እዚ ብሄራዊ ክልል ብገንዘብ መንግስቲ ዝካየዱ ኩሎም ማሕበራዊ ግልጋሎታትን ብማዕርነት ናይ ምጥቃም መሰል ኣለዎም።
4. መንግስቲ እዚ ብሄራዊ ክልል ግልጋሎት ጥዕና ፣ ትምህርትን ካልኦት ማሕበራዊ ግልጋሎታትን ናብ ህዝቢ ንምቅራብ በብግዚኡ እናወሰኸ ዝኸይድ ሃፍቲ ይምድብ ።
5. መንግስቲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ንጉዱኣት ኣካልን ኣእምሮን፣ ንኣረጋውያን ብዘይ ወለዲ ወይ ብዘይ ምዕባይ ንዝተረፉ ህፃናትን እግሪ ንምትካልን ንምሕጋዝን ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ እዚ ክልል ብዝፈቅዶ ደረጃ ምክንኻን ይገብር።
6. መንግስቲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ስራሕ ንዝሰኣኑን ንፅጉማትን ስራሕ ንምፍጣር ዘኽእል ፖሊሲ ይኽተል። ከምኡ'ውን ኣብ ዘካይዶ ዘፈር ስራሕ ናይ ስራሕ ዕድል ብምፍጣር መደባት ስራሕ የውፅእ፣ ፕሮጀክትታት የካይድ።
7. መንግስቲ'ዚ ብሄራዊ ክልል፣ ነበርቲ እዚ ክልል ጠቓሚ ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድሎም እናሰፍሐ ክኸይድ ኣድለይቲ ስጉምትታት ይወስድ።
8. ሓረስቶት በብእዋኑ እናተመሓየሸ ዝኸይድ ናብራ ንኽነብሩ ዘኽእሎምን ነዚ ብሄራዊ ሃፍቲ ምስ ዝገበርዎ ኣስተዋፅኦ ምህርቲ ተመጣጣኒ ዝኾነ ዋጋ ፍርያቶም ናይ ምርካብን መሰል ኣለዎም። መንግስቲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ፖሊሲታት ኣብ ዝተለመሉ እዋን በዚ ዕላማ ክምራሕ ኣለዎ።
9. መንግስቲ ባህላውን ታሪኻውን ቅርስታት ናይ ምክንኻንን፣ ንምስፍሕፋሕ ስነ ጥበብ ኣስተዋፅኦ ናይ ምግባርን ሓላፍነት ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 42
## መሰል ሰራሕተኛታት

1. ሀ. ናይ ፋብሪካን ግልጋሎትን ሰራሕተኛታት ፣ ሓረስቶት፣ ሰራሕተኛታት ሕርሻ፣ ካልኦት ናይ ገጠር ሰራሕተኛታት፣ ትሕቲ ዝተወሰነ ደረጃ ሓላፍነት ዘለዎ ስራሕ ጠባዮም

ዝፈቐደሎምን ሰራሕተኛታት መንግስቲ፣ ኩነታት ስርሖምን ኢኮኖሚኦምን ንምምሕያሽ ብማሕበር ናይ ምውዳብ መሰል ኣለዎም። እዚ መሰል ፣ ማሕበራት ሰራሕተኛታትን ካልኦት ማሕበራትን ናይ ምውዳብ፣ ምስ ዘስርሖምን ጥቅምታቶም ምስ ዝትንከፉ ካልኦት ትካላትን ናይ ምድርዳር መሰል የጠቓልል።

ለ. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 'ሀ' ዝተመልከቱ ናይ ሰራሕተኛ ክፍልታት ስራሕ ጠጠው ናይ ምባል'ውን ሓዊሱ ቅሬትኦም ከስምዑ መሰል ኣለዎም።

ሐ. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 'ሀ' ን 'ለ'ን ኣፍልጦ ዝረኸቡ መሰላት ንምጥቃም ዝኽእሉ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብሕጊ ይውሰን።

መ. ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ንተመሳሳሊ ስራሕ ተመሳሳሊ ክፍሊት ናይ ምርካብ መሰለን ሕልው'ዩ።

2. ሰራሕተኛታት ብኣግባቡ ዝተወሰነ ናይ ስራሕ ሰዓት ዕረፍቲ፣ መዘናግዒ ጊዜ፣ በብግዚኡ ምስ ክፍሊት ዝወሃቡ ናይ ዕረፍቲ መዓልትታት፣ መሃያ ዝኸፈለሎም በዓላት ህዝቢ ፣ ከምኡ'ውን ጥዑይን ሓደጋ ዘየብፅሕን ናይ ስራሕ ከባቢ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

3. ነዞም መሰላት ዚኦም ተግባራዊ ንምግባር ዝወፁ ሕግታት ብመሰረት ናይዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ኣፍልጦ ዝረኸቡ መሰላት ከይተነከዩ፣ እቶም ዝተጠቐሱ ዓይነት ማሕበራት ሰራሕተኛ ብዛዕባ ዝጣየሹሉን ናይ ሓባር ድርድር ብዛዕባ ዝካየደሉን ስርዓት ከድንግጉ'የም።

## ዓንቀፅ 43
## መሰል ልምዓት

1. ነበርቲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ኩነታት ናብርኦም ናይ ምምሕያሽን ዘየቋርፅ ዕብየት ናይ ምርካብን መሰሎም ዝተሓለወ'ዩ።
2. ነበርቲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ኣብ ብሄራዊ ልምዓት ናይ ምስታፍ፣ ብፍላይ ድማ ኣባል ንዝኾንሉ ማሕበረሰብ ኣብ ዝምልከቱ ፖሊሲታትን ፕሮጀክታትን ሓሳቦም ንክህቡ ክሕተቱ መሰል ኣለዎም።
3. ቀንዲ ዕላማ ምንቅስቓስ ልምዓት፣ ንዕብየት ነበርቲ'ዚ ብሄራዊ ክልልን መሰረታዊ ድልየታቶም ንምምላእ ይኸውን።

## ዓንቀፅ 44
## መሰል ከባቢያዊ ድሕንነት

1. ነበርቲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ዕሩይን ጥዑይን ኣብ ዝኾነ ከባቢ ናይ ምንባር መሰል ኣለዎም።
2. መንግስቲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ብዘካይዶም መደባት ምኽንያት ዝተፈናቐሉ ወይ ናብረኦም ዝተተንከፎም ሰባት ኩሎም ብእኹል ሓገዝ መንግስቲ፣ ናብ ካልእ ከባቢ ምዝውዋር'ውን ሓዊሱ ተመጣጣኒ ዝኾነ ገንዘብ ወይ ካሊእ ኣማራፂ መከሓሓሲ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

## ምዕራፍ ኣርባዕተ
## ኣወዳድባን ብፅሒት ስልጣንን እዚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ
## ዓንቀፅ 45
## ብርኪታት ክልላዊ ምምሕድዳር

1. እዚ ብሄራዊ ክልል ብዞባታት፣ ብወረዳታትን ብጣብያታትን ዝተወደበ'ዩ ይኹን'ምበር ቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል ካልኦት ብርኪታት ምምሕዳር ክውድብን ስልጣኖምን ተግባሮምን ክውስንን ይኽእል።
2. ኣብ ውሽጢ እዚ ብሄራዊ ክልል ዝርከቡ ብሄረሰባት፣ ብወረዳታት ወይ ብኻልኦት ብርኪታት ምምሕዳር ፍሉይ ውክልና ይህልዎም።

## ዓንቀፅ 46
## ኣወዳድባ ኣካላት ስልጣን እዚ ብሄራዊ ክልል

1. ቤት ምኽሪ፣ ኣካል መውፅኢ ሕጊ እዚ ብሄራዊ መንግስቲ እንትኸውን፣ ላዕለዋይ ናይ ስልጣን ኣካል እዚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ኮይኑ ተፀዋዕነት ንዝወከሎ ህዝቢ'ዩ።
2. ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ'ዚ ብሄራዊ ክልል፣ ላዕለዋይ ኣካል መፈፀሚ ሕጊ እቲ ብሄራዊ ክልል እንትኸውን፣ ተፀዋዕነቱ ንቤት ምኽሪ'ዚ ብሄራዊ ክልል'ዩ።
3. ስልጣን ዳይነት እዚ ብሄራዊ ክልል ናይ'ዚ ክልል ኣብያተ ፍርዲ ጥራይ'ዩ።

**<u>ዓንቀፅ 47</u>**

**<u>ስልጣንን ተግባርን እዚ ብሄራዊ ክልል</u>**

1. ኣብ ውሽጢ ሕገ መንግስቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ብዕሊ ተነፂሮም ንፌደራላዊ መንግስቲ ካብ ዝተውሃቡ ስልጣንን ተግባራትን ወፃኢ ዘሎ ናይ ትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ስልጣንን ተግባርን ይኸውን
2. ብመሰረት'ዚ፣ እዚ ብሄራዊ መንግስቲ፦
   2.1. ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ልምዓትን፣ ፖሊሲ ፣ ስትራተጂን ትልምን'ዚ ብሄራዊ ክልል የውፅእ፣ የፍፅም።
   2.2. ሕገ መንግስትን ካልኦት ሕግታትን እዚ ብሄራዊ ክልል የውፅእ፣ የፈፅም።
   2.3. ብመሰረት ፌደራላዊ መንግስቲ ዘውፅኦ ሕጊ፣ መሬትን ተፈጥሮኣዊ ሃፍትን የመሓዳድር።
   2.4. ንዓርሰ ምምሕድዳር ዝዓለመ ክልላዊ ምምሕድዳር ይውድብ፣ ልዕልነት ሕጊ ዝሰፈኖ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ይሃንፅ፣ ሕገ መንግስቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያን ሕገ መንግስቲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ይሕሉ፣ ይከላኸል
   2.5. ነዚ ብሄራዊ ክልል ኣብ ዝተወሰነ ዓውድታት፣ ግብሪ ፍልፍል እቶትን ካልኦት ታክስታትን ይውስን፣ ባጀት የውፅእ ፣ የፈፅም።
   2.6. ብዛዕባ ኩነታት ስራሕን ምምሕድዳር ሰራሕተኛታትን እዚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ሕጊ የውፅእ፣ የፈፅም። ነዚ ኣብ ዘፈፅመሉ እዋን ረቛሕቲ ትምህርቲ፣ ስልጠናን ልምድን እታ ሃገር ኣብ ግምት ክኣቱ ይግበኦ።
   2.7. ሓይሊ ፖሊስ እዚ ብሄራዊ ክልል ይውድብ፣ ይመርሕ፣ ሰላምን ፀጥታን እዚ ክልል ይሕሉ።
   2.8. ብመሰረት ሕጊ ምሕረት ይገብር።
   2.9. ኣብ ልዕሊ ተቖፀርቲ ምምሕዳርን ትካላትን እዚ ብሄራዊ ክልል ግብሪ ስራሕ ይውስን፣ ይእክብ።
   2.10. ክፍሊት ግልጋሎት መሬት ይውስን፣ ይእክብ።
   2.11. ግብሪ እቶት ስራሕ ሕርሻ ይውስን ፣ ይእክብ።
   2.12. ኣብዚ ብሄራዊ ክልል ኣብ ትሕቲ ውልቀ ዋንነት ካብ ዘለዉ ኣባይትን ካልኦት ንብረታትን ዝርከብ እቶት ግብሪ ይውስን፣ ኣብ ትሕቲ ዋንነት ምምሕድዳር እዚ ብሄራዊ ክልል ኣብዘለዉ ኣባይትን ካልኦት ንብረታትን ክራይ የኽፍል።
   2.13. ኣብ ትሕቲ ዋንነት ምምሕድዳር ክልል ኣብ ዝርከቡ ትካላት፣ ግብሪ ትርፊ ንግድን ግብሪ ስራሕን ናይ መሸጣ ታክስን ይውስን፣ ይእክብ ።
   2.14. ፌደራል መንግስትን እዚ ብሄራዊ ክልልን፦
      1. ብሓባር ካብ ዘቖምዎም ትካላት ልምዓት ዝርከብ ግብሪ መኽሰብ ንግዲ፣ ግብሪ ስራሕ፣ ታክሲ መሸጣን ኤክሳይስን ብመሰረት ሕጊ ይማቐሉ።
      2. ካብ ናይ ትካላት ናይ ንግዲ ትርፊ፣ ካብ ብፅሒት መኽሰብ ሰብ ዋና ኣክስዮናትን ግብርን መሸጣ ታክሰን፣ ብመሰረት ሕጊ ይማቐሉ።
      3. ካብ ላዕለዎት ስራሕቲ ማዕድናት ካብ ዝኾኑ ስራሕቲ ፔትሮሊየምን ጋዝን ዝርከብ ግብሪ እቶትን ክፈሊታት ሮያሊቲን ብመሰረት ሕጊ ይማቐሉ።
   2.15. ብኣካላት ብሄራዊ ክልላዊ ምምሕድዳር ካብ ዝዋሃቡ ፍቓዳትን ግልጋሎታትን ዝፍልፍል ክፍሊታት ይውስን፣ ይእክብ።

2.16. ካብ ኣግራብ ዝርከብ ክፍሊት ሮያሊቲ ይውስን፣ ይእክብ፣
2.17. እዚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ንዝሃቦ ስልጣን፣ ናይ ተፈጥሮ ሓደጋ፣ ወይ ደሕንነት ህዝቢ ኣብ ሓደጋ ዘውድቅ ሕማም እንተጋጥም ኣዋጅ ህፁፅ እዋን ናይ ምእዋጅ መሰል ኣለዎ።
2.18. እዚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዘውፅኦም ሕግታት ፖሊሲታትን መምርሒታትን ንምትግባር ኣድለይቲ ዝኾኑ ደንብታት ናይ ምውፃእ ስልጣን ኣለዎ።

## ምዕራፍ ሓሙሽተ

## ብዛዕባ ቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል

### ዓንቀፅ 48

### ብዛዕባ ኣባላት ቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል

1. ኣባላት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ነፃ፣ ቀጥታውን ቅኑዕን ብዝኾነ ብሚስጢር ብዝድመፅ ስርዓት በቢ ሓሙሽተ ዓመት ብህዝቢ ይምረፁ።
2. ኣባላት እዚ ቤት ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ሓደ ክልል መረፃ ካብ መንጎ ካልኦት ተወዳደርቲ ኣብላዒ ድምፂ ዝረኸበ ተወዳዳራይ ሰዓራይ ብዝኾነሉ ስርዓት መረፃ ይምረፁ። ዝርዝሩ በሕጊ ይውሰን።
3. ኣባላት እዚ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ መላእ ህዝቢ ብሄራዊ ክልል እዮም። ተገዛእነቶም፦
   ሀ. ንሕገ መንግስቲ
   ለ. ንህዝቢ
   ሐ. ንሕሊነኦምን ጥራይ ይኸውን
4. ዝኾነ ኣባል እዚ ቤት ምኽሪ ኣብ ውሽጢ እዚ ቤት ምኽሪ ብዘድምፆ ወይ ብዝህቦ ርኢቶ ኣይኸሰስን። ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ኣይውሰዶን።
5. ዝኾነ ኣባል ቤት ምኽሪ ከቢድ ገበን እንትፍፅም ኢድ ብኢድ እንተዘይተታሒዙ ብዘይካ ፍቓድ ቤት ምኽሪ ወይ ቀፂሉ ዘሎ ስልጣን ኣይተሓዝን፣ ብገበን ኣይኽሰስን።
6. ዝኾነ ኣባል ቤት ምኽሪ ዝመረፆ ህዝቢ ኣመኔታ እንተስኢኑሉ ብመሰረት ሕጊ ካብ ኣባልነት ቤት ምኽሪ ይውገድ።

### ዓንቀፅ 49

### ስልጣንን ተግባርን ቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል

1. ቤት ምኽሪ'ዚ ብሄራዊ ክልል ብመሰረት'ዚ ሕገ መንግስቲ፣ ኣካል መውፅኢ ሕጊ እዚ ብሄራዊ ክልል'ዩ።
2. ድንጋገ ሕገ መንግስቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ከምዘሎ ኮይኑ፣ እዚ ቤት ምኽሪ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ብሄራዊ ክልሉ ላዕለዋይ ብዓል ዋና ፖለቲካዊ ስልጣን'ዩ።
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ን 2 ን ዝተጠቐሰ ሓፈሻዊ ስልጣን ከምዘሎ ኮይኑ እዚ ቤት ምኽሪ ብፍላይ እዚ ዝስዕብ ስልጣን ይህልዎ
   3.1. ብመሰረት'ዚ ሕገ መንግስቲ፣ ንሕገ መንግስትን ሕግታትን ፌደራል ዘይፃረሩ ዝተፈላለዩ ሕግታት የውፅእ።
   3.2. በዝሒ ህዝቢ፣ ስፍሓት እዚ ብሄራዊ ክልልን ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቃስን ኣብ ግምት ብምእታው ተወሳኺ ብርክታት ምምሕድዳር ወይ ክልላት ዓርሰ ምምሕድዳር የቐውም።
   3.3. ስልጣን ፌደራላዊ መንግስቲ ከምዘሎ ኮይኑ ምስ ጎረባብቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስትታት ዝተገበረ ስምምዕ የፅድቕ
   3.4. ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ'ዚ ብሄራዊ ክልል፣ ርእሰ ምምሕድዳር፣ ምክትል ርእሰ ምምሕድዳርን ፀሓፊን ይመርፅ።
   3.5. ኣካላት ዳይነት ክልል፣ ዞባታትን ወረዳን የቐውም።
   3.6. ኣካል ኦዲትን ቁፅፅርን የቐውም

www.abyssinialaw.com

3.7. ሰላምን ፀጥታን እዚ ብሄራዊ ክልል ንምሕላው ዘድልዩ መምርሒታት የውፅእ። ሓይሊ ፀጥታን ፖሊስን የቕውም።
3.8. ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን መደባት መንግስቲ'ዚ ብሄራዊ ክልል የፅድቕ።
3.9. ፍልፍላት እቶት እዚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዝምልከቱ ሕግታት የውፅእ፣ ናይ ባዕሉ በጀት የፅድቕ።
3.10. ዕለታዊ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያውን ምምሕዳራውን ስራሕቲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ዘተግብሩ፣ ዘተሓባብሩን ዝመርሑን ቢሮታት፣ ኮሚሽናትን ካልኦት ትካላትን የቕውም።
3.11. ቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልላዊ ምምሕድዳር፦
1. ፕሬዝዳንትን ምክትል ፕሬዚዳንትን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ እዚ ብሄራዊ ክልል፣
2. ዋና ኦዲተር እዚ ብሄራዊ ክልል ይሸውም።
3.12. ኣብ ክሊ ነዚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዝተኸለለ፣ ፍልፍል እቶት ግብርን ታክስን ይውስን።
3.13. ብዛዕባ ምምሕዳርን ኩነታት ስራሕን ሰራሕተኛ እዚ ክልላዊ መንግስቲ ሕጊ የውፅእ።
3.14. ብመሰረት ኣብዚ ሕገ መንግስቲ ዓንቀፅ 47 ንኡስ ዓንቀፅ 2.17 ዝተውሃበ ስልጣን፣ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን የፅድቕ።
3.15. ቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል፣ ሕገ መንግስቲ፣ ኣዋጃትን ሕግታትን ሃገርን እዚ ብሄራዊ ክልልን ኣብዚ ክልል ንምትግባር ዘኽእል ደንቢ ናይ ምውፃእ ስልጣን ኣለዎ።

<u>**ዓንቀፅ 50**</u>

<u>**ኣኼባን ናይ ስራሕን ዘበን እዚ ቤት ምኽሪ**</u>

1. ካብ ኣባላት እዚ ቤት ምኽሪ ልዕሊ ፍርቂ እንተተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን።
2. ቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል ኣብ ዓመት እንተወሓደ ክልተ ጊዜ ይእከብ።
3. ኣባላት እዚ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል ንሓሙሽተ ዓመት ይምረፁ። ናይ ስራሕ ዘበን ቅድሚ ምውድኡ ቅድሚ ሓደ ወርሒ ሓዱሽ መረፃ ተኻይዱ ይጠቓለል።
4. ስሩዕ ኣኼባ ቤት ምኽሪ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ርእሰ ምምሕድዳር ህፁፅ ኣኼባ ክፅውዕ ይኽእል። ካብ ኣባላት ቤት ምኽሪ ልዕሊ ፍርቂ ዝኾኑ ኣኼባ ክግበር እንተሓቲቶም፣ ርእሰ ምምሕድዳር ኣኼባ ናይ ምፅዋዕ ግቡእ ኣለዎ።
5. ናይ'ዚ ቤት ምኽሪ ኣኼባ ብግልፂ ይካየድ። ኮይኑ ግን ብኣባላት ቤት ምኽሪ ወይ ድማ ብምምሕዳር እዚ ብሄራዊ ክልል ዕፁው ኣኼባ ክግበር እንተተሓቲቱን ካብ ኣብ ኣኼባ ዝተረኸቡ ኣባላት ቤት ምኽሪ ልዕሊ ፍርቂ እንተደጊፎምን ዕፁው ኣኼባ ክግበር ይከኣል።

<u>**ዓንቀፅ 51**</u>

<u>**ውሳነታትን ስነ ስርዓታት እዚ ቤት ምኽሪ**</u>

1. ኣብዚ ሕገ መንግስቲ ብግልፂ ብፍላይ እንተዘይተደንጊጉ ዝኾነ ውሳነ ዝመሓላለፍ ብኣብላሒ ድምፂ ኣባላት ቤት ምኽሪ'ዩ።
2. እዚ ቤት ምኽሪ ብዛዕባ ከይዲ ኣሰራርሕኡን ኣወፃፅኣ ሕጉን ደንብታት የውፅእ።

**ምዕራፍ ሸዱሽተ**

**ኣካል መፈፀሚ ሕጊ**

**ዓንቀፅ 52**

<u>**ብዛዕባ ስልጣን መፈፃማይነት**</u>

1. ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ላዕለዋይ ስልጣን መፈፀማይነት ዝተውሃቦ ንኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ንርእሰ ምምሕድዳርን እዩ።
2. ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ርእሰ ምመሕድዳርን ተፀዋዕነቶም ንቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል'ዩ። ኣባላት ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ኣብ መንግስታዊ ስራሕቶም ንዝህብዎ ውሳነ ሓበራዊ ሓላፍነት ኣለዎም።
3. ብመሰረት'ዚ ሕገ መንግስቲ፣ ብኻልእ ኩነታት እንተዘይተወሲኑ፣ ስራሕ ዘበን ርእሰ ምምሕድዳር ስራሕ ዘበን ቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል'ዩ።

**ዓንቀፅ 53**

**ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ**

1. ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ፣ ርእሰ ምምሕድዳር፣ ምክትል ርእሰ ምምሕድዳር፣ ፀሓፍን ፣ ቤት ምኽሪ ካብ ውሽጡ ዝመረፆም ካልኦት ኣባላትን ዝርከብዎ ኣካል እዩ።
2. ርእሰ ምምሕድዳር ኣካቢ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ'ዩ።
3. ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ንዝውስኖ ውሳነ ተፀዋዕነቱ ንቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል'ዩ።

**ዓንቀፅ 54**

**ስልጣንን ተግባርን ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ**

ድንጋገ ሕገ መንግስቲ ፌደራል ከምዘሎ ኾይኑ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ'ዚ ብሄረዊ ክልል ካብዚ ንታሕቲ ዝተጠቐሱ ስልጣንን ተግባራትን ኣለዉዎ፦

1. ብቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል ከምኡ'ውን ብፌደራላዊ መንግስቲ ዝወፁ ሕግታትን ዝተውሃቡ ውሳነታትን ኣብ ተግባር ምውዓሎም የረጋግፅ።
2. ኣወዳድባ ኣባላት ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ካልኦት መንግስታዊ ኣካላትን ይውስን፣ ስርሖም ይከታተል፣ ይመርሕ።
3. ዓመታዊ በጀት እዚ ብሄራዊ ክልል የዳሉ፣ ንቤት ምኽሪ'ዚ ብሄራዊ ክልል የቕርብ፣ እንትፀድቕ ኣብ ተግባር ከምዝውዕል ይገብር።
4. ኢኮኖሚያውን ማሕበራዊን ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ይሕንፅፅ፣ ኣብ ቤት ምኽሪ ክፀድቕ ይገብር፣ ነቲ ዝተወሰነ'ውን የፈፅም።
5. ሕግን ስርዓትን ዝተኸበረ ምዃኑ የረጋግፅ።
6. ደንብታትን መምርሕታትን የውፅእ።
7. ብቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል ዝወሃቡ ካልኦት ተግባራት ይፍፅም።
8. ነዚ ኮሚቴ ተፀዋዕቲ ካብ ዝኾኑ ቢሮታት፣ ኮሚሽናት ኣብያተ ፅሕፈትን ካልኦት ትካላትን ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ይቕበል።
9. ብመሰረት ዓንቀፅ 49 ንኡስ ዓንቀፅ 3.10 ናይ'ዚ ሕጊ መንግስቲ ዝቖሙ ቢሮታት፣ ኮምሽናትን ካልኦት ላዕለዎት ትካላትን መንግስቲ ይመርሕ፣ ይቆፃፀር። ዝርዝሩ ብሕጊ ይውሰን።

**ዓንቀፅ 55**

**ኣሰያይማ ርእሰ ምምሕድዳር**

ቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ካብ መንጎ ኣባላቱ ርእሰ ምምሕድዳር ይመርፅ።

**ዓንቀፅ 56**

**ስልጣንን ተግባርን ርእሰ ምምሕድዳር እዚ ብሄራዊ ክልል**

1. ርእሰ ምምሕድዳር መራሒ ስራሕ ምምሕድዳር'ዚ ብሄራዊ ክልልን ኣካቢ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን እዩ። ተፀዋዕነቱ ድማ ንቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልልን ንኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ'ዚ ብሄራዊ ክልልን'ዩ።
2. ንኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ይመርሕ፣ የተሓባብር፣ ይውክል፣ ከምኡ'ውን ንቤት ምኽሪ'ዚ ብሄራዊ ክልል ይውክል፣ ብኣቦ መንበርነት ይመርሕ።
3. ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ዘውፅኦም ፖሊስታት፣ ደንብታት፣ መምርሒታትን ውሳነታትን ንተፈፃምነቶም ይከታተል ፕሬዚዳንትን ምክትልን ላዕለዋይ ቤት ፍርድን ዋና ኦዲተርን እዚ ብሄራዊ ክልል መሪፁ ሹመቶም ኣብ ቤት ምኽሪ የፅድቕ።
4. ናይ'ዚ ብሄራዊ ክልል ሹመታት ላዕለዎት ናይ ኢኮኖሚ ፣ ማሕበራውን ምምሕድዳራውን ትካላት ወይ ቢሮታት ከምኡ'ውን ኣብዚ ዓነቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 ካብ ዝተዘርዘሩ ወፃኢ ዝኾኑ ሹመታት እዚ ብሄራዊ ክልል ንስራሕ መፈፀሚ ኮሚቴ ብምቕራብ የሸውም።
5. ብሄራዊ ክልላዊ ድሕንነት ክሕሎ ንምግባርን ሕግን ስርዓትን ንክኽበርን ንዝቖሙ ብሄራዊ ሓይልታት ፀጥታን ፖሊስን ይመርሕ።

6. ኣበዚ ብሂራዊ ንዝርከቡ ብርክታት ምምሕድዳር የተሓባብር፣ ይመርሕ፣ ይቆፃፀር።
7. ብመሰረት ሕጊ ምሕረት ይገብር።

## ዓንቀፅ 57

## ብዛዕባ ምክትል ርእሰ ምምሕድዳር

1. ምክትል ርእሰ ምምሕድዳር፦
   ሀ. ብርእሰ ምምሕድዳርን ብኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ተነፂሮም ዝወሃብዎ ተግባራት ይፍፅም
   ለ. ርእሰ ምምሕደዳር ኣብዘይህልወሉ እዋን ንዕኡ ተኪኡ ይሰርሕ
2. ተፀዋዕነት ምክትል ርእሰ ምምሕድዳር ንርእሰ ምምሕድዳርን ንኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ይኸውን።

## ዓንቀፅ 58

## ብዛዕባ ፀሓፊ

ናይዚ ብሂራዊ ክልል ምምሕድዳር ፀሓፊን ኣባል ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ስለዝኾነ፦

1. ቤት ፅሕፈት ምምሕድዳር ይውድብ፣
2. ሰነዳት ምምሕድዳር ብኣግባብ ይሕዝ፣
3. ቃለ ጉባኤ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ምምሕድዳርን ብዝግባእ ዝተትሓዘ ምዃኑ የረጋግፅ፣
4. ንስራሕቲ ቤት ፀሕፈት ምምሕድዳር ብሓላፍነት ይመርሕ፣
5. ብኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ዝወሃብዎ ካልኦት ተግባራት ይፍፅም፣
6. ተፀዋዕነቱ ንኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ንርእሰ ምምሕድዳርን ይኸውን፣

## ምዕራፍ ሸውዓተ

## ብዛዕባ ኣወዳድባ ኣብያተ ፍርድን ስልጣን ዳይነትን

## ዓንቀፅ 59

## ብዛዕባ ምቋም ነፃ ኣካል ዳይነት

1. ነፃ ኣካል ዳይነት በዚ ሕገ መንግስቲ'ዚ ቆይሙሎ።
2. ስልጣን ዳይነት ካብ ስሩዕ ኣብያተ ፍርዲ ወይ ብሕጊ ናይ ምድናይ ስልጣን ካብዝተውሃቦ ኣካል ወፃኢ ዝገብርን ብሕጊ ንዝተደንገገ ስርዓት ዳይነት ዘይኽተልን ፍሉይ ቤት ፍርዲ ወይ ጊዚያዊ ቤት ፍርዲ ኣይቖውምን።

## ዓንቀፅ 60

## ባህላውን ሃይማኖታውን ዳይነት

እዚ ሕገ መንግስቲ ውልቃውን ናይ ቤተሰብን ሕጊ ብዝምልከት ብፍቓድ ተኸራኸርቲ ብመሰረት ሕጊታት ሃይማኖትን ባህልታትን ምድናይ ኣይኽልክልን። ዝርዝሩ ብሕጊ ይውሰን።

## ዓንቀፅ 61

## ስልጣን ዳይነት

1. ስልጣን ዳይነት'ዚ ብሂራዊ ክልል ናይ ኣብያተ ፍርዲ ጥራይ'ዩ።
2. ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዝርከብ ኣካል ዳይነት ካብ ዝኾነ መንግስታዊ ኣካል ወይ በዓል ስልጣን ነፃ'ዩ።
3. ዳያኑ ተግባር ዳይነት ብሙሉእ ነፃነት ይፍፅሙ። ብዘይካ ብሕጊ ብኻሊእ ኩነታት ኣይምርሑን
4. ዝኾነ ዳኛ ካብ'ዚ ንታሕቲ ብዝተመልከቱ ኩነታት እንተዘይኮይኑ ብሕጊ ዝተወሰነ ናይ ጡረታ ዕድሚኡ ቅድሚ ምብፅሑ ካብ ድልየቱ ወፃእ ካብ ናይ ዳይነት ስርሑ ኣይለዓልን።
   ሀ. ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ብመሰረት ሕጊ ዲስፕሊን፣ ዳኛ ጥፍኣት ፈፂሙ'ዩ ወይ ግልፂ ዝኾነ ናይ ስራሕ ክእለትን ንጥፈትን ንኢሱዎ'ሎ ኢሉ እንትውስን ወይ፣
   ለ. ብምኽንያት ሕማም ስርሑ ብዝግባእ ኩነታት ክፍፅም ኣይኽእልን ተባሂሉ እንትውስንን
   ሐ. ንውሳነ እቲ ጉባኤ፣ ቤት ምኽሪ እዚ ክልል ብኣብላፂ ድምፂ እንትፀድቅ
5. ዝኾነ ዳኛ ጡረታ ዝወፀሉ ጊዜ ኣይናዋሕን

6. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ እዚ ብሄራዊ ክልል ኣካላት ዳይነት ዝመሓዳደርሉ በጀት ናብ ቤት ምኽሪ ክልል ኣቕሪቡ የወስን። እንትፍቀድውን ነቲ በጀት የመሓዳድር።

## ዓንቀፅ 62

## ስልጣንን ኣወዳድባን ኣብያተ ፍርዲ

1. ስሩዕ ኣካል ዳይነት እዚ ብሄራዊ ክልል ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፣ ብናይ ዞባ ማእኸላይ ቤት ፍርድን ወረዳ ቤት ፍርድን ይውደብ።
2. ትሕቲ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዝኮነ ሕጋዊ ናይ ጣብያ ወይ ቀበሌ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ይህሉ። ኣሰራርሕኡ ብሕጊ ይውሰን
3. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ እዚ ዝስዕብ ስልጣን ይህልዎ
   ሀ. ስልጣን ኣብያተ ፍርዲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ኣብ ዝኾኑ ጉዳያት ብዝምልከት ዝለዓለን ናይ መወዳእታን ስልጣን ዳይነት፣
   ለ. ስልጣን ናይ ፌደራል ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ከምኡ'ውን
   ሐ. ዝኾነ ብሄራዊ ክልላዊ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ናይ መወዳእታ ውሳነ መሰረታዊ ናይ ሕጊ ጌጋ እንትህልዎ ብሰበር መጋባእያ ናይ ምርኣይ ስልጣን።
4. ማእኸላይ ቤት ፍርዲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ካብ ዝተውሃቦ ክልላዊ ስልጣን ብተወሳኺ ናይ ፌደራል ቀዳማይ ብርኪ ቤት ፍርዲ ብምኻን ይዳኒ።
5. ማእኸላይ ቤት ፍርዲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ብመሰረት ዝተውሃቦ ስልጣን ፌደራል ቀዳማይ ብርኪ ቤት ፍርዲ ፣ ኣብ ዝህቦ ውሳነ ዝቐርብ ይግባኣኒ፣ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ይውስን።
6. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ'ዚ ብሄራዊ ክልል፣ ብመሰረት ዝተውሃቦ ስልጣን ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ፌደራል፣ ኣብ ዝህቦ ውሳነ ዝቐርብ ይግባኣኒ ብፌደራል ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይውሰን።
7. ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልል ብውክልና ንዝፍፅምዎ ናይ ፌደራል ኣብያተ ፍርዲ ስልጣን ንዘውፅእዎ ገንዘብ ካብ ፌደራል መንግስቲ መከሓሓሲ ክወሃቦም ብፕሬዝዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣቢሎም ንቤት ምኽሪ'ዚ ብሄራዊ ክልል የመልክቱ።

## ዓንቀፅ 63

## ብዛዕባ ኣሻውማ ዳያኑ

1. ፕሬዚዳንትን ምክትል ፕሬዚዳንትን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብመቕረባይነት ርእሰ ምምሕድዳር'ዚ ብሄራዊ ክልል፣ ብቤት ምኽሪ'ዚ ብሄራዊ ክልል ይሽየሙ።
2. ዳያኑ ላዕለዋይ ቤት ፍርድን ማእኸላይ ቤት ፍርድን ብመቕረባይነት ጉባኤ ምምሕድዳር ዳያኑ እዚ ብሄራዊ ክልል፣ ብቤት ምኽሪ'ዚ ብሄራዊ ክልል ይሽየሙ።
3. ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ'ዚ ብሄራዊ ክልል ሹመት ዳያኑ ናብ ቤት ምኽሪ'ዚ ክልል ቅድሚ ምቕራቡ፣ ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ፌደራል ኣብ ልዕሊ'ቶም ሕፁያት ዘለዎ ርኢቶ ክሓትትን ንዝተውሃቦ ርኢቶ ምስናቱ ርኢቶ ኣተሓሒዙ ናብ ቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል ናይ ምቕራብን ሓላፊነት ኣለዎ። ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ ፌደራል ርኢትኡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ እንተዘየኣቕሪቡ ቤት ምኽሪ'ዚ ብሄራዊ ክልል ነቲ ሹመት የፅድቕ።
4. ናይ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ናይ መጀመሪያ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዳያኑ ብጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ'ዚ ክልል መቕረባይነት ፣ ብቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል ይሽየሙ።
5. ኣብ ዝኾነ ደረጃ ዝርከቡ ዳያኑ ናይ ዲስፕሊንን ናይ ዝውውርን ጉዳይ፣ ብዝምልከቶ ናይ ዳያኑ ምምሕድዳር ጉባኤ ይውሰን።

## ዓንቀፅ 64

## ኣባላት ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ

1. ፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ምስ ሓረዮም ብመቕረባይነት ርእሰ ምምሕዳር'ዚ ብሄራዊ ክልል፣ ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ብዝኾነ ድምፂ ብቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል ዝምደቡ ኣባላት ጉባኤ ምምሕዳር ዳያኑ እዞም ዝስዕቡ'ዮም።

ሀ. ካብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ሓደ ዳኛ
ለ. ካብ ናይ ዞባ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ክልተ ዳያኑ
ሐ. ካብ ማሕበራት ጠበቓታት ሓደ ተወካሊ
መ. ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ሕብረተሰብ ክፍልታት ሰለስተ ሰባት
ሰ. ጠቕላሊ ዓቃቢ ሕጊ እዚ ብሄራዊ ክልል
ረ. ኮሚሽነር ፖሊስ
ሸ. ካብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ሰለስተ ዳያኑ
ቀ. ካብ ቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል ሰለስተ ተወከልቲ

2. ፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ነዚ ጉባኤ ብኣቦመንበርነት ይመርሕ።

## ዓንቀፅ 65

## ኣቃውማ ጉባኤ መፃርዪ ጉዳያት ሕገ መንግስቲ

1. ጉባኤ መፃርዪ ጉዳያት ሕገ መንግስቲ በዚ ሕገ መንግስቲ'ዚ ቆይሙ'ሎ።
2. ጉባኤ መፃረዪ ጉዳያት ሕገ መንግስቲ ዓሰርተ ሓደ ኣባላት ይህልዉዎ። ንሳቶም'ውን እዞም ዝስዕቡ'ዮም።

ሀ. ፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ፦ ኣካቢ
ለ. ምክትል ፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ'ዚ ብሄራዊ ክልል፦ ምክትል ሰብሳቢ
ሐ. ብመቕረባይነት ርእሰ ምምሕድዳር ብሄራዊ ክልል፣ ብቤት ምኽሪ'ዚ ብሄራዊ ክልል ዝሽየሙ ብሞያ ብቕዓቶምን ስነ ምግባሮምን ዝተመስከረሎም ሽዱሽተ ሰብ ሞያ ሕጊ
መ. ቤት ምኽሪ'ዚ ብሄራዊ ክልል ካብ ኣባላቱ ዝወከሎም ሰለስተ ሰባት ጉባኤ መፃረይ ጉዳያት ሕገ መንግስቲ ኣድላይ ኮይኑ እንተረኺቦ ስራሕቱ ንምስላጥ ዘኽእሎ መሓውር ክዝርግሕ ይኽእል'ዩ።

3. ጉባኤ መፃረዪ ጉዳያት ሕገ መንግስቲ ኣድላይ ኮይኑ እንተረኺቦ ስራሕቱ ንምስላጥ ዘኽእሎ መሓውር ክዝርግሕ ይኽእል'ዩ።

## ዓንቀፅ 66

## ብዛዕባ ምትርጓም እዚ ሕገ መንግስቲ

1. ኣብ ጉዳይ ሕገ መንግስቲ ክርክር እንትለዓል ብመጀመርታ ደረጃ ንጉባኤ መፃረዪ ጉዳያት ሕገ መንግስቲ ይቐርብ።
2. ጉባኤ መፃረዪ ጉዳያት ሕገ መንግስቲ ፣ ሕገ መንግስታዊ ትርጉም የድሊ እዩ ኢሉ ዝኣመነሉ ጉዳይ ንቤት ምኽሪ'ዚ ክልል ኣቕሪቡ ክፀድቕ ይገብር።
3. ቤት ምኽሪ ፣ ጉባኤ መፃረዪ ጉዳያት ሕገ መንግስቲ ብዛዕባ እቶም ዘፃረዮም ጉዳያት ሕገ መንግስቲ ዝምልከት ፀብፃብ ምስኣቕረበሉ፣ ኣብ ዘካይዶ ቀፃሊ ጉባኤኡ ውሳነ ግድን ክህብ ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 67

## ስልጣንን ተግባርን ጉባኤ መፃረዪ ጉዳያት ሕገ መንግስቲ

1. ጉባኤ መፃረዪ ጉዳያት ሕገ መንግስቲ፣ ሕገ መንግስታዊ ጉዳያት ናይ ምፅራይ ስልጣን ይህልዎ። ብመሰረት ዝግበር ምፅራይ ምትርጓም ሕገ መንግስቲ ኣድላይ ኮይኑ እንተረኺቦ፣ ቤት ምኽሪ'ዚ ክልል ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ናይ ውሳነ ሓሳብ የቕርብ።
2. ብሕጊ መውፅኢ ኣካላት'ዚ ብሄራዊ ክልል ዝወፁ ሕግታት ፣ መምርሕታትን ደንብታትን ከምኡ'ውን ብዞባን ብወረዳን ዝወፁ መምርሒታትን ደንብታትን ምስ'ዚ ሕገ መንግስቲ ይጻነፁ'ዮም ዝብል ሕቶ እንትለዓልን እቲ ጉዳይ ብዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ወይ በዓል ጉዳይ እንትቐርበሉን መርሚሩ ንናይ መወዳእታ ውሳነ ንቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል የቕርብ።
3. ብኣብያተ ፍርዲ ሕቶ ትርጉም ሕገ መንግስቲ እንትለዓል

ሀ. ሕገ መንግስቲ ምትርጓም ኣድላይ መሲሉ እንተዘይተራእዩዎ ንዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ይመልሶ፣ ብውሳነ ጉባኤ መዛረዪ ቅር ዝበሎ በዓል ጉዳይ ቅሬትኡ ንቤት ምኽሪ'ዚ ብሄራዊ ክልል ብይግበኣኒ ከቕርብ ይኽእል'ዩ።

ለ. ናይ ትርጉም ሕቶ ምህላው እንተኣሚኑሉ፣ ኣብ'ቲ ጉዳይ ዝህቦ ሕገ መንግስታዊ ትርጉም ንቤት ምኽሪ'ዚ ብሄራዊ ክልል ንናይ መወዳእታ ውሳነ የቕርብ።

## ምዕራፍ ሸሞንተ

## ብዛዕባ ምምሕዳር ዞባታት

### ዓንቀፅ 68

### በዛዕባ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ዞባታት

1. ዞባ ትሕቲ ክልል ዘሎ ዝተወሰኑ ወረዳታት ዝሓቖፈ ምምሕዳራዊ ከባቢ እዩ።
2. ምምሕዳር ዞባ ናይ ባዕሉ ዝኮነ ቤት ምኽሪን ጉባኤን ኣይህልዎን።
3. ተፀዋዕነት ምምሕድዳር ዞባ ንኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ እዚ ብሄራዊ ክልል ይኸውን
4. ኣባላት ምምሕዳር ዞባ ካብ መንጎ ኣባላት ቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል ይምረፁ
5. ኣባላት ምምሕዳር ዞባ ብኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ እዚ ብሄራዊ ክልል ተመሪፆም ናብ ቤት ምኽሪ'ዚ ብሄራዊ ክልል ብምቕራብ መረጋገፂ ይረኽቡ።
6. ኣቦመንበር፣ ምክትልን ፀሓፍን ምምሕዳር ዞባ ብተመሳሳሊ መንገዲ ተመሪፆም ብቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል መረጋገፂ ይረኽቡ።
7. ኣብ ውሽጢ ሓደ ክልል ክህልው ዝግበኦ ቁፅሪ ዞባታትን ዶባትን ከምኡ'ውን በዝሒ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ብቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል ይውሰን።

### ዓንቀፅ 69

### ስልጣንን ተግባርን ስራሕ መፈፀሚ ኮሚቴ ዞባ

1. ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ዞባ፣ መፈፀሚ ሕጊ ዞባ እዩ።
2. ኣባላይ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ዞባ ብሓባር ወይ ብውልቂ ኣብያተ ፅሕፈት ዞባ ብላዕለዋይነት ይመርሑ፣ የተሓባብሩ፣ ይቆፃፀሩ
3. ተፀዋዕነት ኮሚቴ መፈፀሚ ዞባ ንኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ እዚ ብሄራዊ ክልል ይኸውን
4. ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ዞባ ንስራሐቲ ኣብ ዞባ ዝርከቡ ወረዳታት ብላዕለዋይነት ይመርሕ፣ የተሓባብር ይቆፃፀር
5. ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ዞባ ንማሕበራዊ ኣገልግሎትን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ዞባ ኣፅኒዑ ትልምታትን መደባትን ንኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ እዚ ብሄራዊ ክልል የቕርብ፣ ምስፀደቐ ኣብ ስራሕ የውዕል።
6. በጀት ዞባ ኣሰናዲኡ ንኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ እዚ ብሄራዊ ክልል የቕርብ ፣ ምስ ፀደቐ ኣብ ስራሕ የውዕል
7. ንቕርስታትን ሃብቲ ተፈጥሮን ዞባ ኣድላይ ክንክንን ሓለዋን ይገብረሎም። ምህላዎም የረጋግፅ
8. ብዛዕባ ምንቅስቓስ ስራሕ ዞባ፣ ብኣቦመንበር ዞባ ኣቢሉ ንስራሕ መፈፀሚ ኮሚቴ እዚ ብሄራዊ ክልል ፀብፃብ የቕርብ።
9. ብቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልልን ብኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ዝወፁ ኣዋጃት፣ ፖሊስታት፣ ደንብታት፣ መምርሒታትን ውሳነታት ከምኡ'ውን ካልኦት ተግባራት ኣብ ዞባኡ በትኽክል ኣብ ስራሕ ምውዓሎም የረጋግፅ።

### ዓንቀፅ 70

### ስልጣንን ተግባርን ኣቦመንበር ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ

1. ኣቦመንበር ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ፣ መራሒ ምምሓዳር ዞባ ይኸውን።
2. ተፀዋዒ ዞባ ስለዝኾነ ምስ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ እዚ ብሄራዊ ክልል ይራኸብ።
3. ተፀዋዒ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራ ዞባ እዩ፣ ነቲ ስራሕ'ውን የተሓባብር።
4. ኣኼባ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ይፅውዕ፣ ይመርሕ፣ ስራሕ እቲ ኮሚቴ'ውን የተሓባብር

5. ንስራሕቲ ኣብ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ትካላትን መምርሕታትን ብላዕለዋይነት ይመርሕ የተሓባብር።
6. ድሕንነት ዞባ ንምሕላው ሕግን ስርዓትን ንምኽባር ዝቖሙ ሓይልታት ፀጥታን ፖሊስን ዞባ ብላዕለዋይነት ይመርሕ።
7. ስራሕቲ ዞባ መሰረት ብምግባር፣ ንኮሚቴታት መፈፀምቲ ስራሕ ዞባን ክልልን በብእዋኑ ፀብፃብ የቅርብ።
8. ብኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ እዚ ብሄራዊ ክልል ንዝወሃብዎ ካልኦት ተግባራት ኣብ ስራሕ የውዕል።

**ዓንቀፅ 71**

**ስልጣንን ተግባርን ምክትል ኣቦመንበር ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ዞባ**

1. ኣቦ መንበር ኣብዘይህልወሉ እዋን ንዕኡ ተኪኡ ይሰርሕ
2. ብኣቦመንበር ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ንዝወሃብዎ ካልኦት ተግባራት ኣብ ስራሕ የውዕል።

**ዓንቀፅ 72**

**ስራሕን ተግባራን ፀሓፊ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ**

1. ቤት ፅሕፈት ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ብሓላፊነት ይመርሕ።
2. ብኣቦመንበር ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ንዝወሃብዎ ካልኦት ተግባራት ኣብ ስራሕ የውዕል።

**ምዕራፍ ትሽዓተ**

**ብዛዕባ መሓውርን ስልጣንን ምምሕዳር ወረዳ**

**ዓንቀፅ 73**

**መሓውር ምምሕዳር ወረዳ**

1. ካብ ቀበሌታትን ጣብያታትን ብዝውከሉ ተመረፅቲ ዝጣየሽ ቤት ምኽሪ
2. ካብቶም ኣባላት ቤት ምኽሪ ዝምረፅ ኮሚቴ መፈፀሚ
3. ብመሰረት እዚ ሕገ መንግስቲ ዝቖሙ ኣካላት ዳይነት
4. ቤት ፅሕፈት ዓቃቤ ሕጊ ወረዳ
5. ቤት ፅሕፈት ሓይሊ ፖሊስን ፀጥታን ወረዳ
6. ኣብያተ ፅሕፈት ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ልምዓት ወረዳ

**ዓንቀፅ 74**

**ኣጠቓላሊ ስልጣንን ተግባርን ምምሕዳር ወረዳ**

1. ምምሕዳር ወረዳ ኣብ ውሽጢ ክልሉ ትልምታት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ንምድላው፣ ንምውሳን ከምኡ'ውን መንግስቲ እዚ ብሄራዊ ክልል ንዘውፅኦም ሕግታት፣ ፖሊስታት፣ ደንብታትን መምርሒታትን ኣብ ስራሕ ንምውዓል ዘድሊ ሙሉእ ስልጣን ይህልዎ።
2. ወረዳ ንባዕሉ ናይ ምምሕዳር፣ ከባቢኡ ምልማዕ፣ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ምውሳን ስልጣኑን መሰሉን ዝተሓለወ ኮይኑ ታሕተዋይ ኣካል ምምሕዳር ክልልን ዞባን'ዩ።

**ዓንቀፅ 75**

**ኣመራርፃ ኣባላት ቤት ምኽሪ ወረዳ**

1. ኣባላት ቤት ምኽሪ ወረዳ ኣብ ክሊ ወረዳ ካብ ዝርከቡ ነበርቲ ቀበሌታትን ጣብያታትን ብቐጥታ ብህዝቢ ይምረፁ። ተፀዋዕነቶም'ውን ንዝመረፆም ህዝብን፣ ንኮሚቴ መፈፀምቲ ዞባን ብኡኡ ኣቢሎም'ውን ንኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ብሄራዊ ክልልን ይኸውን።

**ዓንቀፅ 76**

**ስልጣንን ተግባርን ቤት ምኽሪ ወረዳ**

1. ቤት ምኽሪ ወረዳ ኣብ ውሽጢ ወረዳ ንዝርከቡ ቀዳማይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ የመሓድር

2. ማእኸላይ ደረጃ ትከላት ሕክምና የመሓድር
3. ኣናእሽቱ መንገድታት ገጠር ይሰርሕ፣ ይፅግን
4. መሰረታዊ ሕርሻን ሃብቲ ተፈጥሮን ይሕሉ፣ የመሓድር።
5. ናይ ወረዳ ግብሪ ግልጋሎት መሬት ይእክብ፣ ናይ ሕረሻ ውፅኢት መሸጣ ታክስን ኣገልግሎትን ክፍሊታት ይውስን፣ ይእክብ'ውን
6. ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ወረዳ ከምኡ'ውን ትልምታትን መደባትን ምምሕዳር የፅድቕ።
7. ንስራሕቲ ልምዓት ህዝቢ ብሰፊሑ የለዓዕል።
8. ኣቦ መንበሪ፣ ምክትል ኣቦ መንበርን ፀሓፍን ቤት ምኽሪ ወረዳ ከምኡ'ውን ኣባላት ኮሚቴ መፈፀም ስራሕ ይመርፅ።
9. ናይ ባዕሉ ውሽጣዊ ደንብን መምርሕን የውፅእ።
10. እዚ ብሄራዊ ክልል ካብ ዝምድቦን ካብ ዘመሓዳድሮን ወፃኢ ንዘሎ ፍልፍል እቶት ወረዳ ይጥቀም፣ በጀት የዳሉ፣ የፅድቕ።
11. ሰላምን ፀጥታን ወረዳ ንምርግጋፅ ዘኽእል መምረሒ የውፅእ።

## ዓንቀፅ 77

## ናይ ወረዳ ቤት ምኽሪ ናይ ኣኼባ ጊዜን ናይ ስራሕ ዘበንን

1. ካብ ኣባላት ቤት ምኽሪ ወረዳ ልዕሊ ፍርቂ እንድሕር ተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን።
2. ቤት ምኽሪ ወረዳ ብሰለስተ ወርሒ ይእከብ።
3. ስራሕ ዘበን ቤት ምኽሪ ወረዳ ክልተ ዓመት ይኸውን። ዘበን ስርሑ ቅድሚ ምብቅዑ ሓዱሽ መረፃ ተኻይዱ ይጠቃለል።

## ዓንቀፅ 78

## ስልጣንን ተግባርን ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ወረዳ

1. ኣባላት ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ወረዳ ካብ መንጎ ኣባላት ቤት ምኽሪ ወረዳ ዝምረፁ ይኾኑ።
2. ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ወረዳ ኣካል መፈፀሚ ሕጊ ወረዳ እዩ ።
3. ተፀዋዕነት ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ወረዳ ንቤት ምኽሪ ወረዳን ንኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ዞባን እዩ።
4. ኣባላት ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ወረዳ ብሓባርን ብውልቅን ኣብ ያተ ፅሕፈት ምምሓዳር ወረዳ ብላዕለዋይነት ይመርሑ።
5. ሕግታት ደንብታት፣ ፖሊሲታት፣ መምርሕታት፣ ትልምታትን መደባትን ማእኸላይ መንግስቲን እዚ ብሄራዊ ክልልን ኣብ ስራሕ ከምዝውዕሉ ይገብር።
6. ሃብቲ ተፈጥሮ ይሕሉ፣ የልምዕ፣ ይከናኸን።
7. ሰላምን ፀጥታን ወረዳ ይሕልው፣ ሓይሊ ፖሊስ ወረዳ ይመርሕ የተሓባብር።
8. ቅርስታት ወረዳ ይከናኸን።
9. ብቤት ምኽሪ ወረዳ ንዝወሃብዎ ተግባራት ይፍፅም።
10. ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያ'ውን ምምሕዳራውን ትልምታት ኣዳልዩ ንቤት ምኽሪ ወረዳ ብምቕራብ የፅድቕ።

## ዓንቀፅ 79

## ስልጣንን ተግባርን ኣቦ መንበር ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ወረዳ

ተፀዋዕነት ኣቦመንበር ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ፣ ንቤት ምኽሪ ወረዳን ንላዕለዎት ኣካላት ምምሕዳርን ኮይኑ፣

1. ተፀዋዒ ምምሕዳር ወረዳ ይኸውን፣

2. ኣኼባታት ቤት ምኽሪ ወረዳን ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ይመርሕ
3. ሕግታት፣ ፖሊስታት፣ ትልምታትን መደባትን ከምኡ'ውን መምረሒታት ቤት ምኽሪ ተወኪልቲ ህዝብን ብሄራዊ ክልላዊ ምምሕዳር ትግራይን ብትኽክል ኣብ ስራሕ ምውዓሎም የረጋግፅ፡
4. ንኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ንቤት ምኽሪ ወረዳን ንላዕለዎት ምምሕዳራዊ ኣካላትን በብእዋኑ ፀብፃብ የቕርብ።
5. ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ወረዳን ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ትካላትን ይመርሕ፣ ይቆፃፀር።
6. ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን መደባትን ወረዳ ምድላዎም ይቆፃፀር።
7. ብቤት ምኽሪ ወረዳ ንዝወሃብዎ ካልኦት ተግባራት ይፍፅም።

## ዓንቀፅ 80

## ስልጣንን ተግባርን ምኽትል ኣቦ መንበር ወረዳ

1. ኣቦ መንበር ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ንዕኡ ተኪኡ ይሰርሕ።
2. ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ኣቦ መንበርን ንዝህብዎ ካልኦት ተግባራት ይፍፅም።

## ዓንቀፅ 81

## ስልጣንን ተግባርን ፀሓፊ ቤት ምኽሪ ወረዳ

ፀሓፊ ቤት ምኽሪ ወረዳ ኣባል ኮሚቴ መፈፅሚ ስራሕ ወረዳ ብምኻን

1. ቤት ፀሕፈት እቲ ቤት ምኽረቲ ይውድብ
2. ሰነዳት እቲ ቤት ምኽሪ ብኣግባብ ይሕዝ
3. ቃለ ጉባኤ እቲ ቤት ምኽሪ ብኣግባብ ዝተታሓዘ ምኻኑ የረጋግፅ
4. ስራሕቲ ቤት ፅሕፈት ብሓላፊነት ይመርሕ
5. ብኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ንዝወሃብዎ ካልኦት ተግባራት ይፍፅም

## ዓንቀፅ 82

## ኣካል ዳይነት ወረዳ

1. ፌደራላዊን ክልላውን ሕገ መንግስታት ብዛዕባ ምምሕዳር ዳይነት ዘውፅእዎ ድንጋገ ከምዘሎ ኾይኑ ኣካል ዳይነት ወረዳ ታሕተዋይን ናይ መጀመርታን ስሩዕ ኣካል ዳይነት እዚ ብሄራዊ ክልል እዩ።

# ምዕራፍ ዓሰርተ

## ብዛዕባ ምምሕዳር ቀበሌ ወይ ጣብያ

## ዓንቀፅ 83

## ኣወዳድባ

1. ምምሕዳር ቀበሌ ወይ ጣብያ ኣካላት ባይቶ፣ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ፣ ማሕበረ ኢኮኖሚያውን ፀጥታውን ፣ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ኣካል ዳይነት ይህልዎ።
2. ኣባላት ባይቶ ቀበሌ ወይ ጣብያ ካልኦት ብመረፃ ዝቖሙ ኣካላትን ብቐጥታ ብህዝቢ ዝምረፁ ይኾኑ። ኣባላት ባይቶ ቀበሌ ወይ ጣብያ ተፀዋዕነቶም ድማ ንኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ወረዳ ይኸውን።

## ዓንቀፅ 84

## ስልጣንን ተግባርን ባይቶ ቀበሌ ወይ ጣብያ

1. ቤት ምኽሪን ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ወረዳ ዘውፅእዎም ትልምታትን መምርሒታትን ኣብ ስራሕ የውዕል
2. ላዕለዎት ኣብያተ ምኽርን ኮሚቴታት መፈፀምቲ ስራሕን ምስ ዘውፅእዎም መምርሒታት ብዘይጻንዕ መንገዲ ከባቢያዊ ስሪታት ብምውፃእ ኣብ ስራሕ ከምዝውዕሉ ይገብር።
3. ንምምሕዳር እቲ ከባቢ ዝመርሑ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ቀበሌ ወይ ጣብያ ይመርፅ፣ ካብ ውሽጦምውን ኣቦ መንበርን ምክትል ኣቦ መንበርን ይመርፅ።

4. ብላዕለዎት ኣካላት ንዝወሃብዎ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ምምሕዳራዊ ትልምታትን መደባትን ተቐቢሎ ኣብ ስራሕ ዝውዕሉሉ ዝርዝር ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማ መደብ የውፅእ ካልኦት ነቲ ቀበሌ ወይ ጣብያ ዝጠቕሙ ተወሰኽቲ ትልምታት የውፅእ።
5. ህዝቢ ቀበሌ ወይ ጣብያ ንልምዓት የለዓዕል
6. መደብ ስራሕ ኮሚቴታት መፈፀሚ ስራሕን ካልኦት ኮሚቴታትን ይውስን።

**ዓንቀፅ 85**

**ናይ ጣቢያ ቤት ምኽሪ ኣኼባን ናይ ስራሕ ዘበንን**

1. ካብ ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ ልዕሊ ፍርቂ እንድሕር ተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን
2. ኣኼባ እቲ ቤት ምኽሪ በብወርሑ ይካየድ
3. ናይቲ ቤት ምኽሪ ናይ ስራሕ ዘበን ክልተ ዓመት ይኸውን፣ ናይ ስራሕ ዘበን ቅድሚ ምብቅዑ ሓደ ወርሒ ኣቐዲሙ ሓዱሽ መረፃ ተኻይዱ ይጠቓለል።

**ዓንቀፅ 86**

**ስልጣንን ተግባርን ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ቀበሌ ወይ ጣብያ**

1. ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ጣብያ ወይ ቀበሌ ቀዋሚ ኣካል ስለዘይኮነ ትልምታት ብዝርዝር ድሕሪ ምውፅኡ በብእዋኑ እንዳተራኸበ ኣፈፃፅምኦም ይከታተል
2. ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ቀበሌ ወይ ጣብያ ከምኡ'ውን ኣቦ መንበር ካብ ኣባላት ባይቶ ዝምረፁ እዮም።
3. ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ቀበሌ ወይ ጣብያ ብላዕለዎት ኣካላት ንዝወፁ ሕግታት መፈፀሚ ኣካል'ዩ
4. ተፀዋዕነት ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ጣብያ ወይ ቀበሌ ንዝመረፆ ባይቶ ቀበሌ ወይ ጣብያን ንቤት ምኽርን ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ወረዳ ይኸውን
5. ኣባላት ስራሕ መፈፀሚ ኮሚቴ ቀበሌ ወይ ጣብያ ብውልቅን ብሓባርን ስራሕቲ ቀበሌ ወይ ጣብያ ይመርሑ
6. ባይቶ ቀበሌ ወይ ጣብያ ንዝሕንፅዎም ትልምታት ልምዓት ኣብ ስራሕ የውዕል፣ ንናይ ቀበሌ ጉባኤ ናይ ልምዓት ትልምታት ሓንቲፁ ንክፀድቕ የቕርብ።
7. ኣብቲ ቀበሌ ወይ ጣብያ ዝካየዱ ትልምታት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ስራሕ ምውዓሎም ይቆፃፀር

8. ስራሕቲ ዕቀባ፣ ክንክን ልምዓትን ተፈጥራዊ ሃብቲ ብዝለዓለ ደረጃ ንኽካየድ ይገብር።
9. ኣብቲ ከባቢ ንዝርከቡ ቅርስታት ሓለዋን ክንክንን ይገብር፣ ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ዝኽእሉ መንገዲ ንላዕለዎት ኣካላት የፍልጥ።
10. ሰላምን ፀጥታን ቀበሌ ወይ ጣብያ ከምዝሕሎ ይገብር።

**ዓንቀፅ 87**

**ስልጣንን ተግባርን ኣቦ መንበር ቀበሌ ወይ ጣብያ**

1. ተፀዋዕነት ኣቦ መንበር ቀበሌ ወይ ጣብያ ንስራሕ መፈፀሚ ኮሚቴ ባይቶ ቀበሌ ወይ ጣብያን ንስራሕ መፈፀሚ ኮሚቴ ወረዳን ይኸውን
2. ተፀዋዕነት ሓላፊ ንምምሕዳር ቀበሌ ይኸውን
3. ኣኼባታት ባይቶን ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ቀበሌ ወይ ጣብያ ይመርሕ
4. ካብ ላዕለዎት ኣካላት ንዝመፁ ሕግታት፣ ደንብታት፣ መምርሒታት፣ ፖሊሲታትን ትልምታትን ተቐቢሉ ኣብ ስራሕ ምውዓሎም ይቆፃፀር
5. ንኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ባይቶን ቀበሌ ወይ ጣብያ ፣ ከምኡ'ውን ንኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ወረዳ ናይ ስራሕ ፀብፃብ የቕርብ።
6. ኮሚቴታት መፈፀምቲ ስራሕ ኣብያተ ምኽሪ ቀበሌን ወረዳን ንዝህብዎ ካልኦት ተግባራት ተቐቢሉ ኣብ ስራሕ የውዕል።

**ዓንቀፅ 88**

**ስልጣንን ተግባርን ምክትል ኣቦ መንበር ቀበሌ ወይ ጣብያ**

1. ኣቦ መንበር ኣብ ዘይህልወሉ ንዕኡ ተኪኡ ይሰርሕ
2. ብኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ብኣቦ መንበርን ተነፂሮም ንዝወሃብዎ ካልኦት ተግባራት ኣብ ስራሕ የውዕል

**ዓንቀፅ 89**

**ስልጣንን ተግባርን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ቀበሌ ወይ ጣብያ**

1. ናይ ቀበሌ ወይ ጣብያ ማሕበራዊ ናይ ፍርዲ ኣካል እዩ
2. ብባይቶ ቀበሌ ወይ ጣብያ ይምረፅ
3. ናይ ስራሕ ዘበኑ ከምናይ ባይቶ ቀበሌ ወይ ጣብያ ይኸውን

**ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ**

**ናይዚ ብሄራዊ ክልል ፖሊሲ መትከላት**

**ዓንቀፅ 90**

1. ዝኾነ ናይ መንግስቲ ኣካል፣ ሕገ መንግስታት ፌደራልን ብሄራዊ ክልልን ፣ ካልኦት ሕግታትን ፖሊሲታትን ኣብ ስራሕ ከውዕል እንከሎ ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ኣብ ዝተሓበሩ መትከላት ክድረኽ ኣለዎ።
2. ኣብ ውሽጢ'ዚ ምዕራፍ መንግስቲ ማለት ናይ'ዚ ብሄራዊ ክልል ምምሕዳር መንግስቲ ማለት ይኸውን፦

**ዓንቀፅ 91**

**ፖለቲካዊ ተንከፍ ዕላማታት**

1. መንግስቲ ኣብ ዲሞክራሲያዊ መትከላት ብምድራኽ ህዝቢ ኣብ ኩሎም ብርክታት ባዕሉ ንባዕሉ ዝመሓደረሉ ኩነት ከመቻችው ኣለዎ
2. መንግስቲ መንነት ብሄረሰባትን ህዝብታትን ናይ ምኽባር፣ ኣብዚ ተደሪኹ ኣብ መንጎኦም ስጡም ማዕርነት፣ ሓድነትን ሕውነትን ናይ ምዋንኻር ግቡእ ኣለዎ። ብፍላይ ኣዝዮም ንዘይማዕበሉ ብሄረሰባት ፍሉይ ቆላሕታ ብምግባር ማዕርነቶም ክረጋገፅ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 92**

**ኢኮኖሚ ተንከፍ ዕላማታት**

1. መንግስቲ ኩሎም ነበርቲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ብዘለዎም ፍልጠትን ሃብትን ተጠቀምቲ ዝኾንሉ መንገዲ ናይ ምትላም ሓላፊነት ኣለዎ።
2. መንግስቲ ኢኮኖሚያዊ ኩነታት ነበርቲ'ዚ ብሄራዊ ክልል ንምምሕያሽ፣ ማዕረ ዕድል ንኽህልዎም ንምግባርን ሃብቲ ፍትሓዊ ብዝኾነ መንገዲ ዝከፋፈለሉን ኩነታት ከመቻችው ኣለዎ።
3. መንግስቲ ንዘይማዕበለ ብሄረሰባት ፍሉይ ደገፍ ይገብር
4. ተፈጥሮኣዊን ሰብ ሰራሕን ሓደጋ ንኸይበፅሕ ክከላኸልን ሓደጋ ክበፅሕ እንከሎ ነቲ ዝተጎድኦ ብእዋኑ ሓገዝ ንኽበፅሕ ክገብርን ኣለዎ።
5. መንግስቲ መሬትን ሃብቲ ተፈጥሮን ብሽም ህዝቢ ኣብ ቁፅፅር ብምግባር ንሓበራዊ ረብሓ ህዝቢ ንኽውዕል ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ
6. ፖሊሲታትን መደባትን ልምዓት'ዚ ብሄራዊ ክልል ክዳለዉ እንከለዉ ህዝቢ ንኽሳተፍ ክገብር ኣለዎ፤ ምንቅስቓስ ልምዓት ህዝቢ ክድግፍ ኣለዎ
7. መንግስቲ ፍልጠት፣ ጉልበትን ገንዘብን ህዝቢ ብምውዳድ፣ ቅልጡፍ ልምዓት ዝረጋገፀሉ መንገዲ ክትልም ኣለዎ፤ ህዝቢ ኣብ ምንቅስቓስ ኢኮኖሚ'ዚ ብሄራዊ ክልል ዝዓዘዘ እጃም ንኽህልዎ ክገብር ኣለዎ። ስለዝኾነ ህዝቢ፣ ኣብ ምሕንፃፅ መደባት፣ ትልምታትን ፖሊሲታትን ጥራሕ ዘይኮነስ ተግባራዊ ኣብ ምግባርን ኣብ ምግምጋምን'ውን ክሳተፍ ኣለዎ።

8. መንግስቲ ኣብ ምንቅስቓስ ልምዓት፣ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ዝሳተፉሉ ኩነታት ናይ ምትዕርራይ ሓላፊነት ኣለዎ።
9. ጥዕና፣ ድሕንነትን ምምሕያሽ መነባብሮን ሰራሕተኛ ህዝቢ ንምሕላው ፃዕሪ ክገብር ኣለዎ።

ዓንቀፅ 93

ማሕበራዊ ተንከፍ ዕላማታት

1. ዓቕሚ ሃገርን እዚ ብሄራዊ ክልልን ብዝፈቐዶ፣ ነበርቲ እዚ ብሄራዊ ክልል ኣገልግሎት ትምህርትን ጥዕናን፣ ናይ ፅሩይ ማይን መንበሪ ገዛን ማሕበራዊ ውሕስነትን ንኽህልዎም ይገብር
2. ትምህርቲ ካብ ሃይማኖትን ካብ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ከምኡ'ውን ካብ ባህላዊ ፅዕንቶታት ነፃ ብዝኾነ መንገዲ ይካየድ።

ዓንቀፅ 94

ባህሊ ተንከፍ ዕላማታት

1. ሓለዋ ሃብቲ ተፈጥሮን ታሪኻዊ ቅርስታትን ናይ መንግስትን ናይ ኹሎም ነበርቲ'ዚ ክልልን ግቡእ እዩ።
2. መንግስቲ ዓቕሚ ብዝፈቐዶ ኪነጥበብ፣ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ናይ ምስፍሕፋሕ ግቡእ ኣለዎ።
3. መንግስቲ መሰረታዊ መሰላትን ሰብኣዊ ክብርን ከምኡ'ውን ነቲ ዲሞክራሲያዊ ሕገ መንግስቲ ዘይጓነፁ ባህልታትን ልምድታትን ንኽምዕብሉን ንኽዓብዩን ናይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ኣለዎ።

ዓንቀፅ 95

ዕላማታት ሓለዋ ከባቢያዊ ድሕንነት

1. መንግስቲ ኩሎም ነበርቲ'ዚ ብሄራዊ ንፁህን ጥዑይን ከባቢ ንኽህልዎም ፃዕሪ ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ
2. ዝኾነ ይኹን ስጉምቲ ልምዓት ኢኮኖሚ ናይ ከባቢ ድሕንነት ዘየናውፅ ክኸውን ኣለዎ
3. ናይ ህዝቢ ከባብያዊ ድሕንነት ብዝምልከት ፖሊሲን መደባትን ኣብ ዝሕንፀፀሉን ኣብ ስራሕ ኣብ ዝውዕለሉን እዋን ዝምልከቶ ህዝቢ ሓሳቡ ንክገልፅ ክግበር ኣለዎ።
4. መንግስትን ነበርቲ'ዚ ብሄራዊ ክልልን ከባቢኦም ናይ ምክንኻን ግቡእ ኣለዎም።

ምዕራፍ ዓሰርተ ኸልተ

ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

ዓንቀፅ 96

ኣዋጅ ህፁፅ እዋን

1. ኣዋጅ ህፁፅ እዋን ብኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ እዚ ብሄራዊ ክልል ምስ ተኣወጀ ናብ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል ካብ 10-15 መዓልትታት ኣብ ዘሎ ግዘ ቀሪቡ ቤት ምኽሪ ክምርምሮ ክግበር ኣለዎ።
2. ኣዋጅ ህፁፅ እዋን ኣብ ዝእወጀሉ ግዘ ነቲ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን መበገሲ ዝኾነ ኩነታት ንምውጋድ ግድን ኮይኑ እንተተረኺቡ፣ ፖለቲካውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ክሳብ ምግዳብ ክበፃሕ ይከኣል'ዩ። ይኹን እምበር ብዝኾነ ዓይነት መንገዲ ኣብ ውሽጢ ሕገ መንግስቲ ኣብ ዓንቀፅ 19፣ ዓንቀፅ 26፣ ከምኡ'ውን ዓነቀፅ 14 ዝሰፈሩ መሰላት ክትንከፉ የብሎምን።
3. ናይ'ዚ ቤት ምኽሪ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን ኣብ ዝእወጀሉ ግዘ ኣደላዪ ኮይኑ እንትረኽቦ ካብ ኣባላቱን ካብ ሰብ ሙያ ሕግን ዝመርያም 7 ሰባት ዝሓዘ መርማሪ ቦርድ ኣፈፃፅማ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን ከቕውም ይኽእል'ዩ፡እዚ ቦርድ እቲ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን ብቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል ምስ ፀደቐ ዝ ቐውም ይኸውን።

ዓንቀፅ 97

ስልጣንን ሓላፍነትን መርማሪ ቦርድ

1. ኣዋጅ ህፁፅ እዋን ኣብ ዝተኣወጀሉ ግዘ ዝውሰዱ ስጉምትታት ብዝኾነ ዓይነት መንገዲ ኢሰብኣዊ ዘይምኻኖም ምቁፅፃርን ምክትታልን
2. ኣብ እዋን ህፁፅ ኣዋጅ ዝተወሰደ ስጉምቲ ኢሰብኣዊ ምኻኑ እንተኣሚንሉ ርእሰ ምምሕዳር ወይ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ'ዚ ክልል ከስተኻኽልዎ ሓሳብ የቕርብ
3. ኣብ እዋን ህፁፅ እዋን ኢሰብኣዊ ስጉምቲ ዝወሰዱ ኩሎም ናብ ፍርዲ ክቐርቡ ይገብር።
4. ኣዋጅ ህፁፅ እዋን ክቕፅል ናብ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ከም ሕቶ እንተቐርብ ዘለዎ ርኢቶ ናብ ቤት ምኽሪ የቕርብ።

**ዓንቀፅ 98**

**ዋና ኦዲተር እዚ ብሄራዊ ክልል**

1. ዋና ኦዲተር'ዚ ብሄራዊ ክልል ብመቕረባይነት ርእሰ ምምሕዳር ብቤት ምኽሪ'ዚ ብሄራዊ ክልል ይሽየም
2. ዋና ኦዲተር'ዚ ክልል ሒሳብ ትካላትን ኣብያተ ፅሕፈታትን ምምሕዳር'ዚ ብሄራዊ ክልል ብምቁፅፃር ብቤት ምኽሪ'ዚ ብሄራዊ ክልል ዝተመደበ ዓመታዊ በጀት ፣ በቲ በጀት ዓመት ንኽሰርሖ ኣብ ዝተወሰኑ ስራሖቲ ብዝግባእ ምውዓሉ ናብ ቤት ምኽሪ ፀብፃብ የቕርብ
3. ዋና ኦዲተር'ዚ ብሄራዊ ክልል በጀት ቤት ፅሕፈቱ ብቐጥታ ናብ ቤት ምኽሪ እዚ ብሄራዊ ክልል ኣቕሪቡ የፅድቕ።
4. ዝርዝር ተግባር ዋና ኦዲተር ብሕጊ ይውሰን።

**ዓንቀፅ 99**

**ብዛዕባ ምምሕያሽ'ዚ ሕገ መንግስቲ**

ድንጋገታት ሕገ መንግስቲ ክመሓየሹ ዝኽእሉ ዝቐረበ መመሓየሺ ሓሳብ ብሰለስተ ርብዒ ኣባላት ቤት ምኽሪ እዚ ብሄረዊ ክልል እንተፀድቕ እዩ።

**ዓንቀፅ 100**

**ናይ መጨረሻ ሕጋዊ ፍልጦ ዝህልዎ ቅዳሕ**

ናይዚ ሕገ መንግስቲ ናይ ትግርኛ ቅዳሕ ናይ መጨረሻ ፍልጦ ዘለዎ ሰነድ እዩ።

www.abyssinialaw.com

2ይ ዓመት ቁፅሪ 8

2ኛ ዓመት ቁጥር 8

መቐለ መስከረም 1987 ዓ.ም

ኣብ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ የሽግግር መንግስት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

ናይ ሓደ ዋጋ 0.75 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቑፅሪ 8
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 8
ገጽ 1

## ቁፅሪ ኣዋጅ 8/1987 ዓ/ም

## ዝተወድኡን ኣብ ከይዲ ዝርከቡን ጉዳያት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ

ደርግ ሙሉእ ብሙሉእ ካብ ትግራይ ተፀራሪጉ ቅድሚ ምውፅኡ ይኹን ድሕሪኡን ካብ ሕብረተሰብና ይርኣዩ ዝነበሩ ናይ ፍትሒ ዋኒናት ኣብቲ ግዘ ክሰርሓሉ ዝኽእል ፍታሓት ዝህብ ብዓብዪ ስሉጥን ካብ ቅንዕና ዝብገስ ናይ ፍትሒ ኣሰራርሓን ተግባራትን ነይሮም እዮም። ስለዝኾነ'ውን ሕብረተሰብና ማሕበራዊን ቁጠባዊን ርክባቱ ዝምርሓሉን ዝውሰነሉን 'ስሪት' ብምባል ዝፍለጥ ኣዋጅ ብሰፊሑ ክሰርሐ ዝፀንሐን ነቲ ኣዋጅ ብተግባር ዝፍፅሙ ዝተመረፁ ናይ ዳይነት ኣካላት'ውን ምቛሞም ዝፍለጥ እዩ።

ይኹን'ምበር እቲ ዝተጠቐሰ ኣዋጅ ብዘለዎ ውሱን ትሕዝቶ እቲ ሕዚ ሕብረተሰብና ዝርከበሉ ገፊሕ ማሕበር ቁጠባዊ ስርዓት ዝፈጠሮም ዝተሓላለኹ ናይ ሕጊ ሕቶታት ብሙሉኣነት ምላሽ ክህብ ዘይኽእል ምኳኑ ስለዝተበፅሓሉ እቲ ስሪትን ነቲ ስሪት ፈፀምቲ ዝነበሩ ናይ ዳይነት ኣካላት ሕግታትን ደንብታትን ከምኡ'ውን ናይ ዳይነት ኣካላት ምትካእ ኣድላዪ ኮይኑ ብምርካቡ ኣዋጅ ተኣዊጁ ኣሎ።

ብዛዕባ ዝተወድኡን ኣብ ከይዲ ዝርከቡን ዋኒናት ንምውሳን ብፈፃሚት ኮሚቴ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 1/1985

## አዋጅ ቁጥር 8/1987 ዓ.ም

## ፍፃሜ ያገኙትንና በሂደት የሚገኙት ጉዳዮችን ለመወሰን የወጣ አዋጅ

ደርግ ሙሉ በሙሉ ከትግራይ ከመውጣቱ በፊትም ይሁን በኋላ በህብረተሰባችን ይታዩ ለነበሩ የፍትህ ጉዳዮች በጊዜው በስራ ሊውል የሚችል፣ መፍትሄ የሚሰጥ ከቅንነት የመነጨ የፍትህ አሰራርና ተግባር ነበር። ስለሆነም ህብረተሰባችን የማህበራዊ ግንኙነቱን የሚመራበትና የሚወስንበት 'ስሪት' በመባል የሚታወቀውን ድንጋጌ በሰፊው ሲሰራበት የቆየና ድንጋጌውን በተግባር የሚተረጉሙ የተመረጡ የዳኝነት አካላት መቋቋማቸው የታወቀ ነው።

ይሁን እንጂ የተጠቀሰውን አዋጅ ባለው ውሱን ይዘት አሁን ህብረተሰባችን በሚገኝበት ሰፊ ማህበራዊ ስርዓት የፈጠራቸው ውስብስብ የህግ ጥያቄዎች በሙሉነት ምላሽ ለመስጠት የማይችል መሆኑ ስለተደረሰበት ስሪቱና ለስሪቱ ፈፃሚዎች የነበሩ ህጎችና ደንቦች እንዲሁም የዳኝነት አካላት መተካት አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ ፍፃሜ ያገኙትን በሂደት የሚገኙ ጉዳዮችን ለመወሰን የክልል ትግራይ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ያወጣውን ድንጋጌ ቁ.1/1985 የተወሰነ ማሻሻያ ተደርጎበት በትግራይ ክልል ሕገ መንግስት ዓንቀፅ 35/1

ዝተወሰነ ምምሕያሽ ተገይሩሉ ብሕጊ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 35/1 መሰረት ኣዋጅ ኮይኑ ወፂኡ ኣሎ።

**ዓንቀፅ ሓደ** **ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ'ዚ ዝተወድኡን ኣብ ከይዲ ዝርከቡን ዋኒናት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 8/1987 ዓ.ም ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

**ዓንቀፅ ክልተ** **ትርጉም**

1. 'ስራት' ማለት ደርግ ቅድሚ ምውዳቑ ኾነ ድሕሪ ምውዳቑ ነቶም ዝነበሩ ስርዓት ሕግታትን ደንብታትን ተኪኡ ኣብ ክልል ትግራይ ክሳብ ሕዚ ዝስርሓሉ ዝፀንሐ ናይ ሕግታት ደንብታትን ክምኡ'ወን ናይ ኣሰራርሓ ስርዓት እዩ።
2. 'ፍርዲ ባይቶ' ብመሰረት ኣሰራርሓ ስራት በብደረጅኡ ተጣይሾም ናይ ፍርዲ ስራሕቲ ክሰርሑ ዝፀንሑ ናይ ዳይነት ኣካላት እዮም።
3. 'ስርዓት፣ ሕግታትን ደንብታትን' ማለት ቅድም ክብል ብደረጃ ኢትዮጵያ ክስርሓሎም ዝፀንሑ ይኹን ሓደስቲ ዝወፅኡ ሕግታት ደንብታትን ዘጠቓልል ኾይኑ ነቲ ሕገ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዘይጻነፅን ብቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ብዝወፅኡ ኣዋጃት ውድቂ ዘይተገበሩ እዮም።

**ዓንቀፅ ሰለስተ** **ምፍራስ ፍርዲ ባይቶን ምትካእ ስራትን**

1. እቲ ቅድሚ ምውዳቅ ደርግ ይኹን ብድሕሪኡ ኣብ ሙሉእ ክልል ትግራይ ክስርሓሉ ዝፀንሐ ስራት እዚ ኣዋጅ ካብ ዝወፀሉ ግዘ ጀሚሩ ብስሩዕ ሕግታት ኢትዮጵያ ተተኪኡ ኣሎ።
2. በቲ ስራት መሰረት ኣብ ዝተፈላለዩ ብርኪ ቆይሞም ክሰርሑ ዝፀንሑ ፍርዲ ባይቶታትን ክጥቀመሎም ዝፀንሑ ናይ ኣሰራርሓ ስርዓታትን ዝተተኽሉ ኾይኖም ኣብ ክንደኦም ድማ ኣብያተ ፍርዲ ንምጅማር ብዝወፀእ ኣዋጅ ቁፅሪ 3/1985 ዓ.ም ዝቖመ ኣብያተ ፍርዲ ተተኪኦም ኣለዉ።
3. እዚ ኣዋጅ ካብ ዝወፀሉ ግዘ ጀሚሩ ናይ ፍርዲ ዋኒናት ዝቐርብሉ ናብ ስሩዕ ኣብያተ ፍርዲ ይኸውን።

**ዓንቀፅ ኣርባዕተ** **ብመሰረት እቲ ዝተስዓረ ስራት ተረኺቦም ዝነበሩ መሰላትን**

መሰረት ኣዋጅ ሆኖ እንደሚከተለው ወጥቷል።

**አንቀፅ አንድ** **አጭር ርእስ**

1. ይህ አዋጅ ፍፃሜ ያገኙትንና በሂደት የሚገኙትን ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 8/1987 ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**አንቀፅ ሁለት** **ትርጉም**

1. 'ስራት' ማለት ደርግ ከመውደቁ በፊትም ሆነ በኋላ ለነበሩ የህግና የደንብ ስርዓቶችን ተክቶ በትግራይ ክልል እስከ አሁን ሲሰራበት የቆየ የህግና ደንቦች እንዲሁም የአሰራር ስርዓት ነው።
2. 'የፍርድ ባይቶ' ማለት በስራት አሰራር መሰረት በየደረጃው ተቋቁመው የፍርድ ስራዎችን ሲሰሩ የቆዩ የዳኝነት አካላት ናቸው።
3. 'ስርዓት፣ ህጎችና፣ ደንቦች' ማለት ቀደም ብሎ በኢትዮጵያ ደረጃ ሲሰራባቸው የቆዩ ይሁኑ አዲስ የወጡ ህጎችና ደንቦች ያጠቃለለ ሆኖ ከትግራይ ክልል ህገ መንግስት የማይቃረኑና በትግራይ ክልል ምክር ቤት የወጡ አዋጆችን ውድቅ ያልሆኑ ናቸው።

**አንቀፅ ሶስት** **የፍርድ ባይቶ መፍረስና የስራት መተካት**

1. ከደርግ መውደቅ በፊት ይሁን በኋላ በትግራይ ክልል ሲሰራበት የቆየ ስራት ይህ አዋጅ ከወጣበት ጊዜ ጀምሮ በመደበኛው የኢትዮጵያ ሕጎች ተተክቷል።
2. በስራቱ መሰረት በተለያዩ ደረጃዎች ተቋቁመው ሲሰሩ የቆዩ የፍርድ ባይቶዎችና ሲጠቀሙባቸው የቆዩ የአሰራር ስርአቶች የተተኩ ሆነው በምትካቸው ፍርድ ቤቶችን ለመጀመር በወጣው አዋጅ ቁጥር 3/1985 ዓ.ም የተቋቋሙትን ፍርድ ቤቶች ተተክተዋል።
3. ይህ አዋጅ ከወጣበት ጊዜ ጀምሮ የፍርድ ጉዳዮች የሚቀርቡት ለመደበኛ ፍርድ ቤት ይሆናል።

**አንቀፅ አራት** **በተሻረው ስራት መሰረት ተገኝተው የነበሩ መብቶች**

1. ስርዓት ሕግታት እንደገና ኣብ ስራሕ ቅድሚ ምውዓሎም በቲ ተሳዕረ ስሪት መሰረት ተረኺቦም ዝነበሩ መሰላት ፅኑዓትን ቅቡላትን እዮም።
2. ስርዓት ሕግታት ኣብ ስራሕ ቅድሚ ምውዓሎም ብመሰረት እቲ ዝተሰዓረ ስሪት ተረኺቦም ዝነበሩ ሕጋዊያን ኩነታት ዝሰዓብዎ ውፅኢታት እቲ ስሩዕ ሕጊ ዝልውጦም ኣይኸውንን።

**ዓንቀፅ ሓሙሽተ <u>ብኽፊል ብዛዕባ ዝተፈፀሙ ሕጋዊ ኩነታት</u>**

ብስሪት ተጀሚሮም ውሳነ ዘይረኸቡ ሕጋዊ ኩነታት እቲ ዘይተወድአ ክፋሎም ብዝምልከት ጥራሕ ብስሩዕ ሕግታትን ደንብታትን ዝረአ ይኸውን።

**ዓንቀፅ ሽዱሽተ <u>ናይ ግዘ ወሰን</u>**

ቅድሚ ስሩዕ ሕጊ እንደገና ኣብ ስራሕ ምውዓሉ በቲ ስሪት መሰረት ውሳነ ተዋሂቡዎም ግዚኦም'ውን ኣብቲ ስሪት ተወሲኑ ብዘሎ መሰረት ዝሓለፎም ዋኒናት ኩሎም ውዱኣት እዮም።

**ዓንቀፅ ሸውዓተ <u>ዋኒናት ገበንን ኣፈፃፅመኦምን</u>**

1. ብመሰረት ዝተተክአ ስሪትን ዝፈረሱ ፍርዲ ባይቶታትን ናይ ገበን ክሲ ቀሪብዎም በብደረጃኡ እናተርኣየ መፂኡ ኣብ መወዳእታ ናይ መጨረሻ ዕልባት ናይ ምሃብ ስልጣን ዝነበሮ ኣካል ተራእዮም ዝሃለቑ ዋኒናት እንደገና ብስሩዕ ቤት ፍርዲ ዝርአዩ ኣይኾኑን።
2. ብምኽንያት ዝተፈላለየ ገበን ምፍፃም ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ውዒሎም ይኹን እንተይወዓሉ እንዳሃለዉ ብእዋኑ ምሕረት ናይ ምግባር ስልጣን ብዝነበሮ ኣካል ምሕረት ዝተገበረሎም ገበነኛታት ኩሎም በቲ ምሐረት ዝረኸብሉ ገበን እንደገና ዝሕተቱ ኣይኮኑን።
3. ገና ዘይቐረቡን ቀሪቦም ኣብ ከይዲ ዝርከቡ ናይ ገበን ዋኒናት ኩሎም እዚ ኣዋጅ ካብ ዝወፀሉ ግዘ ጀሚሩ ዝርኣዩ ብስሩዕ ገበነኛ መቅፅዒ ሕጊ ይኸውን።
4. ከምኡ'ውን እዚ ኣዋጅ ድሕሪ ምውፅኡ ዝፍፀሙ ገበናት ኩሎም ዝርኣዩ በቲ ስሩዕ ገበነኛ መቅፅዒ ሕጊ ይኸውን።

**ዓንቀፅ ሸሞንተ <u>ብስሪት ተወሲኖም ቅፅዓቶም ዘይተፈፀመ ገበናት</u>**

1. የህጎች ስርዓት እንደገና ስራ ላይ ከመዋላቸው በፊት በተሻረው ስሪት መሰረት ተገኝተው የነበሩ መብቶች የፀኑ ናቸው።
2. የህጎች ስርዓት በስራ ላይ ከመዋላቸው በፊት በተሻረው ስሪት መሰረት ተገኝተው የነበሩ ህጋዊ ሁኔታዎች የሚያመጡት ውጤት መደበኛው ህግ የሚለውጠው አይሆንም።

**አንቀፅ አምስት <u>በከፊል ስለተፈፀመ ሕጋዊነት</u>**

በስሪት የተጀመረው ውሳኔ ያላገኙ ህጋዊ ሁኔታዎች ያላለቀውን ክፍል በሚመለከት ብቻ በመደበኛ ህጎችና ደንቦች የሚታይ ይሆናል።

**አንቀፅ ስድስት <u>የጊዜ ወሰን</u>**

መደበኛው ህግ እንደገና ስራ ላይ ከመዋሉ በፊት በስሪት መሰረት ውሳኔ ተሰጥቶዋቸው ጊዜያቸውንም በስሪቱ ተወስኖ ባለው መሰረት ያለፈባቸው ጉዳዮች ሁሉ ያለቀላቸው ናቸው።

**አንቀፅ ሰባት <u>የወንጀል ጉዳዮችና አፈፃፀማቸው</u>**

1. በተሻረው ስሪት በፍርድ ባይቶዎች የወንጀል ክስ ቀርቦባቸው በየደረጃው እየታዩ መጥተው በመጨረሻ የመጨረሻ ውሳኔ የመስጠት ስልጣን በነበረው አካል ታይተው ያለቀላቸው ጉዳዮች እንደገና በመደበኛ ፍርድ ቤት የሚታዩ አይሆኑም።
2. በተለያዩ ወንጀሎች መፈፀምምክንያት በቁጥጥር ስር ውለውም ሆነ በቁጥጥር ስር ሳይውሉ በጊዜው ምህረት የማድረግ ስልጣን በነበረው አካል ምህረት የተደረገላቸው ወንጀሎች ሁሉ ምህረት ላገኙበት ወንጀል ተጠያቂዎች አይሆኑም።
3. ገና ያልቀረቡና ቀርበው በሂደት የሚገኙ የወንጀል ጉዳዮች ሁሉ ይህ አዋጅ ከወጣበት ጊዜ ጀምሮ የሚታዩት በመደበኛው ወንጀለኛ መቅጫ ህግ ነው።
4. እንዲሁም ይህ አዋጅ ከመውጣቱ በኋላ ለሚፈፀሙ ወንጀሎች ሁሉ የሚታዩት በመደበኛ ወንጀለኛ መቅጫ ሕግ ነው።

**አንቀፅ ስምንት <u>በስሪት ተወስነው ቅጣታቸው ያልተፈፀመ ወንጀሎች</u>**

1. ሓደ ቅፅዓት እንዳፈፀመ ዝርከብ እስረኛ እዚ ሕጊ እንደገና ኣብ ስራሕ ክውዕል ብዘተገበረሉ ግዘ ምስቲ ዝተቐፅዓሉ ገበን ዝተተሓሓዘ ግና ብእዋኑ ዘይተፈለጠ ገበን ፈፂሙ እንንተተረኺቡ'ሞ እቲ ዝፈፀሞ ገበን ናይ ናፅነት መሰሉ ዘስእኖ ኾይኑ እንተተረኪቡ ቤት ፍርዲ ናይ ክልቲኡ ድምር ብመሰረት መቕፅዒ ገበነኛ ሕጊ ዓንቀፅ 191 ውሳነ ብምሃብ ቅድም ኢሉ ዝፈፀሞ ናይ ማእሰርቲ መቕፃዕቲ ድማ ዝቐነሰሉ ይኸውን።

2. ስሩዕ መቕፅዒ ገበነኛ ሕጊ ኣብ ስራሕ እንደገና ካብ ዝወዓለሉ እዋን ጀሚሩ ቅፅዓት ዝፍፀሞ ብመሰረት ስሩዕ መቕፅዒ ገበነኛ ሕጊ ይኸውን።

**ዓንቀፅ ትሽዓተ** <u>**ናብ ስሩዕ ቤት ፍርዲ ክቐርቡ ዘይኽእሉ ዋኒናት**</u>

1. ቅድሚ'ዚ ኣዋጅ ምውፅኡ ብዝነበረ ሕግን ናይ ኣሰራርሓ ስርዓትን መሰረት ስልጣን ብዝነበሮ ኣካል ተወሲኖም መዕለቢ ዝተገበረሎም ዋኒናት ውዱኣት ኮይኖም ከምሓዱሽ ናብ ዝቖሙ ስሩዓት ኣብያተ ፍርዲ ቀሪቦም ዳግም ክርኣዩ ኣይኽእሉን።
2. ሀ. ናይ ዝተወድኡ ዋኒናት ናይ ውሳነ ቅዳሕ ምቅራብ ዘይከኣል እንትኸውን እቲ ዋኒን ከምዝተወሰነ ብዝፈልጡ ዝኾኑ ሰለስተ መሰኻኽር ወይ ብቶም ውሳነ ዝሃቡ ሰባት ወይከኣ ኣካላት ምስክርነት ክረጋገፅ ይከኣል እዩ።
   ለ. ናይ መሬት ዋንነት መረጋገፂ ብዝምልከት ቨርባል (መረጋገፂ ወረቐት) ምቅራብ ዘይከኣል እንትኸውን መሬት እንትምቀል ብዝነበሩን ብዝፈልጡን ሰለስተ ሰባት መሰኻኽር ወይ ብቶም ዝነበሩ መቐልቲ መሬት ክረጋገፅ ይከኣል እዩ።

**ዓንቀፅ ዓሰርተ** <u>**ኣብ ከይዲ ዝርከቡ ዋኒናት**</u>

ኣብ ጣብያ፣ ወረዳ፣ ዞባን ክልል ብቐጥታ ብክሲ መልክዕ ይኹን ብይግባይ ወይ ከኣ ብኣፈፃፅማ ቐሪቦም ኣብ ከይዲ ዝርከቡ ዋኒናት እዚ ኣዋጅ ካብ ዝወፀሉ ግዘ ጀሚሩ ኣብ ተመሳሰልቲ ብርክታት ናብ ዝርከቡ ስሩዓት ኣብያተ ፍርዲ ተዛዊሮም እናተርኣዩ ዝውሰኑ ይኾኑ።

**ዓንቀፅ ዓሰርተ ሓደ** <u>**ብዛዕባ ምርኽኻብ**</u>

1. አንድ ቅጣቱ በመፈፀም ላይ የሚገኝ እስረኛ መደበኛውን ህግ እንደገና በስራ ላይ እንዲውል በተደረገበት ጊዜ ከተቀጣበት ወንጀል የተያያዘ፣ ነገር ግን በጊዜው ያልታወቀ ወንጀል ፈፅሞ ቢገኝም የፈፀመውን ወንጀል ደግሞ የነፃነት መብቱን የሚያሳጣው ሆኖ ከተገኘ ፍርድ ቤቱ የሁለቱ ድምር በወንጀለኛ መቅጫ ህግ አንቀፅ 191 መሰረት ውሳኔ በመስጠት ቀደም ብሎ የፈፀመው የእስር ቅጣት የሚቀነስበት ይሆናል።
2. በመደበኛው ወንጀለኛ መቅጫ በስራ እንደገና ከዋለበት ጊዜ ጀምሮ ቅጣት የሚፈፀመው በመደበኛው ወንጀለኛ መቅጫ ይሆናል።

**አንቀፅ ዘጠኝ** <u>**ለመደበኛ ፍርድ ቤት መቅረብ የማይችሉ ጉዳዮች**</u>

1. ይህ አዋጅ ከመውጣቱ በፊት በነበረው ህግና የአሰራር ስርዓት ስልጣን በነበረው አካል ተወስነው ያለቀላቸው ጉዳያች ያለቀላቸው ሆነው እንደ አዲስ የተቋቋሙትን መደበኛ ፍርድ ቤቶች ቀርበው ሁለተኛ ሊታዩ አይችሉም።
2. ሀ. ፍፃሜ ያገኙት ጉዳዮች የውሳኔ ቅጁ ማቅረብ የማይቻል ሲሆን ጉዳዩ እንደተወሰነ በሚያውቁ ሶስት ምስክሮች ወይም ውሳኔ በሰጡ ግለሰቦች ወይም አካላት ምስክርነት ሊረጋገጥ ይችላል።
   ለ. የመሬት ባለቤትነት ማረጋገጫ በተመለከተ ቨልቫል (ማረጋገጫ ወረቀት) ማቅረብ የማይቻል ሲሆን መሬት ሲታደል (ሲሸነሸን) በቦታው በነበሩና በሚያውቁ ሶስት ምስክሮች ወይም መሬት አዳዮች(ሸንሻኞች) በነበሩ ግለሰቦች ሊረጋገጥ ይችላል።

**አንቀፅ አስር** <u>**በሂደት የሚገኙ ጉዳዮች**</u>

በጣቢያ፣ ወረዳ ፣ ዞንና ክልል በቀጥታ በክስ መልክ ሆነ በይግባኝ ወይም በአፈፃፀም ቀርበው በሂደት የሚገኙ ጉዳዮች ይህ አዋጅ ከወጣበት ጊዜ ጀምሮ በተመሳሳይ ደረጃዎች ለሚገኙ ፍርድ ቤቶች ተዛውረው እየታዩ የሚወሰኑ ይሆናሉ።

**አንቀፅ አስራ አንድ** <u>**ስለ ርክክብ**</u>

እቶም ኣብ ዓንቀፅ 10 ዝተገለፁ ዋኒናት እዚ ኣዋጅ ካብ ዝወፀሉ ጊዜ ጀሚሩ ኣብ ዓሰርተ መዓልቲ ውሽጢ ነናብ ዝምልከቶም ኣብያተ ፍርዲ ክመሓላለፍ ዝግበኦ እንትኸውን ኣፈፃፅምኡ'ውን እቲ ናይ ክፍሊ ፍትሒ ዝጥምት(ዝምልከት) ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ምምሕዳር ብርኪ ዝርከብ ኣባል ፈፃሚት ኮሚቴ ስራሕ ኣረኻኽቢነት ዝፍፀም ይኸውን።

**ዓንቀፅ ዓሰርተ ክልተ ስልጣን ኣብያተ ፍርዲ**

1. ብመሰረት ፍትሃብሄር ስነ ስርዓት ሕጊ ቁፅሪ 13 ን 14 ንወረዳን ንኣውራጃን ኣብያተ ፍርዲ ተዋሂቡ ዝነበረ ናይ ፍረ ነገር ስልጣን ኩሉ ንወረዳ ኣብያተ ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ።
2. ኣብ ዓንቀፅ 18 ፍትሃብሄር ስነ ስረዓት ሕጊ ግምቱ ብዛዕባ ዘይፍለጥ ሃብቲ ናብ ኣውራጃ ቤት ፍርዲ ንክቐርብ ተባሂሉ ዝነበረ በዚ ኣዋጅ'ዚ ንወረዳ ቤት ፍርዲ ንክቐርብ ተገይሩ'ሎ።
3. ብመቅፅዒ ገበን ሕጊ ስነ ስርዓት ቀዳማይ ሰደቓ ንኣውራጃ ቤት ፍርዲ ተዋሂቡ ዝነበረ ገበን ናይ ምርኣይ ስልጣን በዚ ኣዋጅ'ዚ ንወረዳ ቤት ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ።

**ዓንቀፅ ዓሰርተ ሰለስተ ክፍሊት ዳይነት**

1. ዝኾነ ናብ ቤት ፍርዲ ዝቐርብ ናይ ፍትሃብሄር ዋኒን ብፍትሃብሄር ስነ ስርዓት ሕጊ መሰረት ናይ ዳይነት ክፍሊት እንዳተኸፈሎ ዝቐርብ ይኸወን
2. ብነፃ ክሲ ብዛዕባ ዝቐርበሉ ኩነታት ኣብ ፍትሃብሄር ስነ ስርዓት ብዝተኣወጀ መሰረት ዝፍፀም ይኸውን።

**ዓንቀፅ ዓሰርተ ኣርባዕተ ምስ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ዝጓነፁ ሕግታት**

ዝኾነ ይኩን ኣዋጅ፣ ደንቢ፣ ልምዲ ወይከኣ ነዚ ኣዋጅ'ዚ ዝጓነፅ መምርሒ ተፈፃሚነት ኣይህልዎን።

**ዓንቀፅ ዓሰርተ ሓሙሽተ እቲ ኣዋጅ ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ እዋን**

እዚ ኣዋጅ'ዚ ብነጋሪት ጋዜጣ ብዝወፀሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ዝውዕል ይኸውን።

መቐለ ትግራይ
መስከረም 26/1987 ዓ.ም
ገብሩ ኣስራት
ኣቦ ወንበር ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

በአንቀፅ አስር(10) የተገለፁትን ጉዳዮች ይህ አዋጅ ከወጣበት ጊዜ ጀምሮ በአስር ቀን ውስጥ ለሚመለከታቸው ፍርድ ቤቶች መተላለፍ የሚገባቸው ሲሆን አፈፃፀማቸውም የፍትህ ክፍል የሚመለከት በተለያዩ ደረጃዎችና የሚገኙ የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ አባል አማካይነት በሚደረገው ርክክብ ይሆናል።

**አንቀፅ አስራ ሁለት የፍርድ ቤቶች**

1. በፍትሃብሄር ስነ ስርዓት ሕግ ቁጥር 13፣ 14 መሰረት ለወረዳና ለአውራጃ ፍርድ ቤቶች ተሰጥቶ የነበረውን የፍሬ ነገር ስልጣን ሁሉ ለወረዳ ፍርድ ቤቶች ተሰጥቷል፡
2. በፍትሃብሄር ስነ ስርዓት ህግ አንቀፅ 18 መሰረት ስለግምቱ በገንዘብ ሊወሰን የማይችል ሃብት አውራጃ ፍርድ ቤት እንዲቀርብ ተብሎ የነበረ በወረዳ ፍርድ ቤት እንዲቀርብ ተደርጓል።
3. በወንጀለኛ መቅጫ ህግ ስነ ስርዓት አንደኛ ሰንጠረዥ ለአውራጃ ፍርድ ቤት ተሰጥቶ የነበረ ወንጀል የማየት ስልጣን በዚህ አዋጅ መሰረት ለወረዳ ፍርድ ቤት ተሰጥቷል።

**አንቀፅ አስራ ሶስት ክፍያ**

1. ማንኛውም ለፍርድ ቤት የሚቀርብ የፍትሃብሄር ጉዳይ በፍትሃብሄር ስነ ስርዓት ህግ መሰረት የዳኝነት ክፍያ እየተከፈለበት የሚቀርብ ይሆናል።
2. በነፃ ክስ ስለሚቀርብበት ሁኔታ በፍትሃብሄር ስነ ስርዓት ህግ በታወጀው መሰረት የሚፈፀም ይሆናል።

**አንቀፅ አስራ አራት ከዚህ አዋጅ የሚቃረኑ ህጎች**

ማንኛውም አዋጅ፣ ደንብ፣ልምድ ወይም ከዚህ አዋጅ የሚቃረን መመሪያ ተፈፃሚነት የለውም።

**አንቀፅ አስራ አምስት ይህ አዋጅ በተግባር የሚውልበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ በነጋሪት ጋዜጣ ከወጣበት ጊዜ ጀምሮ በተግባር የሚውል ይሆናል።

መቐለ ትግራይ
መስረከም 26.1987 ዓ.ም
ገብሩ አስራት
የክልል ትግራይ ሊቀመንበር

www.abyssinialaw.com

2ይ ዓመት ቁፅሪ 10

2ኛ ዓመት ቁጥር 10

መቐለ መስከረም 1985 ዓ.ም

ኣብ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ የሽግግር መንግስት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

ናይ ሓደ ዋጋ 0.35 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቑፅሪ 10
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 10
ገጽ 1

## ቁፅሪ ኣዋጅ 10/1987 ዓ.ም

ናይ ክልል ትግራይ ናይ ዳያኑ ምምሐዳር ጉባኤ ንምምስራት ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 4/1985 ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ።

ብሕጊ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 35/1/ መሰረት እዚ ዝስዕብ ተኣዊጁ'ሎ።

1. **ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ'ዚ ናይ ዳያኑ ምምሕዳር ጉባኤ ክልል ትግራይ ንምምስራት ዝወፀ(መመሓየሺ) ኣዋጅ ቁፅሪ 10 ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

2. **መመሓየሺ**

1. ካብ'ዚ ቅድሚ ሕዚ ብክልል ብርኪ ዝቆመ ናይ ዳያኑ ምምሕዳር ጉባኤ(ድሕሪ ሕዚ ላዕለዋይ ጉባኤ እንዳተብሃለ ዝፅዋዕ) ብተወሳኺ ናይ ዞባ ዳያኑ ምምሕዳር ጉባኤ (ድሕሪ ሕዚ ናይ ዞባ ጉባኤ እንዳተብሃለ ዝፅዋዕ) በዚ ኣዋጅ'ዚ ቆይሙ'ሎ።

2. እቲ ላዕለዋይ ጉባኤ ኣብ ዓንቀፅ 4 ካብ ዝተጠቐሱ ኣባላት ብተወሳኺ እዞም ዝስዕቡ ኣባላት ይህልዉዎ።

ሀ. ወኪል ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ክልል ትግራይ ኣባል

ለ. ወኪል ማሕበር ሓረስቶት ክልል ትግራይ ኣባል

ሐ. ወኪል ቤት ምኽሪ ነጋዶ ክልል ትግራይ ኣባል

## አዋጅ ቁጥር 10/1987 ዓ.ም

የትግራይ ክልል የዳኞች አስተዳደር ጉባኤን ለመመስረት የወጣውን አዋጅ ቁጥር 4/1985 ለማሻሻል የወጣ አዋጅ።

በትግራይ ክልል ሕገ መንግስት አንቀፅ 35/1 መሰረት የሚከተለውን ታውጀዋል።

1. **አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ የትግራይ ክልል የዳኞች አስተዳደር ጉባኤ ለማቋቋም የወጣ(ማሻሻያ) አዋጅ ቁ.10 ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. **ማሻሻያ**

1. ከዘህ በፊት በክልል ደረጃ ተቋቁሞ ከነበረው የዳኞች አስተዳደር ጉባኤ(ከአሁን በኋላ የክልል ጉባኤ እየተባለ የሚጠራ) በተጨማሪ የዞን የዳኞች አስተዳደር ጉባኤ( ከአሁን በኋላ የዞን ጉባኤ እየተባለ የሚጠራ) በዚህ አዋጅ ተቋቁሟል።

2. የክልሉ ጉባኤ አንቀፅ 4 ላይ ከተጠቀሱት ሌላ የሚከተሉት አባላት ይኖሩታል።

ሀ. የትግራይ ክልል ሴቶች ማህበር ወኪል አባል

ለ. የትግራይ ክልል የገበሬዎች ማህበር ወኪል አባል

ሐ. የንግድ ምክር ቤት ወኪል አባል

3. ናይ ዞባ ጉባኤ ኣባላት፣

ሀ. ናይ ዞባ ቤት ፍርዲ ኣካቢ ዳኛ . . ኣካቢ

ለ. ናይ ዞባ ዓቃቢ ሕጊ ሓላፊ . .ኣባል

ሐ. ናይ ዞባ ምምሕዳር ኣቦ ወንበር ዝወከሎ . . . ኣባል

መ. ናይ ዞባ ጠበቓታት ማሕበር ተወካሊ . . .ኣባል

ሠ. ናይ ዞባ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኣዶ ወንበር . . . ኣባል

ረ. ናይ ዞባ ማሕበር ሓረስቶት ኣቦ ወንበር . . . . ኣባል

ሰ. ናይ ዞባ ቤት ምኽሪ ነጋዶ ኣቦ ወንበር . . . .ኣባል

4 ናይ ዞባ ጉባኤ ስልጣንን ተግባርን

1. ኣብ ልዕሊ ናይ ወረዳን ዞባን ዳያኑ ናይ ዲስፕሊን ስጉምቲ ዝወስድ ናይ ዞባ ጉባኤ ይኸውን ይኹን እምበር ካብ ስራሕ ዘልዕል ጥፍኣት እንትህሉ ምስ ናይ ውሳነ ሓሳብ ንውሳነ ናብ ላዕለዋይ ጉባኤ የቕርብ።
2. ናይ ዞባ ጉባኤ ናይ ዲስፕሊን ውሳነታት ብይግበኣኒ ናብ ላዕለዋይ ጉባኤ ክቀርቡ ይኽእሉ እዮም።
3. ኣብ ልዕሊ ናይ ዞባ ቤት ፍርዲ ኣካቢ ዳኛ ዝለዓለ ናይ ድስፕሊን ክሲ ዝርኢ ብላዕለዋይ ጉባኤ ይኸውን

5 ኣብ ዓንቀፅ 7/1/ ካብ ኣርባዕተ /4/ ዘይውሕዳ ኣባላት ዝብል ተሰሪዙ ካብ ሽዱሽተ /6/ ዘይውሑዱ ዝብል ኣትየ'ሎ።

6 ናይ ዞባ ጉባኤ ናይ ኣኼባ ስነ ስርዓትን ናይ ኣካቢ ተግባርን፦

1. ናይ'ቲ ጉባኤ ኣኼባ ይፅውዕ፣ ይመርሕ፣
2. ካብ ኣርባዕተ ዘይውሕድ ኣባላት እንትርከቡ እቲ ጉባኤ ስርሑ ክካይድ ይኽእል እዩ።
3. ኣብ ዓንቀፅ ሸውዓተ(7) ንኡስ ቁፅርታት 2 ን 3 ዝተገለፁ ናይ'ቲ ላዕለዋይ ጉባኤ ናይ ኣኼባ ስነ ስርዓት ንናይ ዞባ ጉባኤ'ውን ዝሰርሕ ይኸውን።

7 እዚ ኣዋጅ'ዚ ዝፀንዐሉ እዋን

እዚ ኣዋጅ'ዚ ብነጋሪት ጋዜጣ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፅኣሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

ገብሩ ኣስራት
ኣቦ ወንበር ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ
መስከረም 26/1987 ዓ.ም

3. የዞን ጉባኤ አባላት

ሀ. የዞን ፍርድ ቤት ሰብሳቢ ዳኛ… ሰብሳቢ

ለ. የዞን ዓቃቤ ሕግ ሓላፊ. . . አባል፣

ሐ. የዞን አስተዳደር ሊቀመንበር የወከለው . . . . አባል፣

መ. የዞን የጠበቆች ማህበር ወኪል . . . .አባል፣

ሠ. የዞን የሴቶች ማህበር ሊቀመንበር . . . . አባል፣

ረ. የዞን የገበሬዎች ማህበር ሊቀመንበር . . . . .አባል፣

ሰ. የዞን የንግ ምክር ቤት . . . .አባል፣

4 የዞን ጉባኤ ስልጣንና ተግባር

1. የዞን ጉባኤ በዞንና በወረዳ ዳኞች ላይ የዲስፕሊን እርምጃ የመውሰድ ስልጣን ይኖረዋል። ቢሆንም ጥፋቱ ከስራ መነሳትን የሚያስከትል ሲሆን ከውሳኔ ሓሳብ ጋራ ለውሳኔ ለክልል ጉባኤ ያቀርባል።
2. የዞን የዲስፕሊን ውሳኔዎች በይግባኝ ወደ ክልሉ ጉባኤ ሊቀርቡ ይችላሉ።
3. የዞን ፍርድ ቤት ሰበሳቢ ላይ የሚቀርብ የዲስፕሊን ክስ የሚታየው በክልል ጉባኤ ይሆናል።

5 አንቀፅ 7/1 ላይ ከአራት(4) የማያንሱ የሚለው ከስድስት(6) የማያንሱ በሚለው ተተክቷል።

6 የዞን ጉባኤ የስብሰባ ስነ ስረዓትና የስብሰባ ተግባር

1. የዞን ጉባኤ ሰብሳቢው ስብሰባ ይጠራል ይመራል፣
2. ከአራት(4) የማያንሱ የጉባኤ አባላት ሲገኙ ምልአተ ጉባኤ ይሆናል።
3. አንቀፅ 7/2/3 የተገለፀው የክልሉ ጉባኤ የስብሰባ ስነ ስርዓት ለዞኑ ጉባኤም የሚሰራ ይሆናል።

7 ይህ አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ

ይህ አዋጅ በትግራይ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ጊዜ ጀምሮ የፀና ይሆናል።

ገብሩ አስራት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት ሊቀመንበር
መስከረም 26/1987 ዓ.ም

www.abyssinialaw.com

2ይ ዓመት ቁፅሪ 11

2ኛ ዓመት ቁጥር 11

መቐለ መስከረም1987 ዓ.ም

ኣብ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ የሽግግር መንግስት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

| ናይ ሓደ ዋጋ 0.25 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120 |
|---|---|---|

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቑፅሪ 11
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 11
ገጽ 1

## ቁፅሪ ኣዋጅ 11/1987 ዓ.ም
## ናይ ህዝቢ በዓላት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ

ብደረጃ ክልል ትግራይ ዝኽበሩ በዓላት ምውሳን ኣድላዪ ብምኳኑ ብሕገ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 35/1/ መሰረት እዚ ዝስዕብ ተኣዊጁ'ሎ።

1 ሓፂር ርእሲ፣
እዚ ኣዋጅ'ዚ "ናይ ህዝቢ በዓላት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል፣

2 ናይ ህዝቢ በዓላት
ብማእኸላይ መንግስቲ ብደረጃ ሃገር ክኽበሩ ካብ ዝተወሰኑ በዓላት ብተወሳኺ ኣብ ክልል ትግራይ እዞም ዝስዕቡ ዕለታት ናይ ህዝቢ በዓላት ኮይኖም ክኽበሩ ተወሲኑ'ሎ።

ሀ. ለካቲት 11(ዓሰርተ ሓደ) ልደት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ

ለ. ሰነ 15(ዓሰርተ ሓሙሽተ) ናይ ሰማእታት ዕለት

3 እዚ ኣዋጅ'ዚ ዝፀንዐሉ እዋን
እዚ ኣዋጅ'ዚ ብነጋሪት ጋዜጣ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

ገብሩ ኣስራት
ኣቦ ወንበር ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ
መስከረም 26/1987 ዓ.ም

## አዋጅ ቁጥር 11/1987 ዓ.ም
## የህዝብ በአላትን ለመወሰን የወጣ አዋጅ

በክልላችን ደረጃ የሚከበሩ የህዝብ በዓላትን መወሰን አስፈላጊ በመሆኑ በሕገ መንግስት ዓንቀፅ 35/1 መሰረት የሚከተለውን ታውጇል።

1 አጭር ርዕስ
ይህ አዋጅ፥ "የህዝብ በዓላትን ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 10/1987 ዓ.ም" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል

2 የሕዝብ በዓላት
በአገር ደረጃ እንዲከበሩ በማዕከላዊ መንግስት ከተወሰኑት በተጨማሪ የሚከተሉት ቀናት በክልላችን ደረጃ የሚከበሩ የህዝብ በዓላት እንዲሆኑ ተወስነዋል

ሀ. የካቲት 11(አስራ አንድ) የትግራይ የህዝብ ትግል ልደት

ለ. ሰኔ 15(አስራ አምስት) የሰማእታት ቀን፣

3 ይህ አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ፣
ይህ አዋጅ በትግራይ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል።

ገብሩ አስራት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት ሊቀመንበር
መስከረም 26/1987 ዓ.ም

www.abyssinialaw.com

2ይ ዓመት ቁፅሪ 12
2ኛ ዓመት ቁጥር 12

መቐለ ታሕሳስ 1987 ዓ.ም

ኣብ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ የሽግግር መንግስት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

| ናይ ሓደ ዋጋ 2.05 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120 |
|---|---|---|

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቑፅሪ 12
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 112
ገጽ 1

## ኢንቨስትመንት ንምብርትታዕን ንምስፍሕፋሕን ከምኡ'ውን ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ንምጥያሽ ዝወፀ
## ኣዋጅ ቁፅሪ 12/1987 ዓ.ም

### መእተዊ

ኢትዮጵያ ትኽተሎ ዘላ ቁጠባዊ ፖሊሲ ኣብ ነፃ ናይ ዕዳጋ ውድድር ስርዓት ዝተመስረተ ብምኳኑን ክልላት ከዓ ናይ ባዕለን ልምዓታዊ ስራሕቲ ባዕለን ክውስና፣ ክመርሓ፣ ክትልማን ክፍፅማን ዝሰፍሐ ዕድል ዝረኸባ ብምኳነን፣ ኣብ ትግራይ ኣብ ዝካየድ ልምዓታዊ ስራሕቲ እቲ ዝሓሸን ዝዓበየን ውፅኢት ንምርካብ ተሳትፎ ኢንቨስትመንት ህዝቢን ናይ ውሽጢን ናይ ወፃእን ሰብ ር/ማል ውልቀ ሰባትን ክዓብይሉን ክበረታታዓሉን ዝኽእል ምችው ኩነታት ምፍጣር ኣድላዪ ስለዝኾነ፣

ንትግራይ ንምልማዕ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ መንግስቲ ዝገብሮ ኣስተዋፅኦ ዘይነዓቅ እኳ እንተኾነ ኣብ ልምዓት ትግራይ ወሳናይ ግደ ክፃወቱ ዝኽእሉ ግን እቲ ህዝቢ ብሓፈሻ ከማኡ እውን ደቂ ሃገርን ወፃእተኛታትን ሰብ ር/ማል ኢንቨስተራት ስለዝኾኑ፣

ኣብ ልምዓት ክሳተፉ ንዝደልዩ ኢንቨስተራት ዘበረታትዕ ናይ ኣሰራርሓ ስርዓት ምዝርጋሕ ኣገዳሲ ብምኳኑ፣

ናይ'ታ ሃገር ቁፅሪ ኣዋጅ 7/1984 ኣዋጅ ቁፅሪ 15/1984 መማሓየሺ ቁፅሪ ኣዋጅ 31/1985

## ኢንቨስትመንትን ለማበረታታት፣ ለማስፋፋትና የኢንቨስትመንት ፅሕፈት ቤት ለማቋቋም የወጣ
## አዋጅ ቁጥር 12/1987 ዓ.ም

### መግቢያ

ኢትዮጵያ በመከተል ላይ ያለችው የኢኮኖሚ ፖሊሲ በነፃ ገበያ ውድድር ስርዓት የተመሰረተ በመሆኑ ክልሎች የራሳቸው የሆኑ የልማት ስራዎች ራሳቸውን እንዲወስኑ እንዲመሩና እንዲፈፅሙ ሰፊ እድል ያገኙ በመሆናቸው፣ በትግራይ ክልል የሚካሄደውን የልማት ስራዎች የተሻለና ከፍ ያለ ውጤት እንዲገኝ የህዝብ የአገር ውስጥና የውጭ አገር ባለሃብቶች በኢንቨስትመንት ተሳትፎአቸው ሊበረታቱበት የሚያስችል አመቺ ሁኔታ መፈጠር አስፈላጊ ስለሆነ፣

ትግራይን ለማልማት በሚደረግ ጥረት የመንግስት አስተዋጽኦ የማይናቅ እንኳ ቢሆንም ወሳኝ ሚና የሚጫወቱት ግን ህዝቡ ፣ ያገር ውስጥና የውጭ አገር ባለሃብቶች ስለሆኑ፣

በልማት መሳተፍ የሚፈልጉ ባለሃብቶች የሚበረታታ የአሰራር ስርዓት መዘርጋት አስፈላጊ በመሆኑ፣

የማዕከላዊ መንግስት አዋጅ ቁጥር 7/1984 አዋጅ ቁጥር 15/1984 እና

www.abyssinialaw.com

ክልል ትግራይ ሕገ መንግስቲ ኣብ ቁፅሪ 31/85 ብዝሃቦ ስልጣን መሰረት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ነዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኢንቨስትመንት ኣዊጁ ኣሎ።

## ክፍሊ ሓደ
## ኢንቨስትመንት ብዛዕባ ምብርትታዕን ምስፍሕፋሕን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ምጥያሽ ቤ/ፅ ኢንቨስትመንት
## ምዕራፍ ሓደ1/
## ሓፈሻዊ ኩነታት

### 1 ሓፂር ርእሲ
እዚ ኣዋጅ እዚ ኢንቨስትመንት ንምብርትታዕን ንምስፍሕፋሕን ከምኡ እውን ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ንምጥያሽ ዝወፀ ቁፅሪ ኣዋጅ 12/1987 ተባሂሉ ክፅዋዕ ይክእል እዩ።

### 2 ትርጉም
ናይ'ቲ ቃል ኣጠቓቅማ ካልእ ትርጉም እንተዘይተዋሂብዎ፣ ኣብ ውሽጢ እዚ ኣዋጅ እዚ

1. ዝምልከቶ ኣካል ማለት ናይ'ቲ ክልል ኣካላት ምምሕዳር፣ ቢሮታት ኢንዱስትሪ፣ ልምዓት ሕርሻ፣ ንግዲ ቱሪዝም፣ መአድንን ኢነርጅን፣ ልምዓት ተፈጥሮኣዊ ሃብትን ካልኦት ንኢንቨስተራት ዘተኣናግዱ ብሕጊ ስልጣን ዝተወሃቦም ኣካላትን ማለት እዩ።
2. "ኢንቨስትመንት" ወይ "ኢንቨስትመንት ካፒታል" ማለት ምህርቲ ንምፍራይ፣ ግልጋሎት ንምሃብን ናይ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ዓቅሚ ንምፍጣርን ዝፈሰሰ ቀዋሚ መበገሲ ዝኾውን መካየዲ ስራሕ ሃፍቲ እዩ።
3. "ፍቓድ ኢንቨስትመንት" ማለት በዓል ርእሰ ማል ርእሰማሉ ከዋፍር ዝኽእለሉ ቅድመ ኩነት ዘማልአ ምዃኑ ዘረጋግፅ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ዝውሃቦ ሰነድ እዩ።
4. "ናይ ውሽጢ ሃገር በዓል ርእሰ ማል" ማለት ናይ ኢንቨስትመንት ካፒታል ኣብ ስራሕ ዘውዓለ ኢትዮጵያዊ ዜጋ ወይ ድማ ነባርነቱ ኣብ ኢትዮጵያ ዝኾነ ናይ ወፃኢ ዜጋ ኮይኑ ንናይ'ቲ ክልል መንግስትን ዝኮነ መንግስታዊ ኢንተርፕራይዝን ይሓውስ እዩ።
5. "ኢንተርፕራይዝ" ማለት ብውልቂ ይኹን ብሓባር/ብሽርክና/ ኢንቨስትመንት

የማሻሻያ አዋጅ ቁጥር 31/1985 እንዲሁም የትግራይ ክልል ህገ መንግስት በቁጥር 31/85 በሰጠው ስልጣን መሰረት የትግራይ ክልል ምክር ቤት የሚከተለውን የኢንቨስትመንት አዋጅ አውጇል።

## ክፍል አንድ
## ኢንቨስትመንትን ስለማበረታታት፣ ስለማስፋፋትና የኢንቨስትመንት ፅሕፈት ቤት ስለማቋቋም
## ምዕራፍ አንድ
## ጠቅላላ ውሳኔዎች

### 1 አጭር ርእስ
ይህ አዋጅ ኢንቨስትመንት ለማበረታታት፣ ለማስፋፋትና የኢንቨስትመንት ፅህፈት ቤትን ለማቋቋም የወጣ አዋጅ ቁጥር 12/1987 ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

### 2 ትርጓሜ
የቃሉ አግባብ ሌላ ትርጉም የሚያሰጠው ካልሆነ በስተቀር በዚህ አዋጅ ውስጥ

1. የሚመለከተው አካል ማለት የክልሉ የአስተዳደር አካላት፣ ኢንዱስትሪ ቢሮ እርሻ ቢሮ፣ ንግድ ቢሮ ቱሪዝም ቢሮ፣ የማዕድንና ኢነርጂ ቢሮ፣ የተፈጥሮ ሃብት ቢሮና ባለሃብቶችን የሚያስተናግድ በህግ ስልጣን የተሰጣቸው አካላት ናቸው
2. ኢንቨስትመንት ወይም የኢንቨስትመንት ካፒታል ማለት ምርት ለማምረት ግልጋሎት ለመስጠትና የሳይንስ ቴክኖሎጂ አቅም ለመገንባት የፈሰሰ ቋሚና መነሻ የስራ ማስኬጃ ሃብት ነው።
3. የኢንቨስትመንት ፈቃድ ማለት ባለሃብቱ የኢንቨስትመንቱ ካፒታሉን በስራ ላይ ለማዋል የሚያስፈልጉትን ሁኔታዎች ማሟላቱን የሚያረጋግጥ በፅሕፈት ቤቱ የተሰጠ ሰነድ ነው።
4. የአገር ውስጥ ባለሃብት ማለት የኢንቨስትመንት ካፒታል በስራ ላይ ያሰማራ ኢትዮጵያዊ ወይም ነዋሪነቱ በኢትዮጵያ ውስጥ የሆነ የውጭ ዜጋ ሲሆን መንግስት፣ መስተዳደርንና ማንኛውንም መንግስታዊ ኢንተርፕራይዝ ይጨምራል።
5. ኢንተርፕራይ ማለት በነጠላም ሆነ በቅንጅት ወይም በጋራ የኢንቨስትመንት

ካፒታል ኣብ ስራሕ ዘዋፍር ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ትካል እዩ።

6. "ምስፍሕፋሕ" ማለት መጠንን ዓይነትን ምህርትን ግልጋሎትን ንምዕባይ ወይ ደማ ዕርየት ንምምሕያሽ ካብ'ቲ ዘተመዝገበ ካፒታል ሓምሳ ካብ ሚኢቲ /50%/ ነዚ ዕላማ'ዚ ምውዓል ማለት እዩ።
7. "ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት" ማለት ነብናይ እዚ ኣዋጅ እዚ ዓነቀፅ 25 መሰረት ዝጣየሽ ኣካል እዩ።
8. "ቦርድ" ማለት ብናይ እዚ ኣዋጅ'ዚ ዓንቀፅ 22 ዝተመስረተ ኣካል እዩ።
9. "መሬት" ማለት ናይ ኢንቨስትመንት ስራሕ ዝካየደሉ ባዶ መሬት ወይ ደማ ልዕሊ መሬት ዝተሰርሑ ቀዋሚ ስራሕትን መመሓየሽን ዝተሰርሓሉ መሬት እዩ።
10. "ማይ" ማለት ንሕርሻ፣ ንኢንዱስተሪ፣ ንፍልፍል ሓይሊ፣ ንመስተ፣ ንመዘናግዕን ዝመሳሰሉን ግልጋሎት ዝህብ ናይ ሩባ፣ ቃላይ ጉድጓድ፣ ማይ ማለት እዩ።
11. "ሰብ" ማለት ናይ ተፈጠሮ ሰብ ወይ ድማ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል እዩ።
12. "ቁፅሪ ኣዋጅ 7/84" ማለት ናይ ማእኸላይ መንግስቲ ቁፅሪ ኣዋጅ 7/84 ማለት እዩ
13. "ቁፅሪ ኣዋጅ 15/84" ማለት ናይ ማእኸላይ መንግስቲ ቁፅሪ ኣዋጅ 15/84 ማለት እዩ።

## 3 ዕላማታት ኢንቨስትመንት ኣብ ክልል ትግራይ

ብመሰረት ቁጠባዊ ፖሊሲ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ'ታ ሃገር ናይ ዝዋፈር ኢንቨስትመንት ዕላማ ናይ'ቲ ሕብረተሰብ መሰረታዊ ቁጠባዊ ጠለብ ኣብ ምርዋይ ዝጠመተ እዩ። እዚ ማለት ድማ ንውሽጣዊ ዓቅሚ ናይታ ሃገር መሰረት ዝገበረ ቁጠባዊ ዕብየት ምምዝጋብ ማለት እዩ። ኣብ ክልል ትግራይ ናይ ዝዋፈር ኢንቨስትመንት ዕላማ እውን ካብ'ዚ ዝተፈለየ ኣይኮነን። ዝርዝር ብዝብል መልክዑ እንትርአ ድማ ከምዝስዕብ ይኸውን።

1. ናይ ሃገርናን ክልልናን ቀረብ ምህርቲ ብዓይነት ብዕርየትን ብመጠንን ክብ ንኽብል ሰፊሕን ቅልጡፍን ናይ ስራሕ ምንቅስቃስ ዘለዎ ናይ ውሽጢ ሃገር ዕዳጋ ክምዕብል ምግባር፣

ካፒታል በስራ ላይ ያሰማራ ህጋዊ ሰውነት ያለው ተቋም ነው።

6. "ማስፋፋት" ማለት የምርትና ያገልግሎት መጠንና ዓይነት ለማሳደግ ወይም ጥራትን ለማሻሻል የተመዘገበውን ካፒታል አምሳ በመቶ (50%) ለዚሁ አላማ ስራ ላይ ማዋል ነው።
7. "ኢንቨስትመንት ፅሕፈት ቤት" ማለት በዚህ አዋጅ አንቀፅ 25 መሰረት የተቋቋመውን አካል ማለት ነው።
8. "ቦርድ" ማለት በዚህ አዋጅ አንቀፅ 22 የተቋቋመውን አካል ማለት ነው
9. "መሬት" ማለት የኢንቨስትመንት ተግባር የሚካሄድበት ሌጣ መሬት ወይም በመሬት ላይ የተሰሩ ቋሚ ስራዎችና ማሻሸያዎች የተደረጉበት መሬት ነው
10. "ውሃ" ማለት ለእርሻ ፣ ለኢንዱስተሪ፣ ለሐይል ማመንጫ፣ ለመጠጥ፣ ለመዝናኛና ለመሳሰሉት አገልግሎት የሚውል የወንዝ፣ የኩሬ፣ የሃይቅና የጉድጓድ ውሃ ነው።
11. "ሰው" ማለት የተፈጥሮ ሰው ወይም ህግዊ ሰውነት ያለው ተቋም ነው።
12. "አዋጅ ቁጥር 7/84" ማለት የማዕከላዊ መንግስት አዋጅ ቁጥር 7/84 ማለት ነው
13. "አዋጅ ቁጥር 15/84" ማለት የማዕከላዊ መንግስት አዋጅ ቁጥር 15/84 ማለት ነው

## 3 የትግራይ ክልል የኢንቨስትመንት ፖሊሲ ዕላማዎች

በኢትዮጵያ ሽግግር መንግስት ኢኮኖሚ ፖሊሲ መሰረት የኢንቨስትመንት ዕላማ የህብረተሰቡን መሰረታዊ የኢኮኖሚ ፍላጎቶች ለማርካት መሰረት ያደረገ የኢኮኖሚ እድገት ማስመዝገብ ማለት ነው። በትግራይ ክልል ያለው የኢንቨስትመንት አላማም ከዚህ የተለየ አይደለም። ለዝርዝር ሁኔታውም እንደሚከተለው ይሆናል።

1. የአገሪትዋንና የክልላችን የምርትና የአገልግሎት አቅርቦት በዓይነት፣ በጥራትና በመጠን እንዲጨምር ሰፊና ፈጣን የስራ እንቅስቃሴ የሚታይበት የአገር ውስጥ ገበያ እንዲዳብር ማድረግ

2. ንናይ ክልል ሕ/ሰብ ኮነ ንካልኦት ኢትዮጵያውያን ሰፊሕ ናይ ስራሕ ዕድል ምፍጣር
3. ኣበ'ቲ ቁጠባ ብፍላይ ድማ ብቐጥታ መፍረይቲ ኣብ ዝኾኑ ክፍላተ ቁጠባ ብሰፊሑ ዝሳተፍ ናይ ውሽጢ ሃገር ር/ማል/ካፒታል/ ብምፍጣር ከምዝንቀሳቀስን ከምዝጠናኸርን ምግባር
4. ክልልና ንወፃኢ እትልእኾም ሸቀጣት ብመጠን፣ ብዓይነትን ብዕርየትን ክዓብዩ ምትብባዕ
5. ናይ'ቲ ክልል ምምሕዳር ቀንዲ ጠመተ ኣብዞም ከባቢታት ወይ ድማ ክፊላተ ቁጠባ ገንዘቦምን ዓቅሞምን ንዝዋፍሩ ሰብ ርእሰ ማል ደገፍን ምትብባዕን ብምሃብ ዝተመጣጠነን ዝተዋሃደን ከምኡ'ውን ዝተዋደደ ናይ ልምዓት ምንቅስቓስ ክህሉ ምግባር
6. ክልልና ንዝገብሮ ምንቅስቃስ ልምዓት ዝስማማዕ ናይ ወፃኢ ቴክኖሎጂን ናይ ኣሰራርሓ ሜላን ከምኡ እውን ናይ ቴክኒክ ፍልጠት ናብ ደቂ ሃገር ክሰርፅ ምቹው ባይታ ምፍጣር
7. ናይ ክልልና ተፈጠሮኣዊ ሃብትን መኣድንን ብምክንኻንን ብምልማዕን ኣብ ጥቅሚ ዝውዕለሉ መንገዲ ምፍጣር።
8. ብሓፈሽኡ ናይ'ቲ ክልል ሃብቲ ተጠቃማይ ዘይኾነ ውፅዕ ሕ/ሰብ ተጠቃማይ ክኸውን ብምግባር ቁጠባዊ ምዕባለ ምስላጥ

## ምዕራፍ ክልተ

### ሰብ ርእሰማል ዝሳተፈሉ ዓይነት ስራሕን መበረታትዕን

4 ብናይ'ቲ ክልል መነግስቲ ዝካየዱ ዓይነታት ስራሕ

ኣብ ቁፅሪ ኣዋጅ 15/84 ኣብ ዓንቀፅ 4 ብመሰረት ዝተቐመጠን ምስ ቁፅሪ 7/84 ብዝተጠዓዓመ ወይከዓ ብዘይጓነፀሉ መንገዲን ክሳተፍ ይኽእል።

5 ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ንበይኑ ወይ ድማ ምስ ናይ ውልቀ ኢንቨስተራት ብምውዳድ ዘካይዶም ስራሕቲ

ኣብ ቁፅሪ ኣዋጅ 15/84 ኣብ ዓነቀፅ 5

2. ለክልሉ ህዝብም ሆነ ለሌሎች ኢትዮጵያን ሰፊ የስራ እድል መፍጠር
3. በኢኮኖሚው ባጠቃላይ፣ በተለይም ቀጥተኛ አምራች በሆኑ ክፈላተ ኢኮኖሚ ውስጥ በሰፊው የሚሳተፉ የአገር ውስጥ የግል ካፒታል እንዲፈጠር እንዲንቀሳቀስና እንዲጠናከር ማድረግ
4. ክልሉ ወደ ውጭ የሚልካቸውን ሸቀጦች በመጠን በዓይነትና በጥራት እንዲያድጉ ማበረታታት
5. የክልሉ አስተዳደር ትኩረት በሚሰጣቸው አከባቢዎች ወይም ክፈላተ ኢኮኖሚ ኢንቨስት ለሚያደርጉ ባለሃብቶቸ ተጨማሪ ማበረታቻና ድጋፍ በመስጠት የተመጣጠነና የተወሃደ የልማት እንቅስቃሴ እንዲኖር ማድረግ
6. ለክልሉ የልማት እንቅስቃሴ ተስማሚ የሆነው የውጭ አገር ቴክኖሎጂ፣ የአሰራር ጥበብና የቴክኒክ ሙያ ወደ አገሪቱ ዜጎች እንዲሰርፅ አመቺ ሁኔታ መፍጠር።
7. የክልሉ የተፈጥሮ ሃብት በማልማትና በመንከባከብ ጥቅም ላይ የሚውልበትን መንገድ መፍጠር።
8. የክልሉ ህብረተሰብ ባጠቃላይ ሃብቱን ተጠቃሚ በማድረግ የኢኮኖሚ እድገት ማፋጠን

## ምዕራፍ ሁለት

### ባለሃብቶችን የሚሳተፉበት የስራ መስኮችና ማበረታቻዎች

4 በክልሉ መንግስት የሚካየዱ የስራ መስኮች

በአዋጅ ቁጥር 15/84 አንቀፅ አራት መሰረት የተጠቀሰውን ከአዋጅ ቁጥር 7/84 በሚጣጣም ወይም በማይቃረንበት መንገድ ሊሳተፍ ይቻላል።

5 የክልሉ መንግስት በብቸኝነት ወይም ከግል ኢንቨስትመንት ጋር በቅንጅት ኢንቨስት የሚያደርጉባቸው የስራ መስኮች

በአዋጅ ቁጥር 15/84 አንቀፅ 5 የተጠቀሱትን

ዝተቐመጡ ዓይነታት ስራሕ ኮይኖም ምስ ቁፅሪ ኣዋጅ 7/84 ብዝጠዓዓም ወይ ድማ ብዘይጓነፅ መንገዲ ክሳተፍ ይኽእል።

6 <u>**ብናይ ውልቀ ኢንቨስተራት ዝካየድ ስራሕቲ**</u>

1. ኣብ ዓንቀፅ 4ን 5ን ዝተቐመጠ ከምዘሎ ኮይኑ፣ ናይ ውልቀ ሰብ ርእሰማል ብውልቂ ወይ ድማ ብሽርክና ናይ ኢንቨስትመንት ስራሕ ክካይዱ ይኽእሉ እዮም
2. ኣብዚ ዓንቀፅ እዚ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ከምዝተጠቐሰ ናይ ካፒታል ዓቅምን ክእለትን እስካብ ዝሃለዎም ቀዳምነት ንሰብ ር/ማል ውሽጢ ሃገር ይወሃብ
3. ሰብ ርእሰማል ውሽጢ ሃገር ምስ ናይ ወፃኢ ርእሰማል ብምውዳድ ዘዋፍርዎ ኢንቨስትመንት ብመሰረት እቲ ማእኸላይ መንግስቲ ዘውፅኦ መምርሒ ይኸውን።

7 <u>**ናይ ኢንቨስትመንት ሰርቲፊኬት ንምርካብ ክማልኡ ዝግብኦም ቅድመ ኩነታት**</u>

1. ኣብ ውሽጢ'ዚ ኣዋጅ እዚ ዝተቐመጡ ካልኦት ኩነታት ከምዘለዉ ኮይኖም ሓደ በዓል ርእሰ ማል ሰርቲፊኬት ክቅበል ዝኽእል ነዞም ዝስዕቡ ምስኣማልአ ይኸውን

   ሀ. ኣብ'ዚ ኣዋጅ እዚ ኣብ ዓንቀፅ 3 ካብ ዝተቐመጡ ዕላማታት ብውሑዱ ንሓዲኦም ዘማልአ

   ለ. በዓል ርእሰ ማል ውሽጢ ሃገር እንተኾይኑ ናይ ክልተ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ /250000/ብር ወይ ልዕሊ ክልተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ /250000/ ብር ኢንቨስትመንት ካፒታል ዝመደበ፣ ክኸውን ኣለዎ፣
2. ኣብ'ዚ ዓንቀፅ'ዚ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1/ለ/ ኣብ ዝተቐመጠ መበገሲ ንታሕቲ ክዋፍር ዝደሊ ኢንቨስተር ውሽጢ ሃገር በዘይ ናይ ኢንቨስትመንት ሰርቲፊኬት ርእሰማሉ ከዋፍር ይኽእል

8 <u>**መሬት ምርካብን ኣጠቓቕምኡን**</u>

1. ዝኾነ ርእሰማል ንኢንቨስትመንት ዘድልዩ መሬት ክረክብ ይኽእል እዩ። እቲ መሬት ዘድልየሉ ተግባር ኣብ ግልጋሎት ዘውዕሉ ዓመታትን ተመን ክፊሊትን ናይ'ቲ መሬት

የስራ መስኮች ሆነው ከአዋጅ ቁጥር 7/84 በሚጣጣም ወይም በማይቃረንበት መንገድ ሊሳተፉ ይችላሉ።

6 <u>**በግል ባለሃብቶች የሚካሄዱ የስራ መስኮች**</u>

1. በአንቀፅ 4 እና 5 የተገለፁት እንደተጠበቁ ሆነው የግል ባለሃብቶች በተናጠል፣ በቅንጅት ወይ በጋራ የኢንቨስትመንት ስራዎችን ለማካሄድ ይችላሉ
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው ቢኖርም የካፒታል አቅምና ተፈላጊ ሙያ እስካላቸው ድረስ ቅድሚያ ለአገር ውስጥ ባለሃብቶች ይሰጣል።
3. የአገር ውስጥ ባለሃብቶችና የውጭ ባለሃብቶች በመቀናጀት ለሚያካሂዱት የኢንቨስትመንት ስራዎች የማዕከላዊ መንግስት በሚያወጣው መመሪያ መሰረት ይሆናል።

7 <u>**የኢንቨስትመንት ሰርቲፊኬት ለማግኘት መሟላት ስለሚገባቸው ቅድመ ሁኔታዎች**</u>

1. በዚህ አዋጅ ውስጥ የተወሰኑት ሌሎች ሁኔታዎች እንደተጠበቁ ሆነው አንድ ባለሃብት የኢንቨስትመንት ሰርቲፊኬት ለማግኘት የሚችለው ቀጥለው የተዘረዘሩትን ሲያሟላ ይሆናል

   ሀ. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 3 ከተመለከቱት አላማዎች ቢያንስ አንዱን የሚያሟላ ከሆነ

   ለ. ያገር ውስጥ ባለሃብት ከሆነ ሁለት መቶ አምሳ ሺህ/250000/ ብር ወይም ከዚያ በላይ የኢንቨስትመንት ካፒታል ከመደበ።
2. በዚህ አንቀፅ በንኡስ አንቀፅ 1/ለ/ የተደነገገውን ቢኖርም ማንኛውም ያገር ውስጥ ባለሃብት የኢንቨስትመንት ሰርቲፊኬት ሳይዝ ከተጠቀሰው የኢንቨስትመንት ካፒታል ክልል በታች ኢንቨስት ለማድረግ ይችላል።

8 <u>**መሬት ማግኘትና አጠቃቀሙ**</u>

1. ማንኛወም ባለሃብት ለኢንቨስትመንቱ የሚያስፈልገውን መሬት ያገኛል። መሬቱ የሚፈልግበት ተግባር፣ በአገለግሎት ላይ የሚቆይበት ዘመንና ክፍያ መጠን የመሬቱ

ሕጋዊ በዓል ንብረት ብዝግብር ውዕል ይውስን።
2. ናይ'ቲ መሬት ኣጠቓቕማ መሰጋገሪ መንገስቲ ንዘውፅኦ ቁፅሪ ኣዋጅ ክፃረር የብሉን።

9 ማይ ምርካብን ኣጠቓቕምኡን
1. ዝኾነ በዓል ር/ማል ንኢንቨስትመንት ዘድልዩ ማይ ምስ ዝምልከቶ ኣካላት ብዝገብሮ ውዕል መሰረት ይወስድ፣

2. ኣጠቓቕማ ማይ ቢሮ ልምዓት ተፈጥሮኣዊ ሃፍትን ፅቀባ ከባቢን ክልል ትግራይ ብዘውፅኦ መምሪሒ ይውሰን
3. ነቲ ክልል ኣቋሪፆም ንዝፈሱ ሩባታት ወይ ከዓ ነቲ ክልል ምስ ካልኦት ክልላት ንዘዋስኑ ሩባታት ብዛዕባ ምጥቃም ብዝምልከት ማእከላይ መንግስቲ ብዘውፅኦ ሕጊ መሰረት ይኸውን።

10 መበረታትዒ ዝፍቀደሎም ዓውዲታት ስራሕ
1. ኣብ ዓንቀፅ 12 ተቐሚጦም ዘለዉ መበረታትዒታት ናይ'ቲ ክልል ስትራተጂን ፖሊሲን ልምዓት ኣብ ግምት ዘእተዉን ማእከላይ መንግስቲ ኣብ ቁፅሪ ኣዋጅ 15/84 ተ.ቁ 11 ዘቐመጦምን ይኾኑ
2. ብዛዕባ ኣፈፃፅምኡ፣ በዚ ኣዋጅ እዚ ዝጣየሽ ዘሎ ቦርድ ኢንቨስትመንት ናይ'ቲ ክልል ስትራተጂን ፖሊሲን ልምዓት መሰረት ብምግባር ዝርዝር መምርሒ የውፅእ።

11 መበረታትዒ ኢንቨስትመንት ንምርካብ ብቑፅ ብዛዕባ ምኻን
1. ነዞም ዝስዕቡ ቅድመ ኩነታት ዘማልአ በዓል ርእሰማል ኣብቲ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ዓንቀፅ 12 ንዝተቐመጠ መበረታትዒ ይረክብ።
ሀ. ኣብ'ዚ ኣዋጅ እዚ ኣብ ዓንቀፅ 7 ንዝተቐመጡ ቅድመ ኩነታት ዘማልኡን ኣብ ዓንቀፅ 10 ኣብ ዝተቐመጡ ናይ ስራሕ ዓውድታት ዝተዋፈረን፣
ለ. ናይ ክልተ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ/250000/ ብርን ካብኡ ንላዕሊን ርእሰማል ኣብ ስራሕ ዘዋፈረ፣
ሐ. ስራሕ ምስ ጀመረ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲታት ናይ ዘዋፈሮ ርእሰማል መጠን መረዳእታ ንቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ዘቅረበ፣

ህጋዊ ተጠቃሚ ወይ ባለመብት ከሆነው ወገን ጋር በሚደረግ ውል ይወሰናል።
2. የመሬቱ አጠቃቀም የሽግግር መንግስቱ ያወጣውን አዋጅ ቁጥር መፃረር የለበትም።

9 ውሃ ስለማግኘትና ስለአጠቃቀሙ
1. ማንኛወም ባለሀብት ለኢንቨስትመንት የሚያስፈልገው ውሃ ከሚመለከተው አካል በሚያደርገው ውል መሰረት ለማግኘት ይችላል
2. የውሃ አጠቃቀም የትግራይ ክልል ተፈጥሮ ሀብትና የአከባቢ ጥበቃ ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ ይወሰናል
3. ክልሉን አቋርጠው የሚፈሱ ወነዞች ወይ ክልሉን ከሌሎች ክልሎች የሚያዋስኑ ወንዞች አጠቃቀም በተመለከተ የማዕከላዊ መንግስት በሚያወጣው ህግ መሰረት ይወሰናል።

10 ማበረታቻዎች የሚፈቀድባቸው የስራ መስኮች
1. በአንቀፅ 12 የተዘረዘሩትን ማበረታቻዎች የክልሉ ልማት ስትራቴጂና ፖሊሲ ግምት ውስጥ ያስገቡ ሆነው የማእከላዊ መነግስት አዋጅ ቁጥር 15/84 በተራ ቁጥር 11 የተዘረዘሩትን ይሆናል።
2. አፈፃፀሙ በተመለከተ በዚህ አዋጅ የተቋቋመውን የኢንቨስትመንት ቦርድ የክልሉ የልማት ስትራቴጂና ፖሊሲ መሰረት በማድረግ ዝርዝር መመሪያ ያወጣል።

11 ለኢንቨስትመንት ማበረታቻዎች ብቁ መሆን
1. የሚከተሉትን ሁኔታዎች ያሟላ ባለሃብት በዚህ አዋጅ አንቀፅ 12 የተመለከቱትን ማበረታቻዎች ያገኛል
ሀ. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 7 የተመለከቱትን ቅድመ ሁኔታዎች ያሟላና በአንቀፅ 10 የተዘረዘሩ የስራ መስኮች የተሰማራ

ለ. ሁለት መቶ አምሳ ሺህ/250000/ ብር ወይም ከዚያ በላይ ካፒታል በስራ ላይ ያዋለ።

ሐ. ስራውን በጀመረ በሰላሳ ቀናት/30/ ውስጥ ኢንቨስት ያደረገውን ትክክለኛ የካፒታል መጠን ማስረጃ ለፅሕፈት ቤት ያቀረበ እና

www.abyssinialaw.com

መ. ኣብ'ዚ ኣዋጅ እዚ ኣብ ዓንቀፅ 2 ንኡስ ዓንቀፅ 6 ብዝተቐመጠ መሰረት ምስፍሕፋሕ እንተተገይሩ ምስፍሕፋሑ ዘረጋግፅ ዝተፈላለየ ናይ ሒሳብ መዝገብ ዘቕረበ፣

2. ኣብ'ዚ ዓንቀፅ እዚ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተቐመጠ ከምዘሎ ኮይኑ በቲ ክልል ጠመተ ኣብ ዝወሃቦ ዓይነት ስራሕ ዝተዋፈሩ፣ ቴክኖሎጂ ወይ ድማ ናይ ቴክኖሎጂ ፍልጠት ዘምፅኡ ኢንቨስተራት ናይ ኢንቨስትመንት ካፒታል ትሕቲ 250000 /ክልተ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ/ ብር እንተኾነ እውን እቲ ቦርድ ብዝህቦ ፍሉይ ውሳነ ኣብ'ዚ ኣዋጅ እዚ ናይ ዝተቐመጠ መበረታትዒ ተጠቀምቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡

12 <u>ካብ ናይ ቀረፅን ታክስን ክፍሊት ነፃ ብዛዕባ ምኻንን ካልኦት ዓይነታት መበረታትዒን</u>

1. ኣብ ቑፅሪ ኣዋጅ 15/84 ኣብ ዓንቀፅ 13 ዝተቐመጡ ዓይነታት መበረታትዒ/ንኡሳን ቁፅሪታት 5፣ 6፣ 11፣ 12 እንተይሓወሰ ተፈፃምነት ይህልዎም።

2. ኣብዚ ዓንቀፅ እዚ ኣብ ተራ ቁፅሪ 1 ካብ ዝተቐመጡ ወፃኢ ካልኦት መበረታትዒ ብዛዕባ ዝወሃበሉ እቲ ቦርድ ምስ ፍሉይ ኩነታት ልምዓታዊ ስራሕቲ እቲ ክልል ብምዝማድ ክውስን ይኽእል እዩ።

## <u>ምዕራፍ ሰለስተ</u>
## <u>ኣቀራርባ ምልክታን ኣዋህባ ፍቓድን ኢንቨስትመንትን ኣመሰራርታን ምዝገባን ኢንተርፕራይዝን</u>

13 <u>ኣቀራርባ ምልክታን ኣዋህባ ፍቓድን</u>

1. ኣብዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ዓንቀፅ 7 ተ.ቁ 1'ለ' ከምኡ'ውን ኣብ ዓንቀፅ 11 ተራ ቁ. 1 'ለ' ብዝተቐመጠ መሰረት ኢንቨስት ክገብር ዝጥይቕ በዓል ርእሰማል በቲ ቤት ፅሕፈት ንዝዳለው ናይ መመልከቲ ቅጺ ብምምላእ እዞም ዝስዕቡ ንክፍቀድሉ ናብ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ሕቶ የቕርብ።

ሀ. ሓዱሽ ኢንተርፕራይዝ ከቕውም ወይ ድማ ከስፋሕፍሕ

ለ. ምስ ምስፍሕፋሕ ኢንተርፕራይዝ ብዝተተሓሓዘ ናይ ቴክኖሎጂ ምስግጋር ስምምዕነት ንምውዕዓል።

2. ኣብዚ ዓንቀፅ እዚ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ተቐሚጡ ምስዘሎ ናይ መመልከቲ ሕቶ

መ. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 2 ንኡስ አንቀፅ 6 በተመለከተው መሰረት መስፋፋት ተደርጎ ከሆነ መስፋፋቱን የሚያመላክት የተለየ ሂሳብ መዝገብ በመያዝ ያረጋገጠ።

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ /1/ የተደነገገው ቢኖርም በክልሉ ትኩረት በሚሰጥባቸው የስራ መስኮች ቴክኖሎጂ ወይም የቴክኖሎጂ እውቀት በሚደረጉ ኢንቨስትመንቶች የካፒታል ወኪል ከሁለት መቶ ሃምሳ ሺህ ብር /250000/ በታች ቢሆንም ቦርድ በሚሰጠው ውሳኔ በዚህ አዋጅ የተመለከተውን ማበረታቻዎች ተጠቃሚ ይሆናሉ።

12 <u>ከቀረጥና ታክስ ክፈያ ነፃ ለመሆንና ስለሌሎች ማበረታቻዎች</u>

1. በአዋጅ ቁጥር 15/84 በአንቀፅ 13 የተመለከቱትን ማበረታቻዎች/ነዑስ ቁጥር 5፣ 6፣ 11፣ 12 ን ሳይጨምር/ተፈፃሚነት ይኖረዋል።

2. በዚህ አንቀፅ ተራ ቁጥር 1 ከተመለከቱት ማበረታቻዎች ሌላ ማበረታቻ የሚፈቀድበት ሁኔታ ቦርድ ከክልሉ የልማት ሁኔታ በማዛመድ ሊወስን ይችላል።

## <u>ምዕራፍ ሶስት</u>
## <u>የኢንቨስትመንት ማመልከቻዎች አፈቃቀድ፣የኢንተርፕራይዞች አመሰራረትና አመዘጋገብ</u>

13 <u>የማመልከቻ አቀራረብና አፈቃቀድ</u>

1. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 7 ተራ ቁጥር 1'ለ' በአንቀፅ 11 ተራ ቁጥር 'ለ' በተመለከተው መሰረት ኢንቨስት ለማድረግ የሚጠይቅ ማንኛውን ባለሃብት ፅሐፈት ቤቱ ያዘጋጀውን የማመልከቻ ቅፅ በመሙላት ከዚህ የሚከተሉትን እንዲፈቀዱለት ለፅሕፈት ቤቱ ያቀርባል

ሀ. አዲስ ኢንተርፕራይዝ ለማቋቋም ወይ ማስፋፋት ለማድረግ

ለ. ከኢንተርፕራይ መስፋፋት የተዛመደ የቴክኖሎጂ ሽግግር ስምምነት ለማዋል።

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 ከተጠቀሰው ማመልከቻ ጋር አብረው መቅረብ

ሓቢሮም ክቐርቡ ዝግበኦም

ሀ. ሓዱሽ ኢንተርፕራይዝ እንተኾይኑ መመስረቲ ፅሑፍ፣

ለ. ምስፍሕፋሕ እንተኾይኑ ሓፂር መግለፅን ናይ ኣፈፃፅምኡ መደብን

ሐ. ካብ ቀረፅ ነፃ ኮይኑ ክኣትወሎም ናይ ዝደልዩ መሳርሕታትን ኣቁሑትን ዓይነትን ዋጋን

መ. ናይ ርእሰማል /ካፒታል/ መጠን

ረ. ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዕላማታት መሰረት ዝገበሩ ካልኦት ጉዳያት

3. እቲ ቤት ፅሕፈት ኣብ ልዕሊ እቲ ዝቐረበ ሕቶ ኢንቨስትመንት ውሳነ ቅድሚ ምሃቡ ናይ ሰብ ሙያ ርኢቶ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲታት ንክወሃበሉ ንዝምልከቶ ኣካል ይሓትት

4. ኣብዚ ኣዋጅ እዚ ኣብ ዓንቀፅ 3 ተቐሚጦም ንዘለዉ ዕላማታት መሰረት ብምግባር ኣብ'ቲ ዝቐረበሉ ሕቶ ገምጋም ምስ ኣካየደ እቲ ቤት ፅሕፈት ውሳነ ይህበሉ። ነቲ ሕቶ ኢንቨስትመንት እቲ ቤት ፅሐፈት እንተድኣ ተቐቢልዎ ምልክታ ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልታት ፍቓድ ኢንቨስትመንት ይወሃብ።

14 **ሕጋዊ ኣመሰራርታ ኢንተርፕራይዝ**

ዝኾነ ኢንተርፕራይዝ ብመሰረት ሕጊ ንግዲ ኢትዮጵያ ይጣየሽ።

15 **ምዝገባ**

ዝኾነ ኢንተርፕራይዝ ስራሕ ቅድሚ ምጅማሩ ብመሰረት ሕጊ ንግድ ኢትዮጵያ ዘቐምጠ ከመዝገብ ኣለዎ

16 **ፍቓድ ምውፃእ**

1. ዝኾነ ኢንተርፕራይዝ ስራሕ ቅድሚ ምጅማሩ ኣግባብ ብዘለዎ ሕጊ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ናይ ስራሕ ፍቓድ ክወስድ ኣለዎ።

2. ዝምልከቶ ኣካል ናይ ፍቓድ ሕቶ ክቐርበሉ እንተሎ ፍቓድ ንምርካብ ብቑዕ ዝገብሩ ረቛሕቲ/ፎርማሊቲስ/ እቲ መምልከታይ እንተማሊኡ / እንተኣቅሪቡ/ ኣብ ውሽጢ 15/ዓሰርተ ሓሙሽተ/ መዓልቲታት ፍቓድ ክህብ ኣለዎ።

17 **ናይ ኣፈፃፅማ ፀብፃብ /ሪፖርት/ ብዛዕባ ምቅራብ**

1. ፍቓድ ኢንቨስትመንት ዝተቐበለ በዓል

የሚገባቸው

ሀ. አዲስ ኢንተርፕራይዝ ከሆነ የመመስረቻ ፅሑፍ

ለ. ማስፋፋት ከሆነ አጭር መግለጫ የአፈፃፀም ፕሮግራም

ሐ. የዚህ አዋጅ አላማዎች መሰረት በማድረግ ስለሚጠቀሱ ሌሎች ጉዳዮች።

3. የቀረበለት የኢንቨስትመንት ጥያቄ ላይ ውሳኔ ከመስጠት በፊት ፅሕፈት ቤቱ በጉዳዩ ላይ የባለሙያ አስተያየት በአስራ አምስት ቀናት ውስጥ እንዲሰጠው ከሚመለከተው አካል ይጠይቃል ።

4. የቀረበለትን መረጃ በዚህ አዋጅ አንቀፅ 3 ላይ ከተመለከቱት ዐላማዎች አንፃር ተገቢውን ግምገማ ካካሄደ በኋላ ፅሕፈት ቤቱ ያፀደቀው ከሆነ ማመልከቻውን በተቀበለ በስድሳ/60/ ቀናት ውስጥ የኢንቨስትመንት ፈቃድ ይሰጣል።

14 **የኢንተርፕራይዝ ህጋዊ አመሰራረት**

ማንኛውም ኢንተርፕራይዝ በኢትዮጵያ የንገድ ህግ መሰረት መቋቋም አለበት።

15 **ምዝገባ**

ማንኛውም ኢንተርፕራይ ስራ ከመጀመሩ አስቀድሞ የኢትዮጵያ ንግድ ህግ በሚደነግገው መሰረት መመስረት አለበት።

16 **ፍቃድ ስለማውጣት**

1. ማንኛውን ኢንተርፕራይዝ ስራ ከመጀመሩ ከሚመለከተው አካል የስራ ፈላጊ ማግኘት አለበት

2. የሚመለከተው አካል የፈቃድ ማመልከቻ ሲደርሰው ለፈቃዱ ብቁ የሚያደርጉ ፎርማሊቲዎችን አመልካቹ አጠናቅቆ ካቀረበ በኋላ በአስራ አምስት ቀን ውስጥ ተጠየቀውን ፈቃድ መስጠት አለበት።

17 **የአፈፃፀም ሪፖርቶች ስለማቅረብ**

1. የኢንቨስትመንት ፈቃድ የቀረበ ባለሀብት

ርእሰማል ፍቓድ ካብ ዝወሰደሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ተግባራዊ ምንቅስቓስ ክጅምር ኣለዎ። ተቐባልነት ብዘለዎ ምክንያት ክጅምር እንድሕር ዘይክኢሉ እቲ ቤት ፅሕፈት ክናወሐሉ ይኽእል እዩ

2. በዓል ርእሰማል ከይዲ ምጥያሽ ወይ ምስፍሕፋሕ ኢንተርፕራይዙ ብዝምልከት እቲ ቤት ፅሐፈት ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት በብእዋኑ ፀብፃብ/ሪፖርት/ ከቕርብ ኣለዎ።

18 <u>ፍቓድ ምስራዝ</u>

1. በዚ ኣዋጅ መሰረት ዝተውሃበ ዝኾነ ፍቓድ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣቐዲሙ ብፅሑፍ እንተፈቒዱ ንካሊእ ሰብ ክዛወር ይካኣል እዩ።
2. ካብዚ ቀፂሉ ተዘርዚሮም ዘለዉ ጥፍኣታት እንተድኣ ተፈፂሙ እቲ ቤት ፅሐፈት ንዝሃቦ ፍቓድ ክስርዝ ይኽእል እዩ።
   ሀ. ኣጭበርቢሩ ናይ ሓሶት መረዳእታ ዘቕረበ ወይ ድማ ምጭብርባር መሰረት ዝገበረ መግለፂ ዘቕረበ፣
   ለ. እቲ ቤት ፅሐፈት ቅድም ክብል ዘይተሰማማዓሉ ፍቓድ ወይ መሰል ንካልእ ወገን ተመሓላሊፉ እንተድኣ ተረኺቡ፣
   ሐ. ንመበረታትዒ ተባሂሎም ዝተውሃቡ ከም መሬት ማይ ዝመሰሉ መሰላት ወይ ድማ ካልኦት ግልጋሎታት ካብ ዝተተለመሎም ዕላማ ወፃኢ ንካሊእ ሰብ እንተተዋሂቦም ወይ ድማ ንካሊእ ተግባር ውዒሎም እንተተረኺቦም፣
   መ. ዝኾነ ሓዱሽ ኢንተርፕራይዝ ወይ ድማ መስፍፋሕ ኣብ'ዚ ኣዋጅ እዚ ኣብ ዓንቀፅ 17 ቁ. 1 ብዝተቐመጠሉ እውን ክጅምር እንተዘይኪኢሉ ወይ ድማ ኣብ መንጎ ጠጠው እንተኢሉ
   ረ. ናይ ከባቢ ምምራዝ እንተስዒቡ
3. ኣብ'ዚ ዓንቀፅ እዚ ኣብ ንኡስ ቁፅሪ 2 ዝተጠቐሰ ከምዘሎ ኮይኑ፣ እቲ ቤት ፅሕፈት እቲ ፍቓድ ዝወሰደ ኢንቨስተር ዝረኸቦም ገንዘብ ተንከፍ ዝኾኑ ጥቅምታት ክምለሱ ክገብር ከምኡ'ውን ኣብ ጥቅሚ ዝውዓሉ መበረታትዒ ክትክኡ ክግደድ ይኽእል እዩ።

ፈቃዱን ከተቀበለበት ቀን ጀምሮ በስድስት ወራት ውስጥ የኢንተርፕራዙን ወይም መስፋፋቱን ተግባር መጀመር አለበት። ተቀባይነት ባለው ምክንያት በዚህ ጊዜ ውስጥ ለመጀመር ካልቻለ ፅሕፈት ቤቱ ጊዜውን እንደአስፈላጊነቱ ሊያራዝም ይችላል።

2. ባለሃብቱ የኢንተርፕራይዙን መቋቋም ወይ የመስፋፋት ሂደት በሚመለከተው መመሪያ መሰረት በየጊዜው ሪፖርት ያቀርባል።

18 <u>ፈቃዶችን ስለመሰረዝ</u>

1. በዚህ አዋጅ መሰረት የተሰጠ ማንኛውም ፈቃድ ፅሕፈት ቤቱ በቅድሚያ በፅሑፍ ከፈቀደ ለሌላ ማዛወር ይችላል
2. ከሚከተሉት ጥፋቶች አንዱ ተፈጽሞ ቢገኝ ፅሕፈት ቤቱ ማንኛውን የተሰጠ ፈቃድ ይሰርዛል።
   ሀ. በማታለል የሀሰት ማስረጃ በማቅረብ ወይም የተጭበረበረ መግለጫ በማቅረብ የተገኘው ከሆነ
   ለ. ፅሕፈት ቤቱ አስቀድሞ ሳይስማማበት ማንኛውን ፈቃድ ወይም መበት ለሌላ ወገን ተላልፎ ከተገኘ
   ሐ. የተሰጡት ማበረታቻዎች መብቶች፣ መሬት ፣ ውሃ ወይም የተለያዩ አገልግሎት ከታቀደላቸው አላማ ውጭ ለሌላ ሰው ተሰጥተው ወይም ከሌላ ተግባር ውለው የተገኙ እነደሆነ፣
   መ. ማንኛውም ኢንተርፕራይዝ ወይም መስፋፋት በዚህ አዋጅ አንቀፅ 17 ተ.ቁ 1 ላይ በተተመነለት ጊዜ ውስጥ ለመቋቋም ሳይችል ሲቀር ወይም መስራት ቢያቆም
   ረ. የአከባቢ መበከል ሲያደርስ
3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 የተደነገጉት እነደተጠበቁ ሆነው ፅሕፈት ቤቱ ፈቃደኝነት ከመሰረዝ በተጨማሪ ኢንቨስተሩ ያገኛቸውን ገንዘብ ነክ ጥቅሞች ተመላሽ እንዲሆኑና እንዲሁም ጥቅም ላይ የዋሉ ማበረታቻዎችና

4. ኣብዚ ዓንቀፅ እዚ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ከምዝተጠቐሰ ከከም ኩነታቱ ናይ'ቲ ዝተፈፀመ ጥፍኣት ፍቓድ ብምስራዝ ሓሊፉ ብመሰረት ገበነኛ መቕፅዒ ሕጊ ኣብ ቤት ፍርዲ ናይ ገበን ክሲ ክምስረት ይኽእል እዩ።

19 ጥርዓን ምቅራብ

1. እቲ ቤት ፅሕፈት ብዝሀቦ ውሳነ ቅሬታ ዘለዎ በዓል ርእሰማል እቲ ውሳነ ካብ ዝተውሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ጥርዓኑ ናብ'ቲ ቦርድ ክቐርብ ይኽእል እዩ።
2. እቲ ቦርድ ነቲ ጥርዓን ምስ ገምገመ ዝህቦ ውሳነ ናይቲ መወዳእታ ይኸውን፣ ብኡ ድማ ይፀንዕ
3. ኣብ'ዚ ዓንቀፅ እዚ ዘሎ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ተቐሚጡ ዘሎ ፣ ኣብያተ ፍርዲ ናይ ውልቀ ሰብ መሰል ንምኽባር ንዝተውሃቦም ስልጣን ዝሰርዝ ኣይኮነን።

## ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ናይቲ ክልል መንግስቲ ኣብ ኢንቨስትመንት ዝህልዎ ተሳትፎ

20. ናይ ክልል መንግስቲ ንበይኑ ወይ ድማ ምስ ናይ ውልቀ ኢንቨስተራት ብምጥማር ር/ማል ክዋፍር/ኢንቨስት ክገብር/ እንተደልዩ ኣብዚ ኣዋጅ እዚ ኣብ ዓንቀፅ 13 ን 14ን ዝተቀመጡ ተፈፃምነት ይህለዎም።

## ምዕራፍ ሓሙሽተ

21 ምምሕዳር ኢንቨስትመንት

ምምሕዳር ኢንቨስትመንት እዞም ዝስዕቡ ኣካላት የህልዉዎም

ሀ. ናይ'ቲ ክልል ቦርድ ኢንቨስትመንት
ለ. ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት
ሐ. ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት
መ. ኣድለይቲ ሰራሕተኛታት

22 ቦርድ ኢንቨስትመንት፣

1. ንስልጣን፣ ተግባርን ኣፈፃፅማ ስራሕን ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ብላዕለዋይነት ዝመርሕን ዝቆፃፀርን ናይ ክልል ቦርድ ኢንቨስትመንት ይህሉ
2. እቲ ቦርድ ኢንቨስትመንት ተፀዋዕነቱ ንፈፃሚ ኮሚቴ ቤት ምኽሪ እቲ ክልል ኮይኑ እዞም ዝስዕቡ ኣባላት ይህልዉዎ።

መብቶች እንዲተኩ ማስገደድ ይችላል።

4. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀፅ 2 መሰረት ፈቃዱን ከመሰረዝ በተጨማሪ እንደ ድርጊቱ ባህርይ አግባባቸው የወንጀለኛ መቅጫ ህግ ድንጋጌዎች መሰረት በጥፋተኛው ላይ የወንጀል ክስ ሊመሰርት ይችላል።

19 ስለ አቤቱታ አቀራረብ

1. ጽሕፈት ቤቱ በሰጠው ማንኛውም ውሳኔ ቅር የተሰኘ ባለሀብት ውሳኔውን በተቀበለ በአስር 10 ቀናት ውስጥ ቅሬታውን ለቦርድ ማቅረብ ይችላል።
2. ቦርዱ የቀረበለትን ቅሬታ ከመረመረ በኋላ የሚሰጠው ውሳኔ የመጨረሻና የፀና ይሆናል።
3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 የተደነገገውን ፍርድ ቤቶች/ግለሰቦችን መብት ለማስከበር ያላቸው ስልጣን የሚሽር አይደለም።

## ምዕራፍ አራት

## የክልሉ መንግስት ለኢንቨስትመንት ያለውን ተሳትፎ

20. የክልሉ መንግስት ለብቻው ወይም ከግል ባለሀብቶች በቅንጅት ኢንቨስት ለማድረግ በሚፈልግበት ጊዜ በዚህ አዋጅ አንቀፅ 13ና 14 የተወሰኑትን ተፈፃሚ ይሆናሉ።

## ምዕራፍ አምስት

21. ኢንቨስትመንት አስተዳደር

የኢንቨስትመንት አስተዳደር የሚከተሉት ክፍሎች ይኖሩታል

ሀ. የክልሉ የኢንቨስትመንት ቦርድ
ለ. የኢንቨስትመንት ፅሕፈት ቤት
ሐ. የኢንቨስትመንት ፅሕፈት ቤት ኃላፊ
መ. አስፈላጊ የሆኑ ሰራተኞች

22 የኢንቨስትመንት ቦርድ

1. የፅሕፈት ቤቱን ስልጣንና ተግባራት አፈፃፀም በበላይነት የሚከታተልና የሚቆጣጠር የኢንቨስትመንት ቦርድ ይኖራል።
2. ቦርድ ተጠሪነቱ ለክልሉ ምክር ቤት ስራ አስፈፃሚ ሆኖ የሚከተሉት አባላት ይኖሩታል።

ሀ. ናይ'ቲ ክልል ፈፃሚ ኮሚቴ ኣቦወንበር …….ኣካቢ

ለ. ሓላፊ ቢሮ ትልምን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን . . . . . .ም/ኣካቢ

ሐ. ሓላፊ ቢሮ ፋይናንስ ክልል ትግራይ… ኣባል

መ. ሓላፊ ቢሮ ልምዓት ሕርሻ ክልል ትግራይ ……ኣባል

ረ. ሓላፊ ቢሮ ልምዓት ተፈጥሮኣዊ ሃብትን ዕቀባ ከባቢን ክልል ትግራይ……. ኣባል

ሰ. ሓላፊ ቢሮ ኢንዱስትሪን ኢደ ጥበብን ክልል ትግራይ….. ኣባል

ሸ. ሓላፊ ቢሮ መዓድንን ኢነርጅን ክልል ትግራይ …..ኣባል

ቀ. ሓላፊ ቢሮ ቱሪዝም ክልል ትግራይ …ኣባል

ቐ. ኣቦ ወንበር ቤት ምኽሪ ነጋዶ….. ኣባል

በ. ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ……..ኣባልን ፀሓፍን

ተ. ምስ ናይ ኢንቨስትመንት ስራሕቲ ርክብ ካብ ዘለዎም ኣካላት በቲ ቦርድ ዝምረፁ ክልተ ኣባላት … ኣባላት

## 23 ናይ ቦርድ ኣኼባታት

1. እቲ ቦርድ ከከም ኣድላይነቱ ክእከብ ይኽእል እዩ። ኮይኑ ግና ኣብ ወርሒ ሓደ ጊዜ ስሩዕ ኣኼባ ይህልዎ
2. እቲ ኣካቢ/ኣቦ ወንበር/ ናይ'ቲ ቦርድ ስሩዕ ይኹን ዘይስሩዕ ኣኼባታት ይፅድም ንሱ ኣብዘይህልወሉ ምክትል ኣካቢ /ኣቦወንበር/ ናይ'ቲ ቦርድ ኣኼባ ይፅድም። ክልቲኦም ኣብ ዘይህልዉሉ እዋን ኣቦ ወንበር ዝወከሉ ሰብ ኣኼባ ይፅድም።
3. ነቲ ኣካቢ ሓዊሱ ካብ ኣባለት ቦርድ ክልተ ሲሶ 2/3 እንተደኣ ተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ይማላእ
4. ናይ'ቲ ቦርድ ውሳነታት ብናይ ተኣከብቲ ናይ ድምፂ ብልጫ ይኸውን። ማዕረ ድምፂ እንተኾይኑ ኣቦ ወንበር ዝደገፎ ይስዕር።
5. እዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱ ከምዘለዉ ኮይኖም እቲ ቦርድ ናይ ባዕሉ ዝርዝር ኣሰራርሓታት ከውፅእ ይኽእል እዩ።

## 24 ተግባርን ሓላፍነትን ቦርድ ኢንቨስትመንት

ኣብ'ዚ ኣዋጅ እዚ ዝተቐመጡሉ ሓላፊነት ኩሉ ከምዘለዎ ኮይኑ ቦርድ ኢንቨስትመንት ክልል ትግራይ እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነትን

ሀ. የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ሊቀመንበር ….. ሰብሳቢ

ለ. የፕላንና ኢኮኖሚ ልማት ቢሮ ኃላፊ … ም/ሰብሳቢ

ሐ. የፋይናንስ ቢሮ ኃላፊ…. አባል

መ. የእርሻ ልማት ቢሮ ኃላፊ…. አባል

ረ. የተፈጥሮ ሀብት የአከባቢ ጥበቃ ቢሮ ኃላፊ …….አባል

ሰ. የኢንዱስትሪና እደጥበባት ቢሮ ኃላፊ…. አባል

ሸ. የማእድንና ኢነርጂ ቢሮ ኃላፊ ……አባል

ቀ. የቱሪዝም ቢሮ ኃላፊ ….ሸሸአባል

ተ. ከኢንቨስትመንት የስራ መስኮች ግንኙነት ካላቸው አካላት በቦርድ የሚመረጡ ሁለት አባላት …. አባላት

## 23 የቦርድ ሰብሳቢዎች

1. ቦርድ እንደስራው አስፈላጊነት ለመሰብሰብ የሚችል ሲሆን በወር አንድ ጊዜ መደበኛ ስብሰባ ይኖረዋል።
2. ሰብሳቢው ቦርዱን ለስብሰባ የሚጠራ ሲሆን እሱ በማይገኝበት ጊዜ ምክትል ሰብሳቢው የቦርዱን ስበሰባዎች ለመጥራት ይችላል። ሰብሳቢውና ምክትል ሰበሳቢው በማይገኙበት ጊዜ ሰብሳቢው የሚወክለው አባል ስበሰባ ለመጥራት ይችላል።
3. ሰበሳቢውን ጨምሮ ከቦርድ አባላት ውስጥ ሁለት ሶስተኛ 2/3 የሚሆኑ በስበሰባው ላይ ሲገኙ ምልአተ ጉባኤ ይሞላል።
4. የቦርዱ ውሳኔዎች የሚፀኑት በስብሰባው ላይ የተገኙ አባላት በሚሰጡት ድምፅ ብልጫ መሰረት ይሆናል። እኩል ድምፅ ከተገኘ ሊቀመንበሩን የደገፈውን ውሳኔ ይፀናል።
5. ከላይ የተመለከተውን እንደተጠበቀ ሆኖ ቦርዱ ዝርዝር የስበሰባ ስነ ስርዓት ለማውጣት ይችላል።

## 24 የኢንቨስትመንት ቦርድ ስልጣንና ተግባር

በዚህ አዋጅ የተሰጡትን ስልጣን እንደተጠበቁ ሆነው የትግራይ ክልል ኢንቨስትመንት ቦርድ የሚከተሉትን ስልጣንና ተግባር ይኖሩታል።

ይህልዉ፦

1. ንስልጣን ተግባርን ኣፈፃፅማን ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ብላዕለዋይነት ይመርሕ፣ ይከታተል፣ ይቆፃፀር።
2. ኣዋጃትን ደንብታትን ኢንቨስትመንት ንምትግባር ዘኽእሉ መምሪሒታት ተዳልዮም ክፀድቅ ይገብር።
3. ናይ'ቲ ክልል ምምሕዳር ምስ ሰብ ርእሰማል ውልቀ ሰባት ብሽርክና ተግባራዊ ንዝገብሮ ኢንቨስትመንት የፅድቅ
4. ብሰብ ርእሰማል ንዝቐርቡ ናይ ኢንቨስትመንት ጥርዓናት ይምርምር፣ ውሳነ እውን ይህብ
5. ናይቲ ክልል ናይ ኢንቨስትመንት መሬት ክራይ ክፍሊት መጠንን በብናይ ስራሕ መዳዩ ክህበሉ ዝኽእል ናይ ኮንትራት ጊዜን ይውስን
6. ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ንዝህቦ ግልጋሎት ናይ ዝግባእ ክፍሊት መጠን ይውስን
7. እቶም ኣብ ናይ ማእኸላይ መንግስቲ ኣዋጅ ተቐሚጦም ዘለዉ መተባብዒታት ከምዘለዉ ኮይኖም ኣብ ወድዓዊ ኩነታት ናይ'ቲ ክልል ዝተደረኸ ተወሳኺ መተባብዒ ዘድልዮም ዓይነታት ኢንቨስትመንት ይውስን።
8. ኣብ መንጎ ቤት ፀሐፈት ኢንቨስትመንት ካልኦት ቢሮታትን ክህሉ ዝግበኦ ናይ ስራሕ ርክብ ይሕንፅፅ፣ ይውስን።
9. በቢ ዞብኡ ዝግበር ናይ ኢንቨስትመንት ምንቅስቃስ ሚዛን ንክህሉ ኣድላይ ፃዕርን ደገፍን ይገብር።
10. ዓመታዊ መደብ ስራሕን ባጀትን ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት የፅድቅ
11. ብማእከላይ መንግስትን ብናይ ክልል መንግስትን ንዝወፅኡ ኣዋጃትን መምርሒታትን ተፈፃምነቶም ይከታተል
12. ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ብምምልማል ናብ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ኣቅሪቡ የሽውም።
13. ከከም ኣድላይነቱ ንዝተወሰነ ተግባሩን ሓላፊነቱን ናብ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ከመሓላልፍ ይኽእል
14. ናይ'ቲ ቦርድ ናይ ስራሕ ምንቅስቃስ ፀብፃብ ሪፖርት ናብ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይን

1. የኢንቨስትመንት ፅሕፈት ቤት ስልጣንና ተግባር አፈፃፀም በበላይነት ይከታተላል ይቆጣጠራል
2. የኢንቨስትመንት አዋጆችና ደንቦች ለመተግበር የሚያስችሉ መመሪያ ተዘጋጅተው እንዲፀድቁ ያደርጋል
3. የክልሉ አስተዳደር ከግል ባለሀብቶች ጋር በሽርክና የሚያደርገውን ኢንቨስትመንት ያፀድቃል
4. ከኢንቨስተሮች የሚቀርቡትን አቤቱታዎች ይመረምራል ውሳኔም ይሰጣል
5. ለኢንቨስትመንት የሚውል የክልሉ መሬት ክራይ መጠንና በተለያዩ የስራ መስኮች ሊኖሩት የሚችለውን የኮንትራት ጊዜ ይወስናል።
6. ፅሕፈት ቤቱ ለሚሰጠው አገልግሎት ሊያስከትል የሚችለውን ተመጣጣኝ የአገልግሎት ዋጋ ይወስናል።
7. በማዕከላዊ መንግስት የኢንቨስትመንትን አዋጅ ውስጥ የተጠቀሱትን ማበረታቻዎች እንደተጠበቁ ሆነው የክልሉ ሁኔታ መሰረት በማድረግ ተጨማሪ ማበረታቻዎች የሚያስፈልጋቸው የስራ መስኮች ይወስናል።
8. የኢንቨስትመንት ፅሕፈት ቤትና ክልሎች ቢሮዎች ሊኖሩ የሚገባው የስራ ግንኙነት ይወስናል።
9. በየዞኑ የሚደረግ የኢንቨስትመነትን እንቅስቃሴ ሚዛን እነዲጠብቅ ጥረትና ድጋፍ ያደርጋል።
10. የፅህፈት ቤቱ አመታዊ የስራ እቅድና በጀት ያፀድቃል
11. በማዕከላዊ መንግስትና በክልል የሚወጡ አዋጆችና መመሪያዎች ተፈፃሚነታቸው ይከታተላል
12. የጽህፈት ቤቱ ኃላፊ ለምክር ቤት በማቅረብ እንዲሾም ያደርጋል
13. ቦርድ ተግባሩንና ስልጣኑን እንደ አስፈላጊነቱ በከፊል ለጽህፈት ቤቱ ኃላፊ በውክልና ሊሰጥ ይችላል
14. የቦርዱ የስራ እንቅስቃሴ ሪፖርት ለክልሉ ምክር ቤትና ለማእከላዊ መነግስት

ናብ ሃገራዊ ቦርድ ኢንቨትመንትን የቅርብ።

25 **ምቋም ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት**

1. ቤተ ፅሐፈት ኢንቨስትመንት ብሄራዊ ክልል ትግራይ በዚ ኣዋጅ እዚ ቆይሙ ኣሎ
2. እቲ ቤት ፀሐፈት ተፀዋዕነቱ ንናይ ክልል ቦርድ ኢንቨስተመንት እዩ፡

26 **ስልጣንን ሓላፍነትን እቲ ቤት ፅሕፈት**

1. ኣብዚ ኣዋጅ እዚ ዝተጠቐሱ ዓላማታትን ተግባራትን ኢንቨስትመንት ማእኸል ኮይኑ ይመርሕ
2. ዝቐርቡሉ ሕቶታት ኢንቨስትመንት ብመሰረት ኣዋጅ ኢንቨስትመነት ማእኸላይ መንግስትን ክልልዊ መንግስትን ብቑዓት ምዃኖም ብምርገፅ ፈቓድ ኢንቨስትመንት ይህብ
3. ናይቲ ክልል ተፈጥሮኣዊ ሃብትን ማዓድናትን ዝመስረቶም ኢንቨስትመንት ዝዕድሙ መረዳእታታት ይእክብ የጠናኽርን ንደቂ ሃገር ሰብ ርእሰማል ክጥቀምሎም ይገብርን ተግባራዊ ክኾኑ ዝኽእልሉ ፕሮጀክትታት ኣፅኒዑ ድማ ንሰብ ርእሰማል የፋልጥ።
4. ናይ ኢንቨስትመንት ፈቓድ ዝተውሃቦም ሰብ ርእሰማል ዘቅርበዎም ናይ መበረታትዒ ሕቶታት በዚ ኣዋጅ'ዚ ዝተደገፈ ምዃኑ ብምርግፃ ይውስን።
5. ኣብ ንኢንቨስተራትን እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ኣካላት ምምሕዳር እቲ ክልልን ስራሕቲ ኢንቨስትመንት የተሓባብርን ይከታተልን።
6. ኣብቲ ክልል ንዝካየድ ስራሕቲ ኢንቨስትመንት ግቡእ ግልጋሎት ይህብ
7. ኢንቨስትመንት ዝምልከቱ መምርሒታትን ደንብታትን ኣዳልዩ ንቦርድ የቅርብ እንተፀዲቑ ተግባራዊ ይገብር
8. ኢኮኖሚያዊ ፖሊሲን ስትራተጂን ክልል ትግራይ መሰረት ዝገበረ ረቂቅ ፖሊሲ ኢንቨስትመንት የዳሉ
9. ዝተፈላለየ ዓውደ መፅናዕቲ ሰሚናራትን ስልጠናታትን ንዝምልከቶም ኣካላት የዳሉ።
10. ናይ ስርሑ ኣፈፃፅማ ብዝምልከት ፀብፃብ /ሪፖርት/ ናብ ፈፃሚ ኮሚቴ እቲ ክልልን ቦርድ ኢንቨስትመንትን የቅርብ። ናይቲ ፀብፃብ ቅዳሕ ናብ ቤት ፅሕፈት

የኢንቨስትመንት ፅሕፈት ቤት ያቀርባል።

25 **የፅህፈት ቤቱ መቋቋም**

1. የኢንቨስትመንት ጽሕፈት ቤት በዚህ አዋጅ ተቋቁሟል።
2. ጽሕፈት ቤቱ ተጠሪነቱ ለክልሉ ኢንቨስትመንት ቦርድ ይሆናል።

26 **የፅሕፈት ቤቱ ስልጣንና ተግባር**

1. በዚህ አዋጅ የተዘረዘሩትን የኢንቨስትመንት ዓላማዎችና ተግባሮች በማዕከልነት ይመራል
2. በማዕከላዊ መንግስትና በክልሉ መንግስት የሚወጡትን አዋጆች መሰረት በማድረግ የሚቀርቡለትን የኢንቨስትመንት ጥያቄዎች ፈቃድ ይሰጣል።
3. በክልሉ ውስጥ የሚገኘውን የተፈጥሮ ሃብትና የማዕድናት ክምችቶች መረጃዎች ይሰበስባል፣ የአገር ውስጥ ባለሃብቶች እንዲጠቀሙበት ያደርጋል እንዲሁም ተግባራዊ ሊሆኑ የሚችሉትን ፕሮጀክቶች በማጥናት ለባለሃብቶች ያስተዋውቃል።
4. የኢንቨስትመንት ፈቃድ የተሰጣቸው ባለሃብቶች የሚያቀርቡትን ማበረታቻ ጥያቄዎች በዚህ አዋጅ የተደገፈ መሆኑን በማረጋገጥ ይወስናል።
5. በባለሃብቶችናጉዳዩ የሚመለከታቸው የክልሉ አስተዳደር አካላት መካከል የኢንቨስትመንት ተግባሮችን ማስተባበር፣ መከታተልና መቆጣጠር
6. በክልሉ ለሚካሄደውን የኢንቨስትመንት ስራዎች ተገቢውን ግልጋሎት ይሰጣል
7. ኢንቨስትመንት የሚመለከቱ መመሪያዎችና ደንቦች በማዘጋጀት ለቦርድ ያቀርባል፣ ሲፀድቅም ተግባራዊ ያደርጋል
8. የትግራይ ክልል የኢኮኖሚ ፖሊሲና ስትራቴጂ መሰረት በማድረግ የኢንቨስትመንትን ፖሊሲ ረቂቅ ያዘጋጃል
9. የተለያዩ አውደ ጥናቶች፣ ሰሚናሮችና ስልጠናዎች ለሚመለከታቸው አካሎች ያዘጋጃል
10. የስራው አፈፃፀም ሪፖርት ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ለክልሉ ኢንቨስትመንት ቦርድና ለማዕከላዊ መንግስት የኢንቨስትመንት ፅሕፈት ቤት ይልካል።

ኢንቨስትመንት ኢትዮጵያ ይልእኽ።

11.ካልኦት ንዕላማታት እዚ ኣዋጅ'ዚ መሰረት ዝገበሩ ስራሕቲ ይፍፅም።

## 27 ተግባርን ሓላፍነትን ሓላፊ ቤት ፀሕፈት ኢንቨስትመንት

1. ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ብመቅረባይነት ኣቦ ወንበር ፈፃሚ ኮሚቴ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ በቲ ቤት ምኽሪ ዝሸየም ኾይኑ፣ ቦርድ ኢንቨስትመንት እቲ ክልል ብዝህቦ ሓፈሻዊ መምርሒ መሰረት ስራሕን ምምሕዳርን እቲ ቤት ፅሕፈት ብላዕለዋይነት ይመርሕ።
2. ኢንቨስትመንት ብዝምልከት ማእኸላይ መንግስትን ምምሕዳርን እቲ ክልልን ናይ ዘውፅእዎም ኣዋጃትን ደንብታትን ኣፈፃፅማ ብቐረባ ይከታተል።
3. ኢንቨስትመንት ዝምልከት ናይ ፖሊሲ ሓሳብ ብምሕንፃፅ ውሳነ ንክወሃበሉ ናብ ቦርድ ኢንቨስትመንት እቲ ክልል የቕርብ።
4. ኢንቨስትመንት ብዝምልከት ኣድላይ መረዳእታታትን ምኽርን ንሰብ ርእሰማል ይህብ
5. ብሽም እቲ ቤት ፅሕፈት ናይ ዝግበሩ ናይ ዝኾኑ ስምምዓትን ውዕላትን ሰነዳት ይፍርም።
6. ትልምን ባጀትን እቲ ቤት ፅሕፈት ናብ ቦርድ ኢንቨስትመንት እቲ ክልል የቕርብ ናይ ምፅዳቕ ስልጣን ብዘለዎ ኣካል ምስፀደቀ ኣብ ግብሪ የውዕል።
7. በብሰለስተ ወርሒ ናይቲ ቤት ፅሕፈት ናይ ስራሕ ምንቅስቓስ ፀብፃብ ናብ ቦርድ ኢንቨስትመንት እቲ ክልል የቕርብ
8. ንመመሓደሪ ሕጊ ሰራሕተኛታት መንግስቲ መሰረት ብምግባር ሰራሕተኛታት ይቖፅር የመሓድር ከምኡ እውን የሰናብት
9. ብሽም እቲ ቤት ፅሕፈት ናይ ባንኪ ሒሳብ ይኸፍት የንቀሳቕስ
10. ምስ ሳልሳይ ወገን ኣብ ዝግበር ርክብ ነቲ ቤት ፅሖፈት ይውክል
11. ነዚ ኣዋጅ'ዚ ተግባራዊ ንምግባር ኣድለይቲ ኣብዝኾኑ ፖሊሲ ተንከፍ ጉዳያትን በቲ ቦርድ ክውሰኑ ኣብ ዝግበኦም ጉዳያትን ናይ ውሳነ ርኢቶ ነቲ ቦርድ የቕርብ።

11.የዚህ አዋጅ አላማዎች ለማከናወን አስፈላጊ የሆኑትን ሌሎች ተግባሮች ሁሉ ይፈፅማል።

## 27 የኢንቨስትመንት ፅሕፈት ቤት ኃላፊ ስልጣንና ተግባር

1. የጽህፈት ቤቱ ኃላፊ በክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ሊቀመንበር አቅራቢነት በምክር ቤቱ የሚሾም ሆኖ ቦርድ በሚሰጠው ጠቅላላ መመሪያ መሰረት የፅህፈት ቤቱ ስልጣንና ተግባር በበላይነት ይመራል
2. ኢንቨስትመንትን በተመለከተ ማዕከላዊ መንግስትና የክልሉ አስተዳደር የሚያወጡትን አዋጆችና ደንቦች አፈፃፀም በቅርብ ይከታተላል
3. ኢንቨስትመንት በተመለከተ የፖሊሲ ሐሳቦች ውሳኔ እንዲሰጥበት ለክልሉ ኢንቨስትመንት ቦርድ ያቀርባል
4. ኢንቨስትመንት በተመለከተ አስፈላጊ መረጃዎችን ለባለሃብቶች ያቀርባል
5. በጽህፈት ቤቱ ስም የሚደረጉትን ማናቸውን ስምምነቶችና የውል ሰነዶች ይፈራረማል
6. የጽህፈት ቤቱ እቅድና በጀት በማዘጋጀት ለቦርዱ ያቀርባል። የማፅደቅ ስልጣን ባለው አካል ሲፀድቅ በተግባር ያውላል።
7. በየሶስት ወሩ የጽህፈት ቤት የስራ እንቅስቃሴ ለቦርድ ያቀርባል።
8. የመንግስት ሰራተኞችን አስተዳደር ህግ መሰረታዊ መርሆዎችን በመከተል ሰራተኞችን ይቀጥራል፣ ያስተዳድራል፣ ያሰናብታል።
9. በጽህፈት ቤቱ ስም የባንክ ሂሳብ ይከፍታል፣ ያንቀሳቅሳል
10. ጽህፈት ቤቱ በሶስተኛ ወገኖች ዘንድ ይወከላል
11. ይህን አዋጅ ተግባራዊ ለማድረግ ፖሊሲ ነክ የሆኑ ጉዳዮችና በቦርድ መወሰን የሚገባቸው ጉዳዮች የውሳኔ ሀሳብ ለቦርድ ያቀርባል።



## ምዕራፍ ሽዱሽተ

## ኩነታት ፋይናንስ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት

28 ፍልፍል ፋይናንስ

1. እቲ ቤት ፅሕፈት እዞም ዝስዕቡ ፍልፍላት እቶት ይህልዉዎ፣
   ሀ. መንግስቲ ንዝምድበሉ በጀት

   ለ. ካብ ግልጋሎት ዝእክቦ ገንዘብ
   ሐ. ካብ ዝኾነ ካልእ ፍልፍል ዝረኽቦ ሓገዝን ውህብቶን
2. ኣብዚ ዓንቀፅ'ዚ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ዝተቐመጡ ፍልፍላት ዝተኣከበ ገንዘብ ኣብዚ ኣዋጅ ንዝተቐመጡ ዓላማታት እቲ ቤት ፅሕፈት መፈፀሚ ይኸውን

3. በዚ ዓንቀፅ እዚ መሰረት እቲ ቤት ፅሐፈት ዝረኸቦ ገንዘብ ብደንብን መምርሒን ቢሮ ፋይናንስ ይመሓደር።

## ምዕራፍ ሸሞንተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

29 ኣብ ሃፍቲ ማእድን ዝግበር ኢንቨስትመንት

ዕላማታትን መሰረታዊ መምርሒታትን እዚ ኣዋጅ እዚ መሰረት ብምግባር ኣብ ክፍለ ቁጠባ ማዕድን ርእሰማል ዝዋፈሩ /ኢንቨስት ዝገብርሉ/ ኩነታትን ኣፈፃፅሻ መበረታትዕን ብመሰረት ሕጊ ሃፍቲ መዓድን ዝውሰን ይኸውን።

30 ናይ ምትሕብባር ጉቡእ

ኣብ ውሽጢ እዚ ኣዋጅ እዚ ዝተደንገጉ ጉዳያት ዝምልከቶ ኣካል ኩሉ ናይ ምትሕብባር ግቡእ ኣለዎ።

31 እዚ ኣዋጅ እዚ ዝፀንዓሉ እዋን

እዚ ኣዋጅ እዚ ብነጋሪት ጋዜጣ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ተፈፃሚ ይኸውን

ገብሩ ኣስራት

ኣቦ ወንበር ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ
8 መስከረም 1987 ዓ.ም

## ምዕራፍ ስድስት

## የጽሕፈት ቤቱ ፋይናንስ በተመለከተ

28 የገቢ ምንጭ

1. ጽህፈት ቤቱ ከዚህ ቀጥሎ ከተዘረዘሩት ምንጮች የሚገኝ ገቢ ይኖረዋል
   ሀ. መንግስት በጀት መድቦ የሚሰጠውን ገንዘብ
   ለ. ከአገልግሎት የሚሰበስበውን ገንዘብ
   ሐ. ከማናቸውም ሌላ ምንጭ የሚያገኘውን ገቢ እርዳታና ስጦታ
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ/1/ ከተመለከቱት ምንጮች የተሰበሰበውን ገቢ ፅሕፈት ቤቱ በዚህ አዋጅ ውስጥ ለተጠቀሱት አላማዎችና ተግባሮች ማስፈፀሚያ ይጠቀምበታል።
3. በዚህ አንቀፅ መሰረት የተገኘውን የፅህፈት ቤት ገንዘብ በፋይናንስ ቢሮ ደንብና መመሪያ መሰረት ይተዳደራል።

## ምዕራፍ ሰባት

## የተለያዩ ድንጋጌዎች

29 በማእድን ስለሚደረግ ኢንቨስትመንት

የዚህን አዋጅ አላማዎችና መሰረታዊ መርሆዎች በመከተል በማዕድን ክፈለ ኢኮኖሚ ኢንቨስት ስለሚደረግበት ሁኔታና ማበረታቻ አፈ.ቃቀድ አግባብ ባለው የማእድን ህግ መሰረት ይወሰናል።

30 የመተባበር ግዴታ

በዚህ አዋጅ ውስጥ በተደነገጉት ጉዳዮች ላይ የሚመለከተው አካል የመተባበር ግዴታ አለበት።

31 አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ

ይህ አዋጅ በነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ከምሮ የፀና ይሆናል።

ገብሩ አስራት

የትግራይ ክልል ምክር ቤት ሊቀመንበር
18 መስከረም 1987 ዓ.ም

www.abyssinialaw.com

2ይ ዓመት ቁፅሪ 13

2ኛ ዓመት ቁጥር 13

መቐለ ታህሰስ 1987 ዓ.ም

ኣብ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ የሽግግር መንግስት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

| ናይ ሓደ ዋጋ 0.85 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120 |
|---|---|---|

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቑፅሪ 13

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 13

**ቁፅሪ ኣዋጅ 13/1987 ዓ.ም**
**ቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን ክልል ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ኣዋጅ**

ናይ ክልልና ሰብኣዊን ተፈጥሮኣዊን ሃብቲ ንረብሓ ሕብረተሰብና ብግቡእ ምውዓሉን ካብኡ ሓሊፉ ድማ ንክልልና ብማእኸላይ መንግስቲ፣ ብናይ'ቲ ክልል መንግስቲን ህዝብን ዝምደብ በጀት ብዝግባእ ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ቁፅፅር ክግበረሉ ስለዘለዎ፣

ናይ ዝተፈላለዩ ናይ ልምዓት ትካላትን ቢሮታትን ከምኡ'ውን ናይ ማሕበራት ናይ ገንዘብ ምምሕዳር ኣግባብ ዘለዎ ናይ ሒሳብ ኣተሓሕዛ ስርዓት ዝሓዘ ምዃኑን ካብ ቢሮታት ዝእከብ ኣታዊን ወፃእን ናይ ንብረት ምምሕዳርን ብናይ መንግስቲ ደንብን ሕግን ዝምራሕ ምዃኑ ንምርገጋፅ

ካብኡ ሓሊፉ ድማ ዝተትሓዙ መደባትን ፕሮግራማትን ቁልጡፍን ቁጠባዊ ናይ ኣጠቓቕማ ኣንፈት ዝተከተሉን ምዃኖም ንምርግጋፅ ናይ ክልልና ኢኮኖሚ ብዝተጠናኸረ ናይ ኦዲት ስራሕ ክድገፉ ስለዘለዎ

ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ብመሰጋገሪ ሕገ መንግስቲ ክልል ትግራይ ኣንቀፅ 35/1 ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት ቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን ክልል ትግራይ ንምጥያሽ እዚ ዝስዕብ ኣዊጁ ኣሎ።

**አዋጅ ቁጥር 13/1987**
**የትግራይ ክልል ኦዲትና ቁጥጥር ፅሕፈት ቤት ለማቋቋም የወጣ ኣዋጅ**

የክልሉ ሰብኣዊና ተፈጥሮኣዊ ሃብት በኣግባቡ ለህብረተሰቡ ጥቅም መዋሉን፣ ከዚያም አልፎ ለክልሉ በማእከላዊ መንግስትና በክልሉ መንግስትና ህዝብ የሚመደበው በጀት በኣግባቡ ስራ ላይ መዋሉ ቁጥጥር ሊደረግበት የሚገባ ስለሆነ

የተለያዩ የልማት ድርጅቶች ቢሮዎች እና ማህበራት የገንዘብ አያያዝ ኣግባብ ያለው የሂሳብ አያያዝ ስርዓት የተከተሉ መሆኑን፣ በክልሉ የሚገኙ ቢሮዎች የሚሰበሰበው ገቢና ወጪ፣ የንብረት አስተዳደር የመንግስትን ደንብና ህግ ተከትለው የሚሰሩ መሆኑን ለማረጋገጥ፣

ከዚያም አልፎ የተያዙ እቅዶችና ፕሮግራሞች የተቀላጠፈና ኢኮኖሚያዊ የሆነ የአጠቃቀም ስርዓት የተከተሉ መሆናቸውን ለማረጋገጥ የክልሉ ኢኮኖሚ በተጠናከረ የኦዲት ስራ ሊደገፍ የሚገባው ስለሆነ

የትግራይ ክልል ምክር ቤት በክልሉ የሽግግር ጊዜ ሕገ መንግስት አንቀፅ 35/1 በተሰጠው ስልጣን መሰረት የትግራይን ክልል ኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ለማቋቋም የሚከተለውን አውጇል።

**ክፍሊ ሓደ፣**

**ሓፈሻዊ ድንጋገ፣**

**ዓንቀፅ 1 ሓጺር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ እዚ ናይ ኦዲትን ቁፅፅርን ቤት ፅሕፈት መጣየሺ ኣዋጅ ቁፅሪ 13/87 ተባሂሉ ክፅዋዕ ይከኣል።

**ዓንቀፅ 2 ትርጉም**

ኣብ'ዚ ኣዋጅ ውሽጢ 'ሓላፊ' ማለት ሓላፊ ቤት ፀሐፈት ኦዲትን ቁፅፅርን ክልል ትግራይ እዩ።

"ማሕበር" ማለት ናይ ሓረስቶት ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበር፣ ናይ እደ ጥበብ ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ናይ ከተማ ነበርቲ ማሕበራትን ካልኦትን ናይ ህዝቢ ትካላትን ማለት እዩ።

"ቤት ምኽሪ" ማለት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ እዩ

"ትካል" ማለት ዝኾነ ብሙሉእ ዋንነት መንግስቲ ክልል ትግራይ ወይ ድማ ብሽርክና ዝመሓደር ፋብሪካ፣ መከፋፈሊን ግልጋሎት ወሃቢን ትካል ወይ ድማ ካልእ ናይ ንግዲ ትካል እዩ።

"ቢሮ" ማለት ብቤት ምኽሪ እቲ ክልል ብኣዋጅ ዝተጣየሻ ቢሮታት እየን

**ዓንቀፅ 3 ምጥያሽ**

ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ብመሰጋገሪ ሕገ መንግስቲ ቁፅሪ 1/85 ዓንቀፅ 35/11 መሰረት ቤት ፀሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን በዚ ኣዋጅ'ዚ ኣጣይሹ'ሎ

**ዓንቀፅ 4 ኣወዳድባ ቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን**

1. ቤት ፅሐፈት ኦዲትን ቁፅፅርን
2. ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን
3. ኦዲተራትን ከም ኣድላይነቱ ካልኦት ሰራሕተኛታትን

**ዓንቀፅ 5 ኣመራርፃን ኣሻያይማን ሓለፍቲ ቤት ፅሐፈት ኦዲትን ቁፅፅርን፣**

1. ንቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን ዝመርሕ ሓላፊ ብፈፃሚ ኮሚቴ ክልል ትግራይ ተሓርዩ ብቤት ምኽሪ እቲ ክልል ይሽየም
2. ሓለፍቲ መምርሒታት ቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን ብፈፀሚ ኮሚቴ ክልል ትግራይ ተሓሪዮም ብቤት ምኽሪ እቲ ክልል ይሽየሙ
3. ካልኦት ኦዲተራት ብሓላፊ ይምደቡ።

**ዓንቀፅ 6 ብዛዕባ ተፀዋዕነት**

ሓላፊ ቤት ፀሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን ተፀዋዕነቱ

**ክፍል አንድ**

**ጠቅላላ ድንጋጌ**

**አንቀጽ 1 አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ የትግራይ ክልል ኦትዲና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ማቋቋሚያ አዋጅ 13/1987 ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል

**አንቀፅ 2 ትርጉም**

በዚህ አዋጅ ውስጥ ሓላፊ ማለት የትግራይ ክልል ኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ሀላፊ ነው

"ማሕበር" ማለት የገበሬዎች የህብረት ስራ ማህበር የእደጥበብ የህብረት ስራ ማህበር፣ የከተማ ነዋሪዎች ማህበርና ሌሎች ህዝባዊ ድርጅቶችን ነው

"ምክር ቤት" ማለት የትግራይ ክልል ምክር ቤት ነው

"ድርጅት" ማለት ማንኛውም በመንግስት ሙሉ ባለቤትነት ወይ በሽርክና የሚተዳደር ፋብሪካ የማከፋፈያና ግልጋሎት ሰጪ ድርጅት ወይም ሌላ የንግድ ድርጅት ነው።

"ቢሮ" ማለት በክልሉ ምክር ቤት በኣዋጅ የተቋቋሙ ቢሮዎች ናቸው

**አንቀፅ 3 ስለማቋቋም፣**

የትግራይ ክልል ምክር ቤት በሽግግር ህገ መንግስት አንቀፅ 31/11/ መሰረት የኦዲትና ቁጥጥር ፅሕፈት ቤትን በዚህ አዋጅ አቋቁሟል።

**አንቀጽ 4 የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት አወቃቀር**

1. የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት
2. የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ሓላፊ
3. ኦዲተሮችና እንደአስፈላጊነቱ ሌሎች ሰራተኞች

**አንቀጽ 5 የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ኃላፊዎች አመራረጥና ሹመት**

1. የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ሃላፊ፣ በክልሉ ስራ አስፈፃሚ አቅራቢነት በምክር ቤቱ ይሾማል
2. የመምሪያ ኃላፊዎች በክልሉ ስራ አስፈፃሚ አቅራቢነት በምክር ቤቱ ይሾማል
3. ሌሎች ኦዲተሮች በሃላፊው ይመደባሉ

**አንቀፅ 6 ተጠሪነት**

የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ሃላፊ

ንቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ኾይኑ እቲ ቤት ምኽሪ ኣብዘይርከበሉ እዋን ንኣቦ ወንበር እቲ ቤት ምኽሪ ይኸውን

ክፍሊ ክልተ፣

ዓንቀፅ 7 ብዛዕባ ስልጣንን ተግባርን ቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን

ቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነትን ይህልዉዎ።

1. ንቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ክልል ትግራይን ኣብ ትሕቲኡ ንዝርከቡ ካልኦት ናይ ምምሕዳር ኣብያተ ፅሕፈትን ሓዊሱ ኣብ'ቲ ክልል ናይ ዝርከቡ ቢሮታት፣ ትካላትን ማሕበራትን ሒሳብ ይምርምር ወይ ድማ ክምርመር ይገብር
2. ዝረኸቦ ናይ ኦዲት ውፅኢት ናብ ቤት ምኽሪ እቲ ክልል ከምኡ እውን እቲ ቤት ምኽሪ ኣብዘይርከበሉ ናብ ኣቦ ወንበር ቤት ምኽሪ እቲ ክልል የቕርብ
3. ዝኾነ ናይ ሒሳብ ከይዲ ተንኮል ዝሓዘን ተኣማንነት ዝጎደሎን ኾይኑ እንተረኺቦ እቲ ሒሳብ ዝምልከቶም ሰነዳትን መዛግብትን ይእሽግ
4. ኣብ ክልል ዝዋፈሩ ናይ ግሊ ኦዲተራትን ናይ ሒሳብ ፈላጣትን ነቲ ስራሕ ዘድሊ ክእለትን ፍልጠትን ዘለዎም ምዃኑ የረጋግፅ፣ ናይ ምስክር ወረቐት እውን ይህብ፣ ይህድስ፣ ይስርዝ።
5. ናይቶም ዝተኻየዱ ናይ ኦዲት ምርመራታት ትሕዝቶ ብምግምጋምን ናይ ፀገማት መበገሲ ፅንዓት ብምክያድን መበገሲ ሓሳብ የቕርብ
6. ናይ ሒሳብን ንብረትን ናይ ኦዲት ስርዓት ደረጃን ዝምልከት ናይ ውሽጢ መምርሒታት የውፅእ
7. ፋይናንስ ቢሮ ብዛዕባ ገንዘብን ናይ ሒሳብ ኣታሓሕዛ ስርዓትን ኣብ ዘዳልዎ ደንቢ ምኽሪ ይህብ
8. ናይ ኦዲት ሙያ ክጎልብት ኣድላይ ዝኾነ ፃዕሪ ይገብር
9. ንክልል ትግራይ ብማእኸላይ መንግስቲን ብናይ ክልል መንግስትን ከምኡ እውን ብሓገዝ ውሃብቲ ዝምደብ ናይ በጀትን መደብ በጀትን ኣብ'ቲ ዝፀደቐሉ ፕሮግራም ዝወዓለ ምዃኑ ይምርምር፣ የረጋግፅ።

ዓንቀፅ 8 ናይ ኦዲትን ቁፅፅርን ሓላፊ ስልጣንን ተግባርን

ተጠሪነቱ ለክልሉ ምክር ቤት ሆኖ ምክር ቤቱ በማይሰበሰብበት ጊዜ ለምክር ቤቱ ሊቀመንበር ይሆናል

ክፍል ሁለት

አንቀጽ 7 የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ስልጣንና ተግባር

የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት የሚከተለው ስልጣንና ተግባር ይኖረዋል

1. የክልሉን መስተዳድር ጽሕፈት ቤት በስሩ የሚገኙ ሌሎች የመስተዳድሩ ጽሕፈት ቤቶችን ጨምሮ በክልሉ ውስጥ የሚገኙ ቢሮዎችን ድርጅቶችንና ማህበራትን ሂሳብ ይመረመራል ወይም እንዲመረመሩ ያደርጋል
2. የተገኘውን የምርመራ ውጤት ለክልሉ ምክር ቤት ወይም ምክር ቤቱ በማይሰበሰብበት ጊዜ ለምክር ቤቱ ሊቀመንበር ያቀርባል
3. ማንኛውም የሂሳብ አያያዝ ስራ ተንኮል ያለበትና ታማኝነት የጎደለው ሆኖ ሲገኝ ሂሳቡን የሚመለከቱትን ሰነዶችና መዛግብት ያሽጋል
4. በክልሉ የሚሰማሩ የግል ኦዲተሮችና የሂሳብ አዋቂዎች በስራው የሚያስፈልገው ችሎታና እውቀት ያላቸው መሆኑን የምስክር ወረቀት ይሰጣል፣ ያድሳል፣ ይሰርዛል።
5. የተካሄዱትን የኦዲት ምርመራ ውጤቶች በመገምገም በችግሮቹ ምንጭ ላይ ጥናት በማካሄድ የመፍትሄ ሐሳብ ያቀርባል።
6. የሂሳብ፣ የንብረትና የኦዲት ስርዓትና ደረጃን የሚመለከቱ የውስጥ መመሪያዎች ያወጣል
7. የፋይናንስ ቢሮ ስለ ገንዘብና የሂሳብ አያያዝ ስርዓት በሚያዘጋጀው ደንብ ላይ ምክር ይሰጣል
8. የኦዲት ሙያ እንዲጠናከር አስፈላጊውን ሁሉ ያደርጋል
9. ለክልሉ በማእከላዊ መንግስትና በክልሉ መንግስት እንዲሁም በእርዳታ ሰጪዎች የተመደበው የልማት በጀት ለፀደቀለት ፕሮግራም የዋለ መሆኑን ይመረምራል ያረጋግጣል።

አንቀጽ 8 የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ኃላፊ ስልጣንና ተግባር

ብዓንቀፅ ሸውዓተ ዝተውሃበ ከምዘሎ ኾይኑ እቲ ሓላፊ ዝስዕብ ስልጣንን ተግባርን ይህልዎ

1. ብመሰረት ናይ'ዚ ኣዋጅ እዚ ዓንቀፅ 7/1 ኣብ ውሽጢ ዓመት ናይ ዝተኻየደ ስራሕቲን ናይ'ቲ ቤት ፀሕፈት ዓመታዊ ፀብፃብን ሪፖርት ናብ ቤት ምኽሪ እቲ ክልል፣ እቲ ቤት ምኽሪ ኣብዘይርከበሉ እዋን ድማ ናብ ፈፃሚ ኮሚቴ እቲ ክልል የቅርብ
2. ናይ'ቲ ክልል ፈፃሚ ኮሚቴ ንቤት ምኽሪ እቲ ክልል ዘቕረቦ ናይ'ቲ ክልል ኣታዊን ወፃእን፣ ሃብትን ዕዳን ከምኡ'ውን ናይ'ቲ ክልል ምምሕዳር ገንዘብ ተንከፍ ዝኾኑ መረዳእታታት ዝምልከት ፀብፃብ ካብ'ቲ ቤት ምኽሪ ምስ በፅሖ ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ መርሚሩ ዘለዎ ርኢቶ ናብ'ቲ ቤት ምኽሪ የቅርብ።
3. ዝተውሃቦ ስልጣን ንምፍፃም ዘድልዮን ቤት ፅሕፈት ይውድብ
4. ናይ ኦዲት ቤት ፅሕፈት ዓመታዊ በጀት የዳሉ ምስ ተፈቐደ ኣብ ስራሕ የውዕል
5. ንስራሕ ኣድላዪ ኾይኑ እንትርከብ መምርሒ ብምሃብ ንናይ ግሊ ኦዲተራት ወይ ካልኦት ኪኢላታት ናይ ኦዲት ምርመራ ስራሕቲ ውክልና ክህብ ይኽእል

**ክፍሊ ሰለስተ**

**ዝተፈላለዩ ድንጋገታት**

**ዓንቀፅ 9 ናይ ኦዲት ምርመራ ስርዓት**

1. ናይ ኦዲትን ቁፅፅርን ቤት ፅሕፈት ሓደ ሒሳብ ንክምርምር ነቲ ጉዳይ ኣድላዪ መሲሉ ዝተርአዮ ነፍስ ወከፍ ዝርዝር ክርእይ ወይ ድማ ሓሓሊፉ ዝካየድ ናይ ምርመራ ኣካይዳ ስርዓት ክኸተል ይኽእል እዩ። ሒሳብ/ሰነዳት መርሚሩ ኣብ ዘቕርቦ ፀብፃብ ናይ ነፍስ ወከፍ ሒሳብ ናይ ምርመራ ኣካይዳ ኩነታትን ዕርየትን ክገልፅ ኣለዎ።
2. ኦዲት ዝግበሩ ምርመራታት ካብ ዝምርመሩሉ ናይ በጀት ዓመት ንድሕሪት ካብ ክልተ ናይ በጀት ዓመታት ክሓልፉ የብሎምን። ኾይኑ ግና ገበን ዝተፈፀመ ምዃኑ እንተኣሚኑሉ ንድሕሪ ክልተ ናይ በጀት ዓመታት ሓሊፉ ክምርምር ይኽእል እዩ።
3. ናይ ኦዲትን ቁፅፅርን ቤት ፅሕፈት ሒሳብ ብፈፃሚ ኮሚቴ ክልል ትግራይ ብዝስየም ኮሚቴ ይምርምር።

**ዓንቀፅ 10 ናይ ተመርመርቲ ጉቡእ**

1. ናይ ኦዲትን ቁፅፅርን ቤት ፅሕፈት ኦዲተራት ወይ ድማ ወኪላት ንምርመራ ኣድለይቲ እዮም ተባሂሎም ዝተኣመነሎም መፃሕፍቲ፣ መዛግብቲ፣ ሰነዳትን ካልኦት ናይ ፅሑፉን ቃል መረዳእታታትን ክሓቱ

በአንቀጽ 7 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ ኃላፊው የሚከተለው ስልጣንና ተግባር ይኖረዋል

1. በዚህ አዋጅ አንቀጽ 7/1 መሰረት በአመቱ ውስጥ የተካሄዱትን ስራዎችና የፅሕፈት ቤቱን አመታዊ ሪፖርት ለምክር ቤቱ ፣ ምክር ቤቱ በማይሰበሰብበት ጊዜ ደግሞ ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ያቀርባል
2. የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ለክልሉ ምክር ቤት የሚቀርበው የክልሉ ገቢና ወጪ ፣ ሃብትና እዳ እንዲሁም የክልሉን መስተዳድር ገንዘብ ነክ መረጃዎች የሚመለከት ሪፖርት ከምክር ቤቱ ሲደርሰው በስድስት ወር ጊዜ ውስጥ መርምሮ አስተያየቱን ለምክር ቤቱ ያቀርባል።
3. የተሰጠውን ስልጣን ለማስፈፀም የሚያስፈልገውን ጽሐፈት ቤት ያቋቁማል
4. የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት አመታዊ በጀት ያዘጋጃል፣ ሲፈቀድ በስራ ላይ ያውላል
5. ለስራ አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ አስፈላጊ መመሪያ በመስጠት ለግል ኦዲተሮች ወይም ለሌሎች ባለሙያዎች የኦዲት ምረመራ ስራ ውክልና ሊሰጥ ይችላል።

**ክፍል ሶስት**

**ልዩ ልዩ ድንጋጌዎች**

**አንቀፅ 9 የኦዲት ምርመራ ስርዓት**

1. የኦዲትና ቁጥጥር ጽህፈት ቤት አንድ ሒሳብ ሲመረምር ለጉዳዩ አስፈላጊ መስሎ ሲታየው ነፍስ ወከፍ ዝርዝር ለማየት ወይም አለፍ አለፍ ብሎ የሚካሄድ የምርመራ ስርዓት ሊከተል ይችላል። ሒሳብ/ሰነድ መርምሮ በሚያቀርበው ሪፖርት ላይ የእያንዳንዱ ምርመራ አካሄድ ሁኔታና ጥራት መግለፅ አለበት።
2. ኦዲት የሚደረግበት ምርመራ ከሚመረመርበት የበጀት አመት ወደ በኋላ ከሁለት የበጀት አመት ማለፍ የለበትም።
3. የኢዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ሒሳብ በክልሉ የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በሚሰየም ኮሚቴ ይመረምራል።

**አንቀፅ 10 የተመርማሪዎች ግዴታ**

1. የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ኦዲተሮች ወይም ወኪሎች ለምርመራ አስፈላጊ ናቸው ተብለው የታመነባቸው መጻህፍት፣ መዛግብት እና ሰነዶች እንዲሁም ሌሎች የጽሑፈና የቃል

ክለዉ ዝተሓተተ ሰራሕተኛ ወይ ደማ ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ሓላፊ ትክክለኛን ዝተማልአን መልሲ ናይ ምሃብ ግቡእ ኣለዎ

2. ብመሰረት እዚ ኣዋጅ እዚ ኣብ ትሕቲ ናይ ኦዲትን ቁፅፅርን ቤት ፅሕፈት ናይ ምቁፅፃር ስልጣን ኣብዝህሉ ትካል ዝርከብ ንብረትን ገንዘብን ወፃኢ ዝገብር፣ ዝኸፍል ወይ ድማ ነቲ ሒሳብ ተጠያቒ ሓላፊ ዝኾነ ሰብ ሒሳቡ ከመርምር ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 11** <u>**ናይ ምፍላጥ ግቡእ**</u>

ቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን ኦዲት ኣብ ዝገብርሉ እዋን ገበን ተሰርሑ እዩ ዝብል እምነት እንተሃልይዎ ንዓቃቢ ሕጊን ንናይ'ቲ ዝምልከቶ ቤት ፅሕፈት ትካል ወይ ድማ ማሕበር ላዕለዋይ ሓላፊ ክፍልጥ ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 12** <u>**ቅፅዓት**</u>

1. ብቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን ንኦዲት ዘድልዩ መፃሕፍቲ፣ መዛግብቲ፣ ሰነዳትን ናይ ፅሑፍን ቃልን መረዳእታታትን ተሓቲቱ ዘይቐረበ
2. ንቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን ወይ ድማ ንኦዲተራት ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ወይ ድማ ንወኪል ሓሶት ምኺኑ ዝፍለጥ ናይ ሓሶት መረዳእታ ዘቕረበ ፣ ወይ
3. ናይ ኦዲትን ቁፅፅርን ቤት ፅሕፈት ስራሕ ብዝግባእ ንከይካየድ ዘፀንቀፈ እስካብ ክልተ ዓመት ብዝበፅሕ ናይ ማእሰርቲ ወይ እስካብ ክልተ ሽሕ ብር ብዝበፅሕ ናይ ገንዘብ መቕፃዕቲ ወይ ድማ ብክልቲኡ ይቕፃዕ

**ዓንቀፅ 13** <u>**እዚ ኣዋጅ እዚ ዝፀንዓሉ እዋን**</u>

እዚ ኣዋጅ እዚ ኣብ ነጋሪት ጋዜጣ ክልል ትግራይ ካብ ዝወፅኣሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን

ገብሩ ኣስራት
ኣቦ ወንበር ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ
መስከረም 17/1987

ማስረጃዎች ሲጠየቁ የተጠየቀው ሰራተኛ ወይም ኃላፊ ትክክለኛ የተሟላ መልስ የመስጠት ግዴታ አለበት።

2. በዚህ አዋጅ መሰረት በኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት የመቆጣጠር ስልጣን ስር በሆነ ድርጅት ስር የሚገኝ ንብረትና ገንዘብ ወጪ የሚያደርግ፣ የሚከፍል ወይም ለዚሁ ሒሳብ ተጠያቂ የሆነ ሰው ሒሳቡን የማስመርመር ግዴታ አለበት።

**አንቀፅ 11** <u>**የማስታወቅ ግዴታ**</u>

የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ኦዲት በሚያደርግበት ጊዜ ወንጀል ተሰርቷል፣ የሚል እምነት ሲኖረው ለአቃቢ ህግና ለሚመለከተው ጽሕፈት ቤት፣ ድርጅት ወይም ማህበር የበላይ ኃላፊ የማስታወቅ ግዴታ አለበት።

**አንቀፅ 12** <u>**ቅጣት**</u>

1. በኦዲትና ቁጥጥር ፅሕፈት ቤት ለኦዲት የሚያስፈልጉ መፃህፍት፣ መዛግበት፣ ሰነዶችና የጽሑፍና የቃል ማስረጃዎች ተጠይቆ ያላቀረበ፣
2. ለኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ወይም ለፅሕፈት ቤቱ ኦዲተሮች ወይም ወኪሎች የሐሰት ማስረጃ ያቀረበ ወይም
3. የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ስራውን በሚገባ እንዳያከናውን ያደናቀፈ እስከ ሁለት አመት በሚደርስ እስራት ወይም እስከ ሁለት ሺህ ብር በሚደርስ የገንዘብ መቀጮ ወይም በሁለቱ ይቀጣል።

**አንቀፅ 13** <u>**አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ**</u>

ይህ አዋጅ በትግራይ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል።

ገብሩ አስራት
የትግራይ ክልል ምክር ቤትሊቀመንበር
መስከረም 17/1987

www.abyssinialaw.com

2ይ ዓመት ቁፅሪ 14
2ኛ ዓመት ቁጥር 14

መቐለ መጋቢት 1987 ዓ.ም

ኣብ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ የሽግግር መንግስት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

| ናይ ሓደ ዋጋ 1.75 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120 |
|---|---|---|

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቑፅሪ 14
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 14
ገጽ 1

## ብቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ

## ኣዋጅ ቁፅሪ 14/1987

## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ

**ዓንቀፅ 1 ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ንምቛም ዝወፀ ድንጋገ ቁፅሪ 2/1985 ኣማሓይሹ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 14/1987 ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

**ዓንቀፅ 2 ሙቛም**

ኣብ ሕድሕድ ናይ ገፀር ጣብያን ኣብ ሕድሕድ ከተማ ቀበሌን ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ በዚ ኣዋጅ እዚ ቆይሞም ኣለዉ።

**ዓንቀፅ 3 ዕላማ**

ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ እዚ ዝስዕብ ዓላማታት ኣለዎም

1. ኣብ መንጎ ነበርቲ ምርድዳእን ሓቢርካ ብሰላም ምንባር ክሰፍን ፃዕሪ ምግባር
2. ካብ ዝቐርቡ ክርክራት ብምብጋስ ማሕበራዊ ጠንቅታት ንኸውገድ ንነበርቲ ኣስተምህሮ ናይ ምሃብን ሕጊ ናይ ምኽባር ኣረኣእያን እምነትን ንክዓቢ ምንቅስቃስ ምግባር።

## በትግራይ ክልል ምክር ቤት ማህበራዊ ፍርድ ቤቶችን ለማቋቋም የወጣ አዋጅ

## አዋጅ ቁጥር 14/1987

## ክፍል አንድ

## ጠቅላላ

**አንቀጽ 1 አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ ማህበራዊ ፍርድ ቤቶችን ለማቋቋም የወጣውን ድንጋጌ ቁጥር 2/1985 አሻሽሎ የወጣ አዋጅ ቁጥር 14/1987 ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**አንቀጽ 2 መቋቋም**

በእያንዳንዱ የገጠር ጣቢያና የከተማ ቀበሌ የሚሰሩ ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች በዚህ አዋጅ ተቋቁመዋል።

**አንቀጽ 3 አላማ**

ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች የሚከተሉትን አላማዎች ይኖራቸዋል።

1. በነዋሪዎች መካከል መግባባትና በሰላም አብሮ መኖር እንዲሰፍን ጥረት ማድረግ፣
2. ከሚቀርቡ ክርክሮች በመነሳት ማህበራዊ ጠንቆች እንዲወገዱ ትምህርት መስጠትና የህግ ተገዢነት እምነት እንዲዳብር ጥረት ማድረግ፣

www.abyssinialaw.com

**ዓንቀፅ 4 ናይ ዳኝነት ናፅነት**

ኣብ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ዳያኑ ናይ ዳይነት ስራሕቶም ዝፍፅሙ ብሙሉእ ናፅነት እዩ። ብዘይ ሕጊ ብካልእ ስልጣን ኣይምረሑን።

**ዓንቀፅ 5 ብግልፂ መጋባእያ ዋኒን ብዛዕባ ምርኣይ ናይ መጋባእያ ስፍራን ጊዜን**

1. ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ዝኾነ ጉዳይ ዝረአ ብግልፂ መጋባእያ ይኸውን ይኹን እምበር ንህዝቢ ፅቡቅ ፀባይ ወይ ድሕንነት ኣድላይ ኾይኑ ምስ ዝረኸቦ ብዕፅው መጋባእያ ክሪኦ ይኽእል።
2. ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ጣብያኡ /ቀበሌኡ/ ኣብ ዝተመደበሉ ናይ መጋባእያ ስፍራ የጋብእ ግና ስሉጥ ናይ ዳይነት ስራሕ ምክያድ ኣድላይ ኮይኑ ምስዝርከብ ወይ ኣስተምህሮኣዊ ጠቓሚነቱ ምስዝኣመነሉ ኣብ ጣብያኡ/ቀበሌኡ/ ውሽጢ ኣብ ዝኾነ ኣብ ካልእ ስፍራ ንምግባእ ይኽእል።
3. ማሕበራዊ ቤት ፍርድ ብዛዕባ ዘጋብእሉ ጊዜ ናይ ክልል ፍትሒ ቢሮ ምስ ዝምልከቶም ብምዝርራብ ብዝወሰኖ መሰረት ይኸውን። ስጋብ እቲ መምርሒ ዝንፀር ኣብ ዝተመረፀ ዕለት ኣብ ሰሙን 2 መዓልቲ ይርእዩ።

**ዓንቀፅ 6 ካብ ዳይነት ምልዓል ዝምልከት**

1. ዝኾነ ናይ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ዳኛ፦
   ሀ. ካብቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ምስ ሓዲኦም ናይ ቀረባ ናይ ስጋ ወይ ናይ መውስቦ ዝምድና ዘለዎ ወይ፣
   ለ. ካብቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ምስ ሓዲኦም ፅልኢ ዘለዎ ወይ
   ሐ. ክርክር ዝተልዓለሉ ዋኒን ኣቐዲሙ ብዳይነት ወይ ብዕርቂ መንገዲ ዝረኣዩ ተኾይኑ ካብ'ቲ መጋባእያ ክለዓል ኣለዎ።

   እቲ ተቓውሞ ዝቐረበሉ ዳኛ ነቲ ነገር ተረዲኡ እንተተቐቢልዎ ብፍቓዱ እንድሕር ዘይተላዒሉን ተቓውሞ'ውን እንተገይሩን እቶም ካልኦት ዳያኑ ነቲ ተቓውሞ መርሚሮም ውሳነ ክህብሉ ይግባር፣ እቲ ውሳነ ተፈፃምነት ይህልዎ፣ በቲ ዝተውሃቦ ውሳነ ይግባኣኒ ምቅራብ ኣይከኣልን።
2. እቲ ዳኛ ካብ መጋባእያ ኣብ ዝለዓለሉ ጊዜ ካብቶም ተጠባበቅቲ ዳያኑ ሓደ ነቲ ተቓውሞ ዝቐረበሉ ዳኛ ተኪኡ ይስይም።

**አንቀጽ 4 የዳኝነት ነጻነት**

በዚህ አዋጅ በተቋቋሙ ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ዳኞች የዳኝነት ስራቸውን በሙሉ ነፃነት የሚመሩት በህግ ብቻ ነው

**አንቀጽ 5 በግልጽ ችሎት ስለማስቻልና የችሎት ቦታ እና ጊዜ**

1. ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ማንኛውንም ጉዳይ በግልፅ ችሎት ይዳኛሉ። ይሁን እንጂ ለህዝብ ሰላምና ፀጥታ አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ በዝግ ያስችላሉ።

2. ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች በጣቢያ /ቀበሌ/ ውስጥ በተመደበላቸው ቦታ ያስችላሉ። ለተፋጠነ የዳኝነት ስራና በትምህርታዊነቱ አስፋላጊ ሆኖ ሲገኝ ግን ከተወሰነላቸው ቦታ ውጭ ሊያስችሉ ይችላሉ።

3. ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች የሚያስችሉበት ጊዜ የክልሉ ፍትህ ቢሮ ከሚመለከታቸው ጋር በመተባበር በሚወሰነው መሰረት ይሆናል። ይህ መመሪያ እስኪወጣ ድረስ ግን በሳምንት ሁለት ቀን ያስችላሉ።

**አንቀጽ 6 ከችሎት ስለ መነሳት**

1. ማንኛውም የማህበራዊ ፍርድ ቤት ዳኛ፣
   ሀ. ከተከራካሪዎች ወገኖች ካንዱ ጋር የጋብቻ ወይም የቅርብ የስጋ ዝምድና ካለው፣
   ለ. ከተከራካሪዎቹ ወገኖች ካንዱ ጋር ጸብ ካለው
   ሐ. በክርክሩ ላይ ያለው ጉዳይ አስቀድሞ በዳኝነት ወይም በእርቅ ያየው ከሆነ ከችሎት መነሳት አለበት።

   ተቃውሞ የቀረበበት ዳኛ ተቃውሞውን ከተቀበለው በፈቃዱ ከችሎት ይነሳል። የማይቀበለው ከሆነ ደግሞ ሌሎቹ ዳኞች በጉዳዩ ላይ ውሳኔ ይሰጡበታል ውሳኔው ተፈፃሚነት ይኖረዋል።
   በዚህ ጉዳይ ላይ በተሰጠ ውሳኔ ይግባኝ ማቅረብ አይቻልም።

2. ተቃውሞ የቀረበበት ዳኛ ከችሎት በሚነሳበት ከተጠባባቂ ዳኞች አንዱ ተተክቶ ይሰራል።

## ክፍሊ ክልተ
## ብዛዕባ ዳያኑ መረፃን ናይ ግልጋሎት ዘመንን

**ዓንቀፅ 7 ናይ ዳያኑ መረፃ**

ናይ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርድ ዳያኑ እቲ ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ዝቖመሉ ጣብያ/ቀበሌ/ ብዝርከብ ናይ ቤት ምኽሪ/ባይቶ/ ጉባኤ ብኣብዝሓ ድምፂ ይምረፁ።

**ዓንቀፅ 8 ብዳይነት ንምምራፅ ዘብቅዑ ረቛሒታት**

ንማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ዳይነት ዝምረፁ ኣብ ሕሉፍ ይኹን ሕዚ ብፅቡቅ ስርሖም፣ ብፅቡቅ መርኣያነቶም፣ ብፃዕረኛነቶም ግልጋሎቶምን ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ኣኽብሮትን እምነትን ዘትረፉ ነበርቲ ክመርፁን ክምረፁን መሰል ኣለዎም።

**ዓንቀፅ 9 ናይ ግልጋሎት ዘመን**

1. ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዳኛ ናይ ግልጋሎት ዘመን ክልተ ዓመት ይኸውን እንተ እቲ መራፂ ኣካል ናይ'ቲ ጣብያ/ቀበሌ/ ቤት ምኽሪ ገምጊሙ ብቑዓት'ዮም ክቅፅሉ ይኽእሉ እዮም ኢሎምዎ፣ ብድምር ይኹን ብተናፀል ክመርፆም ይኽእል እዩ።
2. ዝኾነ ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዳኛ እቲ ዝተመረፀሉ ጣብያ/ቀበሌ ለቒቑ እንድሕር ከይዱ ናይ ግልጋሎት ዘመኑ የቋርፅ፣ ብተጠባባቒ ድማ ይትካእ።

**ዓንቀፅ 10 ዳያኑ ካብ ስርሖም ብዛዕባ ምልዓል**

1. ዝኾነ ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዳኛ እቲ ዝተመረፀሉ ሓላፍነት ብዝግባእ ክትግብሮ ብዘይምኽኣሉ ምኽንያት ብዝመረፆ ህዝቢ እምነት ተስኢኑሉ ግልጋሎት ዘመኑ ቅደሚ ምውድኡ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ብ'ክልተ ሲሶ ድምፂ ናይ ጣብያ/ቀበሌ ምኽሪ ቤት ካብ ስራሕ ክለዓል ይኽእል እዩ።

**ዓንቀፅ 11 ብዛዕባ ብዝሒ ዳያኑ**

ኣብ ዝኾነ ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ሓደ ኣካቢ ክልተ ዳያኑን ክምኡ'ውን ዳኛ ክጎድል ተተኪኦም ዝሰርሑ ክልተ ተጠባበቕቲ ዳያኑ ይምረፁ።

**ዓንቀፅ 12 ኣብ መጋባእያ ዝስየሙ በዝሒ ዳያኑ**

1. ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝኾነ ዋኒን ዝሪኦ ሰለስተ ዳያኑ ኣብ ዝርከብሉ መጋባእያ

## ክፍል ሁለት
## ስለ ዳኞች አመራረጥና የአገልግሎት ዘመን

**አንቀጽ 7 የዳኞች ምርጫ**

የማህበራዊ ፍርድ ቤት ዳኞች በሚያስችልበት ጣቢያ/ቀበሌ ምክር ቤት ጉባኤ በአብላጫ ድምፅ ይመረጣሉ።

**አንቀጽ 8 በዳኝነት ለመመረጥ የሚያበቁ መመዘኛዎች**

ለማህበራዊ ፍርድ ቤት ዳኝነት የሚመረጡ በመልካም ተግባራቸው፣ በጥሩ ምሳሌነታቸው እና በታታሪነታቸው በህብረተሰቡ ዘንድ አክብሮትን እና እምነትን ያተረፉ ነዋሪዎች በዳኝነት ሊመረጡና ሊመርጡ ይችላሉ።

**አንቀጽ 9 የአገልግሎት ዘመን**

1. የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ዳኞች የአገልግሎት ዘመን ሁለት ዓመት ነው። ሆኖም መራጬ አካል የጣቢያው/ቀበሌ ምክር ቤት ብቁ ናቸው ሊቀጥሉ ይችላሉ ብሎ ካመነባቸው በጋራ ይሁን በተናጠል ሊመርጣቸው ይችላል።
2. ማንኛውን የማህበራዊ ፍርድ ቤት ዳኛ የተመረጠበት ጣቢያ/ቀበሌ/ ሲለቅ የአገልግሎት ዘመኑ ያከትማል በተጠባባቂ ዳኛ ይተካል።

**አንቀጽ 10 ዳኞችን ከስራ ስለ ማሰናበት**

ማንኛውን የማህበራዊ ፍርድ ቤት ዳኛ ኃላፊነቱን በሚገባ ሊወጣ ባለመቻሉ ወይም በመረጠው ሕዝብ እምነት ሲያጣ የአገልግሎት ዘመኑ ሳያበቃ በጣቢያ/ቀበሌ/ ምክር ቤት ሁለት ሶስተኛ ድምፅ ከዳኝነት ስራ ይሰናበታል።

**አንቀጽ 11 የዳኞች ብዛት**

በእያንዳንዱ ማሕበራዊ ፍርድ ቤት አንድ ሰብሳቢ ሁለት ዳኞች እንዲሁም ዳኛ ሲጎድል ተተክተው የሚሰሩ ሁለት ተጠባባቂ ዳኞች ይመረጣሉ።

**አንቀጽ 12 በችሎት ስለሚሰየሙ ዳኞች ቁጥር**

1. ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ማንኛውንም ጉዳይ የሚዳኙት ሶስት ዳኞች

ይኾውን

2. ዝኾነ ኣባል ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዳኛ ብሕማም ወይ ብፍቓድ ካብ ናይ ፍርዲ ተግባር ንጊዜኡ ኣብ ዝተረፈሉ ጊዜ በቶም ተጠባበቕቲ ተተኪኡ እቲ ናይ ፍርዲ ምሃብ ስራሕ ክቅፅል ይግበር።

## ክፍሊ ሰለስተ፣
## ብዛዕባ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ናይ ዳይነት ስልጣንን ናይ ስልጣን ክልልን፣

**ዓንቀፅ 13** <u>**ዝኾነ ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዋኒን ንምርኣይ በዚ ኣዋጅ እዚ መሰረት ስልጣን ክህልዎ ዝኽእል**</u>

ሀ. እቲ ተኸሳሳይ ወይ ኣመልካታይ ዝነብረሉ፣ ወይ

ለ. እቲ ክርክር ዘልዓለ ዋኒን ዝርከቦ፣ ወይ እቲ ክርክር ዘልዓለ ዋኒን መዕለቢ ዝተገበረሉ ወይ፣

ሐ. እቲ ገበን /ጥፍኣት/ ዝተፈፀመሉ እቲ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝቖመሉ እንድሕር ኮይኑ እዩ

**ዓንቀፅ 14** <u>**ብዛዕባ ፍትሃብሄር ዋኒናት ናይ ፍረ-ነገር ስልጣን፣**</u>

1. ዝኾነ ማሕበራዊ ቤት ፈርዲ፦
   ሀ. ካብ ብር 1500/ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ቅርሺ/ ዘይበልፅ ገንዘብ ወይ ግምቱ ካብ 1500 /ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን/ ዝኾነ ናይ ንብረት ክርክር፣
   ለ. ኣብ ቀበሌ ወይ ጣብያ ውሽጢ ብዛዕባ ዝርከብ ገዛውትን ቦታታትን ናይ ግልጋሎት ክፍሊት ብምጥቃሙ ንዝለዓሉ ክርክራት፣
   ሐ. ኣብ ማሕበራዊ ሓረስቶት ክልል ውሽጢ ብሓባር ዝጥቀምሉ ስፍራታትን መስርሕን ብናይ ግልጋሎት ዋጋ ክፍሊት ወይ በቲ ማሕበር ዝወሃቦ ልቓሕ ኣከፋፍላን ኣብ መንጎ እቶም ማሕበርን ኣባላቱን ዝለዓል ዝኾነ ክርክር ናይ ምርኣይ ስልጣን ኣለዎ።

2. ዝኾነ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብመንግስቲ ኣካላት ንዝወሃቦ ናፃ ግልጋሎት ናይ ኣመልከቲ ናይ ናብራ ኩነታት ብምርግጋፅ መርትዖ ክህብ ይኽእል፣

**ዓንቀፅ 15** <u>**ናይ ገበን ዋኒናት ዝምልከት ስልጣን**</u>

ዝኾነ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ

በተሰየሙበት ችሎት ነው።

2. ማንኛውን የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ዳኛ በህመም ወይም በፍቃድ ሲቀር በተጠባባቂ ዳኛ ተተክቶ የፍርድ መስጠት ሂደት እንዲቀጥል ይደረጋል።

## ክፍል ሶስት
## የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች የዳኝነት ስልጣን

**አንቀጽ 13** <u>**ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች በዚህ አዋጅ መሰረት አንድን ጉዳይ የመዳኘት ስልጣን የሚኖራቸው፣**</u>

ሀ. ተከሳሹ ወይም አመልካቹ የሚኖረው፣ ወይም

ለ. ክርክር ያስነሳው ጉዳይ የሚገኝበት፣ ወይም ክርክር ያስነሳው ጉዳይ ፍፃሜ ያገኘበት፣ ወይም

ሐ. ወንጀል የተፈፀመው ፍርድ ቤቱ በቆመበት ጣብያ/ቀበሌ ሲሆን ነው

**አንቀጽ 14** <u>**የፍትሃብሄር ጉዳይ ፍረ ነገር ስልጣን**</u>

1. ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች
   ሀ. ከ1500/አንድ ሺ አምስት መቶ ብር/ የማይበልጥ ገንዘብ ወይም ግምቱ ከ1500 /አንድ ሺ አምስት መቶ ብር/ የማይበልጥ የንብረት ክርክር፣
   ለ. በጣብያ /ቀበሌ/ ውስጥ በሚገኙ ቦታና ቤቶች አጠቃቀም የአገልግሎት ክፊያ አስመልክቶ ለሚነሱ ክርክሮች
   ሐ. በገበሬ ማህበራት ውስጥ የጋራ መጠቀሚያ ስፍራዎችንና መሳሪያዎችን የአገልግሎት ዋጋ ክፍያ ወይም በማህበሩ የሚሰጥ የብድር አገልግሎት አከፋፈልና በማህበሩ እና በአባላቱ መካከል የሚነሱ ክርክሮችን የመዳኘት ስልጣን አላቸው።

2. ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች በመንግስታዊ አካላት ለሚሰጥ ነፃ አገልግሎት የአመልካቹን የኑሮ ሁኔታ በማረጋገጥ ማስረጃ መስጠት ይችላሉ።

**አንቀጽ 15** <u>**የወንጀል ጉዳዮች ስልጣን**</u>

ሀ. ብገበነኛ መቅፅዒ ሕጊ ዓንቀፅ 734፣737፣ 745፣ 757፣ 760-764፣ 768-775፣ 777-782፣ 784፣ 785፣ 792-816 ንዝልዓሉ ናይ ደንቢ ምትሕልላፍ ክስታት

ለ. ብዓቃቢ ሕጊ መ/ቤት ዝምረሐሉ ካልኦት ናይ ደንቢ ምትሕልላፍ ክስታት

ዓንቀፅ 16 <u>ብዛዕባ መቕፃዕቲ</u>

1. ዝኾነ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ተኸሳሲ ጥፍኣተኛ ምዃኑ ብዝግባእ እንድሕር ዘይተረጋገፀ ብናፃ የሰናብቶ፣
2. ተኸሳሲ ጥፍኣተኛ ምዃኑ ብዝግባእ ምስ ዝረጋገፅ ካብ መንጎ እዞም ስዒቦም ዝተዘርዘሩ መቕፃዕቲ ከም ጥፍኣቱ ክብደት ብሓዲኦም ክቐፅዖ ይኽእል።
   ሀ. መጠንቀቕታ ምሃብ፣
   ለ. እቲ ጥፍኣተኛ ነቲ ዝተበደለ ሰብ ይቕሬታ ክሓትት ምግባር ወይ
   ሐ. ከምቲ ተኸሳሲ ናይ ምኽፋል ዓቅሚ ብሓደ ጊዜ ወይ በብጊዜኡ ተኸፊሉ ዝውዳእ ካብ ሓደ ቅርሺ ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ቅርሺ ብዝበፅሕ መቕፃዕቲ ምቕፃዕ ወይ፣
   መ. ካብ ምድብ ናይ ስራሕ ሰዓት ወፃኢ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ ዘይበለፀ ነቲ ሕብረተሰብ ጠቓሚ ዝኾኑ ምስ ሞይኡ ተመሳሳልነት ዘለዎ ማሕበራዊ ስራሕ ንኽሰርሕ ምግባር
   ሰ. እቲ ጥፍኣት ዝተፈፀመሉ ኣብ ንብረት ኣካል ኣብ ምጉዳል እንተሰርሕ ኮይኑ ካብ /ሓሙሽተ ሚኢቲ/ 500.00 ቅርሺ ዘይበልፅ ካሕሳ ከምዝኸፈል ምግባር
3. ኣብ ዓንቀፅ 15/ሀ/ ንዝተጠቐሱ ናይ ገበነኛ መቅፅዒ ሕጊ ዝተደንገገ ቅፅዓት ከምዘሎ ኮይኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርድታት ዝኾነ ሰብ ብዝተፈላለየ ጊዜ ብዙሓት ወይ ብሓደሻብ ካብ ሓደ ንላዕሊ ወይ ሓደ ገበን ደጋጊሙ እንተፈፂሞ ክሳብ ብር 300/ሰለስተ ሚኢቲ ቅርሺ/ ብዝበፅሕ ገንዘብ ናይ ምቕፃዕ ስልጣን ኣለዎም
4. ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝረኸቦ ብንኡስ ዓንቀፅ 2 ካብቶም ዝተገለፁ ብተወሳኺ እቲ ተኸሳሳይ ናይ ደንቢ

ሀ. በወንጀለኛ መቅጫ ሕግ አንቀጽ 734፣737፣ 745፣ 757፣ 760-764፣ 768-775፣ 777-782፣ 784፣ 785፣ 792-816 ለሚነሱ የደንብ መተላለፍ ክሶች

ለ. ከአቃቤ ህግ የሚመሩባቸው የደንብ መተላለፍ ክሶች የመዳኘት ስልጣን አላቸው።

አንቀጽ 16 <u>ስለ ቅጣት</u>

1. ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ተከሳሹ ጥፋተኛ መሆኑ በሚገባ ካልተረጋገጠ በነፃ ያሰናብታሉ፣
2. ተከሳሹ ጥፋተኛነቱ በሚገባ ከተረጋገጠ ቀጥሎ ከተዘረዘሩት ቅጣቶች እንደጥፋቱ ክብደት እየታየ በአንዱ ይቀጣል።
   ሀ. ማስጠንቀቂያ መስጠት፣
   ለ. ጥፋተኛው ሰው ይቅርታ እንዲጠይቅ ማድረግ፣
   ሐ. የተከሳሹ የመክፈል አቅም እየታየ በአንድ ጊዜ ወይም በየጊዜው እየተከፈለ የሚያልቅ ከአንድ ብር እስከ አንድ መቶ ብር የሚደርስ የገንዘብ መቀጮ፣
   መ. ከመደበኛ የስራ ሰዓት ውጪ ከአስራ አምስት ቀናት ለማይበልጥ ጊዜ ለህብረተሰቡ ጠቃሚ የሆነ ከሞያው ጋር ተመሳሳይነት ያለው ማህበራዊ ስራ እንዲሰራ ማድረግ
   ሰ. ጥፋት የተፈፀመው በንብረት ወይም በአካል ላይ ጉዳት በማድረስ ሲሆን ከአምስት መቶ ብር የማይበልጥ ካሳ እንዲከፍል ማድረግ፣
3. በአንቀጽ 15/ሀ/ መሰረት በወንጀለኛው መቅጫ ህጉ የተደነገገው ቅጣት እንደተጠበቀ ሆኖ ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች አንድ ሰው በተለያየ ጊዜ ብዙ ወንጀሎችን ወይም በአንድ ጊዜ ከአንድ በላይ ወንጀል የፈጸመ እነደሆነ እስከ ሶስት መቶ ብር በገንዘብ የመቅጣት ስልጣን አላቸው።
4. ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች አስፈላጊ ሆኖ ሲያገኙት በንኡስ አንቀጽ ሁለት ከተደነገጉት ቅጣቶች በተጨማሪ ተከሳሹ

ምትሕልላፍ ጥፍኣት ዝፈፀመሉ መሳርሒ ብውርሲ ንመንግስቲ ኣታዊ ንክኸውን ክእዝዝ ይኽእል።

5. እቲ ተኸሳሲ ጥፍኣቱ ዝፈፀመሉ ኣብ ህዝቢ መዘናግዒ ቦታ ኣብ ኣብያተ መስተ ወይ ኣብ ካልኦት ተመሳሰልቲ ቦታታት እንተኾይኑ፣ እቲ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ምስ ኣመነ ካብ ሓደ ወርሒ ንዘይበለፀ ጊዜ ኣብቲ ቦታ ከይርከብ ብምዕጋት ተወሳኺ ቅፅዓት ክውስነሉ ይኽእል።

**ዓንቀፅ** 17 **ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብዛዕባ ምድፋር**

ዝኾነ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ መጋባእያ እንዳሃለወ ናይ ምፍርራሕ፣ ባጫ ወይ ካሊእ ተመሳሳላይ ተግባር ዝፈፀመ ሰብ ቆፀሮ ከይሃበ ዝርዝር ኩነቱ ብምምዝጋብ ካብ ሓምሳ ቅርሺ /50.00/ ዘይበለፀ መቕፃዕቲ ክቕፃዕ ይኽእል።

## ክፍሊ ኣርባዕተ
## ብዛዕባ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ናይ ዳይነት ስር ስርዓት

**ዓንቀፅ** 18 **መትከል**

1. ዝኾነ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝኽተሎ ስነ ስርዓት በዚ ኣዋጅ ዝተኣወጀ ይኸውን፦
2. ዝኾነ ሰብ ኣብ መጋባእያ ብምርካብ ነቲ ኣካቢ ኣፍቂዱ ርኢቶ ናይ ምቕራብ መሰል ኣለዎ ፣ ኮይኑ ግና እቲ ቤት ፍርዲ ውሳነ ዝህቦ ሕጊ ተኸቲሉ ይኸውን።

**ዓንቀፅ** 19 **ኣመሰራርታ ክሲ**

1. ናብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝቐርብ ክሲ ከም ክብደት ናይ'ቲ ዋኒን ብፅሑፍ ወይ ከዓ ብቃል ክኾን ይኽእል
2. እቲ ክሲ ብፅሑፍ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ብኽልተ ቅዳሕ ተዳልዩ ክቐርብ ኣለዎ። ክሲ ብቃል ኣብዝቐርበሉ ጊዜ እቲ ቤት ፍርዲ መዝገብ ብምኽፋት ናይ ኸሳሲን ተኸሳሲን ሽምን ኣድራሻን ከምኡ'ውን ናይ'ቲ ክሲ ፍረ ነገር ብሓጺሩ ዘለዎ መርተዖታትን መሰኻኽርን ብፅሑፍ ክሰፍር ኣለዎ።
3. ናይቲ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣካባይ ናብቲ ቤት ፍርዲ ዝቐርብ ጥርዓናት ብምምርማር ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰነዳትን መርተዖታትን ናብ ቤት ፍርዲ ተተሓሒዞም ክቐርቡ ኣድላይ ቅድመ ምድላው ይገብር፣

የደንብ መተላለፍ ጥፋት የፈፀመበትን መሳሪያ በውርስ ለመንግስት ገቢ እንዲሆን ሊያዙ ይችላሉ።

5. ተከሳሹ ጥፋቱን የፈፀመው በህዝብ መዝናኛ ቦታ፣ በመጠጥ ቤት ወይም በተመሳሳይ ቦታዎች ከሆነ ከአንድ ወር ላልበለጠ ጊዜ በአከባቢው እንዳይደርስ በመከላከል ተጨማሪ ቅጣት ሊወሰን ይችላል።

**አንቀጽ** 17 **ማህበራዊ ፍርድ ቤቶችን ስለመድፈር**

ማንኛውም ማህበራዊ ፍርድ ቤት በችሎት ላይ እያለ የማስፈራራት ወይም የማሾፍ ወይም ሌላ ተመሳሳይ ተግባር የፈፀመ ሰው ቀጠሮ ሳይሰጥ ዝርዝር ሁኔታቸውን በመመዝገብ ከሃምሳ ብር የማይበልጥ ቅጣት ሊቀጣ ይችላል።

## ክፍል አራት
## የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች የዳኝነት ስነ ስርዓት

**አንቀጽ** 18 **መሰረቱ**

1. ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች የሚከተሉት ስነ ስርአት በዚህ አዋጅ በተደነገገው መሰረት ነው
2. ማንኛውም ሰው በችሎቱ በመገኘት ሰበሳቢ ዳኛውን አስፈቅዶ አስተያየት የመስጠት መብት አለው፣ ሆኖም ግን ፍርድ ቤቱ ውሳኔ የሚሰጠው ህጉን ተከትሎ ነው።

**አንቀጽ** 19 **የክስ አመሰራረት**

1. ለማህበራዊ ፍርድ ቤቶች የሚቀርበው ክስ እንደጉዳዩ ክብደት በጽሑፍ ወይም በቃል ሊሆን ይችላል።
2. በጽሑፍ ሲሆን በሁለት ቅጂ ተዘጋጅቶ መቅረብ አለበት ክሱ በቃል በሚቀርብበት ጊዜ ፍርድ ቤቱ መዝገብ በመክፈት የከሳሽና የተከሳሽ ስምና አድራሻ እንዲሁም የክሱን ፍሬ ነገር ባጭሩ፣ ያሉትን ማስረጃዎችና ምስክሮች በጽሑፍ ማስፈር አለበት።
3. ሰብሳቢ ዳኛው ለፍርድ ቤቱ የሚቀርቡ ማመልከቻዎችን በመመርመር አስፈላጊ የሆኑ ሰነዶችና ማስረጃዎች ተያይዘው እንዲቀርቡ አስፈላጊ ቅድመ ዝግጅት ያደርጋል እንዲሁም በፍርድ ቤቱ ትእዛዝ

ክምኡ'ውን በቲ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ተኸራኸርቲ ወገናት መሰኻኽርን ካልኦት ነቲ ዋኒን ንምዕራይ ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰባት መፀዋዕታ ክበፅሖም ይገብር።

**ዓንቀፅ 20 ኣቀራርባ ክሲ**

1. ናይ ደንቢ ምትሕልላፍ ጥፍኣታት ብዝምልከት ናብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝቐርቡ ክስታት ብዝስዕብ መሰረት ዝቐርቡ ይኾኑ፣
   ሀ. እቲ ደንቢ ምትሕልላፍ ጥፍኣት ዝተፈፀመሉ ኣብ ልዕል ኣካል፣ ናፅነት፣ ክብሪ ወይ ከዓ ንንብረት ኣብዝኾነሉ ጊዜ ክሲ ምቅራብ ዝግበኦ እቲ ተበዳላይ ሰብ ባዕሉ ወይ ከዓ ሕጋዊ ወኪሉ ጥራይ እዩ፣
   ለ. እቲ ጥፍኣት ዝተፈፀመሉ ኣብ ልዕሊ ናይ መንግስቲ መ/ቤት ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ክሲ ምቅራብ ዝግበኦ እቲ ዝምልከቶ ናይ መንግስታዊ መ/ቤት ወኪል ወይ ወዳኢ ነገር እዩ።
   ሐ እቲ ጥፍኣት ዝተፈፀመሉ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ትካላት ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ወይ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ማሕበራት ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ክሱ ዝቐርብ እቲ ዋኒን ብዝምልከቶ ናይ ህዝባዊ ትካል፣ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ወይ ከዓ ናይ ካሊእ ማሕበር ወኪል ናይ ወዳኢ ነገር ኣቢሉ ይኸውን፣
   መ. በዚ ዓንቀፅ ካብ ንኡስ ዓንቀፅ 1/ሀ፣ ለን ሐን ወፃኢ ዝኾኑ ጥፍኣታት ብዝምልከት እቲ ክሲ ብመን ምቅራብ ከምዘለዎ ናይ ዓቃቢ ሕጊ መ/ቤት ዝውስኖ ይኸውን፣
2. ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ብማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝርኣይ ናይ ፍትሃብሄር ክስታት ዝቐርብ በቲ ተጠቃሚ ዝኾነ ወይ ከኣ ጉድኣት ብዝበፅሖ ወገን ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ኣቢሉ እዩ።

**ዓንቀፅ 21 ብዛዕባ መፀዋዕታ ኣወሃህባ**

1. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ተኸሲሱ ዝቐርብ ዝኾነ ሰብ ዝተኸሰሰሉ ዋኒን ኣቐዲሙ ፈሊጡ ተዳልዩ ምእንታን ክቐርብ እቲ ዋኒን ዝስመዓሉ ሰዓትን ቦታን ናይቲ ከሳሲ ሽምን ናይቲ ክሲ ዓይነት ብሓጺሩ ተገሊፁ መፀዋዕታ ክበፅሖ ይግበር፣

ተከራካሪ ወገኖች ምስክሮች እና ሌሎች ጉዳዩን ለማጣራት አስፈላጊ የሆኑ ሰዎች መጥሪያ እንዲደርሳቸው ያደርጋል።

**አንቀፅ 20 የክስ አቀራረብ**

1. የደንብ መተላለፍን በሚመለከት ለማህበራዊ ፍርድ ቤቶች የሚቀርቡ ክሶች ቀጥሎ በተመለከተው መሰረት ይቀርባሉ፣
   ሀ. የደንብ መተላለፉ የሚፈፀመው በአካል፣ በነፃነት፣ በክብር ወይ በንብረት ላይ በሚሆንበት ጊዜ ክሱ መቅረብ የሚችለው በተበዳዩ ሰው ወይም በህጋዊ ወኪሉ ነው።
   ለ. ጥፋቱ የተፈፀመው በመንግስት መስሪያ ቤት ላይ በሚሆንበት ጊዜ ክሱ መቅረብ የሚችለው በመስሪያ ቤቱ ወኪል ወይም ጠበቃ ነው
   ሐ. ጥፋቱ የተፈፀመው በህዝባዊ ድርጅት ወይም በህብረት ስራ ማህበር ወይም በሌሎች ማሕበራት ላይ በሚሆንበት ጊዜ ክሱ መቅረብ የሚችለው ጉዳይ በሚመለከተው ህዝባዊ ድርጅት፣ የህብረት ስራ ማሕበር ወኪል ወይም ጠበቃ ነው፣
   መ. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1/ሀ/ /ለ/ /ሐ/ ከተዘረዘሩት ውጪ ለሆነ ጥፋት ክሱ በማን መቅረብ እንዳለበት የአቃቤ ህግ መስሪያ ቤት በሚወሰነው ይሆናል።
2. በዚህ አዋጅ መሰረት በማህበራዊ ፍርድ ቤቶች የሚታይ የፍትሃብሄር ክርክሮች የሚቀርቡት በጉዳት ተጠቃሚ በሆነው ሰው ወይም ጉዳት በደረሰበት ሰው ወይም በህጋዊ ወኪሉ ነው።

**አንቀጽ 21 ስለ መጥሪያ አሰጣጥ**

1. ማህበራዊ ፍርድ ቤት ተከሶ የሚቀርብ ሰው የተከሰሰበትን ጉዳይ አስቀድሞ አውቆ ተዘጋጅቶ እንዲቀርብ ጉዳዩ የሚሰማበትን ቀን ቦታ እና የከሳሹን ስም፣ የክሱ ዓይነት በአጭሩ ተገልፆ መጥሪያ እንዲደርሰው የደረጋል።

2. ዝኾነ ሰብ ወይ መ/ቤት ወይ ትካል ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ክፅውዕ እንተሎ ናይ ምቅራብን ወይ ዝተሓተቶ መርትዖ ኣብ ዝተብሃሎ ጊዜ ውሽጢ ናይ ምቅራብ ግዴታ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 22 <u>መፀዋዕታ ብዛዕባ ዘይምኽባር</u>**

1. ሓደ ተኸሳሲ ብደንቢ ምትሕልላፍ ዋኒን ኣብ መጋባእያ ክርከብ መፀዋዕታ በጺሑዎ ተሪፉ ዝቅፅል ቆፀሮ ተገሊፁ ተወሳኺ መፀዋዕታ ይልኣኽሉ። ናይ መበል ካልኣይ መፀዋዕታ ዘየኽበረ ተኸሳሲ ኣብ ሳልሳይ ቆፀሮ ብናይ ክፍሊ ፖሊስ ወይ ብናይ ህዝባዊ ሚልሻ ኣባል ኣቢሉ ንኽቀርብ ይግበር፣
2. ከሳሲ ናብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዘቕረቦ ዋኒን ናይ ፍትሃብሄር ክርክር ዝምልከት እንተኮይኑ፣ እቲ ክሲ ኣብቲ ቆፀሮ መዓልቲ ከይቐረበ እንተተረፈ ንኽከራከር ሓደ ተወሳኺ ዕድል ይወሃቦ። ኣብ መበል ካልኣይ ቆፀሮ ከይቐረበ እንተተረፈ ንውሳነ ዝሓደረ ዋኒን እንተዘይኾይኑ እቲ ቤት ፍርዲ ነቲ ናይ ክሲ መዝገብ ይዓፅዎ፣
3. ብናይ ፍትሃብሄር ዋኒን ተኸሳሲ ከይቐረበ እንተተረፈ ንኻልኣይ ጊዜ መፀዋዕታ ክበፅሖ ይግበር፣ በቲ መፀዋዕታ መሰረት ከይቐረበ እንተተረፈ እቲ ቤት ፍርዲ ተኸሳሲ ብዘይብሉ ነቲ ዋኒን ሪኡ ክውስኖ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 23 <u>መዝገብ እንደገና ብዛዕባ ምኽፋት</u>**

1. በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 23/2 ወይ /3/ መሰረት ኣብ መበል ካልኣይ ቆፀሮ ከይቀረበ ዝተረፈ ከሳሳይ ወይ ከኣ ተኸሳሳይ ዝቐረየሉ ካብ ዓቅሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ብዝርዝር ብምግላፅ ከም ኩነታት እቲ ዝተዓፀወ መዝገብ ክኽፈት ወይ ዝተውሃበ ውሳነ እንደገና ክርኣይ ንማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ከመልክት ይኽእል።
2. እቲ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ከሳሳይ ወይ ተኸሳሳይ ዘይቐረበ ብእኹል ምኽንያት ምዃኑ እንተኣሚኑሉ ብዓንቀፅ 23/2 መሰረት እቲ ከሳሳይ ብዘይምቅራቡ ምክንያት ተዓፅዩ ዝነበረ መዝገብ እንደገና ከፊቱ ንምምርማር ወይ ብዓንቀፅ 23/3 መሰረት እቲ ተኸሳሳይ ብዘይለዎ ተዋሂቡ ዝነበረ ውሳነ እነደገና ክረኣይ ክገብር ይኽእል።

2. ማንኛውም ሰው በማህበራዊ ፍርድ ቤት ሲጠራ የመቅረብ ወይም የተጠየቀውን ማስረጃ በታዘዘበት ጊዜ ውስጥ የማቅረብ ግዴታ አለበት።

**አንቀጽ 22 <u>ጥሪን ስላለማክበር</u>**

1. ማንኛውም በደንብ መተላለፍ የተከሰሰ ሰው ወደ ችሎት እንዲቀርብ መጥሪያ ደርሶት በቀጠሮው ቀን ሳይቀርብ የቀረ እንደሆነ ተጨማሪ መጥሪያ፣ ይላክለታል። ሁለተኛ ጊዜ መጥሪያ ደርሶት ሳይቀርብ የቀረ ተከሳሽበሶስተኛ ቀጠሮ በፖሊስ ወይም በህዝባዊ ሚሊሽያ ተገዶ እንዲቀርብ ይደረጋል።
2. ከሳሹ ያቀረበው የፍትሃብሄር ክርክር ከሆነና በቀጠሮው ቀን ሳይቀርብ ከቀረ ቀርቦ እነዲከራከር አንድ ተጨማሪ እድል ይሰጠዋል። በሁለተኛው ቀጠሮ ሳይቀርብ ከቀረ ግን ለውሳኔ የተቀጠረ ጉዳይ ካልሆነ በስተቀር ፍርድ ቤቱ የክሱን መዝገብ ይዘጋዋል።
3. ተከሳሽ በፍትሃብሄር ጉዳይ ተከሶ ሳይቀርብ ከቀረ ለሁለተኛ ጊዜ መጥሪያ እንዲደርሰው ይደረጋል፣ በጥሪው መሰረት ካልቀረበ ፍርድ ቤቱ ተከሳሹ በሌለበት ጉዳዩን አይቶ ይወስናል።

**አንቀጽ 23 <u>መዝገብ እንደገና ስለመክፈት</u>**

1. ከዚህ አዋጅ አንቀጽ 23/2 ወይ /3/ መሰረት በሁለተኛ ቀጠሮ ሳይቀርብ የቀረ ከሳሽ ወይም ተከሳሽ የቀረው ከአቅም በላይ በሆነ ምክንያት መሆኑን በዝርዝር በመግለፅ የተዘጋው መዝገብ እንዲከፈት ወይም የተሰጠው ውሳኔ እንደገና እነዲታይ ለማህበራዊ ፍርድ ቤቱ ሊያመለክት ይችላል።
2. ማህበራዊ ፍርድ ቤቱ ከሳሽ ወይም ተከሳሽ ሳይቀርብ የቀረው በበቂ ምክንያት መሆኑን ካመነ በአንቀጽ 23/3 መሰረት ተዘግቶ የነበረው መዝገብ እንደገና ተከፍቶ እንዲመረመር ወይም በአንቀጽ 23/3 መሰረት ተሰጥቶ የነበረው ውሳኔ እንደገና እንዲታይ ሊያደርግ ይችላል።

3. ዝተዓፀወ መዝገብ ብእኹል ምኽንያት ንክኽፈት ወይ ዝተውሃቦ ውሳነ ብእኹል ምኽንያት እንደገና ንክርኣይ ዝቐርብ ጥርዓን እቲ ፀገም ኣብ ዝተወገደሉ/ዝተኣለየሉ/ ኣብ 30 መዓልቲ ውሽጢ ክቐርብ ኣለዎ። በዚ ናይ ጊዜ ወሰን ውሽጢ እንድሕር ዘይቐሪቡ እቲ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ነቲ ሕቶ ውድቂ ይገብሮ።

**በዓንቀፅ 24 ከም እኩል ምኽንያት ዝቑፀሩ ኩነታትን**

በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 23 መሰረት እኹል ምኽንያት /ፀገም/ ተባሂሎም ዝቁፀሩ ካብ ዓራት ንምትሳእ ዘየኽእል ሕማም፣ ናይ ቀረባ ዘመድ ሞት ወይ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ንምዝውዋር ዘየኽእሉ ወይ ካልኦት ተመሳሰልቲ ካብ ዓቅሚ ንላዕሊ ዝኾኑ ኩነታት ምህላው እዮም።

**ዓንቀፅ 25 ብዛዕባ ክሲ ምስማዕ ከይዲ**

1. እቲ ቤት ፍርዲ በቲ ክሲ ቅድሚ ክሰምዕ ምጅማሩ ኣብቲ መዝገብ ዝተጠቐሱ ተኸራከርቲ ወገናት ኣብ መጋባእያ ቦታ ምርካቦም የረጋግፅ
2. እቲ ክሲ ናይ ደንቢ ምትሕልላፍ ዝምልከት እንድሕር ኮይኑ እቲ ተኸሳሳይ ነቲ ክሲ ምእንቲ ክሰምዕን ክከላኸልን ባዕሉ ኣብ መጋባእያ ክርከብ ኣለዎ፣

**ዓንቀፅ 26 ክሲ ብዛዕባ ምግዳፍ /ምሕዳግ/**

ሓደ ኸሳሳይ ዘቕረቦ ክሲ እቲ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ውሳነ ቅድሚ ምውሃቡ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ዘቕረቦ ክሲ ምልዓል ይኽእል።

**ዓንቀፅ 27 እቲ ዋኒን ናብ ዐቃቢ ሕጊ መ/ቤት ብዛዕባ ምትሕልላፍ**

1. ናብቲ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝቐርቡ ናይ ደንቢ ምትሕልላፍ ክስታት ውሽጢ ክፋሉ ወይ ሙሉእ ብሙሉእ ናይ ስሩዕ ቤት ፍርዲ ስልጣን ዝምልከት እንድሕር ኮይኑ እቲ ቤት ፍርዲ ነቲ ክሲ ናብ ዓቃቤ ሕጊ መ/ቤት የተሓላልፍ፣
2. ዝኾነ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ናይ ፍተሃብሄር ዋኒን ምርኣይ ምስ ጀመረ ካብ ስልጣኑ ንላዕሊ ኮይኑ ምስ ረኸቦ ነቲ ክሲ ዓፅዩ ነቲ በዓል ዋኒን የሰናብቶ

**ዓንቀፅ 28 ብዛዕባ ውሳነ ኣወሃህባ**

1. እቲ ዝቐረበ ክርክር ምስ ተዛዘመ እቲ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ሓጺር ጊዜ ውሽጢ ኣብ ልዕሊ እቲ ዋኒን ውሳነ ክህብ

3. የተዘጋ መዝገብ እንዲከፈት ወይ የተሰጠ ውሳኔ እንደገና እንዲታይ በበቂ ምክንያት የሚቀርብ ጥያቄ ችግሩ በተወገደ በ30 ቀናት ውስጥ መቅረብ አለበት። በዚህ የጊዜ ገደብ ውስጥ ካልቀረበ ማህበራዊ ፍርድ ቤቱ ጥያቄውን ውድቅ ያደርገዋል።

**አንቀጽ 24 እንደ በቂ ምክንያት የሚቆጠሩ ሁኔታዎች**

በዚህ አዋጅ አንቀጽ 23 በቂ ምክንያት /ችግር/ ተብለው ሊቆጠሩ የሚችሉት ከአልጋ ለመነሳት የማያስችል በሽታ፣ የቅርብ ዘመድ ሞት ወይም ከቦታ ወደ ቦታ መዘዋወር የማያስችል ወይም ሌሎች ተመሳሳይ የሆኑ ሁኔታዎች ናቸው።

**አንቀጽ 25 የክስ መስማት ሂደት**

1. ፍርድ ቤቱ ክስ መስማት ከመጀመሩ በፊት በመዝገቡ ላይ የተጠቀሱት ተከራካሪ ወገኖች መቅረባቸውን ማረጋገጥ አለበት፣
2. ክሱ ደንብ መተላለፍን የሚመለከት ከሆነ ተከሳሹ ክሱን እንዲሰማና ለመከላከል እንዲያስችለው እራሱ መቅረብ አለበት።

**አንቀጽ 26 ክስን ስለመተው**

ማንኛውም ከሳሽ ማህበራዊ ፍርድ ቤቱ ውሳኔ ከመስጠቱ በፊት በማናቸውም ጊዜ ያቀረበውን ክስ መተው /ማንሳት/ ይችላል።

**አንቀጽ 27 ጉዳዩን ለአቃቤ ህግ መስሪያ ቤት ስለማስተላለፍ**

1. ለማህበራዊ ፍርድ ቤት የቀረበ የደንብ መተላለፍ ክስ በሙሉ ወይም በከፊል የመደበኛ ፍርድ ቤት ስልጣን ከሆነ ፍርድ ቤቱ ክሱን ለአቃቤ ህግ መስሪያ ቤት ያስተላልፋል።
2. ማህበራዊ ፍርድ ቤት የፍትሃብሄር ጉዳይ ማየት ከጀመረ በኋላ ከስልጣኑ በላይ ሆኖ ካገኘው ክሱን ዘግቶ ባለ ጉዳዩን ማሰናበት አለበት።

**አንቀጽ 28 የውሳኔ አሰጣጥ**

1. የቀረበው ክርክር ሲጠቃለል ፍርድ ቤቱ በአጭር ጊዜ ውስጥ ውሳኔ መስጠት አለበት

www.abyssinialaw.com

ኣለዎ።

2. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝወሃብ ውሳነ ብዝተኸኣለ መጠን ብሙሉእ ድምፂ ይኸውን። ሙሉእ ድምፂ እንድሕር ዘይተረኺቡ ብኣብዝሓ ድምፂ ይውሰን። ናይ ውሑዳት ድምፂ እውን ኣብ ውሳነ ይምዝገብ።
3. ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ውሳነ ኣብ ዝህበሉ ጊዜ ኣብቲ ክርክር ከይዲ ዝቐረቡ ነጥብታትን መርትዖታትን ብምግላፅ ነቲ ውሳነኡ ዝተደረኸሎም ምኽንያት ብሓፂሩ ኣብቲ ፍርዲ ክስፍሮም ኣለዎ፣
4. ዝሃቦ ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ዓቃቢ ሕጊ ዘመሓላለፈሉ ዋኒን እንተኾይኑ እቲ ዓቃቢ ሕጊ ክፈለጦ ይገብር፣

**ዓንቀፅ 29** **<u>ብዛዕባ ይግባይ፦</u>**

1. ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝሃቦ ውሳነ ቅሬታ ዘለዎ ወገን ይግባይ ንምቕራብ ከምዘድልይ እቲ ውሳነ ካብ ዝተውሃበሉ ጊዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ /10/ መዓልቲ ነቲ ቤት ፍርዲ ክፍልጥ ኣለዎ። እቲ ቤት ፍርዲ እውን ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልቲ ናይቲ መዝገብ ትክክል ቅዳሕ ነቲ ይግባይ በሃላይ ክወሃቦ ይገብር። ናይቲ ይግባይ መግለፅጢ እቲ ይግባይ በሃላይ ክኸፍል ይግበር።
2. ይግባይ በሃላይ ናይቲ መዝገብ ቅዳሕ ካብ ዝተውሃቦሉ ጊዜ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ/10/ መዓልቲ ይግባይ ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ፣ ካብ ወረዳ ቤት ፍርዲ በቲ ስሩዕ ናይ ፍ/ሃር ስነ ስርዓት ሕጊ ይግባይ ጊዜ ናብ ዞባ ቤት ፍርዲ የቅርብ።
3. ሀ/ ናይ ወረዳ ቤት ፍርዲ እንተድኣ ንናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ውሳነ ብክፋል ኮነ ብሙሉእ ኣመሓይሹ ወይ ለዊጡ ወሲኑ ናብ እቲ ወረዳ ዘለዎ ዞባ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ የግባይ ክብሃል ይኽእል።
   ለ/ ናይ ወረዳ ቤት ፍርዲ እንተድኣ ንናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ውሳነ ኣፅዲቑ ናይ ወረዳ ቤት ፍርዲ ውሳነ ይግባይ ዘይብሉ ናይ መወዳእታ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 30** **<u>ብዛዕባ ኣፈፃፅማ ውሳነ፣</u>**

1. ብማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝተውሃበ ውሳነ ብይግባይ ኣፈፃፅማኡ እንተዘይተኣጊዱ ፣

2. በማህበራዊ ፍርድ ቤቶች የሚሰጥ ውሳኔ በተቻለ መጠን በአንድ ድምፅ መሆን አለበት። ይህ ካልሆነ ደግሞ በአብላጫ ድምፅ ይወሰናል። የአንስተኛ ድምፅም አብሮ ይመዘገባል፣

3. ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ውሳኔ በሚሰጡበት ጊዜ በክርክሩ ሂደት የቀረቡትን ነጥቦችና ማስረጃዎች በመግለጽ ውሳኔው የተመሰረተበትን ምክንያት በአጭሩ በፍርዱ ውስጥ ማስፈር አለበት።
4. ውሳኔ የሰጠው አቃቤ ህግ ባስተላላፈበት ጉዳይ ላይ ከሆነ አቃቤ ህግ እንዲያውቀው ያደርጋል።

**አንቀጽ 29** **<u>ስለ ይግባኝ</u>**

1. ማህበራዊ ፍርድ ቤት በሰጠው ውሳኔ ቅሬታ ያለው ወገን ይግባኝ ማቅረብ እንደሚፈልግ ውሳኔ በተሰጠ በአስር ቀናት ውስጥለፍርድ ቤቱ ማስታወቅ አለበት። ፍርድ ቤቱ በአምስት ቀናት ውስጥ የመዝገቡን ትክክለኛ ቅጂ እንዲሰጠው ያደርጋል። የመዝገብ ማስገልበጫ ይግባኝ ባዩ ይከፈላል።

2. ይግባኝ ባዩ የመዝገቡ ቅጂ ከተሰጠው ጊዜ ጀምሮ በአስር ቀናት ውስጥ ይግባኙን ወደ ወረዳው ፍርድ ቤት ፣ ከወረዳው ፍርድ ቤት በፍትሃብሄር ስነ ስርዓት ህጉ የይግባኝ ጊዜ መሰረት ወደ ከፍተኛው ፍርድ ቤት ያቀርባል።
3. ሀ/ የወረዳው ፍርድ ቤት ማህበራዊ ፍርድ ቤቱ የሰጠውን ውሳኔ በሙሉ ወይም በከፊል አሻሽሎ ወይም ለውጦ ከወሰነ ወደ ከፍተኛ ፍርድ ቤት ይግባኝ ማለት ይቻላል።
   ለ. የወረዳው ፍርድ ቤት ማህበራዊ ፍርድ ቤቱ የሰጠውን ካፀደቀው ውሳኔው ይግባኝ የማይጠየቅበት የመጨረሻ ይሆናል።

**አንቀጽ 30** **<u>አፈፃፀም</u>**

1. በማህበራዊ ፍርድ ቤት የተሰጠ ውሳኔ አፈፃፀሙ በይግባኝ ካልታገደ በስተቀር

እቲ ውሳነ ካብ ዝተውሃበሉ ኣብ ሰላሳ/30/ መዓልቲ ውሽጢ ይፍፀም።

2. እቲ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ውሳነ ባዕሉ ንምፍፃም ወይ ኣግባብነት ዘለዎ ካሊእ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ንኽፍፀም ክውክል ይኽእል፣
3. በቲ ቤት ፍርዲ ዝውሰኽ መቕፃዕቲ ንመንግስቲ ኣታዋይ ይኾውን፣
4. ዝኾነ ሰብ ናይ ምኽፋል ዓቅሚ እናሃለዎ ዝተወሰነሉ ገንዘብ ንምኽፋል ፍቓደኛ እንድሕር ዘይኮይኑ ፣ እቲ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ውሳነ ንብረቱ ተሓሪጁ ንኽኽፍል/ንኽፍፅም/ ክእዝዝ ይኽእል እዩ፣
5. በቲ ቤት ፍርዲ ዝተወሰነ መቕፃዕቲ እቲ ተቐፃዒ /እቲ ጥፍኣተኛ/ ብዓቕሚ ምንኣስ ምኽንያት ነቲ ቕፅዓት ክከፍል ዘይኽእል ምዃኑ እቲ ቤት ፍርዲ እንተኣሚንሉ፣ እቲ መቕፃዕቲ ናብ ማሕበራዊ ዕዮ ክልውጠሉ ይኽእል፣
6. ናይቲ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ውሳነ ንምፍፃም ዝማሓላለፉ ትእዛዛት ብምልሻ ወይ ብፖሊስ ይፍፀም፣

## ክፍሊ ሓሙሽተ
## ዝተፈላለዩ ድንጋገታት፣

**ዓንቀፅ 31** **ብዛዕባ ወፃኢ ገንዘብ /ንብረት/**

ናብ ቤት ፍርዲ ንዝቐርብ ዋኒን ሕድሕድ ተኸራኸራይ ወገን ናይ ባዕሉ ወፃኢ ይኽእል። ኾይኑ ግና ከሳሳይ ዘቕርቦ ክሲ ኾነ ኢሉ ተኸሳሳይ ንምጉልእላእ ምዃኑ እቲ ቤት ፍርዲ እንተኣሚንሉ ነቲ ተኸሳሳይ ክሳብ ሚኢቲ/100/ ቅርሺ ዝበፅሕ ኪሳራ ክቆርፀሉ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 32** **ብዛዕባ ወረዳ ፈፃሚ ስራሕ ሓላፍነትታ**

1. ኣግባብ ዘለዎም ናይ ወረዳ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ኣባላትን ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዳያኑ መረፃ ንምድላዉን እቲ መረፃ ብትኽክል ምክያዱ ንምምራሕን ንምቁፅፃርን ሓላፍነት ኣለዎም።
2. ዝምልከቶ ናይ ወረዳ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን ናይ ወረዳ ናይ ፍትሒ ቤት ፅሕፈት ተወካላይን ምስ ዝምልከቶም ሓለፍቲ ብምምኻር እቶም ኣብያተ ፍርዲ ጉቡእ ናይ ምምሕዳር ደገፍን ብፍላይ ናይ መጋባእያ ቢሮታት ናይ ፅሕፈት መሳርሒታትን ካልኦት ግልጋሎት ክረኽቡ ይገብሩ፣

ውሳኔ በተሰጠ በ30 ቀናት ውስጥ ይፈፀማል።

2. ፍርድ ቤቱ የሚሰጠውን ውሳኔ እራሱ ወይም አግባብ ያለው ሌላ ማህበራዊ ፍርድ ቤት በመወከል ሊያስፈፅም ይችላል።
3. በፍርድ ቤቱ የሚወሰን ቅጣት ለመንግስት ገቢ ይሆናል
4. ማንኛውም ሰው የመክፈል አቅሙ እያለው የተወሰነበትን ለመፈፀም ፈቃደኛ ካልሆነ፣ ፍርድ ቤቱ የሰጠው ውሳኔ ንብረቱ ተሽጦ እንዲከፈል/እንዲፈፀም/ ሊያዝ ይችላል፣
ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ
ክልል ትግራይ

2. በወንጀል ተከሶ ጥፋተኛ መሆኑ ሲረጋገጥ
3. በራሱ ፈቃድ ከዳኝነት ስራ ለመሰናበት ሲጠይቅ

**አንቀጽ 16**

**የተሻሩ ሕጎች**

በትግራይ ክልል የሽግግር ሕገ መንግስት መሰረት የታወጀ አዋጅ ቁጥር 4/1985 ማሻሻያ አዋጅ ቁጥር 10/1987 በዚህ አዋጅ ተሽሯል

**አንቀፅ 17**

**ይህ አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ በትግራይ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል።

መስከረም 1988
ገብሩ አስራት
የትግራይ ብሔራዊ ክልል
ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com

1ይ ዓመት ቁፅሪ 7
1ኛ ዓመት ቁጥር 7

መስከረም 1988

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ናይ ሓደ ዋጋ 4.50 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቁፅሪ 7/1988
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 7/1988
ገጽ 1

## ኮሚሽን ዘላቒ ተሃድሶ ከባቢን ምዕባለ ሕርሻን ትግራይ ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ

- ሕርሻዊን ተፈጥሮኣዊን ሃፍቲ ክልል ትግራይ ንዝለዓለ ብኽነትን ብርሰትን ተሳጢሑ ብምፅንሑ
- ማእቶት ሕርሻ ንምድንፋዕን በዚ ኣቢሉ'ውን ብምግቢ ዓርስኻ ንምኽኣል ኣተኣማማኒ ሜላታት ተሃድሶ ከባቢን መማዕበሊ ሕርሻን ምጥቃም ኣድላይ ስለዝኾነ
- እዚ ንምፍፃም ድማ ዓርሱ ዝኽኣለን ምስ ሓረስቶት ዝሰርሕ መንግስታዊ ኣካል ምቛም ኣድላይ ስለዝኾነ
- ብሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1 መሰረት ዝስዕብ ኣዋጅ ተኣዊጁ ኣሎ።

### ክፍሊ ሓደ
### ሓፈሻዊ
### 1 ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "ኮሚሽን ዘላቒ ተሃድሶ ከባቢን ምዕባለ ሕርሻን ትግራይ ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 7/1988" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

### 2 ትርጉም

ኣብዚ ኣዋጅ ናይ'ቲ ቃል ኣግባብ ካልእ ትርጉም ዘወሃቦ እንተዘይኾይኑ

1. "ተፈጥሮኣዊን ሕርሻውን ሃፍትታት" ማለት ሓመድ ማይ ኣትክልቲ እንስሳን ካልኦት

## የትግራይ ዘላቂ የአከባቢ ተሃድሶ እና የእርሻ ልማት ለማቋቋም የወጣ አዋጅ

- የትግራይ ክልል የእርሻና የተፈጥሮ ሃብት ለከፍተኛ ብክነትና ጥፋት ተጋልጦ በመቆየቱ
- የእርሻ ምርት ለማሳደግና በምግብ ራስን ለመቻል አስተማማኝ የአከባቢ ተሃድሶ ዘዴዎችንና የእርሻ ማሳደጊያዎችን መጠቀም አስፈላጊ ስለሆነ
- ይህንን ለመፈፀም ራሱን የቻለና ከገበሬዎች ጋር የሚሰራ መንግስታዊ አካል ማቋቋም አስፈላጊ በመሆኑ
- በትግራይ ብሄራዊ ክልል ሕገ መንግስት አንቀጽ 49/3/1 መሰረት የሚከተለውን አዋጅ ታውጇል።

### ክፍል አንድ
### ጠቅላላ
### 1 አጭር ርእስ

ይህ አዋጅ "የትግራይ ዘላቂ የአከባቢ ተሃድሶ እና የእርሻ ልማት ለማቋቋም የወጣ አዋጅ ቁጥር 7/1988" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

### 2 ትርጉም

በዚህ አዋጅ የቃሉ አገባብ ሌላ ትርጉም የሚሰጠው ካልሆነ

1. "የተፈጥሮና የእርሻ ሃብቶች" ማለት አፈር ውሃ አትክልት እንስሳና ሌሎች ለገጠር ኑሮ አስፈላጊ

ንገጠር ናብራ ኣድለይቲ ተፈጥሮኣዊን ሕርሻዊን ሃፍትታት እዩም።

2. "ተጠቃማይ" ማለት ናብርኡ ኣብ ማሕረስ ወይ ኣብ ካልእ ናይ ገጠር ሃፍቲ ዝተሰረተን በቲ ናይ'ቲ ኮሚሽን ናይ መስኖ ፕሮግራም ተጠቃማይ ዝኾነ ውልቀ ሓረስታይ ወይ ናይ ሓረስቶት ጉጅለ ማለት እዩ።

3. "ኮሚሽን ወይ ኮሚሽነር" ማለት ከም ቅደም ሰዓቦም ኮሚሽን ወይ ኮሚሽነር ዘላቒ ተሃድሶ ከባቢን ምዕባለ ሕርሻን ክልል ትግራይ ማለት እዩ።

4. "ክልል ወይ ናይ ክልል መንግስቲ" ማለት ከምቅደም ሰዓቦም ብሄራዊ ክልል ትግራይ ወይ መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ማለት እዩ።

5. "ዘላቒ ሕርሻ" ማለት ንተፈጥሮኣዊን ሕርሻዊን ሃፍትታት ህዝቢ ብኣግባቡ ከመሓድር፣ ክጥቀመሉን፣ ክምዕብሉን እንዳገበረ ቀፃላይ ወለዶ ብተመሳሳሊ መንገዲ ዓቂቡን ኣማዕቢሉን ክጥቀመሉ ምኽኣል ማለት እዩ።

6. "ኮንፈረንስ" ማለት ክልላዊ ኮንፈረንስ ተጠቀምቲ ማለት እዩ።

7. "ቦርድ" ማለት በዚ ኣዋጅ ዝቆመ ናይ'ቲ ኮሚሽን ቦርድ ማለት እዩ።

**3 ኣቃውማ**

1. ኮሚሽን ዘላቒ ተሃድሶ ከባቢን ምዕባለ ሕርሻን ትግራይ ዓርሱ ዝኸኣለ ናይ መንግስቲ ኣካል ኾይኑ ቆይሙ ኣሎ።

2. ተፀዋዕነት እቲ ኮሚሽን ንፈፃሚት ኮሚቴ፣ ንርእሰ ምምሕዳር እቲ ክልል ይኸውን።

**4 ዋና ቤት ፅሕፈት**

ዋና ቤት ፅሕፈት እቲ ኮሚሽን ኣብ መቐለ ይኸውን፣ ኾይኑ ግና ከም ኣድላይነቱ ኣብ ካልኦት ከባቢታት ጨንፈራት ክህልዎ ይኽእል።

**5 ሕጋዊ ሰብነት**

እዚ ኮሚሽን ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኾይኑ ንብረት ናይ ምውናን ውዕሊ ናይ ምውዕዓል ባዕሉ ናይ ምኽሳስን ተኸሲስካ ናይ ምቅራብን ከምኡ'ውን ካልኦት ኣድለይቲ ተግባራት ናይ ምፍፃም ስልጣን ይህልዎ።

**6 ኣመሓዳድራ ሰራሕተኛታት**

ናይ'ዚ ኮሚሽን ሰራሕተኛታት ኣቆፃፅራን ኣመሓዳድራን ብመስረሓይን ሰራሕተኛን ሕጊ መሰረት ዝፍፀም ይኸውን።

የሆኑ የተፈጥሮ እና የእርሻ ሃብቶች ማለት ነው።

2. "ተጠቃሚ" ማለት ኑሮው በእርሻ ወይም በሌላ የገጠር ሃብት የተመሰረተና በኮምሽኑ የመስኖ ፕሮግራም ተጠቃሚ የሆነ ገበሬ ወይም የገበሬዎች ቡድን ማለት ነው።

3. "ኮሚሽን ወይም ኮሚሽነር" ማለት እንደ ቅደም ተከተላቸው የትግራይ ክልል ዘላቂ የአከባቢ ተሃድሶና የእርሻ ልማት ኮሚሽንና ኮሚሽነር ማለት ነው።

4. "ክልል ወይም የክልል መንግስት" ማለት እንደ ቅደም ተከተላቸው የትግራይ ብሄራዊ ክልል ወይም የትግራይ ብሄራዊ ክልል መንግስት ማለት ነው።

5. "ዘላቂ እርሻ" ማለት የተፈጥሮ እና የእርሻ ሃብቶች ህዝቡ በአግባቡ እንዲተዳደር፣ እንዲጠቀምበትና እንዲያሳድገው እያደረገ የሚቀጥለው ትውልድ በተመሳሳይ መንገድ ጠብቆና አሳድጎ እንዲጠቀምበት ማስቻል ማለት ነው።

6. "ኮንፈረንስ" ማለት ክልላዊ የተጠቃሚዎች ኮንፈረንስ ማለት ነው።

7. "ቦርድ" ማለት በዚህ አዋጅ የተቋቋመ የኮሚሽኑ ቦርድ ማለት ነው።

**3 ስለ ማቋቋም**

1. የትግራይ ዘላቂ የአከባቢ ተሃድሶና የእርሻ ልማት ኮሚሽን ራሱን የቻለ የመንግስት አካል ሆኖ ተቋቁሟል።

2. የኮሚሽኑ ተጠሪነት ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴና ርእሰ መስተዳደር ይሆናል።

**4 ዋና ጽህፈት ቤት**

የኮሚሽኑ ዋና ጽሕፈት ቤት መቐለ ይሆናል ሆኖም ግን እንደ አስፈላጊነቱ በሌሎች አከባቢዎች ቅርንጫፎች ሊኖሩት ይችላል።

**5 ሕጋዊ ሰውነት**

ኮሚሽኑ ሕጋዊ ሰውነት ያለው አካል ሆኖ ንብረት የመያዝ፣ ውል የመዋዋል፣ የመክሰስና የመከሰስ እንዲሁም ሌሎች አስፈላጊ ተግባሮችን የመፈፀም ስልጣን አለው።

**6 የሰራተኞች አስተዳደር**

የኮሚሽኑ ሰራተኞች ቅጥርና አስተዳደር በአሰሪና ሰራተኛ ሕግ መሰረት የሚፈፀም ይሆናል።

## 7 ዕላማታት እቲ ኮሚሽን

1. ብመስኖ ሕርሻ ንክጋፋሕ ብምግባር ሕፅረት ምግቢ ምቅላል
2. ኣብ ናይ ግድብ መፋስስ ዕቀባን ልምዓት ተፈጥሮ ሃፍትን ንክካየድ ምግባር
3. ተጠቀምቲ ኣብ ፕሮግራም፣ ፕላንን በጀት ምውፃእን ምግምጋምን፣ ፀገማት ኣብ ምንፃር፣ ናይ ግድብ ቦታታት ኣብ ምምራጽ፣ ኣብ ግድብ ስራሕትን ሓለዋን፣ ከምኡ እውን መስኖ ኣብ ምምሕዳር ግቡእ ተሳትፎ ክህልዎ ምግባር።

## 8 ተግባርን ስልጣንን እቲ ኮሚሽን

1. ናይ'ቲ ኮሚሽን ስራሕቲ ብዝምልከት ሕጊታት ፖሊሲታት፣ ስትራተጂን የውፅእ እንትፀድቅ'ውን ኣብ ስራሕ የውዕል።
2. ናይ ግድባትን መስኖ መሓውራትን ዲዛይን ይሰርሕ ይሃንፅ።
3. ምስ ተጠቀምቲን ምስ ወረዳ ጣብያን ምምሕዳር ኣካላት ብምትሕብባር ድሕንነት ግድባትን ናይ መስኖ መሓወራትን ይከታተል፣ ሕድሳት ዘድልዮም ንክሕደሱ ይገብር።
4. ኣብ ናይ ግድባት መፋሰሲ ክስርሑ ዝግበኦም ዲዛይን ዕቀባ ሓመድን፣ ማይን ኣብ ምስራሕ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ይተሓባበር።
5. ብህዝቢን ብዘይመንግስታዊ ኣካላት ክስርሑ ዝተተለሙ ናይ ሕርሻ ግድባት ናይ ዲዛይንን ህንፀትን ስታንዳርድ ይቆፃፀር።
6. መፍረይነት ተጠቀምቲ ሓረስቶት ንክውስኽ ግድብን መሓውር መስኖ ንክሕደሱን ኣብ ከባቢ ክበፅሕ ዝኽእል ጉድኣት ንምቁፅፃር ምስ ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ኣካላት ብምትሕብባር ይሰርሕ።
7. ምስ ዝምልከቶም መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን ኣካላት ብምትሕግጋዝ ህዝቢ ብዛዕባ ረብሓታት ግድብን መስኖን ግደ ተጠቀምቲ ኣብ ህንፀትን ሕድሳትን ግድብን መስኖን ከምኡ'ውን ኣጠቓቕማ ማይን ሕርሻን መስኖን ክፈልጥ ይገብር።
8. ዓቕሚ ንምጥንኻር ዘኽእሎ ናይ ካልኦት ዓዲታት ክእለት ተሞክሮን ቴክኖሎጂን የፅንዕ።
9. ምስ ተጠቀምቲ ሓረስቶት በዛዕባ ናይ ግድብ ቦታ መረፃን ህንፀትን፣ ኣጠቓቕማ መሬትን

## 7 የኮሚሽኑ አላማዎች

1. በመስኖ እርሻ እንዲስፋፋ በማድረግ የምግብ እጥረትን ማቃለል
2. በግድብ ተፋሰስ የተፈጥሮ ሃብት ልማትን ጥበቃ እንዲካሄድ ማድረግ
3. ተጠቃሚዎች ፕሮግራም፣ ዕቅድና በጀት ባመውጣትና በመገምገም ችግሮችን በማጤን የግድብ ቦታዎችን በመምረጥ፣ በግድብ ስራዎችና በጥበቃ እንዲሁም መስኖውን በማስተዳደር ተገቢ ተሳትፎ እንዲኖረው ማድረግ።

## 8 የኮሚሽኑ ስልጣንና ተግባር

1. የኮሚሽኑ ስራዎች በሚመለከት ሕጎች፣ ፖሊሲዎችና ስትራቴጂዎች ያወጣል፣ ሲፀድቅ ስራ ላይ ያውላል።
2. የግድቦችና የመስኖ አውታሮች ዲዛይን ይሰራል ያንፃል።
3. ከተጠቃሚዎች ከወረዳ እና ጣብያ መስተዳደር አካላት ጋር በመተባበር የግድቦችና የመስኖ አውታሮች ደህንነት ይከታተላል፣ እድሳት የሚያስፈልጋቸው እንዲታደሱ ያደርጋል።
4. በግድቦች ተፋሰስ ሊሰሩ የሚገባቸውን የአፈርና ውሃ ጥበቃ ዲዛይኖች ለመስራት ከሚመለከታቸው አካላት ጋር ይተባበራል።
5. በህዝብና መንግስታዊ ባልሆኑ አካሎች ሊሰሩ የታቀደ የእርሻ ግድቦች ዲዛይንና ግንባታ ስታንዳርድ ይቆጣጠራል።
6. የተጠቃሚ ገበሬዎች ምርታማነት እንዲጨምር ግድቦችና የመስኖ አውታሮች እንዲታደሱ እና በአካባቢው ሊደርስ የሚችል ጉዳት ለመቆጣጠር ከተለያዩ መንግስታዊ አካሎች ጋር በመተባበር ይሰራል።
7. ከሚመለከታቸው መንግስታዊ እና መንግስታዊ ያልሆኑ ድርጅቶች ጋር በመተባበር ህዝቡ ስለ ግድብና መስኖ ጥቅም፣ በእድሳትና ግንባታ የተጠቃሚዎች ሚና፣ እንዲሁም የውሃ የእርሻ እና የመስኖ አጠቃቀም እንዲያውቅ ያደርጋል።
8. አቅም ለመፍጠር የሚያስችሉ ሌሎች አገሮች ልምድና የቴክኖሎጂ ያጠናል።
9. ከተጠቃሚ ገበሬዎች ጋር ስለ ግድብ ቦታ አመራረጥና ግንባታ፣ የመሬትና የውሃ

፣ ማይን ክንክን ሕድሳትን ግድብን መሓውር መስኖ ኣከፋፍላ ዕዳ ንዝመዛበሉ ሓረስቶት ኣብ ዝወሃብ ፍታሕ ኣግባብ ብዘለዎ ሕግን መምርሒታትን ደንብን መሰረት ስምምዕ ይገብር።

## 9 መሓውር እቲ ኮሚሽን

እዚ ኮሚሽን

1. ብክልል ብርኪ ናይ ተጠቀምቲ ኮንፈረንስ፣
2. ቦርድ፣
3. ብርእሰ ምምሕዳር መቅረባይነት ብፈፃሚት ኮሚቴ ዝስየሙ ኮሚሽነርን ምክትል ኮሚሽነርን፣
4. ካልኦት ኣድለይቲ ሰራሕተኛታት፣
5. ናይ ወረዳ ኮሚቴ ዘላቒ ተሃድሶን ከባቢን ምዕባለ ሕርሻ፣
6. ናይ ግድብ ናይ ተጠቀምቲ ጠቅላላ ጉባኤ፣
7. ናይ ግድብ ዘላቒ ተሃድሶ ከባቢን ምዕባለ ሕርሻ ኮሚቴ ይህልዎ።

## ክፍሊ ክልተ

## ብዛዕባ እቲ ኮንፈረንስን ቦርድን

## 10 ኣባላት ኮንፈረንስ

1. እቲ ኮንፈረንስ ናይ'ቲ ኮሚሽን ፕሮግራም ተጠቀምቲ ካብ ዝኾና ወረዳታት ዝውከሉ ደቂ ተባዕትዮ፣ ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይ ሓረስቶትን ኣባላት ይህልዉዎ፣
2. እቲ ኮንፈረንስ ኣቦ ወንበር፣ ም/ኣቦ ወንበርን ፣ ፀሓፊን ይህልዉዎ፣
3. ናይ ኣባላት በዝሒ ፣ ኣወኻኽላን ናይ ስራሕ ጊዜን ብመምርሒ ይውሰን፣

## 11 ተግባርን ሓላፍነትን እቲ ኮንፈረንስ

1. ናይ'ቲ ኮሚሽን ስትራቴጂ ፖሊሲታትን ዕላማታትን ብዝተመልከተ ዘትዩ ሓሳብ የቅርብ።
2. ምምላእን ምውፋርን ሓይሊ ሰብ ንዋትን፣ ገንዘብን ፣ ብግድብ ምኽንያት ዝስዕብ ምምዝባል ኣጠቓቕማ ማይን መሬትን ከምኡ'ውን ካልኦት ምስቲ ኮሚሽን ዝተተሓዙ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ፀገማት ብዝምልከት ዘትዩ ፍታሕ የቅርብ፣
3. ናይቲ ኮሚሽን ዓመታዊ በጀትን ትልሚ ዘቲዩን ገምጊሙን ርእይቶ ይህብ።
4. ዝፈሰሰ ዕዳ ኢንቨስትመንት ምምላስ ፅገናን ሓይሊ ሰብ ኣጠቓቕማን ብዝምልከት ዘትዩ ፍታሕ የቅርብ፣ ብመንግስቲ ዝወፁ ሕግታትን ደንቢታትን ብዝተጠናኸረ

---

ኣጠቃቀም፣ የግድብና መስኖ መዋቅር እድሳትና እንክብካቤ፣ የዕዳ አከፋፈልና ለሚፈናቀሉ ገበሬዎች መፍትሄ በሚሰጥ አግባብ ባላቸው ሕጎች መመሪያዎችና ደንቦች መሰረት ስምምነት ያደርጋል።

## 9 የኮሚሽኑ መዋቅር

ኮሚሽኑ

1. በክልል ደረጃ የተጠቃሚዎች ኮንፈረነስ
2. ቦርድ፣
3. በርእሰ መስተዳድሩ አቅራቢነት በስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የሚሾም ኮሚሽነርና ምክትል ኮሚሽነር፣
4. ሌሎች አስፈላጊ ሰራተኞች፣
5. የወረዳ ዘላቂ የአከባቢ ተሃድሶና የእርሻ ልማት ኮሚቴ
6. የገድብ ተጠቃሚዎች ጠቅላላ ጉባኤ፣
7. የገድብ ዘላቂ የአከባቢ ተሃድሶና የእርሻ ልማት ኮሚቴ ይኖሩታል።

## ክፍል ሁለት

## ስለ ኮንፈረንስና ቦርድ

## 10 የኮንፈረንሱ አባላት

1. ኮንፈረንሱ በኮሚሽኑ ፕሮግራም ተጠቃሚ ከሆኑ ወረዳዎች የሚወከሉ ወንዶች፣ ሴቶችና ወጣት ገበሬዎች አባላት ይኖሩታል
2. ኮንፈረንሱ ሊቀመንበር፣ ም/ሊቀ መንበርና ፀሓፊ ይኖሩታል፣
3. የአባሎች በዛት፣ አወካከልና የስራ ጊዜ በመመሪያ ይወሰናል።

## 11 የኮንፈረነሱ ተግባርና ሓላፊነት

1. የኮሚሽኑ ስትራቴጂ፣ ፖሊሲና አላማዎች በተመለከተ ተወያይቶ ሓሳብ ያቀርባል
2. የሰው ሃይል፣ ማቴሪያልና ገንዘብ ማሟላትና ማሰማራት፣ በግድብ ስራ ምክንያት የሚከተል የውሃና የመሬት አጠቃቀም መዛባት፣ እንዲሁም ሌሎች ከኮሚሽኑ ጋር የተያያዙ ፖለቲካዊና ማሕበራዊ ችግሮች በተመለከተ ተወያይቶ መፍትሄ ያቀርባል፣
3. በኮሚሽኑ ዓመታዊ በጀትና ዕቅድ ተወያይቶና ገምግሞ አስተያየት ይሰጣል፣
4. የፈሰሰውን የኢንቨስትመንት ዕዳ ለመመለስ፣ ጥገናና የሰው ሃይል አጠቃቀም በተመለከተ ተወያይቶ መፍትሔ ሓሳብ ያቀርባል በመንግስት የሚወጡ ሕጎችና

መልክዑ ምስናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ዘውፅኦም ኣዋጃትን ደንብታትን ዘይጋነፅ ከባቢያዊ ስሪታት የውፅእ፣

5. ካብ ኣባላት ናይ ቦርድ ኣባላት ዝኾኑ ይመርፅ፣
6. ከምኣድላይነቱ ናይ ወፃኢ ኦዲተር ብምስያም ናይ ተጠቀምቲ ምምላስ ዕዳ ኢንቨስትመንት ብዝምልከት ክምርምር ይገብር፣ ነቲ ሪፖርት ዘተዩ የፅድቕ፣
7. ተጠቀምቲ ብማሕበራት ተወዲቦም ዝሰርሕሉ መንገዲታት ይሕብር፣
8. ናይ'ቲ ቦርድ ዓመታዊ ሪፖርት ይግምግም፣

### 12 ኣኼባ እቲ ኮንፈረንስ

1. እቲ ኮንፈረንስ ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ይእከብ፣ ኮይኑ ግን እቲ ቦርድ እንትፅውዕ ፍሉይ ኣኼባ ክገብር ይኽእል።
2. ክልተ ሲሶ ኣባላት እቲ ኮንፈረነስ እንተረከቡ ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን፣
3. ዝኾነ ውሳነ እቲ ኮንፈረንስ ብኣብላጺ ድምፂ ይሓልፍ፣ ድምፂ ማዕረ እንትምቀል ኣካቢ ዘለዎ ወገን ሰዓራይ ይኸውን፣

### 13 ኣባላት ቦርድ

1. ርእሰ ምምሕዳር . . . ኣካቢ
2. ኮሚሽነር . . . ምክትል ኣካቢ
3. ም/ኮሚሽነር . . .ኣባልን ፀሓፊን
4. 12 ተወከልቲ ተጠቀምቲ በቲ ኮንፈረንስ ዝውክሎ . . .ኣባላት
5. ሓላፊ ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን . . ኣባል
6. ሓላፊ ቢሮ ሃፍቲ ማይን ማዕድንን ኢነርጂን . . . ኣባል
7. ወኪል ማሕበርዊ ረድኤት ትግራይ . . . ኣባል
8. ወኪል ማሕበር ልምዓት ትግራይ . . . ኣባል
9. ብክልል መንግስቲ ዝውክሉ 3ተ ሰባት . . . ኣባላት

### 14 ስልጣንን ተግባርን ቦርድ

1. ናይ'ቲ ኮሚሽን ስትራተጂ፣ ፖሊሲታት፣ ሕግታትን ኣሰራርሓን ቀሪፁ ናብ ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ ክልል ትግራይ የቕርብ።
2. ናይ'ቲ ኮሚሽን ዓመታዊ ፕላንን በጀትን ንፈፃሚት ኮሚቴ ክልል ትግራይን ነቲ ኮንፈረንስን የቕርብ።
3. ክልል ፈፃሚት ኮሚቴን ኮንፈረንስን ዝህብዎ ውሳነታትን ርኢቶን ይፍፅም። ናይ

ደንቦች በሚያጠናክር መልኩ የክልሉ መንግስት የሚያወጣቸው አዋጆችና ደንቦች የማይቃረን የአከባቢ ሰራተኞችን ያወጣል።

5. ከአባላቱ ለቦርድ አባላት የሚሆኑ ይመርጣል፣
6. እንደ አስፈላጊነቱ ከውጭ ኦዲተር በመሰየም የተጠቃሚዎች የኢንቨስትመንት ዕዳ መመለስ በተመለከተ እንዲመረመር ያደርጋል፣ ሪፖርቱን ተወያይቶ ያፀድቃል፣
7. ተጠቃሚዎች በማሕበር ተደራጅተው የሚሰሩበትን መንገድ ይጠቁማል፣
8. የቦርድን ዓመታዊ ሪፖርት ይገመግማል።

### 12 የኮንፈረንሱ ስብሰባ

1. ኮንፈረንሱ በዓመት አንድ ጊዜ ይሰበሰባል፤ ሆኖም ግን ቦርድ ጥሪ ሲያደርግ ልዩ ስብሰባ ሊያደርግ ይችላል፣
2. ሁለት ሦስተኛ የኮንፈረንሱ አባላት ሲገኙ ምልአተ ጉባኤ ይሆናል፣
3. የኮንፈረንሱ ውሳኔ በአብላጫ ድምፅ ያልፋል፤ ድምፅ እኩል ሲሆን በሰብሳቢ ያለበት ወገን አሸናፊ ይሆናል፣

### 13 የቦርድ አባላት

1. ርእሰ መስተዳድር . . . ሰብሳቢ
2. ኮሚሽነር . . . ምክትል ሰብሳቢ
3. ም/ኮሚሽነር . . . አባልና ፀሓፊ
4. 12 የተጠቃሚ ተወካዮች/በኮንፈረነስ የሚወከሉ/ . . . አባላት
5. የእርሻ ልማትና ተፈጥሮ ሃብት ቢሮ ኃላፊ . . . አባል
6. የውሃ ሃብት ማእድንና ኢነርጂ ቢሮ ኃላፊ . . . አባል
7. የማሕበር ረድኤት ትግራይ ተወካይ . . . አባል
8. የትግራይ ልማት ማሕበር ተወካይ . . . አባል
9. በክልሉ መንግስት የሚወከሉ 3 ሰዎች . . . አባላት

### 14 የቦርድ ስልጣንና ተግባር

1. የኮሚሽኑ ስትራቴጂ፣ ፖሊሲዎች፣ ሕጎችና አሰራሮች ቀርፆ ለትግራይ ክልል ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ያቀርባል።
2. የኮሚሽኑ ዓመታዊ ዕቅድና በጀት ለትግራይ ክልል ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴና ለኮንፈረንሱ ያቀርባል።
3. የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴና ኮንፈረንሱ የሚሰጡት ውሳኔዎችና አስተያየቶች

ክልቲኦም ውሳነታትን ርኢቶን ኣብ ዝንነፀሉ እዋን ናይ ፈፃሚት ኮሚቴ ውሳነ ተፈፃሚ ይኸውን።

4. በዚ ኣዋጅን ክልል መንግስቲ ብዝህቦ መምርሒ መሰረት ናይ'ቲ ኮሚሽን መሓውርን ቅርፅን፣ ሰራሕተኛ ምምሕዳር፣ ስርዓት ናይ ግድባትን መስኖን ስታንዳርድ መምርሒታት የውፅእ።
5. ናይ ዕዳ ኢንቨስትመንት ምምላስ ብዝምልከት ናይ ኣፈፃፅማ መምርሒታት የውፅእ፣
6. ተፀዋዕነት እቲ ቦርድ ንክልል ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴን ርእሰ ምምሕዳርን ይኸውን።

## 15 ኣኼባ እቲ ቦርድ

1. እቲ ቦርድ ኣብ 3ተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ኣኼባ ይገብር፣ ኾይኑ ግን እቲ ኮሚሽነር፣ ርእሰ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ወይ ፍርቂ ኣባላት እቲ ቦርድ ሕቶ እንተቕርቡ ተወሳኺ ኣኼባ ክገብር ይኽእል፣
2. ክልተ ሲሶ ኣባላት እቲ ቦርድ ተተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን፣
3. ናይ'ቲ ቦርድ ውሳነ ብኣብላጺ ድምፂ ይሓልፍ፣ ድምፂ ማዕረ እንትምቀል ኣካቢ ዘለዎ ወገን ሰዓራይ ይኸውን፣
4. እቲ ቦርድ ናይ ባዕሉ ውሽጣዊ ደንቢ ክውፅእ ይኽእል፣

## 16 ስልጣንን ተግባርን ኮሚሽነር

1. እቲ ኮሚሽነር ናይ'ቲ ኮሚሽን ስራሕ ፈፃሚ ብምዃኑ ስራሕቲ እቲ ኮሚሽን ይመርሕ
2. ናይ'ቲ ኮሚሽን ስራሕ ፕሮግራምን በጀትን የዳልው እንትፍቀድ ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር፣
3. እቲ ኮሚሽን ምስ ሳልሳይ ወገናት ኣብ ዝገብሮም ርክባት ነቲ ኮሚሽን ይውክል፣
4. ብዛዕባ ምንቅስቓስ ስራሕቲ እቲ ቦርድ ሪፖርት የቕርብ፣
5. በቲ ቦርድ ዝወሃቦ ካልኦት ተግባራት ይፍፅም
6. ተፀዋዕነት እቲ ኮሚሽነር ንፈፃሚት ኮሚቴን ንርእሰ ምምሕዳር እቲ ክልልን ይኸውን።

## 17 ብዛዕባ ምክትል ኮሚሽነር

1. እቲ ኮሚሽን ሓደ ምክትል ኮሚሽነር ይህልዎ፣
2. ኮሚሽነር ኣብዘይህልወሉ እዋን ተኪኡ

ይፈፅማል፣ የሁለቱም ውሳኔዎችና አስተያየቶች በሚቃረኑበት ጊዜ የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴው ውሳኔ ተፈፃሚ ይሆናል።

4. በዚህ አዋጅና በክልሉ መንገስት በሚሰጠው መመሪያ መሰረት የኮሚሽኑ መዋቅርና ቅርፅ፣ የሰራተኛ አስተዳደር፣ የገድብና የመስኖ ስርዓት ስታንዳርድ መመሪያዎች ያወጣል።
5. የኢንቨስትመንት ዕዳ መመለስን በሚመለከት የአፈፃፀም መመሪያዎች ያወጣል።
6. የቦርድ ተጠሪነት ለክልል ስራ አስፈፃሚና ለርእሰ መስተዳድሩ ይሆናል።

## 15 የቦርድ ስብሰባ

1. ቦርድ በሶስት ወር አንድ ጊዜ ይሰበሰባል ሆኖም ግን ኮሚሽነሩ፣ የትግራይ ክልል ርእሰ መስተዳድር ወይም የቦርድ ግማሽ አባላት ጥያቄ ሲያቀርቡ ተጨማሪ ስብሰባ ሊያደርግ ይችላል
2. ሁለት ሶስተኛው የቦርድ አባላት ሲገኙ ምልአተ ጉባኤ ይሆናል
3. የቦርድ ውሳኔ በአብላጫ ድምፅ ያልፋል፤ ድምፅ እኩል ሲሆን ሰብሳቢ ያለበት ወገን ውሳኔ ይሆናል
4. ቦርድ የራሱ የውስጥ ደንብ ሊያወጣ ይችላል

## 16 የኮሚሽነሩ ስልጣንና ተግባር

1. ኮሚሽነሩ የኮሚሽኑ ስራ አስፈፃሚ በመሆኑ የኮሚሽኑን ስራዎች ይመራል፣
2. የኮሚሽኑ ስራ፣ ፕሮግራምና በጀት ያዘጋጃል፣ ሲፈቀድም በስራ እንዲውል ያደርጋል፣
3. ኮሚሽኑ ከሶስተኛ ወገኖች ጋር በሚያደርገው ግንኙነት ኮሚሽኑን ይወክላል፣
4. የቦርድን የስራ እንቅስቃሴ በተመለከተ ሪፖርት ያቀርባል፣
5. በቦርድ የሚሰጡት ሌሎች ተግባሮች ይፈፅማል፣
6. የኮሚሽነሩ ተጠሪነት ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴና ለርእሰ መስተዳድሩ ይሆናል።

## 17 ስለ ምክትል ኮሚሽነር

1. ኮሚሽኑ አንድ ምክትል ኮሚሽነር ይኖረዋል፣
2. ኮሚሽነሩ በሌለበት ጊዜ ተክቶ ይሰራል፣

ይሰርሕ፣

3. ተፀዋዕነቱ ነቲ ኮሚሽነር ይኸውን፡፡

## 18 ኣብ ወረዳን ግድብን ዝርከቡ ናይ'ቲ ኮሚሽን ኣካላት ኣቃውማ

ኣቃውማ ስልጣንን ተግባርን ኣብ ወረዳን ግድብን ዝርከቡ ናይ'ቲ ኮሚሽን ኣባላት ብመምረሒ ይውሰን፡፡

## ክፍሊ ሰለስተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

## 19 ናይ በጀት ፍልፍል

ንመደባት እቲ ኮሚሽን መፈፀሚ ዝኸውን ናይ በጀት ፍልፍል ካብዞም ዝስዕቡ ይኸውን፡፡

ሀ. ካብ ብመንግስቲ ዝምደብ በጀት

ለ. ካብ ሃገር ውሽጥን ወፃኢ ን ካብ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ውልቀ ሰባትን ብሓገዝ ዝርከብ ገንዘብ ወይ ማቴሪያል

## 20 ኦዲት

1. ናይ ክልል መንግስቲ ኦዲተር ኣብ ዝኾነ እዋን ናይ'ቲ ኮሚሽን ኣጠቓቕማ መንግስታዊ በጀት ክምርምር ይኽእል፡፡
2. ናይ'ቲ ኮሚሽን ሒሳብ መዛግብቲን ፋይናንስ ተንከፍ ጉዳያትን እቲ ቦርድ ብዝስይሞን ብቅዓት ብዘለዎን ናይ ወፃኢ ኦዲተር ይምርምር

## 21 መምረሒታት ናይ ምውፃእ ስልጣን

እዚ ኮሚሽን በዚ ኣዋጅ ዝተወሃቦ ስልጣንን ተግባራትን ንምፍፃም ዘኽእሎ መምረሒታት ናይ ምውፃእ ስልጣን ይሀልዎ፡፡

## 22 እቲ ኣዋጅ ዝፀንዓሉ ጊዜ

እዚ ኣዋጅ ብነጋሪት ጋዜጣ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን፡፡

መስከረም 1988

ገብሩ አስራት

ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልል ትግራይ

3. ተጠሪነቱ ለኮሚሽነሩ ይሆናል፡፡

## 18 በወረዳና በግድብ የሚገኙ የኮሚሽኑ አካላት ስለማቋቋም

በወረዳናበግድብ የሚገኙ የኮሚሽኑ አባላት ስለ ማቋቋም ስልጣንና ተግባር በመመሪያ ይወሰናል፡፡

## ክፍል ሶስት

## የተለያዩ ድንጋጌዎች

## 19 የበጀት ምንጭ

ለኮሚሽኑ ስራዎች ማስፈፀሚያ የሚሆን የበጀት ምንጮች የሚከተሉት ይሆናሉ፡፡

ሀ. በመንግስት ከሚመደብ በጀት

ለ. ከሃገር ውስጥና አገር ውጭ መንግስታዊ ካልሆኑ ድርጅቶችና ግለሰቦች በእርዳታ የሚገኝ ገንዘብ ወይም ማቴሪያል፡፡

## 20 ኦዲት

1. የክልሉ መንግስት ኦዲተር በማንኛውም ጊዜ የኮሚሽኑ የመንግስታዊ በጀት አጠቃቀም ሊመረምር ይችላል፡፡
2. የኮሚሽኑ የሒሳብ መዝገቦች ገንዘብ ነክ ጉዳዮች ቦርድ በሚሰይመው ብቃት ባለው የውጭ ኦዲተር ይመረምራል

## 21 መመሪያዎች የማውጣት ስልጣን

ኮሚሽኑ በዚህ አዋጅ የተሰጠውን ስልጣንና ተግባሮች ለመፈፀም የሚያስችሉ መመሪያዎች የማውጣት ስልጣን ይኖረዋል፡፡

## 22 አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ

ይህ አዋጅ በትግራይ ብሄራዊ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል፡፡

መስከረም 1988

ገብሩ አስራት

የትግራይ ክልል ብሄራዊ ክልል ርእሰ መስተዳድር

www.abyssinialaw.com

1ይ ዓመት ቁፅሪ 8
1ኛ ዓመት ቁጥር 8

መስከረም 1988

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ናይ ሓደ ዋጋ 2.65 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቁፅሪ 8/1988
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 8/1988
ገጽ 1

## ኮሚሽን ኣካል መሰልጠኒን ስፖርትን ብሄራዊ ክልል ትግራይ ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ

ኮሚሽን ኣካል መሰልጠኒን ስፖርትን ምቛም ኣድላይ ስለዝኾነ ብሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1 መሰረት እዚ ዝስዕብ ተኣዊጁ ኣሎ፤

### 1 ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "ኮሚሽን ኣካል መሰልጠኒን ስፖርትን ብሄራዊ ክልል ትግራይ ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ ቁ. 8/1988" ተባሂሉ ክጥቀስ ይካኣል

### 2 ኣቃውማ

1. ኮሚሽን ኣካል መሰልጠኒን ስፖርትን ድሕሪ ሕዚ ኮሚሽን እናተብሃለ ዝፅዋዕ በዚ ኣዋጅ ቆይሙ ኣሎ
2. ናይ'ቲ ኮሚሽን ተፀዋዕነት ንፈፃሚት ኮሚቴ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ንርእሰ ምምሕዳርን ይኸውን።

### 3 ስልጣንን ተግባራትን እቲ ኮሚሽን

እቲ ኮሚሽን ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልዉዎ፦

1. ስፖርት ኣብ'ቲ ክልል ንክምዕብልን ንክስፋፋሕን ይገብር፣
2. ኣብ'ቲ ክልል ንዝጣየሹ ናይ ስፖርት ማሕበራት ፍቓድ ይህብ ፕሮግራም'ውን የተሓባብር ይቆፃፀር፣
3. ናይ ኣካል ምውስዋስን ማስ ስፖርትን ፕሮግራማት ኣዳሊዉ ሕብረተሰብ የሳትፍ ክልላዊ ናይ ስፖርት ውድድራት የዳልዉ፤ ክዳልዉ ፍቓድ ይህብ። ኣብ መንጎ ማሕበራት ስፖርት ዝልዓል ክርክር ይዳኒ፣

## የትግራይ ብሔራዊ ክልል የአካል ማሰልጠኛና ስፖርት ኮሚሽን ለማቋቋም የወጣ አዋጅ

የአካል ማሰልጠኛና ስፖርት ኮሚሽን ማቋቋም አስፈላጊ በመሆኑ በትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ መንግስት ዓንቀጽ 493/1 መሰረት የሚከተለው ታውጇል።

### 1 አጭር ርእስ

ይህ አዋጅ " የትግራይ ብሔራዊ ክልል የአካል ማሰልጠኛና ስፖርት ኮሚሽንን ለማቋቋም የወጣ አዋጅ ቁ. 8/1988" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

### 2 ስለ ማቋቋም፦

1. የአካል ማሰልጠኛና ስፖርት ኮሚሽን ከዚህ በኋላ ኮሚሽን እየተባለ የሚጠራ በዚህ አዋጅ ተቋቁሟል፦
2. የኮሚሽኑ ተጠሪነት ለትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት አስፈፃሚ ኮሚቴና ለርዕሰ መስተዳድሩ ይሆናል።

### 3 የኮሚሽኑ ስልጣንና ተግባር፦

ኮሚሽኑ የሚከተሉት ስልጣንን ተግባራት ይኖሩታል።

1. በክልሉ ስፖርት እንዲያድግና እንዲስፋፋ ያደርጋል፣
2. በክልሉ ለሚቋቋሙ የስፖርት ማሕበራት ፍቃድ ይሰጣል፣ ፕሮግራም ያስተባብራል፣ ይቆጣጠራል፣
3. የአካል እንቅስቃሴ እና ማስ ስፖርት ፕሮግራሞችን አዘጋጅቶ ሕብረተሰቡን ያሳትፋል፣ ክልላዊ የስፖርት ውድድሮችን ያዘጋጃል፣ ለሚዘጋጅ ፍቃድ ይሰጣል፣ በስፖርት ማሕበራት መካከል የሚነሳ ክርክር

4. ኣብ'ቲ ክልል ናይ ስፖርት ኪኢላ ሓይሊ ሰብ ንክፈሪ ይገብር፣
5. ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ናይ ስፖርት ዕጥቅን ናውቲን ዝርከበሉ መንገዲታት ይምህዝ ተግባራዊ ይገብር፣
6. ናይ'ቲ ክልል ባህላዊ ስፖርትታት ብዝበለፀ ክፈለጡ፣ ክመሓየሹን ክዓብዩን ይገብር፣
7. ናይ'ቲ ክልል ማሕበራት ስፖርት እቶት ንዕላማኦም መፈፀሚ ምውዓሉ ንምርግጋፅ ሒሳቦም ንክምርመር ይገብር፣
8. ኣብ'ቲ ክልል ናይ ስፖርት ቦታታት የዳልዉ ንክዳልው የበረታትዕ፣
9. ናይ ስፖርት ማሕበራትን ካልኦት ናይ ስፖርት ጉጅለታትን ብስፖርታዊ ምንቅስቃስ ንኽጠናኸሩ ዓቅሚ ብዝፈቐዶ መጠን ሞያዊን ማቴሪያላዊን ሓገዝ ይገብር፣
10. ኣብ'ቲ ክልል ዝካየዱ ውድድራት ብናይ ኢንተርናሽናል ፌዴሬሽናት ሕግን ደንቢን ንክምርሑ ይገብር፣
11. ምስ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ብምትሕብባር ስፖርታዊ ሕክምና የዳልዉ፣

## 4 ምምሕዳር እቲ ኮሚሽን

እቲ ኮሚሽን፦

1. ናይ'ቲ ክልል ቤት ምኽሪ ስፖርት/ ድሕሪ ሕዚ ቤት ምኽሪ/ እንዳተብሃለ ዝፅዋዕ፣
2. ብስራሕ ፈፃሚ ዝሸየም ሓደ ኮሚሽነር፣
3. ካልኦት ኣድለይቲ ሰራሕተኛታት ይህልዉዎ፣

## 5 ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ

1. ብፈፃሚት ኮሚቴ ዝስየም . . . ኣካቢ
2. ናይ ትምህርቲ ቢሮ ሓላፊ . . . ኣባል
3. ናይ'ቲ ኮሚሽን ኮሚሽነር . . . ኣባልን ፀሓፊን
4. ናይ ስፖርት ፌዴሬሽናት ፕሬዚዳንት . . . ኣባል
5. ናይ ዞባታት ተፀዋዕቲ ኮሚሽን ስፖርት . . . ኣባል
6. ናይ መናእሰይ ማሕበር ተወካሊ . . . ኣባል
7. ናይ ሓረስቶት ማሕበር ተወካሊ . . . ኣባል
8. ናይ ደቂ ኣንስትዮ ማሕበር ተወካሊት . . . ኣባል
9. ናይ ቤት ምኽሪ ነጋዶ ተወካሊ . . . ኣባል
10. ናይ ሸቃሎ ማሕበር ተወካሊ . . . ኣባል

ይዳኛል፣

4. በክልሉ በስፖርት የሰለጠነ የሰው ሃይል ለማፍራት ይሰራል፣
5. ከሚመለከታቸው አካላት ጋር በመተባበር የስፖርት ትጥቅና ማቴሪያል የሚገኝበት መንገድ ይፈጥራል፣ ተግባራዊ ያደርጋል፣
6. የክለሉ ባህላዊ ስፖርቶች በይበልጥ እንዲታወቁ፣ እንዲሻሻሉና እንዲያድጉ ያደርጋል
7. የክለሉ የስፖርት ማሕበራት ገቢ ለዓላማቸው ማስፈፀሚያ መዋልን ለማረጋገጥ ሒሳባቸው እንዲመረመር ያደርጋል፣
8. በክልሉ የስፖርት ቦታዎችን ያዘጋጃል፣ እንዲዘጋጅ ያበረታታል፣
9. የስፖርት ማሕበሮችና ሌሎች የስፖርት ቡድኖች በስፖርታዊ እንቅስቃሴ ለማጠናከር አቅም በፈቀደው ሁሉ ሞያዊና ማተሪያላዊ ድጋፍ ያደርጋል፣
10. በክልሉ የሚካሄዱ ውድድሮች በኢንተርናሽናል ፌዴሬሽኖች ሕግና ደንብ መሰረት እንዲመሩ ያደርጋል፣
11. ከጤና ጥበቃ ጋር በመተባበር ስፖርታዊ ሕክምና ያዘጋጃል፣

## 4 የኮሚሽኑ አስተዳደር፦

ኮሚሽኑ፦

1. የክልሉ ስፖርት ምክር ቤት /ከዚህ በኋላ ምክር ቤት/ እየተባለ የሚጠራ፣
2. በስራ አስፈፃሚ የሚሾም አንድ ኮሚሽነር፣
3. ሌሎች አስፈላጊ ሰራተኞች ይኖሩታል፣

## 5 የምክር ቤቱ አባላት፦

1. በአስፈፃሚ ኮሚቴ የሚሾም . . . ሰብሳቢ
2. የትምህርት ቢሮ ኃላፊ . . . አባል
3. የኮሚሽኑ ኮሚሽነር . . . አባልና ፀሓፊ
4. የስፖርት ፌደሬሽኖች ፕሬዚዳንት . . . አባል
5. የዞኖች የስፖርት ኮሚሽን ተጠሪዎች . . . አባል
6. የወጣቶች ማሕበር ተወካይ . . . አባል
7. የገበሬዎች ማሕበር ተወካይ . . . አባል
8. የሴቶች ማሕበር ተወካይ . . . አባል
9. የነጋዴዎች ምክር ቤት ተወካይ . . . አባል
10. የሰራተኞች ማሕበር ተወካይ . . . አባል

11.ናይ ትግራይ ስፖርት ማሕበር ተወካሊ . . . . ኣባል
12.ብፈፃሚት ኮሚቴ ዝስየሙ እቲ ስራሕ ዝምልከቶም ናይ ካልኦት መንግስታዊ ወይ ከዓ ህዝባዊ ትካላት ተወከልቲ . . . ኣባል

## 6 ኣኼባ'ቲ ቤት ምኽሪ፦

1. እቲ ቤት ምኽሪ ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ስሩዕ ኣኼባ ይገብር። ኾይኑ ግን ኣድላይ ኾይኑ እንትርከብ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ኣኼባ ክገብር ይኽእል
2. ዝበዝሑ ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ ኣብ'ቲ ኣኼባ እንተተረኺቦም ምልአተ ጉባኤ ይኸውን
3. ውሳነታት እቲ ቤት ምኽሪ ዝሓልፍ ብኣብላዒ ድምፂ ይኸውን፣ ኾይኑ ግና ድምፂ ማዕረ እንትኽፈል እቲ ኣካቢ ዘለዎ ወገን ሰዓራይ ይኸውን።
4. ናይ'ዚ ዓንቀፅ ድንጋጌታት ከምዝተሓለዉ ኮይኖም እቲ ቤት ምኽሪ ናይ ባዕሉ ደንቢ ስነ ስርዓት ኣኼባ ከውፅእ ይኽእል።

## 7 ተግባርን ስልጣንን እቲ ቤት ምኽሪ

እቲ ቤት ምኽሪ ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ኣለዉዎ፦

1. ስፖርት በዛዕባ ዝስፋሕፋሓሉን ዝምዕብለሉን ኩነታት በቲ ኮሚሽን ዝቐርበሉ ናይ ፖሊሲ ሓሳባት ቅድሚ ናብ ክልል መንግስቲ ምቕራቦም የፅድቕ፣
2. እቲ ኮሚሽን ዘውፅኦም መምረሒታት የፅድቕ፣
3. ናይ'ቲ ኮሚሽን ዓመታዊ ስራሕ ኣፈፃፅማን ናይ በጀት ኣጠቃቅማን ሪፖርት ገምጊሙ የፅድቕ፣
4. በቲ ኮሚሽን ዝቐርበሉ ትልሚን በጀትን የፅድቕ፣ እንትፍቀድ ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ይከታተል፣
5. ነቲ ክልል ስፖርታዊ ምንቅስቃስ ዝውዕል ናይ ፍልፍል እቶት ይውስን፣
6. በቲ ኮሚሽነር ዝቐርበሉ ካልኦት ዋኒናት ይውስን።

## 8 ስልጣንን ተግባራትን እቲ ኮሚሽነር

1. ዋና ስራሕ መካየዲ ኮይኑ ናይ'ቲ ኮሚሽን ስራሕቲ ይመርሕ የማሓድር፣
2. ናይ'ዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ሓፈሻዊ ኣገላልፃ ከምዘለዎ ኮይኑ እቲ ኮሚሽነር፦

11.የትግራይ ስፖርት ማሕበር ተወካይ . . . አባል
12.በአስፈፃሚ ኮሚቴ የሚሰየሙ ስራው የሚመለከታቸው የሌሎች መንግስታዊ ወይም ህዝባዊ ድርጅቶች ተወካዮች . . . አባል

## 6 የምክር ቤቱ ስብሰባ

1. ምክር ቤቱ በዓመት አንድ ጊዜ መበደኛ ስብሰባ ያካሂዳል ሆኖም ግን አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ በማንኛውም ጊዜ ስብሰባ ሊያካሂድ ይችላል።
2. አብዛኛዎቹ የምክር ቤቱ አባላት በስብሰባው ከተገኙ ምልአተ ጉባኤ ይሆናል
3. የምክር ቤቱ ውሳኔዎች የሚያልፉት በአብላጫ ድምፅ ይሆናል ሆኖም ግን እኩል ድምፅ ሲኖር ሰብሳቢው ያለበት ወገን አሸናፊ ይሆናል
4. የዚህ ዓንቀፅ ድንጋጌዎች እንደተጠበቀ ሆኖ ምክር ቤቱ የራሱ የስብሰባ ስነ ስርዓት ደንብ ሊያወጣ ይችላል፦

## 7 የምክር ቤቱ ስልጣንና ተግባር

ምክር ቤቱ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባር ይኖሩታል።

1. ስፖርት ስለሚስፋፋበትና ስለሚያድግበት ሁኔታዎች በኮሚሽኑ የሚቀርብለት የፖሊሲ ሃሳቦች ለክልል መንግስት ከመቅረቡ በፊት ያፀድቃል፣
2. በኮሚሽኑ የሚወጡ መመሪያዎች ያፀድቃል፣
3. የኮሚሽኑ ዓመታዊ የስራ አፈፃፀምና የበጀት አጠቃቀም ሪፖርት ገምግሞ ያፀድቃል፣
4. በኮሚሽኑ የሚቀርብለትን እቅድና በጀት ያፀድቃል ሲፈቀድ በስራ መዋሉን ይከታተላል፣
5. ለክልሉ ስፖርታዊ እንቅስቃሴ የሚውል የገቢ ምንጮች ይወስናል።
6. በኮሚሽነሩ የሚቀርቡ ሌሎች ጉዳዮችን ይወስናል።

## 8 የኮሚሽነሩ ስልጣንና ተግባር

1. ዋና ስራ አስኪያጅ ሆኖ የኮሚሽኑ ስራዎች ይመራል ያስተዳድራል፣
2. የዚህ ዓንቀፅ ንዑስ አንቀፅ 1 አጠቃላይ አገላለፅ እንዳለ ሆኖ ኮሚሽነሩ፣

ሀ. ኣብ'ዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 4 ዝተመልከተ ናይ'ቲ ኮሚሽን ተግባርን ስልጣንን ኣብ ስራሕ የውዕል
ለ. ብስቪል ሰርቪስ ሕጊ መሰረት ሰራሖተኛታት ይቖፅር የመሓድር፣
ሐ. ናይ'ቲ ኮሚሽን ናይ ስራሕ ፕሮግራምን በጀትን የዳልው እንትፍቀድ ኣብ ስራሕ የውዕል
መ. ነቲ ኮሚሽን ዝተፈቐደሉ በጀትን ናይ ስራሕ ፕሮግራምን መሰረት ገንዘብ ወፃኢ ይገብር፣
ሰ. እቲ ኮሚሽን ምስ ሳልሳይ ወገናት ኣብ ዝገብሮም ርክብ ነቲ ኮሚሽን ይውክል፣

ረ. ናይ'ቲ ኮሚሽን ናይ ስራሕ ምንቅስቃስ ሪፖርት የቅርብ፣
3. እቲ ኮሚሽነር ንስራሕ ቅልጥፍና ብዘድልዮ መጠን ብስልጣኑን ተግባሩን ብኸፋል ንካልኦት ናይ'ቲ ኮሚሽን ሓለፍትን ሰራሖተኛታትን ብውክልና ከመሓላልፍ ይኽእል።

9 ናይ በጀት ፍልፍላትን

ናይ'ቲ ኮሚሽን በጀት ካብዞም ዝስዕቡ ፍልፍላት ይኸውን፣
1. ካብ መንግስቲ ዝምደበሉ በጀት፣
2. ካብ ካልኦት ፍልፍላት፣

10 እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ እዋን

እዚ ኣዋጅ ብነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

መስከረም 1988
ገብሩ ኣስራት
ርእሰ ምምሓዳር ብሄራዊ ክልል ትግራይ

ሀ. በዚህ አዋጅ ዓንቀፅ 4 የተመለከተው የኮሚሽኑ ስልጣንና ተግባር በስራ ያውላል፣
ለ. በሲቪል ሰርቪስ ሕግ መሰረት ሰራተኞች ይቀጥራል፣ የስተዳድራል፣
ሐ. የኮሚሽኑ የስራ ፕሮግራምና በጀት ያዘጋጃል፣ ሲፈቀድ በስራ ያውላል፣

መ. ለኮሚሽኑ የተፈቀደለት በጀትና የስራ ፕሮግራም መሰረት ገንዘብ ወጪ ያደርጋል፣
ሰ. ኮሚሽኑ ከሶስተኛ ወገኖች ጋር በሚያደርገው ግኑኝነት ኮሚሽኑን ይወክላል፣
ረ. የኮሚሽኑ የስራ እንቅስቃሴ ሪፖርት ያቀርባል፣
3. ኮሚሽነሩ ለስራ ቅልጥፍና በሚያስፈልገው መጠን ስልጣኑንና ተግባሩን በከፊል ለሌሎች የኮሚሽኑ ኃላፊዎችና ሰራተኞች በውክልና ሊያስተላልፍ ይችላል።

9 የበጀት ምንጮች

የኮሚሽኑ በጀት ከሚከተሉት ምንጮች ይሆናል፣
1. በመንግስት በሚመደብ በጀት፣
2. ከሌሎች ምንጮች፣

10 ይህ አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ

ይህ አዋጅ በትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል።

መስከረም 1988
ገብሩ አስራት
የትግራይ ብሔራዊ ክልል ርእሰ መስተዳድር

www.abyssinialaw.com

1ይ ዓመት ቁፅሪ 9
1ኛ ዓመት ቁጥር9

መስከረም 1988

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ናይ ሓደ ዋጋ 2.65 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቁፅሪ 9/1988
ገፅ 1

ማ ው ጫ
ኣዋጅ ቁጥር 9/1988
ገጽ 1

**ኣዋጅ ቁፅሪ 9/1988 ዓ.ም**

**ስልጣንን ተግባርን ቢሮታት መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ**

ስልጣንን ተግባርን ቢሮታት መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ምውሳን ኣድላይ ስለዝኾነ ብሕገ መንግስሰቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1 መሰረት እዚ ዝስዕብ ተኣዊጁ ኣሎ።

**ክፍሊ ሓደ**

**ሓፈሻዊ**

1 **ሓፂር ርእሲ፣**

እዚ ኣዋጅ "ስልጣንን ተግባርን ቢሮታት መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 9/1988 " ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል

2 **ትርጉም፣**

"ናይ ክልል መንግስቲ" ማለት ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝቖመ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ማለት'ዩ

"ፈፃሚት ኮሚቴ" ማለት ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝቖመ ፈፃሚት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ'ዩ።

3 **ብዛዕባ ቢሮታት ምቛም፣**

እዘን ዝስዕባ ቢሮታት በዚ ኣዋጅ'ዚ ቆይመን ኣለዋ፦

1. ቢሮ ፕላንን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን፣
2. ቢሮ ዕዮን ከተማ ልምዓትን፣
3. ቢሮ ፋይናንስ፣
4. ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን፣

**ኣዋጅ ቁጥር 9/1988 ዓ.ም**

**የትግራይ ብሔራዊ ክልል መንግስት ቢሮዎች ስልጣንና ተግባርን ለመወሰን የወጣ ኣዋጅ**

የትግራይ ብሔራዊ ክልል መንግስት ቢሮዎች ስልጣንና ተግባር መወሰን አስፈላጊ በመሆኑ በትግራይ ብሔራዊ ክልል ሕገ መንግስት ዓንቀፅ 49/3/1 መሰረት የሚከተለው ታውጇል

**ክፍል አንድ**

**ጠቅላላ**

1 **አጭር ርእስ፥**

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሔራዊ ክልል መንግስት ቢሮዎች ስልጣንና ተግባር ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 9/1988" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2 **ትርጉም፥**

"የክልል መንግስት" ማለት በትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ መንግስት መሰረት የተቋቋመ የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ነው።

"አስፈፃሚ ኮሚቴ" ማለት በትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ መንግስት መሰረት የተቋቋመ የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት አስፈፃሚ ነው።

3 **ስለ ቢሮዎች ማቋቋም፥**

የሚከተሉት ቢሮዎች በዚህ አዋጅ ተቋቁመዋል።

1. የፕላንና ኢኮኖሚያዊ ልማት ቢሮ፣
2. የሥራና የከተማ ልማት ቢሮ፣
3. የፋይናንስ ቢሮ፣
4. የእርሻ ልማትና የተፈጥሮ ሃብት ቢሮ፣

5. ቢሮ ሃፍቲ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጅን፣
6. ቢሮ ኢንዱስትሪን ንግድን ትራንስፖርትን፣
7. ቢሮ ሲቪል ሰርቪስ፣
8. ቢሮ ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ጉዳይን፣
9. ቢሮ ሓደጋ ምክልኻልን ድልውነትን፣
10.ቢሮ ትምህርቲ፣
11.ቢሮ ሓለዋ ጥዕና፣
12.ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ማስታወቂያ፣
13.ቢሮ ፍትሒ፣

4 ናይ ቢሮታት ሓፈሻዊ ሓላፍነት፣

ነፍሲ ወከፍ ቢሮ፦

1. ትልሚን በጀትን የዳሉ እንትፍቀድ'ውን ኣብ ስራሕ የውዕል፣
2. ሕግታት፣ ደንብታትን መምረሒታትን ኣብ ስራሕ ምውዓሎም የረጋግፅ፣
3. ናይ ፅንዓትን ምርምርን ተግባራት የካይድ፣ ናይ ስታትስቲክስ መረዳእታታት ይእክብ፣ የዋድድ፣
4. ብሕጊ መሰረት ውዕላት ይፈራረም፣
5. ንፈፃሚት ኮሚቴ ክልል ትግራይ በብእዋኑ ፀብፃብ የቅርብ፣
6. ዝተዋህቦ ተግባራት ንምፍፃም ዘኽእሎ ናይ ኣፈፃፅማ መምረሒታት የውፅእ፣
7. ከም ኣድላይነቱ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምምኽኻር ኣብ ዝተፈላለዩ ብርኪታት ምምሕዳር መሓውሩ ይዝርግሕ፣ የጣይሽ።

## ክፍሊ ክልተ
## ናይ ቢሮ ሓለፍቲ ተፀዋዕነትን ሓላፍነትን፣

### 5 ኣሿውማ

ኣሿውማ ቢሮ ሓለፍቲ ብሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 56/5 ብዝተደንገገ መሰረት ይፍፅም።

### 6 ተፀዋዕነት፣

ነፍሲ ወከፍ ቢሮ ሓላፊ ተፀዋዕነቱ ንክልል ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴን ንክልል ርእሰ ምምሕዳርን ይኸውን።

### 7 ሓላፍነት፣

ነፍሲ ወከፍ ቢሮ ሓላፊ፣

1. ነቲ ቢሮ ዝተዋህቦ ስልጣንን ተግባራትን ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር፣
2. ነቲ ቢሮ ብዝተፈቐደ በጀት መሰረት ገንዘብ ወፃኢ ክግበር ይፈቅድ፣
3. ነቲ ቢሮ ዝምልከት ረቂቅ ሕግታት ንፈፃሚት ኮሚቴ ክልል ትግራይ ክቀርብ

5. የውሃ ሃብት፣ የማዕድንና ኢነርጂ ቢሮ፣
6. የኢንዱስትሪ፣ የንግድና የትራንስፖርት ቢሮ፣
7. የመንግስት ሠራተኞች አስተዳደር ቢሮ፣
8. የሠራተኞችና ማሕበራዊ ጉዳይ ቢሮ፣
9. የአደጋ መከላከልና ዝግጅት ቢሮ፣
10.የትምህርት ቢሮ፣
11.የጤና ጥበቃ ቢሮ፣
12.የባሕል፣ የቱሪዝምና የማስታወቂያ ቢሮ፣
13.የፍትሕ ቢሮ፣

4 የቢሮዎች ጠቅላላ ኃላፊነት፥

እያንዳንዱ ቢሮ፦

1. እቅድና በጀት ያዘጋጃል፣ ሲፈቀድ ሥራ ላይ ያውላል፣
2. ሕጎች ደንቦችና መመሪያዎች በስራ መዋላቸውን ያረጋግጣል፣
3. የጥናትና ምርምር ተግባሮችን ያካሂዳል፣ ስታትስትካዊ መረጃዎችን ይሰበስባል፣ ያዋድዳል፣
4. በሕግ መሰረት ውሎችን ይፈራረማል፣
5. ለትግራይ ክልል አስፈፃሚ ኮሚቴ ሪፖርት በየጊዜው ያቀርባል፣
6. የተሰጡትን ተግባሮች ለመፈፀም የሚያችል የማስፈፀሚያ መመሪያዎች ያወጣል፣
7. እንደ አስፈላጊነቱ ከሚመለከታቸው አካላት ጋር በመመካከር በተለያዩ የአስተዳደር እርከኖች መዋቅር ይዘረጋል፣ ያቋቁማል፣

## ክፍል ሁለት
## የቢሮ ኃላፊዎች ተጠሪነትና ኃላፊነት

### 5 ስለ ሹመት

የቢሮ ኃላፊዎች ሹመት በትግራይ ብሔራዊ ክልል መንግስት ሕገ መንግስት ዓንቀፅ 56/5 በተደነገገው መሰረት ይፈፀማል።

### 6 ተጠሪነት

እያንዳንዱ የቢሮ ኃላፊ ተጠሪነቱ ለክልል ስራ አስፈፃሚና ለክልሉ ርእሰ መስተዳደር ይሆናል

### 7 ኃላፊነት

እያንዳንዱ የቢሮ ኃላፊ፦

1. ለቢሮው የተሰጡ ስልጣንና ተግባሮች በስራ እንዲውሉ ያደርጋል፣
2. ለቢሮው በተፈቀደለት በጀት መሰረት ገንዘብ ወጪ እንዲሆን ይፈቅዳል፣
3. ቢሮውን የሚመለከት ረቂቅ ሕጎች ለትግራይ ክልል አስፈፃሚ ኮሚቴ እንዲቀርብ

ይገብር።

**8 ብዛዕባ ተግባርን ተፀዋዕነትን ምክትል ቢሮ ሓለፍቲ**

1. ቢሮታት ከም ኣድላይነቱ ምክትል ቢሮ ሓላፊ ይህልወን፣
2. ምክትል ቢሮ ሓላፊ፦

ሀ. ቢሮ ሓላፊ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ተኪኡ ይሰርሕ

ለ. በቲ ቢሮ ሓላፊ ተነፂሮም ዝዋሃብዎ ካልኦት ተግባራት ይፍፅም

3. ተፀዋዕነት ምክትል ቢሮ ሓላፊ ንቢሮ ሓላፊ ይኸውን።

**ክፍሊ ሰለስተ**

**ስልጣንን ተግባራትን ቢሮታት፣**

**9 ቢሮ ፕላንን ኢኮኖሚ ልምዓትን፣**

ቢሮ ፕላንን ኢኮኖሚ ልምዓትን ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልዉዎ፣

1. ኣብ ናይ ሃገር ናይ ልምዓት ስትራተጂ ዝተመስረተ ብክልል መንግስቲ ዝፍፀም ናይ ነዊሕ ማእኸላይን ሓጺርን ጊዜ ናይ ልምዓት ፕላን የዳልው። ነዚ ንምፍፃም ዝሕግዝ ናይ ፖሊሲ ሓሳብ የቕርብ ምስ ፀደቐ'ውን ኣፈፃፅምኡ ይከታተል፣
2. ምስ ዝምልከቶም ናይ ክልል ኣካላት ብምትሕብባር ኣብ ነዊሕ ማእኸላይን ሓጺርን እዋን ትልሚታት ዝረኣዩ ብክልል መንግስቲ ዝትግበሩ ፕሮጀክትታት የዳልው ምስተፈቐደ ተግባራውነቱ ይከታተል፣
3. በቲ ክልል መንግስቲ ኣካላት ተዳልዮም ዝቐርቡ ዓመታዊ ናይ ልምዓት ትልሚታት ዘድሊ ናይ ካፒታል በጀት ሕቶታት መርሚሩ ዝተጠቓለለ ናይ ልምዓት ፕላንን ዘድሊ ካፒታል በጀት ምስ ኣዳለወ ምስ ናይ ክልል ዓመታዊ ጠቅላላ በጀት ተዋሂዱ ንክዳለው ናብ ቢሮ ፋይናንስ የማሓላልፍ ምስተፈቐደ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል፣
4. ኣብ ሃገራዊ ናይ ኢኮኖሚ ፖሊሲ ተደሪኹ ናይ ውልቀ ክፍለ ኢኮኖሚ ተሳትፎ ንምትብባዕ ዝሕግዝ ኣመልካቲ ዝኾነ ትልሚ የዳልው፣
5. ናይ'ቲ ክልል ናይ ነዊሕ ማእኸላይን ሓጺርን ጊዜ ናይ ልምዓት ትልሚ ንምድላው ዝሕግዝ ናይ ክልል ናይ ትምህርቲ ስፔሻላየዜሽንን ፍሉይ ናይ ምልማዕ ዓቅሚን ብዝምልከት መፅናዕትን

ያደርጋል፣

**8 ስለ ምክትል ቢሮ ኃላፊ ተግባርና ተጠሪነት**

1. ቢሮዎች እንደአስፈላጊነቱ ምክትል ቢሮ ኃላፊ ይኖራቸዋል፣
2. ምክትል ቢሮ ኃላፊ

ሀ. ቢሮ ኃላፊ በሌለበት ጊዜ ተክቶ ይሰራል፣

ለ. በቢሮ ኃላፊ የሚሰጡትን ተግባሮች ይፈፅማል፣

3. ምክትል ቢሮ ኃላፊ ተጠሪነት ለቢሮ ኃላፊው ይሆናል።

**ክፍል ሦስት**

**የቢሮዎች ስልጣንና ተግባር**

**9 የፕላንና ኢኮኖሚ ልማት ቢሮ**

የፕላንና ኢኮኖሚ ልማት ቢሮ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖረዋል፣

1. በአገር የልማት ስትራተጂ የተመሰረተ በክልል መንግስት የሚፈፀም የረጅም የመካከለኛና የአጭር ጊዜ የልማት ፕላን ያዘጋጃል፣ ይህንን ለመፈፀም የሚያስችል የፖሊሲ ሓሳብ ያቀርባል ሲፀድቅም አፈፃፀሙን ይከታተላል
2. ከሚመለከታቸው የክልል አካሎች ጋር በመተባበር በረጅም፣ በመካከለኛና በአጭር ጊዜ ዕቅዶች የሚታዩ በክልል መንግስት የሚተገበሩ ፕሮጀክቶችን ያዘጋጃል፣ ሲፈቀድም ተግባራዊነታቸውን ይከታተላል፣
3. በክልሉ መንግስት አካላት ተዘጋጅተው የሚቀርቡ ዓመታዊ የልማት ዕቅዶች የሚያስፈልጉ የካፒታል በጀት ጥያቄዎችን መርምሮ የተጠቃለለ የልማት ዕቅድና የሚያፈልግ ካፒታል በጀት በማዘጋጀት ከክልሉ ዓመታዊ ጠቅላላ በጀት ተጣጥሞ እንዲዘጋጅ ለፋይናንስ ቢሮ ያስተላልፋል ሲፈቀድም አፈፃፀሙን ይከታተላል፣
4. በሃገራዊው የኢኮኖሚ ፖሊሲ ተመርኩዞ የግሉ ክፈለ ኢኮኖሚ ተሳትፎ ለማበረታታት የሚያግዝ አመልካች የሆነ ዕቅድ ያዘጋጃል፣
5. የክልሉ የረጅም፣ የመካከለኛና የአጭር ጊዜ የልማት ዕቅድ ለማዘጋጀት የሚያግዝ የክልሉ የትምህርት ስፔሻላይዜሽን እና ልዩ የማልማት አቅም በሚመለከት ጥናትና ምርምር ያካሂዳል፣

ምርምርን የካይድ፣
6. ኣብ'ቲ ክልል ናይ ዝሰልጠነ ሓይሊ ሰብ ሕፅረት ዝውገደሉ መፅናዕቲ የካይድ ናይ ስልጠና ፕሮጀክትታት የዳልው ምስተፈቐደ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል፣ ካብ ማእኸላይ መንግስቲ ነቲ ክልል ዝወሃቦ ናይ ወፃኢ ሃገር ናይ ትምህርቲ ዕድል ተሳተፍቲ ብመምርሒ መሰረት ክሕረዩ ይገብር ተወሳኺ ናይ ስልጠና ዕድል ዝርከቡ ፍልፍል ንዝምልከቶ ኣካል የቅርብ፣
7. ካብ ሚኒስቴር ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ምትሕብባርን ዝመሓላለፍ ናይ ፕላን ኣሰናዳድኣን ኣቀራርባን መምርሒታት ንክልል ኣሰራርሓ ብዝስማዕማዕ መንገዲ የብርህ፣
8. ናይ ክልል ተፈጥሮ፣ ህዝቢ፣ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ዝርጋሐን ግልጋሎትን መረዳእታታት ይእክብ፣ የዋድድ ንዝምልከቶ የመሓላልፍ፣
9. ንክልል ልምዓት ዕብየት ዘድለዩ ናይ ቅየሳ ናይ ካርታን ጂኦግራፊን መፅናዕቲ ስራሕቲ ንክካየድ ይገብር፣
10.ናይ'ቲ ክልል መንግስታዊ ኣካላት ንዘካይድዎ ናይ መፅናዕቲን ምርምርን ስራሕቲ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲን ሰነዳትን ካብ ዓዲ ውሽጢ ይኹን ካብ ወፃኢ ብምትእኽኻብ ንተጠቀምቲ ናይ ዶኩመንቴሽን ግልጋሎት ይህብ፣
11.ኣብ ክልል ዝኣተው ናይ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ናይ ወፃኢ ሓገዝን ልቓሕን ምትሕብባርን ኣብ ናይ ክልል ፕላን ኣቲዩ ምስ'ቲ ናይ መንግስቲ በጀት ተዋሂዱ ኣብ ናይ ክልል ልምዓት ኣብ ጥቕሚ ንክውዕል የመቻችው የዋድድ ይከታተል፣
12.ኣብ'ቲ ክልል ዝርከቡ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ፀገማት ንምቅላል ዝኽእሉ ፕሮጀክትታት ብምድላውን ብካልኦት ዝምልከቶም ኣካላት ንክዳለው ብምግባርን ናይ ፋይናንስ ሓገዝ ክህቡ ንዝኽእሉ መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን ትካላት የቅርብ፣

10 ቢሮ ዕዮን ከተማ ልምዓትን፣

ቢሮ ዕዮን ከተማ ልምዓትን እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልዉዎ፣

6. በክልሉ የሰለጠነ የሰው ሃይል እጥረት የሚወገድበትን ጥናት ያካሂዳል፣ የስልጠና ፕሮጀክቶችን ያዘጋጃል፣ ሲፈቀድም አፈፃፀሙን ይከታተላል፣ በማእከላዊ መንግስት ለክልሉ የሚሰጥ የውጭ ሃገር የትምህርት ዕድል ተሳታፊዎችን በመመሪያ መሰረት እንዲመረጡ ያደርጋል። በተጨማሪ የስልጠና ዕድል የሚገኝበትን መንገድ ለሚመለከተው አካል ያቀርባል፣
7. ከኢኮኖሚያዊ ልማትና ትብብር ሚኒስተር የሚተላለፍ የፕላን አዘገጃጀትና አቀራረብ መመሪያዎን ለክልል አሰራር በሚስማማ መንገድ ያብራራል፣
8. የክልሉ ተፈጥሮ፣ ህዝብ፣ የሳይንስና ቴክኖሎጂ ስርጭትና የአገልግሎት መረጃዎችን ይሰበስባል፣ ያቀናጃል፣ ለሚመለከተው ያስተላልፋል፣
9. ለክልሉ የልማት እድገት የሚያስፈልጉ የቅየሳ፣ የካርታና የጂኦግራፊ ጥናት ስራዎች እንዲካሄድ ያደርጋል፣
10.የክልሉ መንግስታዊ አካላት ለሚያካሂዱት የጥናትና የምርምር ስራዎች የሚያግዙ የተለያዩ መፅሓፎችና ሰነዶች ከአገር ውስጥ ሆነ ከውጭ በማሰባሰብ ለተጠቃሚዎች የዶኩመንቴሽን አገልግሎት ይሰጣል፣
11.ወደ ክልሉ የሚገቡ መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ የውጭ እርዳታ ብድርና ትብብር በክልሉ ፕላን ውስጥ ገብተው ከመንግስት በጀት ጋር ተዋድዶ ለክልሉ ልማት ጥቅም እንዲውል ያመቻቻል፣ ያቀናጃል፣ ይከታተላል፣
12.በክልሉ የሚገኙ ኢኮኖሚያዊና ማሕበራዊ ችግሮቹ ላመቃለል የሚችሉ ፕሮጀክቶች በማዘጋጀት ሌሎች የሚመለከታቸው አካላት እንዲዘጋጅ በማድረግና የፋይናንስ እርዳታ ሊሰጡ የሚችሉ መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ ድርጅቶች ያቀርባል።

10 የስራና ከተማ ልማት ቢሮ፥

የስራና ከተማ ልማት ቢሮ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፦

1. ናይ ኮንስትራክሽን፣ ናይ ከተማ ልምዓትን ኣባይትን ፖሊሲታትን እስትራተጂን የዳልው፣ እንትፍቀደሉ እውን ተግበራዊ ክኸውን ይገብር፣ ይቆፃፀር፣
2. ናይ ህንፃ ኮድን ናይ ዲዛይንን ኮንስትራክሽን ስራሕ ደረጃታት ምኽባሮም የረጋግፅ፣
3. ብክልል መንግስቲ በጀት ዝሰርሑ ናይ መንግስቲ ኮንስትራክሽናት ክስርሑ፣ ክመሓየሹን ክፅገኑን ይገብር፣
4. ብክልል መንግስቲ በጀት ንዝሰርሑ ናይ መንግስቲ ኮንስትራክሽናት ዘድልዩ ዲዛይናትን ናይ ኮንስትራክሽን ስራሕ ውዕላትን ክምዝዳለው ይገብር፣
5. ብክልል መንግስቲ በጀት ንዝሰርሑ ናይ መንግስቲ ኮንስትራክሽን ብዝተኣተወ ውዕል መሰረት ናይ ፅሬት ብርኪ፣ ናይ ጊዜን ገደብን ተሓልዩም ምስርሖም ንምርግጋፅ ዘኽእል ቁፅፅር ክምዝህሉ ይገብር፣ ብላዕለዋይነት ይቆፃፀር፣
6. ኣብቲ ክልል ተወዳዲሮም ምስራሕ ዘኽእል ናይ ውሽጢ ሃገር ኮንትራክተራትን ኣማኻሪታትን ፍቓድ ይህብ፣ ይቆፃፀር፣
7. ንከተማታት መራሒ ፕላን ንምድላው ዝሕግዙ ፅንዓታት ይገብር፣ ምስ ዝምልከቶ ናይ ማእኸላይ መንግስቲ ኣካላት ኣድላይ ምትሕብባር ይገብር፣ ናይ ከተማታት መራሒ ፕላናት ንምፍፃም ዘድሊዩ ዝርዝር ፕላናት ክምዝዳለው ይገብር፣ ኣፈፃፅምኡ እውን ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣
8. ኣብ ትሕቲ ክልል መንግስቲ በዓል ዋንነት ዝርከቡ ናይ ከተማ ኣባይቲ የማሓድር፣ ክሕደሱን ክፅገኑን ይገብር፣
9. ኣብ'ቲ ክልል ኣብ ዝርከባ ከተማታት ውሽጢ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ፀገም ንምቕላል ናይ ቁጠባ ኣባይቲ ክስርሑን ብናይ ክልል መንግስቲ መምሪሒ መሰረት ክካረይ ወይ ክሸየጥ ይገብር፣
10. ናይ መንበሪ ኣባይቲ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ይምዝግብ፣ መበራትዕን ድጋፍን ይህብ፣
11. ኣብ'ቲ ክልል ዝርከባ ቻርተር ዘይተውሃበን ማዘጋጃቤታት ብበጀት፣ ብሰብ ሓይሊ ምውፋር፣ ብትልሚን ብከተማ ፕላን

1. የኮንስትራክሽን፣ የከተማ ልማትና የቤቶች ፖሊሲዎችና ስትራተጂዎችን ያዘጋጃል ሲፈቀድም ተግባራዊ ያደርጋል ይቆጣጠራል፣
2. የህንፃ ኮድና የዲዛይን ኮንስትራክሽን ስራ ደረጃዎች መከበራቸውን ያረጋግጣል።
3. በክልሉ መንግስት በጀት የሚሰሩ የመንግስት ኮንስትራክሽኖች እንዲሰሩ፣ እንዲሻሻሉና እንዲጠገኑ ያደርጋል፣
4. በክልሉ መንግስት በጀት ለሚሰሩ ኮንስትራክሽኖች የሚያስፈልግ ዲዛይንና የኮንስትራክሽን ስራ ውሎች እንዲዘጋጅ ያደርጋል፣
5. በክልሉ መንግስት በጀት የሚሰሩ ኮንስትራክሽኖች በተገቢው ውል መሰረት የጥራት ደረጃ፣ የጊዜ ገደብ ተጠብቆ መሰራቱን ለማረጋገጥ የሚያስችል ቁጥጥር እንዲኖር ያደርጋል፣ በበላይነትም ይቆጣጠራል፣
6. በክልሉ ተወዳድረው መስራት የሚያስችል የአገር ውስጥ ኮንትራክተሮችና አማካሪዎች ፍቃድ የሰጣል፣ ይቆጣጠራል፣
7. ለከተማዎች መሪ ፕላን ለማዘጋጀት የሚያግዙ ጥናቶች ያደርጋል፣ ከሚመለከታቸው የማዕከላዊ መንግስት አካላት ጋር አስፈላጊ ትብብር ያደርጋል፣ የከተማዎችን መሪ ፕላን ለመፈፀም የሚያስፈልጉ ዝርዝር ዕቅዶች እንዲዘጋጅ ያደርጋል። አፈፃፀማቸውም ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣
8. በክልሉ መንግስት ባለቤትነት የሚገኙ የከተማ ቤቶች ያስተዳድራል እነዲታደሱና እንዲጠገኑ ያደርጋል፣
9. በክልሉ ውስጥ የሚገኙ ከተማዎች የመኖሪያ ቤቶች ችግር ለማቃለል ቁጠባ ቤቶች እንዲሰሩና በክልሉ መንግስት መመሪያ መሰረት እንዲከራይ ወይም እነዲሸጥ ያደርጋል፣
10. የመኖሪያ ቤቶች የህበረት ስራ ማሕበር ይመዘግባል፣ ማበረታቻና ድጋፍ ይሰጣል፣
11. በክልሉ ውስጥ የሚገኙ ቻርተር ያልተሰጣቸው ማዘጋጃ ቤቶች በበጀት የሰው ሃይል በማሰማራት በዕቅድና በከተማ ፕላን

www.abyssinialaw.com

ኣደላልዋን ብምምሕዳርን ኣታዊ ምእካብን ብዝምልከት ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣ ናይ ቴክኒክን ሙያንድጋፍን ይህብ፣

## 11 ቢሮ ፋይናንስ፣

ቢሮ ፋይናንስ ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልዉዎ፣

1. ናይ ክልል መንግስቲ ኣካላት ናይ መንግስቲ ፋይናንስ ፖሊስታት፣ ሕግታት፣ ደንብታት መምርሒታትን ተኸቲሎም ምስርሖም ይቆፃፀር
2. ብክልል መንግስቲ ኣካላት እናተዳለዉ ዝቐርቡሉ ናይ ስሩዕ በጀት ሕቶን ብቢሮ ፕላንን ኢኮኖሚ ልምዓት ተዳልዩ ዝመሓላለፈሉ ናይ ካፒታል በጀት መርሚሩ ናይ'ቲ ክልል ዝተጠቓለለ ዓመታዊ በጀት ብምድላው ምስ ርእይቶ ንክልል ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ የቕርብ፣ ዝተፈቀደ በጀት የመሓድር፣
3. ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ናይ ፋይናንስ ከይድን ናይ ገንዘብ ትሕዝቶን ዘርኢ ጠቅላላ መግለፂ ብእዋኑ ንክልል ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ የቕርብ፣ ኣድላይ እንተኮይኑ'ውን ተወሳኺ በጀት ኣዳልዩ የቕርብ፣
4. ኣግባብ ብዘለዎ ሕጊ መሰረት ካብ ዝኾነ ይኹን ናይ ኣታዊ ፍልፍል ዝርከብ ናይ ክልልን ከምኡ'ውን ናይ ማእከልን ናይ ክልል መንግስቲ ናይ ሓባር ኣታዊ ብዝግባእ ምውሳኑ፣ ምእካቡን ሒሳቡ ብዝግባእ ምትሓዙን የረጋግፅ፣
5. ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ናይ ሒሳብ ኣታሓሕዛ ስርዓት ይምስርት በቶም ናይ ክልል መንግስቲ ኣካላት ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ይቆፃፀር፣ ሒሳቦም ይምርምር፣
6. እቲ ክልል መንግስቲ ካብ ውሽጢ ሃገር ዝረኽቦም ናይ ልቃሕ ፍልፍላት ብክልል መንግስቲ ሽም ተወዓዒሉ ይፍርም፣ ልቓሕቲ'ውን እናተቖፃፀረ የመሓድር፣
7. ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ኣክስዮናት፣ ዝመሓላለፍን ዘይመሓላለፍን ናይ ገንዘብ ሰነዳትን ካልኦት ተመሳሰልቲ ተቐማጢ ናይ ገንዘብ ሃብቲ ይሕዝ፣ ይሕሉ፣
8. ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ናይ ኣቑሑት ግዚኢትን ኣጠቓቕማን መምርሒ የውፅእ፣ ተግባራዊነቱ ይቆፃፀር፣

ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል የቴክኒክና ሞያ ድጋፍ ይሰጣል፣

## 11 ፋይናንስ ቢሮ

ፋይናንስ ቢሮ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፣

1. የክልሉ መንግስት አካላት የመንግስት ፋይናንስ ፖሊሲዎች፣ ሕጎች፣ ደንቦችና መመሪያዎች ተከትለው መስራታቸውን ይቆጣጠራል፣
2. በክልሉ መንግስት አካላት እየተዘጋጀ የሚቀርብ የመደበኛ በጀት ጥያቄ እና በፕላንና ኢኮኖሚ ልማት ቢሮ ተዘጋጅቶ የሚቀርብ የካፒታል በጀት መርምሮ የክልሉ የተጠቃለለ አመታዊ በጀት ያዘጋጃል ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ከአስተያየት ጋር ያቀርባል፣ የተፈቀደ በጀት ያስተዳድራል፣
3. የክልሉ መንግስት የፋይናንስ ሂደትና የገንዘብ ይዞታ የሚያሳይ ጠቅላላ መግለጫ በጊዜው ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ያቀርባል፣ አስፈላጊ ሲሆንም ተጨማሪ በጀት አዘጋጅቶ ያቀርባል፣
4. አግባብ ባለው ሕግ መሰረት ከማንኛውም የገቢ ምንጭ የሚገኝ የክልል እንዲሁም የማእከልና የክልል መንግስት የጋራ ገቢ በሚገባ መወሰኑን፣ መሰብሰቡንና ሒሳብ በሚገባ መያዙን ያረጋግጣል፣
5. የክልሉ መንግስት የሒሳብ አያያዝ ስርዓት ያወጣል፣ በክልሉ መንግስት አካላት በስራ መዋሉን ይቆጣጠራል፣ ሒሳባቸውን ይመረምራል፣
6. የክልሉ መንግስት ከአገር ውስጥ የሚያገኛቸውን የብድር ምንጮች በክልሉ መንግስት ስም ተዋውሎ ይፈርማል፣ ብድሮችንም እየተቆጣጠረ ያስተዳድራል
7. የክልሉ መንግስት አክስዮኖች፣ የሚተላለፍና የማይተላለፍ የገንዘብ ሰነዶችና ሌሎች ተመሳሳይ ተቀማጭ የገንዘብ ሃብት ይይዛል፣ ይጠብቃል፣
8. የክልሉ መንግስት የዕቃዎች ጊዜና አጠቃቀም መመሪያ ያወጣል፣ ተግባራዊነቱን ይቆጣጠራል፣

9. ብካልእ ናይ ክልል መንግስቲ ኣካል ዘይመሓደር ወይከዓ ጥቅሚ ዘይወዓለ ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ንብረት ሓላፊ ኾይኑ የመሓድር፣

12 ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን፣

ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጠሮን ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባርን ይህልዉዎ፣

1. ናይ ክልል ናይ ሕርሻን ተፈጠሮን ሃፍትን ልምዓት ብዝምልከት ናይ ፖሊሲ ሓሳባት የዳልው ቅደም ሰዓብን ናይ ኣፈፃፅማ ስትራቴጂን የውፅእ፣ ምስ ፀደቐ ይትግብር፣
2. ሃገራዊን ክልላዊን ናይ ሕርሻ ልምዓት ፖሊሲ መሰረት ብምግባር ኣብ'ቲ ክልል ናይ ሕረሻ ልምዓት ንክስፋሕፋሕ የተባብዕ ይቆፃፀር ናይ መሬት ኣጠቓቅማ ድልድልን ብሃገራዊ ናይ መሬት ኣጠቓቅማ ፖሊሲ መሰረት ዝፍፀም ምዃኑ የረጋግፅ፣
3. ንሓረስቶት ናይ ኤክስቴንሽን ግልጋሎት ይህብ፣ ንገጠር ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ጠመተ ዝተወሃበ ምዃኑ የረጋግፅ
4. ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ናይ ሕርሻ ምህርቲ መጎልበቲ ናይ ሕርሻ እታወታት ናውቲ ገልጋሎት ናይ ልቃሕ ግልጋሎት ንሓረስቶት ንክቀርብ ይገብር፣
5. ናይ'ቲ ክልል ሕርሻ ልምዓት ንምቅልጣፍ ዝሕግዙ ናይ ምርምርን ስልጠናን ፕሮግራማት የካይድ፣ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ናይ ገጠር ቴክኖሎጂ ንክዓቢ ይገብር፣
6. ምሩፃትን ዝተመሓየሹን ናይ ዓሳን እንስሳትን ዓሌታትን ናይ ኣዝርእቲ መባዝሒ ማእከላት ይመርሕ ክስፋሕፋሕ ይገብር ይቆፃፀር
7. ናይ ሕርሻ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ይውድብ፣ ይምዝግብ ኣደላይድ ጋፍ ይህብ
8. ኣብ'ቲ ክልል ተላበድቲን ተዛመድትን ሕማም እንስሳን ዝራእትን ከምኡ'ውን ወራር ባልዕ እንተለዓሉ ህፁፅ ናይ ምክልኻል ስራሕቲ ፕሮግራም የውፅእ፣ ኣቀዲሙ ናይ ምክትታልን ቅድመ ምድላውን ስራሕቲ የካይድ፣ ኣብ'ቲ ክልል ዝርከቡ መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን ኣካላት ዓቅሚ ብምትሕብባር እቲ ወራር ኣብ ቁፅፅር ንክውዕል ይገብር፣
9. ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር

9. በሌላ የክልሉ መንግስት አካል የማይተዳደር ወይም ጥቅም ላይ ያልዋለ የክለሉ መንግስት ንብረት ኃላፊ ሆኖ ያስተዳድራል፣

12 የእርሻ ልማትና የተፈጥሮ ሃብት ቢሮ

የእርሻ ልማትና የተፈጥሮ ሃብት ቢሮ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፣

1. የክልሉ የእርሻና የተፈጥሮ ሃብት ልማትን በተመለከተ የፖሊሲ ሐሳቦች ያዘጋጃል፣ ቅደም ተከተልና አፈፃፀም ስትራቴጂ ያወጣል፣ ሲፀድቅ ይተገብራል፣
2. አገራዊና ክልላዊ የእርሻ ልማት ፖሊሲ መሰረት በማድረግ በክልሉ የእርሻ ልማት እንዲስፋፋ ያበረታታል፣ ይቆጣጠራል፣ የመሬት አጠቃቀምና ድልድል በአገራዊ የመሬት አጠቃቀም ፖሊሲ መሰረት የሚፈፀም መሆኑ ያረጋግጣል።
3. ለገበሬዎች የኤክስቴንሺን አገልግሎት ይሰጣል ለገጠር ሴቶች ልዩ ትኩረት የተሰጠ መሆኑን ያረጋግጣል
4. ከሚመለከታቸው አካላት ጋር በመተባበር የእርሻ ምርት ማሳደጊያ ቁሳቁስ እና የብድር አገልግሎት ለገበሬዎች እንዲቀርብ ያደርጋል፣
5. የክልሉ የእርሻ ልማት ለማቀላጠፍ የሚያግዙ የምርምርና የስልጠና ፕሮግራሞችን ያካሂዳል ከሚመለከታቸው አካላት ጋር በመተባበር የገጠር ቴክኖሎጂ እንዲያድግ ያደርጋል
6. የተመረጡና የተሻሻሉ የአሳ እና የእንስሳት ዝርያዎችን የዘሮች ማብዣ ማእከሎችን ይመራል፣ እንዲስፋፉ ያደርጋል፣ ይቆጣጠራል
7. የእርሻ ህብረት ስራ ማሕበራት ያደራጃል፣ ይመዘግባል አስፈላጊ ድጋፍ ይሰጣል
8. በክልሉ የእንስሳትና የአዝርእት ተላላፊና ተዛማች በሽታዎች እነዲሁም የተባይ ወረራ በሚነሳበት ጊዜ አስቸኳይ የመከላከያ ስራ ፕሮግራም ያወጣል፣ አስቀድሞ የመከታተልና የቅድመ ዝግጅት ስራዎችን ያካሂዳል፣ በክልሉ የሚገኙ መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ አካሎች አቅም በማስተባበር ወረራው በቁጥጥር ስራ እንዲውል ያደርጋል፣
9. ከሚመለከታቸው አካሎች ጋር በመተባበር

ኣብ'ቲ ክልል ናይ ሕርሻ ኢንቨስትመንት ንክተባባዕ ኩነታት የመቻቸው፣ ንሃገር ውሽጢ ኢንቨስተራት ናይ ስራሕ ፈቓድ ይህብ ይቆፃፀር፣

10.ናይ መስኖ ልምዓት ስራሕቲ ንክጋፈሑ ናይ ኣፈፃፅማ ስልትታት የዳልው፣ የፈፅም፣

11.ናይ መንግስቲ ናይ ተፈጥሮ ሃፍቲን ልምዓትን ከባቢ ሓለዋ ፖሊሲ ተግባራዊ ክኸውን ይገብር፣

12.ኣግራብን ናይ ዱር ኣራዊት ሃፍቲ ኣጠቓቅማ ብዝምልከት ዝወፁ ሕግታት ደንቢታትን መምርሒታትን ዝተኸበሩ ምኻኖም የረጋግፅ፣

13.ናይ'ቲ ክልል ኣግራብን ናይ ዱር ኣራዊት ሃፍቲ ንክሕለውን ንክለምዑን ይገብር፣ ኣጠቓቅምኡ ብሕጋዊ መንገዲ ምፍፃሙ ይቆፃፀር፣

14.ኣብ'ቲ ክልል ዝርከቡ ንሃደን ዝተኸልከሉ ቦታታትን ክልኩል ኣግራባትን የመሓድር፣

15.ናይ'ቲ ክልል ናይ ኣግራብ ልምዓት ንክስፋሕፋሕ የተባብዕ እኹል ዝኾነ ናይ ኣግራብ ተኽሊ ፈልሲታትን ናይ ቴክኒክ ግልጋሎትን ክባፃሕ ዓፅሪ ይገብር፣

16.ናይ ተፈጠሮ ሃፍቲ ምብራስ ኣብ ከባቢ ዘስዕብ ጉድኣት ንምቁፅፃርን ናይ ማይ ናይ ሓመድን ኣየርን ብኽእለት ንምክልኻል ዝወፁ መምረሒታት ዝተኸበሩ ምኻኖም ይቆፃፀር፣

17.ናይ ሜትሮዎሎጂ መረዳእታ ብምእካብ መዳይ ኣድላይ ምንቅስቓስ ይገብር፣

18.ኣብ'ቲ ክልል ናይ ዝርከቡ ሽንጥሮታት ተፈጥሮ ሃፍቲ ብምፅናዕ መረዳእታታት ብምእካብን ብምምዝጋብን መዳይ ይተሓባበር፣

## 13 ቢሮ ሃፍቲ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጂን፣

ቢሮ ሃፍቲ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጂን እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልዉዎ፣

1. ናይ ማይ፣ ማዕድን፣ ኢነርጂን ብዝምልከት መፅናዕትታት የካይድ፣ ክፅናዕ ይገብር፣ መረዳእታ ይእክብ የደራጅው፣
2. ብመፅናዕቲ ዝተረጋገፁ ናይ ማይ ሃፍቲ፣ ናይ ኮንስትራክሽን ማዕድናት ናይ ንፋስን ፀሓይን ሓይሊ ዝተመሓየሹ ናይ ባዮማስን

ኢንቨስትመንት እንዲበረታታ ሁኔታዎች ያመቻቻል፣ ለአገር ውስጥ ኢንቨስተሮች የስራ ፈቃድ ይሰጣል፣ ይቆጣጠራል፣

10.የመስኖ ልማት ስራዎች እንዲስፋፉ የአፈፃፀም ስልቶችን ያዘጋጃል፣ ያስፈፅማል

11.የመንግስት የተፈጥሮ ሃብት ልማትና የአከባቢ ጥበቃ ፖሊሲ ተግባራዊ እንዲሆን ያደርጋል፣

12.የደኖችና የድር አራዊት ሃብት አጠቃቀም በተመለከተ የሚወጡ ሕጎች፣ ደንቦችና መመሪያዎች የተከበሩ መሆኑን ያረጋግጣል

13.የክልሉ ደኖችና የዱር አራዊት ሃብት እንዲጠበቁና እንዲለሙ ያደርጋል፣ አጠቃቀሙ በሕጋዊ መንገድ መፈፀሙን ይቆጣጠራል፣

14.በክልሉ የሚገኙ ለአደን የተከለከሉ ቦታዎችና የተከለከሉ ደኖችን ያስተዳድራል፣

15.የክለሉ የደን ልማት እንዲስፋፋ ያበረታታል በቂ የሆነ የተክሎች ችግኝና የቴክኒክ አገልግሎት እንዲዳረስ ጥረት ያደርጋል፣

16.የተፈጠሮ ሃብት መጨፍጨፍ በአከባቢ የሚያስከትለውን ጉዳት ለመቆጣጠር እና የውሃ፣ የአፈርና የአየር ብክለትን ለመከላከል የሚወጡ መመሪያዎች የተከበሩ መሆነቸውን ይቆጣጠራል፣

17.የሜትሮሎጂ መረጃዎች በማሰባሰብ ስራ አስፈላጊ እንቅስቃሴ ያደርጋል

18.በክለሉ የሚገኙ ሸለቆችና የተፈጥሮ ሃብት በማጥናት መረጃዎች በመሰብሰብና በመመዝገብ ስራ ይተባበራል፣

## 13 የውሃ ሃብት፣ የማዕድንና ኢነርጂ ቢሮ

የውሃ ሃብት፣ የማዕድንና የኢነርጂ ቢሮ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባር ይኖሩታል፥

1. ውሃ ፣ ማዕድንና ኢነርጂን በተመለከተ ጥናቶችን ያካሂዳል እንዲጠና ያደርጋል መረጃዎችን ይሰበስባል ያደራጃል፣
2. በጥናት የተረጋገጠ የውሃ ሃብት፣ የኮንስትራክሽን ማዕድናት፣ የንፋስና የፀሓይ ሓይል፣ የተሻሻሉ የባዮ ማስና የሌሎቹ

ናይ ካልኦት ኢነርጂ ኣጠቓቕማታት ክለምዑን ክምዕብሉን ይገብር፣

3. ናይ ኤሌክትሪክ ሓይሊ ኣቅርቦት ንምብፃሕ ብነዳዲ ሓይሊ ዝሰርሕን ኣናእሽተይ ናይ ማይ ሓይሊ መመንጨዊ ጣብያታት ዝቋቋምሉ ኩነታት የፅንዕ ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር፣
4. ንኡሽተይ ናይ ኤሌክትሪክ ሓይሊ ምምንጫውን ምስርጫውን፣ ናይ ኮንስትራክሽንን ባህላዊን ማዕደናት ምምራት ብዝምልከት ፍቓድ ይህብ፣ ይቆፃፀር፣
5. ናይ ማይ ሃብቲ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ናይ ግልጋሎት ዓይነታት ሚዛናዊ ብዝኾነ መንገዲ ምክፍፋሉን ኣብ ጥቅሚ ዝዋዓለ ምዃኑን ይቆፃፀር፣ ናይ ማይ ሃፍቲ ዝምልከት ግድባትን ካልኦት ማይ ስራሕቲ ንምስራሕን ኣብ ጥቅሚ ንምውዓል ፍቃድ ይህብ፣ ይቆፃፀር፣
6. ኣብ ከተማን ገጠርን ናይ ማይ ፍልፍላት ናይ መከፋፈሊ ስራሕቲ ዲዛይን ክዳሉ ይገብር፣ ናይ ማይ ብኽለት ንምቁፅፃር ዝወፁ መምርሒታት ዝተኸበሩ ምዃኑ የረጋግፅ፣ ንዝተፈላለየ ግልጋሎት ዝውዕል ማይ ዝተወሰነሉ ናይ ፅሬት ደረጃ ከምኡ'ውን ንዝተፈላለየ ፈሰስቲ ዝተወሰነ ናይ ጥዕና ደረጃ ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ይቆፃፀር፣ ንሕ/ሰብ ፅሬት ዝተሓለወ ዝስተ ማይ ክበፅሕ ይገብር፣
7. ናይ ሜትሮዎሎጂ መረዳእታ የእክብ፣ ኣብ ጥቅሚ ክውዕል ይገብር፣
8. ናይ ማይ ተቋማት ቀፃላይ ንክኾኑ ናይ ማይ ኮሚቴ ብምጥያሽ ናይ ቴክኒክን ፋይናንስን ኣታሓሕዛ ስልጠና ብምሃብ ብህዝቢ ክመሓደሩ ብምግባር ባዕለን ዝኽእላሉ መንገዲ የመቻችው፣ ካብ ዓቅመን ንላዕሊ ዝኾነ ናይ ፅገና ስራሕቲ እንትገጥመን ኣድላይ ድጋፍ ይገብር፣
9. ኣግባብ ምስ ዘለዎም ኣካላት ብምትሕብባር ነቲ ክልል ዘድሊ ጋዝ፣ ነዳዲን ናይ ነዳዲ ውፅኢታትን ዝቐርበሉ ኩነታት የመቻችው፣ ናይ ኢነርጂ መሐለዊ ውህላል ምህላው የረጋግፅ፣
10. ናይ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጂን ሃፍቲ ንምሕላው ምስ ዝመልከቶም ሚኒስቴር

ኢነርጂ አጠቃቀሞች እንዲለሙና እንዲያድጉ ያደርጋል፣

3. የኤሌክትሪክ ሓይል አቅርቦት ለማዳረስ በነዳጅ ሃይል የሚሰሩና ትናንሽ የውሃ ሃይል ማመንጫ ጣቢያዎች የሚቋቋሙበት ሁኔታ ያጠናል፣ በስራ እንዲውል ያደርጋል፣
4. አነስተኛ የኤሌክትሪክ ኃይል ማመንጫና መሰራጫ የኮንስትራክሽንና ባህላዊ ማዕድኖች ምርት በሚመለከት ፍቃድ ይሰጣል፣ ይቆጣጠራል፣
5. የውሃ ሃብት በተለያዩ የአገልግሎት ዓይነቶች መካከል ሚዛናዊ በሆነ መንገድ መከፋፈሉንና በጥቅም ላይ የዋለ መሆኑን ይቆጣጠራል፣ የውሃ ሃብት በተመለከተ ግድቦችና ሌሎች የውሃ ስራዎችን ለመስራትና በጥቅም ላይ ለማዋል ፍቃድ ይሰጣል፣ ይቆጣጠራል፣
6. በከተማና በገጠር የውሃ ምንጮች የማከፋፈያ ስራዎች ዲዛይን እንዲዘጋጅ ያደርጋል፣ የውሃ ብክለት ለመቆጣጠር የሚወጡ መመሪያዎች የተከበሩ መሆኑን ያረጋግጣል፣ ለልዩ ልዩ ፈሳሾች የተወሰነ የጤና ደረጃ በስራ ላይ መዋሉን ይቆጣጠራል፣ ለህብረተሰቡ ጠራቱ የጠበቀ ውሃ እንዲዳረስ ያደርጋል፣
7. የሜትሮሎጂ መረጃዎችን ይሰበስባል፣ በጥቅም ላይ እንዲውል ያደርጋል፣
8. የወሃ ተቋማት ቀጣይ እንዲሆኑ የውሃ ኮሚቴ በማቋቋም የቴክኒክና የገንዘብ አያያዝ ስልጠና በመስጠት በህዝብ እንዲተዳደሩ በማድረግ ራሳቸውን የሚችሉበት መንገድ ያመቻቻል፣ ከአቅማቸው በላይ የሆነ የጥገና ስራዎች ሲያጋጥማቸው አስፈላጊ ድጋፍ ያደርጋል፣
9. አግባብ ካላቸው አካላት ጋር በመተባበር ለክልሉ የሚያስፈልግ ጋዝ፣ ነዳጅና የነዳጅ ውጤቶች የሚቀርቡበት ሁኔታዎች ያመቻቻል፣ የኢነርጂ መጠባበቂያ ክምችት መኖሩን ያረጋግጣል፥
10. የውሃ፣ የማዕድንና የኢነርጂ ሃብት ለመጠበቅ ከሚመለከታቸው የሚኒስቴር

መስሪያ ቤት ይተሓባበር፣ ኣብ ክልልና ውሽጢ ዝካየድ ናይ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጂን ሃፍቲ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ዘድሊ ደገፍ ይህብ፣

11.ብናይ ማይ ታሪፍ ፖሊሲ መሰረት ናይ ማይ ክፈሊት የኽፍል፣

## 14 ቢሮ ኢንዱስትሪ ንግዲን ትራንስፖርትን፣

ቢሮ ኢንዱስትሪ ንግድን ትራንስፖርትን እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባርን ይህልዉዎ፣

1. ናይ ክልል ኢንዱስትሪን ንግድን ትራንስፖርትን ክፍለ ኢኮኖሚ ዝምርሓሉ ፖሊሲ ስትራተጂ ኣዋጅን ደንብን የዳልው ምስፀደቐ ኣብ ስራሕ የውዕል
2. ናይ'ቲ ሃገርን ክልልን ናይ ኢንዱስተሪ ልምዓት ፖሊሲ መሰረት ብምግባር በቲ ክልል ኢንዱስትሪን ኢደጥበባት ንክስፋሕፍሑ የበረታትዕ፣ ድጋፍ ይህብ፣
3. ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ክዋፈረሎም ብዝኽእል ናይ ኢንዱስትሪ ፕሮጀክትን ሓሳባትን እንዳመዛዘነ ንክፅንዑ እንዳገበረን ኣብ ስራሕ ንክውዕሉ ኩነታት የመቻቹ፣
4. ንኢደ ጥበባት፣ ኀጆ ኢንዱስተሪን ንኣናእሽተይ ኢንዱስትሪታት ናይ ኤክስቴንሽን ግልጋሎት ይህብ፣ ከምኣድላይነቱ ናይ ኢደጥበባትን ኀጆ ኢንዱስትሪ ናይ ሙያ መመሓየሺ መሰልጠኒ ማዕኸናት ንክጣየሽ ይገብር፣
5. ኣብቲ ክልል ውሽጢ ንዝተጣየሹ ማእኸላይ ኣናእሽተይ ኢንዱስትሪታት ፍቓድ ይህብ፣ ይቆፃፀር፣ ናይ ኢደጥበብ በዓል ሙያታት ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ይምዝግብ፣
6. ናይ'ቲ ክልል ናይ ንግዲ ምንቅስቓስ በቲ ሃገርን ክልልን ናይ ንግድ ፖሊሲ መሰረት ዝምራሕ ምኻኑ ይቆፃፀር፣
7. ናይ ንግዲ ምንቅስቓሳት ንምቁፅፃር ዝወፁ ሕግታት ደንብን መምርሕን ኣብቲ ክልል ውሽጢ ምኽባሮም የረጋግፅ፣ ዘይሕጋዊ ናይ ንግዲ ስራሕቲ ንከይካየዱ ይገብር፣
8. ብክልል ውሽጢ መሰረታዊ ናይ ንግዲ ኣቑሑትን ግልጋሎት ስርጭት ኣግባብ ብዘለዎ ኣካል ዝተወሰነ ናይ ዋጋ ተመን ምኽባሩ ይቆፃፀር፣
9. ምስ ካልኦት ክልላት ዝግበር ናይ ንግዲ ልውውጥ ዝስፋሕፈሓሉን ዝዓብየሉን

መስሪያ ቤቶች ይተባበራል፣ በክልሉ ውስጥ የሚካሄድ የወሃ፣ የማዕድንና የኢነርጂ ሃብት ልማት ስራዎች አስፈላጊ ድጋፍ ይሰጣል፣

11.በውሃ ታሪፍ ፖሊሲ መሰረት የውሃ ክፍያ ያስከፍላል፣

## 14 የኢንዱስትሪ፣ የንግድና የትራንስፖርት ቢሮ

የኢንዱስትሪ የንግድና የትራንስፖርት ቢሮ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፣

1. የክልሉ ኢንዱስትሪ፣ የንግድ እና የትራንስፖርት ክፍለ ኢኮኖሚ የሚመራበት ፖሊሲ፣ ስትራቴጂና ደንብ ያዘጋጃል፣ ሲፀድቅ በስራ ላይ ያውላል፣
2. የአገሪቱና የክልሉን የኢንዱስትሪ ልማት ፖሊሲ መሰረት በማድረግ በክልሉ ኢንዱስትሪና አደ ጥበባት እንዲስፋፉ ያበረታታል፣ ድጋፍ ይሰጣል፣
3. የክልሉ መንግስት ሊሰማራባቸው በሚችሉ የኢንዱስትሪ ፕሮጀክቶችና ሓሳቦች እያመዛዘነ እና እንዲጠኑ እያደረገ በስራ ላይ እንዲውሉ ሁኔታዎችን ያመቻቻል፣
4. ለእደ ጥበባት፣ ለጎጆ ኢንዱስትሪ እና ለትናንሽ ኢንዱስትሪዎች የኤክስቴንሽን አገልግሎት ይሰጣል፣ እንደአስፈላጊነቱ የእደ ጥበባትና የጎጆ ኢንዱስትሪ የሙያ ማሻሻያ ማእከላት እንዲቋቋሙ ያደርጋል፣
5. በክልሉ ውስጥ ለሚቋቋሙ ማእከላዊና ትናንሽ ኢንዱስትሪዎች ፍቃድ ይሰጣል፣ ይቆጣጠራል፣
6. የክልሉ የንግድ እንቅስቃሴ በአገሪቱና በክልሉ የንግድ ፖሊሲ መሰረት መመራቱን ይቆጣጠራል፣
7. የንግድ እንቅስቃሴዎችን ለመቆጣጠር የሚወጡ ሕጎች፣ ደንቦችና መመሪያዎች በክልሉ ውስጥ መከበራቸውን ያረጋግጣል፣ ሕጋዊ ያልሆኑ የንግድ ስራዎች እንዳይካሄዱ ያደርጋል፣
8. በክልሉ ውስጥ መሰረታዊ የንገድ ዕቃዎች እና የስርጭት አገልግሎት አግባብ ባለው አካል የተወሰነ የዋጋ ተመን መከበሩን ይቆጣጠራል፣
9. ከሌሎች ክልሎች ጋር በሚደረግ የንግድ ልውውጥ የሚስፋፋበትንና የሚያድግበትን

ኩነታት የመቻቑ፣

10.ናይ'ቲ ክልል ኢንዱስትሪ ሕርሻን ካልኦት ውፅኢታት ንክፍለጡ ኤግዚቢሽን ንክዳሎ ይገብር፣

11.ኣብ ክልል ውሽጢ ኣብ ንግዲ ስራሕ ዝዋፈሩ ናይ ሃገር ውሽጢ ኢንቨስተራት ፈቓድ ይህብ፣ ይቆፃፀር፣

12.ናይ ክልል ንግዲ መዝገብ የደራጅው፣ የመሓድር፣

13.ናይ'ቲ ክልል ንግዲ ስራሕ ምንቅስቃስ ዝተፈላለዩ ፅንዓታት የካይድ፣ መረዳእታታት ይእክብ፣ የጠናኽር፣ ንዝምልከቶም የመሓላልፍ፣

14.ናይ ሽመቲ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ንክጣየሹ የበረታትዕ፣ ድጋፍ ይህብ፣

15.ኣብ ክልል ዝጣየሹ ናይ ንግዲ ቤት ምኽሪታት የበረታትዕ፣ ድጋፍ ይህብ፣

16.እታ ሃገር ናይ ትራንስፖርትን መራኸብን ግልጋሎት ፅብየት እትምርሐሉ ፖሊሲታት መሰረት ብምግባር ኣብ'ቲ ክልል ናይ ትራንስፖርትን መራኸብን ግልጋሎት ንክስፋሕፋሕ የበረታትዕ፣ ድጋፍ ይህብ፣

17.ናይ ትራንስፖርትን መራኸቢ ግልጋሎት ንምቁፅፃር ዝወፁ ሕግታት፣ ደንብታትን መምርሒታትን ኣብ ክልል ውሽጢ ምኽባሮም የረጋግፅ፣

18.ኣብ ክልል ውሽጢ ናይ ትራንስፖርትን መራኸብን ዓይነታት ተደጋጊፎም ክዓብዩን ብዝተዋደደ ኩነታት ብዝግባእ ኣብ ጥቅሚ ዝውዕልሉ ኩነታት የመቻችው፣

19.ኣብ ክልል ውሽጢ ዝርከቡ ተሽከርከርቲ ይምዝግብ፣ ናይ ቴክኒክ ምርመራ ይገብር፣ ፍቓድ መምርሒ መኪና ይህብ፣

20.ኣብ ክልል ውሽጢ ብህዝቢ ናይ ንግዲ ናይ መንገዲ መመላለሲ ስራሕ ንዝተዋፈሩ ሰባትን ድርጅታት ፍቓድ ይህብ፣ ናይ ህዝቢ ናይ ንግድ መንገዲ መመላለሲ ማሕበራት ይምዝግብ፣ በቶም ማሕበራት ንዝቐርቡ ናይ ወፍሪ ፕሮግራም መርሚሩ የፅድቅ፣ ንተግባራዊነቱ'ውን ይቆፃፀር፣

21.ኣብ ክልል ውሽጢ ንዝጣየሹ ናይ ተሽከርከርቲ መፀገኒን መሐደሲ ጋራዣትን በዓል ሞተር ተሽከርካሪ ምዝዋር ንዝምህሩ ሰባትን ድርጅታትን ፍቓድ ይህብ፣ ይቆፃፀር፣

ሁኔታዎች ያመቻቻል፣

10.የክልሉ የእርሻ ኢንዱስትሪና ሌሎች ውጤቶች እንዲታወቁ ኤግዚብሽን እንዲዘጋጅ ያደርጋል፣

11.በክልሉ ውስጥ በንግድ ስራ ለሚሰማሩ የአገር ውስጥ ኢንቨስተሮች ፈቃድ ይሰጣል፣ ይቆጣጠራል፣

12.የክልሉ የንግድ መዝገብ ያዘጋጃል፣ ያስተዳድራል፣

13.የክልሉ የንግድ ስራ እንቅስቃሴ በተመለከተ ልዩ ልዩ ጥናቶችን ያካሂዳል፣ መረጃዎች ይሰበስባል ፣ ያጠናክራል ለሚመለከተው ያስተላልፋል፣

14.የሸማቾች የሕብረት ስራ ማሕበራት እንዲቋቋሙ ያበረታታል፣ ድጋፍ ይሰጣል፣

15.በክልሉ የሚቋቋሙ የንግድ ምክር ቤቶች ያበረታታል፣ ድጋፍ ይሰጣል፣

16.የአገሪቱን የትራንስፖርትና የመገናኛ አገልግሎት እድገት የምትመራበት ፖሊሲዎችን መሰረት በማድረግ በክልሉ የትራንስፖርትና የመገናኛ አገልገሎት እንዲስፋፋ ያበረታታል፣ ድጋፍ ይሰጣል

17.የትራንስፖርትና የመገናኛ አገልገሎቶች ለመቆጣጠር የሚወጡ ሕጎች፣ ደንቦችና መመሪያዎች በክልሉ ውስጥ መከበራቸውን ያረጋግጣል፣

18. በክልሉ ውስጥ የትራንስፖርትና የመገናኛ ዓይነቶች ተደጋግፈው እንዲያድጉና በተቀናጀ ሁኔታ በሚገባ ጥቅም ላይ የሚውሉበትን ሁኔታዎች ያመቻቻል፣

19.በክልሉ ውስጥ የሚገኙ ተሽከርካሪዎች ይመዘግባል፣ የቴክኒክ ምርመራ ያደርጋል፣ የተሽከርካሪ መንጃ ፈቃድ ይሰጣል፣

20.በክልሉ ውስጥ በህዝቡ የንግድ የመንገድ ማመላለሻ ስራ ለተሰማሩ ሰዎችና ድርጅቶች ፍቃድ የሰጣል፣ የህዝብ የንግድ መንገድ ማመላለሻ ማሕበሮች ይመዘግባል፣ ላመሕበራቱ የሚቀርቡ የስርጭት ፕሮግራሞችን መርምሮ ያፀድቃል፣ ተግባራዊነቱንም ይቆጣጠራል፣

21.በክልሉ ውስጥ ለሚቋቋሙ የተሽከርካሪዎች መጠገኛ፣ ማደሻ ጋራጆች፣ የተሽከርካሪ ሞተሮችን ለመንዳት ለሚያስተምሩ ሰዎችና ድርጅቶች ፍቃድ ይሰጣል ይቆጣጠራል፣

22.ክምኣድላይነቱ ናይ ህዝቢ ናይ ንግዲ መንገዲ መመላለሲ ተሽከርከርቲን መናሃርያታትን የጣይሽ፣ የካይድ፣ ብከተማ ምምሕዳራት ክስርሑ የተባብዕ፣ ናይ መናሃርያ ረቛሒታት የውፅእ፣ ኣፈፃፅመኦም ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣

## 15 ቢሮ ሲቪል ሰርቪስ፣

ቢሮ ሲቪል ሰርቪስ እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልዉዎ፣

1. ምምሕዳር ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብዝተመልከተ ዝወፁ ፖሊሲታት ፣ ሕግታት፣ ደንብታትን መምረሒታትን ናይ'ቲ ክልል ምምሕዳር ናይ መንግስቲ ሰራሐተኛታት ብዝተመልከተ ኣብ ስራሕ ምውዓሎም ይቆፃፀር፣
2. ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ምምሕዳር መምርሒ ተኸቲሉ ኣብ'ቲ ክልል መንግስቲ መስሪያቤታት ውሽጢ ዝርዝር ናይ ስራሕ መደባት ይምድብ፣
3. ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ዝተፈቐደ ናይ ደመወዝ ስኬል፣ ናይ ዝተፈላለዩ ኣበላት ክፍሊትን ካልኦት ናይ ስራሕ ኩነታትን ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ሰራሕተኛታት ብዝተመልከተ ኣብ ስራሕ ንክውዕሉ ይገብር፣
4. ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ሰራሕተኛታት ኣቆፃፅራ፣ ኣመዳድባ፣ ናይ ብርኪ ዕብየት ናይ መሃያ ወሰኽ፣ ቅያር፣ ስልጠናን ናይ ዲስፕሊን ኣተሓሳልዋን ብመንግስቲ ሰራሕተኛታት ሕግታት፣ ደንብታት መምርሒታትን መሰረት ንክፍፀም ይገብር፣ ይቆፃፀር
5. ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ሰራሕተኛታት ዝርዝር ኩነታት መዝገቡ ይሕዝ፣ ስታትስቲካዊ መረዳእታታት የዋድድ፣
6. ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ሰራሕተኛታት ካብ ናይ ጡረታ ዕድመ ክልል ንላዕሊ ግልጋሎቶም ንክናዋሕ ኣብ ዝቐርቡ ሕቶታት ናይ መወዳእታ ውሳነ ይህብ፣
7. ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ሰራሕተኛ ብክእለት ምንኣስ ምኽንያት ካብ ስራሕ ንምስንባት ኣብ ዝቐርብ ሕቶ ናይ መወዳእታ ውሳነ ይህብ፣
8. ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ሰራሕተኛታት እቲ ሕጊ ብዝፈቐደ መሰረት ኣብ ዘቅርብዎ

22.እንደአስፈላጊነቱ የሕዝብ የንገድ ማመላለሻ ተሽከርካሪዎችና መነሃሪያዎችን ያቋቁማል፣ ያካሂዳል፣ በከተማ አስተዳደሮችም ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣

## 15 የሲቪል ሰርቪስ ቢሮ

የመንግስት ሰራተኞች አስተዳደር ቢሮ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፣

1. የመንግስት ሰራተኞች አስተዳደር በተመለከተ የሚወጡ ፖሊሲዎች፣ ሕጎች፣ ደንቦችና መመሪያዎች የክልሉ የመንግስት ሰራተኞች አስተዳደር በተመለከተ በስራ ላይ መዋላቸውን ይቆጣጠራል፣
2. የመንግስት ሰራተኞች አስተዳደር መመሪያ ተከትሎ በክልሉ መንግስት መስሪያቤቶች ውስጥ ዝርዝር የስራ መደቦችን ይመድባል፣
3. ለመንግስት ሰራተኞች የተፈቀደ የደሞዝ ስኬል፣ የተለያዩ አበሎች ክፍያ እና ሌሎች የስራ ሁኔታዎች የክልሉ የመንግስት ሰራተኞች በተመለከተ በስራ እንዲውል ያደርጋል፣
4. የክልሉ የመንግስት ሰራተኞች ቅጥር፣ ምደባ፣ የደረጃ እድገት፣ የደመወዝ ጭማሪ ዝውውር፣ ስልጠናና የዲስፒሊን ጥበቃ በመንግስት ሰራተኞች ሕጎች፣ ደንቦችና መመሪያዎች መሰረት እንዲፈፀም ያደርጋል፣ ይቆጣጠራል፣
5. የክልሉ የመንግስት ሰራተኞች ሁኔታዎች መዝገቡ ይይዛል፣ ስታትስቲካዊ መረጃዎች ያቀናጃል፣
6. የክልሉ የመንግስት ሰራተኞች ከጡረታ ዕድሜ ክልል በላይ አገልግሎታቸው እንዲራዘም ለሚቀርቡ ጥያቄዎች የመጨረሻ ውሳኔ ይሰጣል፣
7. የክልሉ የመንግስት ሰራተኞች በችሎታ ማነስ ምክንያት ከስራ ለማሰናበት ለሚቀርቡ ጥያቄዎች የመጨረሻ ውሳኔ ይሰጣል፣
8. የክለሉ የመንግስት ሰራተኞች ሕግ በሚፈቅደው መሰረት ለሚቀርቡት ይግባኝ

ይግባኝ ናይ መወዳእታ ውሳነ ይህብ፣
9. ንመንግስቲ ሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ ውፅኢት መመዘኒ ዝወፀ መምርሒ በተን ናይ ክልል ምምሕዳር ቤት ፅሕፈት ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ይቆፃፀር፣
10.ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ መ/ቤታት ናይ ጊዜያዊ ሰራሕተኛታት ቑፃር ብዝተመልከተ ዝወፀ መምርሒ ተኸቲሎም ምፍፃሞም ይቆፃፀር
11.ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ መስሪያቤታት ኣወቃቅራን ናይ ሰብ ሓይሊ ኣጠቃቅማን ብምግምጋም ናይ መመሓየሺ ሓሳብ የቅርብ እንትፍቀድ'ውን ስራሕን ሰራሕተኛን ምርኸቡ የረጋግፅ፣
12.ናይ ምምሕዳር ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብዝምልከት ምስ'ቲ ናይ'ቲ ሃገር ሓፈሻዊ መመዘኒታት ዝቀራረብ ፖሊሲታትን ሕግን የዳሉ፣ ምስተፈቀዶ ኣብ ስራሕ ምውዓሎም ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣ ዝርዝር ናይ ኣፈፃፅማ መምርሒታት የውፅእ፣
13.ብሸመት ክትሓዙ ዝግበኦም ናይ ስራሕ መደባት የፅንዕ፣ የቅርብ፣

16 ቢሮ ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ጉዳይን፣

ቢሮ ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ጉዳይን እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልዉዎ፣
1. ናይ ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ጉዳይን ፖሊሲታት ኣብ ክልል ይትግብር ክትግበሩ ይገብር፣
2. ናይ ኣስራሕትን ሰራሕተኛን ብዝምልከት ዝወፁ ሕግታት፣ ደንብታት መምርሒታትን ዝተኸበሩ ምዃኖም የረጋግፅ፣
3. ናይ ሰራሕተኛ ድሕንነትን ጥዕናን ንምሕላው ዝወፁ ናይ ስራሕ ኩነታት ደረጃን ናይ መከላኸሊ ሜላታት ኣብ ስራሕ ምውዓሎም ይቆፃፀር፣
4. ኣብ ትካላትን ብክልል ደረጃ ዝጣየሹ ናይ ኣስራሕን ሰራሕተኛን ማሕበራት ይምዝግብ፣
5. ናይ ሓባር ስምምዕ ድርድርን ናይ ስራሕ ክርክራትን ሕጊ ተኸቲሎም ፍፃመ ክረኽቡ ይፅዕር፣ ናይ ሓባር ስምምዕነት ይምዝግብ፣
6. ኣብ ስራሕ ዘሎ ሓይሊ ሰብን ናይ ሙያ ኣመዳድባን ፅንዓት ይገብር፣

የመጨረሻ ውሳኔ ይሰጣል፣
9. ለመንግስት ሰራተኞች የስራ ውጤት መመዘኛ የወጣ መመሪያ ለክልሉ መስተዳደር ፅሕፈት ቤቶች በስራ ላይ መዋሉን ይቆጣጠራል፣
10.የክልሉ መንግስት መስሪያ ቤቶች የጊዚያዊ ሰራተኞች ቅጥር በተመለከተ የወጣ መመሪያ ተከትለው መፈፀማቸውን ይቆጣጠራል፣
11.ከሚመለከታቸው አካላት ጋር በመተባበር የክልሉ መንግስት መስሪያቤቶችን አወቃቀርና የሰው ሃይል አጠቃቀም በመገምገም የማሻሻያ ሓሳብ ያቀርባል፣ ሲፈቀድ ስራና ሰራተኛ መገናኘታቸውን ያረጋግጣል፣
12.የመንግስት ሰራተኞች አስተዳደር በተመለከተ ከአገሪቱ ጠቅላላ መመዘኛዎች የሚቀርቡ ፖሊሲዎችና ሕጎች ያዘጋጃል፣ ሲፈቀድም በስራ መዋላቸውን ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣ ዝርዝር የአፈፃፀም መመሪያዎች ያወጣል፣
13.በሹመት ሊያዙ የሚገባቸው የስራ መደቦችን ያጠናል፣ ያቀርባል፣

16 የሰራተኛና ማሕበራዊ ጉዳይ ቢሮ፦

የሰራተኛ እና ማሕበራዊ ጉዳይ ቢሮ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፣
1. የሰራተኛና ማሕበራዊ ጉዳይ ፖሊሲዎችን በክልሉ ይተገብራል፣ እንዲተገበሩ ያደርጋል፣
2. አሰሪና ሰራተኛን በተመለከተ የወጡ ሕጎች፣ ደንቦችና መመሪያዎች የተከበሩ መሆናቸውን ያረጋግጣል፣
3. የሰራተኛ ደህንነትና ጤናን ለመጠበቅ የሚወጡ የስራ ደረጃ ሁኔታዎች እና የመከላከያ ዘዴዎች በስራ ላይ መዋላቸውን ይቆጣጠራል፣
4. በድርጅቶችና በክልል ደረጃ የሚቋቋሙ የአሰሪና የሰራተኛ ማህበሮችን ይመዘግባል፣
5. የሕበረት ስምምነት ድርድርና የስራ ክርክሮች ሕግ ተከትለው ፍፃሜ እንዲያገኙ ይጥራል፣ የህብረት ስምምነት ይመዘግባል፣
6. በስራ ላይ ያለ የሰው ሃይል የሙያ አመዳደብ ጥናት ያደርጋል፣

7. ክፍቲ ናይ ስራሕ መደባትን ስራሕ ደለይትን ብምምዝጋብ ስራሕን ሰራሕተኛን ክራኸቡ ንምግባር ዘኽእል ግልጋሎት ይህብ፣
8. ናይ ክልል ሓይሊ ሰብን ስራሕ ምውፋርን፣ ብዛዕባ ሰራሕተኛ ድሕንነትን ጥዕናን ከምኡ'ውን ኣስራሕን ሰራሕተኛን ዝምልከቱ ካልኦት ዋኒናት መረዳእታ ይጥርንፍ፣ የዋድድ፣ ንዝምልከቶም የመሓላልፍ፣
9. ብጡረታን ማሕበራዊ ውሕስና ዝሽፈኑ ሰራሕተኛታት ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ብመሰሎም ተጠቀምቲ ክኾኑ ይገብር፣
10. ኣግባብ ምስ ዘለዎም ኣካላት ብምትሕብባር ህፃናት፣ መናእሰያት ግቡእ ኣተዓባብያ ክረኽቡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ማሕበራዊ ፀገማት ክፍታሕ ንምግባር ዘኽእሉ ሜላታት ኣብ'ቲ ክልል ክዝርግሑ ፃዕሪ ይገብር፣
11. ኣግባብ ምስዘለዎም ኣካላት ብምትሕብባር ኣብ ክልል ዝርከቡ ኣረጋዊያንን ናይ ኣካል ጉዱኣትን ንምርዳእ ከምኡ'ውን ንኣካል ጉዱኣት እግሪ ምትካል ዘኽእሉ መደባት የዳልው፣ ተግባራዊ ክኾኑ ይገብር፣
12. ጠንቂ ማሕበራዊ ናብራ ክውገድ ናይ ክልል ሕ/ሰብ የተሓባብር ኣድላይ ሓገዝ ይገብር፣
13. ናይ ቤተሰብ ድሕንነት ክሕለው ንምግባርን ናይ መውስቦ ስርዓትን ንምክብኻብ ዝወፁ ፖሊሲታት ይትግብር፣ ኣብ ተግባር ምውዓሎም ይከታተል፣

## 17 ቢሮ ሓደጋ ምክልኻልን ድልውነትን፣

ቢሮ ሓደጋ ምክልኻልን ድልውነትን እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልዉዎ፣

1. ብተፈጥሮን ብሰንኪ ሰብን ዝበፅሕ ሓደጋ ንምክልኻል ዘኽእሎ ፖሊሲን ስልትን ይትልም፣ ክፍቀድ ከሎ ኣግባብ ምስለዘዎም ኣካላት ብምትሕብባር ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር፣
2. ካብ መንግስቲ ብዝዋሃቦ መምርሒ መሰረት ካብ ሃገር ውሽጢ ዝኾነ ዓይነት ሓገዝ ይሓትት፣ ይቅበል፣
3. ዝኾነ ዓይነት ሓገዝ ይምዝግብ፣ ንተሓገዝቲ ክበፅሕ ይገብር፣

7. ክፍት የስራ ቦታዎችንና ስራ ፈላጊዎችን በመመዝገብ ስራ ሰራተኛ እንዲገናኙ ለማድረግ የሚያስችል አገልገሎት ይሰጣል፣
8. የክልል የሰው ሃይልና የስራ ስምሪት፣ ስለ ሰራተኛ ደህንነትና ጤና እንዲሁም አሰሪና ሰራተኛን የሚመለከቱ ሌሎች ጉዳዮች መረጃ ይሰበስባል፣ ያቀናጃል፣
9. በጡረታና በማሕበራዊ ዋስትና የሚሸፈኑ ሰራተኞች ከሚመለከታቸው አካሎች ጋር በመተባበር በመብታቸው ተጠቃሚ እንዲሆኑ ያደርጋል፣
10. አግባብ ካላቸው አካላት ጋር በመተባበር ህፃናትና ወጣቶች ተገቢውን አስተዳደግ እንዲያገኙና የሴቶች ማሕበራዊ ችግሮች እንዲፈቱ ለማድረግ የሚያስችሉ ዘዴዎችን በክልሉ ለመዘርጋት ጥረት ያደርጋል፣
11. አግባብ ካላቸው አካሎች ጋር በመተባበር በክልሉ የሚገኙ አረጋውያን እና የአካል ጉዳተኞች ለመርዳት የአካል እንዲሁም ጉዳተኞችን ለማቋቋም የሚያስችሉ ፕሮግራሞች ያዘጋጃል፣ ተግባራዊ እንዲሆኑ ያደርጋል
12. የማሕበራዊ ኑሮ ጠንቅ ለማስወገድ የክልሉን ሕብረተሰብ ያስተባብራል፣ አስፈላጊ ድጋፍ ያደርጋል
13. የቤተሰብ ደህንነት እንዲጠበቁ ለማድረግና የጋብቻ ስርዓቶች ለመንከባከብ የሚወጡ ፖሊሲዎች ይተገብራል፣ በተግባር መዋላቸውን ይከታተላል፣

## 17 የአደጋ መከላከልና ዝግጅት ቢሮ

የአደጋ መከላከልና ዝግጅት ቢሮ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፣

1. በተፈጥሮ እና በሰው ሰራሽ ምክንያት የሚደርስ አደጋ ለመከላከል የሚያስችሉ ፖሊሲዎችንና ስልቶችን ያቅዳል፣ ሲፈቀድም አግባብ ካላቸው አካላት ጋር በመተባበር በስራ ላይ እንዲውል ያደርጋል፣
2. ከመንግስት በሚሰጥ መመሪያ መሰረት ከአገር ውስጥ ማንኛውም ዓይነት ድጋፍ ይጠይቃል ይቀበላል
3. ማንኛውም የእርዳታ ዓይነት ይመዘግባል ለተረጂዎች እንዲደርስ ያደርጋል፣

4. ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ሓደጋ ኣብ ዝበፅሐሉ ግዜ ናይቲ ሓደጋ ዓይነት፣ መጠንን ስፍሓትን ፅንዓት እናገበረ ክውሰድ ምስዝግበኦ ስጉምቲ ንክልል መንግስቲ የፍልጥ፣ እቲ ሓገዝ ዝግበረሉ ቅድም ሰዓብ ይውስን፣
5. ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ሓደጋ ክመፅእ ዝኽኣለሉ ምኽንያት ኣቐዲሙ የፅንዕ፣ የፍልጥ፣ ሓደጋ ምስበፅሐ ጊዚያዊን ዘላቒን ናይ ምክልኻል ተግባራት ይወስድ ወይከዓ ከምዝውሰድ ይገብር፣
6. ዕላማን ስራሕቲን እቲ ቢሮ፣ እቲ ቢሮ ዝተረኸበ ሓገዝ ዓይነት፣ መጠንን ኣጠቓቕማን ብዜና ማዕኸናት ንህዝቢ የፍልጥ፣
7. ኣግባብ ምስለዘዎም ኣካላት ብምትሕብባር ብተፈጥሮን ብሰንኪ ሰብን ሓደጋ ዝበፅሖም ወገናት መሊሱ እግሪ የትክል፣
8. እቲ ጉዳይ ዝምልከቶ ስፍራ ሓደጋ ዝበፅሖ ስፍራ ተብሂሉ ክፅዋዕ ንክልል መንግስቲ ሓሳብ የቅርብ፣
9. ናይ ሓገዝ ምርካብን ምምሕዳርን ብዝምልከት ካብ ክልል መንግስቲ ብዝወፅእ መምርሒ መሰረት ምስ ሓገዝ ወሃብቲ ትካላት ርክብ ይፈጥር፣
10. ኣብ ካልእ ዝርከቡ መንግስታዊ ዘይኮኑ ሓገዝ ወሃብቲ ትካላት ስራሕ የተሓባብር ይቆፃፀር፣

<u>18 ቢሮ ትምህርቲ</u>

ቢሮ ትምህርቲ እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልዉዎ፣

1. ብናይ ሃገርን ክልልን ትምህርቲን ስልጠናን ፖሊሲ መሰረት ናይ ክልል ትግራይ ናይ ትምህርቲን ስልጠናን ፕላንን ፕሮግራምን የዳሉ፣ ምስፀደቐ ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር፣
2. ኣብ ክልል ንትምህርቲ ዝበፅሑ ኩሎም ናይ ትምህርቲ ዕድል ዝረኽቡሉ ሜላታት ይሕንፅፅ፣ ግልጋሎት ትምህርቲ ፍትሓዊ ብዝኾነ ንኹሉ ክባፃሕ ይገብር፣
3. ኣግባብ ምስዘለዎም ኣካላት ብምትሕብባር ኣብ ክልል ዝካየድ ዘይስሩዕ ትምህርትን መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ይመርሕ ይቆፃፀር። ተመሳሳሊ ዕላማ ንዘለዎም

4. ከሚመለከታቸው አካላት ጋር በመተባበር አደጋ በሚደርስበት ጊዜ የአደጋው ዓይነት፣ መጠንና ስፋት እያጠና ሊወሰድ የሚገባው እርመጃ ለክልሉ መንግስት ያስታውቃል፣ እርዳታ የሚደረግበትን ቅደም ተከተል ይወስናል፣
5. ከሚመለከታቸው አካላት ጋር በመተባበር አደጋ ሊመጣ የሚችልበት ምክንያት አስቀድሞ ያጠናል፣ ያሳውቃል፣ አደጋ እንዳይደረስ ግዚያዊና ዘላቂ የመከላከል እርምጃ ይወስዳል ወይም እንዲወሰድ ያደርጋል፣
6. የቢሮው ዓላማና ስራ፣ ቢሮው ያገኘው የእርዳታ ዓይነት፣ መጠኑና አጠቃቀሙን በዜና ማሰራጫዎች ለህዝብ ያስታውቃል፣
7. አግባብ ካላቸው አካሎቹ ጋር በመተባበር በተፈጥሮና በሰው ሰራሽ አደጋ የደረሰባቸውን ወገኖች መልሶ ያቋቁማል፣
8. ጉዳዩ የሚመለከታቸው ስፍራ አደጋ የደረሰበት ስፍራ ተብሎ እንዲጠራ ለክልሉ መንግስት ሐሳብ ያቀርባል
9. የእርዳታ ማግኘትንና አስተዳደርን በተመለከተ ከክልል መንግስት በሚወጣ መመሪያ መሰረት ከእርዳታ ሰጪ ድርጅቶች ጋር ግኑኙነት ይፈጠራል፣
10. ከሌላ የሚገኙ መንግስታዊ ያልሆኑ እርዳታ ሰጪ ድርጅቶች ስራ ያስተባብራል፣ ይቆጣጠራል፣

<u>18 ትምህርት ቢሮ፦</u>

ትምህርት ቢሮ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል

1. በአገሪቱና በክልሉ የትምህርትና የስልጠና ፖሊሲ መሰረት የትግራይ ክልል የትምህርትና የስልጠና ዕቅድና ፕሮግራም ያዘጋጃል፣ ሲፀድቅም በስራ ላይ እንዲውል ያደርጋል፣
2. በክልሉ ለትምህርት የደረሱ ሁሉ የትምህርት ዕድል የሚያገኙበትን ዘዴዎች ይቀይሳል፣ ትምህርት ፍትሓዊ በሆነ መንገድ ለሁሉ እንዲዳረስ ያደርጋል፣
3. አግባብ ካላቸው አካላት ጋር በመተባበር በክልሉ የሚካሄድ መደበኛ ያልሆኑ ትምህርት እና መሃይምነትን ለማጠፋት ስራ ይመራል ይቆጣጠራል፣ ተመሳሳይ ዓላማ

ምንቅስቓሳት ግቡእ ድጋፍ ይገብር፣

4. ናይ ክልል ፅርየት ትምህርቲ ብሃገር ለኸ ዝተወሰነ ስታንዳርድ ዝሓለወ ምዃኑ የረጋግፅ፣
5. ናይ ሃገር ትምህርትን ስልጠናን ፖሊሲን ዝወፅአ ስታንዳርድ ተኸቲሉን ናይ 1ይ ብርኪ ከምኡ እውን ናይ ኣፀደ ህፃናት፣ ፍሉይ ትምህርቲን ትምህርቲ ንዓበይትን ስርዓተ ትምህርቲ የዳልው፣ የፅንዕን ይግምግምን ኣብ ስራሕ የውዕል፣
6. በብደረጅኡ ንምስትምሃር ብቑዕ ዝገብሩ መመዘኒታት ምምላኦም የረጋግፅ፣ መምህራንን ናይ ትምህርቲ ሰብ ሞያን የሰልጥን፣ ከምዝስልጥኑ ይገብር፣
7. ብሃገር ለኸ ደረጃ ተዳልዮም ኣብ ክልል ኣብያተ ትመህርቲ ዝተውሃቡ ፈተናታት ተኸታቲሉ የፈፅም፣ ብክልል ደረጃ ዝዳለዉ ፈተናታት የዳልው መረጋገፂ ብቕዓት ምስክር ወረቀት የህብ፣
8. ንትምህርቲ ስራሕቲ ኣድላይ ዝኾኑ መፃሕፍትን ካልኦት ናይ ትምህርቲ ናውትን ከምዝማልኡ ይገብር፣
9. ኣብ'ዚ ክልል ብናይ ውሽጢ ሃገር ትካላትን ሰብ ሃብትን ንዝቐማ ክሳዕ 2ይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲን ካልኦት ተመሳሰልቲ ደረጃ ዘለዎም ናይ ትምህርቲ ግልጋሎት ወሃብቲ መመዘኒ ደረጃ የቐምጥ፣ ፍቓድ ይህብ፣ ናይ ብቕዓት ብርኮም ንምርግጋፅ ይቆፃፀር፣
10. ንትምህርቲ ፕሮግራማት መፈፀሚ ዝኾኑ ፕሮጀክትታት የዳሉ፣ እንትፍቀድ ኣብ ስራሕ የውዕል
11. ንንኡሳት ብሄረሰባት፣ ንደቂ ኣንስትዮ፣ ንህፃናትን ዓበይትን ዝውሃቡ ናይ ትምህርቲ ስልጠናን ግልጋሎትን ፕሮግራማትን ፍሉይ ሓገዝ ይህብ፣
12. ንስራሕ ትምህርቲ ከመሓይሹ ዝኽእሉ መፅናዕቲታትን ገምጋማትን የካይድ፣ ብሃገር ለኸ ንዝካየድ መፅንዕታት ዓብይ ሓገዝ ይገብር፣
13. ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ብሬዲዮን ቴሌቪዥንን መራኸቢ ሜላታት ክድገፍ ይገብር፣
14. ናይ'ቲ ክልል ቀዳማይን ካልኣይን ብርኪ

ያላቸው እንቅስቃሴዎች አስፈላጊ ድጋፍ ይሰጣል፣

4. የክልሉ የትምህርት ጥራት በአገር ደረጃ የተወሰነውን ስታንዳርድ የጠበቀ መሆኑን ያረጋግጣል፣
5. የአገሪቱን የትምህርትና የስልጠና ፖሊሲ የወጣ ስታንዳርድ ተከትሎ የ1ኛ ደረጃ እንዲሁም የአፀደ ህፃናት፣ የልዩ ትምህርትና የጎልማሶች ስርዓተ ትምህርትን ያዘጋጃል፣ ያጠናል፣ ይገመግማል በስራ ላይ ያውላል፣
6. በየደረጃው ለማስተማር ብቁ የሚያደርጉ መመዘኛዎች መሟላታቸውን ያረጋግጣል፣ መምህራኖችና የትምህርት ባለሙያዎች ያሰለጥናል፣ እንዲሰለጥኑ ያደርጋል
7. በአገር አቀፍ ደረጃ ተዘጋጅተው በክልሉ ትምህርት ቤቶች የተሰጡ ፈተናዎች ተከታትሎ ያስፈፅማል፣ በክልል ደረጃ የሚዘጋጅ ፈተናዎች ያዘጋጃል፣ የብቃት ማረጋገጫ ምስክር ወረቀት ይሰጣል
8. ለትምህርት ስራዎች አስፈላጊ የሆኑ መፅሓፍቶችንና ሌሎች የትምህርት ቁሳቁሶች እንዲሟሉ ያደርጋል
9. በክልሉ በአገር ውስጥ ድርጅቶችና ባለሃብቶች ለሚቋቋሙ ሁለተኛ ደረጃ ትምህርት ቤቶች እና ሌሎች ተመሳሳይ ደረጃ ያላቸው የትምህርት አገልግሎት ሰጪዎች መመዘኛ ደረጃ ያስቀምጣል፣ ፍቃድ ይሰጣል፣ የብቃት ደረጃቸውን ለማረጋገጥ ይቆጣጠራል፣
10. ለትምህርት ፕሮግራም ማስፈፀሚያ የሚሆኑ ፕሮጀክቶችን ያዘጋጃል፣ ሲፈቀድ በስራ ላይ ያውላል
11. ለአናሳ ብሄረሰቦች፣ ለሴቶች፣ ለህፃናትና ለጎልማሶች የሚሰጥ የትምህርት ስልጠና እና አገልግሎት ፕሮግራሞችን ልዩ ድጋፍ ይሰጣል
12. የትምህርትን ስራ ሊያሻሽሉ የሚችሉ ጥናቶችንና ግምገማዎችን ያካሂዳል፣ በአገር ደረጃ ለሚካሄድ ጥናቶች ከፍተኛ እርዳታ ያደርጋል
13. የትምህርት ፕሮግራሞች በሬዲዮ፣ በቴሌቪዥን እና በመገናኛ ዘዴዎች እንዲታገዙ ያደርጋል
14. የክልሉ የአንደኛና የሁለተኛ ደረጃ

ኣብያተ ትምህርቲን ብክልል ምምሕዳር ዝጣየሹ መለስተኛ ኮሌጃትን የደራጁ የመሓድር፣

15.ኣብ ኣብያተ ትምህርትታት ንተምሃሮ ዝውሃቡ ዝተፈላለዩ ግልጋሎት የተሓባብር፣

19 ቢሮ ሓለዋ ጥዕና፣

ቢሮ ሓለዋ ጥዕና እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ስልጣንን ይህልዉዎ፣

1. ናይ ሃገር ጥዕና ፖሊሲ መሰረት ብምግባር ናይ'ቲ ክልል ህዝቢ ጥዕና ፖሊሲ እንትፍቀድ ኣብ ስራሕ የውዕል፣
2. ንሓለዋ ጥዕና ህዝቢ ብዝምልከት ዝወፁ ሕግታት ደንቢታትን መምርሒታትን ኣብ ተግባር ምውዓሎም ይከታተል ይቆፃፀር፣
3. በቲ ክልል መንግስቲ ዝጣየሹ ናይ ጥዕና ትካላት የተሓባብር፣ የመሓድር፣ ናይ ምርምር ትካላት የደራጅው የመሓድር፣
4. ብሃገር ውሽጢ ትካላትን ሰብ ርእሰማልን ንዝጣየሹ ጥዕና ትካላት ፈቓድ ይህብ፣ ብሃገር ብረኪ ዝወፁ ደረጃ ሓልዮም ምስርሖም ይቆፃፀር፣
5. ኣብ ህዝቢ ጥዕና ግልጋሎት ዝተዋፈሩ ሰብ ሙያ እቲ ብመንፅር ደረጅኦም ግልጋሎት ምሃቦም ይቆፃፀር፣
6. ፈዋስነቶም ዝተረጋገፀ ባህላዊ መድሓኒታት ናይ ሕክምና ሜላታትን ኣብ ግልጋሎት ንክውዕሉ የፅንዕ ኣብ ስራሕ ዝውዕሉሉመንገድታት ይሕንፅፅ፣
7. ተላበድቲ ሕማማት ንምክልኻል፣ ንምጥፋእን ዘኽእሉ ስልቲታት የፅንዕ፣ ኣብ ተግባር ክውዕሉ ይገብር፣
8. ናይ'ቲ ህዝቢ ጥዕና ንምሕላው ብዝወፀ ናይ ከባቢ ጥዕና ግልጋሎት ሕግታትን መምርሒታትን መሰረት ብምግባር ቁፅፅር ይገብር፣

20 ቢሮ ባህሊን ቱሪዝምን ማስታወቂያን

ቢሮ ባህሊን ቱሪዝምን ማስታወቂያን እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልዉዎ፣

1. ባህልን ቱሪዝምን ማስታወቂያን ብዝምልከት ስትራተጂን ፖሊሲታትን የዳሉ፣ እንትፍቀድ ኣብ ተግባር የውዕል፣
2. ታሪኻዊ ሃይማኖታዊን ባህላዊን ሓድጊታት ይምዝግብ፣ የፅንዕ፣ ይሕሉ፣ ይከናኸን፣

ትምህርት ቤቶች እና በክልሉ መስተዳደር የሚቋቋሙ መለስተኛ ኮሌጆችን ያደራጃል፣ ያስተዳድራል

15.በትምህርት ቤቶች ለተማሪዎች የሚሰጡ የተለያዩ አገልግሎቶች ያስተባብራል

19 የጤና ጥበቃ ቢሮ፣

የጤና ጥበቃ ቢሮ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፦

1. የአገሪቱን የጤና ፖሊሲ መሰረት በማድረግ የክልሉ ህዝብ የጤና ፖሊሲ ሲፈቀድ በስራ ያውላል፣
2. የህዝብ ጤና ጥበቃ በተመለከተ የሚወጡ ሕጎች፣ ደንቦችና መመሪያዎች በተግባር መዋላቸውን ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣
3. በክልሉ መንግስት የሚቋቋሙ የጤና ተቋሞች ያስተባብራል ፣ ያስተዳድራል፣ የምርምር ተቋሞችን ያደራጃል፣ ያስተዳድራል፣
4. በአገር ውስጥ ተቋሞችን ኢንቨስተሮች ለሚቋቋሙ የጤና ተቋሞች ፈቃድ ይሰጣል፣ በአገር ደረጃ የሚወጡ ደረጃዎችን ጠብቀው መስራታቸውን ይቆጣጠራል፣
5. በህዝብ የጤና አገልግሎት ስራ የተሰማሩ ባለሞያዎች በየደረጃቸው አገልግሎት መስጠታቸውን ይቆጣጠራል
6. ፈዋሽነታቸው የተረጋገጠ ባህላዊ መድሃኒቶችና የሕክምና ዘዴዎች አገልግሎት ላይ እንዲውሉ ያጠናል፣ ስራ ላይ የሚዉልበትን መንገድ ይነድፋል፣
7. ተላላፊ በሽታዎችን ለመከላከልና ማጥፋት የሚያስችሉ ስልቶችን ያጠናል፣ በተግባር ላይ እንዲውሉ ያደርጋል፣
8. የሕዝቡን ጤና ለመጠበቅ በሚወጡ የአከባቢ የጤና አገልግሎት ሕጎችና መመሪያዎች መሰረት በማድረግ ቁጥጥር ያደርጋል፣

20 የባህል የቱሪዝምና የማስታወቂያ ቢሮ

የባህል፣ የቱሪዝምና የማስታወቂያ ቢሮ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፦

1. ባህል ቱሪዝምንና ማስታወቂያ በሚመለከት ስትራተጂና ፖሊሲዎች ያዘጋጃል፣ ሲፈቀድም በስራ ላይ ያውላል፣
2. ታሪካዊ፣ ሃይማኖታዊና ባህላዊ ቅርሶችን ይመዘግባል፣ ያጠናል፣ ይጠብቃል፣ ይንከባከባል፣

3. ኪነ ጥበብ የስፋሕፍሕ በዚ መዳይ ዝድለ ሞያ የሰልጥን፣ የደራጁ፣
4. ኣብ ክልል ዝርከቡ ኣብያተ መፃሕፍትን ኣብያተ መዛግብትን ሙዝየማትን ንክስፋሕፍሑ ይገብር፣ የመሓድር የደራጅው ይቆፃፀር፣
5. ኣብ ክልል ዝርከቡ ናይ ታሪክ፣ ሃይማኖት፣ ባህሊን ናይ ተፈጥሮ መስሕባትን የፋልጥ፣ ቱሪዝም ዝስፋሕፈሐሉን ዝዓብየሉን መንገዲ ይቅይስ፣
6. ኣብ ክልል ናይ ቱሪስት ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ፍቓድ ይህብ፣ ይቆፃፀር፣
7. ኣብ ናይ ቱሪስት ግልጋሎት ውሃብቲ ትካላት ዝዋፈሩ ኢንቨስተራት የተባብዕ ይቆፃፀር፣ የተሓባብር፣
8. ናይ'ቲ ህዝቢ ፖለቲካዊ ኢኮኖሚያዊ ማሕበራዊን ጉዳያት ምዕባለታት ከምኡ'ውን ኣብ'ቲ ሃገር ዝግበሩ ዓበይቲ ምንቅስቃሳት ብዜና ማዕኸናት የጋውሕ
9. ቱሪዝም፣ ባህሊን ማስታወቂያን ብዝምልከት ስታትስቲካዊ መረዳእታታት ይእክብ፣ ይትንትን፣ የደራጁ፣ ይብትን፣
10. ናይ ክልል መንግስቲ ኣዋጃት ደንብታትን ድንጋጌታትን ይሕትም፣ የሰራጩ፣
11. ናይ ክልሉ ናይ ሬዲዮ ቴሌቪዥንን ፕሬስን ግልጋሎት ዝስፋሕፋሓሉ ኩነታት የመቻቹ፣
12. ብክልል መንግስቲ ዝጣየሹ ናይ ዜና ማዕኸናት የደራጁ ይመርሕ፣
13. ካብ ክልል ናብ ማእኸል ካብ ማእኸል ናብ ክልል ኣብ ዝግበሩ ናይ ኢንፎርሜሽን ዜናን ናይ ፕሮግራም ልውውጥ ኣድላዩ ዝኾነ ትሕብብር ይገብር፣
14. ስርጭቶም ኣብ ክልል ውሽጢ ንዝኾነ ጋዜጣታት መፅሄታትን ንዝሕተሙ ሰባት ወይከዓ ድርጅታት ፍቓድ ይህብ፣
15. ኣብ ክልል ውሽጢ ኣብ ዝኮነ ሰብ፣ ማሕበር ወይ ከዓ ናይ ሃይማኖት ድርጅት ወይከዓ ትካል ኢድ ዝርከቡ ቅርሲታት ብዝግባእ ንክትሓዙ ፃዕሪ ይገብር፣
16. ናይ ክልል ኣብያተ ፊልሚን ቲያትርን ንክስፋሕፍሑ ይገብር ንዘስፋሕፍሑ ሰባት ወይከዓ ማሕበራት ኣድላይ ድጋፍ ይህብ፣
17. ናይ'ቲ ክልል ህዝቢ ታሪክን ባህሊን ተመዝጊቡ ንክትሓዝ ቋንቋኦም ንከዕንዑን

3. ኪነ ጥበብ ያስፋፋል፣ በዚህ መልክ የሚያስፈልግ ሞያ ያሰለጥናል፣ ያደራጃል
4. በክልሉ የሚገኙ ቤተ መፃህፍት፣ ቤተመዛግብትና ሙዝየሞች እንዲስፋፉ ያደርጋል፣ ያስተዳድራል፣ ያደራጃል፣ ይቆጣጠራል፣
5. በክልሉ የሚገኙ የታሪክ፣ የሃይማኖት፣ የባህልና የተፈጥሮ መስህቦችን ያስተዋውቃል፣ ቱሪዝም የሚስፋፋበትንና የሚያድግበትን መንገድ ይቀይሳል
6. በክልሉ የቱሪስት አገልግሎት ሰጪ ተቋሞች ፍቃድ ይሰጣል፣ ይቆጣጠራል፣
7. በቱሪስት አገልግሎት ሰጪ ተቋሞች ስራ የሚሰማሩ ኢንቨስተሮች ያበረታታል፣ ይቆጣጠራል፣ ያስተባብራል፣
8. የክልሉ ህዝብ ፖለቲካዊ ኢኮኖሚያዊና ማሕበራዊ ጉዳዮች እንዲሁም በአገሪቱ የሚደረጉ አበይት እንቅስቃሴዎች በዜና ማሰራጫዎች ያሰራጫል፣
9. ቱሪዝም ፣ ባህልና ማስታወቂያ በሚመለከት ስታትስቲካዊ መረጃዎችን ይሰበስባል፣ ይተነትናል፣ ያደራጃል፣ ይበትናል፣
10. የክልሉ መንግስት አዋጆች፣ ደንቦችና ድንጋጌዎች ያሳትማል፣ ያሰራጫል፣
11. የክልሉ የሬድዮ፣ የቴሌቪዥንና የፕሬስ አገልግሎቶች የሚስፋፉበትን ሁኔታ ያመቻቻል፣
12. በክልሉ መንግስት የሚቋቋሙ የዜና ማሰራጫዎች ያደራጃል፣ ይመራል፣
13. ከክልል ወደ ማዕከል፣ ከማዕከል ወደ ክልል የሚደረጉ የኢንፎርሜሽንና የዜና እና ፕሮግራም ልውውጥ አስፈላጊ የሆነ ትብብር ያደርጋል፣
14. ስርጭታቸው በክልሉ ውስጥ የሆኑ ጋዜጦችና መፅሄቶች ለሚያሳትሙ ሰዎች ወይም ድርጅቶች ፍቃድ ይሰጣል፣
15. በክልሉ ውስጥ በማንኛውም ሰው፣ ማሕበር ወይም ሃይማኖት ድርጅት ወይም ድርጅት እጅ የሚገኙ ቅርሶችን በሚገባ እንዲያዙ ጥረት ያደርጋል፣
16. በክልሉ ፊልም ቤቶችና ቲያትር ቤቶች እንዲስፋፉ ያደርጋል፣ ለሚያስፋፉት ሰዎች ወይም ማህበሮች አስፈላጊ ድጋፍ ይሰጣል፣
17. የክልሉ የህዝብ ታሪክና ባህል ተመዝግቦ እንዲያዝ፣ ቋንቋቸውን እንዲያጠኑ እና ስነ

www.abyssinialaw.com

ስነ ፅሑፎም'ውን ንክምዕብልን ንክስፋሕፋሕን ይገብር፣

**21 ቢሮ ፍትሒ**

ቢሮ ፍትሒ እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልዉዎ፦

1. ኣብ'ቲ ክልል ውሽጢ ብኩሎም መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን ትካላት ከምኡ'ውን ማሕበራትን ውልቀ ሰባትን ሕጊታት ምኽባሮም የረጋግፅ፣
2. ናይ ክልል ኣብያተ ፍርዲ ስልጣን ኣብ ዝኾኑ ናይ ገበን ዋኒናት ይከራኸር፣
3. ናይ ክልል መንግስቲ መሰልን ጥቅምን ንምኽባር ኣብ ዝኾነ ይኹን ዳይነት ሰማዒ ኣካል ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ወይ ኣካል ክሲ ይምስርት፣ ክሲ ንክምስረት ይገብር ወይ ጣልቃ ብምእታው ይከራኸር ከምነገሩ ኩነታት ተኸላኻሊ ኮይኑ ይቐርብ፣
4. ናይ ገበን ምርመራ ክፍሊታት ስራሕቶም ብመሰረት ሕጊ ምፍፃሞም የረጋግፅ፣
5. ናይ እሱራት ምምሕዳርን ዝተኣሰርሉ ኩነታት ሕጋዊነትን ይከታተል፣ ሕጋዊ መሰሎም ዝተሓለወ ምዃኑ የረጋግፅ፣ ከምኡ'ውን ብዘይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ዝተትሓዙ ሰባት ናብ ቤት ፍርዲ ንኽቀርቡ ይገብር፣
6. ኣብ ቤት ህንፀት ናይ ሕጊ ተሃነፅቲ ምምሕዳርን ናይ ፍርዲ ኣፈፃፅማን ብመሰረት ሕጊ ክፍፀም ይገብር፣ ኣካላዊን ስነ ኣእምሮኣዊን ህንፀት ረኺቦም ናብ ሕ/ሰብ ዝምለስሉ ኩነታት የመቻችው፣
7. ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ብገበን ከቢድ ጉድኣት በፂሑዎም ንምክርኻር ዓቕሚ ዘይብሎም ውልቀ ሰባት መሰሎምን ጥቅምን ንምኽባር ኣብ ፍትሃብሄር ጉዳይ ጣልቃ ብምእታው ይከራኸር
8. ብሕጊ መዳይ ናይቲ ክልል መንግስቲ ይውክል፣ ናይ ሕጊ መማኸሪ ኮይኑ ይሰርሕ፣
9. በቲ ናይ ክልል መንግስቲ ሕቶ እንትቐርበሉ ረቂቅ ሕጊ የዳሉ፣
10. ኣብ'ቲ ክልል ዘለዉ ኣብያተ ፍርዲ ዳያኑ፣ ዓቀብቲ ሕጊ፣ ፖሊስን ካልኦት ናይ ሕጊ ሰብ ሞያን ናይ ስልጠና ፕሮግራማት የዳሉ፣ ይመርሕ፣

ፅሑፋቸውንም እንዲያድግና እንዲስፋፋ ያደርጋል፣

**21 የፍትሕ ቢሮ**

የፍትሕ ቢሮ የሚከተሉትን ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፦

1. በክልሉ ውስጥ በሁሉም መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ ድርጅቶች እንዲሁም ማሕበሮችና ግለሰቦች ሕጎች መከበራቸውን ያረጋግጣል፣
2. የክልሉ ፍርድ ቤቶች ስልጣን በሆኑ የወንጀል ጉዳዮች ይከራከራል፣
3. የክልሉን መንግስት መብትና ጥቅም ለማስከበር በማንኛውም የዳኝነት አካል በማንኛውም ሰው ወይም አካል ላይ ክስ ይመሰርታል፣ ክስ እንዲመሰረት ያደርጋል፣ ወይም ጣልቃ በመግባት ይከራከራል፣ እንደነገሩ ሁኔታ ተከላካይ ሆኖ ይቀርባል፣
4. የወንጀል ምርመራ ክፍሎች ስራቸውን በሕግ መሰረት መፈፀማቸውን ያረጋግጣል፣
5. የእስረኞች አስተዳደርና የታሰሩበት ሁኔታ ሕጋዊነት ይከታተላል፣ ሕጋዊ መብታቸው የተጠበቀ መሆኑን ያረጋግጣል፣ እንዲሁም ካለ ፍርድ ቤት ትእዛዝ የተያዙ ሰዎች ወደ ፍርድ ቤት እንዲቀርቡ ያደርጋል፣
6. በማረሚያ ቤት የሚገኙ የሕግ ታራሚዎች አስተዳደር እና የፍርድ አፈፃፀም በሕግ መሰረት እንዲፈፀም ያደርጋል፣ አካላዊና ስነ አእምሮኣዊ ህንፀት አግኝተው ወደ ሕብረተሰቡ የሚመለሱበትን ሁኔታ ያመቻቻል፣
7. አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ በወንጀል ከፍተኛ ጉዳት ደርሶባቸው ለመከራከር አቅም የሌላቸው ግለሰቦች መብታቸውንና ጥቅማቸውን ለማስከበር በፍታብሄር ጉዳይ ጣልቃ በመግባት ይከራከራል፣
8. በሕግ ጉዳይ የክልሉን መንግስት ይወክላል፣ የሕግ አማካሪ ሆኖ ይሰራል፣
9. በክልሉ መንግስት ጥያቄ ሲቀርብለት ረቂቅ ሕግ ያዘጋጃል፣
10. በክልሉ ውስጥ ያሉ የፍርድ ቤት ዳኞች፣ ዓቃቤ ሕጎች፣ ፖሊሶችና ሌሎች የሕግ ባለሞያዎች የስልጠና ፕሮግራሞች ያዘጋጃል፣ ይመራል፣

11.ናይ'ቲ ክልል ሕ/ሰብ ፍልጠት ሕጊ ንምምዕባል ብዝተፈላለዩ መንገዲታት ናይ ሕጊ ትምህርቲ ይህብ

12.ብማእኸላይ መንግስቲ ዝወፁ ሕግታት በቲ ብሄራዊ ክልል መንግስቲ ናይ ስራሕ ቋንቋ ክትርጎሙ ይገብር፣ ንገበን ምክልኻል ዝሕግዙ መፅናዕቲታት የካይድ፣

13.ክሳብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ምክርኻር ንዝኽእሉ ጠበቓታት ብሕጊ መሰረት ፍቓድ ይህብ፣ ይቆፃፀር፣

14.ናይ ውዕሊ መረዳእታን ምዝገባ ስራሕቲ ይሰርሕ ዕላምኦን ንትርፊ ዘይኮና ኣብ'ቲ ክልል ውሽጢ ዝንቀሳቀሳ ማሕበራት ፍቓድ ይህብ፣ ይቆፃፀር፣

15.ገበን ንከይፍፀም ይከላኸል፣ ይከታተል፣ ይቆፃፀር ተፈፂሞም እንትርከቡ ተፃረዩም ንዝምልከቶ ኣካል ንክቀርቡ ይገብር፣

16.ውሳነታትን ትእዛዝን ቤት ፍርዲ ተቐቢሉ ኣብ ተግባር የውዕል፣

17.ናይ መንገዲ መጓዓዝያታት ሕጊታት ምትግባሮም ይቆፃፀር፣ ክኽበሩ ይገብር፣ ተጣሒሶም እንትርከቡ ኣፃርዩ ናብ ዝምልከቶ የቕርብ፣

18.ዘይሕጋዊ ሰልፊታትን ናይ ፖለቲካ ኣኼባታትን ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣ ሕጋዊ ሰልፊታትን ናይ ፖለቲካ ኣኼባታትን ስርዓት የኽብር ድሕንነቶም ክሕሉ ይገብር፣

19.ብሰንኪ ተፈጥሮን ሰብን ዝበፅሑ ሃንደበታዊ ሓደጋታት እንተጋጥም ምስ ህዝቢን ዝምልከቶም ኣካላትን ብምትሕብባር ኣድላይ ስጉምቲ ይወስድ፣

20.ህዝቢ ሰላም ክረክብን ናይ ባዕሉ ድሕንነት ክሕሉን ገበን ኣብ ምክልኻል ይኹን ናይ ገበን ተጠርጠርቲ ኣብ ምቅላዕ ብናይ ህዝቢ ተሳትፎ ክረጋገፅ የለዓዕል፣ ኣተሓባቢሩ የፈፅም፣

21.ኣብ ውሽጢ ክልል ንዝርከቡ ናይ ውልቂ ዕጡቓት ዕጥቂ ዓይነቶም ፈልዩ ይምዝግብ፣ ብሕጊ መሰረት ናይ ዕጥቂ ፈቓድ ይህብ ፣ ዘይሕጋዊ ዕጡቓት ይቆፃፀር፣

22.ምስ ፍትሒ ሚንስቴርን ካልኦትን ኣድላይ ኣብ ዝኾነ ናይ ሓባር ጉዳያት ይተሓባበር፣

23.ስራሕቲ ንምፍፃምን ሰራሕተኛታት

11.የክልሉ ሕብረተሰብ የሕግ እውቀት ለማዳበር በተለያዩ መንገዶች የሕግ ትምህርት ይሰጣል፣

12.በማእከላዊ መንግስት የወጡ ሕጎች በክልሉ ብሄራዊ መንግስት የስራ ቋንቋ እንዲተረጎሙ ያደርጋል፣ ለወንጀል መከላከል የሚያግዙ ጥናቶች ያካሂዳል፣

13.እስከ የትግራይ ክልል ጠቅላይ ፍርድ ቤት መከራከር ለሚችሉ ጠበቃዎች በሕግ መሰረት ፍቃድ ይሰጣል፣ ይቆጣጠራል፣

14.የውል ማስረጃ ምዝገባ ስራዎች ይሰራል፣ አላማቸው ለትርፍ ያልሆነ በክልሉ ውስጥ የሚንቀሳቀሱ ማሕበራት ፍቃድ ይሰጣል፣ ይቆጣጠራል፣

15.ወንጀሎች እንዳይፈፀሙ ይከላከላል፣ ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፤ ተፈፅመው ሲገኙ ተጣርተው ለሚመለከታቸው አካሎች እንዲቀርቡ ያደርጋል፣

16. የፍርድ ቤት ውሳኔዎች እና ትእዛዞች ተቀብሎ በተግባር ያውላል፣

17.የመንገድ ትራንስፖርት ሕጎች መተግበራቸውን ይቆጣጠራል፣ እንዲከበሩ ያደርጋል፣ ተጥሰው ሲገኙ አጣርቶ ለሚመለከተው ያቀርባል፣

18.ሕጋዊ ያልሆኑ ሰልፎችንና የፖለቲካ ስብሰባዎችን ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፤ ሕጋዊ ሰልፎችንና የፖለቲካ ስብሰባዎች ስርዓት ያስከብራል፣ ደሕንነታቸው እንዲጠበቅ ያደርጋል፣

19.በተፈጥሮና በሰው ሰራሽ ምክንያት የሚደርሱ ድንገተኛ አደጋዎች ሲያጋጥሙ ከህዝብና ከሚመለከታቸው አካላት በመተባበር አስፈላጊ እርምጃ ይወስዳል፣

20.ህዝቡ ሰላም እንዲያገኝና የራሱን ደህንነት እንዲጠበቅ ወንጀል በመከላከል ይሁን የወንጀል ተጠርጣሪዎች በማጋለጥ በህዝብ ተሳትፎ እንዲረጋገጥ ያነሳሳል፣ አስተባብሮ ይፈፅማል

21.በክልሉ ውስጥ የሚገኙ የግል ታጣቂዎች የትጥቅ ዓይነታቸውን ለይቶ ይመዘግባል ፣ በህግ መሰረት የትጥቅ ፈቃድ ይሰጣል፣ ሕጋዊ ያልሆኑ ትጥቆችን ይቆጣጠራል፣

22.ከፍትሕ ሚኒስቴርና ከሌሎች ጋር አስፈላጊ በሆኑ የጋራ ጉዳዮች ይተባበራል፣

23.ስራዎቹን ለመፈፀምና ሰራተኞችን

ንምምሕዳር ዘድሊ ውሽጢ ደንቢ የውፅእ፣ የተግብር፣

24. ናይ መርዓ ናይ ልደትን ናይ ሞትን ምዝገባ ናይ መንነት መለለይ ኣወሃህባ ንቅድሚት ብዝወፅእ መምርሒ መሰረት የካይድ፣ ኣብ ተግባር ምውዓሎም ይከታተል ይቆፃፀር።

## ክፍሊ ኣርባዕተ
## ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

### 22 ብዛዕባ ዝተሰዓሩ ሕጊታት

ብዛዕባ ምቋም ቢሮታት ብሄራዊ ክልላዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 5/1985 በዚ ኣዋጅ እዚ ተሳዒሩ ኣሎ።

### 23 እዚ ኣዋጅ'ዚ ዝፀንዐሉ እዋን፣

እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ነጋሪት ጋዜጣ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

መስከረም 1988

ገብሩ አስራት
ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ
ክልል ትግራይ

ለማስተዳደር ውስጥ ደንብ ያወጣል፣ ይተገብራል፣

24.የሰርግ፣ የልደት፣ የሞት ምዝገባና የማንነት መታወቂያ አሰጣጥ ወደፊት በሚወጣ መመሪያ መሰረት ያካሂዳል በተግባር መዋላቸውን ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል።

## ክፍል አራት
## ልዩ ልዩ ድንጋጌዎች

### 22 የተሻሩ ሕጎች፦

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መስተዳደር ቢሮዎች ለማቋቋም የወጣ አዋጅ ቁጥር 5/1985 በዚህ አዋጅ ተሽሯል።

### 23 ይህ አዋጅ የሚጸናበት ጊዜ፦

ይህ አዋጅ በትግራይ ብሄራዊ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይኖናል።

መስከረም 1988

ገብሩ አስራት
የትግራይ ብሄራዊ ክልል
ርእሰ መስተዳድር

www.abyssinialaw.com

1ይ ዓመት ቁፅሪ 10
1ኛ ዓመት ቁጥር 10

መስከረም 1988

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ናይ ሓደ ዋጋ 2.2 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቁፅሪ 10/1988
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 10/1988
ገጽ 1

## ኣዋጅ ቑፅሪ 10/1988 ዓ/ም
## ወረዳታት ብሄራዊ ክልል ትግራይ ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ

ኣብ ክልልና ቅድም ክብል ዝነበረ ኣወዳድባ ወረዳታት ዝተበጣጠሰ ንልምዓትን ዕብየትን ብዘይምችው መንገዲ ዝተሓንፀፀ ስለዝነበረ፣ ካብ'ዚ ብምብጋስ ወረዳታት ነቲ ተሓንፂፁ ዘሎ ገጠርን ገባርን ማእኸል ዝገበረ ኣንፈት ምዕባለ ንምትግባር ዘኽእል ዓቅሚ ብዝፈጥር መንገዲ ምጥያሽ ኣድላይ ኾይኑ ስለዝተረኸበ፣ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ኣብ ዘካየዶ ቀዳማይ ስሩዕ ጉባኤ ቅድም ክብል ዝነበረ በዝሒ ወረዳታት ከምብሓዱሽ ተወዲቡ ናብ ሰላሳን ሓሙሽተን ትሕት ክብል ዝወሰነ ብምኻኑ፣

ሕገ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1 መሰረት እዚ ዝስዕብ ተኣዊጁ ኣሎ።

### ዓንቀፅ 1

እዚ ኣዋጅ "ወረዳታት ብሄራዊ ክልል ትግራይ ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 10/1988" ተባሂሉ ክፅዋዕ ይከኣል።

### ዓንቀፅ 2

**ብዛዕባ ምቛም ወረዳታት፦**

1. ብሄራዊ ክልል ትግራይ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 45/1 ብዞባ ፣ ብወረዳን ብጣብያን(ቀበሌ) ዝተወደበ እዩ፦
2. በዚ መሰረት ኣብ'ዚ ክልል ውሽጢ ዝህልዋ ወረዳታት በዝሒ ሰላሳን ሓሙሽተን ኾይኑ በዚ ሕጊ ቆይመን ኣለዋ፣
3. ናይ ሕድሕድ ወረዳ ስያመ ብሕድሕድ ቤት

## አዋጅ ቁጥር 10/1988 ዓ/ም
## የትግራይ ብሄራዊ ክልል ወረዳዎች ለማቋቋም የወጣ አዋጅ

ቀደም ሲል በክልላችን የነበረው የወረዳዎች አወቃቀር የተበጣጠሰና ለልማትና ለዕድገት በማይመች መንገድ የተካሄደ ስለነበር ፣ ከዚህ ሁኔታ በመነሳት ገጠርና አርሶአደሩን ማእከል ያደረገውን የልማት አቅጣጫ ለመተግበር ዓቅም በሚያስገኝ መንገድ ወረዳዎች እንዲዋቀሩ አስፈላጊ ሆኖ ስለተገኘ፣ የትግራይ ክልል ምክር ቤት ባካሄደው አንደኛ መደበኛ ጉባኤ ቀደም ሲል የነበረውን የወረዳዎች ብዛት እንደገና ተዋቅረው ቁጥራቸው ወደ ሰላሳ አምስት እንዲወርድ የወሰነ በመሆኑ፣

በትግራይ ክልል ሕገ መንግስት አንቀፅ 49/3/1 መሰረት የሚከተለው ታውጇል፦

### ዓንቀጽ 1

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልል ወረዳዎችን ለማቋቋም የወጣ አዋጅ ቁጥር 10/1988" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

### ዓንቀጽ 2

**ወረዳዎች ስለማቋቋም፣**

1. የትግራይ ብሄራዊ ክልል፣ የትግራይ ክልል ሕገ መንግስት ዓንቀጽ 45/1/ መሰረት በዞን፣ በወረዳ፣ በጣብያ(ቀበሌ) የተዋቀረ ነው፣
2. በዚህ መሰረት በክልሉ የወረዳዎች ብዛት ሰላሳ አምስት ሆኖ በዚህ አዋጅ ተቋቁመዋል፣
3. የያንዳንዱ ወረዳ ስያሜ በወረዳው ምክር

ምኽሪ ወረዳታት ዝውሰን ይኸውን

ዓንቀፅ 3

**ሕጋዊ ሰብነትን**

1. ላዕለዋይ ስልጣን ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ከምዘሎ ኾይኑ ሕድሕድ ወረዳ ናይ ባዕሉ ስልጣንን ሕጋዊ ሰብነት ኣለዎ፣
2. ስልጣን ሕድሕድ ወረዳ ኣብ ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 77 ዝተመልከተ ይኸውን

ዓንቀፅ 4

**መሓውር ምምሕዳር ወረዳ**

ምምሕዳር ወረዳ እዞም ስዒቦም ዝተዘርዘሩ መሓውራት ይህልዉዎ፣

1. ቤት ምኽሪ ወረዳ፣
2. ወረዳ ስራሕ መፈፀሚ ኮሚቴ፣
3. ናይ ዳይነት ኣካላት፣
4. ወረዳ ፍትሒ ቤት ፅሕፈት፣
5. ናይ ወረዳ ኢኮኖሚያዊ ማሕበራዊ ልምዓትን ኣብያተ ፅሕፈትን ፣

ዓንቀፅ 5

**ምቛም ወረዳታት**

ኣብ ዓንቀፅ 2/3 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኾይኑ ምስዚ ኣዋጅ ተታሓሒዙ ኣብ ዘሎ ሰደቓ ተዘርዚረን ዘለዋ ኸባቢታት ኣብ ትሕቲ ሕድሕድ ወረዳ ተወዲበን ቆይመን ኣለዋ።

ዓንቀፅ 6

**ብዛዕባ ማእኸል ወረዳታት፣**

1. ናይዘን ወረዳታት ማእኸል ሕድሕድ ኣብያተ ምኽሪ ወረዳ ብዝወሰኑዎ መሰረት ዝውሰን ይኸውን ፣
2. ቅድም ክብል ብዝነበረ ናይ ወረዳታት ኣወዳድባ መሰረት ቆይሞም ይሰርሑ ዝነበሩ ኣብያተ ፍርዲ፣ ዓቃቢ ሕጊ፣ ፖሊስ፣ ክፍሊ ጥዕናን ክፍሊ ትምህርቲ፣ ናይ ሕርሻ ኤክስተንሽን ቅድም ክብል ይህብዎ ዝነበሩ ግልጋሎት በዚ ሓዱሽ ኣወዳድባ ኣይቋረፅን፣
3. ብመዳይ ስልጣን ኣብያተ ፍርዲን ዓቃቢ ሕጊ ናብ ዝተፈላለየ ወረደታት ኣብ ዝተመቓቐላ ኸባቢታት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲን ቢሮ ፍትሒን ብሄራዊ ክልል ትግራይ ብዘውፅእዎ መምርሒ መሰረት ይፍፀም።

ዓንቀፅ 7

**እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ጊዜን**

ቤት የሚወሰን ይሆናል።

ዓንቀጽ 3

**ሕጋዊ ሰውነት፥**

1. የትግራይ ብሔራዊ ክልል ምክር ቤት የበላይ ስልጣን እንዳለ ሆኖ፥ እያንዳንዱ ወረዳ የራሱ ስልጣንና ሕጋዊ ሰውነት አለው፣
2. የያንዳንዱ ወረዳ ሥልጣን ፣ በትግራይ ብሔራዊ ክልል ሕገ መንግስት ዓንቀጽ 77 የተመለከተው ይሆናል።

ዓንቀጽ 4

**የወረዳ መስተዳድር መዋቅር፥**

የወረዳ መስተዳድር ቀጥለው የተዘረዘሩትን መዋቅሮች ይኖሩታል፦

1. የወረዳ ምክር ቤት፣
2. የወረዳ ሥራ አስፈፃሚ ኮሚቴ፣
3. የዳኝነት አካል፣
4. የወረዳ ፍትሕ ጽሕፈት ቤት፣
5. የወረዳ የኢኮኖሚና የልማት ጽሕፈት ቤቶች፣

ዓንቀፅ 5

**ወረዳዎች ስለ ማቋቋም፥**

በዓንቀጽ 2/3/ የተደነገገው እንዳለ ሆኖ ከዚህ አዋጅ ጋር ተያይዞ በቀረበው ሰንጠረዥ ያሉትን አከባቢዎች በያንዳንዱ ወረዳ ስር ተዋቅረው ተቋቁመዋል።

ዓንቀጽ 6

**ስለ ወረዳዎች ማእከል፥**

1. የያንዳንዱ ወረዳ ማእከል፣ የወረዳው ምክር ቤት በሚወስነው መሰረት የሚወሰን ይሆናል፥
2. ቀደም ሲል በነበረው የወረዳዎች አወቃቀር መሰረት ተቋቅመው ይሰሩ የነበሩት ፍርድ ቤቶች፣ ዓቃቤ ሕግ፣ ፖሊስ የጤናና የትምህርት ክፈሎች የእርሻ ኤክስተንሽን ቀደም ሲል ይሰጡት የነበረውን አገልግሎት በአዲሱ አወቃቀር አይቋረጥም፣
3. የፍርድ ቤቶችንና የዓቃቤ ሕግ ስልጣን በተመለከተ በተለያዩ ወረዳዎች የተከፋፈሉ አከባቢዎች በተመለከተ የትግራይ ብሔራዊ ክልል ጠቅላይ ፍርድ ቤትና የፍትሕ ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ መሰረት ይፈፅማል።

ዓንቀጽ 7

**ይህ አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ፥**

እዚ ኣዋጅ ኣብ ነጋሪት ጋዜጣ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

መስከረም 1988
ገብሩ አስራት
ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ
ክልል ትግራይ

ይህ አዋጅ በትግራይ ብሔራዊ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል።

መስከረም 1988
ገብሩ አስራት
የትግራይ ብሔራዊ ክልል
ርዕሰ መስተዳድር

www.abyssinialaw.com

| ተ.ቁ | ጊዚያዊ መፀውዒ ሓዱሽ ወረዳ | ኣብ ሕድሕድ ሓዱሽ ወረዳ ዝተመደቡ ነባር ወረዳታትን ጣብያታትን |
|---|---|---|
| 1 | መደባይ ዛና | 1. ላዕላይ ቆራሮ(ሰለኸለኻ)<br>2. ዛና<br>3. 3 ጣብያታት ናይ መዳባይ ንሳቶም'ውን 3.1 ኩለፈርሓ 3.2 ነፋሲት 3.3 ማይቡር |
| 2 | ታሕታይ ቆራሮ | 1. ታሕታይ ቆራሮ<br>2. ከተማ እንዳስላሴ<br>3. ናይ መደባይ ክልተ ጣብያታት ንሳቶም'ውን 3.1 ሰመማ 3.2 ሰቐለ<br>4. ናይ ኣስገደ ሓደ ጣብያ 4.1 ዓዲ ገባሮ |
| 3 | ኣስገደ ፅምብላ | 1. ኣስገደ<br>2. ፅምብላ |
| 4 | ላዕላይ ኣድያቦ | 1. ዓዲ ዳዕሮ<br>2. ዓዲነብሪ ኢ.ድ<br>3. ናይ ኣስገደ ሰለስተ ጣብያታት ንሳቶም'ውን 3.1 ዘላዝለ 3.2 ፅሓዬ 3.3 ስምረት<br>4. ናይ መደባይ ኣርባዕተ ጣብያታት ንሳቶም'ውን 4.1 ጠረር 4.2 ዓዲ ሚሊየን 4.3 ፅጉብ 4.4 ውህደት |
| 5 | ታሕታይ ኣድያቦ | 1. ሽራሮ<br>2. ባድመ<br>3. ዓዲ ሃገራይ<br>4. ዓዲ ኣውዓላ |
| 6 | ፀለምቲ | 1. ማይፀብሪ<br>2. ዲማ |
| 7 | ቃፍታ ሑመራ | 1. ቃፍታ<br>2. ሑመራ |
| 8 | ወልቃይት | 1. ዓዲረመፅ<br>2. ኣውራ<br>3. መዘጋ |
| 9 | ፀገዴ | 1. ፀገዴ<br>2. ናይ ዓዲረመፅ ሓደ ጣብያ ንሱ'ውን 2.1 ወለል |
| 10 | እንትጮ | 1. እንትጮ<br>2. እገላ<br>3. ዓዲኣሕፈሮም<br>4. ሓሓይለ<br>5. ካብ እምባስነይቲ 5ተ ጣብያታት ንሳቶም ውን 5.1 ኩዶ 5.2 ፀሓን 5.3 ምሽግ 5.4 ምቅማጥኩም 5.5 ማይፃዕዳ |
| 11 | ወርዒ ለኸ | 1. ማይቅነጣል<br>2. እንዳባ ፃሕማ<br>3. እምባሰነይቲ<br>4. ካብ ሓሓይለ ሰለስተ ጣብያታት ንሳቶም'ውን 4.1 ቆላገብለን 4.2 ሓዱሽ ዓዲ 4.3 ኣራሮ |
| 12 | ዓድዋ | 1. ዓድዋ ከተማ<br>2. ገጠር ዓድዋ<br>3. ዓዲ ኣቡን |
| 13 | መረብለኸ | 1. ዓዲ ኣርባዕተ<br>2. ኣሕሰኣ |

www.abyssinialaw.com

| ተ.ቁ | ጊዚያዊ መፀውዒ ሓዱሽ ወረዳ | ኣብ ሕድሕድ ሓዱሽ ወረዳ ዝተመደቡ ነባር ወረዳታትን ጣብያታትን |
|---|---|---|
| | | 3. ካብ ጭላ ሸውዓተ ጣብያታት ንሳቶም'ውን 3.1 ዓዲ ሽምብሩ 3.2 ጠራወር 3.3 ዓዲ ገባት 3.4 ወረራ 3.5 ኣሳይመ 3.6 ዓዲቢሉወ 3.7 ዓዲ ኢሌኒ |
| 14 | ላዕላይ ማይጨው | 1. ከተማ ኣኽሱም<br>2. ላዕላይ ማይጨው<br>3. ካብ ናዕዴር ሸዱሽተ ጣብያታት ንሳቶም ውን 3.1 ገርግራ 3.2 ማሕበረ ደጉ 3.3 ዓዲፃሓሉ 3.4 ሓዱሽ ዓዲ 3.5 ኣውሌዖ 3.6 ናትካብላዕ |
| 15 | ናዕዴር ዓዴት | 1. ዓዴት<br>2. ናዕዴር ዝተረፉ 12ተ ጣብያታት ንሳቶም'ውን 2.1 መታኽሉ 2.2 ማይጥምቀት 2.3 ኣበባ ዮሃንስ 2.4 ዕዳጋ ለምለም 2.5 ክሳድ ገባ 2.6 ሰረሕኻ ብላዕ 2.7 ኣድረብ 2.8 ተረገይ 2.9 ዳዕሮ 2.10 ዓዲላቭየን 2.11 ዓዲሰራዋ 2.12 ዓዲጉምቢ |
| 16 | ታሕተዋይ ማይጨው | 1. እንዳማርያም<br>2. ካብ ጭላ ኣርባዕተ ጣብያታት ንሳቶም'ውን 2.1 ሽግና 2.2 ኣውልዕ 2.3 ኣሸብር 2.4 ሞላ |
| 17 | ቆላ ተምቤን | 1. ከተማ ዓብይዓዲ<br>2. ኣምበራመጠቓ<br>3. ቀይሕ ተኽሊ<br>4. ካብ ጣንቋምላሽ ሰለስተ ጣቢያታት ንሰን'ውን 4.1 በጋሻ 4.2 ዝባን ገበል 4.3 ዓዲኣስሚዐን |
| 18 | ደጉዓ ተምቤን | 1. ደጉዓ ተምቤን<br>2. ካብ እንደርታ ሓሙሽተ ጣብያታት ንሳቶም'ውን 2.1 ዓዲ ሚዛን 2.2 ኣማኒት 2.3 ደበረ ናዝሬት 2.4 ዓዲ ኣዝመራ 2.5 ደብረብርሃን<br>3. ካብ ደጉዓ ገረዓልታ ዓሰርተ ጣብያታት ንሳቶም'ውን 3.1 ቀልቀላ 3.2 ዓዲ ዋላካ 3.3 ዓረባይ 3.4 ዓዲ ዓንዳይ 3.5 ሃላ 3.6 ኣዛፍ 3.7 ዓዲለሳ 3.8 ሓድነት 3.9 ምፅላል ኣፍራስ 3.10 ትኹል ምሕር<br>4. ካብ ቀይሕ ተኽሊ ሓደ ጣብያ 4.1 ዛላ<br>5. ካብ ጣንቋ ምላሽ ሰለስተ ጣብያ 5.1 ስምረት 5.2 ምናጭቀ 5.3 ሚዛን |
| 19 | ኣበርገለ | 1. ኣበርገለ<br>2. ካብ ጣንቋ ዓሰርተ ጣብያታት 2.1 ሰየምትረባ 2.2 ኣግበ 2.3 ሓዱሽ ተኽሊ 2.4 ሸኽ ፍቑር 2.5 ጣጌት 2.6 ሳምባ 2.7 ጣሽማኑ 2.8 ቀዌላ 2.9 ዓዲምለላ 2.10 ኣብያኦ |
| 20 | ውቅሮ | 1. ከተማ ውቅሮ<br>2. ዕራእ<br>3. ካብ ደጉዓ ገርዓልታ 9ተ ጣብያታት ንሳቶም'ውን 3.1 ዕጌረዳ 3.2 ደብረብርሃን 3.3 ፃወሩት 3.4 ደብረመዓር 3.5 ዓብይ ዓዲ 3.6 ማይዳዕሮ 3.7 ዛዕና 3.8 ኣውልዖ 3.9 በዓቲ ዓኾር |
| 21 | ኣፅቢ ወንበርታ | 1. ኣፅቢ<br>2. ወንበርታ<br>3. ካብ ፃዕዳእምባ ሓደ ጣብያ 3.1 ሓዌለ |
| 22 | ሳዕሲዕ ፃዕዳ እምባ | 1. ሳዕሲዕ<br>2. ፃዕዳ እምባ<br>3. ካብ ክልተ በለሳ ሓደ ጣብያ 3.1 ጠመተ |
| 23 | ጉሎ መኸዳ | 1. ጉሎ መኸዳ<br>2. ኣሰፈሰበያ<br>3. ካብ ብዘት ኣርባዕተ ጣብያታት ንሳቶም'ውን 3.1 መዛብርዶም 3.2 መረታ 3.3 ሰርጉ 3.4 መደባይ<br>4. ካብ ጋንታኣፈሹም ሸውዓተ ጣብያታት 4.1 ዓዲደቃሕርሲ 4.2 ዕገምድረባ 4.3 ቀርሰበር 4.4 ባዕኹለ 4.5 ማይፃዕዳ 4.6 ሰደይቶ 4.7 ታሕታይ ፋባ |
| 24 | ጋንታ ኣፈሹም | 1. ከተማ ዓዲግራት<br>2. ዝተረፉ ናይ ጋንታ አፈሹም ዒስራን ሓሙሽተን ጣብያታት |

www.abyssinialaw.com

| ተ.ቁ | ጊዚያዊ መፀውዒ ሓዱሽ ወረዳ | ኣብ ሕድሕድ ሓዱሽ ወረዳ ዝተመደቡ ነባር ወረዳታትን ጣብያታትን |
|---|---|---|
| | | 3. ካብ ዓዲ ኣሕፈሮም ክልተ ጣብያታት ንሳቶም'ውን 3.1 ሓጓ 3.2 ኣረጋ<br>4. ካብ ንጉለመኸዳ ዝኸዳ ዝተረፉ ናይ ብዘት ጣብያታት |
| 25 | ሓውዜን | 1. ክልተ በለሳ<br>2. ቆላ ገርዓልታ<br>3. ካብ ደጉዓ ገርዓልታ ሓደ ጣብያ 3.1 ዓበል |
| 26 | ኢሮብ | 1. ኢሮብ |
| 27 | ኣላማጣ | 1. ኣላማጣ<br>2. ካብ ኣፍላ ኣርባዕተ ጣብያታት ንሳቶም'ውን 2.1 ፀፀራ 2.2 ኣቓጅራ 2.3 መረዋ 2.4 መረሽማን |
| 28 | ኣፍላ | 1. ኣፍላ/ዝተረፉ ጣብያታት/<br>2. ማይማዕዶ/ዝተረፉ ጣብያታት/ |
| 29 | ራያ ዓዘቦ | 1. መኾኒ<br>2. ጨርጨር |
| 30 | እንዳመኾኒ | 1. ከተማ ማይጨው<br>2. እንዳመኾኒ<br>3. ነቅሰገ<br>4. ካብ ማይማዕዶ ክልተ ጣብያታት 4.1 ዓረና 4.2 ውህደት<br>5. ካብ ቦራ ሓደ ጣብያ 5.1 ቃንፋ |
| 31 | ኣላጀ | 1. ኣላጀ<br>2. ቦራ/ዝተረፉ ጣብያታት/<br>3. ሰላዋ/ዝተረፉ ጣብያታት<br>4. |
| 32 | ሕንጣሎ ዋጅራት | 1. ዓዲጉዶም<br>2. ዋጅራት<br>3. ሕንጣሎ/ዝተረፉ ጣብያታት/ |
| 33 | እንደርታ | 1. እንደርታ/ዝተረፉ ጣብያታት/<br>2. ድድባ ደርጋዓጀን<br>3. ካብ ሕንጣሎ ሓደ ጣብያ 3.1 ሰረት |
| 34 | ሳምረ | 1. ሳምረ<br>2. ሰሓርቲ<br>3. ካብ ሰለዋ ክልተ ጣብያታት ንሳቶም'ውን 3.1 ፍረወይኒ 3.2 ለምለም<br>4. ካብ ሕንጣሎ ሰለስተ ጣብያታት ንሳቶም'ውን 4.1 ወንበረት 4.2 ዓዲቀዓላ 4.3 ማርያም ደብረሓይላ |
| 35 | መቐለ | 1. ደቡብ ወረዳ<br>2. ማእኸላይ ወረዳ<br>3. ሰሜን ወረዳ |

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ አዋጅ ቁፅሪ 10

| ተ.ቁ | የአዲሱ ወረዳ ጊዜያዊ መጠሪያ | በአዲሱ ወረዳ የተካተቱ ነባር ወረዳዎችና ጣብያዎች ስም |
|---|---|---|
| 1 | መደባይ ዛና | 1. ላዕላይ ቆራሮ(ሰለኽለኻ)<br>2. ዛና<br>3. የመደባይ 3 ጣብያዎች እነሱም 3.1 ኩለፈርሓ 3.2 ነፋሲት 3.3 ማይቡር |
| 2 | ታሕታይ ቆራሮ | 1. ታሕታይ ቆራሮ<br>2. ከተማ እንዳስላሴ<br>3. የመደባይ ሁለት ጣብያዎች እነሱም 3.1 ሰመማ 3.2 ሰቐለ<br>4. የአስገደ አንድ ጣብያ 4.1 ዓዲ ገባሮ |
| 3 | ኣስገደ ፅምብላ | 1. ኣስገደ<br>2. ፅምብላ |
| 4 | ላዕላይ ኣድያቦ | 1. ዓዲ ዳዕሮ<br>2. ዓዲነብሪ ኢ.ድ<br>3. የአስገደ ሶስት ጣብያዎች እነሱም 3.1 ዘላዝለ 3.2 ፅሓዮ 3.3 ስምረት<br>4. የመደባይ አራት ጣብያዎች እነሱም 4.1 ጠረር 4.2 ዓዲ ሚሊየን 4.3 ፅጉብ 4.4 ውህደት |
| 5 | ታሕታይ ኣድያቦ | 1. ሽራሮ<br>2. ባድመ<br>3. ዓዲ ሃገራይ<br>4. ዓዲ ኣውዓላ |
| 6 | ፀለምቲ | 1. ማይፀብሪ<br>2. ዲማ |
| 7 | ቃፍታ ሑመራ | 1. ቃፍታ<br>2. ሑመራ |
| 8 | ወልቃይት | 1. ዓዲረመፅ<br>2. ኣውራ<br>3. መዘጋ |
| 9 | ፀገዴ | 1. ፀገዴ<br>2. የዓዲረመፅ አንድ ጣብያ እሱም 2.1 ወለል |
| 10 | እንትጮ | 1. እንትጮ<br>2. እገላ<br>3. ዓዲኣሕፈሮም<br>4. ሓሓይለ<br>5. ከእምባስነይቲ 5 ጣብያዎች እነሱም 5.1 ኩዶ 5.2 ፀሓን 5.3 ምሽግ 5.4 ምቅማጥኩም 5.5 ማይፃዕዳ |
| 11 | ወርዒ ለኸ | 1. ማይቅነጣል<br>2. እንዳባ ፃሕማ<br>3. እምባሰነይቲ<br>4. ከሓሓይለ ሶስት ጣብያዎች እነሱም 4.1 ቆላገብለን 4.2 ሓዱሽ ዓዲ 4.3 ኣራሮ |
| 12 | ዓድዋ | 1. ዓድዋ ከተማ<br>2. ገጠር ዓድዋ |

www.abyssinialaw.com

| ተ.ቁ | የአዲሱ ወረዳ ጊዚያዊ መጠሪያ | በአዲሱ ወረዳ የተካተቱ ነባር ወረዳዎችና ጣብያዎች ስም |
|---|---|---|
| | | 3. ዓዲ ኣቡን |
| 13 | መረብለኸ | 1. ዓዲ ኣርባዕተ<br>2. ኣሕሰኣ<br>3. ከጭላ ሰባት ጣብያዎች እነሱም 3.1 ዓዲ ሽምብሩ 3.2 ጠራወር 3.3 ዓዲ ገባት 3.4 ወረራ 3.5 ኣሳይመ 3.6 ዓዲቢሉወ 3.7 ዓዲ ኢሌኒ |
| 14 | ላዕላይ ማይጨው | 1. ከተማ ኣኽሱም<br>2. ላዕላይ ማይጨው<br>3. ከናዕዴር ስድስት ጣብያዎች እነሱም 3.1 ገርግራ 3.2 ማሕበረ ደጉ 3.3 ዓዲፃሓሉ 3.4 ሓዱሽ ዓዲ 3.5 ኣውሌያ 3.6 ናትካብላዕ |
| 15 | ናዕዴር ዓዴት | 1. ዓዴት<br>2. ናዕዴር የቀሩት 12 ጣብያዎች እነሱም 2.1 መታኽሉ 2.2 ማይጥምቀት 2.3 ኣበባ ዮሃንስ 2.4 ዕዳጋ ለምለም 2.5 ክሳድ ገባ 2.6 ሰሪሕኻ ብላዕ 2.7 ኣድረብ 2.8 ተረገይ 2.9 ዳዕሮ 2.10 ዓዲላቭየን 2.11 ዓዲሰራዋ 2.12 ዓዲጉምቢ |
| 16 | ታሕተዋይ ማይጨው | 1. እንዳማርያም<br>2. ከጭላ አራት ጣብያዎች እነሱም 2.1 ሽግና 2.2 ኣውልዕ 2.3 ኣሸብር 2.4 ሞላ |
| 17 | ቆላ ተምቤን | 1. ከተማ ዓብይዓዲ<br>2. ኣምበራመጠቓ<br>3. ቀይሕ ተኽሊ<br>4. ከጣንቋምላሽ ሶስት ጣብያዎች እነሱም 4.1 በጋሻኻ 4.2 ዝባን ገበል 4.3 ዓዲኣስሚዐን |
| 18 | ደጉዓ ተምቤን | 1. ደጉዓ ተምቤን<br>2. ከእንደርታ አምስት ጣብያዎች እነሱም 2.1 ዓዲ ሚዛን 2.2 ኣማኒት 2.3 ደበረ ናዝሬት 2.4 ዓዲ ኣዝመራ 2.5 ደብረብርሃን<br>3. ከደጉዓ ገረዓልታ አስር ጣብያዎች እነሱም 3.1 ቀልቀላ 3.2 ዓዲ ዋላካ 3.3 ዓረባይ 3.4 ዓዲ ዓጉዳይ 3.5 ሃላ 3.6 ኣዛፍ 3.7 ዓዲ ለሳ 3.8 ሓድነት 3.9 ምዕላል ኣፍራስ 3.10 ትኹል ምሕር<br>4. ከቀይሕ ተኽሊ አንድ ጣብያ 4.1 ዛላ<br>5. ከጣንቋ ምላሽ ሶስት ጣብያዎች እነሱም 5.1 ስምረት 5.2 ምናጭቀ 5.3 ሚዛን |
| 19 | ኣበርገለ | 1. ኣበርገለ<br>2. ከጣንቋ አስር ጣብያዎች እነሱም 2.1 ሰየምትረባ 2.2 ኣግበ 2.3 ሓዱሽ ተኽሊ 2.4 ሾኸ ፍ�METHODር 2.5 ጣጌት 2.6 ላምባ 2.7 ጣሽማነ 2.8 ቀዌላ 2.9 ዓዲምለላ 2.10 ኣብያኦ |
| 20 | ውቅሮ | 1. ከተማ ውቅሮ<br>2. ዕራእ<br>3. ከደጉዓ ገርዓልታ ዘጠኝ ጣብያዎች እነሱም 3.1 ዕጌረዳ 3.2 ደብረብርሃን 3.3 ፃወሩት 3.4 ደብረመዓር 3.5 ዓብይ ዓዲ 3.6 ማይዳዕሮ 3.7 ዛዕና 3.8 ኣውልዖ 3.9 በዓቲ ዓኾር |
| 21 | ኣፅቢ ወንበርታ | 1. ኣፅቢ<br>2. ወንበርታ<br>3. ከፃዕዳእምባ አንድ ጣብያ 3.1 ሓዌላ |
| 22 | ሳዕሲዕ ፃዕዳ እምባ | 1. ሳዕሲዕ<br>2. ፃዕዳ እምባ<br>3. ከክልተ በለሳ አንድ ጣብያ 3.1 ጠመተ |
| 23 | ጉሎ መኸዳ | 1. ጉሎ መኸዳ<br>2. ኣሰፈሰበያ<br>3. ከብዘት አራት ጣብያዎች እነሱም 3.1 መዛብርዶም 3.2 መረታ 3.3 ሰርጉ 3.4 መደባይ<br>4. ከጋንታኣፈሹም ሰባት ጣብያዎች እነሱም 4.1 ዓዲደቃሕርሲ 4.2 ዕገምድረባ 4.3 ቀርሰበር 4.4 ባዕኹለ 4.5 ማይፃዕዳ 4.6 ሰደይቶ 4.7 ታሕታይ ሩባ |

www.abyssinialaw.com

| ተ.ቁ | የአዲሱ ወረዳ ጊዜያዊ መጠሪያ | በአዲሱ ወረዳ የተካተቱ ነባር ወረዳዎችና ጣቢያዎች ስም |
|---|---|---|
| 24 | ጋንታ አፈሹም | 1. ከተማ ዓዲግራት<br>2. የቀሩት የጋንታ አፈሹም ሃያ አምስት ጣቢያዎች<br>3. ከዓዲ ኣሕፈሮም ሁለት ጣቢያዎች እነሱም 3.1 ሓጎ 3.2 ኣረጋ<br>4. ከጉለ መኽዳ ከሄዱ የቀሩ የብዙት ጣቢያዎች |
| 25 | ሓውዜን | 1. ክልተ በለሳ<br>2. ቆላ ገርዓልታ<br>3. ከደጉዓ ገርዓልታ አንድ ጣብያ 3.1 ዓበል |
| 26 | ኢሮብ | 1. ኢሮብ |
| 27 | ኣላማጠ | 1. አላማጣ<br>2. ከአፍላ አራት ጣብያዎች እነሱም 2.1 ፀፀራ 2.2 ኣቖጅራ 2.3 መረዋ 2.4 መረሽማን |
| 28 | ኣፍላ | 1. ኣፍላ/የቀሩት ጣብያዎች/<br>2. ማይማዕዶ/የቀሩት ጣብያዎች/ |
| 29 | ራያ ዓዘቦ | 1. መኾኒ<br>2. ጨርጨር |
| 30 | እንዳመኾኒ | 1. ከተማ ማይጨው<br>2. እንዳመኾኒ<br>3. ነቅሰገ<br>4. ከማይማዕዶ 2 ጣብያዎች እነሱም 4.1 ዓረና 4.2 ውህደት<br>5. ከቦራ አንድ ጣብያ 5.1 ቃንፋ |
| 31 | ኣላጀ | 1. ኣላጀ<br>2. ቦራ/የቀሩት ጣብያዎች/<br>3. ሰላዋ/የቀሩት ጣብያዎች/ |
| 32 | ሕንጣሎ ዋጅራት | 1. ዓዲጉዶም<br>2. ዋጅራት<br>3. ሕንጣሎ/የቀሩት ጣብያዎች/ |
| 33 | እንደርታ | 1. እንደርታ/የቀሩት ጣብያዎች/<br>2. ድድባ ደርጋዓጀን<br>3. ከ ሕንጣሎ 1 ጣብያ 3.1 ሰረት |
| 34 | ሳምረ | 1. ሳምረ<br>2. ሰሓርቲ<br>3 ከሰለዋ 2 ጣብያዎች እነሱም 3.1 ፍረወይኒ 3.2 ለምለም<br>4 ከ ሕንጣሎ 3ጣብያዎች እነሱም 4.1 ወንበረት 4.2 ዓዲቀዓላ 4.3 ማርያም ደብረሓይላ |
| 35 | መቐለ | 1. ደቡብ ወረዳ<br>2. ማእኸላይ ወረዳ<br>3. ሰሜን ወረዳ |

www.abyssinialaw.com

1ይ ዓመት ቁፅሪ 11
1ኛ ዓመት ቁጥር 11

መስከረም 1988

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ናይ ሓደ ዋጋ 2.20 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቁፅሪ 11/1988
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 11/1988
ገጽ 1

## ኣዋጅ ቑፅሪ 11/1988

## ቤት ፅሕፈት ጉዳይ ስነ ህዝቢ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ

ክልል ፖሊሲታት ስነ ህዝቢ ኣብ ተግባር ምውዓሎም ዝከታተልን ዝትግብርን ኣካል ምቛም ኣደላይ ብምዃኑ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1/ ዝስዕብ ተኣዊጁ ኣሎ።

**1 ሓፂር ርእሲ፦**

እዚ ኣዋጅ "ቤት ፅሕፈት ጉዳይ ስነ ህዝቢ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 11/1988" ተባሂሉ ክፅዋዕ ይከኣል።

**2 ትርጉም፥**

ኣብዚ ኣዋጅ ውሽጢ፦

"ናይ ክልል መንግስቲ" ማለት ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝቖመ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ'ዩ።

**3 ኣቃውማ፥**

1. ቤት ፅሕፈት ስነ ህዝቢ/ድሕሪ ሕዚ ቤት ፅሕፈት እንዳተብሃለ ዝፅዋዕ/ በዚ ኣዋጅ ቖይሙ'ሎ።
2. ተፀዋዕነት እቲ ቤት ፅሕፈት ንክልል ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴን ንርእሰ ምምሕዳር እቲ ክልልን ይኸውን።

## አዋጅ ቁጥር 11/1988

## የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት የስነ ሕዝብ ጉዳይ ጽሕፈት ቤትን ለማቋቋም የወጣ አዋጅ

የስነ ህዝብ ፖሊሲዎች በተግባር መዋላቸውን የሚከታተልና የሚተገብር አካል ማቋቋም አስፈላጊ በመሆኑ በትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ መንግስት አንቀጽ 49/3/1 መሰረት የሚከተለው ታውጇል

**1 አጭር ርእስ፥**

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት የስነ ህዝብ ጉዳይ ጽሕፈት ቤት ለማቋቋም የወጣ አዋጅ ቁጥር 11/1988" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**2 ትርጉም፥**

በዚህ አዋጅ ውስጥ፦

"የክልል መንግስት" ማለት በትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ መንግስት መሰረት የተቋቋመ የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ነው።

**3 ስለ ማቋቋም፥**

1. የስነ ህዝብ ጉዳይ ጽሕፈት ቤት (ከዚህ በኋላ ጽሕፈት ቤት እየተባለ የሚጠራ) በዚህ አዋጅ ተቋቁሟል፣
2. የጽሕፈት ቤቱ ተጠሪነት ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ እና ለክልሉ ርእሰ መስተዳድር ይኖናል።

**4 ስልጣንን ተግባርን እቲ ቤት ፅሕፈት፥**

ቤት ፅሕፈት ጉዳይ ስነ ህዝቢ እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልዉዎ፦

1. ኣብቲ ክልል ፖሊሲታት ስነ ህዝቢ ኣብ ተግባር ክውዕሉ ይገብር፥
2. ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ልምዓት ዘርፍታት ዝተዋፈሩ መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን ዝኾኑ ትካላት ምንቅስቃሳት ፖሊሲታት ስነ ህዝቢ ብዝምልከት የተሓባብር፣
3. ኣብቲ ክልል ዝተኮሩ ንስነ ህዝቢ ፖሊሲ ዝምልከቱ ምርምራት ክጉልብቱ ይገብር። ኣብ ስነ ህዝቢን ኩነት ልምዓትን ምርምራት የካይድ፣
4. ንተግበራዊነት ፖሊሲ ስነ ህዝቢ ከምኣድላይነት ኮሚቴታት የጣይሽ፣
5. ኣብቲ ክልል ዝተፈላለዩ ስነ ህዝቢ ተንከፍ ብዓላትን ፕሮግራማትን የዳሉ፣ የካይድ፣
6. ህዝብን ልምዓትን ተንከፍ መረዳእታት ኣብ ምትእኽኻብ ብዋንነት ይሳተፍ፣
7. ውፅኢታዊ ብዝኾነ ህዝቢ ተንከፍ ትምህርትን ኢንፎርሜሽንን መራኸቢ ተሳትፎ'ቲ ሕብረተሰብ የበረታትዕ፣ ናይ ስነ ህዝቢ ሳይንሳዊ ግንዛበ ንምስፍሕፋሕ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ዓውደ መፅናዕትታት የካይድ።

**5 ኣመራርሓ እቲ ቤት ፅሕፈት፥**

እቲ ቤት ፅሕፈት፦

1. ናይ ክልል ቤት ምኽሪ ጉዳይ ስነ ህዝቢ (ድሕሪ ሕዚ ቤት ምኽሪ እንዳተብሃለ ዝፅዋዕ)
2. ብክልል መንግስቲ ዝሽየም ሓደ ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ሓላፊ፣
3. ካልኦት ኣድለይቲ ሰራሕተኛታት ይህልዉዎ።

**6 ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ**

1. ብክልል ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ዝስየም . . . ኣካቢ
2. ሓላፊ ቢሮ ፕላንን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን . . .ኣባል
3. ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ . . .ኣባል
4. ሓላፊ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና . . .ኣባል
5. ሓላፊ ቢሮ ልምዓትን ሕርሻ፣ ተፈጥሮ ሃፍትን . . .ኣባል

**4 የጽሕፈት ቤቱ ስልጣንና ተግባር፥**

የስነ ህዝብ ጉዳይ ጽሕፈት ቤት የሚከተሉት ስልጣንን ተግባራት ይኖሩታል፦

1. በክልሉ የስነ ህዝብ ፖሊሲዎች ተግባር ላይ እንዲውሉ ያደርጋል፣
2. በተለያዩ የልማት ዘርፎች የተሰማሩ መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆኑ ድርጅቶች የስነ ህዝብ ፖሊሲዎች እንቅስቃሴ በተመለከተ ያስተባብራል
3. በክልሉ ያተኮረ የስነ ህዝብ ፖሊሲ የሚመለከቱ ምርምሮች እንዲጎለብቱ ያደርጋል የስነ ህዝብና የልማት ሁኔታ ምርምር ያካሂዳል፣
4. እንደ አስፈላጊነቱ ለስነ ህዝብ ፖሊሲ ተግባራዊነት ኮሚቴዎችን ያቋቁማል፣
5. በክልሉ ልዩ ልዩ የስነ ህዝብ በአሎችና ፕሮግራሞችን ያዘጋጃል፣ ያካሂዳል፣
6. የሕዝብና የልማትመረጃዎችን በማሰባሰብ በዋናነት ይሳተፋል፥
7. ውጤታማ በሆነ ሕዝብ ነክ ትምህርት፣ ኢንፎርሜሽንና መገናኛ የህዝቡን ተሳትፎ ያበረታታል፣ የስነ ህዝብ ሳይንሳዊ ግንዛቤ ለማስፋፋት የሚያግዙ የተለያዩ ዓውደ ጥናቶች ያካሂዳል፣

**5 የጽሕፈት ቤቱ አመራር፥**

ጽሕፈት ቤቱ፦

1. የክልል ምክር ቤት የስነ ህዝብ ጉዳይ (ከዚህ በኋላ ምክር ቤት እየተባለ የሚጠራ)
2. በክልሉ መንግስት የሚሾም አንድ የጽሕፈት ቤት ኃላፊ፣
3. ሌሎች አስፈላጊ ሰራተኞች ይኖሩታል።

**6 የምክር ቤቱ አባላት፥**

1. በክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የሚሰየም . . . ሰብሳቢ
2. የፕላንና ኢኮኖሚ ልማት ቢሮ ኃላፊ . . . አባል
3. የትምህረት ቢሮ ኃላፊ . . . አባል
4. የጤና ጥበቃ ቢሮ ኃላፊ . . . አባል
5. የእርሻ ልማትና ተፈጥሮ ሃብት ቢሮ ኃላፊ . . . አባል

6. ሓላፊ ቢሮ ባህሊን ቱሪዝምን ማስታወቂያን . . .ኣባል
7. ሓላፊ ቢሮ ሰራሕተኛታት ማሕበራዊ ጉዳይን . . .ኣባል
8. ሓላፊት ቤት ፅሕፈት ጉዳይ ደቂ ኣንስተዮ . . .ኣባል
9. ናይ'ቲ ክልል ናይ ኢትዮጵያ ቤተሰብ መምርሒ ጨንፈር ኣ/ወንበር . . .ኣባል
10. ተወካሊ ማሕበር ሓረስቶት . . .ኣባል
11. ተወካሊ ማሕበር መናእሰይ . . .ኣባል
12. ተወካሊ ማሕበር ደቂ ኣንስተዮ . . .ኣባል
13. ተወካሊ ማሕበር ሸቃሎ . . .ኣባል
14. ሓላፊ ቤ/ፅሕፈት ጉዳይ ስነ ህዝቢ . . .ኣባልን ፀሓፍን

## 7 ኣኼባ እቲ ቤት ምኽሪ

1. እቲ ቤት ምኽሪ ኣብ 6ተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ስሩዕ ኣኼባ ይገብር፣ ኮይኑ ግና ኣድላይ ኾይኑ እንትርከብ ኣብ ዝኾነ እዋን ኣኼባ ክገብር ይኽእል'ዩ።
2. ዝበዝሑ ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ እንትርከቡ ምልኣተ ጉባኤ ይህልዉ።
3. ውሳነታት እቲ ቤት ምኽሪ ብኣብላጺ ድምፂ ይሓልፉ፣ ድምፂ ማዕረ እኽትኽፈል ግና እቲ ኣካቢ ዘለዎ ወገን ሰዓሪ ይኸውን።
4. ናይ'ዚ ዓንቀፅ ድንጋገታት ከምዘለዉ ኾይኖም እቲ ቤት ምኽሪ ናይ ባዕሉ ደንቢ ስነ ስርዓት ኣኼባ ከውፅእ ይኽእል።

## 8 ስልጣንን ተግባራትን እቲ ቤት ምኽሪ

1. ናይ ስነ ህዝቢ ጉዳይ ዕላማታትን ስልትታትን ይውስን ምስ ናይ'ቲ ክልል ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጭቡጥ ኩነታት ዝተዛመዱ ምዃኖም የረጋግፅ፣
2. በቲ ቤት ፅሕፈት ዝቐርቡሉ ፅንዓታትን ናይ ፖሊሲ ሓሳባትን ይግምግም፣ የፅድቅ ኣብ ስራሕ ምውዓሎም ይከታተል፣
3. ንቤተሰብ ቑፅፅር ግልጋሎት ዝውዕል ናይ ገንዘብ ድጋፍ ዝርከበሉ መንገዲ ሜላን ብዝተመልከተ መምርሒታት የውፅእ፣
4. ኣብዚ ክልል ንዝርከቡ ህዝብታት ናይ ቤተሰብ ቑፅፅር ግልጋሎት ብዝግባእ ንምብፃሕ ንኽከኣል ብክልል ደረጃ ክውሰዱ ብዛዕባ ዝግበኦም ምምሕዳር ተንከፍ ስጉምቲታት በብእዋኑ ምስ ቤት ፅሕፈት

6. የባህል፣ የቱሪዝምና የማስታወቂያ ቢሮ ኃላፊ . . . አባል
7. የሰራተኛና የማሕበራዊ ጉዳይ ቢሮ ኃላፊ . . . አባል
8. የሴቶች ጉዳይ ጽሕፈት ቤት ኃላፊ . . . አባል
9. የክልሉ የኢትዮጵያ ቤተሰብ መምሪያ ቅርንጫፍ ሊቀመንበር . . . አባል
10. የገበሬዎች ማህበር ተወካይ . . . አባል
11. የወጣቶች ማህበር ተወካይ . . . አባል
12. የሴቶች ማህበር ተወካይ . . . አባል
13. የሰራተኛ ማህበር ተወካይ . . . አባል
14. የስነ ህዝብ ጉዳይ ጽሕፈት ቤት ኃላፊ . . . አባልና ፀሃፊ

## 7 የምክር ቤቱ ስብሰባ፥

1. ምክር ቤቱ በ6 ወር አንድ ጊዜ መደበኛ ስብሰባ ያካሂዳል፣ ሆኖም ግን አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ በማንኛውም ጊዜ ስብሰባ ሊያካሂድ ይችላል።
2. የምክር ቤቱ አብዛኛዎቹ አባላት ሲገኙ ምልአተ ጉባኤ ይሆናል።
3. የምክር ቤቱ ውሳኔዎች በአብላጫ ድመፅ ያልፋሉ፣ ድምፅ እኩል ሲሆን ሰብሳቢ ያለበት ወገን አሸናፊ ይሆናል።
4. የዚህ ዓነቀጽ ድነጋጌዎች እንደተጠበቁ ሆነው ምክር ቤቱ የራሱ የስብሰባ ደንብ ስነ ስርዓት ሊያወጣ ይችላል።

## 8 የምክር ቤቱ ሥልጣንና ተግባር፥

1. የስነ ህዝብ ጉዳይ ዓላማዎችና ስልቶች ይወስናል፣ ከክልሉ ኢኮኖሚና ማሕበራዊ ተጨባጭ ሁኔታዎች ጋር የተዛመዱ መሆናቸውን ያረጋግጣል፣
2. በጽሕፈት ቤቱ የሚቀርቡ ጥናቶችና የፖሊሲ ሓሳቦች ይገመግማል፣ ያጸድቃል በስራ ላይ መዋላቸውን ይከታተላል፣
3. ቤተሰብ ቁጥጥር አገልግሎት የሚውል የገንዘብ ድጋፍ የሚገኝበትን መንገድና ዘዴ በተመለከተ መመሪያዎች ያወጣል፣
4. በክልሉ ለሚገኙ ህዝቦች የቤተሰብ ቁጥጥር አገልግሎት በሚገባ ለማዳረስ እንዲቻል በክልል ደረጃ ሊወሰድ ስለሚገባቸው አስተዳደር ነክ እርምጃዎች በየጊዜው ከማእከላዊ መንግስት የስነ ህዝብ ጉዳይ

ጉዳይ ስነ ህዝቢ ማእኸላይ መንግስቲ ይመኻኸር

5. በቲ ቤት ፅሕፈት ዝቐርበሉ በጀትን ትልሚን የፅድቕ፣ እንትፍቀድ ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ይከታተል

6. ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ስራሕን በጀትን ኣፈፃፅማ ሪፖርት ገምጊሙ የፅድቕ።

9 ስልጣንን ተግባርን ሓላፊ እቲ ቤት ፅሕፈት

1. ሓላፊ እቲ ቤት ፅሕፈት ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ዋና ስራሕ መካየዲ ብምኻኑ ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ስራሕቲ ይመርሕ የማሓድር፣

2. ናይ'ዚ ዓንቀፅ'ዚ ንኡስ ዓነቀፅ 1 ሓፈሻዊ ኣገላልፃ ከምዘሎ ኾይኑ እቲ ሓላፊ፦

ሀ. ብሲቪል ሰርቪስ ሕጊ መሰረት ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛታት ይቖፅር የመሓድር፣

ለ. ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ናይ ስራሕ ፕሮግራምን በጀትን የዳልው እንትፍቀድ'ውን ኣብ ስራሕ የውዕል፣

ሐ. ነቲ ቤት ፅሕፈት ብዝተፈቐደሉ በጀትን ናይ ስራሕ ፕሮግራምን መሰረት ገንዘብ ወፃኢ ይገብር

መ. እቲ ቤት ፅሕፈት ምስ ሳልሳይ ወገናት ኣብ ዝገብሮም ርክባት ነቲ ቤት ፅሕፈት ይውክል፣

ሰ. ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ናይ ስራሕ ምንቅስቃስ ሪፖርት የቅርብ፣

ረ. በቲ ቤት ምክሪ ዝወሃብዎ ካልኦት ስራሕቲ ይፍፅም

10 በጀት፥

ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ናይ በጀት ፍልፍላት፥

ሀ. ካብ መንግስቲ ዝምደበሉ በጀት፣

ለ. ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዝወሃብ ሓገዝ ይኸውን

11 ናይ ምትሕብባር ጉቡእ፥

ዝኾነ ሰብ ወይከዓ ኣካል እቲ ቤት ፅሕፈት ንስርሑ ዘድልይዎ መረዳእታታት ብምሃብ ናይ ምትሕብባር ጉቡእ ኣለዎ

12 እዚ ኣዋጅ ዝፀንዓሉ እዋን፥

እዚ ኣዋጅ'ዚ ብነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ

ፅሕፈት ቤት ጋር ይመካከራል፣

5. በጽሕፈት ቤቱ የሚቀርቡ በጀትና ዕቅድ ያፀድቃል፣ ሲፈቀድም በስራ ላይ መዋሉ ይከታተላል፣

6. የፅሕፈት ቤቱ ስራ፣ በጀትና የአፈፃፀም ሪፖርት ገምጋም ያፀድቃል፣

9 የጽሕፈት ቤቱ ኃላፊ ሥልጣንና ተግባር፥

1. የፅሕፈት ቤቱ ኃላፊ የጽሕፈት ቤቱ ዋና ስራ አስከያጅ በመሆኑ የጽሕፈት ቤቱ ሥራዎች ይመራል፣ ያስተዳድራል፣

2. የኢህ አንቀጽ ንዑስ አንቀፅ 1 ጠቅላላ አገላለፅ እንደተጠበቀ ሆኖ የፅሕፈት ቤቱ ኃላፊ፦

ሀ. በሲቪል ሰርቪስ ሕግ መሰረት የጽሕፈት ቤቱን ሰራተኞች ይቀጥራል፣ ያስተዳድራል፣

ለ. የጽሕፈት ቤቱ የሥራ ፕሮግራምና በጀት ያዘጋጃል፣ ሲፈቀድም በሥራ ላይ ያውላል፣

ሐ. ጽሕፈት ቤቱ በተፈቀደለት በጀትና የሥራ ፕሮግራም መሰረት ገንዘብ ወጪ ያደርጋል፥

መ. ጽሕፈት ቤቱ ከሦስተኛ ወገኖች ጋር በሚያደርገው ግንኙነት ጽሕፈት ቤቱን ይወክላል፣

ሰ. የጽሕፈት ቤቱ የሥራ እንቅስቃሴ ሪፖርት ያቀርባል፣

ረ. በምክር ቤቱ የሚሰጡት ሌሎች ሥራዎች ይፈፅማል።

10 በጀት፥

የጽሕፈት ቤቱ የበጀት ምንጮች፦

ሀ. በመንግስት ከሚመደቡ በጀት፥

ለ. ከተለያዩ አካሎች የሚሰጥ ድጋፍ ይሆናል።

11 የመተባበር ግዴታ፥

ማንኛውም ሰው ወይም አካል ጽሕፈት ቤቱ ለሥራው የሚያስፈልጉትን መረጃዎች በመስጠት የመተባበር ግዴታ አለበት።

12 ይህ አዋጅ የሚፀናበት ግዜ፥

ይህ አዋጅ በትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል።

www.abyssinialaw.com

ይኸውን።

መስከረም 1988
ገብሩ ኣስራት
ርእሰ ምምሕዳር
ብሄራዊ ክልል ትግራይ

መስከረም 1988
ገብሩ አስራት
የትግራይ ብሔራዊ ክልል
ርዕሰ መስተዳድር

www.abyssinialaw.com

1ይ ዓመት ቁፅሪ 12
1ኛ ዓመት ቁጥር 12

መስከረም 1988

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

| ናይ ሓደ ዋጋ 2.55 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120 |
|---|---|---|

ትሕዝቶ
ኣዋጅ ቁፅሪ 12/1988
ገፅ 1

ማውጫ
አዋጅ ቁጥር 12/1988
ገጽ 1

## ኣዋጅ ቁፅሪ 12/1988

## በዓል ስልጣን መንገድታት ገጠር ብሄራዊ ክልል ትግራይ ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ

ኣብ ብሄራዊ ክልል ትግራይ መንገድታት ብዝተዋደደ ኩነታት ምስራሕን ምሕብሓብን ኣብ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ዕብየትና ምቅልጣፍ ዘለዎ እጃም ዓብይ ብምኳኑ፥

ናይ ገጠር መንገድታት ስራሕቲ ዘካይድ ኣካል ሓላፍነቱ ብዝግባእ ንክፍፅም ብዓል ስልጣን መንገዲ ገጠር ብሄራዊ ክልል ትግራይ ብቦርድ ዝምራሕ ዝተጠናኸረ ምምሕዳር ክህልዎ ብምግባር ምቁቛም ዘድልዩ ምኳኑ ስለዝተኣመነሉ፥

ብሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1 መሰረት እዚ ዝስዕብ ተኣዊጁ ኣሎ።

### ሓፈሻዊ ድንጋገታት፥

**1 ሓፂር ርእሲ፥**

እዚ ኣዋጅ'ዚ "ብዓል ስልጣን መንገድታት ገጠር ብሄራዊ ክልል ትግራይ ንምቁቛም ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 12/1988" ተባሂሉ ክፅዋዕ ይከኣል።

**2 ትርጉም፥**

ኣብ'ዚ ኣዋጅ ውሽጢ፦

1. "ናይ ገጠር መንገዲ" ማለት ካብ ኣውራ ጎዳናን ናይ ከተማ መንገድታት ወፃኢ ዘሎ ንህዝቢ ግልጋሎት ዝውዕል መንገዲ እዩ።
2. "ስራሕ መፈፀሚ" ማለት መፈፀሚ ስራሕ

## አዋጅ ቁጥር 12/1988

## የትግራይ ብሂራዊ ክልል የገጠር መንገዶች ባለስልጣንን ለማቋቋም የወጣ አዋጅ

በትግራይ ብሔራዊ ክልል መንገዶች በተቀናጀ ሁኔታ መስራትና መንከባከብ ለኢኮኖሚያዊና ለማሕበራዊ እድገት ቅልጥፍና ያለው ሚና ከፍተኛ በመሆኑ፣

የገጠር መንገዶች ሥራ የሚያካሂድ አካል ሃላፊነቱ በሚገባ እንዲፈፅም የትግራይ ብሔራዊ ክልል የገጠር መንገድ ባለስልጣን በቦርድ የሚመራ የተጠናከረ አስተዳደር እንዲኖረው በማድረግ ማቋቋም አስፈላጊ መሆኑ ስለታመነበት፣

በትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ መንግስት አንቀጽ 49/3/1 መሰረት የሚከተለው ታውጇል።

### ጠቅላላ ድንጋጌዎች

**1 አጭር ርእስ፣**

ይህ አዋጅ 'የትግራይ ብሔራዊ ክልል የገጠር መንገዶች ባለስልጣን ለማቋቋም የወጣ አዋጅ ቁጥር 12/1988' ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**2 ትርጉም፣**

በዚህ አዋጅ ውስጥ፦

1. "የገጠር መንገድ" ማለት ከአውራ ጎዳና እና ከከተማ መንገዶች ውጭ ያለ ለህዝብ አገልግሎት የሚውል መንገድ ማለት ነው።
2. "ስራ አስፈፃሚ" ማለት የትግራይ ብሂራዊ

ኮሚቴ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል ትግራይ እዩ።

3. "ብዓል ስልጣን" ማለት ናይ ገጠር መንገድታት ንምስራሕ ንምስፍሕፋሕ በዚ ኣዋጅ መሰረት ዝቖመ ብዓል ስልጣን መንገድታት ገጠር ብሄራዊ ክልል ትግራይ ማለት እዩ።

4. "ቦርድ" ማለት በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 6 መሰረት ዝቐውም ናይ ስራሕ ኣመራርሓ ቦርድ እዩ።

**3 ኣቃውማ፥**

ብዓል ስልጣን መንገድታት ገጠር ክልል ትግራይ ናይ ሕጊ ሰብነት ዘለዎ ኾይኑ በዚ ኣዋጅ ቖይሙ'ሎ። በዚ መሰረት እዚ ብዓል ስልጣንን፦

ሀ. ብሽሙ ክኽሰስን፣ ክኸስስን፥

ለ. ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ብዓል ንብረት ንምኻን

ሐ. ውዕል ንምውዕዓል ይኽእል።

**4 ስልጣንን ተግባርን እቲ በዓል ስልጣን፥**

1. ኣብ ክልል ትግራይ ናይ ገጠር መንገድታት ይሰርሕ፣ የመሓይሽ፣ ይፅግን ወይከዓ ክስርሑ ክፅገኑ ይገብር፣

2. ናይ ገጠር መንገድታት ፊዚቢሊቲ ፅንዓት የካይድ፣ ናይ ሓፂርን ነዊሕን ጊዜ ትልምን ፕሮግራምን የዳሉ፣ እንትፍቀድ'ውን ኣብ ስራሕ የውዕል፣

3. ንገጠር መንገድታት ስራሕ ዘድሊ ዲዛይን የዳልው ክዳሎ ይገብር፣ ንፅንዓት፣ ንምምሕያሽን ንህፁፅን ስራሕቲ ዘድልዩ ዲዛይን የዳልው፣ ክዳለው ይገብር፤

4. ንገጠር መንገድታት ስራሕን ፅገናን ዘድሊ ናይ ሰብ፣ ገንዘብን ናይ ናውቲ ሓይልን የዳልው፣

5. ናይ ገጠር መንገድታት ስራሕ ብዝተገበሮ ውዕሊ መሰረት ናይ ዕርየት ደረጃ ዝፍፀመሉ ጊዜን ዋጋን ተሓልዩ ምስርሑ ንምርግጋፅ ዘኽእል ቑፅፅር ክነብሮ ይገብር፣ ብላዕለዋይነት ይቆፃፀር

6. ንገጠር መንገዲ ስራሕ፣ ንጊዚያዊ መንበሪ፣ ንናውቲ መዕረፍን ንካልኦት ንስርሑ ዘድልዮ መሬትን እምኒ ተንከፍ ሃፍትታትን ብነፃ ይጥቀም ኾይኑ ግና ኣብ ዝጥቀመሉ

ክልል ምክር ቤት ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ነው።

3. "ባለስልጣን" ማለት የገጠር መንገዶች ለመስራት፣ ለማስፋፋት፣ በዚህ አዋጅ መሰረት የተቋቋመ የትግራይ ብሔራዊ ክልል የገጠር መንገዶች ባለስልጣን ማለት ነው

4. "ቦርድ" ማለት በዚህ አዋጅ ዓነቀፅ 6 መሰረት የሚቋቋም የስራ አመራር ቦርድ ማለት ነው፣

**3 ስለ ማቋቋም፣**

የትግራይ ክልል የገጠር መንገዶች ባለስልጣን ሕጋዊ ሰውነት ያለው ሆኖ በዚህ አዋጅ ተቋቁሟል።

በዚህ መሰረት፦

ሀ. በሰሙ ይከሳል፣ ይከሰሳል፣

ለ. የሚንቀሳቀስና የማይንቀሳቀስ ንበረት ባለቤት ሊሆን፦

ሐ. ውል ሊዋዋል ይችላል።

**4 የባለስልጣኑ ስልጣንና ተግባር፣**

1. በትግራይ ክልል ገጠር መንገዶች ይሰራል፣ ያሻሽላል፣ ይጠግናል ወይም እንዲሰሩና እንዲጠገኑ ያደርጋል፣

2. የገጠር መንገዶች ፊዚቢሊቲ ጥናት ያካሂዳል፣ የአጭርና የረጅም ጊዜ ዕቅድና ፕሮገራም ያዘጋጃል፣ ሲፈቀድም በስራ ላይ ያወላል፣

3. ለገጠር መንገዶች ስራ የሚያስፈልግ ዲዛይን ያዘጋጃል፣ እንዲዘጋጅ ያደርጋል፣ ለጥናት፣ ለማሻሻልና ለአስቸኳይ ስራ የሚያስፈልጉ ዲዛይኖች ያዘጋጃል፣ እንዲዘጋጅ ያደርጋል፣

4. ለገጠር መንገዶች ስራ ጥገና የሚያስፈልግ የሰው፣ የገንዘብ እና የቁሳቁስ ሃይል ያዘጋጃል፣

5. የገጠር መንገዶች ስራ በተደረገ ውል መሰረት የጥራት ደረጃ፣ የሚፈፀምበት ጊዜና ዋጋ ጠብቆ መሰራቱን ለማረጋገጥ የሚያስችል ቁጥጥር እንዲኖረው ያደርጋል፣ በበላይነት ይቆጣጠራል፣

6. ለገጠር መንገድ ስራ፣ ለግዚያዊ መኖሪያ፣ ለቁሳቁሶች ማስቀመጫና ለሌሎች ለስራው የሚያስፈልግ መሬት እና ድንጋይ ነክ ሃብቶችን በነፃ ይጠቀማል፣ ሆኖም ግን

መሬት ዝርከቡ ንብረታት ኣግባብ ብዘለዎ ሕጊ መሰረት ይኽሕስ፥

7. ንመንገዲ ስራሕን ፅገናን ዝውዕል ማቴሪያል ብዝምልከት ፅንዓት ይገብር፣ ኣብ ስራሕ የውዕል፣
8. ዕላምኡ ንምፍፃም ዘኽእሉ ካልኦት በቲ ቦርድ ዝተውሃብዎ ተግባራት ይፍፅም፥

**አመራርሓ እቲ ብዓል ስልጣን፥**

**5 ኣመራርሓ እቲ ብዓል ስልጣን፥**

እቲ ብዓል ስልጣን፣

1. ሓደ ቦርድ፥
2. በቲ ቦርድ መቅረባይነት ብክልል ስራሕ ፈፃሚ ዝሽየም ሓደ ዋና ስራሕ መካየዲን፣
3. ነቲ ስራሕ ኣድላይ ዝኾኑ ሰራሕተኛታትን ይህልዉዎ።

**6 ናይ'ቲ ቦርድ ኣባላት፥**

እቲ ቦርድ ዝስዕቡ ኣባላት ይህልዉዎ፥

1. ብፈፃሚት ኮሚቴ ዝሽየም . . . ኣካቢ
2. ሓላፊ ቢሮ ስራሕን ከተማ ልምዓትን . . . ኣባል
3. ሓላፊ ቢሮ ኢንዱስትሪን ንግድን ትራንስፖረትን . . . ኣባል
4. ሓላፊ ቢሮ ፋይናንስ . . . ኣባል
5. ሓላፊ ቢሮ ፕላንን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን. ኣባል
6. ሓላፊ ቢሮ ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ጉዳይን..ኣባል
7. ብስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ ዝምደቡ ክልተ ሰባት . . . ኣባል
8. ናይ'ቲ ብዓል ስልጣን ዋና ስራሕ መካየዲ . . . ኣባልን ፀሓፊን
9. ብሰራሕተኛታት ዝምረፅ ሓደ ተወካሊ. . . ኣባል

**7 ናይ'ቲ ቦርድ ስልጣንን ተግባርን፥**

እቲ ቦርድ ዝስዕብ ስልጣንን ተግባርን ይህልዎ፣

1. ናይ'ቲ ብዓል ስልጣን ነዊሕን ሓፂርን ጊዜ ትልሚ፣ ዓመታዊ ናይ ስራሕ ፕሮግራምን በጀትን ኣፅዲቑ ንስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ የቅርብ፣ ምስ ፀደቀ'ውን ኣፈፃፅምኦም ይከታተል
2. ብሃገርን ብክልልን ብርኪ ዝወፁ ፖሊሲታት መሰረት ብምግባር ናይ'ቲ ብዓል ስልጣን

በሚጠቀምበት መሬት ለሚገኙ ንብረቶች አግባብ ባለው ሕግ መሰረት ይክሳል፣

7. ለመንገድ ስራና ጥገና የሚውል ማቴሪያል በተመለከተ ጥናት ያደርጋል፣ በስራ ላይ ያውላል፣
8. ዓላማውን ለማስፈፀም የሚያስችሉ ሌሎች በቦርድ የሚሰጡ ተግባሮች ይፈፅማል፣

**የባለ ስልጣኑ አመራር፣**

**5 የባለ ስልጣኑ አመራር፣**

ባለ ስልጣኑ፦

1. አንድ ቦርድ፣
2. በቦርድ አቅራቢነት በክልል ስራ አስፈፃሚ የሚሾም አንድ ዋና ስራ አስኪያጅ፣
3. ለስራው አስፈላጊ የሆኑ ሰራተኞች ይኖሩታል፣

**6 የቦርድ አባላት፣**

ቦርድ የሚከተሉ አባላት ይኖሩታል፦

1. በአስፈፃሚ ኮሚቴ የሚሾም . . . ሰብሳቢ
2. የስራና የከተማ ልማት ቢሮ ሃላፊ . . .አባል
3. የኢንዱስትሪ፣ የንግድና የቱሪዝም ቢሮ ሃላፊ . . .አባል
4. የፋይናንስ ቢሮ ሃላፊ . . .አባል
5. የፕላንና የኢኮኖሚያዊ ልማት ቢሮ ሃላፊ . . .አባል
6. የሰራተኞችና የማሕበራዊ ጉዳይ ቢሮ ሃላፊ . . .አባል
7. በስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የሚመደቡ ሁለት ሰዎች . . .አባል
8. የባለስልጣኑ ዋና ስራ አስኪያጅ . . .አባል
9. በሰራተኞች የሚመረጥ አንድ ሰራተኛ . . .አባል

**7 የቦርድ ስልጣንና ተግባር፣**

ቦርድ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፦

1. የባለስልጣኑ የረጅም እና የአጭር ጊዜ ዕቅድ፣ ዓመታዊ የስራ ፕሮግራምና በጀት አፅድቆ ለስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ያቀርባል፣ ሲፀድቅም አፈፃፀሙን ይከታተላል፣
2. በአገርና በክልል ደረጃ የሚወጡ ፖሊሲዎች መሰረት በማድረግ የባለ ስልጣኑን ስራዎችን

ስራሕቲ ብዝምልከቱ ፖሊሲ ዋኒናት ዝርዝር ኣሰራርሓን ደንብን መምርሒን የውፅእ፣

3. ናይ'ቲ ብዓል ስልጣን ዓመታዊ ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማን ናይ ሒሳብ ሪፖርት ይግምግም፣
4. ሓላፊ'ቲ ብዓል ስልጣን ብምምልማል ናብ ክልል ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ ብምቅራብ የሸይም
5. ተፀዋዕነቶም ነቲ ዋና ስራሕ መካየዲ ዝኾኑ ናይ ስራሕ ሓለፍቲ ቁፃር፣ ምደባን ስንብትን የፅድቅ
6. ናይ'ቲ ብዓል ስልጣን ሒሳብን ንብረት ብኣግባብ ዝተተሓዘ ምዃኑ የረጋግፅ፣
7. ብናይ'ቲ በዓል ስልጣን ዋና ስራሕ መካየዲ ዝቐርቡ ካልኦት ዋኒናት ይውስን።

**8 ተፀዋዕነት፥**

እቲ ቦርድ ተፀዋዕነቱ ንስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ'ዩ።

**9 ናይ'ቲ ቦርድ ኣኼባ፥**

1. እቲ ቦርድ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ይእከብ፣ ኮይኑ ግና ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ኣኼባ ክገብር ይኽእል እዩ።
2. ዝበዝሑ ኣባላት እቲ ቦርድ እንተተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን፣
3. ናይ'ቲ ቦርድ ውሳነ ዝሓልፍ ኣብ ኣኼባ ካብ ዝተረኸቡ ኣባላት ዝበዝሐ ድምፂ እንትድገፍ'ዩ፣ ድምፂ ማዕረ እንትምቀል ድማ እቲ ኣካቢ ዘለዎ ወገን ሰዓራይ ይኸውን፣
4. እቲ ቦርድ ናይ ባዕሉ ናይ ኣኼባ ስነ ስርዓት ደንቢ ከውፅእ ይኽእል'ዩ።

**10 ስልጣንን ተግባርን ዋና ስራሕ መካየዲ፣**

ዋና ስራሕ መካየዲ ተፀዋዕነቱ ነቲ ቦርድ ኮይኑ ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባርን ይህልዉዎ፣

1. ዋና ስራሕ መካየዲ ናይ'ቲ በዓል ስልጣን ሓላፊ ብምዃኑ ነቲ ቤት ፅሕፈት ይመርሕ የማሓድር፣ ይቆፃፀር፣
2. በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 4 ነቲ በዓል ስልጣን ዝተውሃበ ስልጣንን ተግባርን ኣብ ስራሕ የውዕል፣
3. ናብቲ ዋና ስራሕ መካየዲ ብቐጥታ ተፀዋዕነት ዘለዎም ሓለፍቲ ቁፃር፣ሹመትን ስንብትን ዝምልከት ናብ ቦርድ ኣቕሪቡ

በሚመለከት ፖሊሲ ጉዳዮች፣ ዝርዝር አሰራር፣ ደንብና መመሪያ ያወጣል፣

3. የባለ ስልጣኑን ዓመታዊ የስራ አፈፃፀምና ሪፖርት ይገመግማል፣
4. ለባለስልጣኑ መስሪያ ቤት ሃላፊ በመመልመል ለክልል ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በማቅረብ ያሾማል፣
5. ተጠሪነታቸው ለዋናው ስራ አስከያጅ የሆኑ የስራ ሃላፊዎች ቅጥር፣ ምደባ እና ስንብት ያፀድቃል፣
6. የባለስልጣኑ ሒሳብና ንብረት በአግባቡ የተያዙ መሆኑን ያረጋግጣል፣
7. በባለስልጣኑ ዋና ስራ አስከያጅ የሚቀርቡ ሌሎች ጉዳዮች ይወስናል።

**8 ተጠሪነት፣**

የቦርድ ተጠሪነት ለስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ነው።

**9 የቦርድ ስብሰባ**

1. ቦርድ በሶስት ወር አንድ ጊዜ ይሰበሰባል፣ ሆኖም ግን አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ በማንኛውም ጊዜ ስብሰባ ሊያደርግ ይችላል፣
2. የቦርድ አብዛኛዎቹ አባላት ሲገኑ ምልአተ ምልአተ ጉባኤ ይሆናል፣
3. የቦርድ ውሳኔ የሚያልፈው በስብሰባው ከተገኙት አባላት ውስጥ በአብዛኛው ድምፅ ሲደገፍ ነው፣ ድምፅ እኩል ሲሆን ሰብሳቢ ወገን ያለበት አሸናፊ ይሆናል።
4. ቦርድ የራሱ የስብሰባ ደንብ፣ ስነ ስርዓት ሊያወጣ ይችላል፣

**10 የዋናው ስራ አስኪያጅ ስልጣንና ተግባር**

ዋናው ስራ አስኪያጅ ተጠሪነቱ ለቦርድ ሆኖ የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፣

1. ዋና ስራ አስኪያጅ የባለስልጣኑ መስሪያ ቤት ሃላፊ በመሆኑ ጽሕፈት ቤቱን ይመራል፣ ያስተዳድራል፣ ይቆጣጠራል፣
2. በዚህ አዋጅ ዓንቀፅ 4 ለባለስልጣኑ መስሪያ ቤት የተሰጠ ስልጣንና ተግባር በስራ ላይ ያውላል፣
3. ተጠሪነታቸው በቀጥታ ለዋናው ስራ አስኪያጅ የሆኑ ሃላፊዎች ቅጥር፣ ሹመትና ስንብት በተመለከተ ለቦርድ አቅርቦ

የወስን፣
4. በቲ በዓል ስልጣን ምምሕዳር ደንቢን ናይ ሓባር ስምምዕን ኣግባብ ብዘለዎ ሕግን መሰረት ካልኦት ሰራሕተኛታት ይቖፅር፣ የመሓድር፣ የዕብይ፣ የሰናብት፣
5. ናይቲ ብዓል ስልጣን ሓፂርን ነዊሕን ትልሚ ዓመታዊ ናይ ስራሕ ፕሮግራምን በጀትን ንቦርድ የቕርብ፣ እንትፍቀድ'ውን ኣብ ስራሕ የውዕል
6. ነቲ ብዓል ስልጣን ብዝተፈቐደሉ ናይ ስራሕ ፕሮግራምን በጀትን መሰረት ገንዘብ ወፃኢ ይገብር፣
7. ምስ ሳልሳይ ወገናት ብዝግበር ርክብ ነቲ ቤት ፅሕፈት ይውክል፣
8. ናይ'ቲ ብዓል ስልጣን ዓመታዊ ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማ ናይ ሒሳብ ሪፖርትን ኣዳልዩ ነቲ ቦርድ የቕርብ፣
9. ናይ'ቲ ቦርድ ውሳነ ይፍፅም፣ የፍፅም፣
10. ኣብቲ ናይ ስራሕ ከይዲ ዝመክርን ናይ ስራሕ ገምጋምን ኣብ ናይ ትልምን ውሳነታትን ዝዛተ ናይ ማነጅመንት ኮሚቴ የቋቑም፣ ነቲ ኣኼባ'ውን ይመርሕ፣
11. ነቲ ብዓል ስልጣን ስራሕ ቅልጥፍና ብዘድልዮ መጠን ስልጣኑን ተግባሩን ብኽፋል ነቲ ቤት ፅሕፈት ሓለፍትን ካልኦት ሰራሕተኛታትን ብውክልና ከመሓላልፍ ይኽእል እዩ። ካብ 30 መዓልቲ ንዝበለፀ ጊዜ እቲ ስራሕ መካየዲ ብመተካእትኡ ዝሰርሕ ሰብ ኣብ ዝውክለሉ ጊዜ እቲ ውክልና ኣቐዲሙ ናብቲ ቦርድ ኣካቢ ቀሪቡ ክፀድቕ ኣለዎ።
12. እቲ ቦርድ ዝህቦ ካልኦት ተግባራት ይፍፅም።

**11 በጀት፥**

ናይ'ቲ ብዓል ስልጣን በጀት ፍልፍላት ካብዞም ዝስዕቡ ዝርከቡ ይኾውን፣

1. ካብ መንግስቲ ካብ ዝምደብ በጀት፣
2. ካብ ካልኦት ፍልፍላት ዝርከብ ገንዘብ፣

**12 ናይ ሒሳብ ኣተሓሕዛ ስርዓት፣**

እቲ ብዓል ስልጣን ብፋይናንስ ቢሮ ሒሳብ ኣተሓሕዛ ስርዓት ይህልዎ፣ ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብን በቲ ቦርድ እንትፀድቕን ተወሳኺ ብሒሳብ ኣሰራርሓ ተቐባልነት ዘለዎ ናይ ሒሳብ

ያስወስናል፣
4. በባለስልጣኑ መስሪያ ቤት አስተዳደር ደንብ፣ የጋራ ስምምነትና አግባብ ባለው ሕግ መሰረት ሌሎች ሰራተኞች ይቀጥራል፣ ያስተዳድራል፣ ያሳድጋል፣ ያሰናብታል፣
5. የባለስልጣኑ መስሪያ ቤት የአጭርና የረጅም ዕቅድ፣ ዓመታዊ የስራ ፕሮግራምና በጀት ለቦርድ ያቀርባል፣ ሲፈቀድም በስራ ላይ ያውላል፣
6. ለባለስልጣኑ መስሪያ ቤት በተፈቀደለት የስራ ፕሮግራምና በጀት መሰረት ገንዘብ ወጪ ያደርጋል፣
7. ከሶስተኛ ወገኖች ጋር በሚደረግ ግንኙነት ጽሕፈት ቤቱን ይወክላል፣
8. የባለስልጣኑ መስሪያ ቤት ዓመታዊ የስራ አፈፃፀም እና የሒሳብ ሪፖርት አዘጋጅቶ ለቦርድ ያቀርባል፣
9. የቦርድ ውሳኔ ይፈፅማል፣ ያስፈፅማል፣
10. በስራ ሂደት ላይ የሚመክር፣ የሚገመግም፣ በዕቅድና በውሳኔዎች ላይ የሚወያይ የማነጅመንት ኮሚቴ ያቋቁማል፣ ስብሰባውን ይመራል፣
11. ለባለስልጣኑ መስሪያ ቤት ቅልጥፍና በሚያስፈልገው መጠን ስልጣኑንና ተግባሩን በከፊል ለጽሕፈት ቤቱ ሃላፊዎች እና ለሌሎች ሰራተኞች በውክልና ሊያስተላልፍ ይችላል፣ ስራ አስኪያጅ ከ30 ቀን በላይ ለሚሆን ጊዜ እሱን የሚተካ ሰው በሚወክልበት ጊዜ ውክልናው አስቀድሞ ለቦርድ ሰብሳቢ ቀርቦ ይፀድቃል፣
12. በቦርድ የሚሰጡ ሌሎች ተግባሮች ይፈፅማል፣።

**11 በጀት፣**

የባለስልጣኑ የበጀት ምንጭ ከሚከተሉት የሚገኝ ይሆናል፦

1. በመንግስት ከሚመደብ በጀት፣
2. ከሌሎች ምንጮች የሚገኝ ገንዘብ፣

**12 የሒሳብ አያያዝ ስርዓት፣**

የባለስልጣኑ መስሪያ ቤት በፋይናንስ ቢሮ የሒሳብ አያያዝ ስርዓት ይኖረዋል፣ አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝና በቦርድ ሲፀድቅ ተጨማሪ በሒሳብ አሰራር ተቀባይነት ያለው የሒሳብ አሰራር

ኣሰራርሓ ክጥቀም ይኽእል።

**13 ናይ ሒሳብ ምርመራ፥**

ናይ'ቲ ብዓል ስልጣን ሒሳብ ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ብዝምድቦም ኦዲተራት ይምርመር።

**14 እዚ ኣዋጅ ዝፀንዓሉ ጊዜ፥**

እዚ ኣዋጅ ብነጋሪት ጋዜጣ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

መስከረም 1988

ገብሩ አስራት

ርእሰ ምምሕዳር

ብሄራዊ ክልል ትግራይ

ሊጠቀም ይችላል።

**13 የሒሳብ ምርመራ፣**

የባለስልጣኑ መስሪያ ቤት ሒሳብ በክልል መንግስት በሚመደቡ ኦዲተሮች ይመረመራል።

**14 ይህ አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ፣**

ይህ አዋጅ በትግራይ ብሄራዊ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል።

መስከረም 1988

ገብሩ አስራት

የትግራይ ብሔራዊ ክልል

ርዕሰ መስተዳድር

www.abyssinialaw.com

1ይ ዓመት ቁፅሪ 13
1ኛ ዓመት ቁጥር13

መስከረም 1988

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ናይ ሓደ ዋጋ0.50 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቁፅሪ13/1988
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር13/1988
ገጽ 1

## ናይ ትግራይ መናእሰይ ብሄራዊ ግልጋሎት ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ፣

መንእሰይ ወለዶ ብስነ ኣእምሮን ብኣካልን ዝተሃነፀ ዜጋ ኮይኑ ንቅድሚት ናይታ ሃገር ተረካቢን ሓላፍነት ዝስምዖን ዜጋ ክኸውን ንምኽኣል።

ኣብዚ ተታሒዙ ዘሎ ዓዲ ናይ ምልማዕ ርብርብ ተርኡ ክፃወት ንምግባርን ንቅድሚት ካብ ተፀባይነት ተናጊፉ ዓርሱ ዘማሓድር ዓርሰ እምነት ዘለዎ ክኸውን ምግባር ኣድላይ ብምዃኑ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ብመሰረት ሕጊ መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1 መሰረት እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

**1 ሓፂር ርእሲ፣**

እዚ ኣዋጅ " ናይ መናእሰይ ብሄራዊ ግልጋሎት ኣዋጅ ቁ.13/1988 " ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

**2 ዕላማ፣**

1. መንእሰይ ወለዶ ኣብ ልምዓት ዓዲ ናይ ዜግነት ተርኡ ክፃወት ንምግባር፣
2. ብስነ ኣእምሮን ብኣካልን ዝተሃነፀን ሓላፍነት ዝስምዖን ዜጋ ንምፍራይ፣
3. ብዝረኸቦ ስልጠና ካብ ተፀባይነት ተናጊፉ ንቅድሚት ዓርሱ ዝኽእለሉ ኩነታት ንምምችቻው።

**3 ብዛዕባ ኣገላልፃ ፆታ፣**

ኣብዚ ኣዋጅ ብተባዕታይ ፆታ ዝተደንገገ ንፆታ ኣንስተይቲ'ውን ዝጠመረ እዩ።

**4 ፃውዒት፣**

## የትግራይ ወጣቶች ብሄራዊ ግልጋሎት ለመወሰን የወጣ አዋጅ፣

ወጣቱ ትውልድ በስነ አእምሮና በአካል የታነፀ ዜጋ ሆኖ ወደፊት የአገሪቱ ተረካቢና ሃላፊነት የሚሰማው ዜጋ እንዲሆን ለማስቻል፣

በመካሄድ ላይ ባለው አገር የማልማት ርብርቦሽ ድርሻውን እንዲያበረክት ለማድረግና ወደፊት ከተረጂነት ተላቆ እራሱን የሚያስተዳድር በራሱ እምነት ያለው እንዲሆን ማድረግ አስፈላጊ በመሆኑ የትግራይ ብ/ክልል ም/ቤት በትግራይ ብ/ክልል ህገ መንግስት አንቀፅ 49/3/1 መሰረት የሚከተለውን አውጇል።

**1 አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ "የወጣቶች ብሄራዊ አገልግሎት አዋጅ ቁ. 13/1988" ተብሎ ሊጠቀስ ይቻላል።

**2 አላማ**

1. ወጣቱ ትውልድ ለአገር ልማት የዜግነት ግዴታው እንዲወጣ ለማድረግ
2. በስነ አእምሮና በአካል የታነፀና ሃላፊነት የሚሰማው ዜጋ ለማፍራት
3. ባገኘው ስልጠና ከተረጂነት ተላቆ ወደፊት ራሱን የሚችልበት ሁኔታዎች ለማመቻቸት

**3 ስለ ፆታ አገላለፅ**

በዚህ አዋጅ ለወንድ ፆታ የተደነገገው ለአንስታይ ፆታም ይመለከታል

**4 ጥሪ**

1. ዕደሚኡ ኣብ 18-30 ዓመት ዝኾነ ትግራዋይ ኩሉ ኣብ ልምዓት ዓዱ ንኽሳተፍ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ፃውዒት ገይሩ ኣሎ።
2. እዚ ብሄራዊ ግልጋሎት ኣብ ሙሉእ ድልየት ተደሪኹ ዝፍፀም እዩ።
3. ንምስታፍ ፍቃደኛታት ዘይኮኑ ንኽሳተፉ ኣይግደዱን
4. ዕደሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ መናእሰይ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዘጠናቐቑ እንተኾይኖም እዚ ወፈራ ይምልከቶም እዩ።

## 5 ናይ ግልጋሎት ዘበን፣

1. በዚ ፃውዒት መሰረት ዝወፈሩ መናእሰይ ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ስልጠና ክወሃቦም እዩ
2. ድሕሪ ፃውዒት ስልጠና ንትሽዓተ ኣዋርሕ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ግልጋሎት ክህቡ ይግበር።
3. ብጀካ ብመንግስቲ ዝዳሎ መፅለሊን ምግቢን ካልኦት ንስልጠና ዘድልዩ ወፃእታትን እዚ ወፍሪ ብዘይ ክፍሊት ዝወሃብ ናይ ነፃ ግልጋሎት እዩ።
4. ግልጋሎት ዝወሃበሉ ኣብ ውሽጢ እዚ ብሄራዊ ክልል ኣድለይቲ ኣብ ዝኾኑ ቦታታት ኩሉ ይኸውን።

## 6 ብዛዕባ ምስንባት

1. ድሕሪ ናይ ሓደ ዓመት ናይ ስልጠናን ግልጋሎት ጊዜ መናእሰይ ነናብ ዝመፁሉ ከባቢ ክሰናበቱ ይግበር። ተተካእቲ ድማ ሰልጢኖም ይወፁ
2. ድሕሪ ናይዚ ብሄራዊ ግልጋሎት ግዜ ምጥቕላል ድልየት ንዘለዎም ናይቲ ክልል መንግስቲ ዓቕሚ ብዝፈቐዶ መጠን ተወሳኺ ሞያዊ ስልጠና ክወሃቦ እዮም
3. ነዚ ተወሳኺ ስልጠና ዝግበር ወፃኢ ከምቲ ቀዳማይ ብመንግስቲ ዝሸፈን ይኸውን
4. ንቅድሚት መናእሰይ ካብዚ ክልል መንግስቲ ክረኽብዎም ኣብ ዝኽእሉ ናይ ትምህርትን፣ ስልጠናን ጥቅሚታት ቀዳምነት ዝወሃብ እዚ ብሄራዊ ግልጋሎት ንዝፈፀመ እዩ። ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብመምሪሒ ይውሰን።

## 7 ኣቃውማ

1. ዕድሜው ከ18-30 ዓመት የሆነ የትግራይ ክልል ነዋሪ ሁሉ በልማት እንዲሳተፍ የትግራይ ክልል ም/ቤት ጥሪ አድርጓል።
2. ይህ ብሄራዊ አገልግሎት በሙሉ ፈቃደኝነት ተመስርቶ የሚፈፀም ነው።
3. ለመሳተፍ ፍቃደኞች ያልሆኑ ለመሳተፍ አይገደዱም
4. ዕድሜያቸው ከ18 ዓመት በታች የሆኑ ወጣቶች የሁለተኛ ደረጃ ትምህርት ያጠናቀቁ ከሆኑ ይመለከታቸዋል።

## 5 የአገልግሎት ዘመን

1. በዚህ ጥሪ መሰረት የሚዘምቱ ወጣቶች የ3 ወር ስልጠና ይሰጣቸዋል
2. ከስልጠናው በኋላ ለ9 ወራት በተለያዩ መስኮች አገልግሎት እንዲሰጡ ይደረጋል
3. በመንግስት ከሚዘጋጅ መጠለያ፣ ምግብ እና ለስልጠናው የሚያስፈልጉ ወጪዎች በስተቀር ይህ አገልግሎት ያለ ክፍያ የሚሰጥ ነፃ አገልግሎት ነው።
4. አገልግሎት የሚሰጣቸው በዚህ ብሄራዊ ክልል አስፈላጊ ቦታዎች ሁሉ ይሆናል።

## 6 ስለ ማሰናበት

1. ከአንድ ዓመት የስልጠናና አገልግሎት ጊዜ በኋላ ወጣቶች ወደየመጡበት አከባቢ እንዲሰናበቱ ይደረጋል። ተተኪ ሰልጣኞች ደግሞ ሰልጥነው ይወጣሉ
2. ከዚህ ብሄራዊ አገልግሎት መጠናቀቅ በኋላ ፍላጎቱ ላላቸው የክልሉ መንግስት አቅም በፈቀደ መጠን ተጨማሪ የሙያ ስልጠና ይሰጣቸዋል።
3. ለዚህ ተጨማሪ ስልጠና የሚደረግ ወጪ እንደመጀመሪያው በመንግስት የሚሸፈን ይሆናል።
4. ወጣቶች ወደፊት ከዚህ ክልል መንግስት ሊያገኙዋቸው የሚችሉ የትምህርት ስልጠናና ጥቅሞች ቅድሚያ የሚሰጠው ይህንን ብሄራዊ አገልግሎት ለፈፀመ ነው። ዝርዝር አፈፃፀሙ በህግ ይወሰናል።

## 7 ስለማቋቋም

1. ነዚ ወፍሪ ዘተሓባብርን ብላዕለዋይነት ዝመርሕን ቤት ፅሕፈት ብሂራዊ ግልጋሎት መናእሰይ ትግራይ በዚ ኣዋጅ ቆይሙ ኣሎ።
2. ናይዚ ቤት ፅሕፈት ተፀዋዕነት ንስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ብሂራዊ ክልል ትግራይ ይኸውን።

8 ስልጣንን ተግባርን እዚ ቤት ፅሕፈት

1. እዚ ቤት ፅሕፈት ዝስዕብ ስራሕን ሓላፍነትን ይህልዎ።
   ሀ. ነቲ ጠቕላላ ከይዲ ይመርሕ፣
   ለ. ንስልጠና ኣድለይቲ ዝኾኑ መሳርሒታት ይጥርንፍ፣ የዋፍር
   ሐ. መንእሰይ ናብ ስልጠና ክኣቱ ምልዕዓል ይገብር
   መ. ክወሃብ ዝግባእ ስልጠና ኩሉ ዝተውሃበ ምዃኑ ይከታተል፣
   ሰ. ሰልጢኖም ዝወፁ የዋፍር፣ ተተካእቲ ሰልጢኖም ክወፁ ይገብር፣

   ሸ. ግቡኦም ፈፂሞም ንዝተመለሱ ምስክር ወረቐት ሂቡ የሰናብት።
2. ናይዚ ዝርዝር ኣፈፃፅማ መምረሒ ንቅድሚት በቲ ቤት ፅሕፈት ረቂቁ ብስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ብሂራዊ ክልል ትግራይ ፀዲቁ ይወፅእ።

9 ኣመራርሓ ቤት ፅሕፈት

1. ብመንግስቲ ዝሸየም ሓደ ናይ ቤት ፅሕፈት ሓላፊ፣
2. ካልኦት ኣድለይቲ ሰራሕተኛታት ይህልዉዎ።

10 ስልጣንን ተግባርን ሓላፊ እዚ ቤት ፅሕፈት

1. ሓላፊ እዚ ቤት ፅሕፈት ናይዚ ቤት ፅሕፈት ስራሕቲ ይመርሕ፣ የማሓድር፣ ይቆፃፀር፣
2. በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 8 ንቲ ቤት ፀሕፈት ዝተውሃቦ ስልጣንን ተግባርን ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር።
3. ነቲ ቢሮ ዝምልከት ረቂቕ ሕግታት ንስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ ክልል ትግራይ ክቕርብ ይገብር፣

11 እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ጊዜ፣

እዚ ኣዋጅ ብነጋሪት ጋዜጣ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

1. ይህ አገልግሎት የሚያስተባብርና በበላይነት የሚመራ የትግራይ ወጣቶች ብሂራዊ አገልግሎት ጽ/ቤት ተቋቁሟል።
2. የዚህ ጽ/ቤት ተጠሪነት ለትግራይ ብ/ክልል ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ይሆናል።

8 የጽ/ቤቱ ስልጣንና ተግባር

1. ይህ ጽ/ቤት የሚከተሉት ተግባርና ሃላፊነት ይኖሩታል
   ሀ. የስልጠናው አጠቃላይ ሂደት ይመራል፣
   ለ. ለስልጠናው አስፈላጊ የሆኑ መሳሪያዎች ይሰበስባል፣ ያንቀሳቅሳል።
   ሐ. ወጣቱ ወደ ስልጠናው እንዲገባ ቅስቀሳ ያደርጋል
   መ. ሊሰጥ የሚገባው ስልጠና ሁሉ የተሰጠ መሆኑ ይከታተላል
   ሰ. ሰልጥነው የወጡትን ያንቀሳቅሳል፣ ተተኪዎች ደግሞ ሰልጥነው እንዲወጡ ያደርጋል
   ሸ. ግዴታቸው ፈፅመው ለተመለሱ ምስክር ወረቀት በመስጠት ያሰናብታል፣
2. የዚህ ዝርዝር አፈፃፀም መምሪያ ወደፊት በጽ/ቤቱ ረቆ በትግራይ ብሂራዊ ክልል ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ፀድቆ ይወጣል።

9 የጽ/ቤቱ አመራር

1. በመንግስት የሚሾም የጽ/ቤቱ ሐላፊ

2. ሌሎች አስፈላጊ ሰራተኞች ይኖሩታል።

10 የጽ/ቤቱ ሓላፊ ስልጣንና ተግባር

1. የዚህ ጽ/ቤት ሃላፊ የጽ/ቤቱን ስራዎች ይመራል፣ ያስተዳድራል፣ ይቆጣጠራል
2. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 8 መሰረት ለጽ/ቤቱ የተሰጠውን ስልጣንና ተግባር ስራ ላይ እንዲውል ያደርጋል
3. ቢሮው በሚመለከት ረቂቅ ህጎች ለትግራይ ብሂራዊ ክልል ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ እንዲቀርብ ያደርጋል።

11 ይህ አዋጅ የሚፀናበት ግዜ

ይህ አዋጅ በትግራይ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ጀምሮ የፀና ይሆናል።

www.abyssinialaw.com

መስከረም 1988
ገብሩ አስራት
ርእሰ ምምሕዳር
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

መስከረም 1988
ገብሩ አስራት
የትግራይ ብሄራዊ ክልል
ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com

1ይ ዓመት ቁፅሪ 14

1ኛ ዓመት ቁጥር 14

መስከረም 1988

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ናይ ሓደ ዋጋ | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | 120

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቁፅሪ 14/1988
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 14/1988
ገጽ 1

## ቤት ፅሕፈት ምልሻ ክልል ትግራይ ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ

- ህዝቢ ዕጡቕ ኮይኑ ናይ ባዕሉ ረብሓታትን ሰላምን ፀጥታን ዝሕልወሉ ባይታ ምፍጣርን ኩለመዳያዊ ናይ ህዝቢ ረብሓታትን ጥቅምታትን ዝሕሉን ነዚ ዝዳፍኡ እንትህለዉ ድማ ዝከላኸልን ሓይሊ ምቛም ኣድላይ ብምዃኑ
- ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1 እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 1**

**ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ "ቤት ፅሕፈት ምልሻ ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ ቁ.14/1988" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

**ዓንቀፅ 2**

**ዕላማ**

1. ኩለመዳያዊ ናይ ህዝቢ ረብሓታትን ሰላምን ፀጥታን ምሕላው፣
2. ነዚ ዝዳፍኡ እንትህለዉ ምክልኻል

**ዓንቀፅ 3**

**ኣቃውማ**

1. ቤት ፅሕፈት ምልሻ ክልል ትግራይ ብክልል፣ ብዞባ፣ ብወረዳ ዝተወደበ ኮይኑ በዚ ኣዋጅ ቆይሙ ኣሎ።
2. ብመንግስቲ በጀት ዝመሓደሩ መራሕቲ ካብ

## የትግራይ ክልል ሚሊሺያ ጽሕፈት ቤት ለማቋቋም የወጣ አዋጅ

- ህዘቡ ታጥቆ የራሱ ጥቅሞች ሰላምና ፀጥታ የሚጠብቅበት ሁኔታ መፍጠርና ሁሉን አቀፍ የህዝብ ጥቅሞችን የሚጠብቅ፣ ይህን የሚቃረኑ ሲሆኑ ደግሞ የሚከላከል ሃይል ማቆም አስፈላጊ በመሆኑ፤
- የትግራይ ክልል ም/ቤት በትግራይ ክልል ህገ መንግስት አንቀፅ 49/3/1 መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

**አንቀጽ 1**

**አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ "የሚሊሺያ ጽሕፈት ቤት ለማቋቋም የወጣ አዋጅ ቁ. 14/1988" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**አንቀጽ 2**

**አላማ**

1. ሁሉን አቀፍ የህዝብ ጥቅሞችን ፣ ሰላምና ፀጥታ መጠበቅ
2. ይህን የሚቃረኑ ሲኖሩ መከላከል

**አንቀጽ 3**

**ስለማቋቋም**

1. የትገራይ ክልል ሚሊሺያ ጸሕፈት ቤት በክልል፣ በዞን በወረዳ የተዋቀረ ሆኖ በዚህ አዋጅ ተቋቁሟል።
2. በመንግስት በጀት የሚተዳደሩ መሪዎች

ክልል ክሳብ ወረዳ ይህልዉ፡፡ ካብዚ ወፃኢ ዘለዉ ኣባላት ሓይሊ ምልሻ ዝህቡዎ ግልጋሎት በዘይክፍሊት ዝፍፀም'ዩ፣

3. ተፀዋዕነቱ በብረደጁኡ ንዘሎ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ይኸውን

**ዓንቀፅ 4**

**ስልጣንን ተግባርን፣**

1. በብደረጅኡ ዝህልዉ ውዳበታት ቤት ፅሕፈት ምልሻ የጣይሽ፣ የተሓባብር፣ ይመርሕ
2. ብክልል መንግስቲ ብዝወፅእ መምርሒ መሰረት በብደረጅኡ ንዝቐውም ምልሻ ሓይሊ ሰብ ይምልምል፣ የዕጥቅ ህንፀቶም ብላዕለዋይነት ይመርሕ
3. ምስ ህዝባዊ ፖሊስ ብምትሕብባር ከባቢያዊ ናይ ፀጥታ ሓይሊ ኮይኑ ይሰርሕ
4. ናይ ከባቢኡ ፀጥታ የኽብር ፣ ሕጊ ዝጥሕሱ ሰባት እንትረክብ ሒዙ ናብ ፖሊስ ምስ ፀብፃብን ኢግዚቪትን የቕርብ፥
5. ኣብ ከባቢኡ ሽፍቱ፣ ሰረቅቲ ንገበን ስራሕ ዝተወደቡን ካልኦት ሕጊ ዝጥሕሱ ሰባት ምህላዎም እንትሰምዕ ወይ እንትርኢ ቀልጢፉ ናብ ዝምልከቶ ይፅብፅብ፣ ባዕሉ ኣብ ቁፅፅር ዝኣትወሉ ስጉምቲ ይወስድ፣ ምስ ከባቢኡ ህዝቢ ተሓባቢሩ ክተሓዙ ይገብር፣
6. ኣብ ከባቢኡ ዝካየዱ ዳህሰሳታት ምስ ህዝባዊ ፖሊስን ዘይዓጠቐ ህዝብን ተሓባቢሩ ይወፍር፣
7. ምስ ህዝባዊ ፖሊስ ብምትሕብባር ነናይ ከባቢኡ ህዝባውን መንግስታውን ትካላትን ኣብያተ ፅሐፈትን ድሕንነቶም ይሕሉ፣
8. ናይ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ትእዛዛትን በብደረጅኡ ዘሎ ምምሕዳር ዝህቦ ስራሕቲ ይፍፅም
9. ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ምስ ክልል ፖሊስን መከላኸሊ ሰራዊት ኢትዮጵያን ንሰላምን ድሕንነትን ይሰርሕ፣
10. ንብዙሕ ጊዜ ካብ ማእቶትን ናብራን ዝንፅል ናይ ፀጥታን ካልኦት መንግስታዊ ስራሕትን ክዋሃቦ ኣይግባእን ክፍፅም'ውን ኣይግደድን
11. ብዝወፅእ ውሽጠ ደንቢ መሰረት ኣባላቱ የመሓድር

ከክልል እስከ ወረዳ ይኖሩታል፡፡ ከዚህ ውጭ ያሉ የሚሊሺያ ሃይል አባሎች የሚሰጡት አገልግሎት ያለ ክፍያ የሚፈፀም ነው፡፡

3. ተጠሪነቱ በየደረጃው ለሚገኙ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ይሆናል፡፡

**አንቀጽ 4**

**ስልጣንና ተግባር**

1. በየደረጃው የሚሊሺያ ጽ/ቤት ያቋቁማል፣ ያስተባብራል፣ ይመራል
2. በክልል መንግስት በሚወጣ መመሪያ መሰረት በየደረጃው ለማቋቋም ሚሊሺያ የሰው ሃይል ይመለምላል፣ ያስታጥቃል፣ አደረጃጀታቸውን በበላይነት ይመራል፡፡
3. ከህዝባዊ ፖሊስ ጋር በመተባበር የአከባቢ የፀጥታ ሃይል ሆኖ ይሰራል፣
4. የአከባቢውን ፀጥታ ያስከብራል፣ ህግ የሚጥሱ ሰዎች ሲያገኝ ይዞ ወደ ፖሊስ ከሪፖርትና ኢግዚቢት ጋር ያቀርባል፡፡
5. በአከባቢው ሽፍቶች፣ ሌቦች፣ ለወንጀል ስራ የተደራጁትንና ሌሎች ህግ የሚጥሱ ሰዎች መኖራቸው ሲሰማ ወይም ስያይ ባስቸኳይ ወደ ሚመለከተው ሪፖርት ያደርጋል፣ ራሱ በቁጥጥር ስር የሚውሉበትን እርምጃ ይወስዳል፥ ከአከባቢው ህዝብ ጋር ተባብሮ እንዲያዙ ያደርጋል፡፡
6. በአከባቢው የሚደረጉ አሰሳዎች ከህዝባዊ ፖሊስና ካልታጠቀ ህዝብ ተባብሮ ይንቀሳቀሳል፡፡
7. ከህዝባዊ ፖሊስ ጋር በመተባበር ለአካባቢው ህዝባዊና መንግስታዊ ድርጅት ጽ/ቤቶች ደህንነት ይጠብቃል
8. የማህበራዊ ፍ/ቤቶች ተእዛዞችና በየደረጃው ያለው አስተዳደር የሚሰጠውን ስራዎች ይፈፅማል፥
9. አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ ከክልል ፖሊስና የኢትዮጵያ መከላከያ ሰራዊት ጋር ለሰላምና ለደህንነት የሰራል
10. ለበዙ ግዜ ከኑሮውና ከምርት ስራ የሚነጥል የፀጥታና የሌሎች መንግስታዊ ስራዎች ሊሰጠው አይገባም፡ለመፈፀምም አይገደድም፡፡
11. በሚወጣ የውስጥ ደንብ መሰረት አባሎቹን ያስተዳድራል

12.በጀት ኣዳልዩ የቅርብ እንትፍቀድ ኣብ ስራሕ የውዕል

**ዓንቀፅ 5**

**ብዛዕባ ምልመላን ዕጥቅን**

1. ኣገባብ ምልመላን ስልጠናን ሓይሊ ምልሻ ብቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ብዝወፅእ መምርሒ መሰረት ዝፍፀም ይኸውን
2. ዕድሚኡ ካብ 18 ንላዕሊ ፆታን ሞያን ከይፈለየ ዝኾነ ናይ ጣብያ ነባሪ ኣባል ሓይሊ ምልሻ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

**ዓንቀፅ 6**

**ብዛዕባ ሕጋዊነት ዕጥቂ**

1. ብመሰረት ዝወፅእ መምርሒ ዝተመልመለ ኣባል ሓይሊ ምልሻ ዝሕዞ ዕጥቂ ሕጋዊ እዩ፤ ሕጋዊ ዕጡቕ ምኳኑ ዘረጋግፅ መንነት መለለይ ዝሓዘ ክኸውን ኣለዎ፣
2. ዝኾነ ኣባል ሓይሊ ምልሻ ዝሓዞ ዕጥቂ ሕጋዊ ብዝኾነ መንገዲ ዝተውሃቦ ልኡኽ ንምፍፃም ጥራሕ የጥቀመሉ፣
3. ዝኾነ ኣባል ሓይሊ ምልሻ ዝሓዞ ዕጥቂ ምሻጥ፣ ምልዋጥ ምብልሻው፣ ምክራይ በቲ ኣብ ገበን መቅፅዒ ሕጊ ዝተደንገገ መሰረት ዘሕተት ይኸውን።
4. በዝሒ፣ ሰነ ምግባርን፣ ስንብት ኣባላት ምልሻ ብዝምልከት ዝርዝሩ ንቅድሚት ብሕጊ ዝውሰን ይኸውን

**ዓንቀፅ 7**

**ብዛዕባ ዝተሰዓሩ ሕግታት፥**

ናይ ክልል ትግራይ ሓይሊ ፖሊስን ሓለዋ ፀጥታን ንምቛም ወፂኡ ዝነበረ ኣዋጅ ቁፅሪ 6/1985 በዚ ኣዋጅ ተሳዒሩ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 8**

**እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ጊዜ**

እዚ ኣዋጅ ብነጋሪት ጋዜጣ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

መስከረም 1988
ገብሩ ኣስራት
ርእሰ ምምሕዳር ቤት ምኽሪ
ክልል ትግራይ

12.በጀት አዘጋጅቶ ያቀርባል፣ ሲፈቀድ በስራ ላይ ያውላል።

**አንቀፅ 5**

**ስለ ምልመላና ትጥቅ**

1. የሚሊሺያ ሃይል ምልመላና ስልጠና አገባብ በትግራይ ክልል ም/ቤት በሚወጣ መመሪያ መሰረት የሚፈፀም ይሆናል።
2. ፆታና ሞያ ሳይለይ ዕድሜው ከ18 ዓመት በላይ የሆነ የጣቢያ/ቀበሌ/ ነዋሪ የሚሊሺያ አባል ሊሆን ይችላል

**አንቀፅ 6**

**ስለ ትጥቅ ህጋዊነት**

1. በሚወጣ መመሪያ መሰረት የተመለመለ የሚሊሺያ ሃይል አባል የሚይዘው መሳሪያ ህጋዊ ነው፣ ህጋዊ ታጣቂ ለመሆኑ የሚያረጋግጥ መታወቂያ የያዘ መሆን አለበት፣
2. ማንኛውም የሚሊሽያ ሃይል አባል የያዘው ትጥቅ ህጋዊ በሆነ መንገድ የተሰጠውን ተልእኮ ለመፈፀም ብቻ ይጠቀምበታል።
3. ማንኛውም የሚሊሺያ ሃይል አባል የያዘው ትጥቅ መሸጥ መለወጥ፣ ማበላሸት፣ ማከራየት በወንጀለኛ መቅጫ ህግ በተደነገገው መሰረት የሚያስጠይቅ ይሆናል።
4. የሚሊሺያ አባላት ብዛት፣ ስነምግባርና ስንብት በሚመለከት ዝርዝር ሁኔታ ወደ ፊት በህግ የሚወሰን ይሆናል።

**አንቀጽ 7**

**ስለተሻሩ ህጎች**

የትግራይ ክልል ፖሊስ ሃይልና ፀጥታ ጥበቃ ለማቋቋም ወጥቶ የነበረው አዋጅ ቁ.6/1985 በዚህ አዋጅ ተሽሯል።

**አንቀፅ 8**

**ይህ አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ በትግራይ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከሚወጣበት ጊዜ ጀምሮ የፀና ይሆናል።

መስከረም 1988
ገብሩ አስራት
የትግራይ ክልል ምክር ቤት
ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com

1ይ ዓመት ቁፅሪ 15
1ኛ ዓመት ቁጥር 15

መስከረም 1988

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ናይ ሓደ ዋጋ | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቁፅሪ 15/1988
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 15/1988
ገጽ 1

## ቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን ክልል ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ኣዋጅ

ናይ ክልልና ሰበኣዊን ተፈጥሮኣዊን ሃፍቲ ንሕብረተሰብና ረብሓ ብግቡእ ምውዓሉን ካብኡ ሓሊፉ ድማ ንክልልና ብማእኸላይ መንግስቲን ህዝብን ዝምደብ በጀት ብዝግባእ ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ቁፅፅር ክግበረሉ ስለዘለዎ፣

ብዝተፈላለየ ናይ ልምዓት ትካላትን ቢሮታትን ኣብያተ ፅሕፈትን ከምኡ'ውን ናይ ማሕበራትን ናይ ገንዘብ ምምሕዳር ኣግባብ ዘለዎ ናይ ሒሳብ ኣተሓሕዛ ስርዓት ዝሓዘ ምዃኑን ካብ ቢሮታት ዝእከብ ኣታዊን ወፃኢ'ን ናይ ንብረት ምምሕዳር ብናይ መንግስቲ ደንቢ'ን ሕግን ዝምራሕ ምዃኑ ንምርግጋፅ፣

ካብኡ ሓሊፉ ድማ ዝተትሓዙ መደባትን ፕሮግራማትን ቁልጡፍ ቁጠባዊ ናይ ኣጠቃቅማ ኣንፈት ዝተኸተሉ ምዃኖም ንምርግጋፅ ናይ ክልልና ኢኮኖሚ ብዝተጠናኸረ ናይ ኦዲት ስራሕ ክድገፍ ስለዘለዎ፣

ቤት ምክሪ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ብሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1 ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት ናይ ክልል ኦዲትን ቁፅፅርን ቤት ፅሕፈት ንምጥያሽ እዚ ዝስዕብ ተኣዊጁ ኣሎ።

### ክፍሊ ሓደ
### ሓፈሻዊ ድንጋገ፥
### ዓንቀፅ 1፥
### ሓፂር ርእሲ

## የትግራይ ክልል ኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤትን ለማቋቋም የወጣ አዋጅ

የክልሉ ሰብአዊና ተፈጠራዊ ሃብት ለህብረተሰቡ ጥቅም በሚገባ መዋሉን፣ እነዲሁም በማእከላዊ መንግስትና ሕዝብ ለክልሉ የሚመደብ በጀት በሚገባ በስራ ላይ መዋሉ ቁጥጥር እንዲደረግበት ስለሚያስፈልግ፣

የተለያዩ የልማት ድርጅቶች፣ ቢሮዎች ጽሕፈት ቤቶች እንዲሁም ማሕበራት የገንዘብ አስተዳደር አግባብ ያለው የሂሳብ አያያዝ ስርአትን የተከተለ መሆኑንና ከቢዎች አያያዝ በመንግስት ደንብና ህግ የሚመራ መሆኑን ለማረጋገጥ፣

በተጨማሪም የተያዙ ፕሮግራሞች ፈጣን ኢኮኖሚያዊ የአጠቃቀም ዘዴ የተከተሉ መሆናቸውን ለማረጋገጥ የክልሉ ኢኮኖሚ በተጠናከረ የኦዲት ስራ ሊደገፍ ስለሚገባው፥

የትግራይ ብሄራዊ ክልል ምክር ቤት በትግራይ ብሄራዊ ክልል ሕገ መንግስት ዓንቀፅ 49/3/1 በተሰጠው ስልጣን መሰረት የክልሉ ኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ለማቋቋም የሚከተለውን አዋጅ አውጇል።

### ክፍል አንድ
### ጠቅላላ ድንጋጌዎች
### ዓንቀጽ 1
### አጭር ርእስ

እዚ ኣዋጅ "ኦዲትን ቁፅፅርን ቤት ፅሕፈት መጣየሺ ኣዋጅ ቁፅሪ 15/1988" ተባሂሉ ክፅዋዕ ይኸእል።

**ዓንቀፅ 2**

**ትርጉም**

"ሓላፊ' ማለት ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን ክልል ትግራይ እዩ።

"ማሕበር" ማለት ናይ ሓረስቶት ሕብረት ስራሕ ማሕበር፣ ናይ እደ ጥበብ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ናይ ከተማ ነበርቲ ማሕበራትን ካልኦት ናይ ህዝቢ ትካላትን እዩ።

"ቤት ምኽሪ" ማለት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል ትግራይ እዩ።

"ትካል" ማለት ዝኾነ ብክልል መንግስቲ ሙሉእ ዋንነት ወይድማ ብሽርክና ዝመሓደር ፋብሪካ መከፋፈሊን ግልጋሎት ወሃቢን ትካል ወይድማ ካሊእ ናይ ንግዲ ትካል እዩ፥

"ቢሮ " ማለት ብክልል ቤት ምኽሪ ብኣዋጅ ዝተጣየሻ ቢሮታት እየን።

**ዓንቀፅ 3**

**ምጥያሽ**

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ብሕገመንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ቁፀሪ 49/3/1 መሰረት ቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን /ድሕሪ ሕዚ ቤት ፅሕፈት እናተብሃለ ዝፅዋዕ/ በዚ ኣዋጅ ኣጣይሹ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 4**

**እወዳድባ እቲ ቤት ፅሕፈት**

1. ኦዲትን ቁፅፅርን ቤት ፅሕፈት
2. ኦዲትን ቁፅፅርን ቤት ፅሕፈት ሓላፊ
3. ኦዲተራትን ከምኣድላይነቱ ካልኦት ሰራሕተኛታት

**ዓንቀፅ 5**

**ናይቲ ቤትፅሕፈት ሓለፍቲ ኣመራርፃን ኣሻያይማን**

1. ንቲ ቤት ፅሕፈት ዝመርሖ ሓላፊ ብርእሰ ምምሕዳር ተሓሪዩ ብቤት ምኽሪ ይሸየም
2. ናይቲ ቤት ፅሕፈት መምርሒ ሓለፍቲ ብቤት ፅሕፈት ተሓርዮም ብክልል ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ይሸየሙ

**ዓንቀፅ 6**

**በዛዕባ ተፀዋዕነት**

ይህ አዋጅ "ኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤትን ለማቋቋም የወጣ አዋጅ ቁጥር 15/1988" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**ዓንቀጽ 2**

**ትርጓሜ**

"ሓላፊ" ማለት የትግራይ ክልል ኦዲትና ቁጥጥር ጽሐፈት ቤት ኃላፊ ማለት ነው።

"ማሕበር" ማለት የገበሬዎች ሕብረት ስራ ማሕበር፣ የዕደጥበባት ሕብረት ስራ ማሕበር፣ የተከማ ነዋሪዎች ማሕበራትና ሌሎች የህዝብ ድርጅቶች ማለት ነው።

"ምክር ቤት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልል ምክር ቤት ማለት ንው።

"ድርጅት" ማለት ማንኛውም ሙሉ በሙሉ በክልሉ መንግስት ስር ወይም በሽርክና የሚተዳደር ፋብሪካ፣ ማከፋፈያ፣ ኣገልግሎት ሰጪ ወይም ሌላ የንግድ ድርጅት ማለት ነው።

"ቢሮ" ማለት በክልሉ ምክር ቤት በአዋጅ የተቋቋሙ ቢሮዎች ናቸው።

**ዓንቀጽ 3**

**ስለማቋቋም**

የትግራይ ብሄራዊ ክልል ምክር ቤት በትግራይ ብሄራዊ ክልል ሕገ መንግስት ቁጥር 49/3/1 መሰረት የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት /ከዚህ በኋላ "ጽሕፈት ቤት" እየተባለ የሚጠራ/ በዚህ አዋጅ አቋቁሟል።

**ዓንቀጽ 4**

**የጽሕፈት ቤቱ አወቃቀር**

1. የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት
2. የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት ኃላፊ
3. ኦዲተሮችና እንደ አስፈላጊነቱ ሌሎች ሰራተኞች

**ዓንቀጽ 5**

**የጽሕፈት ቤቱ ኃላፊዎች አመራረጥና አሿሿም**

1. ጽሐፈት ቤቱን የሚመራ ኃላፊ በክልሉ ርእሰ መስተዳድር አቅራቢነት በምክር ቤቱ ይሾማል
2. የጽሕፈት ቤቱ የመምርያ ኃላፊዎች በጽሕፈት ቤቱ አቅራቢነት በክልሉ ስራ አስፈጻሚ ኮሚቴ ይሾማሉ

**ዓንቀጽ 6**

**ተጠሪነት**

ሓላፊ'ቲ ቤት ፅሕፈት ተፀዋዕነቱ ነቲ ቤት ምኽሪ ኮይኑ እቲ ቤት ምኽሪ ኣብዘይርከበሉ እዋን ነቲ ርእሰ ምምሕዳር ይኸውን።

## ክፍሊ ክልተ
## ዓንቀፅ 7
## ስልጣንን ተግባርን

እቲ ቤት ፅሕፈት ዝቅፅሉ ተግባርን ሓላፍነትን ይህልዉዎ፣

1. ናይ ብሄራዊ ክልል ምምሕዳር ቤት ፅሕፈትን ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ካልኦት ናይ ምምሕዳር ቤት ፅሕፈታት ሓዊሱ ኣብዚ ብሄራዊ ክልል ዝርከቡ ቢሮታትን ካልኦት ቢሮታትን ካልኦት መንግስታዊ ኣካላት፣ ትካላትን ማሕበራትን ሒሳብ ይምርምር ወይ ድማ ክምርመር ይገብር
2. ዝርከብ ናይ ኦዲት ውፅኢት ናብ ብሄራዊ ክልል ቤት ምኽሪ ከምኡ'ውን ቤት ምኽሪ ኣብዘይርከበሉ ነቲ ርእሰ ምምሕዳር የቕርብ።
3. ዝኾነ ናይ ሒሳብ ከይዲ ተንኮል ዝሓዘ ተኣማንነት ዝጎደሎ ኮይኑ እንትርከብ እቲ ሒሳብ ዝምልከቶም ሰነዳትን መዛግብትን ይእሽግ፣
4. ኣብ ክልል ዝዋፈሩ ናይ ግሊ ኦዲተራትን ሒሳብ ፈላጣትን ነቲ ስራሕ ዘድሊ ክእለትን ፍልጠትን ዘለዎም ምዃኑ የረጋግፅ፣ ምስክር ወረቀት'ውን ይህብ ፣ይሕድስ፣ ይስርዝ፣
5. ዝተኻየዱ ናይ ኦዲት ምርመራ ትሕዝቶ ብምግምጋም ናይ ፀገማት መበገሲ ፅንዓት ብምክያድ መፍትሒ ሓሳብ ምቕራብ፣
6. ናይ ሒሳብን ንብረትን ናይ ኦዲት ስርዓትን ደረጃን ዝምልከት መምርሒታት የውፅእ፣
7. ማእኸላይ መንግስቲ ብዛዕባ ገንዘብን ሒሳብ ኣተሓሕዛ ስርዓት ኣብ ዘዳልዎ ደንቢ ሓሳብ የቕርብ፣
8. ናይ ኦዲት ሙያ ክጉልብት ምግባር፣
9. ንክልልና ብማእኸላይ መንግስቲን ብብሄራዊ ክልል መንግስቲን ከምኡ'ውን ብሓገዝ ውሃብቲን ዝምደብ ናይ ልምዓት በጀትን ከምኡ'ውን መደበኛ በጀት ኣብቲ ዝፀድቀሉ ፕሮግራም ዝወዓለ ምዃኑ ይምርምር

የጽሕፈት ቤቱ ኃላፊ ተጠሪነቱ ለክልሉ ምክር ቤት ሆኖ ምክር ቤቱ በማይገኝበት ጊዜ /ስራ ላይ በማይሆንበት ጊዜ/ ለርእሰ መስተዳድሩ ይሆናል።

## ክፍል ሁለት
## ዓንቀጽ 7
## ስልጣንና ተግባር

ጽሕፈት ቤቱ የሚከተሉት ተግባርና ኃላፊነት ይኖሩታል፣

1. የብሄራዊ ክልል መስተዳድሩ ጽሕፈት ቤትና በስሩ የሚገኙ ሌሎች የመስተዳድር ጽሕፈት ቤቶችን ጨምሮ በብሄራዊ ክልሉ የሚገኙትን ቢሮዎችና ሌሎች የመንግስት አካላት ድርጅቶችና ማሕበራት ሒሳብ ይመረመራል ወይም እንዲመረመር ያደርጋል
2. ከኦዲት ያገኘው ውጤት ለብሄራዊ ክልሉ ምክር ቤት ወይም ምክር ቤቱ በስራ ላይ በማይሆንበት ጊዜ ለርእሰ መስተዳድሩ ያቀርባል።
3. ማንኛውም የሂስብ ስራ ታማኝነት የጎደለው ሆኖ ሲገኝ ሒሳቡን የያዙ ሰነዶችና መዝገቦች ያሽጋል
4. በክልል የሚንቀሳቀሱ የግል ኦዲተሮችና የሒሳብ ኣዋቂዎች ለስራው የሚያስፈልግ ችሎታና እውቀት ያላቸው መሆኑን ያረጋግጣል፣ የምስክር ወረቀት ይሰጣል፣ ያድሳል፣ ይሰርዛል።
5. የተደረጉ የኦዲት ምርመራ ይዘት በመገምገም የችግሮች መንስኤ ጥናት በማካሄድ የመፍትሄ ሃሳብ ያቀርባል።
6. የሒሳብ የንብረትና የኦዲት ስርዓትና ደረጃ የሚመለከት መመርያ ያወጣል
7. የማእከላዊ መንግስት ስለ ገንዘብና የሒሳብ አያያዝ ስርዓት በሚያዘጋጀው ደንብ ላይ ሃሳብ ያቀርባል።
8. የኦዲት ስራ እንዲጎለብት ያደርጋል
9. ለክልሉ በማእከላዊ መንግስትና በብሄራዊ ክልል መንግስት እንዲሁም በእርዳታ ሰጪዎች የሚመደብ የልማትና መደበኛ በጀት በፀደቀለት ፕሮግራም ላይ የዋለ መሆኑን ይመረምራል ያረጋግጣል።

የረጋግፅ

**ዓንቀፅ 8**

**ናይቲ ቤት ፅሕፈት ሓላፊ ስልጣንን ተግባርን፥**

ኣብ ዓንቀፅ ሸውዓተ ዝተውሃበ ከምዘሎ ኮይኑ እቲ ሓላፊ ዝስዕብ ስልጣንን ተግባርን ይህልዎ

1. በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 7/1 መሰረት ኣብ ዓመት ውሽጢ ዝተኻየዱ ስራሕቲን ከምኡ እውን ናይቲ ቤት ፅሕፈት ዓመታዊ ሪፖርት ንቤት ምኽሪ፣ ቤት ምኽሪ ኣብዘይርከበሉ እዋን ንርእሰ ምምሕዳር የቕርብ።
2. ናይ ክልል ስራሕ ፈፃሚ ንቤት ምኽሪ ዘቕርቦ ናይ ብሄራዊ ክልል ኣታዊን ወፃእን ሃፍትን ዕዳን ከምኡ'ውን ናይ ክልል ምምሕዳር ገንዘብ ተንከፍ ዝኾኑ መረዳእታታትን ዝምልከት ዘገባ ካብቲ ቤት ምኽሪ ምስ በፅሖ ኣብ 6 ወርሒ ውሽጢ መርሚሩ ዘለዎ ርኢቶ ነቲ ቤት ምኽሪ የቕርብ።
3. ዝተውሃቦ ስልጣን ንምፍፃም ዘድልዮ ቤት ፅሓፈት የደራጁ ብሲቪል ሰርቪስ ደንቢ መሰረት ሰራሕተኛታት ይቖፅር።
4. ናይ ኦዲት ቤት ፅሓፈት ዓመታዊ በጀት የዘጋጁ ምስተፈቐደ ኣብ ስራሕ የውዕል፣
5. ንስራሕ ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ብቁፅ መምርሒ ብምሃብ ንናይ ግሊ ኦዲተራት ወይ ካልኦት ክኢላታት ናይ ኦዲት ምርመራ ስራሕቲ ውክልና ክህብ ይኽእል።

**ክፍሊ ሰለስተ**

**ዝተፈላለዩ ድንጋገታት**

**ዓንቀፅ 9**

**ናይ ኦዲት ምርመራ ስርዓት**

1. እቲ ቤት ፅሕፈት ሓደ ሒሳብ ክምርምር ንጉዳዩ ኣድላይ ዝመሰሎ ሕድሕድ ዝርዝር ክርእይ ወይ ድማ ሓሊፉ ሓሊፉ ዝካየድ ናይ ምርመራ ኣካይዳ ስርዓት ክኽተል ይኽእል እዩ። ሒሳብ/ሰነዳት/ መርሚሩ ንዘቕረቦ ዘገባ ንሕድሕድ ሒሳብ ናይ ምርመራ ኣካይዳ ኩነታትን ዕርየትን ክገልፅ ኣለዎ።
2. ኦዲት ዝገበሩ ምርመራታት ካብ ዝምርመሩሉ በጀት ዓመት ንድሕሪት ካብ ክልተ በጀት ዓመታት ክሓልፍ የብሉን። ኮይኑ ግና ገበን ዝተፈፀመ ምኻኑ

**ዓንቀጽ 8**

**የጽሕፈት ቤቱ ኃላፊ ስልጣንና ተግባር**

በአንቀጽ ሰባት የተሰጠው ኃላፊነት እንደተጠበቀ ሆኖ ኃላፊው የሚከተለውን ስልጣንና ተግባር ይኖረዋል

1. በዚህ አዋጅ ዓንቀጽ 7/1 መሰረት በዓመት ውስጥ የተካሄዱ ስራዎች እንዲሁም የጽሕፈት ቤቱ ዓመታዊ ሪፖርት ለምክር ቤቱ ፣ ምክር ቤቱ በስራ ላይ በማይሆንበት ጊዜ ለርእሰ መስተዳድሩ ያቀርባል
2. የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ለምክር ቤቱ ያቀረበው የብሄራዊ ክልሉ ገቢና ወጪ፣ ሃብትና እንዲሁም ገንዘብ ነክ የሆኑ የክልል መስተዳድሩ መረጃዎችን በሚመለከት ከምክር ቤት ዘገባ እንደደረሰው በ6 ወር ውስጥ መርምሮ ለምክር ቤቱ አስተያየቱን ያቀርባል።
3. የተሰጠው ስልጣን ለመፈፀም የሚያስፈልገው ጽሕፈት ቤት ያደረጃል፣ በሲቪል ሰርቪስ ደንብ መሰረት ሰራተኞችን ይቀጥራል።
4. የጽሐፈት ቤቱን ዓመታዊ በጀት ያዘጋጃል። ሲፈቀድም በስራ ላይ ያውላል።
5. ለስራ አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ ለግል ኦዲተሮች ወይም ለሌሎች ባለሙያዎች በቂ መመሪያ በመስጠት የኦዲት ምርመራ ስራዎች ውክልና መስጠት ይችላል።

**ክፍል ሦስት**

**ልዩ ልዩ ድነጋጌዎች**

**ዓንቀጽ 9**

**የኦዲት ምርመራ ስርዓት**

1. ጽሐፈት ቤቱ አንድን ሒሳብ ለመመርመር፣ ለጉዳዩ አስፈላጊ የመሰለውን እያንዳንዱን ዝርዝር ማየት ወይም አልፎ አልፎ የሚካሄድ የምርመራ ሂደት ስርዓት ሊከተል ይችላል። ሒሳብ/ሰነዶች/ መርምሮ ለሚያቀርበው ዘገባ ፣ የእያንዳንን ሒሳብ የምርመራ ሂደት፣ ሁኔታና ጥራት መግለፅ አለበት።
2. ኦዲት የሚደረጉ ምርመራዎች ከሚመረመሩበት በጀት ወደ ኋላ ከሁለት በጀት ዓመት ማለፍ የለበትም። ቢሆንም ወንጀል የተፈጸመ ለመሆኑ ጥርጣሬ ያለ

እንተጠርጢሩ ንድሕሪት ክልተ በጀት ዓመታት ሓሊፉ ክምርምር ይኽእል።

3. ናይቲ ቤት ፅሕፈት ሒሳብ ብክልል ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ብዝስየም ኮሚቴ ይምርምር።

## ዓንቀፅ 10
## ናይ ተመርመርቲ ጉቡእ

1. ናይቲ ቤት ፅሕፈት ኦዲተራት ወይድማ ወኪላት ንምርመራ ኣድላይነት ዝተኣመነሎም መዛግብቲ ሰነዳትን ካልኦት ናይ ፅሑፍን ቃል መረዳእታን ክሓቱ ከለዉ ዝተሓተተ ሰራሕተኛ ወይ ድማ ናይቲ መ/ቤት ሓላፊ ትክክለኛን ዝተማለአ መልሲ ምሃብ ግዴታ ኣለዎ።
2. እቲ ቤት ፅሕፈት ክቆፃፀሮም በዚ ኣዋጅ ስልጣን ዝተውሃቦ ትካላት ንብረትን ገንዘብን ዝተረከበ ወፃኢ ዝገብር፣ ዝኸፍል ወይድማ ነቲ ሒሳብ ተጠያቂ ሓላፊ ዝኾነ ሰብ ሒሳቡ ክምርምር ግቡእ/ግዴታ/ ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 11
## ናይ ምፍላጥ ግዴታ

እቲ ቤት ፅሕፈት ኦዲት ኣብ ዝገብረሉ እዋን ገበን ተሰሪሑ ዝብል እምነት እንተሃሊዩዎ ንዓቃቢ ሕግን ንዝምልከቶ ቤ/ፅሕፈት ትካል ወይድማ ማሕበራት ላዕለዋይ ሓላፊ ክፍልጥ ግቡእ ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 12
## ቅፅዓት

1. እቲ ቤት ፅሕፈት ንኦዲት ዘድልዮ መዛግብቲ፣ ሰነዳትን ካልኦት ናይ ፅሑፍን ቃል መረዳእታ ተሓቲቱ ዘየቕረበ፣
2. ንቲ ቤት ፀሕፈት ወይድማ ንኦዲተራት ናይቲ ቤት ፅሕፈት ወይድማ ንወኪል ሓሰት ምዃኑ ዝፍለጥ ሓሰተኛ መረዳእታ ዘቕረበ፣ ወይ
3. ናይቲ ኦዲትን ቁፅፅርን መስሪያ ቤት ስራሕ ብዝግባእ ንከይካየድ ዘዕንቅፍ እስካብ ክልተ ዓመት ዝኣክል ናይ ማእሰርቲ ወይ ድማ እስካብ ክልተ ሽሕ ብር ዝበፅሕ መቕፃዕቲ ወይ ድማ ብክልቲኡ ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 13

እዚ ቤት ፅሕፈት በዚ ኣዋጅ መሰረት ዝተውሃቦ ስልጣንን ተግባርን ንምፍፃም ዘድልዮ

እንደሆነ፣ ወደ ኃላ ከሁለት በጀት ዓመት አልፎ መመርመር ይችላል

3. የጽሕፈት ቤቱ ሒሳብ በክልሉ ስራ አስፈጻሚ ኮሚቴ በሚሰየም ኮሚቴ ይመረመራል።

## ዓንቀጽ 10
## የተመርማሪዎች ግዴታ

1. የጽሕፈት ቤቱ ኦዲተሮች ወይም ተወካዮች ለምርመራ አስፈላጊነት የታመነባቸውን መዛግብት፣ ሰነዶችና ሌሎች የጽሑፍና የቃል መረጃዎች ሲጠይቁ፣ የተጠየቀ ሰራተኛ ወይም የመስሪያ ቤቱ ሓላፊ ትክክለኛና የተሟላ መልስ የመስጠት ግዴታ አለበት።
2. ጽሕፈት ቤቱ በዚህ አዋጅ በተሰጠው ስልጣን መሰረት የሚቆጣጠራቸው ድርጅቶችን ንብረትና ገንዘብ የተረከበ፣ ወጪ የሚያደርግ፣ የሚከፍል ወይም የሒሳቡ ተጠያቂ/ሓላፊ የሆነ ሰው ሂሳቡ እንዲያስመረምር ግዴታ አለበት።

## ዓንቀጽ 11
## የማስታወቅ ግዴታ

ጽሕፈት ቤት ኦዲት በሚያደርግበት ጊዜ ወንጀል ተሰርቷል የሚል እምነት ካለው ለዓቃቤ ሕግና ለሚመለከተው ጽሕፈት ቤት ድርጅት ወይም ማሕበር የበላይ ኃላፊ የማስታወቅ ግዴታ አለበት።

## ዓንቀጽ 12
## ቅጣት

1. ለጽሕፈት ቤቱ የሚያስፈልጉ መዛግብት፣ ሰነዶችና ሌሎች የጽሑፍና የቃል መረጃዎች እንዲያቀርብ ተጠይቆ ያላቀረበ፣
2. ለጽሕፈት ቤቱ ወይም ለጽሕፈት ቤቱ ኦዲተሮች ወይም ለወኪሎች ሓሰተኛ መሆኑ የታወቀ መረጃ ያቀረበ ወይም
3. የጽሐፈት ቤቱ ስራ በሚገባ እንዳይካሄድ እንቅፋት የሚሆን፣ እስከ ሁለት ዓመት በሚደርስ እስራት ወይም እስከ ሁለት ሺ ብር በሚደርስ የገንዘብ መቀጮ ወይም በሁለቱም ይቀጣል።

## ዓንቀጽ 13

ጽሕፈት ቤቱ በዚህ አዋጅ መሰረት የተሰጠወ ስልጣንና ተግባር ለመፈጸም የሚያስፈልገውን

ደንቢ ኣዳሊዩ ብምቕራብ ብስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ እንትፀድቕ ኣብ ተግባር የውዕል።

**ዓንቀፅ 14**

**ዝተስዓሩ ሕግታት፣**

ብመሰረት መሰጋገሪ ሕገ መንግስቲ ክልል ትግራይ ወፂኡ ዝነበረ ኣዋጅ ቁፅሪ 13/1987 በዚ ኣዋጅ ተሳዒሩ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 15**

**ኣዋጁ ዝፀንዓሉ እዋን**

እዚ ኣዋጅ ኣብ ነጋሪት ጋዜጣ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

መስከረም 1988 ዓ.ም

ገብሩ ኣስራት

ርእሰ ምምሕዳር

ብሄራዊ ክልል ትግራይ

ደንብ አውጥቶ ለስራ አስፈጻሚ ኮሚቴ በማቅረብ ያፀድቃል።

**ዓንቀጽ 14**

**የተሻሩ ሕጎች**

በትግራይ ክልል የሽግግር ሕገ መንግስት መሰረት የወጣው አዋጅ ቁጥር 13/1987 በዚህ አዋጅ ተሽሯል።

**ዓንቀጽ 15**

**አዋጁ የሚጸናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ በተግራይ ብሄራዊ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል።

መስከረም 1988 ዓ.ም

ገብሩ አስራት

የትገራይ ብሄራዊ ክልል

ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com

4ይ ዓመት ቁፅሪ 16

4ኛ ዓመት ቁጥር 16

መቐለ ሓምለ 1988

ኣብ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

| ናይ ሓደ ዋጋ 1.40 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120 |
|---|---|---|

ት ሕ ዝ ቶ

ኣዋጅ ቁፅሪ 16/1988

ገፅ 1

ማ ው ጫ

አዋጅ ቁጥር 16/1988

ገጽ 1

## ኣዋጅ ቁፅሪ 16/1988
## ኣርማ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ

ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ዓንቀፅ 3 ንኡስ ዓንቀፅ 3 ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 3 መሰረት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ኣርማ እዚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ንምውሳን ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 1**

**ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ" ኣርማ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 16/1988" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

**ዓንቀፅ 2**

**ብዛዕባ ምቛም**

ኣርማ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ታሪኽ፣ ጅግንነትን ልምዓት ህዝቢ ትግራይ ዘመልክት ኮይኑ በዚ ኣዋጅ ቆይሙ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 3**

**ትሕዝቶ እቲ ኣርማ**

ኣርማ ብሄራዊ ክልል ትግራይ፣

1. ባይትኡ ቐይሕ፣
2. ካብ ፍርቂ ንታሕቲ ሰማያዊ መንኩርኩር

## አዋጅ ቁጥር 16/1988
## የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት አርማ ለመወሰን የወጣ አዋጅ

በኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ሪፐብሊክ ሕገ መንግስት አንቀጽ 3 ንኡስ ቁጥር 3 እና በትግራይ ብሔራዊ ክልል ሕገ መንግስት አንቀጽ 3 መሰረት የትግራይ ብሔራዊ ክልል ምክር ቤት የትግራይ ብሔራዊ ክልልዊ መንግስት አርማ ለመወሰን የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

**አንቀጽ 1**

**አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት አርማ ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 16/1988" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል

**አንቀጽ 2**

**ስለ ማቋቋም**

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት አርማ የትግራይ ህዝብ ታሪክ፣ ጀግንነትና ልማት የሚያመለክት ሆኖ በዚህ አዋጅ ተቋቁሟል።

**አንቀጽ 3**

**የአርማው የዘት**

የትግራይ ብሔራዊ ክልል አርማ፣

1. መደቡ ቀይ
2. ከግማሽ አካሉ በታች ሰማያዊ መንኩርኩር

ኮይኑ፣ ካብ'ቲ መንኩርኩር የማን ፀጋም ዝወፃ ናይ ስገምን ስየ ዘለላ ኣለዎ፣
3. ፍርቂ መደቡ ብጫ ኮይኑ ሚዛን ኣለዎ፣ ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ዘሎ መደብ ድማ ዋልታን ጭማራን ዝሓቐፈ ሓወልቲ ዘለዎ 'ዩ፡

**ዓንቀፅ 4**

**ትርጉም**

1. ቀይሕ ሕብሪ ጀግንነትን መስዋእትነትን ህዝቢ ትግራይ
2. ዋልታን ጭማራን ናይ ህዝቢ ተግራይ ሕሉፍ ናይ ተጋድሎ ታሪኽ ዝገልፅ እንትኾውን
3. ሓውልቲ ታሪኻዊ ምልክት ህዝቢ ትግራይ
4. ሚዛን ፍትሒን ዲሞክራሲን
5. ዘለላ ስገምን ስየን ልምዓትን ሰላምን ዝገልፁ'ዮም

**ዓንቀፅ 5**

**እዚ ኣርማ**

1. መፍለይ እዚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ኮይኑ የገልግል።
2. ናይ'ዚ ብሄራዊ ክልል መንግስቲ ሕጋዊ ማሕተማት ትሕዝቶ ብመሰረት እዚ ኣርማ ዝቕረፅ ይኸውን
3. ሕድሕድ ማሕተም ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ኣረማን "ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ" ዝብል ፅሑፍ ዝሓዘ ይከውን።

**ዓንቀፅ 6**

**እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ጊዜ**

እዚ ኣዋጅ ኣብ ነጋሪት ጋዜጣ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

ሓምለ/1988

ገብሩ ኣስራት

ርእሰ ምምሕዳር ብሔራዊ ክልል ትግራይ

ሆኖ፣ ከመንኩርኩሩ ቀኝና ግራ የወጣ የገብስና የዘንባባ ዛላ አለው።
3. ግማሽ መደብ ብጫ ሆኖ ሚዛን አለው ከግማሽ በላይ ያለው መደቡ ደግሞ ዋልታና ጦር የያዘ ሐውልት አለው።

**አንቀጽ 4**

**ትርጓሜ**

1. ቀይ ቀለም የትግራይ ህዝብ ጀግንነትና መስዋእትነት፣
2. ዋልታና ጦር የትግራይ ህዝብ የትጥቅ ትግል ታሪክ የሚገልጽ ሲሆን፣
3. ሓወልት የትግራይ ህዝብ ታሪካዊ ምልክት
4. ሚዛን ፍትሕና ዲሞክራሲ፣
5. የገብስና የዘምባባ ዛላ ልማትና ሰላም ይገልጻል

**አንቀጽ 5**

**ይህ አርማ**

1. የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት መለያ ሆኖ ያገለግላል።
2. የብሔራዊው ክልል መንግስት ህጋዊ የማሕተም ይዘት በዚህ አርማ መሰረት የሚቀረጽ ይሆናል።
3. እያንዳንዱ ማሕተም ከላይ የተገለፀው አርማና "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት" የሚል ጽሑፍ የያዘ ይሆናል።

**አንቀጽ 6**

**ይህ አዋጅ የሚጸናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ በብሔራዊ ክልል ትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የጸና ይሆናል።

ሐምሌ/1988

ገብሩ አስራት

የብሔራዊ ክልል ትግራይ ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com

4ይ ዓመት ቁፅሪ 17
4ኛ ዓመት ቁጥር 17

መቐለ ሓምለ 1988

ኣብ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

| ናይ ሓደ ዋጋ 1.40 | ብሓለዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120 |
|---|---|---|

| ት ሕ ዝ ቶ | ማ ው ጫ |
|---|---|
| **ኣዋጅ ቁፅሪ 17/1988** | **አዋጅ ቁጥር 17/1988** |
| ገፅ 1 | ገጽ 1 |

## ኣዋጅ ቁፅሪ 17/1988
### ቤት ፅሕፈት ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ሕረሻ ክልል ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ኣዋጅ

ኣብ ክልልና ዝርከቡ ሓረስቶት ገንዘቦም ጉልበቶምን ፍልጠቶምን ብምትሕብባር ብናይ ባዕሎም ድልየት ብምሕበር ተወዲቦም ኢኮኖሚያዊን ማሕበራውን ፀገሞም ምፈታሕ ኣድላይ ስለዝኾነ፣

ሓረስቶት ብማሕበሮም ኣቢሎም ዘበናዊ ናይ ቴክኖሎጂ ኢንዱስትሪ ውፅኢታት በቲ ዝድለ ዋጋን መጠንን ክረኽቡ ኣብ ነፃ ዕዳጋ ተወዳዲሮም ፍርያቶም ብግቡእ ዋጋ ንምሻጥ ክክእሉ፣ ልቃሕ ተንከፍ ግልጋሎት ክረኽቡ ዝኽእልሉ ኩነታት ምምችቻው ኣድላይ ብምዃኑ

ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ብሕገ መንግስቲ ብሔራዊ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1 መሰረት ቤት ፅሕፈት ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ንምጥያሽ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

**1 ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ "ቤት ፅሕፈት ሕብረት ስራሕ ማሕበራት መጣየሺ ኣዋጅ ቁ. 17/1988 ዓ.ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይካኣል።

**2 ትርጉም**

ኣብዚ ኣዋጅ ውሽጢ "ቤት ፅሕፈት" ማለት ቤት ፅሐፈት ሕበረት ስራሕ ማሕበራት ብሔራዊ

## አዋጅ ቁጥር 17/1988
### የትግራይ ክልል የእርሻ ሕብረት ስራ ማሕበራትን ለማቋቋም የወጣ አዋጅ

በትግራይ ክልል የሚገኙ ገበሬዎች ገንዘባቸውን ፣ ጉልበታቸውንና እውቀታቸውን በማቀናጀት በራሳቸው ፍላጎት በማሕበር ተደራጅተው ኢኮኖሚያዊና ማሕበራዊ ችግሮቻቸውን ለመፍታት አስፈላጊ ስለሆነ፣

ገበሬዎች በማሕበራቸው አማካኝነት ዘመናዊ የቴክኖሎጂ ኢንዱስትሪ ውጤቶችን በሚፈለገው ዋጋና መጠን እንዲያገኙ በነፃ ገበያ ተወዳድረው ምርታቸውን በሚገባ ዋጋ ለመሸጥ እንዲችሉ የብድር አገልግሎት ለማግኘት የሚያስችላቸው ሁኔታ ለማመቻቸት አስፈላጊ በመሆኑ፣

የትግራይ ምክር ቤት በትግራይ ብሄረዊ ክልል ሕገ መንግስት አንቀጽ 49/3/11 መሰረት የሕብረት ስራ ማሕበራት ጽሕፈት ቤት ለማቋቋም የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

**1 አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ "የሕበረት ስራ ማሕበራት ጽሕፈት ቤት ማቋቋሚያ አዋጅ ቁ. 17/1988 ዓ.ም" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**2 ትርጓሜ**

በዚህ አዋጅ ውስጥ "ጽሕፈት ቤት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልል የሕብረት ስራ

ክልል ትግራይ ማለት'ዩ።
"ሓላፊ" ማለት ሓላፊ ቤት ፅሐፈት ሕበረት ስራሕ ማሕበራት ክልል ትግራይ ማለት'ዩ።
"ሕብረት ስራሕ ማሕበራት" ማለት ብኣዋጅ ቁ.85/1986 ዓ.ም መሰረት ናይ ሕጋዊ ሰብነት መረጋገፂ ሰርቲፊኬት ረኺቦን ዝንቀሳቀሳ ናይ ሓረስቶት ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ማለት'ዩ
"ክልል" ማለት ብሄራዊ ክልል ትግራይ ማለት'ዩ።

3 ኣቃውማ

1. ቤት ፅሕፈት ሕብረት ስራሕ ማሕበራት (ድሕሪ'ዚ ቤት ፅሕፈት እናተብሃለ ዝፅዋዕ) በዚ ኣዋጅ ተጣይሹ ኣሎ።
2. ናይዚ ቤት ፅሕፈት ተፀዋዕነት ንክልል ትግራይ ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴን ንርእሰ ምምሕዳር እዚ ክልልን ይኸውን
3. እዚ ቤት ፅሕፈት ብክልል፣ ከምኣድላይነቱ ብዞባን ወረዳን ደረጃ ዝተወደበ ይኸውን
4. ሓደ ሓላፊን ካልኦት ኣድለይቲ ሰራሕተኛታትን ይህልዉዎ።

4 ብዛዕባ ሹመት

ኣሻውማ ሓላፊ እዚ ቤት ፅሕፈት ብሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 56/5 መሰረት ዝፍፀም ይኸውን።

5 ብዛዕባ ስልጣንን ተግባርን እዚ ቤት ፅሕፈት

1. ኣብ ክልልና ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ብዝምልከት ናይ ፖሊሲ ሓሳባት የዳሉ፣ ቅደም ሰዓብን ናይ ኣፈፃፅማ እስትራተጂን የውፅእ፣ ምስ ፀደቐ ኣብ ተግባር የውዕል
2. ኣብ ክልልና ንዝርከቡ ሓረስቶት ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ዕላማን ተግባርን ብዝምልከት ተኸታታሊ ትምህርትን ስልጠናን ይህብ
3. ናይ ክልልና ሓረስቶት ብሕብረት ስራሕ ማሕበራት ተወዲቦም ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ፀገሞም ንኽፈትሑ ኣድላይ ሓገዝ ይገብር።
4. ናይ ሓረስቶት ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ብመሰረት ኣዋጅ ቁፅሪ 85/1986 ዓ.ም ይውድብ ይምዝግብ ሕጋዊ ሰውነት ይህብ ይስርዝ
5. ሓረስቶት ብማሕበሮም ኣቢሎም ዘበናዊን

ማሕበራት ጽሕፈት ቤት ማለት ነው።
"ሓላፊ" ማለት የትግራይ ክልል የሕብረት ስራ ማሕበራት ጽሕፈት ቤት ሓላፊ ማለት ነው።
"የሕብረት ስራ ማሕበራት" ማለት በአዋጅ ቁ. 85/1986 ዓ.ም መሰረት ሕጋዊ የሰውነት ማረጋገጫ ሰርቲፊኬት አግኝተው የሚንቀሳቀሱ የገበሬዎች የሕብረት ስራ ማሕበራት ማለት ነው
"ክልል" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልል ማለት ነው።

3 አቋቋም

1. የሐብረት ስራ ማሕበራት (ከዚህ በኋላ ጽሕፈት ቤት እየተባለ የሚጠራ) በዚህ አዋጅ ተቋቁሟል
2. ይህ ጽሕፈት ቤት ተጠሪነቱ ለትግራይ ክልል ስራ አስፈጻሚ ኮሚቴና ለክልሉ ርእሰ መስተዳድር ይሆናል፣
3. ይህ ጽሕፈት ቤት በክልል፣ እንዲሁም እንደ አስፈላጊነቱ በዞንና በወረዳ ደረጃ የተደራጀ ይሆናል፣
4. አንድ ሓላፊና ሌሎች አስፈላጊ ሰራተኞች ይኖሩታል።

4 ስለ ሹመት

የጽሕፈት ቤቱ ሓላፊ የአሿሿም ስርዓት በትግራይ ብሄራዊ ክልል ሕገ መንግስት አንቀጽ 56/5 መሰረት የሚፈፀም ይሆናል

5 ስለ ጽሕፈት ቤቱ ስልጣንና ተግባር

1. የክልላችን የሕብረት ስራ ማሕበራት በሚመለከት የፖሊሲ ሓሳቦች ያዘጋጃል፣ የአፈፃፀም ስትራቴጂ ቅደም ተከተል ያወጣል፣ እንደፀደቀ በተግባር ያውላል
2. በክልላችን ለሚገኙት ገበሬዎች፣ የሕብረት ስራ ማሕበራት አላማና ተግባር በሚመለከት ተከታትሎ ትምህርትና ስልጠና ይሰጣል
3. የክላላችን ገበሬዎች በሕብረት ስራ ማሕበራት ተደራጅተው ኢኮኖሚያዊና ማሕበራዊ ችግራቸውን ለመፍታት አስፈላጊ ድጋፍ ያደርጋል።
4. የገበሬዎች የሕብረት ስራ ማሕበራት በአዋጅ ቁ. 85/1986 ዓ.ም መሰረት ያደራጃል፣ ይመዘግባል፣ ሕጋዊ ሰውነት ይሰጣል ይሰርዛል
5. ገበሬዎች በማሕበራዊ በኩል ዘመናዊ

ናይ ቴክኖሎጂን ኢንዱስትሪን ናይ ምህርቲ መሰሰንቲ እታወት ኣብ ከባቢኦም ብምርካብ ናይ ሕረሻ እቶቶም ዘደንፍዕሉ ባይታ የመቻቹ።

6. ሓረስቶት ዘፍረየዎ ምህርቲ ብማሕበሮም ኣቢሎም ብዘሐሸ ዋጋ ብምሻጥ ናይ ፍርያቶም ኣታዊ ብምዕባይ ተረባሕቲ ዝኾኑሉ ኩነታት ይፈጥር።
7. ገባራት ብውዳበኦም ኣቢሎም ዝተፈላለዩ ናይ ኢንዱስትሪ ውፅኢታት ማለት ናይ ሸቐጣ ሸቐጥ ግልጋሎት ብተመጣጣኒ ዋጋ ብቐረባ ዝረኽብሉ ባይታ የመቻቹ።
8. ሓረስቶት ብማሕበሮም ኣቢሎም ፍትሓዊ ልቓሕዝረኽብሉ መንገዲ ይእልሽ።
9. ገባራት ካብቲ ዝረኽብዎ ኣታዊ ናይ ቁጠባ ባህሊ ብምፍጣር ናይ ካፒታል ዓቅሞም ዘዕብይሉን ዓርሰ ምትእምማን ዝፈጥርሉን ምንቅስቓሳት ይገብር።
10. ሓረስቶት ኣገዳሲን እዋናዊን ናይ ዕዳጋ መረዳእታ/ኢንፎርሜሽን/ ክረኽቡ ብምግባር ኣብ ነፃ ዕዳጋ ተወዳደርቲ ኾይኖም ንባዕሎም ዝርበሑሉን ኣብ ዓዶም ኢኮኖሚያዊ ዕብየት እጃሞም ዘወፍይሉን ኩነታት የመቻቹ።
11. ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ገንዘብን ንብረትን ከይባኽን እዋናዊ ናይ ሕሳብ ምርመራ ክካየድ ይገብር፣ ንዝረኣዩ ፀገማት ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር መፍትሒ/ስጉምቲ/ ክወስድ ይገብር።
12. ንሕብረት ስራሕ ማሕበራት ምዕባለ ዝጠቕሙ ናይ ልምዓት ፕሮጀክታት ኣዳሊዩ ንመንግስትን ሓገዝ ወሃብቲ ትካላትን የቅርብ ምስተፈቀደሉ ኣብ ተግባር የውዕል።
13. ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ብዝምልከት መፅናዕታት የካይድ።
14. ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ዝምልከቶ ሕግታትን ደንብታትን ብትኽክል ኣብ ተግባር ምውዓሎም ይከታተል
15. ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ናይ ኢኮኖሚ ዓቕመን ንምዕባይ ኣብ ሞንጉኣን ረኽብን ሕብረትን ፈጢረን ዝንቀሳቐሳሉ ቴክኒካዊ ደገፍ ይህብ።
16. ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ኣብ ዝወሃዳሉ፣

የቴክኖሎጂ ኢንዱስትሪና የምርት ማሳደጊያ ዘዴዎች በአከባቢያቸው እንዲያገኙ በማድረግ የእርሻና ምርት የሚያሳድግ ሁኔታ ያመቻቻል

6. ገበሬዎች ያመረቱትን ምርት በማሕበራቸው አማካኝነት በተሻለ ዋጋ በመሸጥ የምርታቸውን ገቢ በማሳደግ ተጠቃሚ የሚሆኑበትን ሁኔታ ይፈጥራል
7. ገበሬዎች በድርጅታቸው አማካኝነት የተለያዩ የኢንዱስትሪ ውጤቶችን ማለት የሸቀጣሸቀጥ አገልግሎት በተመጣጣኝ ዋጋ በቅርብ የሚያገኙበትን ሁኔታ ያመቻቻል
8. ገበሬዎች በማሕበራቸው አማካኝነት ፍትሐዊ ብድር የሚያገኙበትን መንገድ ፈልጋል።
9. ገበሬዎች ከሚያገኙበትን ገቢ የቁጠባ ባህል እንዲኖራቸው በማድረግ የካፒታል ይዞታቸውን የሚያጎለቡትበት በራስ የመተማመን መንፈስ እንዲኖራቸው እንቅስቃሴ ያደርጋል።
10. ገበሬዎች አስፈላጊና ወቅታዊ የገበያ ኢንፎርሜሽን እንዲያገኙ በማድረግ በነፃ ገበያ ተወዳዳሪዎች ሆነው ተጠቃሚ የሚሆኑበትና በሃገራቸው የኢኮኖሚ እድገት የአቅማቸውን ያህል የሚያበረክቱበት ሁኔታ ያመቻቻል
11. የሕበረት ስራ የማሕበራት ገንዘብና ንብረት እንዳይባክን ወቅታዊ የሂሳብ ምርመራ እንዲካሄድ ያደርጋል፣ የሚያጋጥሙት ችግሮች ከሚመለከታቸው አካላት በመተባበር መፍትሄ(እርምጃ) እንዲወሰድ ያደርጋል።
12. ለሕብረት ስራ ማሕበራት እድገት የሚጠቅሙ የልማት ፕሮጀክቶች በማዘጋጀት ለመንግስትና ለእርዳታ ሰጪ ድርጅቶችን ያቀርባል፣ ሲፈቀድለት በተግባር ያውላል።
13. የሕብረት ስራ ማሕበራት በተመለከተ ጥናቶችን ያካሂዳል።
14. የሕብረት ስራ ማሕበራት የሚመለከት ሕጎችና ደንቦች በትክክል በስራ ላይ መዋላቸውን ይከታተላል
15. የሕብረት ስራ ማሕበራት የኢኮኖሚ አቅማቸውን የማሳደግ እርስ በርሳቸው ግኑኝነትና ሕብረት ፈጥረው የሚንቀሳቀሱበትን ቴክኒካዊ ደገፍ ይሰጣል።
16. የሕበረተ ስራ ማሕበራት በሚዋሃዱበት፣

ዝከፋፈላሉ ወይ ድማ ኣብ ዝፈርሳሉ እዋን ብኣዋጅ ቁፅሪ 85/1986 ዓ.ም መሰረት ንኽፍፀም ኣድላይ ምክትታል ሓገዝን ንክወሃብ ይገብር።

17. ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ኣብ ነፃን ዲሞክራሲን ድለየት ተደሪኹን ዝተመስረታ ምዃነን የረጋግፅ

18. ምስ ዝምልከቶም ኣካላትን ቢሮታትን ኣድላይ ምትሕግጋዝ ይገብር።

**6 ስልጣንን ተግባርን ሓላፊ ቤት ፅሕፈት**

1. ነቲ ቤት ፅሕፈት ዝተውሃቦ ስልጣንን ተግባርን ኣብ ስራሕ የውዕል።
2. ነቲ ቤት ፅሕፈት ብላዕለዋይነት ይመርሕ፣ የተሓባብር ይቆፃፀር፣
3. ናይቲ ቤት ፅሕፈት ናይ ስራሕ ትልምን በጀትን የዳሉ፣ እንትፍቀድ ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር
4. ናይቲ ቤት ፅሕፈት ናይ ስራሕ ምንቅስቓስ ሪፖርት ብእዋኑ ንዝምልከቶ ኣካል የቕርብ።
5. ነቲ ቤት ፅሕፈት ዝምልከት ረቂቕ ሕግታት ንፈፃሚት ኮሚቴ ስራሕ ክልል ትግራይ ክቐርብ ይገብር
6. እቲ ቤት ፅሕፈት ምስ ሳልሳይ ወገናት ኣብዝገብሮም ረኽብታት ነቲ ቤት ፅሕፈት ይውክል፣ የተሓባብር፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣኼባታትን ሰሚናራትን ወዘተ ይሳተፍ።
7. በቲ ክልል ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴን ክልል ርእሰ ምምሕዳርን ዝዋሃብዎ ካልኦት ተመሳሰልቲ ስራሕቲ ይፍፅም።

**7 ብዛዕባ በጀት**

**ናይቲ ቤት ፅሕፈት ናይ በጀት ፍልፍል**

1. ካብ መንግስቲ ዝምደብ በጀት
2. ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላትን ድርጅታትን ዝወሃብ ሓገዝ ይኸውን

**ክፍሊ ኣርባዕተ**

**ዝተፈላለዩ ድንጋገታት**

**8 ብዛዕባ ዝተስዓሩ ሕግታት**

ብኣዋጅ ቁፅሪ 9/1988 ዓ.ም ዓንቀፅ 12 ንኡስ ዓንቀፅ 7 ንሕርሻ ተዋሂቡ ዝነበረ ናይ ሕርሻ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ምውዳብ ምምዝጋብ ኣድላይ ደገፍ ምሃብ ስልጣን በዚ ኣዋጅ ተሳዒሩ ኣሎ።

በሚለያዩበት ወይም በሚፈርሱበት ጊዜ በአዋጅ ቁጥር 85/1986 ዓ.ም መሰረት እንዲፈፀም አስፈላጊ ክትትልና ድጋፍ እንዲሰጥ ያደርጋል፣

17. የሕብረት ስራ ማሕበራት በነፃና በዲሞክራሲያዊ ፍላጎት የተመሰረቱ መሆናቸውን ያረጋግጣል።

18. ከሚመለከታቸው አካላትና ቢሮዎች አስፈላጊ መተባበር ያደርጋል፡

**6 የጽሕፈት ቤት ሓላፊ ስልጣንና ተግባር**

1. ለጽሕፈት ቤቱ የተሰጠ ስልጣንና ተግባር በስራ ላይ ያውላል።
2. ጽሕፈት ቤቱን በበላይነት ይመራል ፣ ያስተባብራል፣ ይቆጣጠራል፣
3. የጽሕፈት ቤቱ የስራ ፕላንና በጀት ያዘጋጃል ሲፈቀድ በስራ ላይ እንዲውል ያደርጋል
4. የጽሐፈት ቤቱ የስራ እንቅስቃሴ ሪፖርት በወቅቱ ለሚመለከተው አካል ያቀርባል
5. ጽሕፈት ቤቱን የሚመለከት ረቂቅ ሕጎችን፣ ለተግራይ ክልል ስራ አስፈጻሚ ኮሚቴ እንዲቀርብ ያደርጋል።
6. ጽሕፈት ቤቱ ከሦስተኛ ወገኖች ጋር በሚያደርጋቸው ግኑኝነቶች ላይ ጽሕፈት ቤቱን ይወክላል፣ ያስተባብራል፣ በተለያዩ ስብሰባዎችና ሰሚናሮች ወዘተ ይሳተፋል።
7. በክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴና በርእሰ መስተዳድሩ የሚሰጡትን ሌሎች ተመሳሳይ ስራዎችን ይፈጽማል።

**7 ስለ በጀት**

**የጽሕፈት ቤቱ በጀት ምንጭ**

1. ከመንግስት የሚመደብ በጀት
2. ከተለያዩ አካላትና ድርጅቶች የሚሰጥ እርዳታ ይሆናል።

**ክፍል አራት**

**የተለያዩ ድንጋጌዎች**

**8 ስለተሻሩ ሕጎች**

በአዋጅ ቁጥር 9/1988 ዓ.ም አንቀጽ 12 ንኡስ አንቀጽ 7 መሰረት ለእርሻ ቢሮ ተሰጥቶ የነበረ የእርሻ ሕብረት ስራ ማሕበራት የማደራጀት፣ የመመዝገብ፣ አስፈላጊ ድጋፍ የመስጠት ስልጣን በዚህ አዋጅ ተሽሯል።

**9 እዚ ኣዋጅ ዝፀንዓሉ እዋን**

እዚ ኣዋጅ ብነጋሪት ጋዜጣ ብሂራዊ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

ሓምለ/1988

ገብሩ አስራት

ርእሰ ምምሕዳር ብሂራዊ ክልል ትግራይ

**9 ይህ አዋጅ የሚጸናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ በብሔራዊ ክልል ትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የጸና ይሆናል።

ሓምሌ 1988

ገብሩ አስራት

የብሔራዊ ክልል ትግራይ ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com

4ይ ዓመት ቁፅሪ 18

4ዓመት ቁጥር 18

መቐለ ሓምለ 1988

ኣብ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

ናይ ሓደ ዋጋ 1.40 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ

ኣዋጅ ቁፅሪ 18/1988

ገፅ 1

ማ ው ጫ

አዋጅ ቁጥር 18/1988 ዓ.ም

ገጽ 1

## ኣዋጅ ቁፅሪ 18/1988

## ከተማ መቐለ ብፍሉይ ዞባ ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ

ከተማ መቐለ ናይ ክልል ትግራይ ርእሰ ከተማ ስለዝኾነትን ንመፃኢ ክህሊ ዝኽእል ናይ ኢኮኖሚን ማሕበራዊን ዕብየት ምችው ባይታ ምፍጣር ኣድላይ ብምኻኑ፤

እተርእዮ ዘላ ናይ ኢኮኖሚን ማሕበራዊን ምንቅስቃስ ኣብ ግምት ብምእታው ናይታ ከተማ ውሽጣዊ ዓርሰ ምምሕዳር ምምስራት እታ ከተማ ክህልዋ ዝኽእል ዕብየት ውፅኢታዊ ክገብሮ ስለዝኽእል፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ብሕገ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1 መሰረት ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ'ሎ።

**ዓንቀፅ 1**

### ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "ከተማ መቐለ ብፍሉይ ዞባ ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 18/1988 ዓ.ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

**ዓንቀፅ 2**

### ትርጉም

ኣብ'ዚ ኣዋጅ፤

1. "ሕገ መንግስቲ" ማለት ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ማለት'ዩ
2. "ፍሉይ ዞባ" ማለት ብፍሉይ ኹነታት ዝተጣየሸ ዞባ መቐለ'ዩ

## አዋጅ ቁጥር 18/1988 ዓ.ም

## የመቀሌ ከተማ በልዩ ዞን ለማቋቋም የወጣ አዋጅ

መቀሌ ከተማ የትግራይ ክልል ርእሰ ከተማ በመሆኗ፣ ወደፊት ሊመጣ የሚቸለውን የኢኮኖሚና የማሕበራዊ እድገት የተመቻቸ ሁኔታ መፍጠር አስፈላጊ በመሆኑ፣

በከተማው እየታየ ያለውን የኢኮኖሚና የማሕበራዊ እድገት ግምት ውስጥ በማስገባት የከተማው የውስጥ ራስ ገዝ መመስረት ከተማዋ ሊኖራት የሚችለውን እድገት ውጤታማ ሊያደርገው ስለሚችል፣

የትግራይ ብሔራዊ ክልል ምክር ቤት በትግራይ ሕገ መንግስት አንቀጽ 49/3/1 መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

**አንቀጽ 1**

### አጭር ርእስ

ይህ አዋጅ"የመቀሌ ከተማ በልዩ ዞን ለማቆም የወጣ አዋጅ ቁጥጥር 18/1988 ዓ.ም" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**አንቀጽ 2**

### ትርጓሜ

በዚህ አዋጅ፣

1. "ሕገ መንግስት" ማለት የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ መንግስት ነው
2. "ልዩ ዞን" ማለት በልዩ ሁኔታ የቆመ የመቀሌ ዞን ማለት ነው

3. "ቤት ምኽሪ" ማለት ብመሰረት'ዚ ኣዋጅን ምርጫን ከተማ መቐለ ዝተጣየሸ ናይቲ ፍሉይ ዞባ ቤት ምኽሪ'ዩ።
4. "ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ" ማለት ናይ'ቲ ፍሉይ ዞባ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ'ዩ።

**ዓንቀፅ 3**

**ናይ ተፈፃምነት ወሰን**

እዚ ኣዋጅ ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ ኣብ ከተማ መቐለ ውሽጢ ጥራሕ'ዩ።

**ዓንቀፅ 4**

**ምጥያሽ**

ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ብሕጊ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 45/1 ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት ከተማ መቐለ በዚ ኣዋጅ ከም ፍሉይ ዞባ ኣጣይሹ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 5**

**ኣቃውማ**

1. እዚ ፍሉይ ዞባ ዝስዕቡ ናይ ስልጣን ኣካላት ይህልዉዎ፣
   ሀ. ቤት ምኽሪ
   ለ. ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ
   ሐ. ኣድለይቲ ክፍለ ከተማታትን ናይ ጣቢያ ምምሕዳራትን
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ ሓደ ዝተደንገገ ከምዘሎ ኾይኑ ናይቲ ከተማ ምምሕዳር ብዝተመልከተ ኣድለይቲ መሓውራት ይህልዉዎ።

**ዓንቀፅ 6**

**ኣመሰራርታን ኣሰራርሓን እዚ ቤት ምኽሪ**

1. ናይዚ ፍሉይ ዞባ ቤት ምኽሪ በቲ ከተማ ነባራይ ህዝቢ ካብ ጣብያታት ተመሪፆም ብዝውከሉ ኣባላይ ይቀውም።
2. ናይዚ ፍሉይ ዞባ ቤት ምኽሪ ስራሕ ዘበን ክልተ ዓመት ይኸውን
3. እቲ ቤት ምኽሪ እንተነኣሰ በቢሰለስተ ወርሒ ይእከብ
4. ስሩዕ ኣኼባ ኣብዘይብሉ ጊዜ በቲ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ወይ ብኣቦ ወንበር ኣኼባ ክፅዋዕ ይከኣል'ዩ። ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ እኼባ ክግበር እንተሓቲቶም ኣቦወንበር ኣኼባ ናይ ምፅዋዕ ግድነት ኣለዎ።
5. ናይቲ ፍሉይ ዞባ ኣቦወንበር፣ ምክትል

3. "ምክር ቤት" ማለት በዚህ አዋጅና በመቀሌ ከተማ የምርጫ ሕግ መሰረት የቆመ የልዩ ዞን ምክር ቤት ነው።
4. "የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ" ማለት የዞኑ የሥራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ነው።

**አንቀጽ 3**

**የተፈፃሚነት ወሰን**

ይህ አዋጅ በትግባር ላይ የሚውለው በመቀሌ ከተማ ብቻ ነው።

**አንቀጽ 4**

**ማቋቋም፣**

የትግራይ ምክር ቤት በክልል ትግራይ ሕገ መንግስት ዓንቀጽ 45/1 በተሰጠው ስልጣን መሰረት የመቀሌ ከተማ በዚህ አዋጅ አንድ ልዩ ዞን አቋቁሟል።

**አንቀጽ 5**

**አቋቋም**

1. የህ ልዩ ዞን የሚከተሉትን የስልጣን አካላት ይኖሩታል፣
   ሀ. ምክር ቤት
   ለ. የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ
   ሐ. አስፈላጊ ክፍለ ከተሞችንና የጣቢያ መስተዳደሮች
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው እንዳለ ሆኖ የዚህ ከተማ መስተዳደር በተመለከተ አስፈላጊ መዋቅሮች ይኖሩታል።

**አንቀጽ 6**

**የዚህ ምክር ቤት አመሰራረትና አሰራር**

1. የዚህ ልዩ ዞን ምክር ቤት በከተማው ነዋሪዎች ከጣቢያዎች ተመርጠው በሚወከሉ አባላት ይቆማል
2. የዚህ ልዩ ዞን ምክር ቤት የስራ ዘመን ሁለት ዓመት ይሆናል።
3. ይህ ምክር ቤት ቢያንስ በሶስት ወር አንድ ጊዜ ይሰበሰባል።
4. መደበኛ ስብሰባ በሚኖርበት ጊዜ በስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ወይም በሊቀመንበሩ ስብሰባ ሊጠራ ይችላል። ከምክር ቤቱ አባላት ከግማሽ በላይ ስብሰባ እንዲደረግ ከጠየቀ ሊቀመንበሩ ስብሰባ የመጥራት ግዴታ አለው።
5. የዚህ ልዩ ዞን ሊቀመንበር ፣ ምክትል

ኣቦወንበርን፣ ፀሓፍን በቲ ቤት ምኽሪ ይምረፁ።

6. ናይዚ ፍሉይ ዞባ ቤተ ምኽሪ ተፀዋዕነቱ ነቲ ዝመረፆ ህዝቢን ንክልል ቤት ምኽሪን ይኸውን።

**ዓንቀፅ 7**

**ናይቲ ቤት ምኽሪ ስልጣንን ተግባርን**

1. ናይቲ ዞባ ኣወዳድባ መሰረት ብምግባር ናይቲ ምምሕዳር ናይ ፕላንን ኮንስትራክሽንን፣ ኣታውን ፋይናንስን፣ ኢኮኖሚ ልምዓትን ማሕበራዊ ግልጋሎትን መምርሒታትን ኣድለይቲ ዝኾኑ ግልጋሎታትን ዝሓዘ ቤት ፅሕፈት የቘውም፣ ኣድላይ ክትትልን ቁፅፅርን ይገብር፣ ስራሕቶም ብላዕለዋይነት ይመርሕ።
2. ብክልል ቤት ምኽሪ ዝፀደቐ ትልሚ መሰረት ብምግባር ናይቲ ፍሉይ ዞባ ትልምን በጀትን የውፅእ።
3. ፍልፍላት እቶት እዚ ፍሉይ ዞባ ይውስን፣ ናይ ባዕሉ በጀት የፅድቅ።
4. መንግስቲ ብዝፈቐዶ ታሪፍ መሰረት ናይ ባዕሉ ኣታዊ ይውስን
5. ናይዚ ፍሉይ ዞባ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ከምኡ'ውን ኣቦወንበር፣ ምክትል ኣቦወንበርን ፀሓፊን ይመርፅ።

**ዓንቀፅ 8**

**ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ**

1. ናይቲ ፍሉይ ዞባ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ካብ ኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ ዝተመረፁ ትሽዓተ ኣባላት ይህልዉዎ።
2. ናይ ስራሕ ዘበኑ ናይቲ ቤት ምኽሪ ስራሕ ዘበን ይኸውን
3. ኣካቢ እዚ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ናይቲ ቤት ምኽሪ ኣቦወንበር እዩ።
4. ተፀዋዕነቱ ነቲ ቤት ምኽሪን ክልል ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴን እዩ።
5. ኣቦወንበራት ክፍለ ከተማታት ኣባላት ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ እዚ ፍሉይ ዞባ ይኾኑ
6. ተፀዋዕነት እዚ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ንክልል ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 9**

**ስልጣንን ተግባርን ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ**

ሊቀመንበርና ፀሓፊ በምክር ቤቱ ይመረጣሉ

6. የዞኑ ምክር ቤት ተጠሪነቱ ለመረጠው ህዝብና ለክልል ምክር ቤት ይሆናል።

**አንቀጽ 7**

**የምክር ቤቱ ስልጣንና ተግባር**

1. የዞን አወቃቀር መሰረት በማድረግ የመስተዳደሩ የፕላንን ኮንስትራክሽን፣ ገቢና ፋይናንስ፣ ኢኮኖሚያዊ ልማትና ማሕበራዊ አገልግሎት መምሪያዎችና አስፈላጊ የሆኑ አገልግሎቶች የያዘ ፅሕፈት ቤት ያቆማል፣ አስፈላጊው ክትትልና ቁጥጥር ያደርጋል፣ ስራዎቻቸውን በበላይነት ይመራል።
2. በክልሉ ምክር ቤት የፀደቀ ፕላን መሰረት በማድረግ የዞን ፕላንና በጀት ያወጣል
3. የዚሁ ልዩ ዞን የገቢ ምንጭ ይወስናል የራሱን በጀት ያፀድቃል
4. መንግስት በሚፈቅደው ታሪፍ መሰረት የራሱን ገቢ ይወስናል
5. የዚህ ልዩ ዞን ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ እንዲሁም ሊቀመንበር፣ ምክትል ሊቀመንበርና ፀሓፊን ይመርጣል

**አንቀጽ 8**

**ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ**

1. የዚህ ልዩ ዞን ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ከምክር ቤቱ አባላት የተመረጡ ዘጠኝ አባላት ይኖሩታል
2. የስራ ዘመኑ የምክር ቤቱ የስራ ዘመን ይሆናል
3. የስራ አስፈፃሚው ኮሚቴ ሰብሳቢ የምክር ቤቱ ሊቀመንበር ነው
4. ተጠሪነቱ ለምክር ቤቱና ለክልል ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ነው
5. የክፍለ ከተማው ሊቃነመናብርትና የዞኑ የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ አባላት ናቸው
6. የስራ አስፈፃሚው ኮሚቴው ተጠሪነቱ ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ይሆናል።

**አንቀጽ 9**

**የስራ አስፈፃሚው ኮሚቴ ስልጣንና ተግባር**

1. ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ እቲ ፍሉይ ዞባ ላዕለዋይ ፈፃሚ ሕጊ `ዩ።
2. ኣባላት ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ብሓባር ወይ ብውልቂ ናይቲ ፍሉይ ዞባ ቤት ፅሕፈት ብላዕለዋይነት ይመርሑ፣ የተሓባብሩ፣ ይቆፃፀሩ፣
3. ቤት ምኽሪ ኣብዘይእከበሉ እዋን ንቤት ምኽሪ ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት ዝተወሰኑ ውሳነታት ኣብ ግብሪ ምውዓሎም የረጋግፁ፣ ይቆፃፀሩ፣
4. ናይዚ ፍሉይ ዞባ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ናይ ኢኮኖሚ ልምዓት ትልምን ነቲ ቤት ምኽሪ የቅርብ፣ ምስፀደቐ ኣብ ግብሪ የውዕል፣
5. ናይቲ ፍሉይ ዞባ ስራሕ ከይዱ እናተኸታተለ ንናይ ክልል ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ሪፖርት የቅርብ።
6. ብክልል ቤት ምኽሪን ስራሕ ፈፃምን ዝወፁ ሕግታት ኣብ ስራሕ ምውዓሎም የረጋግፅ።
7. ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር እዚ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ናይ ፕላንን ኮንስትራክሽን፣ ኣታዊን ፋይናንስን፣ ኢኮኖሚ ልምዓትን ማሕበራዊ ግልጋሎታትን ዝሓዘ ቤት ፅሕፈታት የደራጅው፣ ስራሕቶም ይመርሕ፣ ይቆፃፀር
8. ብሕጊ መሰረት ዝተወሰነ ክራይ፣ ኣገልግሎት ታክስ፣ ግብርን ቀረፅን ይእክብ፣ ብትልሚ መሰረት እውን ንልምዓት ስራሕቲ ክውዕሉ ይገብር።
9. ናይታ ከተማ ልምዓት ስራሕትን ናይ ቦታ ምምሕዳርን ብዝምልከት ምስቢሮ ዕዮን ከተማ ልምዓትን ክልል ትግራይ ርክብ ይገብር።
10. ንካልኦት ቢሮታት ብሕጊ ተደንጊጉ ዝተውሃቦ ከምዘሎ ኮይኑ መንገድታት፣ ኣደባባያት፣ ድልድላት፣ መናፈሻታት፣ ናይ ኣትክልቲ ቦታታት ከምኡ'ውን ከም ማይ፣ መብራህቲ፣ ናይ ዕዳጋ ቦታታት፣ ናይ መቓብር ቦታታት፣ መእከቢ ኣዳራሻት ዝመሳሰሉ ምስራሕ፣ ምድርጃው፣ ምሕላው
11. ናይ ማይ ርስሓት መተሓላለፊታት ከምኡ'ውን ገዛውቲ ብፕላንን ብስርዓትን ዝተሰርሑ ምዃኖም ምቁፅፃር።
12. መከላኸሊ ሓደጋ ባርዕ፣ ኣምቡላንስ፣ ናይ

1. የዞኑ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የበላይ የሕግ አስፈፃሚ ነው
2. የስራ አስፈፃሚ አባላት በአንድነት ወይ በግል የልዩ ዞን ጽሕፈት ቤትና በበላይነት ይመራል፣ ያስተባብራል፣ ይቆጣጠራል።
3. ምክር ቤቱ በማይሰበሰብበት ጊዜ ለምክር ቤቱ በተሰጠ ስልጣን መሰረት የተወሰኑትን ውሳኔዎች መተግበራቸውን ያረጋግጣል፣ ይቆጣጠራል
4. የዚህ ልዩ ዞን የማሕበራዊ አገልግሎትና የኢኮኖሚ ልማት ፕላን ለምክር ቤቱ ያቀርባል፣ እንደፀደቀ በትግባር ያውላል።
5. የዚህ ልዩ ዞን የስራ ሂደት እየተከታተለ ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ሪፖርት ያቀርባል።
6. በክልሉ ምክር ቤትና በስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የወጡ ሕጎች መተግበራቸውን ያረጋግጣል።
7. ከመስተዳደሩ ስር የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴው የፕላንና ኮንስትራክሽን፣ ገቢና ፋይናንስ፣ ኢኮኖሚያዊ ልማትና ማሕበራዊ አገልግሎትን ያቀፈ ፅሕፈት ቤት ያደራጃል፣ ስራቸውን ይመራል፣ ይቆጣጠራል
8. በሕግ መሰረት የተወሰነውን ኪራይ፣ የአገልግሎት ታክስ፣ ግብርና ቀረጥ ይሰበስባል። በፕላን መሰረት ለልማት ስራዎች እነዲውል ያደርጋል።
9. የከተማው የልማት ስራዎችና የቦታ አስተዳደር በተመለከተ ከከተማ ልማት ቢሮ ጋር ግኑኝነት ያደርጋል።
10. ለሌሎች ቢሮዎች በሕግ ተደንግጎ የተሰጠ ስልጣን እንዳለ ሆኖ አደባባዮች፣ ድልድዮች፣ መናፈሻዎች፣ የአትክልት ቦታዎች፣ እንዲሁም የውሃ፣ የመብራት፣ የገበያ ቦታዎች፣ የመቃብር ስፍራዎች፣ የስብሰባ አዳራሾችና የመሳሰሉት መስራት፣ ማደራጀት፣ መጠበቅ
11. የውሃና የቆሻሻ መተላለፍያዎች እንዲሁም ቤቶች በፕላንና በህግ የተሰሩ መሆናቸውን መቆጣጠር፣
12. የእሳት አደጋ መከላከያ፣ አምቡላንስ፣

ዕሬት ግልጋሎት ምድርጃውን ምቅራብን፣ ከምኣድላይነቱ ድማ ብውልቀ ሰባት ብውክልና ክሰራሕ ይገብር።

13.ብናይታ ከተማ ፕላን መሰረት ናይ ከተማን ገዛን ቦታን የማሓድር፣ ብሕጊ መሰረት ድማ ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝተሰርሑ ገዛውቲ ብሓላፍነት ስጉምቲ ይወስድ።

14.ኣብታ ከተማ ዝልጠፉ ናይ ንግድ ምልክታት ግብሪ ይእክብ፣ ስታንዳርድ የውፅእ፣

15.ናይ ከተማ ዕሬት ንምሕላው ኣብ ኣገልግሎት ወሃብቲ ትካላት፣ ቤት ብልዕታት፣ እንዳመስተ፣ ልኳንዳ፣ ሬስቶራንት ዝመሳሰሉ ይቆፃፀር፣ ናይ ዕሬት ጉድለት እንትርከብ ናይ ምዕሻግ ስጉምቲ የወስድ።

**ዓንቀፅ 10**

**ናይቲ ቤት ምኽሪ ኣቦወንበር ስልጣንን ተግባርን**

1. እቲ ቤት ምኽሪን ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴን ብኣቦወንበርነት ይመርሕ።
2. ናይቲ ቤት ምኽሪን ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴን ተፀዋዒ ብምኻኑ ናይቲ ቤት ምኽሪን ኮሚቴን ኣኼባታት ይፅውዕ፣ ይመርሕ፣ የተሓባብር
3. ናይቲ ፍሉይ ዞባ ስራሕ ከይዱ በቢግዚኡ እናተኸታተለ ንስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴን ንቤት ምኽሪን ከምኡ'ውን ናይቲ ክልል ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴን ሪፖርት የቅርብ
4. ካብቲ ከተማ ውሽጢ ብካየድ ናይ ፕላንን ኮንስትራክሽንን ናይ ኢኮኖሚን ማሕበራዊን ልምዓት ስራሕቲ ይመርሕ፣ ይቆፃፀር።
5. ባህላዊ ልውውጥን ኣመቻውነት ዕቤት ከተማን መሰረት ብምግባር ምስናይ ዓዲ ውሽጥን ወፃእን ኣሓት ከተማታት ብቤት ምኽሪ ሽም ርክብ ይገብር።
6. ካልኦት በቲ ክልል ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴን በቲ ናይቲ ፍሉይ ዞባ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴን ዝወሃብዎ ስራሕቲ ይፍፅም።

**ዓንቀፅ 11**

**ናይ ምክትል ኣቦወንበር ስልጣንን ተግባርን**

1. ናይቲ ፍሉይ ዞባ ኣቦወንበር ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ንዑኡ ተኪኡ ይሰርሕ

የንጽህና አገልግሎት ማደራጀትና ማቅረብ፣ እንደ አስፈላጊነቱም በግለሰቦች በውክልና እንዲሰራ ያደርጋል

13.በከተማው ፕላን መሰረት የከተማ ቤቶችና ቦታን ያስተዳድራል፣ በሕግ መሰረትም ከሕግ ውጭ የሚሰሩትን ቤቶች በተመለከተ በሓላፊነት እርምጃ ይወስዳል

14.በከተማው በሚለጠፉ የንግድ ማስታወቂያዎች ግብር ይሰበስባል፣ ስታንዳርድ ያወጣል

15.የከተማ መሬት ለመጠበቅ በአገልግሎት ሰጪ ድርጅቶች፣ ምግብ ቤቶች፣ ቡና ቤቶች፣ ልኳንዳ ቤቶች፣ ሬስቶራንቶችና የመሳሰሉት ይቆጣጠራል የንጽህና ጉድለት ሲኖራቸውም የማሸግ እርምጃ ይወስዳል።

**አንቀጽ 10**

**የምክር ቤቱ ሊቀመንበር ስልጣንና ተግባር**

1. ምክር ቤቱና የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴውን በሊቀመንበርነት ይመራል
2. የምክር ቤቱንና የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ስብሰባዎች ይጠራል፣ ይመራል፣ ያስተባብራል
3. የዞኑ የስራ ሂደት በየጊዜው እየተከታተለ ለስራ አስፈፃሚው ኮሚቴ ለምክር ቤቱና እንዲሁም ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ሪፖርት ያቀርባል
4. በከተማው ውስጥ የሚካሄድ የፕላንና የኮንስትራክሽን እንዲሁም የኢኮኖሚና የማህበራዊ የልማት ስራዎችን ይመራል፣ ይቆጣጠራል።
5. የባህል ልውውጥ የከተማው የእድገት ምቹነት መሰረት በማድረግ ከአገር ውስጥና ከውጭ ወዳጅ ከተሞች በምክር ቤቱ ስም ግኑኝነት ያደርጋል
6. ሌሎች በክልሉ የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴና በዞኑ ምክር ቤት የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የሚሰጡትን ስራዎች ይፈፅማል።

**አንቀጽ 11**

**የምክትል ሊቀመንበር ስልጣንና ተግባር**

1. የዞኑ ሊቀመንበር በማይኖርበት ጊዜ እሱን ተክቶ ይሰራል

2. ብኣቦወንበርን ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴን ዝወሃብዎ ካልኦት ተግባራት ይመርሕ።
3. ተፀዋዕነቱ ንኣቦወንበርን ንስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴን ይኸውን።

**ዓንቀፅ 12**

**ናይ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ፀሓፊ ስልጣንን ተግባርን**

1. ናይቲ ፍሉይ ዞባ ምምሕዳር ቤት ፅሕፈት ይውድብ፣ ብሓላፍነት ይመርሕ።
2. ናይቲ ፍሉይ ዞባ ምምዳር ሰነዳት ብኣግባቡ ይሕዝ።
3. ቃለ ጉባኤ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕን ቤት ምኽሪን ብዝግባእ ዝተትሓዘ ምዃኑ የረጋግፅ።
4. ብኮሚቴ ስራሕ ፈፃምን ኣቦወንበርን ዝወሃብዎ ካልኦት ተግባራት ይፍፅም
5. ተፀዋዕነቱ ንኣቦወንበርን ንኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን ይኸውን።

**ዓንቀፅ 13 እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ጊዜ**

እዚ ኣዋጅ ብነጋሪት ጋዜጣ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ ተግባር ይውዕል።

ሓምለ/1988

ገብሩ ኣስራት
ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልል መንግስቲ ትግራይ

2. በሊቀመንበሩና በስራ አስፈፃሚው ኮሚቴ የሚሰጡትን ሌሎች ተግባሮች ይሰራል
3. ተጠሪነቱ ለሊቀመንበሩና ለስራ አስፈፃሚው ኮሚቴ ይሆናል።

**አንቀጽ 12**

**የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ፀሓፊ ስልጣንና ተግባር**

1. የዞኑ የአስተዳደር ፅሕፈት ቤት ያደራጃል፣ በሓላፊነት ይመራል።
2. የዞኑ አስተዳደር ሰነዶችን በሚገባ ይይዛል።
3. የስራ አስፈጻሚው ኮሚቴና የምክር ቤቱን ቃለጉባኤ በሚገባ የተያዘ መሆኑን ያረጋግጣል።
4. በስራ አስፈጻሚው ኮሚቴና በሊቀመንበሩ የሚሰጡትን ሌሎች ተግባሮች ይፈጽማል
5. ተጠሪነቱ ለሊቀመንበሩና ለስራ አስፈጻሚው ኮሚቴ ይሆናል።

**አንቀጽ 13**

**ይህ አዋጅ የሚጸናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ በትግራይ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ በስራ ላይ ይውላል።

ሓምሌ/1988 ዓ.ም

ገብሩ አስራት
የትግራይ ብሔራዊ ክልል መንግስት ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com

4ይ ዓመት ቁፅሪ 19
4ዓመት ቁጥር 19

መቐለ ሓምለ /1988

ኣብ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ
ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

በኢትዮጵያ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ
የትግራይ ክልል ምክር ቤት

| ናይ ሓደ ዋጋ 1.40 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120 |
|---|---|---|

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቁፅሪ 19
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁፅሪ 19
ገጽ 1

## ኣዋጅ ቁፅሪ 19/1988 ዓ.ም ግልጋሎት ማይ ከተማታትን ገፀርን ብሂራዊ ክልል ትግራይ ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ

ግልጋሎት ማይ ከተማታትን ገፀርን ብሂራዊ ክልል ትግራይ ኣብ ተሳትፎ ህዝቢ ዝተደረኸ ምእንታን ክኸውን ህዝቢ ዝህልዎ ተሳትፎ ንፁር ብዝኾነ መንገዲ ንምግላፅ፣
ግልጋሎት ማይ ዓርሰን ክኢለን ብናይ ባዕለን ኣታዊ ክማሓደራ ንምግባርን ኣብ ኩሉ ኩርናዓት እዚ ክልል ዝባፀሓሉ ስሉጥ መገዲ ምሕንፃፅ ኣድላይ ኾይኑ ስለዝረኸቦ ቤት ምኽሪ ብሂራዊ ክልል ትግራይ ብሕገ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1 መሰረት እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ'ሎ።

### ክፍሊ ሓደ
### ሓፈሻዊ

**ዓንቀፅ 1**

### ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "ግልጋሎት ማይ ገፀርን ከተማን ብሂራዊ ክልል ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 19/1988 ዓ.ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

**ዓንቀፅ 2**

### ትርጉም

ኣብዚ ኣዋጅ ውሽጢ፣
"ጣብያ" ማለት ብመሰረት ዓንቀፅ 45 ሕገ

## ኣዋጅ ቁጥር 19/1988 ዓ.ም የትግራይ ብሔራዊ ክልል የከተማና የገጠር የውሃ አገልግሎት ለማቋቋም የወጣ አዋጅ

የትግራይ ብሔራዊ ክልል የከተማና የገጠር የውሃ አገልግሎት በህዝብ ተሳትፎ ላይ የተሞረከዘ እንዲሆን፣ ህዝብ ሊኖረው የሚገባ ተሳትፎ ግልፅ በሆነ መንገድ ለመግለጽ
አዲስ አገልግሎቶች ራሳቸውን ችለው በራሳቸው ገቢ እንዲተዳደሩ ለማድረግና በመላው ትግራይ የውሃ አገልግሎት የሚዳረስበትን ፈጣን መንገድ ለመቀየስ አስፈላጊ ሆኖ ስለተገኘ የትግራይ ብሔራዊ ክልል ምክር ቤት በትግራይ ክልል ሕገ መንግስት ዓንቀፅ 49/3/1 መሰረት የሚቀጥለውን አዋጅ አውጥቷል።

### ክፍል አንድ
### አጠቃላይ

**ዓንቀጽ 1**

### አጭር ርእስ

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሔራዊ ክልል የገጠርና የከተማ የውሃ አገልግሎት ለማቋቋም የወጣ አዋጅ ቁጥር 19/1988 ዓ/ም" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**ዓንቀጽ 2**

### ትርጉም

በዚህ አዋጅ ውስጥ፦
"ጣብያ" ማለት በህገ መንግስት ክልል ትግራይ

መንግስቲ ክልል ትግራይ ዝቖመ ናይ ምምሕዳር ብርኪ እዩ

"ቁሸት" ማለት ትሕቲ ናይ ጣብያ ምምሕዳር ዝርከብ ናይ ምምሕዳር ብርኪ እዩ

"ቢሮ" ማለት ቢሮ ሃፍቲ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጂን ክልል ትግራይ ማለት'ዩ።

"ቤት ፅሕፈት" ማለት በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 6 መሰረት ዝተገለፀ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይ እዩ።

"ቦርድ" ማለት በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 6 መሰረት ዝቖመ ግልጋሎት ማይ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ናይ ኣመራርሓ ኣካል'ዩ።

"ኮሚቴ ማይ" ማለት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 20 ዝቖመ ናይ ገፀርን ኣናእሽቱ ከተማታትን ግልጋሎት ማይ ዝመርሕ ላዕለዋይ ኣካል'ዩ።

"እንስፔክተር ጥዕና" ማለት ሰራሕተኛ ቢሮ ጥዕና ዝኾነ ባዓል ሞያ ጥዕና ማለት'ዩ።

**ዓንቀፅ 3**

**ኣቃውማ**

ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ኣብ ትግራይ ዝርከባ ናይ ገፀርን ናይ ከተማን ግልጋሎት ማይ ምምሕዳር ቆይመን ኣለዋ። በዚ መሰረት፣

1. ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ኣብ ዝተነፀራ ከተማታት ናይ ማይ ግልጋለት ቤት ፅሕፈት
2. ካብዚ ወፃኢ ኣብ ዝኾና ኣናእሽተይ ከተማታትን ገፀርን ዝሰርሓ ናይ ማይ (ሰራሕተኛታት) ኮሚቴታት ይህልዋ።
3. ተፀዋዕነት እዘን ግልጋሎታት ማይ ነቲ ቦርድን ኮሚቴታት ማይን ይኸውን።

**ዓንቀፅ 4**

**ናይ ተፈፃምነት ወሰን**

እዚ ኣጅ ኣብ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ኣብ ዝርከባ ናይ ገፀር ኮነ ከተማ ግልጋሎታት ማይ ተፈፃሚ ይኸውን

**ክፍሊ ክልተ**

**ብዛዕባ ቦርድ ዝጣየሸለን ግልጋሎታት ማይ**

**ዓንቀፅ 5**

**ቦርድ ዝጣየሸለን ከተማታት ግልጋሎት ማይ**

ሀ. ቦርድ ዝጣየሸለን ከተማታት ግልጋሎት ማይ እዘን ዝስዕባ እየን

አንቀጽ 45 መሰረት የቆመ የመስተዳደር አካል ነው።

"መንደር" ማለት ከጣብያ መስተዳደር በታች ያለ የመስተዳደር አካል ነው

"ቢሮ" ማለት የትግራይ ክልል የውሃ ሃብት የማዕድንና ኢነርጂ ቢሮ ማለት ነው፣

"ፅሕፈት ቤት" ማለት በዚህ አዋጅ አንቀጽ 6 መሰረት የተገለፀው የውሃ አገልግሎት ጽሕፈት ቤት ማለት ነው

"ቦርድ" ማለት በዚህ አዋጅ ዓንቀጽ 6 መሰረት የተቋቋመ የውሃ አገለግሎት ጽሕፈት ቤት የበላይ የአመራር አካል ነው።

"የውሃ ኮሚቴ" ማለት በዚህ አዋጅ ዓንቀፅ 20 መሰረት የቆመ የገጠርና የትናንሽ ከተሞች የውሃ አገልግሎት የሚመራ የበላይ አካል ነው።

"የጤና ኢንስፔክተር" ማለት የጤና ቢሮ ሰራተኛ የሆነ የጤና ባለሞያ ማለት ነው።

**ዓንቀጽ 3**

**አቋቋም**

በትግራይ የሚገኙ የገጠርና የከተማ የውሃ አገልግሎቶች አስተዳደር በዚህ አዋጅ ቆሟል። በዚህ መሰረት፣

1. በዚህ አዋጅ በተጠቀሱት የውሃ አገልግሎት ጽሕፈት ቤት
2. ከዚህ ውጭ የሆኑት ትናንሽ ከተሞችና ገጠሮች የሚሰሩ የውሃ ኮሚቴዎች ይኖራሉ።
3. የውሃ አገልግሎቶች ተጠሪነታቸው ለቦርድና ለውሃ ኮሚቴዎች ይሆናል።

**ዓንቀጽ 4**

**የተፈጻሚነት ወሰን**

የዚህ አዋጅ ተፈፃሚነት በትግራይ ብሔራዊ ክልል የሚገኙትን የገጠርና የከተማ የውሃ አገልግሎቶች ይሆናል።

**ክፍል ሁለት**

**ቦርድ ስለሚቋቋምባቸው የውሃ አገልግሎቶች**

**ዓንቀጽ 5**

**ቦርድ ስለሚቋቋምባቸው ከተሞች የውሃ አገልግሎቶች**

ሀ. ቦርድ የሚቋቋምባቸው ከተሞች የውሃ አገልግሎት የሚከተሉት ናቸው።

**ኣብ ደቡባዊ ዞባ** **ኣብ ማእኸላይ ዞባ**

ማይጨው ኣክሱም

ኮረም ዓድዋ

ዡሓ ዓብዪ ዓዲ

ኣላማጣ

**ኣብ ምብራቃዊ ዞባ** **ኣብ ምዕራባዊ ዞባ**

ዓዲግራት እንዳስላሰ

ውቅሮ ሽራሮ

ዘላኣንበሳ ሑመራ

**መቐለ ከተማ**

ለ. ኣብ ከተማ መቐለ ዝባየሽ ፍሉይ ቦርድ ይህሊ፣

ሐ. ኣብ ካልኦት ከተማታት ምጥያሽ ቦርድ ዘድሊ ኾይኑ እንትርከብ ኣድላይ መመዘንታት ምምላእን ብቢሮ ማይ ማዕድንን ኢነርጅን እናተረጋገፀ ይውሰን።

**ዓንቀፅ 6**

**ብዛዕባ ኣወዳድባ**

1. ቤት ፅሕፈት ከተማ ግልጋሎት ማይ

   ሀ. ናይ ኣመራርሓ ቦርድ

   ለ.ቤት ጽሕፈት ፣

   ሐ. ዋና ኣካያዲ ስራሕ

   መ.ንስርሑ ዘድልዩ ካልኦት ሰራሕተኛታት ይህልዉ፡ኣቆፃፅራ ስራሕኛታት ዝምልከት በቲ ክልል ስራሕ ፈፃሚ ብዘውፅኦ ደንቢ መሰረት ይኸውን።

2. ናይ'ዚ ቦርድ ዝስዕቡ ኣባላት ይህልዉ።

   ሀ. ናይ ከተማ ምምሕዳር ማዘጋጃ ቤት ሹም . . . ኣቦወንበር

   ለ. ናይ ሃፍቲ ማይ ተወካሊ . . . ኣባል

   ሐ. ናይ ቢሮ ፋይናንስ ሓላፊ . . . ኣባል

   መ. ናይ ጥዕና ሓላፊ . . . ኣባል

   ረ. ክልተ ናይ ሕብረተሰብ ተወከልቲ. . . ኣባላት

   ሰ. ናይ ማይ ግልጋሎት ሓላፊ . . . ፀሓፊ

3. ናይ ማይ ግልጋሎት ቦርድ ተፀዋዕነቱ ብረጅኡ ንዘሎ ቤት ምኽሪ ኾይኑ ብቴክኒክ መዳያት ድማ ንቢሮ ሃፍቲ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጅን ይኸውን።

**ዓንቀፅ 7**

**ናይ ከተማ መቐለ ፍሉይ ቦርድ**

ናይ ከተማ መቐለ ግልጋሎት ማይ ቦርድ

**ደቡባዊ ዞን** **ማእከላዊ ዞን**

ማይጨው አክሱም

ኮረም ዓድዋ

ዡሓ ዓብዪ ዓዲ

ኣላማጣ

**ምስራቃዊ ዞን** **ምዕራባዊ ዞን**

ዓዲግራት እንዳስላሰ

ውቅሮ ሽራሮ

ዘላኣንበሳ ሑመራ

**መቀሌ ከተማ**

ለ. በመቀሌ ከተማ የሚቋቋም ልዩ ቦርድ ይኖራል።

ሐ. በሌሎች ከተሞች ቦርድ ለማቋቋም አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ አስፈላጊ መመዘኛዎችን ማሟላታቸውን በውሃ ሃብት ማዕድንና ኢነርጂ እየተረጋገጠ ይሰጣል።

**ዓንቀጽ 6**

**አገረጃጀት**

1. የከተማ የውሃ አገልግሎት ጽሕፈት ቤት

   ሀ. የቦርድ አመራር፣

   ለ. ጽሕፈት ቤት፣

   ሐ. ዋና ስራ አስኪያጅ

   መ. ለስራው የሚያስፈልጉ ሌሎች ሰራተኞች ይኖሩታል። የሰራተኞች አቀጣጠር በተመለከተ የክልሉ ስራ አስፈፃሚ በሚያወጣው ደንብ መሰረት ይሆናል።

2. ይህ ቦርድ የሚከተሉት አባላት ይኖሩታል

   ሀ. የከተማው አስተዳደር ሹም . . .ሊቀመንበር

   ለ. የውሃ ሃብት ተወካይ . . .አባል

   ሐ. የፋይናንስ ቢሮ ሓላፊ . . .አባል

   መ. የጤና ቢሮ ሓላፊ . . . አባል

   ረ. ሁለት የሕብረተሰቡ ተወካዮች . . . አባላት

   ሰ. የውሃ ግልጋሎት ሓላፊ . . .ፀሓፊ

3. የውሃ አገልግሎት ቦርድ ተጠሪነቱ በየደረጃው ላለው ምክር ቤት ሆኖ ቴክኒክ ነክ በተመለከተ ተጠሪነቱ ለውሃ ሃብት ማዕድንና ኢነርጂ ቢሮ ይሆናል።

**ዓንቀጽ 7**

**የመቀሌ ከተማ ልዩ ቦርድ**

የመቀሌ ከተማ የውሃ አገልግሎት ቦርድ

ተፀዋዕነት፡ ንስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ክልል ትግራይን ብቴክኒክ መዳይ ድማ ንቢሮ ሃፍቲ ማይ መዓድንን ኢነርጅን ኾይኑ ዝስዕቡ ኣባላት ይህልዉዎ።

ሀ. ናይ ከተማ መቐለ ቤት ምኽሪ ሓላፊ. . ኣቦወንበር

ለ. ናይ ክልል ቢሮ ማይ መዓድንን ኢነርጅን ሓላፊ . . . ኣባል

ሐ. ናይ ክልል ቢሮ ጥዓና ሓላፊ . . . ኣባል

መ. ከተማ መቐለ ማይ ግልጋሎት ሓላፊ . . . ፀሓፊ

ረ. ናይ ፋይናንስ ቢሮ ሓላፊ . . . ኣባል

ሰ. ክልተ ናይ ሕብረተሰብ ተወከልቲ . . . ኣባላት

**ዓንቀፅ 8**

**ስልጣንን ተግባርን እቲ ቦርድ**

ሀ. ናይ ማይ ግልጋሎት ታሪፍ ኣፅኒዑ የቕርብ፣ ንክልል ስራሕ ፈፃሚ የቅርብ፣ እንትፍቀድ ኣብ ስራሕ የውዕል፣

ለ. ናይ ማይ ግልጋሎት ቤት ፅሕፈት ዓመታዊ ናይ ስራሕ ፕሮግራምን በጀትን የፅድቕ።

ሐ. ናይቲ ቤት ፅሕፈት ስልጣንን ተግባር ኣፈፃፅማ ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣

መ. ናይቲ ቤት ፅሕፈት ስራሕ ይግምግም

ረ. ኣብ ዝቐረበሉ ናይ ኦዲት ሪፖርት መሰረት ገይሩ ውሳነ የመሓላልፍ፣

ሰ. ነቲ ቤት ፅሕፈት የደራጅው።

**ዓንቀፅ 9**

**ናይ ቦርድ ኣኼባ**

ሀ. ቦርድ ኣብ ወርሒ ሓደ ኣኼባ ይህልዎ፣ከምኣድላይነቱ ካልኦት ተወሰኽቲ ኣኼባታት ክገብር ይኽእል፣

ለ. ኣቦ ወንበር ናይዚ ቦርድ ስሩዕ ይኹን ዘይስሩዕ ኣኼባታት ይፅውዕ

ሐ. ካብ ቦርድ ኣባላት ክልተ ሲሶ እንተተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን

መ. ናይ ቦርድ ውሳነታት ብናይ ተኣከብቲ ኣብዝሓ ድምፂ ይውሰን። ድምፂ ማዕረ እንትምቀል ኣቦወንበር ዝደገፎ ሰዓራይ ይኸውን።

ረ. ናይ ስብሰባ ስነ ስርዓት ክወፅእ ይኽእል

**ክፍሊ ሰለስተ**

**ውዳበ ስልጣንን ተግባርን ቤት ፅሕፈት**

ተጠሪነቱ ለተግራይ ክልል ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ቴክኒክ በተመለከተ ደግሞ ለውሃ ሃብት ማዕድንና ኢነርጂ ቢሮ ሆኖ የሚከተለውን አባላት ይኖሩታል

ሀ. የመቀሌ ከተማ ምክር ቤት ሓላፊ . . .ሊቀመንበር

ለ. የክልሉ የውሃ፣ የማዕድንና ኢነርጂ ቢሮ ሓላፊ . . .አባል

ሐ. የክልሉ የጤና ቢሮ ሓላፊ . . . ፀሓፊ

መ. የመቀሌ ከተማ የውሃ አገልግሎት ሓላፊ . . ፀሓፊ

ረ. የክልሉ የፋይናንስ ቢሮ ሓላፊ . . .አባል

ሰ. ሁለት የሕብረተሰቡ ተወካዮች . . . ኣባላት

**ዓንቀፅ 8**

**የቦርዱ ስልጣንና ተግባር**

ሀ. የውሃ አገልግሎት ታሪፍ በማጥናት ለክልል ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ያቀርባል፣ እንደተፈቀደ በስራ ላይ ያውላል፣

ለ. የውሃ አገልግሎት ፅሕፈት ቤትን ዓመታዊ የስራ ፕሮግራምና በጀት ያፀድቃል፣

ሐ. የጽሕፈት ቤቱ ስልጣንና ተግባር አፈፃፀም ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል።

መ. የፅሕፈት ቤቱን ስራ ይገመግማል፣

ረ. በቀረበለት የኦዲት ሪፖርት መሰረት አድርጎ ውሳኔ ያስተላልፋል።

ሰ. ጽሕፈት ቤቱን ያደራጃል።

**ዓንቀፅ 9**

**የቦርድ ስብሰባ**

ሀ. ቦርድ በወር አንድ ጊዜ ስብሰባ ያካሂዳል፣ እንደአስፈላጊነቱም ሌሎች ተጨማሪ ስብሰባዎችን ሊጠራ ይችላል።

ለ. ሊቀመንበሩ የቦርድን መደበኛና መደበኛ ያልሆኑ ስብሰባዎች ይጠራል

ሐ. ከቦርድ አባላት ሁለት ሦስተኛ ከተገኙ ምልአተ ጉባኤ ይሆናል።

መ. የቦርድ ውሳኔዎች የሚተላለፉት ከተሰብሳቢዎች የአብላጫ ድምፅ ነው። የተሰጠው ድምፅ በሁለት ወገን እኩል ሲሆን ሊቀመንበሩ የደገፈውን አሸናፊ ይሆናል።

ረ. የስብሰባ ስነ ስርዓት ሊያወጣ ይችላል።

**ክፍል ሦስት**

**የውኃ አገልግሎት ጽሕፈት ቤት ሥልጣንና**

### ግልጋሎት ማይ

**ዓንቀፅ** 10

**ብዛዕባ ውዳበ**

ሀ. ኣብ ዓንቀፅ 5 ዝተጠቐሳ ውዳበታት ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይ በዚ ኣዋጅ ቆይሙ'ሎ

ለ. ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይ ተፀዋዕነቱ ነቲ ቦርድ ይኸውን።

**ዓንቀፅ** 11

**ሓላፍነትን ተግባርን ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይ**

እዚ ቤት ፅሕፈት ስዒቡ ዝተገለፀ ስልጣንን ተግባርን ይህልዎ፣

ሀ. ንናይ ከተማን ከባቢኡን ህዝቢ ፅርየትን መጠኑን ዝተሓለወ ማይ የቕርብ፣

ለ. ናይ ማይ ግልጋሎት ንዝሓቱ ውልቀ ሰባት ትካላትን ብቅደም ሰዓብ ናይ ማይ መስመር ምዝርጋሕን ምእታውን፣

ሐ. ናይ ማይ መስመር ንምዝርጋሕ ከምኡ'ውን ንዝህቦ ግልጋሎት ምፅጋንን ምሕዳስን ክፍሊት ምቅባል፣

መ. ካብ ቦርድ ብዝወሃቦ መምርሒ መሰረት ዘድልዩ መሳርሕታት ምግዛእ፣

ረ. ማይ ከይምረዝ፣ ከይብከልን ከይባኽንን ኣድላይ ቁፅፅር ምግባር፣

ሰ. ንቦርድ እናፍለጠ ውህብቶን ሓገዝን ምቅባል፣

ሸ. ንፅርየት ማይ ምስ ዝቆፃፀር ኢንስፔክተር ጥዕና ዘድሊ ምትሕብባር ምግባር፣

ቀ. ኣብ ከተማን ከባቢአንን ንዘሎ ናይ ሃፍቲ ማይ መረዳእታታት እናዳለወ ንቦርድ ምቅራብ፣

በ. ዘዴታት እናዳለወ ንቦርድ ኣፍቂዱ ተግባራዊ ምግባር፣

ተ. ናይ'ዚ ኣወጅ ዕላማታት ንምትግባር ኣድላይ ዝኾኑ ካልኦት ተግባራት ምፍፃም ወይ ከዓ ክፍፀሙ ምግባር፣

**ዓንቀፅ** 12

**ቢሮ ሃፍቲ ማይ፣ መዓድንን ኢነርጂን**

ሀ. ንኩለን ግልጋሎት ማይ ብቴክኒክ መዳይ ላዕለዋይ ወሃቢ ሓገዝ ይኸውን፣

ለ. ካብ ዓቅሚ ጣብያን ወረዳን ብላዕሊ ዝኾነ

### ተግባር አደረጃጀት

**ዓንቀፅ** 10

**አደረጃጀት**

ሀ. በዓንቀፅ 5 የተጠቀሰው የውሃ አገልግሎት ጽሕፈት ቤት አደረጃጀት በዚህ አዋጅ ቆሟል

ለ. የውሃ አገልግሎት ጽሕፈት ቤት ተጠሪነቱ ለቦረድ ይሆናል።

**ዓንቀፅ** 11

**የውኃ አገልግሎት ጽሕፈት ቤት ኃላፊነትና ተግባር**

ይህ ጽሕፈት ቤት ቀጥሎ የተገለፀውን ስልጣንና ተግባር ይኖሩታል።

ሀ. ለከተማና ለአከባቢው ህዝብ ንጽህናውን መጠኑን የጠበቀ ውኃ ማቅረብ፣

ለ. የውኃ አገላገሎት ለሚጠይቁ ግለሰቦችና ድርጅቶች በቅደም ተከተል የውሃ መስመር መዘርጋትና ማስገባት፣

ሐ. የውሃ መስመር ለመዘርጋት እንዲሁም ለሚሰጠው የመጠገንና የማደስ አገልግሎት የሚውል ደረሰኝ መቀበል፣

መ. ከቦርድ በሚሰጠው መመሪያ መሰረት አስፈላጊ መሳሪያዎች መግዛት፣

ረ. ውኃ እንዳይመረዝ፣ እንዳይበከልና እንዳይበላሽ አስፈላጊ ቁጥጥር ያደርጋል፣

ሰ. ለቦርድ እያሳወቀ ስጦታና እርዳታ ይቀበላል፣

ሸ. የውሃን ንፅህና ከሚቆጣጠር የጤና ኢንስፔክተር ጋር አስፈላጊውን መተባበር ያደርጋል፣

ቀ. በከተማና በአከባቢው ያለ የውሃ ሃብት መረጃዎች እያዘጋጀ ለቦርድ ያቀርባል፣

በ. ዘዴዎች እያዘጋጀ ለቦርድ አስፈቅዶ ተግባራዊ ያደርጋል፣

ተ. የዚህ አዋጅ ዓላማዎች ለመተግበር አስፈላጊ የሆኑትን ሌሎች ተግባሮች ይፈፅማል ወይም እንዲፈፀሙ ያደርጋል

**ዓንቀፅ** 12

**የውሃ ሃብት፣ ማዕድንና ኢነርጂ ቢሮ**

ሀ. ለሁሉም የውሃ አገልግሎቶች ቴክኒክ በተመለከተ የበላይ ድጋፍ ሰጪ ይሆናል፣

ለ. ከጣቢያዎችና ወረዳዎች አቅም በላይ የሆነ

ፅገናታት የካይድ፣

ሐ. ስልጠና ኣባላት፣ ኮሚቴታትን ሰራሕተኛታትን የካይድ ወይ ክካየድ ይገብር፣

ዓንቀፅ 13

**ስልጣንን ተግባርን ዋና ኣካያዲ ስራሕ እቲ ቤት ፅሕፈት**

1. በቲ ቦርድ ብዝተውሃቦ መምረሒ መሰረት ናይቲ ቤት ፅሕፈት ሓላፊ ኮይኑ ነቲ ቤት ፅሕፈት ዝተዋሃቦ ስልጣንን ሓላፍነትን ይፍፅም፣
2. ኣብ ንኡስ ቁፅሪ 1 ዝተጠቐሰ ከምዘሎ ኮይኑ ብተወሳኺ እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ይፍፅም።
   ሀ. ንቦርድ ውሳነ ኣዋሃህባ ዝሕግዝ መረዳእታታት የዳሊ፣
   ለ. ምምሕዳር ሰራሕተኛ ብዝምልከት ክልል ስራሕ ፈፃሚ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ይፍፅም፣
   ሐ. ናይቲ ቤት ፅሕፈት ዓመታዊ ትልምን በጀትን ኣዳልዩ ንቦርድ የቅርብ፣ እንትፍቀድ ኣብ ስራሕ የውዕል፣
   መ. ኣብ ሰለስተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ናይቲ ቤት ፅሕፈት ስራሕ ምንቅስቃስ ፀብፃብ ንቦርድ የቅርብ፣
   ረ. ንቲ ቤት ፅሕፈት ምስ ሳልሳይ ወገናት ንዝህልዎ ርክብ ይውክል፣
   ሰ. ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ንካልኦት ሓለፍቲ እቲ ቤት ፅሕፈት ውክልና ይህብ፣
   ሸ. ብሽም እቲ ቤት ፅሕፈት ብናይ ፋይናንስ ደንብን መምርሕን መሰረት ናይ ባንኪ ሒሳብ ይኸፍት፣ የንቀሳቅስ፣ ገንዘብ የእቲ የውፅእ፣
   ቀ. ቦርድ ዝህቦ ካሊእ ስራሕቲ ይፍፅም።

ዓንቀፅ 14

**ፍልፍል በጀት**

1. ናይ'ዚ ቤት ፅሕፈት ፍልፍል በጀት ካብዞም ዝስዕቡ ዝርከብ ይኸውን፣
   ሀ. ካብ ዝኽፈሎ ናይ ግልጋሎት ዋጋ፣
   ለ. ካብ ካልኦት ዝረኽቦ ሓገዝን ውህብቶን፣
2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተረኸበ ገንዘብ

ጥገናዎች ያካሂዳል፣

ሐ. የኮሚቴዎች፣ አባላትና የሰራተኞች ስልጠና ያካሂዳል ወይም እንዲካሄድ ያደርጋል

ዓንቀፅ 13

**የጽሕፈት ቤቱ ዋና ስራ አስኪያጅ ስልጣንና ተግባር**

1. በቦርዱ በሚሰጠው መመሪያ መሰረት የጽሕፈት ቤቱ ሓላፊ ሆኖ ለጽ/ቤቱ የተሰጠውን ስልጣንና ሃላፊነት ይፈጽማል

2. በንኡስ ቁጥር 1 የተጠቀሰ እንዳለ ሆኖ በተጨማሪ የሚከተሉትን ተግባራት ይፈጽማል
   ሀ. ለቦርዱ ውሳኔ አሰጣጥ የሚያግዝ መረጃ ያዘጋጃል፣
   ለ. የሰራተኛ አስተዳደር በተመለከተ የክልሉ ስራ አስፈፃሚ በሚያወጣው መመሪያ መሰረት ይፈጽማል፣
   ሐ. የጽሕፈት ቤቱን ዓመታዊ ፕላንና በጀት በማዘጋጀት ለቦርዱ ያቀርባል ሲፈቀድም በስራ ላይ ያውላል፣
   መ. በሦስት ወር አንዴ የጽሕፈት ቤቱን የስራ እንቅስቃሴ ሪፖርት ለቦርዱ ያቀርባል
   ረ. ከሶስተኛ ወገኖች የሚኖር ግኑኝነት ፅሕፈት ቤቱን ይወክላል፣
   ሰ. አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ ለጽሕፈት ቤቱ ሌሎች ሃላፊዎች ውክልና የሰጣል።

   ሸ. በፋይናንስ ደንብና መመሪያ መሰረት፣ በጽሕፈት ቤቱ ስም የባንክ ሂሳብ ይከፈታል፣ ያንቀሳቅሳል፣ ገንዘብ ያስገባል፣ ያወጣል።
   ቀ. ቦርዱ የሚሰጠውን ሌሎች ስራዎች ያከናውናል

ዓንቀፅ 14

**የበጀት ምንጭ**

1. የፅሕፈት ቤቱ የበጀት ምንጭ ቀጥሎ ከተዘረዘሩት የሚገኝ ይሆናል።
   ሀ. ከአገልግሎት ዋጋ ክፍያ
   ለ. ከሌሎች የሚያገኘውን እርዳታና ስጦታ
2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ 1 መሰረት

ንመፈፀሚ ዕላማታት እቲ ቤት ፅሕፈት ይውዕል

3. ናይዚ ቤት ፅሕፈት ናይ ገንዘብ ምምሕዳር ብናይ ፋይናንስ ደንብን መምርሕን መሰረት ይፍፀም፣

**ዓንቀፅ 15**

**መዛግብቲ ሒሳብ**

1. እዚ ቤት ፅሕፈት ትኽክለኛ ዝኮኑን ዝተማልኡን ናይ ሒሳብ መዛግብቲ ይሕዝ፣
2. እዞም መዛግብቲ ብቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን ክልል ትግራይ ከም ኣድላይነቱ ድማ ቦርድ ብዝመረፆ ካሊእ ኦዲተር ብዓመት ሓደ ጊዜ ይምርመሩ፣

**ክፍሊ ኣርባዕተ**

**ውዳብ ስልጣንን ተግባርን ብኮሚቴ ዝመሓደራ ከተማታት**

**ዓንቀፅ 16**

1. ብኮሚቴ ዝመሓደራ ከተማታት ግልጋሎት ማይ፣
   ሀ. ውዳብ ኮሚቴ ከተማታት ግልጋሎት ማይ ይህልወን
   ለ. ተፀዋዕነት እተን ኣብ ፊደል "ሀ" ዝተጠቐሳ ኮሚቴታት ብደረጀአን ንዝሎ ቤት ምኽሪ እንትኸውን ብቴክኒክ መዳይ ድማ ኣብቲ ከባቢ ንዝርከብ ተወካሊ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጂን ቢሮ ይኸውን።
2. ብሞተር ዝንቀሳቀሳ ናይ ማይ ግልጋሎት መከፋፈሊ ዘለወን ከተማታት ብማይ ኮሚቴ ይመሓደራ።

**ዓንቀፅ 17**

**ስልጣንን ተግባርን ኮሚቴ ማይ**

ሀ. ኮሚቴ ማይ፣ ብቢሮ ማይ ማዕድንን ኢነርጅን ክልል ትግራይ ተዳልዩ በቲ ቦርድ ዝፀደቐ መሓውር መሰረት ነቲ ግልጋሎት ማይ ዘድልዩ ሰራሕተኛታት ይቖፅር፣

ለ. ናይቲ ከባቢ ህዝቢ ኣብ ምምሕዳር እተን ግልጋሎታት ማይ ዓብይ ግደ ክህልዎ ይገብር።

ሐ. መደበኛ ፅገናን ሓለዋ መሳርሕታትን ይፍፅም፣

መ. ምስ ቤት ምኽሪ እቲ ወረዳ ብምትሕብባር ስልጠና ሰራሕተኛታት ወይ ከዓ ሕብረተሰብ

ያገኘውን ገንዘብ ለጽ/ቤቱ ዓላማዎች ማስፈፀሚያ ያውላል

3. የጸሐፈት ቤቱ የገንዘብ አስተዳደር በፋይናንስ ደንብና መመሪያ መሰረት ይፈፅማል

**ዓንቀፅ 15**

**የሂሳብ መዛግብት**

1. ይህ ጽሕፈት ቤት ትክክለኛና የተሟላ ሂሳብ መዛግብት ይይዛል
2. እነዚህ መዛግብት በክል የኦዲትና ቁጥጥር ጽሕፈት ቤት እንደ አስፈላጊነቱም ቦርድ በመረጠው ሌላ ኦዲተር በዓመት አንድ ጊዜ ይመረመራሉ።

**ክፍል አራት**

**በኮሚቴ የሚተዳደሩ ከተሞች የስልጣንና የተግባር አደረጃጀት**

**ዓንቀጽ 16**

1. በኮሚቴ የሚተዳደሩ የከተሞች የውሃ አገልግሎት
   ሀ. የከተማ የውሃ አገልግሎት መዋቅር ይኖራቸዋል
   ለ. በፊደል "ሀ" የተጠቀሱ ኮሚቴዎች ተጠሪነታቸው በደረጃቸው ላለው ምክር ቤት ሲሆን ቴክኒክ በተመለከተ ደግሞ በአከባቢው ለሚገኙ የውሃ ማዕድንና ኢነርጂ ቢሮ ተወካይ ይሆናል
2. በሞተር የሚንቀሳቀስ የውሃ አገልግሎት ማከፋፈያ ያላቸው ከተሞች በውሃ ኮሚቴ ይተዳደራሉ።

**ዓንቀጽ 17**

**የውሃ ኮሚቴ ስልጣንና ተግባር**

ሀ. የውሃ ኮሚቴ በውሃ ማዕድንና ኢነርጂ ቢሮ ክልል ትግራይ ተዘጋጅቶ በሚሰጠው መዋቅር መሰረት ለውሃ ግልጋሎት የሚያስፈልጉትን ሰራተኞች ይቀጥራል።

ለ. የአከባቢው ህዝብ የውሃ አገልግሎቶችን በማስተዳደር ትልቅ ተራ እንዲኖረው ያደርጋል

ሐ. መደበኛ የመሳሪያዎች ጥገና ጥበቃ ይፈጽማል

መ. ከወረዳው ምክር ቤት በመተባበር የሰራተኞች ወይም የሕብረተሰብ ስልጠና

የካይድ።

ረ. ኣብ ወርሒ ሓደ ጊዜ ናይ ስራሕ ገምጋም ይገብር፣ ውፅኢቱ ኣብ ቀረብኡ ንዝርከብ ቤት ምኽሪ የቅርብ።

**ዓንቀፅ 18**

**ኣባላት ኮሚቴ ማይ**

ኮሚቴ ማይ እዞም ዝስዕቡ ኣባላት ይህልዉዎ።

ሀ. ናይቲ ከተማ ምምሕዳር ኣቦወንበር . . . ኣካቢ

ለ. ካብ ነበርቲ ዝውከሉ ክልተ ሰባት . . .ኣባላት

ሐ. ናይ ጥዕና ተወካሊ . . . ኣባል

መ. ናይ ማይ ማዕድንን ኢነርጅን ተወካሊ . . .ኣባል

ረ. ካብ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይ . . . ፀሓፊ

**ዓንቀፅ 19**

**ፍልፍል በጀት**

1. ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይ ኣናእሽተይ ከተማታት ናይ በጀት ፍልፍል ካብ ዝስዕቡ ዝርከብ ይኸውን፣
   ሀ. ካብ ዝኽፈል ናይ ግልጋሎት ዋጋ፣ ካብ ሽየጥ ንብረት
   ለ. እቲ ግልጋሎት ማይ ካብ ዝረኸቦ ውህብቶ
2. ኣታሕዛ እዚ ገንዘብ ብመሰረት መምርሕን ደንብን ፋይናንስ ይኸውን።

**ክፍሊ ሓሙሽተ**

**ውዳበ ኮሚቴ ማይ ገፀር**

**ዓንቀፅ 20**

1. ኣብ ገፀራት ትግራይ ግልጋሎት ማይ ዝርከበለን ጣብያታት ኣብ ቁሸተን ኮሚቴ ማይ ክውደባ እየን፣
2. ኮሚቴ ማይ ዘጣይሾ ቤት ምኽሪ ዝርከበሉ ኸባቢ ይኸውን
3. ናይ ቁሸት ኮሚቴ ማይ ዝጣየሸሉ ቦታ ናይ ኢድ ፓምፕን ሓደ መከፋፈልን ዘለዎ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 21**

**ኣባላይ ኮሚቴ ማይ ገፀር**

1. ኮሚቴ ማይ ገፀር እዞም ዝስዕቡ ኣባላት ይህልዉዎ፣
   ሀ. ካብ ማሕበር ሓረስቶት ሓደ ተወካሊ . . . ኣባል
   ለ. ካብ ነበርቲ እታ ማይ ዝርከባለን ቁሸት

ያካሂዳል

ረ. በወር አንድ ጊዜ የስራ ግምገማ ያደርጋል፣ ውጤቱንም በአቅራቢያው ለሚገኝ ምክር ቤት ያቀርባል።

**ዓንቀፅ 18**

**የውሃ ኮሚቴ አባላት**

የወሃ ኮሚቴ የሚከተሉት አባላት ይኖሩታል።

ሀ. የከተማው አስተዳደር ሊቀመንበር . . .ሰበሳቢ

ለ. ከነዋሪዎች የሚወከሉ ሁለት ሰዎች . . .አባላት

ሐ. የጤና ተወካይ . . .አባል

መ. የውሃ ማዕድንና ኢነርጂ ተወካይ . . .አባል

ረ. ከውሃ አገልግሎት ጽሕፈት ቤት . . . ፀሓፊ

**ዓንቀጽ 19**

**የበጀት ምንጭ**

1. የትናንሽ ከተሞች የውሃ አገልግሎት የበጀት ምንጭ ከሚከተሉት የሚገኝ ይሆናል
   ሀ. የውሃ አገልግሎት ክፍያ፣ ከሚሸጥ ንብረት
   ለ. የውሃ አገልግሎት ከሚያገኘው ስጦታ
2. የገንዘቡ አያያዝ በፋይናንስ መመሪያ መሰረት ይሆናል።

**ክፍል አምስት**

**የገጠር ውኃ ኮሚቴ አደረጃጀት**

**ዓንቀጽ 20**

1. በትግራይ ገጠሮች የውሃ አገልገሎት በሚገኝባቸው ጣብያዎች በመንደራቸው የውሃ ኮሚቴ ይቋቋማል
2. የውሃ ኮሚቴ የሚያቋቁም ምክር ቤት የሚገኝበት አከባቢ ይሆናል።
3. የመንደር የውሃ ኮሚቴ የሚቋቋምበት ቦታ የእጅ ፓምፕና አንድ ማከፋፈያ ያለው ይሆናል።

**ዓንቀጽ 21**

**በገጠር የውሃ ኮሚቴ አባላት**

1. በገጠር የውሃ ኮሚቴ የሚከተሉት አባላት ይኖሩታል
   ሀ. ከገበሬዎች ማሕበር አንድ ተወካይ . . . አባል
   ለ. ውሃ ከሚገኝበት መንደር ሁለት ሴት

ክልተ ተወከልቲ ደቂ ኣንስትዮ . . . ኣባላት

ሐ. ካብ ናይ ጣብያ ኣባል ፈፃሚት ናይቲ ቁሸት ነባሪ ዝኾውን . . . ኣካቢ

መ. ናይ ጥዕና ሓደ ተወካሊ . . . . ኣባል

ሰ. ካብ ማሕበር መናእሰይ ሓደ ተወካሊ . . .ኣባል

ተፀዋዕነት ኮሚቴ ማይ ገፀር ኣብ ቀረበኡ ንዝርከብ ቤት ምኽሪ ይኸውን። ብቴክኒክ መዳይ ኣብቲ ከባቢ ንዝርከባ ተወካሊ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጅን ይኸውን።

**ዓንቀፅ 22**

**ሓላፍነትን ተግባርን ኮሚቴ ማይ ገፀር**

1. ኣብቲ ቁሸት ንዝርከባ ትካል ማይ ይቆፃፀር፣ ይፅግን፣ ይሕልው፣ ዘድልይ ስራሕቲ ኹሉ ይፍፅም
2. ካብቲ ኮሚቴ ዓቕሚ ንላዕሊ ንዝኾኑ ጉዳያት ናብ ቤት ምኽሪ ጣቢያ እናቕረበ ይውስን።
3. እቲ ኮሚቴ ኣብ ወርሒ ሓደ ጊዜ ተኣኪቡ ገምጋም ስራሕ የካይድ፣
4. ናይ ዓርሱ ደንቢ መተሓዳደሪ የውፅእ፣
5. መዛግብቲ ሒሳብ ይሕዝ።

**ዓንቀፅ 23**

**መረፃ ኣባላት ኮሚቴን ኣኼባን**

1. ኣባላት ኮሚቴ ዝምረፁ በቲ ተጠቃሚ ህዝቢ ይኸውን።
2. ኣባላት ኮሚቴ ን2 ዓመት ይምረፁ፣ ደጊሞም ክምረፁ ይኽእሉ።
3. ስነ ስርዓት ኣኼባታት እታ ኮሚቴ ብዓንቀፅ 9 ንቦርድ ብዝተደንገገ መሰረት ዝፍፀም ይኸውን።

**ዓንቀፅ 24**

**ብዛዕባ ፍልፍል በጀት ኮሚቴ ማይ ገፀር**

1. ኮሚቴ ማይ ገፀር ዝስዕብ ናይ በጀት ፍልፍል ይህልዎ፣
   ሀ.እቲ ኮሚቴ ካብ ዝኽፍሎ ናይ ግልጋሎት ዋጋ፣
   ለ. ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ዝተረኸበ ገንዘብ፣
   ሐ. ካብ መንግስትን ዘይመንግስታውን ኣካላት ዝርከብ ድጎማ፣
2. ምምሕዳር እቲ ገንዘብ ብናይ ፋይናንስ ደንብን መምርሕን መሰረት ይኸውን፣

ተወካዮች . . .አባላት

ሐ. ከጣብያ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በመንደሩ ኗሪ የሚሆን . . .አባል

መ. አንድ የጤና ተወካይ . . .አባል

ሰ. ከወጣቶች ማሕበር አንድ ተወካይ . . .አባል

የገጠር የውሃ ኮሚቴ ተጠሪነቱ በአቅራቢያው ለሚገኘው ምክር ቤት ይሆናል። ቴክኒክ በተመለከተ ደግሞ በአከባቢው ለሚገኙ የውሃ የማዕድንና የኢነርጂ ተወካይ ይሆናል።

**ዓንቀፅ 22**

**የገጠር የውሃ ኮሚቴ ሃላፊነትና ተግባር**

1. በመንደር የሚገኙበትን የውሃ ተቋማት ይቆጣጠራል፣ ይጠግናል፣ ይጠብቃል፣ አስፈላጊውን ስራ ይፈጽማል
2. ከኮሚቴው አቅም በላይ ለሆኑት ጉዳዮች፣ ለጣብያ ምክር ቤት እያቀረበ ያስወስናል
3. ኮሚቴው በወር አንድ ጊዜ በመሰብሰብ የስራ ግምገማ ያካሂዳል
4. የራሱን የመተዳደሪያ ደንብ ያወጣል
5. የሂሳብ መዛግብት ይይዛል።

**ዓንቀጽ 23**

**የኮሚቴ አባላት ምርጫና ስብሰባ**

1. የኮሚቴው አባላት የሚመረጡት በተጠቃሚው ህዝብ ይሆናል
2. የኮሚቴ አባላት ለ2 ዓመት ጊዜ ይመረጣሉ፣ ለሁለተኛ ጊዜ ሊመረጡ ይችላሉ።
3. የኮሚቴው የስብሰባ ስነ ስርዓቶች በዓንቀጽ 9 ለቦርድ በተደነገገው መሰረት የሚፈፀም ይሆናል።

**ዓንቀፅ 24**

**ስለ ገጠር ውሃ ኮሚቴ የበጀት ምንጭ**

1. የገጠር ኮሚቴ የሚከተለው የበጀት ምንጭ ይኖረዋል
   ሀ. ኮሚቴው በሚያስከፍለው የአገልግሎት ዋጋ፣
   ለ. ከተለያዩ ምንጮች የተገኘ ገንዘብ
   ሐ. ከመንግስትና መንግስታዊ ካልሆኑ አካሎች የሚገኝ ድጎማ
2. የገንዘቡ አስተዳደር በፋይናንስ ደንብና መመሪያ መሰረት ይሆናል።

ዓንቀፅ 25

**ተግባር ቤት ምኽሪ ጣብያ**

1. ላዕለዋይ ተቆፃፃሪ ኮሚቴ ማይ ይኸውን።
2. ትካል ማይ ቐልጢፉ ንኮሚቴ ማይ ብፅሑፍ የረክብ፣
3. ኣባላት ኮሚቴ ስርሖም ምስራሕ ኣብዘይክእልሉ እዋን ነቲ ዝጎደሎ መሊኡ ኣማሪፁ ክሰርሕ ይገብር፣
4. ኣብ 3 ወርሒ ሓደ ጊዜ ንቲ ኮሚቴ ይግምግም፣
5. ካብ ቢሮ ብዝወሃቦ መሓውር መሰረት ቁፃርን ስንብትን ሰራሕተኛታት ኮሚቴ ማይ የካይድ።

ዓንቀፅ 26

**እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ጊዜ**

እዚ ኣዋጅ ብነጋሪት ጋዜጣ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

ሓምለ 1988 ዓ.ም

ገብሩ አስራት
ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልል ትግራይ

ዓንቀጽ 25

**የጣብያ ምክር ቤት ተግባር**

1. በውሃ ኮሚቴ ላይ የበላይ ተቆጣጣሪ ይሆናል።
2. የውሃው ተቋም በፍጥነት ለውሃ ኮሚቴው በጽሑፍ ያስረክባል፣
3. የኮሚቴው አባላት ስራቸውን ለመስራት በማይችሉበት ጊዜ የጎደለውን በሚሟላት እንዲሰራ ያደርጋል
4. በ3 ወር አንድ ጊዜ ኮሚቴው ይገመግማል።
5. ከቢሮው በሚሰጠው መዋቅር መሰረት የውሃ ኮሚቴ የሰራተኞች ቅጥርና ስንብት ያካሂዳል።

ዓንቀጽ 26

**ይህ አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ በትግራይ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል።

ሐምሌ/1988

ገብሩ አስራት
የትግራይ ክልል ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com

6ይ ዓመት ቁፅሪ 20
6ኛ ዓመት ቁጥር 20

መቐለ፣
መጋቢት 1989

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት

ናይ ሓደ ዋጋ 2.65 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቑፅሪ 20/1989
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 20/1989
ገጽ 1

**ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ናይ ትግራይ ስራሕ ኣመራርሓ መሰልጠኒ ኢንስቲትዩት ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ**

ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዘሎ ናይ ክኢላ ሓይሊ ሰብ ሕፅረት ደረጃ ብደረጃ ምውጋድ ንኢኮኖሚያዊን ማሕበራውን ዕብየት ምቅልጣፍ ዘለዎ እጃም ዓብዪ ስለዝኾነ፣

ክኢላ ሓይሊ ሰብ ንምፍራይ ካብ ዘኽእሉ መንገድታት እቲ ዋና ኣብ ስራሕ ተዋፊሩ ዘሎ ሓይሊ ሰብ ናይ ነዊሕን ሓጺርን ስልጠናታት ብምሃብ ዝለዓለ ዓቅሚ ክነብሮ ብምግባር ስለዝኾነ፣

በቲ ክልላዊ መንግስቲ በብደረጅኡ ተዋፊሩ ንዝርከብ ሓይሊ ሰብ ዝወሃቡ ስልጠናታት ኣዋዲዱን ኣማእኺሉን ዝመርሕ ርእሱ ዝኸኣለ መንግስታዊ ኣካል ምዋያሽ ኣድላዪ ኾይኑ ስለዝተረኸበ ብሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1 መሰረት እዚ ዝስዕብ ተኣዊጁ ኣሎ።

### ሓፈሻዊ

**1 ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ "ናይ ትግራይ ስራሕ ኣመራርሓ መሰልጠኒ ኢንስቲቱት ንምቛም ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 20/1989" ተባሂሉ ክፅዋዕ ይከኣል።

**2 ትርጉም**

1. "ናይ ክልል መንግስቲ" ማለት ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ

**በትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት የትግራይ የስራ አመራር ማሰልጠኛ ኢንስትቲዩት ለማቋቋም የወጣ አዋጅ**

በትግራይ ብሔራዊ መንግስት የሚታየውን የሰለጠነ የሰው ሃይል እጥረት ደረጃ በደረጃ ማስወገድ የኢኮኖሚው እድገት በማቀላጠፍ የሚኖረው ሚና ከፍተኛ በመሆኑ፣

የሰለጠነ የሰው ኃይል ለማፍራት ከሚያስችሉ መንገዶች አንዱ በስራ ላይ ተሰማርቶ ያለውን የሰው ሃይል የደረጅምና የአጭር ጊዜ ስልጠናዎች በመስጠት የበለጠ አቅም እንዲኖረው በማድረግ ስለሆነ፣

በክልላዊ መንግስት በየደረጃው ተሰማርቶ የሚገኘውን የሰው ኃይል የሚሰጡ ስልጠናዎች አቀናጅቶና አማክሎ የሚመራ ራሱን የቻለ መንግስታዊ አካል ማቋቋም አስፈላጊ ሆኖ ስለተገኘ በትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ ሕገ መንግስት አንቀፅ 49/3/1 መሰረት የሚከተለውን ታውጇል።

### ጠቅላላ

**1 አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ "የትግራይ ስራአመራር ማሰልጠኛ ኢንስቲቱት ለማቋቋም የወጣ አዋጅ ቁጥር 20/1989" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**2 ትርጓሜ፣**

1. "የክልል መንግስት" ማለት በትግራይ ክልል ህገ መንግስት መሰረት የቆመውን የትግራይ

ትግራይ ዝቐመ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ'ዩ።

2. "ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ" ማለት ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ትግራይ ዝቐመ ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።
3. "ኢንስቲዩት" ማለት በዚ ኣዋጅ መሰረት ዝቐመ ናይ ትግራይ ስራሕ ኣመራርሓ ስልጠና ኢንስቲቱት ማለት እዩ።
4. "ቦርድ" ማለት በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ ሽውዓተ መሰረት ዝቐውም ናይ ትግራይ ስራሕ ኣመራርሓ መሰልጠኒ ኢንስቲቱት ቦርድ ማለት እዩ።

3 ኣቃውማ

1. ናይ ትግራይ ክልል ስራሕ ኣመራርሓ መሰልጠኒ ኢንስቲቱት /ድሕሪ'ዚ ኢንስቲቱት እናተብሃለ ዝፅዋዕ/ ዓርሱ ዝኸኣለ ናይ መንግስቲ ኣካል ኾይኑ ቖይሙ ኣሎ።
2. ተፀዋዕነት እቲ ኢንስቲቱት ንስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴን ንርእሰ ምምሕዳርን እዚ ክልል መንግስትን ይኸውን

4 ሕጋዊ ሰብነት

እዚ ኢንስቲቱት ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኾይኑ ንብረት ናይ ምውናን፣ ውዕል ናይ ምውዕዓል፣ ባዕሉ ናይ ምኽሳስን ተኸሲስካ ናይ ምቅራብን ከምኡ'ውን ካልኦት ኣድለይቲ ተግባራት ናይ ምፍፃም ስልጣን ኣለዎ።

5 ተግባርን ስልጣንን እቲ ኢንስቲቱት

1. በብደረጅኡ ካብ ክልላዊ መንግስቲ ኣካላት ዘለው ሓይሊ ሰብ ናይ ስራሕ ኣመራርሓ ብቕዓት ንክምዕብል ዘድሊ ናይ ስልጠና ድልየት መፅናዕቲ የካይድ
2. ኣብቲ ዝተፀንዐ ናይ ስልጠና ድልየት ተደሪኹ በቢሴክተሩ ንዘለዉ ሰራሕተኛታት ናይ ሓፂርን ነዊሕን ስልጠና ኣዳልዩ ይህብ
3. እቲ ዝህቦ ስልጠና ክንደየናይ ጭቡጥ ለውጢ ከምዘምፅእ ንምፍላጥ ዘኽእሎ መፅናዕቲ የካይድ
4. ዓቅሚ ብዝፈቐደ መጠን ኣብቲ ክልል ዝርከቡ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ኣብያተ ፅሕፈትን ኣብቲ ኢንስቲትዩት ስልጠና ዝረኽብሉ ኩነታት የመቻቹ

ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ነው።

2. "የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ" ማለት በተግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ህገ መንግስት መሰረት የቆመውን የትግራይ ክልል የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ነው።
3. "ኢንስቲቱት" ማለት በዚ ኣዋጅ መሰረት የተቋቋመ የትግራይ የስራ አመራር ማሰልጠኛ ኢንስቲዩቲት ነው።
4. "ቦርድ" በዚህ አዋጅ አንቀፅ ሰባት መሰረት የቆመ የትግራይ ስራ አመራር ማሰልጠኛ ኢንስትቲዩት ቦርድ ነው።

3 ስለ ማቋቋም፣

1. የትግራይ ስራ አመራር ማሰልጠኛ ኢንስቲቱት ከዚህ ቀጥሎ ኢንስቲቱት እየተባለ የሚጠራው ራሱን የቻለ የመንግስት አካል ሆኖ ተቋቁሟል።

2. የኢንስቲቱት ተጠሪነት ለቦረዱና ለክልሉ መንግስት ርእሰ መስተዳደር ይሆናል።

4 ህጋዊ ሰውነት

ይህ ኢንስቲትዩት ህጋዊ ሰውነት ያለው አካል ሆኖ ንብረት የመያዝ፣ ውል የመዋዋል የመክሰስና የመከሰስ እንዲሁም ሌሎች አስፈላጊ ተመሳሳይ ተግባሮች የመፈፀም ስልጣን ይኖረዋል።

5 የኢንስቲዩቱ ስልጣንና ተግባር

1. በየደረጃው ባለው የክልላዊ መንግስት አካል ያለውን የሰው ሃይል የስልጠና ፍላጎት በተመለከተ ጥናት ያካሂድ።

2. በተካሄደው ጥናት መሰረት በየሴክተሩ ላሉት ሰራተኞች የረጅምና የአጭር ጊዜ ስልጠና አዘጋጅቶ ይሰጣል።
3. የሚሰጠውን ስልጠና ምን ያህል ተጨባጭ ለውጥ እንደሚያመጣ ለመገንዘብ የሚያስችለውን ጥናትና ግምገማ ያካሂዳል።
4. አቅም በፈቀደ መጠን በክልሉ የሚገኙት መንግስታዊ ያልሆኑትን ተቋሞችና ጽ/ቤቶች በኢንስትቲት ስልጠና የሚያገኙበትን ሁኔታ ያመቻቻል

5. ምስ አመራርሓ ስራሕ ዝተተሓሓዙ መፅናዕትታት የካይድ
6. ምስ ኣመራርሓ ስራሕ ዝተተሓሓዙ ጉዳያት ናይ ምኽሪ ግልጋሎት ይህብ
7. ነቲ ዝህቦ ግልጋሎት ተመጣጣኒ ክፍሊት ካብ ዝምልከቶም ኣካላት የኽፍል።

6 ኣመራርሓ እቲ ኢንስቲቱት

እቲ ኢንስቲቱት፦

1. ቦርድ
2. በቲ ቦርድ መቅረባይነት ብስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ ዝሸየም ሓደ ስራሕ መካየዲ
3. ነቲ ስራሕ ኣድላይ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ይህልዉዎ

7 ናይ ቦርድ ኣባላት

እቲ ቦርድ ዝስዕቡ ኣባላት ይህልዉዎ

1. ብስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ ዝሸየም ኣካቢ
2. ሓላፊ ቢሮ ፕላንን ኢኮኖሚ ልምዓትን ኣባል
3. መቐለ ዩኒቨርስቲ ኮሌጅ ዲን ኣባል
4. ሓላፊ ቢሮ ፋይናንስ ኣባል
5. ናይቲ ኢንስቲቱት ስራሕ መካየዲ ኣባልን ፀሓፊን

8 ናይ ቦርድ ስልጣንን ተግባርን

እቲ ቦርድ ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባርን ይህልዉዎ

1. ናይቲ ኢንስቲቱት ናይ ነዊሕን ሓፂርን ትልሚ ዓመታዊ ናይ ስራሕ ፕሮግራምን በጀትን ኣፅዲቑ ንስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ የቅርብ ምስ ፀደቀ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል
2. ሃገራዊን ክልላዊን ፖሊሲታት መሰረት ብምግባር ናይ'ቲ ኢንስቲቱት ስራሕቲ ብዝምልከት ፖሊሲታትን መምርሒታትን ናብ ክልል ፈፃሚት ኮሚቴ የቅርብ፣ እንትፍቀድ ተግባራዊነቱ ይከታተል
3. ናይ'ቲ ኢንስቲቱት ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማን ናይ ሒሳብ ሪፖርትን ይግምግም
4. ነቲ ኢንስቲቱት ስራሕ መካየዲ ዝኸውን ሕፁይ መልሚሉ ናብ ፈፃሚት ኮሚቴ ብምቅራብ የሸይም።
5. ናይ'ቲ ኢንስቲቱት ሒሳብን ንብረትን ብኣግባቡ ዝተትሓዘ ም'ዃኑ የረጋግፅ።

9 ተፀዋዕነት

ተፀዋዕነት እቲ ቦርድ ንስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴን ንርእሰ ምምሕዳር እዚ ክልልን እዩ።

5. ከስራ አመራር ጋር የተዛመዱ ጥናቶች ያካሂዳል
6. ከስራ አመራር በተያያዙ ጉዳዮች የምክር አገልግሎት ይሰጣል
7. ለሚሰጠው ግልጋሎት ከሚመለከታቸው አካላት ተመጣጣኝ ክፍያ ያስከፍላል

6 የኢንስትቲዩት አመራር

ኢንስትቱዩቱ

1. ቦርድ፣
2. በቦርዱ አቅራቢነት በክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የሚሾም ስራ አስኪያጅ
3. ሌሎች አስፈላጊ ሰራተኞች ይኖሩታል

7 የቦረድ አባላት

ቦርዱ የሚከተሉትን አባላት ይኖሩታል

1. በስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የሚሾም ሰብሳቢ
2. የፕላንና ኢኮኖሚ ልማት ቢሮ ሃላፊአባል
3. የመቐለ ዩኒቨርስቲ ኮሌጅ ዲን አባል
4. የፋይናንስ ቢሮ ሃላፊ አባል
5. የኢንስትቲዩት ስራ አስኪያጅ አባልና ፀሓፊ

8 የቦርዱ ስልጣንና ተግባር

ቦርዱ የሚከተሉትን ስልጣንና ተግባር ይኖሩታል

1. የኢንስትቲዩቱ የረጅምና አጭር ጊዜ ፕላን፣ ዓመታዊ የስራ ፕሮግራምና በጀት አፅድቆ ለስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ያቀርባል፣ እንደፀደቀም አፈፃፀሙ ይከታተላል።
2. የሀገሪቱና የክልሉ ፖሊሲዎች መሰረት በማድረግ የኢንስትቲዩቱ ስራዎች በሚመለከት ፖሊሲዎችና መመሪያዎች ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ያቀርባል ሲፈቀድ ተግባራዊነቱን ይከታተላል።
3. የኢንስትቲዩቱ የስራ አፈፃፀምና የሒሳብ ሪፖርት ይገመግማል
4. የኢንስትቲዩቱ ስራ አስኪያጅ የሚሆን ዕጩ ለስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በማቅረብ ያሾማል
5. የኢንስትቲዩቱ ሒሳብና ንብረት በሚገባ የተያዘ መሆኑን ያረጋግጣል።

9 ተጠሪነት

የቦረድ ተጠሪነት ለክልል ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴና ለርእሰ መስተዳድሩ ነው።

**10 ናይቲ ቦርድ ኣኼባ**

1. እቲ ቦርድ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ይእከብ፣ ኾይኑ ግን ኣድላዩ ኾይኑ እንትርከብ ካብኡ ብዝሓፀረ ጊዜ ኣኼባ ክገብር ይኽእል እዩ።
2. ዝበዝሑ ኣባላት እቲ ቦርድ እንተተረኺቦም ምልአተ ጉባኤ ይኸውን
3. ናይ'ቲ ቦርድ ውሳነ ዝሓልፍ ኣብ ኣኼባ ካብ ዝተረኸቡ ኣባላት ዝበዝሐ ድምፂ እንትድገፍ እዩ። ማዕረ እንትምቀል እቲ ኣካቢ ዘለዎ ወገን ሰዓራይ ይኸውን
4. እቲ ቦርድ ናይ ባዕሉ ናይ ኣኼባ ስነ ስርዓት ደንቢ ከውፅእ ይኽእል።

**11 ስልጣንን ተግባርን እቲ ስራሕ መካየዲ**

ዋና ስራሕ መካየዲ ተፀዋዕነቱ ነቲ ቦርድ ኾይኑ ዝስዕብ ስልጣንን ተግባርን ይህልዎ

1. ናይቲ ኢንስቲቱት ሓላፊ ብምኳን ነቲ ቤት ፅሕፈት ይመርሕ፣ የመሓድር፣ ይቆፃፀር
2. በዚ ኣዋጅ እዚ ዓንቀፅ ሓሙሽተ መሰረት ነቲ ኢንስቲቱት ዝተውሃቡ ስልጣንን ተግባርን ኣብ ስራሕ የውዕል
3. ብናይ ስቪል ሰርቪስ ደንብን መምርሕን መሰረት ዘድልይዎ ሰራሕተኛታት ይቖፅር፣ የማሓድር
4. ናይ'ቲ ኢንሰቲቱት ሓፂርን ነዊሕን ጊዜ ትልሚ ዓመታዊ ናይ ስራሕ ፕሮግራምን በጀትን ንቦርድ የቅርብ፣ እንትፍቀድ ኣብ ስራሕ የውዕል
5. ነቲ ኢንስቲቱት ብዝተፈቐደሉ ናይ ስራሕ ፕሮግራምን በጀትን መሰረት ገንዘብ ወፃኢ ይገብር
6. ምስ ሳልሳይ ወገናት ብዝገብሮ ርክብ ነቲ ኢንስቲቱት ይውክል
7. ናይ'ቲ ኢንስቲቱት ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማን ናይ ሒሳብ ሪፖርትን ነቲ ቦርድ የቅርብ
8. በቲ ቦርድ ዝወሃቦ ካልኦት ስራሕቲ ይፍፅም።

**12 በጀት**

ናይ'ቲ ኢንስትቱት በጀት ፍልፍላት ካብዞም ዝስዕቡ ዝርከብ ይኸውን

1. ካብ መንግስቲ ካብ ዝምደብ በጀት
2. ካብ ካልኦት ፍልፍላት ካብ ዝርከብ ገንዘብ

**10 የቦርድ ስብሰባ**

1. ቦርዱ በየሶስት ወሩ ይሰበሰባል ፣ አስፈላጊ ሆኖ ሲያገኘው ከተጠቀሰው ባነሰ ጊዜ ስብሰባ ሊያደርግ ይችላል፣
2. ቦርዱ ምልአተ ጉባኤ የሚኖረው ከአባላቱ አብዛኛዎቹ ሲገኙ ነው።
3. የቦርዱ ውሳኔ የሚያልፈው ስብሰባ ላይ በተገኙት የቦርዱ አባላት የአብላጫ ድምፅ ነው። ድምፅ በሁለት እኩል ከተከፈለ ሰብሳቢው የደገፈው ድምፅ አሸናፊ ይሆናል።
4. ቦርዱ የራሱ የስብሰባ ስነ ስርዓት ደንብ ሊያወጣ ይችላል

**11 የስራ አስኪያጅ ስልጣንና ተግባር**

ዋና ስራ አስኪያጅ ተጠሪነቱ ለቦርድ ሲሆን የሚከተሉት ስልጣንና ተግባር ይኖረዋል

1. የኢንስትቲዩቱ ኃላፊ በመሆን ፅ/ቤቱን ይመራል ፣ ያስተዳድራል፣ ይቆጣጠራል
2. በዚህ አዋጅ አንቀፅ አምስት መሰረት ለኢንስትቲዩቱ የተሰጠ ስልጣንና ተግባር በስራ ላይ ያውላል
3. በስቪል ሰርቪስ ደንብና መመሪያ መሰረት የሚያስፈልጉትን ሰራተኞች ይቀጥራል ፣ ያስተዳድራል
4. የኢንስትቲዩቱ አጭርና ረጅም ፕላን አመታዊ የስራ ፕሮግራምና በጀት ለቦርድ ያቀርባል፣ ሲፈቀድ በስራ ላይ ያውላል
5. ለኢንስትቲዩቱ በተፈቀደለት የስራ ፕሮግራምና በጀት መሰረት ገንዘብ ወጪ ያደርጋል
6. ከሶስተኛ አካል በሚያደርገው ግኑኝነት ኢንስትቲዩቱን ይወክላል
7. የኢንስትቲዩቱ የስራ አፈፃፀምና የሒሳብ ሪፖርት ለቦርዱ ያቀርባል
8. በቦርዱ የሚሰጡትን ሌሎች ስራዎች ይፈፅማል

**12 በጀት**

የኢንስትቲዩቱ በጀት ከሚከተሉት የሚገኝ ይሆናል

1. በመንግስት ከሚመደብ በጀት
2. ከሌሎች የበጀት ምንጭ የሚገኝ ገንዘብ

**13 እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ጊዜ**

እዚ ኣዋጅ ብነጋሪት ጋዜጣ ብሄራዊ ክልል ተግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ጊዜ ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

መጋቢት/1989

ገብሩ አስራት

ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልል ትግራይ

**13 ይህ አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ በትግራይ ብሔራዊ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል።

መጋቢት 1989

ገብሩ አስራት

የትግራይ ብሔራዊ ክልል ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com

6ይ ዓመት ቁፅሪ 21

6ኛ ዓመት ቁጥር 21

መቐለ፣

መጋቢት 1989

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት

ናይ ሓደ ዋጋ 3.60

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቑፅሪ 21/1989
ገፅ 1

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 21/1989
ገጽ 1

**ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ናይ ትግራይ ክልል ኣብያተ ማዘጋጃ ምምሕዳር ዝወፀ ኣዋጅ**

ኣብ ክልል ትግራይ ዝርከባ ከተማታት ዝተመጣጠነ ዕብየት ክህልወን ንምግባር ምምሕዳር ኣብያተ ማዘጋጃ ምጥንኻር ኣድላይ ኾይኑ ስለዝተረኸበ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ብሕገ መንግስቲ ብሄራዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1 ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

**ምዕራፍ ሓደ**

**ሓፈሻዊ**

**ዓንቀፅ 1**

**ሓፂር ርእሲ፣**

እዚ ኣዋጅ "ናይ ክልል ትግራይ ኣብያተ ማዘጋጃ ምምሕድዳር ኣዋጅ ቁፅሪ 21/1989 ዓ.ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል

**ዓንቀፅ 2**

**ትርጉም**

ናይቲ ቃል ኣጠቃቅማ ካሊእ ትርጉም እንተዘይኾይኑ ኣብዚ ኣዋጅ ውሽጢ፣

1. "ማዘጋጃ ቤት" ማለት ቢሮ ዕዮን ከተማ ልምዓትን ብዘውፅኦ መመዘኒ መሰረት ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ክልል ደረጃ ዝሃቦ ከተማ እዩ።

2. "ቤት ምኽሪ ከተማ" ማለት ማዘጋጃ ቤት ኣብ

**በትግራይ ብሔራዊ ክልልዊ መንግስት ምክር ቤት የትግራይ ክልል የማዘጋጃ ቤቶች አስተዳደር የወጣ አዋጅ**

በትግራይ ክልል የሚገኙ ከተማዎች የተመጣጠነ እድገት እንዲኖራቸው ለማድረግ የማዘጋጃ ቤት አስተዳደር ማጠናከር አስፈላጊ ሆኖ ስለተገኘ፣ የትግራይ ክልል ምክር ቤት በትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ መንግስት ዓንቀፅ 49/3/1 በተሰጠው ስልጣን መሰረት የሚቀጥለውን አዋጅ አውጥቷል።

**ምዕራፍ አንድ**

**ጠቅላላ**

**አንቀፅ 1፣**

**አጭር ርእስ፣**

ይህ አዋጅ "የትግራይ ክልል የማዘጋጃ ቤቶች አስተዳደር አዋጅ ቁጥር 21/1989 ዓ.ም" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**አንቀፅ 2፣**

**ትርጉም፣**

የቃሉ አጠቃቀም ሌላ ትርጉም የሚያስጠው እስካልሆነ ድረስ በዚህ አዋጅ ውስጥ፣

1. "ማዘጋጃ ቤት" ማለት የስራና ከተማ ልማት ቢሮ ባወጣው መመዘኛ መሰረት ፣ የክልል ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ደረጃ የሰጠው ከተማ ነው።

2. "የከተማ ምክር ቤት" ማለት ማዘጋጃ ቤት

ዝቖመለን ከተማታት ብህዝቢ መረፃ ዝቐውም ናይቲ ከተማ ላዕለዋይ ኣካል እዩ።

3. "ቤት ምኽሪ ክልል" ማለት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፡

4. "ናይ ከተማ ሹም " ማለት በዚ ኣዋጅ መሰረት ናይ ማዘጋጃ ምምሕዳር ክመርሕ በቲ ቤት ምኽሪ ዝሽየም ሓላፊ እዩ፡

5. "ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ" ማለት ኣብ ትሕቲ ሕድሕድ ኣብያተ ማዘጋጃ ዝተጣየሸ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ማለት እዩ።

**ዓንቀፅ 3**

**ሕጋዊ ሰብነት፣**

**<u>15 ጥርዓን ምቅራብ፣</u>**

ብፍቓድ ኢንቨስትመንት ናይ መበራትዒ ሕቶን ብዝምልከት ኣግባብ ዘለዎ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ኣብ ዝሃቦ ውሳነ ቅሬታ ዘለዎ በዓል ርእሰማል እቲ ውሳነ ካብ ዝበፅሖ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ጥርዓን ንክልል ኢንቨስትመንት ቦርድ ከቅርብ ይኽእል'ዩ።

## ክፍሊ ሓሙሽተ

## ብዛዕባ ኢንቨስትመንት ውሕስና

**<u>16 ውሕስናን ሓለዋን ኢንቨስትመንት፣</u>**

1. ንኢንቨስትመንት ዝወዓለ ሃፍቲ ንህዝቢ ረብሓ ተባሂሉ ብመሰረት ካብ ዝተደንገገ ሕጊ ወፃኢ ክውሰድ ወይ ክውረስ ኣይከኣልን
2. ንኢንቨስትመንት ዝወዓለ ሃፍቲ ንረብሓ ህዝቢ ተባሂሉ ኣብ ዝውሰደሉ ወይ ከዓ ኣብ ዝውረሰሉ እዋን በቲ ወድዓዊ ናይ ዕዳጋ ዋጋ ዝመጣጠን ካሕሳ ብቕልጡፍ ክኽፍል ኣለዎ።

ሲያስተላልፍ፣

2. የኢንቨስትመንትን ፈቃድ ከመታገዱ ወይም ከመሰረዙ በፊት አግባብ ያለው ጽሕፈት ቤት የሚወስደውን ርምጃ ማለት የኢንቨስትመንትን ፈቃድ የማገድ ወይም የመሰረዝ ምክንያት ለባለሀብቱ በጽሑፍ ይገልፃል እንዲሁም ባለሀብቱ የራሱን አስተያየት እንዲሰጥ የአንድ ወር ጊዜ ይሰጠዋል።

3. ባለሀብት በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 3 በተመለከተው የጊዜ ገደብ ውስጥ መልስ ሳይሰጥ ከቀረ ወይም አጥጋቢ መልስ ካልሰጠ አግባብ ያለው የኢንቨስትመንት ጽሕፈት ቤት የማገድ ወይም የመሰረዝ እርምጃ ይወስዳል።

4. የኢንቨስትመንት ፈቃድ የሰረዘበት ባለሀብት ፈቃዱ ከተሰረዘበት ጊዜ ጀምሮ ሲያገኘው የነበረውን ጥቅም ያጣል። እንዲሁም በመበረታቻ መልክ የተሰጠው ጥቅሞች እንዲመለስ ይደረጋል።

5. የኢንቨስትመንት ፈቃድ፣ ከኢንቨስትመንት ጽሕፈት ቤት ውጪ በሌላ አካል ሊታገድና ሊሰረዝ አይቻልም።

**<u>15 ስለ አቤቱታ ማቅረብ</u>**

የኢንቨስትመንት ፍቃድና የማበረታቻ ጥያቄ በሚመለከት አግባብ ያለው የኢንቨስትመንት ጽሕፈት ቤት በሚሰጠው ውሳኔ ቅሬታ ያለው ባለሀብት ውሳኔው ከደረሰበት ጊዜ በ30 ቀናት ውስጥ አቤቱታው ለክልሉ የኢንቨስትመንት ቦርድ ማቅረብ ይችላል።

## ክፍል አምስት

## ስለ የኢንቨስትመንት ዋስትና

**<u>16 የኢንቨስትመንት ዋስትናና ጥበቃ</u>**

1. ለኢንቨስትመንት የዋለ ሀብት ለህዝብ ጥቅም ተብሎ ከተደነገገው ሕግ ውጪ ሊወሰድ ወይም ውርስ ሊሆን አይችልም።
2. ለኢንቨስትመንት የዋለ ሀብት ለህዝብ ጥቅም ተብሎ በሚወሰድበት ወይም ውርስ በሚሆንበት ጊዜ በወቅቱ የዋጋ ገበያ መሰረት ተመጣጣኝ ካሳ ወድያውኑ መክፈል አለበት።

www.abyssinialaw.com

## ክፍሊ ሽዱሽተ
## ናይ ኢንቨስትመንት ምምሕዳር

**17 ምምሕዳር ኣካላት ኢንቨስትመንት፣**

ምምሕዳር ኣካላት ኢንቨስትመንት እዞም ዝስዕቡ ኣካላት የጠቓልል።

1. ናይ ኢንቨስትመንት ቦርድ
2. ናይ ክልል ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት

**18 ናይ ስልጣን ክልል**

1. ብደቂ ሃገር ዝካየድ ኢንቨስትመንት የተኣናግድ
2. ናይ ኢንቨስትመንት መበራትዒ
   ሀ. ብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ቑፅሪ 1 ድንጋገ'ኳ እንተሃለወ ኣታዊ ኣቑሑት ካብ ጉምሩክ ቀረፅን ታክሲ ነፃ ምኻኑ ኣግባብነቶም ኣመልኪቱ ናብ በዓል መዚ ኢንቨስትመንት ኢትዮጵያ ምስ ኣድለይቲ መረዳእታታትን ርኢቶን ኣታሓሒዙ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ የመሓላልፍ።
   ለ. ብቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ብዝወፀ ደንቢ ቑፅሪ 7/88 መሰረት መተባብዒ ዝተፈቀዶም ዓውዲ ስራሕቲ ፍርያት ግልጋሎት ምሃብ ካብ ዝጅምረሉ እዋን ግብሪ ነፃ ንክኾን ደብዳቤ ይፀሓፍ።

**19 ሰብ ርእሰማል ኣብ ሓደ ማእኸል ብዛዕባ ምትእንጋድ፣**

1. ፈቓድ ኢንቨስትመንት ንዝተውሃቦም ሰብ ርእሰማላት ኣግባብ ብዘለዎም ሕግታት መሰረት ዝውሃቦም ናይ ስራሕ ንግድን ፍቓዳትን ናይ ንግዲ ማሕበራት ምዝገባ ስራሕቲ ዝምልከቶም ናይ ክልል ምምሕዳር ፈፀምቲ ኣካላት ብምውካል ብክልል ኢንቨስትመንት ትካላት ይተኣናገድ።
2. ክልል ኢንቨስትመንት በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ቑፅሪ 1 ዝተጠቐሱ ተግባራት ዘከናውን ኣግባብ ዘለዎም ሕግታት ብምኽታል ይኸውን።
3. ክልል ኢንቨስትመንት በዚ ዓንቀፅ መሰረት ዝቐረበሉ ናይ ፍቓድ ሕቶ ኣግባብ ብዘለዎ ሕጊ መሰረት ተማሊኡ እንተቐሪቡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ

## ክፍል ስድስት
## የኢንቨስትመንት አስተዳደር

**17 የኢንቨስትመንት አካላት አስተዳደር**

የኢንቨስትመንት አካላት አስተዳደር የሚከተሉትን አካላት ያጠቃልላል

1. የኢንቨስትመንት ቦርድ
2. የክልል ኢንቨስትመንት ጽሕፈት ቤት

**18 የስልጣን አካላት**

1. በአገር ውስጥ ባለሀብት የሚካሄድ ኢንቨስትመንት ያስተናግዳል
2. የኢንቨስትመንት ማበረታቻ
   ሀ. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀፅ 1 ቢኖርም፣ ከጉምሩክ ቀረጥና ታክስ ነፃ የሆኑትን ገቢ ዕቃዎች አስመልክቶ ለኢትዮጵያ ኢንቨስትመንት ባለስልጣን አስፈላጊውን መረጃና አስተያየት አክሎ በ15 ቀናት ውስጥ ሪፖርት ያደርጋል።
   ለ. በሚኒስትሮች ምክር ቤት በወጣው ደንብ ቁጥር 7/88 መሰረት ማበረታቻ የተፈቀደላቸው የስራ መስኮች ምርት ወይም ግልጋሎት መስጠት ከመጀመሩ ጊዜ ከግብር ነፃ እንዲሆኑ ደብዳቤ ይጻፍላቸዋል።

**19 ባለሀብቶች በአንድ ማእከል ስለማስተናገድ፣**

1. የኢንቨስትመንት ፈቃድ የተሰጣቸው ባለሀብቶች አግባብ ባላቸው ሕጎች መሰረት የሚሰጣቸው የስራና የንግድ ፈቃድና የንግድ ማሕበራት የምዝገባ ስራዎች የሚመለከታቸውን የክልል መስተዳደር አስፈፃሚ አካላት በመወከል በኩል ኢንቨስትመንት ድርጅቶች ይስተናገዳሉ።
2. የክልሉ ኢንቨስትመንትን በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተጠቀሱት ተግባራት የሚያከናውን አግባብ ያላቸው ሕጎች በመከተል ይሆናል።
3. የክልሉ ኢንቨስትመንትን በዚህ ዓንቀፅ መሰረት የቀረበለትን የፈቃድ ጥያቄ አግባብ ባለው ሕግ መሰረት ተሟልቶ ከቀረበ በ30 ቀናት ውስጥ ፈቃድ ይሰጣል።

ፍቃድ ይወሃብ።

## 20 ናይ ኢንቨስትመንት መረዳእታታት ብዛዕባ ምትሕልላፍ፣

ናይ ክልል ኢንቨስትመንት ቤት ፅሕፈት ብዛዕባ ናይ'ቲ ክልል ሃፍቲ ዕምቆትን ናይ ኢንቨስትመንት ዕድልን ዝሓዙ መረዳእታታት ናይ ክልል ኢንቨስትመንትን ምንቅስቃስ ዝተዳለወ ሪፖርት ንባዓል መዚ ኢንቨስትመንት ኢትዮጵያ ክመሓላለፍ ኣለዎ።

## ክፍሊ ሸውዓተ
## ብዛዕባ ቦርድ ኢንቨስትመንት

### 21 ብዛዕባ ቦርድ ኣባላት፣

ሀ. ኢንቨስትመንት ቦርድ 11 ኣባላት ይህልዉዎም፣

ለ. ናይ ክልል ፕሬዚዳንት ናይ'ቲ ቦርድ ኣቦወንበር ይኸውን፣

ሐ. ሓላፊ ቢሮ ፕላን፣ ሓላፊ ቢሮ ንግዲ ኢንዱስትሪን ትራንስፖርትን፣ ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን፣ ሓላፊ ቢሮ መኣድንን ኢነርጅን፣ ሓላፊ ቢሮ ቱሪዝምን ማስታወቂያን፣ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ፣ ሓላፊ ቢሮ ፋይናንስ፣ ሓላፊ ቢሮ ዕዮን ከተማ ልምዓትን ኣባላት ቦርድ ይኾኑ፣

መ. ካብ'ቲ ናይ ንግዲ ሕብረተሰብ ብርእሰ ምምሕዳር መንግስቲ ትግራይ ዝስየሙ 2ተ ኣባላት ቦርድ ይህልዩ፣

ረ. እቲ ቦርድ ናይ ባዕሉ ቤት ፅሕፈት ይህልዮ፣

### 22 ሓላፊነትን ተግባርን ቦርድ ኢንቨስትመንት

ቦርድ ኢንቨስትመንት እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፊነትን ይህልዉዎ።

ሀ. ናይ'ዚ ኣዋጅ ኣፈፃፅማን ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ስራሕቲን ብሓላፍነት ይመርሕ፣ ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣

ለ. ምስዚ ኣዋጅ ኣፈፃፅማ ተታሓሒዞም ዝላዓሉ ፖሊሲ ተንከፍ ጉዳያት ውሳነ ይህብ፣

ሐ. ነዚ ኣዋጅ ምትግባር ዝሕግዙ መምርሒታት የውፅእ፣

መ. ፍቃድ ኢንቨስትመንት መበራትዒ ኣዋህባ ኣመልኪቶም ብዝተውሃቡ ውሳነ ካብ ርእሰማላት ዝቀርበሉ ጥርዓናት ይምርምር ይውስን፣

## 20 የኢንቨስትመንት መረጃዎች ስለማስተላለፍ

የክልል ኢንቨስትመንት ጽሕፈት ቤት የክልሉ የሀብት ስፋትና ኢንቨስትመንት ዕድል የያዙ መረጃዎችና የክልሉ የኢንቨስትመንት እንቅስቃሴዎች የያዘ ሪፖርት ለኢትዮጵያ ኢንቨስትመንት ባለስልጣን ማስተላለፍ አለበት።

## ክፍል ሰባት
## ስለ የኢንቨስትመንት ቦርድ

### 21 ስለ የቦርድ አባላት፣

ሀ. የኢንቨስትመንት ቦርድ 11 አባላት ይኖሩታል

ለ. የክልሉ ፕረዚዳንት የቦርዱ ሊቀመንበር ይሆናል

ሐ. የፕላን ኢኮኖሚያዊ ልማት ቢሮ ሓላፊ፣ የንግድ፣ ኢንዱስትሪና ትራንስፖርት ቢሮ ሓላፊ፣ የግብርናና የተፈጥሮ ሀብት ቢሮ ሓላፊ፣ የማእድንና ኢነርጂ ቢሮ ሓላፊ፣ የቱሪዝምና ማስታወቂያ ቢሮ ሓላፊ፣ የኢንቨስትመንት ቢሮ ሓላፊ፣ የፋይናንስ ቢሮ ሓላፊ፣ የስራና ከተማ ልማት ቢሮ ሓላፊ፣ የቦርዱ አባላት ይሆናሉ።

መ. ከንግድ ሕብረተሰብ በክልሉ ርእሰ መስተዳደር የሚመረጡ ሁለት የቦርዱ አባላት ይሆናሉ።

ረ. ቦርዱ የራሱ ጽሕፈት ቤት ይሆናል።

### 22 የኢንቨስትመንት ቦርድ

የኢንቨስትመንት ቦርድ የሚከተሉትን ተግባራትና ሓላፊነት ይኖሩታል

ሀ. በዚህ አዋጅ አፈፃፀምና የጽሕፈት ቤት ስራዎች በሓላፊነት ይመራል፣ ይከታተላል ይቆጣጠራል፣

ለ. ከዚሁ አዋጅ አፈፃፀም ጋር ተያይዘው የሚነሱት ፖሊሲ ነክ ጉዳዮች በተመለከተ ውሳኔ ይሰጣል።

ሐ. ይህ አዋጅ ለመተግበር የሚያግዙ መመሪያዎች ያወጣል

መ. የኢንቨስትመንት ፈቃድና የመበረታቻ አሰጣጥ አስመልክተው በተሰጡ ውሳኔዎች ላይ ከባለሀብቶች የሚቀርቡለት አቤቱታ ይመረምራል፣ ይወስናል፣

ረ. በቲ ቤት ፅሕፈት ንዝወሃቡ ግልጋሎታት ግቡእ ክፍሊት ይውስን፣

## 23 ናይ ቦርድ ኣኼባ

ሀ. እቲ ቦርድ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ስሩዕ ኣኼባ ይህልዎ ኮይኑ ግና ከከም ኣድላይነቱ ህፁፅ ኣኼባ ክፅዋዕ ይኽእል እዩ።

ለ. ካብ ኣባላት ቦርድ ካብ ፍርቂ ንላዕሊ እንተድኣ ተረኺቦም ምልኣተ ጉባኤ ይማለእ።

ሐ. ናይ'ቲ ቦርድ ውሳነታት ብናይ ተኣከብቲ ድምፂ ብልጫ ይኸውን ማዕረ ድምፂ እንተመፂኡ ኣቦ ወንበር ዝድግፎ ይስዕር፣

መ. እዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱ ከምዘለዉ ኮይኖም እቲ ቦርድ ናይ ባዕሉ ዝርዝር ኣሰራርሓ ከውፅእ ይኽእል'ዩ።

## ክፍሊ ሸሞንተ

## ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ክልል ትግራይ

## 24 ኣቃውማ፣

ሀ. ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ክልል ትግራይ በዚ ኣዋጅ እዚ ቆይሙ ኣሎ

ለ. እቲ ቤት ፅሕፈት ተፀዋዕነቱ ናብ ክልል ቦርድ ኢንቨስትመንትን ንስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ክልል ትግራይን'ዩ።

## 25 ስልጣንን ሓላፊነትን እቲ ቤት ፅሕፈት፣

እቲ ቤት ፅሕፈት እዞም ዝስዕቡ ስልጣንን ሓላፊነትን ይህልዉዎ፣

ሀ. ጉዳያት ኢንቨስትመንት ናይ'ቲ ክልል ብዝምልከት ማእኸል ኮይኑ የገልግል ምንቅስቓስ ኢንቨስትመንት የበረታትዕ፣ የተሓባብር፣ የስፋፍሕ፣

ለ. ንደቂ ሃገር ዝስማማዕ ኩነታት ኢንቨስትመንት ከውሰድ ዝግበኦም ናይ ኣፈፃፅማ ስጉምቲ ይምህዝ፣ ንቦርድ ብምቕራብ ምስ ተፈቀዶ ንተግባራዊነቶም ይከታተል፣

ሐ. ናይ'ቲ ክልል ናይ ተፈጥሮ ሃብቲን ኢንቨስትመንት ዝዕድሙ መረዳእታታት ይእክብ፣ የጠናኽር፣ ይትንትን፣ የሰራጭው፣ ጭቡጥ ናይ ኢንቨስትመንት ፕሮጀክትታት ንደቂ ሃገር ክጥቀምሉ የፋልጥ።

ረ. በጽሕፈት ቤቱ ለሚሰጡ ግልጋሎቶች አስፈላጊውን ክፍያ ይወስናል።

## 23 የቦርዱ ስብሰባ፣

ሀ. ቦርዱ በሦስት ወር አንድ መደበኛ ስብሰባ ይኖረዋል፣ ሆኖም እንደ አስፈላጊነቱ ከዚህ ጊዜ ቀደም ብሎ አስቸኳይ ስብሰባ ሊጠራ ይችላል

ለ. ከቦርድ አባላት ከግማሽ በላይ ከተገኙ ምልአተ ጉባኤ ይሆናል።

ሐ. የቦርዱ ውሳኔዎች በተሰብሳቢዎች የአብላጫ ድምጽ ያልፋሉ። ድምፅ ለሁለት እኩል ከተከፈለ ሊቀመንበሩ የደገፈውን ድምፅ ያልፋል።

መ. ከላይ የተዘረዘረውን እንዳለ ሆኖ ቦርዱ የራሱን ዝርዝር አሰራር ሊያወጣ ይችላል።

## ክፍል ስምንት፣

## የትግራይ ኢንቨስትመንት ጽሕፈት ቤት

## 24 ስለ ማቋቋም፣

ሀ. የትግራይ ክልል ኢንቨስትመንት ጽሕፈት ቤት በዚህ አዋጅ ተቋቁሟል

ለ. ጽሕፈት ቤቱ ተጠሪነቱ ለክልሉ የኢንቨስትመንት ቦርድና ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ይሆናል።

## 25 የጽሕፈት ቤቱ ስልጣንና ሓላፊነት፣

ጽሕፈት ቤቱ የሚከተሉትን ስልጣንና ሓላፊነት ይኖሩታል

ሀ. የክልሉ የኢንቨስትመንት ጉዳዮች በተመለከተ ማእከል ሆኖ ያገለግላል፣ የኢንቨስትመንት እንቅስቃሴ ያበረታታል፣ ያስተባብራል፣ ያስፋፋል፣

ለ. ለአገሪቱ ህዝብ የሚስማማ የኢንቨስትመንት ሁኔታ

ሐ. የክልሉ የተፈጥሮ ሀብትና ኢንቨስትመንት የሚደግፉ መረጃዎች ይሰበስባል፣ ያጠናክራል፣ ይተነትናል። ያሰራጫል፣ የተጨበጡ የኢንቨስትመንት ፕሮጀክቶች የአገር ውስጥ ባለሀብቶች እንዲጠቀሙበት ያስተዋውቃል።

መ. ኢንቨስትመንት ንምትብባዕ ዝሕግዙ ኢግዚብሽን፣ ስብሰባታት ስልጠናታትን ሰሚናራትን ዝመሳሰሉ ይህብ፣ ንሰብ ርእሰማል ናይ ምኽሪ ድጋፍ ይህብ፣

ረ. ኢንቨስትመንት ንምስፍፋሕ ኣብ መንጎ ሰብ ርእሰማል፣ መንግስታዊ መ/ቤታት ብምምሕዳርን ካልኦት ኣግባብ ዘለዎም ኣካላትን ፅቡቅ ርክብ ንክህሉ ይገብር የተሓባብር፣

ሰ. ምስፍፋሕ ኢንቨስትመንት ዝሕግዙ ፅሑፋት፣ መግለፂታትን ፊልምን ዝመሳሰሉ የዳሉ፣ የሰራጩ፡

ሸ. በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 17 ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት ፍቃድ ኢንቨስትመንት ይህብ፣ ካብ'ቲ ዝቐርበሉ ናይ መበራትዒ ሕቶ እቲ ዝተፈቐደሉ ስልጣን መሰረት ብምግባር ውሳነ ይህብ፣

ቀ. ፍቃድ ኢንቨስትመንት ዝተውሃቦም ሰብ ርእሰማላት ኣፈፃፅማ ኢንቨስትመንት ፕሮጀክት ይከታተል፣ ምስቲ ፍቃድ ዝተቐመጠ ግዴታታት'ውን ኣብ ተግባር ምትርጓሞም የረጋግፅ።

በ. ኢንቨስትመንት ንምብርትታዕ ንምስፍፋሕ ዝሕግዙ ካልኦት ተግባራት የከናውን፣

26 ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ኣቃውማ፣

እቲ ቤት ፅሕፈት

ሀ. ብመንግስቲ ዝሸየሙ ሓደ ሓላፊ ቤት ፅሕፈትን መምርሒ ሓላፊን፣

ለ. ኣድላይ ሰራሕተኛታት'ውን ይህልዉዎ፣

27 ተግባርን ሓላፍነትን ሓላፊ ቤት ፅሕፈት፣

ሀ. እቲ ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ዋና ስራሕ ፈፃሚ ብምዃን ካብ ቦርድ ዝውሃብዎ ጠቀላላ መምርሒ መሰረት ብምግባር ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ስራሕቲ ይመርሕ የመሓዳድር፣

ለ. ናይዚ ዓንቀፅ /ሀ/ ከምዝተሓለወ ኮይኑ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት

1. ናይዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 24 ዝተዘርዘሩ ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ስልጣንን ሓላፍነትን ኣብ ስራሕ የውዕል፣
2. ቦርድ ኢንቨስትመንት ዝወሃቦ ኣጠቃላሊ

መ. ኢንቨስትመንት የሚጠናከሩ ኤግዚቢሽን፣ ስብሰባዎች፣ ስልጠናዎችና ሰሚናራት የመሳሰሉ ያካሂዳል፣ ለባለሀብቶች የምክር ድጋፍ ይሰጣል፣

ሠ. ኢንቨስትመንት ለማስፋፋት ባለሀብቶች፣ መንግስታዊ መስሪያቤቶች፣ መስተዳደርና ሌሎች አግባብ ያላቸው አካላት ጥሩ ግንኙነት እንዲኖራቸው ያደርጋል፣ ያስተባብራል፣

ረ. ኢንቨስትመንት እንዲስፋፋ የሚያግዙ ጽሑፎች፣ መግለጫዎች፣ ፊልምና የመሳሰሉትን ያዘጋጃል፣ ያሰራጫል

ሰ. በዚህ አዋጅ ዓንቀፅ 17 በተሰጠው ስልጣን መሰረት የኢንቨስትመንት ፈቃድ ይሰጣል፣ በተፈቀደለት ስልጣን መሰረት በሚቀርብለት የመበረታቻ ጥያቄ ላይ ውሳኔ ይሰጣል፣

ቀ. የኢንቨስትመንት ፈቃድ የተሰጡትን ባለሃብቶችና የፕሮጀክታቸውን የኢንቨስትመንት አፈፃፀም ይከታተላል፣ ፍቃድ ከማግኘት ጋር የሚቆራኙት ግዴታዎች በተግባር ላይ መዋላቸውን ያረጋግጣል።

በ. ኢንቨስትመንትን ለማበረታታትና ለማስፋፋት የሚያግዙ ሌሎች ተግባሮች ያከናውናል።

26 የጽሕፈት ቤቱ አቋቋም

ጽሕፈት ቤቱ

ሀ. በመንግስት የሚሾም የጽሕፈት ቤቱ ሓላፊና የመምሪያ ሓላፊ

ለ. ሌሎች አስፈላጊ ሰራተኞች ይኖሩታል

27 የጽሕፈት ቤቱ ሓላፊ ተግባርና ሓላፊነት

ሀ. ሓላፊው የጽሕፈት ቤቱ ዋና ስራ አስፈፃሚ መሆን ከቦርዱ የሚሰጠውን ጠቅላላ መመሪያ መሰረት የጽሕፈት ቤቱን ስራዎች ይመራል፣ ያስተዳድራል።

ለ. የዚሁ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ "ሀ" እንዳለ ሆኖ የጽሕፈት ቤቱ ሓላፊ

1. በዚህ አዋጅ አንቀጽ 24 የተዘረዘሩትን የጽሕፈት ቤቱ ስልጣንና ሓላፊነት በስራ ላይ ያውላል
2. በቦርዱ የሚሰጠውን አጠቃላይ

መምርሒን ናይ ሲቪል ሰርቪስ ደንቢ መሰረት ሰራሕተኛታት ይቆፅር የመሓዳድር፣

3. ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ስራሕ ፕሮግራም ምስ በጀት ኣዳሊዩ ናብ ቦርድ የቅርብ፣ ምስተፈቀደ'ውን ኣብ ስራሕ የውዕል፣
4. ነቲ ቤት ፅሕፈት ብዝፀደቀ በጀት መሰረት ገንዘብ ወፃኢ ይገብር፣
5. ናይ'ቲ ቤት ፅሕፈት ስራሕ ኣፈፃፅማን ሓሳብ ሪፖርትን ብምድላው ንቦርድ የቅርብ፣

**28 ፍልፍል ፋይናንስ፣**

እቲ ቤት ፅሕፈት እዞም ዝስዕቡ ፍልፍል ፋይናንስ ይህልዉዎ፣

ሀ. ካብ ክልላዊ መንግስቲ ዝምደበሉ በጀት
ለ. ካብ ግልጋሎት ዝእከብ ገንዘብ
ሐ. ካብ ዝኾነ ካሊእ ፍልፍል ዝረኽቦ ሓገዝን ውህብቶን

**29 ናይ መሰልን ግቡእን ምትሕልላፍ**

ብኣዋጅ ቁፅሪ 13/89 ተጣይሹ ናይ ዝነበረ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ክልል ትግራይ መሰልን ግቡእን በዚ ኣዋጅ'ዚ ንዝቆም ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ተሓላሊፉ 'ዩ።

## ክፍሊ ትሽዓተ
## ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

**30 መሬት ብዛዕባ ምርካብ፣**

ሀ. ዝተፈቐደ ኢንቨስትመንት ናይ መሬት ሕቶ ዝቐረበሉ ኣካል ናይ ፌደራልን ናይ ክልል ሕጊን መሰረት ብምግባር ነቲ ዝቐረበሉ ሕቶ ኣብ 60 መዓልቲ ውሽጢ መሬት ነቲ በዓል ርእሰማል የረክብ፣

ለ. ክልል ምምሕዳር ንኢንቨስትመንት ስራሕ ዝውዕል መሬት ብምምዳብ ናይ'ዚ ዝተመደበ መሬት ሙሉእ መረዳእታ ኣግባብ ንዘለዎ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት የመሓላልፍ፣

ሐ. ክልል ምምሕዳር ወይ ብውክልና ስልጣን ዝዋሃቦ ኣካል እቲ ዝተመደበ መሬት ንዝተፈቐደ ኢንቨስትመንት ቅድሚያ ይህብ፣

መ. ኣግባብ ዘለዎ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ምስ ዝምልከቶም ናይ ክልል ምምሕዳር

መመሪያና በሲቪል ሰርቪስ ደንብ መሰረት ሰራተኞችን ይቀጥራል፣ ያስተዳድራል፣

3. የጽሕፈት ቤቱ የስራ ፕሮግራምና በጀት አዘጋጅቶ ለቦርድ ይቀርባል፣ እንደተፈቀደ በስራ ላይ ያውላል
4. ለጽሕፈት ቤቱ በፀደቀው በጀት መሰረት ፣ ገንዘብ ወጪ ያደርጋል
5. የጽሐፈት ቤቱ ስራ አፈጻጸምና የሒሳብ ሪፖርት በማዘጋጀት ለቦርዱ ያቀርባል።

**28 የፋይናንስ ምንጭ፣**

ጽሕፈት ቤቱ የሚከተሉትን የፋይናንስ ምንጭ ይኖሩታል፣

ሀ. ከክልሉ መንግስት የሚመደብለት በጀት
ለ. ከአገልግሎት የሚሰበሰብ ገንዘብ
ሐ. ከሌላ የገንዘብ ምንጭ የሚገኘውን ርዳታ ወይም ስጦታ

**29 መብትና ግዴታ ስለማስተላለፍ**

በአዋጅ ቁጥር 13/89 ተቋቁሞ የነበረውን የትግራይ ክልል የኢንቨስትመንት ጽሕፈት ቤት መብትና ግዴታ በዚህ አዋጅ ለተቋቋመውን የኢንቨስትመንት ጽሕፈት ቤት ተላልፏል።

## ክፍል ዘጠኝ
## የተለያዩ ድንጋጌዎች

**30 መሬት ስለማግኘት**

ሀ. ኢንቨስትመንት እንደተፈቀደ የመሬት ጥያቄ የሚቀርብለትን አካል የፌደራልና የክልል ሕጎች መሰረት በማድረግ፣ የቀረበለትን ጥያቄ በ60 ቀናት ውስጥ ለባለሀብት መሬት ያስረክባል፣

ለ. የክልሉ መስተዳደር ለኢንቨስትመንት ስራ ግልጋሎት የሚሰጥ መሬት በመመደብ የተመደበውን መሬት ሙሉ መረጃ አግባብ ባለው የኢንቨስትመንት ጽሕፈት ቤት ያስተላልፋል።

ሐ. የክልል መስተዳደር ወይም በውክልና ስልጣን የሚሰጠው አካል የተመደበውን መሬት ለተፈቀደለት ኢንቨስትመንት ቅድሚያ ይሰጣል።

መ. አግባብ ያለው የኢንቨስትመንት ጽሕፈት ቤት ከሚመለከታቸው ከክልል መስተዳደር

አካላት ብምትሕብባር መሬት ንዝተፈቐዶ ኢንቨስትመንት ስራሕ ንክወሃብ ኩነታት የመቻችው፣ ይከታተል፣

## 31 ናይ ወፃኢ ዜጋ ብዛዕባ ምቁፃር፣

ሀ. ዝኾነ በዓል ርእሰማል ንስርሑ ኣድለይቲ ዝኾኑን ብቁዕ ክእለት ዘለዎምን ላዕለዎት ደቂ ወፃኢ ሰብ ሞያን ስራሕ መካየድትን ብመሰረት ሕጊ ክቆፅር ይኽእል። ኮይኑ ግና እዚ መሰል ቅድሚ ምጥቃሙ ምልክታ ብምውፃእ ተመሳሳሊ ክእለት ዘለዎም ኢትዮጵያውያን ከምዝሰኣኑ ከረጋግፅ ኣለዎ።

ለ. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ መሰረት ደቂ ወፃኢ ሃገር ዝቆፅር በዓል ርእሰማል ግቡእ ስልጠና ክወሃቦም ብምግባር ኣብ ዝተወሰነ እዋን ውሽጢ እቲ ስራሕ ብኢትዮጵያውያን ክትካእ ክገብር ሓላፊነት ኣለዎ።

## 32 መረዳእታ ናይ ምሃብ ግቡእ፣

ዝኾነ ናይ ክልል ምምሕዳር ኣፈፃፅማ ኣካል ኢንቨስትመንት ዝጥምቱ መረዳእታታት ኣግባብ ብዘለዎ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ሕቶ ኣብ ዝቐረበሎም እዋን ናይ ምሃብ ግቡእ ኣለዎ።

## 33 ዝተሰዓሩ ሕግታት፣

ሀ. ኢንቨስትመንት ንምትብባዕ፣ ምስፍፋሕ ምትሕብባርን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 13/1987 በዚ ኣዋጅ ተሳዒሩ'ሎ።

ለ. ነዚ ኣዋጅ ዝፃረር ዝኾነ ሕጊ፣ ደንቢን መምርሒን ወይም ናይ ኣሰራርሓ ልምዲ በዚ ኣዋጅ ንዝተሓቆፉ ጉዳያት ተፈፃምነት ኣይህልዎን።

## 34 መሰጋገሪ ድንጋገታት፣

1. ናይ'ዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 32 ዝተደንገገ'ኳ እንተሃለወ፣
   ሀ. እዚ ኣዋጅ ቅድሚ ምፅንዑ ንዝተፈቐደ ኢንቨስትመንት ፣ ብቁፅሪ ኣዋጅ 13/1987ን ነቲ ኣዋጅ ንምፍፃም ወፂኦም ዝነበሩ ናይ ማእኸላይ መንግስቲ መምርሒታት መሰረት ዝተውሃቡ መበረታቲዒታት ተፈፃምነቶም ይቅፅል፣
   ለ. ብኣዋጅ ቁፅሪ 13/1987 መሰረት መበራትዒ ዝረክብ በዓል ርእሰማል በዚ

አካላት በመተባበር መሬት ለተፈቀደለትን ኢንቨስትመንት ስራ እንዲሰጥ ሁኔታዎችን ያመቻቻል፣ ይከታተላል።

## 31 የውጪ ዜጋ ስለመቅጠር

ሀ. ማንኛውም ባለሀብት ለስራው አስፈላጊ የሆኑትንና ብቁ ችሎታ ያላቸውን ከፍተኛ ባለሞያዎችና ስራ አስኪያጆችን በሕግ መሰረት መቅጠር ይችላል። ሆኖም ይህ መብት ከመጠቀሙ በፊት የስራ ማስታወቂያ በማውጣት ተመሳሳይ ችሎታ ያላቸውን ኢትዮጵያውያን አለማግኘቱን ማረጋገጥ አለበት።

ለ. በዚህ አንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ "ሀ" መሰረት የውጪ ዜጎች የሚቀጥር ባለሃብት አስፈላጊውን ስልጠና እንዲሰጣቸው በማድረግ በተወሰነ ጊዜ ውስጥ ስራው በኢትዮጵያውያን እንዲተካ የማድረግ ሓላፊነት አለበት።

## 32 መረጃ የመስጠት ግዴታ

የክልሉ መስተዳደር አስፈፃሚ አካል ኢንቨስትመንት የሚመለከቱ መረጃዎች አግባብ ባለው የኢንቨስትመንት ፅሕፈት ቤት ጥያቄ በሚቀርብለት ጊዜ የመስጠት ግዴታ አለበት።

## 33 የተሻሩ ህጎች

ሀ. ኢንቨስትመንት ለማበረታታት፣ ማስፋፋትና ማስተባበር የወጣ አዋጅ ቁጥር 13/1987 በዚህ አዋጅ ተሽሯል።

ለ. ይህ አዋጅ የሚቃረን ማንኛውም ሕግ፣ ደንብና መመርያ ወይም የአሰራር ልምድ በዚህ አዋጅ በተዘረዘሩት ጉዳዮች ተፈጻሚነት አይኖረውም።

## 34 የመሸጋገሪያ ድንጋጌዎች

1. የዚህ አዋጅ አንቀፅ 32 የተደነገገውን ቢኖርም፣
   ሀ. ይህ አዋጅ ከመጽናቱ በፊት የተፈቀደ ኢንቨስትመንት፣ አዋጅ ቁጥር 13/1987 ለመፈጸም በወጡት መበረታቻዎች ተፈጻሚነታቸው ይቀጥላል።
   ለ. በአዋጅ ቁጥር 13/1987 መሰረት በመበረታቻ የሚያገኝ ባለሀብት በዚህ

ኣዋጅ'ዚን እዚ ኣዋጅ ንምፍፃም ብዝወፅእ ደንቢ መሰረት ንዝወሃቡ መበረታትዒ ተጠቃሚ ንምኻን እንተደልዩ ኣግባብ ንዘለዎ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ብምግላፅ ናይ'ቲ መሰል ተጠቃሚ ክኸውን ይኽእል።

35 እዚ ኣዋጅ ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ እዋን

እዚ ኣዋጅ ብነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

መጋቢት 1989

ገብሩ ኣስራት
ርእሰ ምምሕዳር መንግስቲ ትግራይ

አዋጅና ይህ አዋጅ ለመፈጸም በሚወጣ ደንብ መሰረት የሚሰጡትን ማበረታቻዎች ተጠቃሚ በመሆን ከፈለገ፣ አግባብ ላለው የኢንቨስትመንት ጽሕፈት ቤት መግለጽ በመብቱ ተጠቃሚ ሊሆን ይችላል።

35 ይህ አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ

ይህ አዋጅ በትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል።

መጋቢት 1989

ገብሩ አስራት
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት
ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com

6ይ ዓመት ቁፅሪ 25
6ኛ ዓመት ቁጥር 25

መቐለ መጋቢት
1989ዓ.ም

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልልዊ መንግስት ምክር ቤት

| ናይ ሓደ ዋጋ 0.33 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120 |
|---|---|---|

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቑፅሪ 25/1989
ገፅ 1

## ናይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ናይ ልምዓት ኣካላት ኣዋጅ

ብሄራዊ ክልልዊ መንግስቲ ትግራይ ናይ ዓርሱ ናይ ኢኮኖሚ ልምዓት ትልሚ ብምውፅኡን፣ እቲ ትልሚ ኣብ ስራሕ ንምውዓል ዘየቋርፅን ተኸታታልነት ዘለዎ ስጉምቲ ምውሳድ ኣድላይ ብምኳኑ፣

ኣብ ትሕቲ ዋንነት መንግስቲ እዚ ክልል ዝኾኑ ትካላት ልምዓት ምጥያሽ ኣድላዪ ኮይኑ ብምረካቡን በዚ መንገዲ ዝጣየሹ ትካላት ብቕዓት ዘለዎምን መትረፍትን ንክኾኑ ምስ ውልቀ ትካላት ልምዓት ተወዳዲሮም ክሰርሑ ዘኽእሎም ነፃ ዝኾነ መሓውር ክዝርገሓሎም ከምዝግባእ ስለዝተኣመነሉ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1/ን 49/3/10 ን እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

### <u>ዓንቀፅ ሓደ</u>
### <u>ሓፂር ርእሲ፣</u>

እዚ ኣዋጅ "ናይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ልምዓት ትካላት ኣዋጅ ቁፅሪ 25/1989" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

### <u>ዓንቀፅ ክልተ</u>
### <u>ትርጉም፣</u>

ናይቲ ቃል ኣጠቃቅማ ካሊእ ትርጉም ዘውህቦ እንተዘይኮይኑ ኣብዚ ኣዋጅ ውሽጢ፣

ሀ. " መንግስቲ ክልል" ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 25/1989
ገጽ 1

## የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስ ልማት ድርጅቶች

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የራሱ የኢኮኖሚ ልማት እቅድ አውጥቶ ፣ እቅዱ በስራ ላይ እንዲውል የማያቋርጥ ተከታታይ እርምጃ መውሰድ አስፈላጊ በመሆኑ፣

በክልሉ መንግስት ባለቤትነት ስር የሚተዳደሩ የልማት ድርጅቶች ማቋቋም አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ እና በዚህ መንገድ የሚቋቋሙ ድርጅቶች ብቃት ያላቸውና አትራፊዎች እንዲሆኑ፣ ከግል የልማት ድርጅቶች ጋር ተወዳድሮ መስራት የሚያስችላቸው ነፃ የሆነ መዋቅር እንዲዘረጋላቸው የታመነበት በመሆኑ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልል ምክር ቤት በትግራይ ብሄራዊ ክልል ሕገ መንግስት አንቀጽ 49/3/1 እና 49/3/10 መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

### <u>አንቀጽ አንድ</u>
### <u>አጭር ርእስ፣</u>

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ልማት ድርጅቶች አዋጅ ቁጥር 25/1989" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

### <u>አንቀጽ ሁለት</u>
### <u>ትርጉም፣</u>

የቃሉ አጠቃቀም ሌላ ትርጉም የሚያሰጠው ካልሆነ በስተቀር በዚህ አዋጅ ውስጥ

ሀ. "የክልል መንግስት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልል መንግስት ነው፣

ለ. "ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ" ማለት ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ማለት እዩ።

ሐ. "ኣዋጅ ትካል ልምዓት መንግስቲ" ማለት ናይ ፌደራል መንግስቲ ናይ ልመዓት ትካላት ኣዋጅ ቁፅሪ 25/1984 እዩ፡

**ዓንቀፅ ሰለስተ**

**ብዛዕባ ምስምዕማዕ፣**

1. ናይ ፌደራል መንግስቲ ልምዓት ትካላት ንምጥያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 25/1984 ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ከምዝተኣወጀ ተቆፂሩ ኣብ ልዕሊ እዚ ክልላዊ መንግስቲ ዘጣየሽም ናይ መንግስቲ ልምዓት ትካላት ተፈፃሚ ይኸውን።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተመልከተ ሓፈሻዊ ኣዘራርባ ከምዝተሓለወ ኮይኑ ኣብ ናይ ፌዴራል መንግስቲ ልምዓት ትካላት ኣዋጅ፣
   ሀ. ንፌዴራል መንግስቲ ዝተውሃበ ስልጣንን ተግባርን ብብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣
   ለ. ንቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ዝተውሃበ ስልጣንን ተግባርን ብኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ዝተውሃበ እንትኸውን፣
   ሐ. ንተቆፃፃሪ ባዓል ስልጣን ዝተውሃበ ስልጣንን ተግባርን ድማ እስካዕ ግቡእ ዝኾነ ኣካል ዝጣየሽ ብኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ይስራሕ፣

**ዓንቀፅ ኣርባዕተ**

**እቲ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ እዋን**

እዚ ኣዋጅ ኣብ ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ተፈፃሚ ይኸውን።

ሓምለ 1989 ዓ.ም

ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ለ. "ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልል መንግስት ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ማለት ነው።

ሐ. "የመንግስት ልማት ድርጅት አዋጅ" ማለት የፌደራል መንግስት ልማት ድርጅቶች አዋጅ ቁጥር 25/1984 ነው።

**አንቀጽ ሶስት**

**ስለመስማማት፣**

1. የፌዴራል መንግስት ልማት ድርጅቶችን ለማቋቋም የወጣው አዋጅ ቁጥር 25/1984 በትግራይ ብሄራዊ ክልል ምክር ቤት እንደታወጀ ተቆጥሮ የትግራይ ብሄራዊ ክልል መንግስት ባቋቋማቸው የልማት ድርጅቶች ላይ ተፈፃሚ ይሆናል።
2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 የተመለከተው አጠቃላይ አነጋገር እንደተጠበቀ ሆኖ በፌደራል መንግስት የልማት ድርጅቶች አዋጅ፣
   ሀ. ለፌደራል መንግስት የተሰጠው ስልጣንና ተግባር ለትግራይ ብሄራዊ ክልል መንግስት፣
   ለ. ለሚኒስትሮች ምክር ቤት የተሰጠው ስልጣንና ተግባር ለስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የተሰጠ ሲሆን፣
   ሐ. ለተቆጣጣሪ ባለስልጣን የተሰጠው ስልጣንና ተግባር ደግሞ ሌላ አካል እስኪቋቋምለት ድረስ በስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ይተገበራል።

**አንቀጽ አራት**

**አዋጁ የሚፀናበት ጊዜ፣**

ይህ አዋጅ በነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል።

ሓምሌ 1989 ዓ.ም

ገብሩ አስራት

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት

ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com

6ይ ዓመት ቁፅሪ 26
6ኛ ዓመት ቁጥር26

መቐለ፣
ሓምለ 1989

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት

ናይ ሓደ ዋጋ 2.50 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቑፅሪ 26/1989
ገፅ 1

ማ ው ጫ
ኣዋጅ ቁጥር 26/1989
ገጽ 1

## ኣዋጅ ቁፅሪ 26/1989
## ናይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
## ናይ ፋይናንስ ምምሕዳር ኣዋጅ

መንግስቲ ሓላፍነቱ ብትኽክል ንምዉፃእ ምእንታን ክኽእል ዘመናዉን ቅልጡፍን ናይ ፋይናንስ ምምሕዳር ክዝርጋሕ ስለዘለዎ፣ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝምርሐሉ ናይ ፋይናንስ ምምሕዳር መሰረታዊ ፅንሰ ሓሳብ ፣ መምርሕን ቀንዲ ዋኒናትን ምዉሳን ኣድላይ ኾይኑ ስለዝተረኽበ፣ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/1 እዚ ዝስዕብ ተኣዊጁ ኣሎ።

### ክፍሊ ሓደ
### ጠቕላላ

1. **ሓፂር ርእሲ**

   እዚ ኣዋጅ "ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ናይ ፋይናንስ ምምሕዳር ኣዋጅ ቁፅሪ 26/1989" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

2. **ትርጉም**

   **ኣብዚ ኣዋጅ ዉሽጢ**

   1. "ብዓይነት ዝተዋሃበ ሓገዝ" ማለት እዚ ክልላዊ መንግስቲ ካብ ገንዘብ ወፃኢ ብመልክዕ ኣቕሓ ወይ ግልጋሎት ብኽልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ብዝኾኑ ወገናት ስምምዕ ወይ ከዓ ካብ ካልኦት ፍልፍላት ዝቕበሎ ዝኾነ ሓገዝ እዩ።
   2. "ምፍቃድ" ማለት ካብቲ ዝተጠቓለለ

## ኣዋጅ ቁጥር 26/1989
## የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግሥት
## የፋይናንስ አስተዳደር ኣዋጅ

መንግሥት ሓላፊነቱን በትክክል እንዲወጣ ዘመናዊና ቀልጣፋ የፋይናንስ አስተዳደር መዘርጋት ስላለበት ፣ የትግራይ ብሔራዊ ክልል መንግስት የሚመራበትን የፋይናንስ አስተዳደር መሰረታዊ ፅንሰ ሓሳብ መርሕና ዋና ዋና ጉዳዮችን መወሰን አስፈላጊ ሆኖ ስለተገኘ፣ በትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ መንግስት በአንቀፅ 49/3/1 መሰረት የሚከተለዉን ታውጇል።

### ክፍል ኣንድ
### ጠቅላላ

1. **ኣጭር ርእስ**

   ይህ ኣዋጅ "የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት የፋይናንስ ኣስተዳደር ኣዋጅ ቁጥር 26/1989" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

2. **ትርጉም**

   **በዚህ ኣዋጅ ዉስጥ**

   1. "በዓይነት የተሰጠ እርዳታ" ማለት የክልል መንግስት ከገንዘብ ዉጭ በዕቃ ወይም በአገልግሎት መልክ በሁለት ወይም ከሁለት በላይ ወገኖች በሚደረግ ስምምነት ወይም ከሌሎች ምንጮች የሚቀበለው ማናቸዉም እርዳታ ነው ።
   2. "መፍቀድ" ማለት ከተጠቃለለው ፈንድ

ፈንድ ንምኽፋል ዝኽእል ብቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝዉሃብ ስልጣን 'ዩ።

3. "ናይ ካፒታል ወፃኢ" ማለት ንግልጋሎት ምኽሪ ዝግበር ወፃኢ ሓዊሱ ቀዋሚ ሃፍቲ ንምፍራይ ወይ ንምምሕያሽ ወፃኢ ዝግበር ሒሳብ 'ዩ።

4. "ዝተጠቓለለ ፈንድ" ማለት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ቢሮ ፋይናንስ ብሽም ዝኾነ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ ኣብ ዝኸፈቶ ናይ ባንኪ ሒሳብ ኣታዊ ዝተገበረ ናይ'ዚ ክልል መንግስቲ ገንዘብ ፣ ንኽፍሊት ንክዉዕል ኣብያተ ፅሕፈት መንግስቲ ብጥረ ገንዘብ ዝሓዝኦ ከምኡ'ዉን ብዓይነት ዝተረኸበ ሓገዝ እዩ።

5. "ግቡእ" ማለት ብዉዕሊ ፣ ብስምምዕ ወይ ከዓ ብሕጊ ብዝተቐመጡ ኩነታት እንትማልኡ ዝፍጠር ሓላፍነት እዩ።

6. "ኽፍሊት" ማለት ኣብ ዝተጠቓለለ ፈንድ ካብ ዝተቐመጠ ናይ መንግስቲ ገንዘብ ወፃኢ ምግባር ማለት 'ዩ።

7. "ክልላዊ መንግስቲ" ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

8. "ናይ በጀት ዓመት" ማለት ካብ ሓምለ1 እስካዕ ሰነ 30 ዘሎ ጊዜ እዩ።

9. "ተወሳኺ ጊዜ" ማለት ኣብ ዝሓለፈ ናይ በጀት ዓመት ርክክብ ንዝተፈፀመሉ ኣቕሓን ንዝተዋሃበ ግልጋሎትን ስራሕን ካብ ዝሓለፈ ዓመት በጀት ዝኽፈለሉ ካብ ሓምለ 1መዓልቲ ጀሚሩ ዘሎ ናይ 30 መዓልቲ ጊዜ እዩ።

10. "ምትራፍ" ማለት ወፃኢ ንምግባር ዝተዋሃበ ፍቓድ ዝውድእሉ ጊዜ እዩ።

11. "ሓላፊ ቢሮን ቢሮን " ማለት ከምቅደም ሰዓቡ ናይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ሓላፊ ቢሮ ፋይናንስን ቢሮ ፋይናንስን'ዩ ።

12. "ካልኦት ትኣከብቲ ሒሳባት" ማለት ብዘይካ ግብርን መቕፃዕትን ንክልል መንግስቲ ዝኽፈል ዝኾነ ገንዘብ 'ዩ።

13. "ቤት ፅሕፈት መንግስቲ" ማለት ብኽፋል ወይ ብምሉእ ብብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ በጀት ዝመሓደር ዝኾነ ቤት ፅሕፈት እዩ።

ለመክፈል የሚያስችል በትግራይ ክልል ምክር ቤት የሚሰጥ ስልጣን ነው።

3. "የካፒታል ወጪ" ማለት ለምክር አገልግሎት የሚደረግ ወጪ የሚያጠቃልል እና ቀዋሚ ሃብት ለማፍራት ወይም ለማሻሻል ወጪ የሚደረግ ሂሳብ ነው።

4. "የተጠቃለለ ፈንድ" ማለት በዚህ አዋጅ መሰረት የፋይናንስ ቢሮ፣ በማንኛዉም መንግስታዊ ጽሕፈት ቤት ስም በከፈተው የባንክ ሂሳብ ገቢ የተደረገ የክልሉ መንግስት ገንዘብ ለክፍያ እንዲዉል የመንግስት ጽሕፈት ቤቶች በጥሬ ገንዘብ የያዙት እንዲሁም በዓይነት የተገኘ እርዳታ ነው።

5. "ግዴታ" ማለት በዉል፣ በስምምነት ወይም በህግ የተቀመጡ ሁኔታዎች ሲሟሉ የሚፈጠር ሓላፊነት ነው።

6. "ክፍያ" ማለት በተጠቃለለው ፈንድ ዉስጥ የተቀመጠዉን የመንግስት ገንዘብ ወጪ ማድረግ ነው።

7. "ክልላዊ መንግስት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ነው።

8. "የበጀት ዓመት" ማለት ከሓምሌ 1 እስከ ሰኔ 30 ያለው ጊዜ ነው።

9. "የችሮታ ጊዜ" ማለት ባለፈው የበጀት ዓመት ርክክቡ ለተፈጸመ እቃና ለተሰጠ አገልግሎት እና ስራ ካለፈው ዓመት በጀት ላይ የሚከፈል ከሓምሌ 1 ጀምሮ ያለው የ30ቀናት ጊዜ ነው።

10. "መቅረት" ማለት ወጪ ለማድረግ የተሰጠ ፍቃድ ማብቅያ ጊዜ ነው።

11. "የቢሮ ሓላፊና ቢሮ" ማለት እንደ ቅደም ተከተላቸው የትግራይ ብሔራዊ ክልል የፋይናንስ ሓላፊ እና የፋይናንስ ቢሮ ነው።

12. "ሌሎች የሚሰበሰቡ ሒሳቦች" ማለት ከግብር እና ከመቀጮ ዉጭ ለትግራይ ክልል መንግስት የሚከፈል ማንኛዉም ገንዘብ ማለት ነው።

13. "የመንግስት ጽሕፈት ቤት" ማለት በከፊል ወይም ሙሉ በሙሉ በትግራይ ብሔራዊ ክልል መንግስት በጀት የሚተዳደር ማንኛዉም ጽሕፈት ቤት ነው።

14."ገንዘብ መንግስቲ" ማለት እዞም ዝስዕቡ ሓዊሱ ሓላፊ እቲ ቢሮ ወይ ከዓ ዝኾነ ባዓል ስልጣን ቢሮ መንግስቲ፣ ወይ ከዓ ብሽም ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ገንዘብ ክቕበል ወይ ከዓ ክእክብ ስልጣን ዝተዋሃቦ ሰብ ዝተቐበሎ ወይ ዝኣከቦ ወይ ከዓ ብተኣካቢነት ዝሓዞ ዝኾነ ናይ'ዚ ክልል መንግስቲ ገንዘብ እዩ።

ሀ. ናይ ክልላዊ መንግስቲ ፍሉይ ሒሳባትን ካብኣቶም ዝርከብ ኣታዊን፣

ለ. ናይ ክልላዊ መንግስቲ ኣታዊታት

ሐ. ናይ ክልላዊ መንግስቲ ናይ ዉሕስና ሰነዳት ብምዉፃእን ብምሻጥን ዝርከብ ገንዘብ

መ. መንግስቲ ክልል ወይከዓ ዝኾነ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ ክልል ብኽልተ ወይ ብብዙሓት ወገን ስምምዕ ወይ ከዓ ካብ ካልኦት ፍልፍላትን ብሓገዝ ወይ ብልቓሕ ዝረኸቦ ገንዘብ፣

ረ. ካብ ፌደራል መንግስቲ ዝላኣኽ ናይ በጀት ድጋፍ ፣

ሰ. ብዓይነት ዝርከብ ሓገዝ

15."ንብረት መንግስቲ" ማለት ብዘይካ ናይ መንግስቲ ገንዘብን መሬትን ዝኾነ ናይ'ዚ ክልል መንግስቲ ንብረት እዩ።

16."ምሕረት" ማለት ካብ ግብሪ፣ መቕፃዕቲ ወይ ከዓ ካልኦት ተኣከብቲ ሒሳባት ምኽፋል ናፃ ምግባር እዩ።

17."ዕዳ ምስራዝ" ማለት ናይ ክልላዊ መንግስቲ ተኣከብቲ ሒሳባትን ግቡኣትን ወይ ከዓ ካሊእ ናይ ይግበኣኒ ሕቶታት ካብ ሒሳብ መዝገብ ምስራዝ እዩ።

18."ናይ ውሕስና ሰነድ" ማለት ናይ ግምጃ ቤት ሰነድ፣ ናይ ተስፋ ሰነድን ቦንድን ሓዊሱ ናይ ፋይናንስ ግቡእ ንምፍፃም ዝውሃብ ወይ ዝተሓዝ ነገር እዩ።

19."ናይ ጥሪት/ሲንኪንግ/ ፈንድ" ማለት ኣብ ነዊሕ እዋን ንክምለስ ዝተወሰደ ልቓሕ ንምክፋል፣ ቀዋሚ ንብረት ንምትካእ ወይ ከዓ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ክልል ብዘውፅኦ

14. "የመንግስት ገንዘብ" ማለት የሚከተሉትን የሚካትት የቢሮ ሓላፊ ወይም ማንኛዉም የመንግስት ቢሮ ባለሥልጣን ወይም በትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ገንዘብ እንዲቀበል ወይም እንዲሰበስብ ስልጣን የተሰጠው አካል የተቀበለው ወይም የሰበሰበው ወይ በተቀማጭየያዘው ማንኛዉም የክልሉ መንግስት ገንዘብ ነው።

ሀ. የክልሉ መንግስት ልዩ ሒሳቦችና ከነሱ የሚገኝ ገቢ፣

ለ. የክልሉ መንግስት ገቢዎች፣

ሐ. የክልሉ መንግስት የዋስ ሰነዶች በማውጣትና በመሸጥ የሚገኝ ገንዘብ፣

መ. የክልል መንግስት ወይም ማንኛውም የክልሉ መንግስት ጽሕፈት ቤት በሁለት ወይም በብዙ ወገኖች ስምምነት ወይም ከሌሎች ምንጮች በእርዳታ ወይ በብድር የሚያገኘው ገንዘብ፣

ሠ. ከፌደራሉ መንግስት የሚላክ የበጀት ድጋፍ

ረ. በዓይነት የሚገኝ እርዳታ።

15. "የመንግስት ንብረት" ማለት ከመንግስት ገንዘብና መሬት ውጪ የክልሉ መንግስት ንብረት ነው።

16. "ምህረት" ማለት ከግብር መቀጮ ወይም ከሌሎች የሚሰበሰቡ ሂሳቦች ከመክፈል ነፃ ማድረግ ማለት ነው።

17. "ዕዳ መሰረዝ" ማለት የክልሉ መንግስት፣ ተሰብሳቢ ሂሳቦችን ግዴታዎችን ወይም ሌላ የይገባኛል ጥያቄዎችን ከሒሳብ መዝገብ መሰረዝ ነው።

18. "የዋስትና ሰነድ" ማለት የግምጃ ቤት ሰነድ የተስፋ ሰነድና ቦንድን የሚያጠቃልል የፋይናንስ ቃል ኪዳን ወይም የፋይናንስ ግዴታ ለመፈጸም የሚሰጥ ወይም የሚያዝ ነገር ነው።

19. "የጥሪት(ሲንኪንግ) ፈንድ" ማለት በረጅም ጊዜ እንዲመለስ የተወሰደ ብድር ለመክፈል ቋዋሚ ንብረት ለመተካት ወይም የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በሚያወጣው ደንብ ለሚወሰን

ደንቢ ንዝውሰን ካልእ ዕላማ ንክውዕል ኢንቨስት ዝግበር ገንዘብ'ዩ።

20.“ናይ በጀት ድጋፍ” ማለት ፌደራል መንግስቲ ንክልል መንግስቲ ዝህቦ ዓመታዊ ናይ በጀት ድጋፍ'ዩ።

21.“ዝውውር” ማለት ካብ ሓደ ኣርእስቲ፣ ንኡስ ኣርእስቲ ዋና ናይ ሒሳብ መደብ ወይ ናይ ሒሳብ መደብ ናብ ካልእ ዝግበር ዝተፈቐደ ናይ በጀት ዝውውር እዩ።

22.“ፍሉይ ዓላማ” ማለት ብሕጊ ብዝተዋሃበ ስልጣን ተፈልዩ ብዝተሓዝ ገንዘብ መንግስቲ ዝግበር ናይ ክልል መንግስቲ ተግባር'ዩ።

23.“ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ” ማለት ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ክልል ትግራይ እዩ።

3. **ወሰን ተፈፃምነት**

1. እዚ ኣዋጅ ተፈፃምነቱ ኣብ ልዕሊ ኣብያተ ፅሕፈት መንግስቲ ክልል ትግራይ እዩ።
2. ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ እዚ ኣዋጅዝምልከተን ኣብያተ ፅሕፈት መንግስቲ ዝርዝር በብእዋኑ የውፅእ።

4. **ሓላፍነትን ተሓታትነትን**

ሕድሕድ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ እዚ ኣዋጅን ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝወፁ ደንብታትን ድንጋገታትን ኣብቲ ዝመርሖ ቤት ፅሕፈት ብግቡእን ብዝተማልአ መንገዲ ተግባራዊ ምኻኖም ብዛዕባ ምርግጋፁ ንስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ተሓታትነት ኣለዎ።

## ክፍሊ ኽልተ
## ብዛዕባ ገንዘብ መንግስቲ ምእካብን ኣታዊ ምግባርን

5. **ዝተጠቓለለ ፈንድ**

1. ብዝተፈላለየ ኩነታት ንክቅመጥ ብሕጊ እንተዘይተፈቂዱ ኩሉ ገንዘብ መንግስቲ እዚ ክልል ኣታዊ ዝግበረሉ ሓደ ዝተጠቃለለ ፈንድ ይህሉ።
2. ብዓይነት ዝተዋሃበ ሓገዝ ቢሮ ፋይናንስ ካብ ዝምልከቶም ኣብያተ ፅሕፈት መንግስቲ ዝረኽቦ መረዳእታ መሰረት ብምግባር ብዝውስኖ ዋጋ ኣብ ዝተጠቃለለ ፈንድ ይምዝገብ።
3. እቲ ቢሮ ዝተጠቃለለ ፈንድ ይሕዝ፣

ለሌላ ዓላማ የሚውል ኢንቨስት የሚደረግ ገንዘብ ነው፡፡

20. “የበጀት ድጋፍ” ማለት የፌደራል መንግስት ለክልሉ መንግስት የሚሰጠው ዓመታዊ የበጀት ድጋፍ ነው፡፡

21. “ዝውውር” ማለት ከአንድ አርእስት፣ ንኡስ አርእስት ዋና የሒሳብ መደብ ወይም የሒሳብ መደብ ወደ ሌላ የሚደረግ የተፈቀደ የበጀት ዝውውር ነው፡፡

22. “የተለየ ዓላማ” ማለት በህግ በተሰጠ ስልጣን ተለይቶ በሚያዝ የመንግስት ገንዘብ የሚደረግ የክልሉ መንግስት ተግባር ነው፡፡

23. “የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ” ማለት የትግራይ ክልል የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ነው፡፡

3. **የተፈጻሚነት ወሰን፣**

1. የዚህ አዋጅ ተፈጻሚነት በትግራይ ክልል የመንግስት ጽሕፈት ቤቶች ላይ ነው፡፡
2. የትግራይ አስፈጻሚ ኮሚቴ ይህ አዋጅ የሚመለከታቸው የመንግስት ጽሕፈት ቤቶች ዝርዝር በየጊዜው ያወጣል፡፡

4. **ሓላፊነትና ተጠያቂነት፣**

እያንዳንዱ የመንግስት ጽሕፈት ቤት ሓላፊ የዚህ አዋጅና በአዋጁ መሰረት የሚወጡትን ደንቦችና ድንጋጌዎች እሱ በሃላፊነት ጽሕፈት ቤት በሚገባና በተሟላ መንገድ ተግባራዊ መሆናቸው በማረጋገጥ ረገድ ለስራ አስፈጻሚ ኮሚቴ ተጠያቂ ነው፡፡

## ክፍል ሁለት
## የመንግስት ገንዘብ መሰብሰብና ገቢ ስለማድረግ

5. **የተጠቃለለ ፈንድ**

1. በተለየ ሁኔታ እንዲቀመጥ በሕግ ካልተፈቀደ በስተቀር የክልሉ መንግስት ገንዘብ ሁሉ ገቢ የሚደረግበት አንድ የተጠቃለለ ፈንድ ይኖራል፡፡
2. በዓይነት የተሰጠ እርዳታ የፋይናንስ ቢሮ ከሚመለከታቸው የመንግስት ጽሕፈት ቤቶች የሚያገኘውን መረጃ መሰረት በማድረግ በሚወሰነው ዋጋ በተጠቃለለ ፈንድ ይመዘገባል፡፡
3. ቢሮው የተጠቃለለ ፈንድ ይይዛል፣

የመሓድር።

4. እቲ ቢሮ ገንዘብ መንግስቲ ብሽም ዝኾነ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ ዝቅመጠሉ ናይ ባንኪ ሒሳብ ክኸፍት ይኽእል። እዚ ናይ ባንኪ ሒሳብ ኣካል እቲ ዝተጠቃለለ ፈንድ ይኸውን።

6. **<u>ኣተኣኻኽባ ገንዘብ መንግስቲ</u>**

1. ብሕጊ እንተዘይተፈቂዱ ገንዘብ መንግስቲ ምእካብ ኣይከኣልን።
2. ዝኾነ ገንዘብ መንግስቲ ብዘይካ ሕጋዊ ቅብሊት እቲ ቢሮ ምእካብ ኣይከኣልን።
3. ገንዘብ መንግስቲ ክቕበል ወይ ክዓ ክእክብ ስልጣን ዝተዋሃቦ ሰብ ብመሰረት እቲ ቢሮ ዘውፅኦ መምርሒ ገንዘብ ዝተቐበለሉን ኣታዊ ዝገበረሉን ቅብሊት መዝገቡ ይሕዝ።

7. **<u>ብዛዕባ ምቕማጥ ገንዘብ መንግስቲ</u>**

1. ብዘይካ ኣብ ዝተጠቓለለ ፈንድ ተመዝጊቡ ኣብኡ ክምዝተቐመጠ ዝቁፀር ብዓይነት ዝተዋሃበ ሓገዝ ዝኾነ ገንዘብ መንግስቲ ብሽም እቲ ቢሮ ኣብቲ ዝተጠቓለለ ፈንድ ይቕመጥ።
2. ንዝተፈለየ ዕላማ ዝተጠቃለለ ፈንድ ዝተቐመጠ ገንዘብ ነዚ ዕላማ ክውዕል ብመሰረት ዝፈቅድ ኣዋጅ ወፃኢ ኮይኑ ክኽፈል ይኽእል።

8. **<u>ወለድ</u>**

1. ንዝተፈላለየ ዕላማ ኣብ'ቲ ዝተጠቓለለ ፈንድ ዝተቀመጠ ገንዘብ ካብ'ቲ ዝተጠቓለለ ፈንድ ወለድ ክኽፈሎ ይኽእል።
2. ናይ'ቲ ወለድ መጠን እቲ ቢሮ ምስ ናይ ሃገር ናይ ገንዘብ ፖሊሲን ናይ ፌደራል መንግስቲ ፋይናንስ ምምሕዳር ኣዋጅን ብዝጠዓዓም መልክዑ ምስቲ መቐመጢ ኣካል ተመኻኺሩ ብዘቅርቦን ቤት ምኽሪ ክልል ብዘፅድቆን መጠን ይኸውን።
3. ብሽም እቲ ቢሮ ወይ ከዓ ዝኾነ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ብሄራዊ ባንክ ወይ ከዓ ኣብ ንግዲ ባንክታት ኣብ ዝተኸፈቱ ናይ ባንኪ ሒሳባት ኣብ ዝርከብ ተቐማጢ ሒሳብ እቶም ባንክታት ወለድ

ያስተዳድራል።

4. ቢሮው በማንኛውም የመንግስት ጽሕፈት ቤት ስም የመንግስት ገንዘብ የሚቀመጥበትን የባንክ ሒሳብ ሊከፍት ይችላል። ይህም የባንክ ሒሳብ የተጠቃለለ ፈንድ አካል ይሆናል።

6. **<u>የመንግስት ገንዘብ አሰባሰብ</u>**

1. በሕግ እስካልተፈቀደ ድረስ የመንግስት ገንዘብ መሰብሰብ አይቻልም።
2. ማንኛውም የመንግስት ገንዘብ ከቢሮው ህጋዊ ደረሰኝ ውጪ መሰብሰብ አይቻልም።
3. የመንግስት ገንዘብ እንዲቀበል ወይም እንዲሰበስብ ስልጣን የተሰጠው ሰው ቢሮው በሚያወጣው መመሪያ መሰረት ገንዘብ የተቀበለበትንና ገቢ የሚያደርግበትን ደረሰኝ መዝግቦ ይይዛል።

7. **<u>የመንግስት ገንዘብ ስለማስቀመጥ</u>**

1. በተጠቃለለ ፈንድ ተመዝግቦ እንደተቀመጠ የሚቆጠር በዓይነት ከተሰጠ እርዳታ ውጪ ማንኛውም የመንግስት ገንዘብ በቢሮው ስም በተጠቃለለ ፈንድ ይቀመጣል።
2. ለተለየ ዓላማ በተጠቃለለ ፈንድ የሚቀመጥ ገንዘብ ለዚሁ ዓላማ እንዲውል በሚፈቅደው አዋጅ መሰረት ወጪ ሆኖ ሊከፈል ይችላል።

8. **<u>ወለድ</u>**

1. ለተለየ ዓላማ በተጠቃለለው ፈንድ የተቀመጠ ገንዘብ ከተጠቃለለው ፈነድ ወለድ ሊከፈለው ይችላል።
2. የወለዱ መጠን ቢሮው ከሃገሪቱ የገንዘብ ፖሊሲና የፌደራል መንግስት የፋይናንስ አስተዳደር አዋጅ በሚጣጣም መልኩ፣ ከአስቀማጩ አካል ጋር ተመካክሮ በሚያቀርበውና የክልሉ ምክር ቤት በሚያፀድቀው መጠን ይሆናል።
3. በቢሮው ስም ወይም በማንኛውም የመንግስት ጽሕፈት ቤት ስም በኢትዮጵያ ብሄራዊ ባንክ ወይም በንግድ ባንኮች በተከፈቱ የባንክ ሂሳቦች፣ በሚገኝ ተቀማጭ ሒሳቦች ባንኮቹ ወለድ ይከፍላሉ።

ይኽፍሉ።

## ክፍሊ ሰለስተ
## ብዛዕባ ዕዳ ምምሓር፣ ምስራዝን ዝተፈላለዩ ክፍሊታትን

9. **ናይ ዕዳ ምሕረት**
   1. ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ እኹል ምኽንያት ምህላዉ እንትኣምን ካብ ዝግባእ ባዓል ስልጣን ብመሰረት ዝቐርበሉ ርኢቶ ካብ ዝኾነ ግብሪ፣ ኣብኡ ካብዝኽፈል ወይከዓ ዝተኽፈለ ወለድ ሓዊሱ ምሕረት ክገብር ይኽእል።
   2. ብመሰረት ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ዘውፅኦ መምርሒ እቲ ቢሮ ሓላፊ እኹል ምኽንያት ምህላው እንትኣምን ኣብ ልዕሊ ዝኽፈል ወይከዓ ዝተኽፈለ ወለድ ሓዊሱ ኣብ ግብሪ ካብ ዝተገበረ መቕፃዕቲ ምሕረት ክገብር ይኽእል።
   3. ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ እንተፅድቐሉ እቲ ቢሮ ሓላፊ ኣብ ልዕሊ ዝተኽፈለ ወይከዓ ዝኽፈል ወለድ ሓዊሱ ዝኾነ ካሊእ ተኣካቢ ሒሳብ ክምሕር ይኽእል።

10. **ምሕረት ዝግበረሎም ኩነታት**

ብመሰረት ልዕል ኢሉ ኣብ ዓንቀፅ 9 ዝተደንገገ ዝግበር ምሕረት ብሙሉእ ወይ ከዓ ብኽፋል፣ ብገደብ ወይከዓ ብዘይገደብ ኮይኑ፣

ሀ. ታክስ፣ መቕፃዕቲ ወይ ከዓ ካልኦት ተኣከብቲ ሒሳባት ኣታዊ ንምግባር ዋኒኑ ናብ ክሲ እንተተመሪሑ፣ ክሲ ምስተጀመረ ወይ ከዓ ቅድሚ ምጅማሩ፣

ለ. ታክስ፣ መቕፃዕቲ ወይ ከዓ ካልኦት ተኣከብቲ ሒሳባት ብፍርዲ ኣፈፃፅማ ቅድሚ ምኽፋሎም ወይከዓ ምስተኽፈለ

ሐ. ታክስ ወይ ከዓ ካልኦት ተኣከብቲ ሒሳባት ዝምልከት ዝኾነ ጉዳይ ወይ ከዓ ጉዳያት እንተህልዩ፣ ናይ ምክፋል ሓላፊነት ዘኽትሉ ኩነታት ቅድሚ ምብፀሖም ክውሃብ ይኽእል።

11. **ብዛዕባ ዝተኽፈለ ገንዘብ ምምሓር**

ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ወይ ከዓ ካሊእ ኣዋጅ ዝተገበረ ምሕረት ኣብ ዝተኽፈለ ገንዘብ እንተኾይኑ ፣ እቲ ገንዘብ ንዚ ዕላማ ብፍሉይ ካብ ዝተመደበ ሒሳብ ወፃኢ

## ክፍል ሦስት
## ከዕዳ ምሕረት ስማድረግ፣ ዕዳ ለመሰረዝና ስለተለያዩ ክፍያዎች

9. **ከዕዳ ምሕረት ማድረግ**
   1. የስራ አስፈጻሚ ኮሚቴ በቂ ምክንያት መኖሩን ሲያምንና ከሚመለከተው ባለስልጣን በሚቀርብለት አስተያየት መሰረት ከማንኛውም ግብር፣ በዚሁ ላይ ከሚከፈል ወይም ከተከፈለ ወለድ ጭምር ምሕረት ሊያደርግ ይችላል።
   2. የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በሚያወጣው መመሪያ መሰረት የቢሮው ሓላፊ በቂ ምክንያት መኖሩን ሲያምን የሚከፈለውን ወይም የተከፈለውን ወለድ ጨምሮ በግብር ላይ ከሚደረግ መቀጮ ምሕረት ሊያደርግ ይችላል።
   3. የስራ አስፈጻሚ ኮሚቴ ሲያስፀድቅለት የቢሮው ሓላፊ የሚከፈል ወይም የተከፈለ ወለድ ጨምሮ ከማንኛውም የተሰበሰበ ሒሳብ ምሕረት ሊያደርግ ይችላል።

10. **ምሕረት የሚደረግባቸው ሁኔታዎች**

ከላይ በአንቀጽ 9 በተደነገገው መሰረት የሚደረግ ምሕረት ሙሉ በሙሉ ወይም በከፊል፣ በገደብ ወይም ካለገደብ ሆኖ፣

ሀ. ታክስ፣ መቀጮ ወይም ሌሎች ተሰብሳቢ ሒሳቦችን ገቢ ለማድረግ ጉዳዩ ለክስ ከተመራ፣ ክስ ከተጀመረ በኋላ ወይም ከመጀመሩ በፊት፣

ለ. ታክስ፣ መቀጮ ወይም ሌሎች ተሰብሳቢ ሒሳቦች በፍርድ አፈፃፀም ከመከፈላቸው በፊት ወይም ከተከፈሉ በኋላ፣

ሐ. ታክስ ወይም ሌሎች ተሰብሳቢ ሒሳቦችን በሚመለከት ማንኛውም ጉዳይ ወይም ጉዳዮች ሲኖሩ፣ የመክፈል ሃላፊነት የሚያስከትሉ ሁኔታዎች ከመድረሳቸው በፊት ሊሰጥ ይችላል።

11. **የተከፈለ ገንዘብ ምሕረት ስለማድረግ፣**

በዚሁ አዋጅ ወይም በሌላ አዋጅ መሰረት የተደረገ ምሕረት በተከፈለ ገንዘብ ከሆነ፣ ገንዘቡ ለዚሁ ዓላማ በተለይ ከተመደበው ሒሳብ ወጪ ተደርጎ ይከፈላል።

ተገይሩ ይኸፈል።

12.<u>ምሕረት ዝተገበረሉ ዕዳ ሪፖርት ብዛዕባ ምግባር</u>

ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ወይ ከዓ ካሊእ ዝኾነ ኣዋጅ ኣብ ውሽጢ ሓደ ናይ በጀት ዓመት ምሕረት ዝተገበረሉ ዕዳ ብመሰረት እቲ ቢሮ ዝህቦ መምርሒ በቲ በጀት ዓመት ኣብ ዝቐርብ ናይ መንግስቲ ሒሳብ ተጠቓሊሉ ሪፖርት ይግበር

13.<u>ብዛዕባ ዕዳ መሰራዝ</u>

1. ንክልል መንግስቲ ኣታዊ ክኸውን ዝግበኦ ዝኾነ ተኣካቢ ሒሳብ፣ ክፍፀም ዘለዎ ግቡእ ወይከዓ ናይ ይግበኣኒ ሕቶ ብሙሉኡ ወይከዓ ብኸፋል ብዛዕባ ዝስረዘሉ ኩነታት ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ደንቢ ከውፅእ ይኽእል። እዚ ደንቢ
   ሀ. ዝኾነ ተኣካቢ ሒሳብ፣ ግቡእ ወይ ከዓ ናይ ይግበኣኒ ሕቶ ዝስረዘሎም መመዘኒታት፣
   ለ. ዝኾነ ተኣካቢ ሒሳብ፣ ግቡእ ወይ ከዓ ናይ ክፍሊት ሕቶ ቅድሚ ምስራዙ ከማልኡ ዝግበኦም ኩነታትን ክፍፀሙ ዝግበኦም ስነስርዓት ከምኡ'ውን
   ሐ. ብዛዕባ ዝተሰረዙ ተኣከብቲ ሒሳባት፣ ግቡኣትን ናይ ይግበኣኒ ሕቶታትን ክተሓዙ ዝግበኦም መረዳእታታትን መዛግብትን፣ ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል።
2. ናይ ዝኾነ ተኣካቢ ሒሳብ፣ ግቡእ ወይ ከዓ ናይ ይግበኣኒ ሕቶ ምስራዝ ካብቲ ዝተፈቐደ በጀት ናይ ምቕናስ ውፅኢት ዘስዕብ እንተኾይኑ እቲ ዕዳ ክስረዝ ዝኽእል ብበጀት ኣዋጅ ወይ ከዓ ብኻሊእ ዝኾነ ኣዋጅ ብወፃኢ በጀት ተታሒዙ እንተኾይኑ እዩ።
3. ናይ ዝኾነ ተኣካቢ ሒሳብ፣ ግቡእ ወይ ከዓ ናይ ይግበኣኒ ሕቶ ምስራዝ መንግስቲ'ዚ ክልል ነቲ ዕዳ ክምልስ ወይ ከዓ ክእክብ ዘለዎ መሰል ኣይግድቦን።
4. ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ወይ ከዓ ካሊእ ኣዋጅ ኣብቲ ናይ በጀት ዓመት ዝተሰረዘ

12.<u>ምሕረት የተደረገለትን ዕዳ ሪፖርት ስላማድረግ፣</u>

በዚህ አዋጅ ወይም በሌላ ማንኛወም አዋጅ መሰረት በአንድ የበጀት አመት ውስጥ ምሕረት የተደረገለት ዕዳ ቢሮው በሚሰጠው መመሪያ መሰረት በበጀት ዓመቱ በሚቀርበው የመንግስት ሒሳብ ተጠቃልሎ ሪፖርት ይደረጋል።

13.<u>ዕዳ ስለመሰረዝ፣</u>

1. ለክልሉ መንግስት ገቢ ሊሆን የሚገባው ማንኛውም ተሰብሳቢ ሒሳብ፣ መፈጸም ያለበት ግዴታ ወይም የይገባኛል ጥያቄ በሙሉ ወይም በከፊል ስለሚሰረዝበት ሁኔታ የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ደንብ ሊያወጣ ይችላል። ይህ ደንብ፣
   ሀ. ማንኛውም ተሰብሳቢ ሒሳብ፣ ግዴታ ወይም የይገባኛል ጥያቄ የሚሰረዝባቸው መመዘኛዎች
   ለ. ማንኛውም ተሰብሳቢ ሒሳብ፣ ግዴታ ወይም የክፊያ ጥያቄ ከመሰረዙ በፊት ሊሟሉ የሚገባቸው ሁኔታዎችና ሊፈጸሙ የሚገባቸው ስነ ስርዓቶች፣ እንዲሁም
   ሐ. የተሰረዙ ተሰብሳቢ ሒሳቦች፣ ግዴታዎችና የይገባኛል ጥያቄዎችን በተመለከተ ሊያዙ የሚገባቸው መረጃዎችና መዝገቦች የሚያጠቃልል ሊሆን ይችላል።
2. የማንኛውም ተሰብሳቢ ሒሳብ፣ ግዴታ ወይም የይገባኛል ጥያቄ መሰረዝ ከተፈቀደው በጀት ላይ የመቀነስ ውጤት የሚያስከትል ከሆነ፣ ዕዳው ሊሰረዝ የሚችለው በበጀት አዋጅ ወይም በሌላ በወጪ በጀት የተያዘ እንደሆነ ነው።
3. ማንኛውም ተሰብሳቢ ሒሳብ፣ ግዴታ ወይም የይገባኛል ጥያቄ መሰረዝ የክልሉ መንግስት ዕዳውን ለማሰመለስ ወይም ለመሰብሰብ ያለውን መብት አይገድብም።
4. በዚሁ አዋጅ ወይም በሌላ አዋጅ መሰረት በበጀት ዓመቱ የተሰረዘ ተሰብሳቢ

ዝኾነ ተኣካቢ ሒሳብ ግቡእ ወይ ከዓ ካሊእ ናይ ይግበኣኒ ሕቶ ኣብ ውሽጢ ናይቲ በጀት ዓመት ናይ መንግስቲ ሒሳብ ተጠቓሊሉ ሪፖርት ክግበር ኣለዎ።

14.<u>ናይ ግልጋሎት ክፍሊታት</u>

1. ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ እዚ ክልል ብዛዕባ ኣብያተ ፅሕፈት መንግስቲ ንዘቕረብዎ ኣቕሓ፣ ንዝህብዎ ግልጋሎትን ንግልጋሎት መውሃብቲን ዘኽፍልዎ ዋጋ መጠን ደንቢ ከውፅእ ይኽእል።

2. ብዛዕባ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተዘርዘሩ ዋኒናት ካሊእ ኣዋጅ ፍሉይ ስልጣን እንተሂቡ ኣብዚ ንኡስ ዓንቀፅ ዝተመልከተ ተፈፃምነት ኣይህልዎን።

## ክፍሊ ኣርባዕተ
## በጀት

15.<u>ናይ ኣቀራርባ ስርዓትን ጣሪያን/ወሰን/</u>

1. እቲ ቢሮን ቢሮ ፕላንን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ምስ ዝምልከቶ ባዓል ስልጣን መንግስቲ ብምምኻር ብዛዕባ ዓመታዊ በጀት ዝቐረበሉን ንሕድሕድ ናይ በጀት ሕቶ መበገሲ ክኸውን ብዛዕባ ዝግበአ ላዕለዋይ ናይ ገንዘብ መጠን ናይ በጀቲ ኣቀራርባ ስርዓት ይቐርፁ።
2. ቢሮ ፕላንን ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ብዛዕባ ተኸታታላይ ዓመታት ናይ መንግስቲ ኢንቨስትመንት ፕሮግራማት ኣቀራርባ ስርዓት ይምስርት።

16.<u>ብዛዕባ ምፅዳቕን ምፍላጥን በጀት</u>

ንቲ ዓመት ዝተፈቐደ በጀት እስካዕ ሰነ 30 መዓልቲ ብቤት ምኽሪ ፀዲቑ ኩሎም ኣብያተ ጽሕፈት መንግስቲ እስካዕ ሓምለ 7 ክፈልጥዎ ይግበር።

17.<u>ናይ በጀት ዝውውር</u>

1. ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ብዘውፅኦ ደንቢ መሰረት ካብ ስሩዕ በጀት ናብ ካፒታል በጀት ምዝዋር ይካኣል።
2. ካብ ካፒታል በጀት ናብ ስሩዕ በጀት ምዝዋር ኣይከኣልን።

18.<u>ኣብ ውሽጢ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ ዝግበር</u>

ሒሳብ፣ ግዴታ ወይም ሌላ የይገባኛል ጥያቄ በበጀት ዓመቱ የመንግስት ሒሳብ ውስጥ ተጠቃልሎ ሪፖርት መደረግ አለበት።

14.<u>የአገልግሎት ክፍያዎች</u>

1. የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ፣ የመንግስት ጽሕፈት ቤቶች ለሚያቀርቡት ዕቃ፣ ለሚሰጡት አገልግሎትና ለአገልግሎት መስጫዎች የሚያስከፍሉትን የዋጋ መጠን በተመለከተ ደንብ ሊያወጣ ይችላል።
2. በዚሁ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 የተዘረዘሩት ጉዳዮች በተመለከተ፣ ሌላ አዋጅ ልዩ ስልጣን ከሰጠ በዚሁ ንኡስ አንቀጽ የተመለከተው ተፈፃሚነት አይኖረውም።

## ክፍል አራት
## በጀት

15.<u>የአቀራረብ ስርዓትና ጣሪያ</u>

1. ቢሮውና የፕላንን የኢኮኖሚ ልማት ቢሮ ከሚመለከታቸው የመንግስት ባለስልጣን በመመካከር ዓመታዊ በጀት ስለሚቀርብበትና ለያንዳንዱ የበት ጥያቄ መነሻ ሊሆን ስለሚቻለው ከፍተኛው የገንዘብ መጠን በተመለከተ የበጀት አቀራረብ ስርዓት ይቀርፃሉ።
2. የፕላንና የኢኮኖሚ ልማት ቢሮ ተከታታይ ዓመታት የመንግስት የኢንቨስትመንት ፕሮግራሞች የአቀራረብ ስርዓት ይመሰርታል።

16.<u> በጀት ስለማጽደቅና ስለማሳወቅ</u>

ለዓመቱ የተፈቀደው በጀት እስከ ሰኔ 30 ቀን በምክር ቤቱ ፀድቆ፣ ሁሉም የመንግስት ጽሕፈት ቤቶች እስከ ሐምሌ 7 ቀን እንዲያውቁት ይደረጋል።

17.<u>የበጀት ዝውውር</u>

1. የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በሚያወጣው ደንብ መሰረት ከመደበኛ በጀት ወደ ካፒታል በጀት ማዛወር ይቻላል።
2. ከካፒታል በጀት ወደ መደበኛ በጀት ማዛወር አይቻልም።

18.<u>በመንግስት ጽሕፈት ቤት ውስጥ የሚደረግ</u>

**ናይ በጀት ዝውውር**

1. ኣብ ውሽጢ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ ዝግበር ናይ በጀት ዝውውር ስሩዕ በጀት ኣብ ዝምልከቱ ዋና ናይ ሒሳብ መደባት ዝግበር እንተኾይኑ ሓላፊ እቲ ቢሮ በጀት ንምዝዋር ዘለዎ ስልጣን ኣግባብ ንዘለዎ ናይ መንግስቲ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ሓላፊ ብውክልና ክህብ ይኽእል።
2. ሓላፊ ቢሮ ፕላንን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን በጀት ካብ ሓደ ናይ ካፒታል ፕሮጀክት ናብ ካሊእ ናይ ካፒታል ፕሮጀክት ንምዝዋር ዘለዎ ስልጣን ኣግባብ ንዘለዎ ላዕለዋይ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ ብውክልና ክህብ ይኽእል።

19.**ኣብ መንጎ ኣብያተ ፅሕፈት መንግስቲ ዝግበር ናይ በጀት ዝውውር**

ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ብዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ናይ ሓደ ቤት ጽሕፈት መንግስቲ መደበኛ ይኹን ካፒታል በጀት ናብ ካሊእ ቤት ጽሕፈት መንግስቲ መደበኛ ይኹን ካፒታል በጀት ንክዛወር ክፈቅድ ይኽእል።

ሀ. ብምኽንያት ኣብ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ ዝፀደቐ ናይ መዋቕር ለውጢ ወይ ከዓ ዝተገበረ ናይ ስራሕ ሓላፍነት መመሓየሺ ናይ በጀት ዝውውር ምግባር ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ፣

ለ. ኣብ ሓደ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ ዘጋጠመ ሕፅረት ካፒታል በጀት ንምቅላል ንኻሊእ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ ዝተፈቐደ ካፒታል በጀት ብምዝዋር ምጥቃም ኣድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡን እዚ ተወሳኺ በጀት ዘድለየ ቅድም ኢሉ ንዝተፈቐደ ካፒታል በጀት ምዃኑ እንትረጋገፅ፣

20.**ንሃንደበታዊ ወፃኢ ዝግበር ናይ በጀት ዝውውር**

ኣብ ናይቲ ዓመት ናይ በጀት ኣዋጅ ዝተቐመጠ ዝኾነ ገደብ ከምዘሎ ኮይኑ፣ ኣብ ስራሕ ዘሎ ናይ በጀት ዓመት ናይ ስራሕ ምንቅስቃስ ብጣዕሚ ህፁፅን ኣብ እዋን

**የበጀት ዝውውር**

1. በመንግስት ጽሕፈት ቤት ውስጥ የሚደረግ የበጀት ዝውውር፣ መደበኛ በጀትን በሚመለከቱ ዋና የሒሳብ መደቦች ላይ የሚደረግ ከሆነ የቢሮው ሓላፊ፣ በጀት ለማዛወር የተሰጠውን ስልጣን አግባብ ላለው የመንግስት ጽሕፈት ቤት የበላይ ሓላፊ በውክልና ሊሰጥ ይችላል።
2. የፕላንና የኢኮኖሚ ልማት ቢሮ ሓላፊ በጀትን ከአንድ የካፒታል ፕሮጀክት ወደ ሌላ የካፒታል ፕሮጀክት ለማዛወር የተሰጠውን ስልጣን አግባብ ላለው የመንግስት ጽሕፈት ቤት የበላይ ሃላፊ በውክልና ሊሰጥ ይችላል።

19.**በመንግስት ጽሕፈት ቤቶች መካከል የሚደረግ የበጀት ዝውውር**

የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በሚከተሉት ምክንያቶች የአንድ የመንግስት ጽሕፈት ቤት መደበኛ ወይም ካፒታል በጀት ወደ ሌላ የመንግስት ጽሕፈት ቤት መደበኛ ወይም ካፒታል በጀት እንዲዛወር ሊፈቅድ ይችላል።

ሀ. በመንግስት ጽሕፈት ቤት የፀደቀ የመዋቅር ለውጥ ወይም በስራ ሓላፊነት ላይ ማሻሻያ በመደረጉ ምክንያት የበጀት ዝውውር አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ፣

ለ. በአንድ የመንግስት ጽሕፈት ቤት ያጋጠመ የካፒታል በጀት እጥረት ለማቃለል፣ ለሌላ የመንግስት ጽሕፈት ቤት የተፈቀደ የካፒታል በጀት በማዘዋወር መጠቀም አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝና ይህም ተጨማሪ በጀት ያስፈለገው ቀደም ሲል ለተፈቀደ የካፒታል በጀት መሆኑን ሲረጋገጥ።

20.**ለድንገተኛ ወጪ የሚደረግ የበጀት ዝውውር**

በዓመቱ የበጀት አዋጅ የተቀመጠው ማንኛውም ገደብ እንዳለ ሆኖ፣ ለበጀት ዓመቱ የስራ እንቅስቃሴ በጣም አስቸኳይና በዓመቱ በጀት ዝግጅት ጊዜ ያልታሰበ ተጨማሪ ገንዘብ ሲጠየቅ የስራ አስፈፃሚ

ናይቲ ዓመት በጀት ምድላው ዘይተሓሰበ ተወሳኺ ገንዘብ እንትሕትት ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ንሃንበደታዊ ወፃኢ ካብ ዘተተሓዘ በጀት ንቲ ብተወሳኺ ዘተሓተተ ወፃኢ ዝኸውን በጀት ከዛውር ይኽእል።

21.ተወሳኺ በጀት

ቤት ምኽሪ ክልል ብመሰረት ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ዘቕረቦ ናይ ውሳነ ሓሳብ ተወሳኺ በጀት ክፈቅድ ይኽእል።

22.ናይ በጀት ምፅዳቕ ምድንጓይ

1. ቤት ምኽሪ ክልል ኣብ መጀመርታ ናይቲ በጀት ዓመት ናይቲ ዓመት በጀት ከየፅደቐ እንተተሪፉ እስካብ ዘፅድቕ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝፀደቐ ስሩዕ በጀት በቢወርሒ እናተርኣየ ክፍፀም ይገብር።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተመልከተ እንተሃለወ'ውን እቲ ቢሮ ቕድም ክብል ንዝተፈቐዱ ናይ ካፒታል ፕሮጀክትታት ክፍሊት ክፍፅም ዝኽእል ምስ ቢሮ ፕላንን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ብምምኽኻር ይኸውን።

ክፍሊ ሓሙሽተ

ናይ መንግስቲ ገንዘብ ክፍሊት

23.ብዛዕባ ክፍሊት ካብ ዝተጠቓለለ ፈንድ ምፍፃም

1. ኣብ ዓንቀፃት 19ን 22 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ብበጀት እንተዘይፈቒዱ ካብ ዝተጠቓለለ ፈንድ ክፈሊት ምፍፃም ኣይከኣልን።
2. እቲ ቢሮ እንተዘይኣፅዲቕዎ ካብቲ ዝተፈቐደ በጀት ክፍሊት ምፍፃም ወይ ከዓ ናይ ክፍሊት ግቡእ ምእታው ኣይከኣልን።

24.ናይ ክፍሊት ገደብ

ብመሰረት ኣብ'ዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 17-22 ዝተደንገገ እንተዘይኾይኑ ኣብ ውሽጢ ሓደ ናይ በጀት ዓመት ኣብ'ቲ ናይ በጀት ኣዋጅ ንዝተመልከቱ ኣብያተ ፅሕፈት መንግስቲ ንክኽፈል ካብ ዝተፈቐደ ገንዘብ ብላዕሊ ክፍሊት ምፍፃም ኣይከኣልን።

25.ብዛዕባ ግቡእ ምእታው

1. ብላዕለዋይ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ

ኮሚቴው ለድንገተኛ ወጪ ከተያዘ በጀት ውስጥ በተጨማሪ ለተጠየቀው ወጪ የሚሆን በጀት ማዛወር ይችላል።

21.ተጨማሪ በጀት

የክልሉ ምክር ቤት የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የሚያቀርበውን የውሳኔ ሓሳብ መሰረት ተጨማሪ በጀት ሊፈቅድ ይችላል።

22.በጀትን ለማፅደቅ ስለመዘገየት

1. የክልሉ ምክር ቤት በመጀመሪያ የበጀት ዓመት የዓመቱን በጀት ሳያጸድቅ ከቀረ እስከሚጸድቅ ድረስ ባለፈው ዓመት የጸደቀውን መደበኛ በጀት በየወሩ እየታየ እንዲፈጸም ያደርጋል።
2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 የተመለከተውን ቢኖርም ቢሮው ቀደም ሲል ለተፈቀዱ የካፒታል ፕሮጀክቶች ክፍያ ሊፈጽም የሚችለው ከፕላንና ኢኮኖሚ ልማት ቢሮ ጋር በመመካከር ይሆናል።

ክፍል አምስት

የመንግሰት ገነዘብ ክፍያ

23.ክፍያን ከተጠቃለለ ፈንድ ስለመፈጸም፤

1. በአንቀጾች 19ና 22 የተደነገገው እንዳለ ሆኖ የትግራይ ምክር ቤት በበጀት ካልፈቀደ በቀር ከተጠቃለለው ፈንድ ክፍያ መፈጸም አይቻልም።
2. ቢሮው ካላጸደቀው በስተቀር ከተፈቀደው በጀት ክፍያ መፈጸም ወይም የክፈያ ግዴታ መግባት አይቻልም።

24.የክፍያ ገደብ፤

በዚህ አዋጅ ከአንቀጽ 17-22 በተደነገገው መሰረት ካልሆነ በስተቀር በአንድ የበጀት ዓመት ውስጥ በበጀት አዋጅ ለተመለከቱት የመንግስት ጽሕፈት ቤቶች እንዲከፈል ከተፈቀደው ገንዘብ በላይ ክፍያ መፈጸም አይቻልም።

25.ግዴታ ስለመግባት፤

1. የመንግስት ጽሕፈት ቤት የበላይ ሓላፊ

ወይ ከዓ ንሱ ብዝውክሎ ሰብ ብፅሑፍ እንተዘይተሓቲቱ ንቲ ቤት ጽሕፈት ካብ ዝተፈቐደ በጀት ክፍሊት ንምፍፃም ግቡእ ምእታው ኣይከኣልን።

2. ዝኾነ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ ኣብ'ቲ ናይ በጀት ዓመት ዝበፅሕ ዝኾነ ዕዳ ንምኽፋል ዘኽእል እኹል በጀት እንተዘይሃልዩዎ ኣብ ውሽጢ እቲ በጀት ዓመት ክፍሊት ዝሓትት ስምምዕ ወይ ከዓ ካሊእ ዝኾነ ዓይነት ግቡእ ክኣቱ ኣይኽእልን።
3. እቲ ቢሮ ንሕድሕድ ናይ ሒሳብ መደብ ዝተኣተወሉ ናይ ፋይናንስ ግቡእ ንምቁፅፃር ዘኽእሉ ስርዓትን ዝምዝግበሉ ቅጥዒን የውፅእ።
4. ላዕለዋይ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ እቲ ቢሮ ናይ ሒሳብ መደብ ዝተኣተወሉ ናይ ፋይናንስ ግቡእ ንምቁፅፃር ዘኽእል መዝገብ ይትሕዝ።/ክተሓዝ ይገብር/

**26.ንኣቕሑን ግልጋሎታትን ዝግበር ክፍሊት**

1. ዝቐርብ ካብ ዝግበኦ ናይ ወፃኢ ዝርዝር ወይ ከዓ ናይ ክፍሊት መረጋገፂ ብተወሳኺ ላዕለዋይ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ ወይ ከዓ ንሱ ዝወከሎ ሰብ እዞም ዝስዕቡ እንተዘየረጋገፁ ክፍሊት ክፍፀም ኣይኽእልን።

ሀ. ዝተሰርሑ ስራሕቲ፣ ናይ ኣቕሓን ግልጋሎትን ቐረብ ክፍሊታት ብዝምልከት እንተኾነ፣

I. እቲ ስራሕ ምውዱኡ፣ ኣቕሓ ምቕራቡ ወይ ከዓ ግልጋሎት ክምዝተዋሃበን እቲ ዋጋ ብመሰረት እቲ ስምምዕ ዝተሓተተ ምዃኑ፣ ኣብ ስምምዕነት እንተዘይተገሊፁ ድማ ተቐባልነት ዘለዎ ምዃኑ፣

II. ብመሰረት ኣብቲ ስምምዕ ዝተኣተወ ግቡእ እቲ ክፍሊት ዝፍፀም ስራሕ ቕድሚ ምውዱኡ፣ ኣቕሓ ቕድሚ ምቕራቡን፣ ግልጋሎት ቅድሚ ምወሃቡን እንተኾይኑ እቲ ክፍሊት ብመሰረት እቲ ስምምዕ ዝተሓተተ ምዃኑ ወይከዓ

III. ብመሰረት እቲ ቢሮ ብዘውፅኦ ስርዓት መረጋገፂ ቕድሚ ምርካቡ ክፍሊት ክፍፀም ዝግበኦ እንተኾይኑ እቲ ሕቶ ተቐባልነት ዘለዎ

ወይም እሱ የሚወክለውን ሰው በጽሑፍ ካልጠየቀ በስተቀር ለጽሕፈት ቤቱ ከተፈቀደ በጀት ክፍያ ለመፈጸም ግዴታ መግባት አይቻልም።

2. ማንኛውም የመንግስት ጽሕፈት ቤት በበጀት ዓመቱ ውስጥ የሚደርስ ማናቸውም ዕዳ ለመክፈል የሚያስችል በቂ በጀት ካልኖረው በስተቀር በበጀት ዓመቱ ክፍያን የሚጠይቅ ስምምነት ወይም ሌላ ዓይነት ግዴታ ሊገባ አይችልም።
3. ቢሮው ለያንዳንዱ የሂሳብ መደብ የተገባለትን የፋይናንስ ግዴታ ለመቆጣጠር የሚያስችለው ስርዓትና የሚመዘግብበት ቅጽ ያወጣል።
4. የመንግስት ጽሕፈት ቤት የበላይ ሓላፊ ቢሮው በሚያወጣው ቅጽ መሰረት ለያንዳንዱ የሂሳብ መደብ የተገባለትን የፋይናንስ ግዴታ ለመቆጣጠር የሚያስችለው መዝገብ ይይዛል(እንዲያዝ ያደርጋል)።

**26.ለዕቃው አገልግሎት የሚደረግ ክፍያ**

1. ሊቀርብ ከሚገባው የወጪ ዝርዝር ወይም የክፊያ ማረጋገጫ በተጨማሪ የመንግስት ጽሕፈት ቤት የበላይ ሓላፊ ወይም እሱ የወከለውን ሰው የሚከተሉትን ካላረጋገጠ በስተቀር ክፍያ ሊፈጽም አይችልም።

ሀ. የተሰሩ ሥራዎች፣ የዕቃና አገልግሎት አቅርቦት ክፍያዎች በሚመለከት ሲሆን፣

I. ሥራው መጠናቀቁ፣ ዕቃ መቅረቡ ወይም አገልግሎት መሰጠቱንና ዋጋው በስምምነቱ መሰረት የተጠየቀ መሆኑን፣ በስምምነቱ ላይ ካልተገለፀም ተቀባይነት ያለው መሆኑን፣

II. በስምምነቱ በተገባው ግዴታ፣ መሰረት ክፍያው የሚፈፀመው ስራው ከመጠናቀቁ ዕቃ ከመቅረቡና፣ አገልግሎት ከመሰጠቱ በፊት ከሆነ፣ ክፍያው በስምምነቱ መሰረት የተጠየቀ መሆኑን፣ ወይም

III. ቢሮው በሚያወጣው ስርዓት፣ መሰረት ማረጋገጫ ከመገኘቱ በፊት ክፍያ መፈጸም ያለበት ሲሆን ጥያቄው ተቀባይነት ያለው መሆኑን፣

ምኺኑ፣

ለ. ካብ'ዚ ወፃኢ ዝግበር ዝኾነ ክፍሊት እንትኾን እቲ ዝኽፈሎ ሰብ ክፍሊት ክረክብ ዝግበኦ ምኺኑ፣

2. እቲ ቢሮ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ክማላእ ዝግበኦ ናይ ምርግጋፅን ምፅራይን ኣፈፃፅማ ስርዓት ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዘኽእል መምርሒ ከውፅእ ይኽእል።

27.**ኣብ መወዳእታ እቲ በጀት ዓመት ዝውሃብ ተወሳኺ ጊዜ፣**

ሕድሕድ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ እቲ በጀት ዓመት ምስተወደአ ዝቐረበሉ ናይ ክፍሊት ሕቶ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፣

ሀ. እቲ በጀት ዓመት ቕድሚ ምውድኡ ንዝተኣዘዙን ንዝተረከቦምን ኣቑሑ

ለ. እቲ ናይ በጀት ዓመት ቕድሚ ምውድኡ ንዝተኣዘዙን ንዝተዋሃቡን ግልጋሎታት

ሐ. እቲ ናይ በጀት ዓመት ቕድሚ ምውድኡ ዝኾነ ናይ መኽፈሊ ጊዜኡ ዝበፅሐ ወይ ከዓ ብመሰረት ብውዕሊ ዝተገበረ ግቡእ ክኽፈል ዝግበኦ መዋጮ ወይ ከዓ ካሊእ ተመሳሳሊ ግቡእ፣ ክኽፍል ይግበኦ።

**ክፍሊ ሽዱሽተ**

**ምምሕዳር ኣብ ስራሕ ዘይወዓለ በጀት**

28.**ኣብ ስራሕ ዘይወዓለ በጀት**

1. ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 27 ዝተመልከተ ከምኡ'ውን እቲ ቢሮ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ዘውፅኦ መምርሒ ከምዝተሓለወ ኮይኑ፣ ንቲ በጀት ዓመት ዝተፈቐደን ወፃኢ ከይኮነ ወይ ከዓ ኣብ ስራሕ ከይወዓለ ዝተረፈ ሒሳብ ኩሉ ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ተሪፉ ናብቲ ቢሮ ናይ ትሬዠር ሒሳብ ፈሰስ ይግበር።

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን ናይ ሓገዝን ልቓሕን ሒሳብ ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተጠቓለለ ፈንድ ኮይኑ ከም ኣድላይነቱ ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ክቕፅል ይኽእል።

29.**ቅድሚያ ክፍሊት**

ኣብ መወዳእታ እቲ ዝተውሃበሉ ናይ በጀት ዓመት ዘይተመለሰ፣ ዘይተወራረደ ወይ ከዓ ዘይተተከአ ዝኾነ ናይ ቅድሚያ ሒሳብ በቲ

ለ. ከዚህ ውጪ የሚደረግ ማንኛውም ክፍያ፣ ሲሆን የሚከፈለው ሰው ክፊያውን ለማግኘት የሚገባው መሆኑን፣

2. ቢሮው በዚሁ አንቀጽ መሰረት ሊሟላ የሚገባውን የማረጋገጥና የማጣራት አፈጻጸም ስርዓት በተግባር ላይ ለማወዋል የሚያስችል መመሪያ ሊያወጣ ይችላል።

27.**በበጀት ዓመቱ መጨረሻ የሚሰጥ የችሮታ ጊዜ**

እያንዳንዱ የመንግስት ጽሕፈት ቤት የበጀት ዓመት ካለቀ በኋላ ለቀረበለት የክፍያ ጥያቄ በ30 ቀናት ውስጥ፣

ሀ. የበጀት አመቱ ከመጠናቀቁ በፊት ለታዘዙና ለተረከባቸው እቃዎች

ለ. የበጀት አመቱ ከመጠናቀቁ በፊት የታዘዙና የተሰጡ አገልግሎቶች፣ እንዲሁም፣

ሐ. የበጀት አመቱ ከማብቃቱ በፊት ማንኛውም የክፍያ ጊዜው የደረሰ ወይም በውል በተገባው ግዴታ መሰረት መከፈል ያለበትን መዋጮ ወይም ሌላ ተመሳሳይ ግዴታ መክፈል አለበት።

**ክፍል ስድስት**

**ስራ ላይ ያልዋለ በጀት ስለማስተዳደር**

28.**ስራ ላይ ያልዋለ በጀት**

1. በዚህ አዋጅ አንቀጽ 27 የተመለከተውን እንዲሁም ቢሮው ጉዳዩን አስመልክቶ የሚያወጣው መመሪያ እንደተጠበቀ ሆኖ፣ ለበጀት ዓመቱ የተፈቀደ እና ወጪ ሳይሆን ወይም በስራ ላይ ሳይውል የቀረ ሂሳብ ሁሉ ስራ ላይ መዋሉ ቀርቶ ለቢሮው የትሬዠሪ ሂሳቡ ፈሰስ ይደረጋል።

2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው ቢኖርም የእርዳታና የብድር ሂሳብ በተጠቃለለው ፈንድ ውስጥ ሆኖ እንደየአስፈላጊነቱ ስራ ላይ መዋሉን ሊቀጥል ይችላል።

29.**የቅድሚያ ክፍያ**

በበጀት አመቱ መጨረሻ ያልተመለሰ፣ ያልተወራረደ፣ ወይም ያልተተካ ማንኛውም የቅድሚያ ሂሳብ በአመቱ ከሚቀርበው

ዓመት ምስ ዝቐርብ ናይ መንግስቲ ሒሳብ ተጠቓሊሉ ሪፖርት ክግበር ይግበኦ።

30.<u>ብዛዕባ ምስትታይ/ምክእኣል/</u>

ዝኾነ ናይ ቕድሚያ ክፍሊት ሒሳብ ብመሰረት እዚ ዓይነት ክፍሊት ዝእዝዞ ደንቢ ብሙሉእ ወይ ከዓ ብኸፋል ዘይተኸፈለ፣

ሀ. ብዘይካ ናይ ጡረታ ኣበል ናይ ቕድሚያ ክፍሊት ንዝወስድ ሰብ ብክልል መንግስቲ ካብ ዝኸፈሎ ዝኾነ ገንዘብ፣

ለ. እቲ ናይ ቕድሚያ ክፍሊት ዝወሰደ ሰብ እንተሞይቱ ብዘይካ ናይ ጥሮታ ኣበል ናይ ክልል መንግስቲ ንወረስቱ ካብ ዝኸፍሎ ዝኾነ ገንዘብ ተቐናሲ ክግበር ይኽእል።

31.<u>ናይ ወፃኢ ተመላሲ</u>

ኣብ ውሽጢ እቲ ናይ በጀት ዓመት መንግስቲ እዚ ክልል ዝተቐበሎ ዝኾነ፣

1. ናይ ወፃኢ ተመላሲ፣
2. ናይ ቕድሚያ ክፍሊት ተመላሲ፣
3. ብምብላፅ ናይ ዝተኸፈለ ገንዘብ ተመላሲ፣
4. ኣብ ተመላሲ ሒሳብ፣ ተመላሲ ታክሲ ወይ ከዓ ኣብ ክፍሊት ብዝግበር ናይ ዋጋ ምስትኽኻል ምኽንያት ዝርከብ ተመላሲ ሓዊሱ፣
5. ናይ ጉድኣት ካሕሳ ስለዝተኸፈለ ዝተረኸበ ገንዘብ ወይ ከዓ፣
6. ኣብ ልዕሊ ሃብቲ ቤት ፅሕፈት መንግስቲ ዝበፅሐ ጉድኣት ወይ ከዓ ኪሳራ ንክትካእ ብዝቐረበ ሕቶ ዝርከብ ገንዘብ፣ ቕድም ክብል ነዚ ዋኒን ዝተገበረ ወፃኢ ወይ ከዓ ናይ ቕድሚያ ክፍሊት ሒሳብ ብዝተትሓዘሉ ናይ በጀት ርእሲ ኣታዊ ኮይኑ ክምዝገብ ይግባእ።

## <u>ክፍሊ ሸውዓተ</u>
## <u>ዕዳ መንግስቲ ክልል</u>

32.<u>ናይ ምልቃሕ ስልጣን</u>

ፌደራል መንግስቲ ዝውስኖ ናይ ልቓሕ ገደብ ከምኡ'ውን ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 34፣ 35ን 36ን ዝተደንገገ ዝተሓለወ ኮይኑ፣ ቤት ምኽሪ ክልል እንተዘይፈቒዱ ብመንግስቲ ክልል ወይ ከዓ ብሽም መንግስቲ ክልል

የመንግስት ሂሳብ ጋር ተጠቃልሎ ሪፖርት መደረግ አለበት።

30.<u>ስለ ማቻቻል</u>

ማንኛውም የቅድሚያ ክፍያ ሂሳብ እንዲህ ያለውን ክፍያ በሚያዘው ደንብ መሰረት በሙሉ ወይም በከፊል ያልተከፈለ፣

ሀ. ከጡረታ አበል በስተቀር የቅድሚያ ክፍያን የሚወስድ ሰው በክልሉ መንግስት ከሚከፈል ማንኛውም ገንዘብ፣

ለ. የቅድሚያ ክፊያ የወሰደ ሰው ሞቶ እንደሆነ ከጥሮታ አበል በስተቀር የክልሉ መንግስት ለወራሾች ከሚከፍለው ማንኛውም ገንዘብ ተቀናሽ ማድረግ ይችላል።

31.<u>የወጪ ተመላሽ</u>

በበጀት ዓመቱ ውስጥ የክልሉ መንግስት የተቀበለው ማንኛውም፣

1. የወጪ ተመላሽ፣
2. የቅድሚያ ክፍያ ተመላሽ
3. በብልጫ የተከፈለ ገንዘብ፣ ተመላሽ
4. በተመላሽ ሂሳብ፣ ተመላሽ ታክስ ወይም በክፍያ የሚደረግ የዋጋ ማስተካከያ ምክንያት የሚገኝ ተመላሽ ጨምሮ፣
5. የጉዳት ካሳ በመከፈሉ የተገኘ ገንዘብ፣ ወይም
6. በመንግስት ጽሕፈት ቤት ሃብት ላይ የደረሰው ጉዳት ወይም ኪሳራ እንዲተካ በቀረበ ጥያቄ የሚገኝ ገንዘብ፣ ቀደም ሲል ለዚሁ ተግባር የተደረገ ወጪ ወይም የቅድሚያ ክፍያ ሂሳብ በተያዘለት የበጀት አርእስት ገቢ ሆኖ መመዝገብ አለበት።

## <u>ክፍል ሰባት</u>
## <u>የክልሉ መንግስት ዕዳ</u>

32.<u>የማበደር ስልጣን</u>

የፌዴራል መንግስት የሚወስነው የብድር ገደብ እንዲሁም በዚሁ አዋጅ አንቀጽ 34፣ 35ና 36 የተደነገገ እንደተጠበቀ ሆኖ፣ የክልሉ ምክር ቤት ካልፈቀደ በስተቀር በክልሉ መንግስት ወይም በክልሉ መንግሰት

ገንዘብ ምልቃሕ ወይከዓ ውሕስና ምሃብ ኣይከኣልን።

33.**ገንዘብ ናይ ምእካብ ስልጣን**

1. ብመንግስቲ ክልል ወይ ከዓ ብሽም መንግስቲ ክልል ገንዘብ ናይ ምእካብ ስልጣን እንትውሃብ፣ ገንዘብ ንምእካብ ኣብ ዝፈቅድ ኣዋጅ ዝተመልከተ ሕልው ኮይኑ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ እቲ ገንዘብ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ብቀጥታ ምልቃሕ፣ ወይ ከዓ ብውሕስና ሰነድ ንክእከብ ክፈቅድ ይኽእል።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተመልከተ ንምፍፃም ምእንታን ክኽእል ሓላፊ እቲ ቢሮ ወይ ከዓ ንሱ ዝውክሎ ካሊእ ባዓልስልጣን እቲ ቢሮ እዞም ዝስዕቡ ንክፍፅም ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ስልጣን ይህቦ።

ሀ. እቲ ሰነድ ዝወፀሉን እቲ ዕዳ ዝኽፈለሉ ዕለት ከምኡ'ውን ናይ'ቲ ዕዳ ኣከፋፍላን ናይ ወለድ መጠንን ንምውሳን፣

ለ. ናይ ውሕስና ሰነዳት ከም ኣድላይነቱ ንምሻጥ፣

ሐ. ናይ ቀጥታ ልቓሕ ወይ ከዓ ናይ ውሕስና ሰነዳት ምውፃእን ምሻጥን ብዝምልከት ስምምዕነት ንምፍፃም፣ ተመሊስካ ንምድርዳር፣

መ. ብሓላፊ እቲ ቢሮ ተቐባልነት ብዘለዎም ናይ ውዕሊ ቃላትን ኩነታትን እቲ ናይ ልቃሕ ገንዘብ ብኽፋል ወይ ከዓ ብሙሉእ ተመሊስካ ንክትለቅሕ፣

34.**ቐጥታ ልቓሓትን ናይ ውሕስና ሰነዳትን ንምኽፋል ብዛዕባ ዝውሰድ ልቓሕ፣**

ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 37 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኾይኑ ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ናይ ክፍሊት ጊዜኡ ዝኣኸለ ወይ ከዓ ተመሳሲ ክግበር ሕቶ ዝቐረበሉ ናይ ቐጥታ ልቓሕ ወይ ከዓ ናይ ውሕስና ሰነድ ክፍሊት ንምፍፃም ዘኽእል ገንዘብ ንክልቃሕ ንቲ ቢሮ ሓላፊ ፍቓድ ክህብ ይኽእል።

35.**ንቲ ዝተጠቓለለ ፈንድ ምምሕዳር ብዛዕባ ዝውሰድ ልቓሕ**

ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ፣ እቲ ቢሮ

ስም ገንዘብ መበደር ወይም ዋስትና መስጠት አይቻልም።

33.**ገንዘብ የመሰብሰብ ስልጣን**

1. በክልሉ መንግሰት ወይም በክልሉ መንግስት ስም ገንዘብ የማሰባሰብ ስልጣን ሲሰጥ ገንዘብ ለመሰብሰብ በሚፈቅደው አዋጅ የተመለከተውን እንደተጠበቀ ሆኖ የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በዚሁ አዋጅ መሰረት ገንዘቡ በሙሉ ወይም በከፊል፣ በቀጥታ ብድር፣ ወይም በዋስትና ሰነድ እንዲሰበሰብ ሊፈቅድ ይችላል።
2. በዚሁ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 የተመለከተውን ለመፈጸም እንዲችል የቢሮው ኃላፊ ወይም እሱ የሚወክለው ሌላ የቢሮው ባለስልጣን የሚከተሉትን እንዲፈፅም የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴው ሥልጣን ይሰጠዋል።

ሀ. ሰነዱ የሚወጣበትንና ዕዳው የሚከፈልበት ቀን እንዲሁም የዕዳው አከፋፈልና የወለድ መጠን ለመወሰን፣

ለ. የዋስትና ሰነዶች እንደአስፈላጊነቱ ለመሸጥ፣

ሐ. የቀጥታ ብድር ወይም የዋስትና ሰነዶችን ማውጣትና መሸጥን በተመለከተ ስምምነት ለመፈፀም፣ እንደገና ለመደራደር፣

መ. በቢሮው ሓላፊ ተቀባይነት ባላቸው የውል ቃሎችና ሁኔታዎች የብድሩን ገንዘብ በከፊል ወይም በሙሉ ለማበደር፣

34.**ቀጥታ ብድሮችና የዋስትና ሰነዶች ለመክፈል ስለሚወሰደው ብድር**

በዚሁ አዋጅ ዓንቀፅ 37 የተደነገገው እንዳለ ሆኖ የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የክፍያው ጊዜ የደረሰ ወይም ተመላሽ እንዲደረግ ጥያቄ የቀረበበት የቀጥታ ብድር ወይም የዋስትና ሰነድ ክፍያ ለመፈፀም የሚያስችል ገንዘብ እንዲበደር ለቢሮው ሓላፊ ፈቃድ ሊሰጥ ይችላል።

35.**ለተጠቃለለው ፈንድ አስተዳደር ስለሚወሰድ ብድር**

የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ቢሮው

ዝተጠቓለለ ናይ መንግስቲ ፈንድ ንምምሕድዳር ዝኽእል ገንዘብ ክልቃሕ ክፈቅደሉ ይኽእል።

36.**እዋናዊ ልቃሓት**

ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ እቲ ዝተጠቓለለ ፈንድ ብሕጊ ዝተፈቐደ ክፍሊታት ንምሽፋን ዘይኣክል መሲሉ እንተተራእይዎ፣ እቲ ዝተጠቓለለ ፈንድ ንዞም ክፍሊታት ክኣክል ይኽእል ኢሉ ካብ ዝኣምነሉ ናይ ገንዘብ መጠን ዘይበዝሐን ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ብዘይበለፀ ጊዜ ተመሊሱ ዝኽፈል ገንዘብ ንምልቃሕ ፍቓድ ክህብ ይኽእል።

37.**ናይ ዕዳ ገደብ**

ኮሚቴ መፈፀሚ ስራሕ ኣብ ካሊእ ግቡእ ዝኾነ ገደብ ክይተቓረነ፣ ብቀጥታ ብምልቃሕ ኮነ ውሕስና ብምሃብ መንግስቲ ክልል ካብ ውሽጢ ዓዲ ክልቃሕ ዝኽእሎ መጠን ዕዳ ይውስን።

38.**ናይ ልቓሕ ግቡኣት ክፍሊት**

ብመንግስቲ ክልል ወይ ከዓ ብሽም መንግስቲ ክልል ዝተወሰዱ ቀጥታ ልቓሓትን ናይ ውሕስና ሰነዳትን ዋና ገንዘብ፣ ኣብኡ ዝኽፈል ወለድን ናይ ምምሕድዳር ወፃኢን ካብቲ ዝተጠቓለለ ፈንድ ዝሕሰቡ ኮይኖም ካብኡ ወፃኢ ተገይሩ ይኽፈሉ።

39.**ኪሳራ**

**እቲ ቢሮ ሓላፊ**

1. ናይ ውሕስና ሰነዳት መግዚኢ ዋጋ ብሙሉኡ ወይ ከዓ ብኽፋል ከፊሎም እቲ ውሕስና ወይከዓ እቲ ዝኽፈልዎ ገንዘብ ዘይተመለሰሎም ብምኽኒኑ ኣብ ልዕሊ ገንዘብ ከፈልቲ ዝበፅሐ ዝኾነ ይኹን ኪሳራ፣ ከምኡ'ውን፣
2. እቲ ውሕስና ሰነድ ንምምላስ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ሰብ ንዝበፅሐ ኪሳራ ካብ'ቲ ዝተጠቓለለ ፈንድ ወፃኢ ገይሩ ክኸፍል ይኽእል'ዩ።

40.**ውሕስና**

1. ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ምስዘውፅኦ ደንቢ ክሳብ ዘይተጓነፀ ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ንግዴታ ዘፈፅም ውሕስና ክህብ ይኽእል'ዩ።

የተጠቃለለውን የመንግሰት ፈንድ ለማስተዳደር የሚያስችል ገንዘብ እንዲበደር ሊፈቀድለት ይችላል።

36.**ጊዜያዊ ብድሮች**

የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የተጠቃለለው ፈንድ በሕግ የተፈቀዱ ክፍያዎች ለመሸፈን የማይቻል መስሎ ከታየው፣ የተጠቃለለው ፈንድ ለነዚሁ ክፍያዎች ሊበቃ ይችላል ብሎ ካመነበት የገንዘብ መጠን ያልበዛና ከስድስት ወር ባልበለጠ ጊዜ ተመልሶ የሚከፈል ገንዘብ ለማበደር ፍቃድ ሊሰጥ ይችላል።

37.**የዕዳ ገደብ**

የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በሌላ አግባብ ያለው ገደብ ሳይፃረር፣ በቀጥታ በመበደርም ሆነ ዋስትና በመስጠት የክልሉ መንግስት ከሀገር ውስጥ ሊበደር የሚያስችለው የእዳ መጠን ይወስናል።

38.**የብድር ግዴታዎች ክፍያ**

በክልል መንግስት ወይም በክልል መንግስት ስም የተወሰዱ ቀጥታ ብድሮችና የዋስትና ሰነዶች ዋና ገንዘብ፣ በዚሁ ላይ የሚከፈል ወለድና የአስተዳደር ወጪ ከተጠቃለለው ፈንድ የሚታሰቡ ሆነው ከዚሁ ወጪ ተደርገው ይከፈላሉ።

39.**ኪሳራ**

**የቢሮው ሓላፊ፣**

1. የዋስትና ሰነዶች የመግዣ ዋጋ በሙሉ ወይም በከፊል ከፍለው ዋስትናው ወይም የከፈሉት ገንዘብ ያልተመለሰላቸው በመሆኑ በገንዘብ ከፋዮቹ ላይ የደረሰ ማንኛውም ኪሳራ እንዲሁም፣
2. የዋስትናው ሰነድ ለማስመለስ በማንኛወም ሰው ላይ ለደረሰው ኪሳራ ከተጠቃለለው ፈንድ ወጪ አድርጎ ሊከፍል ይችላል።

40.**ዋስትና**

1. የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ካወጣው ደንብ ጋር እስካልተቃረነ ድረስ የክልሉ መንግስት ግዴታ የሚያስፈፅም ዋስትና ሊሰጥ ይችላል።

2. ውሕስና ብዝምልከት ዝግበር ክፍሊት ካብቲ ዝተጠቓለለ ፈንድ ወፃኢ ኮይኑ ይኸፈል።

41.**ምምሕዳር ዕዳ መንግስቲ**

ናይቲ ብ/ክልል ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ ብዛዕባ ምምሕድዳር ዕዳ መንግስቲ፣ ኣብ ልዕሊ እቲ ዕዳ ወለድ ዝኸፈለሉ ኩነታት ከምኡ'ውን ንምምሕዳር ውሕስና ኣድለይቲ ዝኾኑ ደንብታት ከውፅእ ይኽእል'ዩ።

42.**ብዛዕባ ምትሕልላፍ ዕዳ ክልላዊ መንግስቲ**

1. ናይቲ ክልል ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ ናይቲ ክልላዊ መንግስቲ ዕዳ ብዛዕባ ዝተሓላለፈሉ ኩነታት ደንቢ ከውፅእ ይኽእል'ዩ።
2. ናይቲ ክልል ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ሳልሰዎት ወገናት ዕዳ ናብቲ ክልላዊ መንግስቲ ብዛዕባ ክተሓላለፉ ዝኽእሉ ኩነታት ደንቢ ከውፅእ ይኽእል'ዩ።
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1ን 2ን ካብ ዝተደንገገ ወፃኢ ዝኾነ ይኹን ዕዳ ክተሓላለፍ ኣይኽእልን።

43.**ብዛዕባ ምዝገባ ዕዳ መንግስቲ**

እቲ ቢሮ ካብዚ ንታሕቲ ንዝተዘርዘሩ ዝምልከት ዝተማልኡን ዝርዝር ዝበሉን መዛግብቲ ይሕዝ።

1. በቲ ክልል ቤት ምኽሪ ብተውሃበ ፍቓድ ቀጥታ ልቓሕን ናይ ውሕስና ሰነዳትን ብምውፃእን ብምሻጥን ልቓሕ ዝተወሰደሉ ገንዘብ፣
2. በዚ ኩነታት ብልቓሕ ናይ ዝተረኸበ ገንዘብ መግለፂ፣
3. ብልቓሕ ናይ ዝተረኸበ ገንዘብ ብዝምልከት ዝተኸፈለ ዋና ገንዘብን ወለድን፣
4. ቀጥታ ልቓሕን ናይ ውሕስና ሰነዳትን ምስምውፃእ ፣ ምስ ምምሕዳርን ምስ ምኽፋልን ብተተሓሓዘ ንዝውሃቡ ምምሕዳራዊ ግልጋሎት ከምኡ'ውን ውሕስናታት ምሃብ ምምሕዳርን ምኽፋልን ብዝምልከት ንተገበሩ ምምሕዳራዊ ግልጋሎታት ንሬጂስትራራት፣ ንወኪላት ፋይናንስን ንኻልኦትን ናይ ዝተኸፈለ ገንዘብ

2. ዋስትና በተመለከተ የሚደረገው ክፍያ ከጠቃለለው ፈንድ ወጪ ሆኖ ይከፈላል።

41.**የመንግስት ዕዳ አስተዳደር**

የብሄራዊ ክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ስለ መንግስት ዕዳ አስተዳደር፣ በእዳው ላይ ወለድ ስለሚከፈልበት ሁኔታ እንዲሁም ለዋስትና አስተዳደር አስፈላጊ የሆኑ ደንቦች ሊያወጣ ይችላል።

42.**ስለ ክልላዊ መንግስት ዕዳ መተላለፍ**

1. የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የክልላዊ መንግስት እዳ ስለሚተላለፍበት ሁኔታ ደንብ ሊያወጣ ይችላል።
2. የክልል ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ፣ ሶስተኛ ወገኖች ለክልላዊ መንግሰት ዕዳ ስለሚያስተላሉፉበት ሁኔታ ደንብ ሊያወጣ ይችላል
3. በዚሁ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1ና2 ከተደነገገው ውጪ ማንኛውም ዕዳ ሊተላለፍ አይችልም።

43.**የመንግስት ዕዳ ስለመመዝገብ**

ቢሮው ከዚሁ በታች የተዘረዘሩትን በሚመለከት የተሟሉና ዘርዘር ያሉ መዛግብት ይይዛል፣

1. በክልሉ ምክር ቤት በተሰጠው ፍቃድ ቀጥታ ብድርና የዋስትና ሰነዶች በማውጣትና በመሸጥ ብድር የተወሰደበት ገንዘብ፣
2. በዚሁ ሁኔታ በብድር ስለተገኘ ገነዘብ መግለጫ
3. በብድር የተገኘ ገንዘብ በተመለከተ የተከፈለ ዋና ገነዘብና ወለድ፣
4. ቀጥታ ብድርና የዋስትና ሰነዶች ከማውጣት ከማሰተዳደርና ከመክፈል ጋር በተያያዘ ለሚሰጡ አስተዳደራዊ ገልጋሎት እንዲሁም ዋስትናዎች መስጠት ማስተዳደርና መክፈልን በተመለከተ ለተደረጉ አስተዳደራዊ ግልጋሎቶች ለሬጂስትራሮች ለፋይናንስ ወኪሎችና ለሌሎች የተከፈለው ገንዘብ መጠን፣

መጠን፣

5. ነቶም ውሕስናታት ብዝምልከት ዝተፈቐደሉ ፣ ብዛዕባ እቲ ውሕስና መግለፂ፣ ናይቲ ዝኽፈል መጠንን ምምሕዳራዊ ወፃኢታትን

## ክፍሊ ሸሞንተ
## ናይ መንግስቲ ገንዘብ ኢንቨስት ናይ ምግባር ስልጣን

44.**ናይ ተረፍ ፈንድ ኢንቨስትመንት**

እቲ ቢሮ ሓላፊ ኣብዚ ዝተጠቓለለ ፈንድ ውሽጢ ዝርከብ ገንዘብ ንግዚኡ ንኽፍሊት ዘይድለ እንተኾይኑ እዚ ገንዘብ'ዚ ናይ'ቲ ክልል ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ ዘውፅኦ ደንቢ ሕልው ኮይኑ እቲ ስራሕ ፈፃሚት ግቡኣት እዮም ኣብ ዝብሎም ናይ ውሕስና ሰነዳት ኢንቨስት ክገብር ይኽእል'ዩ።

45.**ናይ ጥሪት ፈንድ ምቛምን ምምሕዳርን**

1. ናይ'ቲ ክልል ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ ናይ ጥሪት ፈንድ ዝቖመሉን ዝመሓደረሉን ኩነታት ይውስን።
2. ነቲ ጥሪት ፈንድ ዘድሊ ገንዘብ ካብ'ቲ ዝተጠቓለለ ፈንድ ወፃኢ ኮይኑ ይኽፈል።

## ክፍሊ ትሽዓተ
## ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ንብረት

46.**ብዛዕባ ምሓዝን ምውጋድን**

ብኻልኦት ኣዋጃት ዝተደንገገ ሕልወ ኮይኑ፣ ናይ'ቲ ክልል ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ ብመሰረት ዘውፅኦ ደንቢ ተዘይኮይኑ እቲ ክልላዊ መንግስቲ ንብረት ክሕዝ ወይ ከዓ ከውግድ ኣይኽእልን።

47.**ናይ ንብረት ሓለዋን ቁፅፅርን መዛግብቲ**

ናይ ሕድሕድ መንግስታዊ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ሓላፊ እቲ ቢሮ ብዛዕባ ሓለዋን ቁፅፅርን ንብረት ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት እቲ መስሪያ ቤት ዝርከብ ናይ መንግስቲ ንብረት ብዝምልከት ብቕዓት ዘለዎ መዝገብ ክሕዝ ኣለዎ።

## ክፍሊ ዓሰርተ
## ሒሳብ መንግስቲ

48.**ኣዳልዋን ኣቀራርባን ፀብፃብ**

እቲ ቢሮ ናይ ሕድሕድ በጀት ዓመት ናይ

5. ዋስትናዎችን በተመለከተ የተፈቀደበት፣ ስለዋስትናው መግለጫ፣ የሚከፈለው መጠንና አስተዳደራዊ ወጪዎች።

## ክፍል ስምንት
## የመንግስት ገንዘብ ኢንቨስት የማድረግ ስልጣን

44.**የተረፈ ፈንድ ኢንቨስትመንት**

የቢሮው ሓላፊ በተጠቃለለው ፈንድ ውስጥ የሚገኝ ገንዘብ ለጊዜው ለክፍያ የማይፈለግ ከሆነ ይህ ገንዘብ የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ያወጣው ደንብ እንደተጠበቀ ሆኖ የስራ አስፈፃሚው ኮሚቴ ተገቢ ናቸው በሚላቸው የዋስትና ሰነዶች ኢንቨስት ሊያደርግ ይችላል።

45.**የጥሪት ፈንድ ማቋቋምና ማስተዳደር**

1. የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የጥሪት ፈንድ የሚቋቋምበትና የሚተዳደርበት ሁኔታዎች ይወስናል።
2. ለጥሪት ፈንድ የሚያስፈልግ ገንዘብ ከተጠቃለለው ፈንድ ወጪ ሆኖ ይከፈላል።

## ክፍል ዘጠኝ
## የክልሉ መንግስት ንብረት

46.**ስለመያዝና ስለማስወገድ**

በሌሎች አዋጆች የተደነገገው እንዳለ ሆኖ፣ የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በሚያወጣው ደንብ መሰረት ካልሆነ በስተቀር የክልሉ መንግስት ንብረት ሊይዝ ወይም ሊያስወግድ አይችልም።

47.**የንብረት ጥበቃና ቁጥጥር መዛግብት**

የያንዳንዱ መንግስታዊ ጽሕፈት ቤት የበላይ ሓላፊ ቢሮው ስለንብረት ጥበቃና ቁጥጥር በሚያወጣው መመሪያ መሰረት በመስሪያ ቤቱ ኃላፊነት ስር የሚገኙ የመንግስት ንብረት በሚመለከት ብቃት ያለው መዝገብ መያዝ አለበት፡

## ክፍል አስር
## የመንግስት ሒሳብ

48.**የሪፖርት አዘጋጃጀትና አቀራረብ**

ቢሮው የእያንዳንዱ የበጀት ዓመት የሒሳብ

ሒሳብ ፀብፃብ ብዝከኣል ቕልጣፈ ነቲ ክልል ቤት ምኽሪ የቕርብ።

49.**ናይ'ቲ ፀብፃብ ትሕዝቶ**

ናይ መንግስቲ ሒሳብ ፀብፃብ ዝቐርብ እቲ ቢሮ ብመሰረት ዘውፅኦ መምርሒ ኮይኑ እዞም ዝስዕቡ ይሓውስ፣

1. ናይ ሒሳብ መግለፂታት
   ሀ. ናይቲ ክልል መንግስቲ ናይ'ቲ በጀት ዓመት ኣታዊታትን ወፃኢታትን
   ለ. እቲ ዝተጠቓለለ ፈንድ
   ሐ. ናይ'ቲ ክልላዊ መንግስቲ ዕዳታት፣ ውሕስና ዝተኣተወሎምን ዝሕለውን ግቡኣት /ግዴታታት/
   መ. ነቲ በጀት ዓመት ዝተፈቐደ፣ ወፃኢ ዝተገበረን ወፃኢ ዘይተገበረን መጠን ገንዘብ
   ረ. ናይ ጥሪት ፈንድ እንተልዩ ንሱ
   ሰ. ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ናይ'ቲ በጀት ዓመት ናይ ፋይናንስ ምንቅስቓሳትን ቕዋማትን ዘርእዩ ካልኦት ናይ ሒሳብ መረዳእታታት፣
2. ናይ'ቲ ክልል ኦዲት ቤት ፅሕፈት ነቲ ናይ ክልል መንግስቲ ናይ ፋይናንስ መግለፂ መርሚሩ ዝሃቦ ርኢቶ፣
3. ግቡኡነቱ በቲ ቢሮ ዝተኣመነሉ ካሊእ ተመሳሳሊ መረዳእታ፣

50.**ዓይነት ገንዘብ**

ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ሒሳብ ዝእዘዝን ፀብፃብ ዝግበርን ብናይ ኢትዮጵያ ብር ይኸውን።

51.**መዛግብቲ**

1. ላዕለዋይ ሓላፊ ሕድሕድ መንግስታዊ መስሪያ ቤት እቲ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ናይ'ቲ መስሪያ ቤት ሓላፍነት ዝምልከቱ ናይ ፋይናንስ መዛግብቲ ክተሓዙ ይገብር ነቲ ቢሮውን የቅርብ።
2. ሕድሕድ ናይ መንግስቲ መስሪያ ቤት እቲ በጀት ዓመት ምስተወደአ ብዝካኣል ቅልጣፈ ሒሳቡ ዓፅዩ ፀብፃብ ናብ'ቲ ቢሮ የቕርብ።

ሪፖርት በተቻለ ፍጥነት ለክልሉ ምክር ቤት ያቀርባል።

49.**የሪፖርቱ ይዘት**

የመንግስት ሒሳብ ሪፖርት የሚቀርበው ቢሮው በሚያወጣው መመሪያ መሰረት ሆኖ የሚከተሉትን ያካትታል

1. የሒሳብ መግለጫዎች
   ሀ. የክልሉ መንግስት የበጀቱ ዓመት ገቢዎችና ወጪዎች
   ለ. የተጠቃለለ ፈንድ
   ሐ. የክልላዊ መንግስት ዕዳዎች፣ ዋስትና የተገበላቸውና የሚጠበቁ/ግዴታዎች/
   መ. ለበጀቱ ዓመት የተፈቀደ፣ ወጪ የተደረገና ወጪ ያልተደረገ የገንዘብ መጠን፣
   ረ. የጥሪት ፈንድ ካለ ይህን በሚመለከት
   ሰ. የክልሉ መንግስት የበጀት ዓመት የፋይናንስ እንቅስቃሴና አቋም የሚያሳዩ ሌሎች የሂሳብ መረጃዎች፣
2. የክልሉ ኦዲት ጽሕፈት ቤት የክልሉን መንግስት የፋይናንስ መግለጫ መርምሮ የሰጠው አስተያየት፣
3. አግባብነቱ በቢሮው የታመነበት ሌላ ተመሳሳይ መረጃ፣

50.**የገንዘብ ዓይነት፣**

የክልሉ መንግስት ሂሳብ የሚያዘውና ሪፖርት የሚደረገው በኢትዮጵያ ብር ይሆናል።

51.**መዛግብት**

1. የእያንዳንዱ የመንግስታዊ መስሪያ ቤት የበላይ ሓላፊ ቢሮው በሚያወጣው መመሪያ መሰረት የመስሪያ ቤቱ ሓላፊነት የሚመለከቱ የፋይናንስ መዛግብት እንዲያዙ ያደርጋል ለቢሮውም ያቀርባል።
2. እያንዳንዱ የመንግስት መስሪያ ቤት የበጀት ዓመቱ ካለቀ በኋላ በተቻለው ፍጥነት ሒሳቡን ዘግቶ ለቢሮው ሪፖርት ያቀርባል።

## ክፍሊ ዓሰርተ ሓደ
## ግዝኢትን ውዕላትን

**52.ብዛዕባ ውዕላት ተገዛእቲ ዝኾነሎም ደንቢታት**

ናይ'ቲ ክልል ስራሕ ፈፃሚት ብዛዕባ ኣፈፃፅማ ውዕልን ክፍሊትን ደንቢ ከውፅእ ይኽእል'ዩ። እዚ ደንቢ'ዚ ብዛዕባ ግዚኢትን ብዛዕባ ውዕላትን ኣፈፃፅማ፣ ንውዕላት ዝውሃብ ውሕስናን ናይ'ቲ ውዕል ኣፈፃፅማ መኽበሪ ዝኾኑ ድንጋገታት ዝሓውስ ክኸውን ይኽእል፣

**53.ናይ ውዕል ግቡኣት/ግዴታ/**

1. ዝኾነ ናይ መንግስቲ መስሪያ ቤት ሳዕለዋይ ሓላፊ ነቲ በጀት ዓመት ዝተፈቐደ በጀት ምህላዉ ከይኣረጋገፀ እቲ ናይ ክልል መንግስቲ ዝግደደሉ ውዕል ክፍፅም የብሉን።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን ኣፈፃፅመኡ ካብ ናይ ሓደ ዓመት በጀት ንላዕሊ ንዝወስድ ፕሮጀክት ናይ ነዊሕ ጊዜ ውዕል ንምውዕዓል ነቲ ፕሮጀክት ናይ መጀመርታ ዓመት ዝተፈቐደ በጀት ምህላዉ ምርግጋፅ ጥራሕ እኹል'ዩ።

**54.ኣፈፃፅማ ግዚኢት**

ናይ ዝኾነ ይኹን ኣቑሑትን ግልጋሎት ግዚኢት ዝፍፀም እቲ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ይኸውን። እዚ መምርሒ'ውን ኣቑሑትን ግልጋሎትን ብዛዕባ ዝግዝአሉን እቲ ግዚኢት ንህዝቢ ግልፂ ብዛዕባ ዝገበረሉ ኩነት ዝርዝር መረዳእታታት ዝሕዝ ክኸውን ኣለዎ።

**55.ናይ ግዚኢት ደንቢታት እዋናዊነት ብዛዕባ ምርግጋፅ**

እቲ ቢሮ ምስቲ ናይ ክልል መንግስቲ ግዚኢትን ውዕላትን ዝተተሓዙ ናይ ምምሕዳር ፖሊሲታትን ደንቢን በቢግዚኡ ምውፀኦምን ብገፌሑ ዝተበተኑ ም'ኻኖምን ናይ ምርግጋፅ ሓላፊነት ኣለዎ።

## ክፍሊ ዓሰርተ ክልተ
## ናይ ፌደራል መንግስቲን ናይ'ዚ ክልልን ናይ ፋይናንስ ርክብ

**56.ሓፈሻዊ**

1. ኣብ መንጎ ፌዴራላዊ መንግስትን

## ክፍል አስራ አንድ
## ግዥና ውሎች

**52.ውሎች ተገዢዎች ስለሚሆኑበት ደንቦች፣**

የክልሉ የስራ አስፈፃሚ ስለ ውል እና ክፊያ አፈፃፀም ደንብ ሊያወጣ ይችላል። ይህ ደንብ ስለ ግዢና ስለ ውሎች አፈፃፀም ለውሎች የሚሰጥ ዋስትናና የውሉን አፈፃፀም ማስከበሪያ የሚሆኑ ድንጋጌዎችን የሚያካትት ሊሆን ይችላል፡

**53.የውል ግዴታ፣**

1. ማንኛውም የመንግስት መስሪያ ቤት የበላይ ሓላፊ ለበጀት ዓመቱ የተፈቀደ በጀት መኖሩን ሳያረጋግጥ የክልሉ መንግስት የሚገደድበት ውል መፈጸም የለበትም።
2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 የተደነገገው ቢኖርም አፈፃፀሙ ከአንድ የበጀት ዓመት በላይ ለሚወሰድ ፕሮጀክት የረጅም ጊዜ ውል ለመዋዋል ለፕሮጀክቱ የመጀመሪያ ዓመት የተፈቀደ በጀት መኖሩን ማረጋገጥ ብቻ በቂ ነው።

**54.የግዢ አፈጻጸም፣**

የማንኛውም እቃዎችና አገልግሎት ግዢ የሚፈጸም፣ ቢሮው በሚያወጣው መመሪያ መሰረት ይሆናል። ይህ መመሪያም እቃዎችና አገልግሎቶች ስለሚገዙበትና ግዡው ለህዝብ ግልጽ ስለሚደረግበት ሁኔታ ዝርዝር መረጃዎችን የሚይዝ መሆን አለበት።

**55.የግዢ ደንቦች ወቅታዊነት ስለማረጋገጥ፣**

ቢሮው ከክልሉ መንግስት ግዢና ውሎች ጋር የተያያዙ የአስተዳደር ፖሊሲዎችና ደንቦች በየጊዜው ማውጣታቸውንና በሰፊው መሰራጨታቸውን የማረጋገጥ ሓላፊነት አለው።

## ክፍል አስራ ሁለት
## የፌደራል መንግስትና የክልሉ የፋይናንስ ግንኙነት

**56.አጠቃላይ፣**

1. በፌደራላዊ መንግስትና በትግራይ

ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ዝህሉ ርክብ ፋይናንስ ፌዴራላዊ መንግስቲ ንዚ ክልል ዝህቦ ዓመታዊ ናይ በጀት ድጋፍ ይሓውስ።

2. እቲ ክልላዊ መንግስቲ ካብ'ቲ ፌደራል መንግስቲ ዝቕበሎ ናይ በጀት ሓገዝ ድጎማ ብዝምልከት በቲ ናይ ፌደራል መንግስቲ ናይ ፋይናንስ ምምሕዳር ሕጊ መሰረት ሒሳቡ ይሕዝ። ነቲ ፌደራል መንግስቲ ፀብፃብ የቕርብ።

57.<u>ናይ ዓዲ ውሽጢ ልቓሕ</u>

1. እቲ ፌደራል መንግስቲ ሕድሕድ ክልል ክልቃሕ ዘኽእሎ ናይ ገንዘብ መጠን ምውሳን ንክኽእል እቲ ክልል መንግስቲ ነቲ ፌደራል መንግስቲ ኣድለይቲ ዝኾኑ መረዳእታታት ኩሉ ክህብ ኣለዎ፡

2. እቲ ክልላዊ መንግስቲ ዝወስዶ ልቃሕ ዝተረኽበ ካብ ብሄራዊ ባንኪ ኢትዮጵያ ወፃኢ ተዘይኮይኑ ኣብ ዝኾነ ይኹን ብልቓሕ ኣብ ዝተረኽበ ገንዘብ ዝፍፀም ክፍሊት ዘማሓድሮ ብሄራዊ ባንኪ ኢትዮጵያ ይኸውን።

3. እቲ ክልላዊ መንግስቲ ዝወስዶ ልቓሕ ካብ ብሄራዊ ባንኪ ኢትዮጵያ ወፃኢ ዝተረኸበ እንተኾይኑ ናይቲ ክልል መንግስቲን ሚኒስቴር ፋይናንስ ፌደራል መንግስትን ዝስማምዕሉ ናይ ምምሕዳር ስርዓት ተፈፃሚ ይኸውን።

58.<u>ሸርፊ ወፃኢ</u>

እቲ ቢሮ ናይ'ቲ ክልል መንግስቲ ናይ ወፃኢ ሸርፊ ድልየት ብዝምልከት ነቲ ፌደራል መንግስቲ ሚኒስቴር ፋይናንስ ዝግባእ መረዳእታ ክህብ ኣለዎ።

<u>ክፍሊ ዓሰርተ ሰለስተ</u>

<u>ዝተፈላለዩ ድንጋገታት</u>

59.<u>መምርሒታት</u>

እቲ ቢሮ እዚ ኣዋጅን ነዚ ኣዋጅ መሰረት ብምግባር ዝወፀ ደንቢታትን ተግባራዊ ንምግባር ዝሕግዙ መምርሒታት ከውፅእ ይኽእል'ዩ።

60.<u>ብዛዕባ ምጥፋእ ገንዘብን ንብረትን መንግስቲ</u>

ናይቲ ክልል ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ካብ'ቲ ቢሮ ዝረኸቦ ርኢቶ መሰረት ብምግባር

ክልላዊ መንግስት መካከል የሚኖር የፋይናንስ ግንኙነት ፌደራላዊ መንግስት ለክልሉ የሚሰጠው ዓመታዊ የበጀት ድጋፍ ይጨምራል

2. የክልሉ መንግስት ከፌደራሉ መንግስት የሚቀበለውን የበጀት ድጋፍ ድጎማ በሚመለከት በፌደራል መንግስት የፋይናንስ አስተዳደር ህግ መሰረት ሂሳቡ ይይዛል። ለፌደራሉ መንግስት ሪፖርት ያቀርባል።

57.<u>የሀገር ውስጥ ብድር፣</u>

1. የፌደራሉ መንግስት እያንዳንዱ ክልል ለመበደር የሚያስችለው የገንዘብ መጠን መወሰን እንዲችል የክልሉ መንግስት ለፌደራሉ መንግስት አስፈላጊ የሆኑ መረጃዎች ሁሉ መስጠት አለበት።

2. ክልላዊው መንግስት የሚወስደው ብድር የተገኘው ከኢትዮጵያ ብሔራዊ ባንክ ውጪ ካልሆነ በስተቀር ማናቸውም በብድር ከተገኘው ገንዘብ ላይ የሚፈጸም ክፊያ የሚያስተዳድረው የኢትዮጵያ ብሔራዊ ባንክ ይሆናል።

3. ክልላዊው መንግስት የሚወስደው ብድር ከኢትዮጵያ ብሔራዊ ባንክ ውጪ የተገኘ ከሆነ የክልሉ መንግስትና የፌደራል መንግስት ፋይናንስ ሚኒስቴር የሚስማሙበት የአስተዳደር ስርዓት ተፈጻሚ ይሆናል።

58.<u>የውጪ ምንዛሬ፣</u>

ቢሮው የክልሉ መንግስት የውጪ ምንዛሪ ፍላጎት በሚመለከት ለፌደራል መንግስት ፋይናንስ ሚኒስቴር ተገቢውን መረጃ መስጠት አለበት።

<u>ክፍል አስራ ሦስት</u>

<u>የተለያዩ ድንጋጌዎች</u>

59.<u>መመሪያዎች፣</u>

ቢሮው ይህንኑ አዋጅና ይህንን አዋጅ መሰረት በማድረግ የወጡ ደንቦች ተግባራዊ ለማድረግ የሚያግዙ መመሪያዎች ሊያወጣ ይችላል።

60.<u>ስለ መንግስት ገንዘብና ንብረት መጥፋት፣</u>

የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ከቢሮው የሚያገኘውን አስተያየት መሰረት በማድረግ

ኣብዞም ዝስዕቡ ደንቢ ከውፅእ ይኽእል'ዩ።

ሀ. ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ገንዘብ ወይ ንብረት መንግስቲ እንትጠፍእ ክውሰድ ብዛዕባ ዝግብኦም ስጉምቲታት፣

ለ. እቲ ዝጠፍአ ናይ መንግስቲ ገንዘብ ካብ'ቲ ዝተፈቐደ በጀት ብዛዕባ ዝቕነሰሉ ኩነት፣

ሐ. ኣብ ላዕሊ ብፊደል ሀ ንዝተርአየ ዝኾነ ይኹን ዝጠፍአ ንብረት ወይ ገንዘብ ኣብ ውሽጢ ሒሳብ መንግስቲ ፀብፃብ ዝግበረሉ ኩነትን ብዛዕባ ዝምዝገበሉ መንገድን፣

61. **ጥፍኣታትን ቕፅዓታትን**

ኣብ ናይ ፌደራል መንግስቲ ፋይናንስ ምምሕዳር ኣዋጅ ዓንቀፅ 64 ብዝተመልከተ መሰረት ቀፂሎም ዝተደንገጉ ቕፅዓታት ኣብዚ ኣዋጅ ተፈፀምቲ እዮም።

1. ገንዘብ መንግስቲ ንምእካብ፣ ንምምሕዳር ወይ ከዓ ክፍሊት ንምፍፃም ኣብ ዝኾነ ይኹን መንግስታዊ መስሪያ ቤት ዝተቖፀረ ሰራሕተኛ መንግስቲ ወይ ተሸያሚ፣

ሀ. ብመሰረት ሕጊ ክኽፈሎ ካብ ዝግባእ ወፃኢ ዝተመደበሉ ስራሕ ብምፍፃሙ ዝኾነ ይኹን ክፍሊት እንድሕር ተቐቢሉ፣

ለ. ናይ'ቲ ክልላዊ መንግስቲ ገንዘብ ዘጭበርበረ ወይ ካሊእ ሰብ ንክጭበርብር ኩነታት ብምምዕርራይ ዝተሓባበረ ወይ ከዓ ዝሸረበ፣

ሐ. ብኻሊእ ብዝኾነ ይኹን ሰብ እዚ ሕጊ ንክጠሓስ ኮነ ኢሉ ዝፈቐደ፣

መ. እቶት ኣብ ምምዝጋብ ወይ ወረቐት ምስክር ኣብ ምሃብ ስራሕ ዝተዋፈረ ኮይኑ እናሃለወ ብድልየት ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ናይ ሓሶት መረዳእታ ኣብ መዝገብ ዘዕረፈ፣ ኣብ ናይ ሓሶት ወረቐት ምስክር ዝፈረመ ወይ ዘዳለወ፣ እንተኾይኑ ካብ ብር 25,000 ብዘይንእስን ካብ ብር 35,000 ብዘይበልፅን ገንዘብ መቕፃዕትን ካብ 10 ዓመት ብዘይንእስን ካብ 15 ዓመት ብዘይበልፅን ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

በሚከተሉት ላይ ደንብ ሊያወጣ ይችላል።

ሀ. በማንኛውም መንገድ የመንግስት ገንዘብ ወይም ንብረት ሲጠፋ ሊወሰዱ ስለሚገባቸው እርምጃዎች፣

ለ. የጠፋው የመንግስት ገንዘብ ከተፈቀደው በጀት ሰለሚቀነስበት ሁኔታ፣

ሐ. ከላይ በፊደል ሀ ለተመለከተው ማንኛውም የጠፋ ንብረት ወይም ገንዘብ በመንግስት ሂሳብ ውስጥ ሪፖርት የሚደረግበት ሁኔታና ስለሚመዘገብበት መንገድ፣

61. **ጥፋቶችና ቅጣቶች፣**

በፌደራል መንግስት የፋይናንስ አስተዳደር አዋጅ አንቀጽ 64 በተመለከተው መሰረት ቀጥለው የተደነገጉ ቅጣቶች በዚህ አዋጅ ተፈፃሚዎች ናቸው።

1. የመንግስት ገንዘብ ለመሰብሰብ፣ ለማስተዳደር ወይም ክፍያ ለመፈጸም በማንኛወም መንግስታዊ መስሪያ ቤት የተቀጠረ የመንግስት ሰራተኛ ወይም ተሿሚ፣

ሀ. በህግ መሰረት ሊከፈለው ከሚገባው በቀር የተመደበበት ስራ በመፈጸሙ ማንኛውም ክፍያ ከተቀበለ፣

ለ. የክልላዊው መንግስት ገንዘብ ያጭበረበረ ወይም ሌላ ሰው እንዲያጭበረብር ሁኔታዎችን በማመቻቸት የተባበረ ወይም ያሴረ፣

ሐ. በሌላ በማንኛውም ሰው ይህንን ህግ እንዲጣስ ሆን ብሎ የፈቀደ፣

መ. ገቢን በመመዝገብ ወይም የምስክር ወረቀት በመስጠት ስራ ተሰማርቶ እያለ በፍላጎት በማንኛውም መንገድ የሃሰት መረጃ በመዝገብ ላይ ያሰፈረ፣ በሓሰተኛ የምስክር ወረቀት የፈረመ ወይም ያዘጋጀ ከሆነ ከብር 25000 በማያንስና ከብር 35000 በማይበልጥ የገንዘብ መቀጮና ከ10 ዓመት በማያንስና ከ15 ዓመት በማይበልጥ ፅኑ እስራት ይቀጣል።

2. ገንዘብ መንግስቲ ንምእካብ፣ ንምምሕዳር ወይ ከዓ ክፍሊት ንምፍፃም ኣብ ዝኾነ ይኹን መንግስታዊ መስርያ ቤት ዝተሸየመ ወይ ዝተቖፀረ ሰብ ዝኾነ ይኹን ክፍሊት ንክትርፍ ወይ መጠኑ ንክመሓየሽ ወይ ከዓ ሕጊ ምጥሓሱ ብዝምልከት ንዝቐርቡ ናይ ክሴታ ጥርዓናት ንከተርፍ ብቐጥታ ወይ ከዓ ብተዘዋዋሪ ብውህብቶ ወይ ብኻሊእ መልክዕ ገንዘብ ወይ ከዓ ዋጋ ዘለዎ ካሊእ ነገር ንክውሃቦ ዝሓተተ፣ ዝተቐበለ ወይ ንምቕባል ዝፈተነ እንተኾይኑ ካብ ብር 25,000 ብዘይንእስን ካብ ብር 35,000 ብዘይበልፅን ናይ ገንዘብ መቕፃዕትን ካብ 10 ዓመት በዘይንእስን ካብ 25 ዓመት ብዘይበልፅን ፅኑዕ መእሰርቲ ይቕፃዕ።

3. ገንዘብ መንግስቲ ንምእካብ፣ ንምምሕዳር ወይ ከዓ ክፍሊት ንምፍፃም ኣብ ዝኾነ ይኹን ናይ መንግስቲ መስርያ ቤት ዝተሸየመ ወይ ዝተመደበ ሰብ ነዚ ኣዋጅ'ዚ ወይ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝወፀ ደንብታት ናይ ምትሕልላፍ ወይ ናይ ምጭብርባር ተግባር ዝተፈፀመ ምዃኑ እናፈለጠ ንላዕለዎት ሓለፍቲ ሪፖርት ዘይገበረ ናይ ገንዘብ መቕፃዕትን ካብ 5 ዓመት ንዘይበልፅ ማእሰርትን ይቕፃዕ።

4. በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 53 ዝተደንገገ ብምትሕልላፍ ዝተፈቐደ በጀት ምህላዉ ከየረጋገፀ ዝኾነ ይኹን ውዕሊ ዝተፈራረመ ወይ ንኽፍርም ዝገበረ ናይ መንግስታዊ መስሪያ ቤት ሓላፊ ካብ ብር 5000 ብዘይንእስን ካብ ብር 20000 ብዘይበልፅን ናይ ገንዘብ መቕፃዕትን ካብ 5 ዓመት ብዘይንእስን ካብ 10 ዓመት ብዘይበልፅን ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

5. ዝኾነ ይኹን ሰብ ምስ ምእካብ ገንዘብ መንግስቲ፣ ምምሕዳር ወይ ከዓ ክፍሊት ኣብ ምፍፃም ስራሕ ኣብ ዝተዋፈረ መንግስታዊ መስርያ ቤት ውሽጢ ንዝተሸየመ ወይ ንዝተመደበ ሰብ፣

2. የመንግስት ገንዘብ ለመሰብሰብ፣ ለማስተዳደር ወይም ክፍያ ለመፈጸም በማንኛውም የመንግስት መስሪያ ቤት የተሾመ ወይም የተቀጠረ ሰው ማንኛውም ክፍያ ለማስቀረት ወይም መጠኑ ለማሻሻል ወይም ህግ መጣሱን በሚመለከት የሚቀረቡ የክስ አቤቱታዎችን እንዲቀር በቀጥታ ወይም በተዘዋዋሪ በስጦታ ወይም በሌላ መልክ ገንዘብ ወይም ዋጋ ያለው ነገር እንዲሰጠው የጠየቀ የተቀበለ ወይም ለመቀበል የሞከረ ከሆነ ከብር 25000 በማያንስና ከብር 35000 በማይበልጥ የገንዘብ መቀጮና ከ10 ዓመት በማያንስና ከ25 ዓመት በማይበልጥ ጽኑ እስራት ይቀጣል።

3. የመንግስት ገንዘብ ለመሰብሰብ፣ ለማስተዳደር ወይም ክፍያ ለመፈጸም በማንኛውም የመንግስት መስሪያ ቤት የተሾመ ወይም የተመደበ ሰው ይህን አዋጅ ወይም በዚሁ አዋጅ መሰረት የወጡ ደንቦቸን የመተላለፍ ወይም የማጭበርበር ተግባር የተፈጸመ መሆኑ እያወቀ ለበላይ ሓላፊዎች ሪፖርት ያላደረገ ከሆነ ከብር 10000 በማይበልጥ የገንዘብ ቅጣትና ከ5 ዓመት በማይበልጥ እስራት ይቀጣል።

4. በዚሁ አዋጅ አንቀጽ 53 የተደነገገውን በመተላለፍ የተፈቀደ በጀት መኖሩ ሳያረጋግጥ ማንኛውም ውል የተፈራረመ ወይም እንዲፈረም ያደረገ የመንግስታዊ መስሪያ ቤት ሓላፊ ከብር 5000 በማያንስና ከብር 20000 በማይበልጥ የገንዘብ ቅጣትና ከ5 ዓመት በማያንስና ከ10 ዓመት በማይበልጥ ፅኑ እስራት ይቀጣል።

5. ማንኛውም ሰው የመንግስት ገንዘብን ከመሰብሰብ፣ ከማስተዳደር ወይም ክፍያን በመፈጸም ስራ ላይ በተሰማራ የመንግስት መስሪያ ቤት ውስጥ ለተሸመው ወይም ለተመደበው ሰው፣

ሀ. ዝቐረበሉ ውሳነ ኣብ ምሕላው ዝርከብ ዋኒን ወይ ብምኽንያት ሓላፍነት ስርሑ ክቐርበሉ ኣብ ዝኽእል ዋኒን ዝውሃቦ ውሳነ ወይ እቲ ዝውሰድ ስጉምቲ ንምዝባዕ ወይከዓ

ለ. ኣብ ልዕሊ ኣታዊ መንግስቲ ናይ ምጭብርባር ተግባር ንክፍፀም ወይ እቲ ተግባር እንተፍፀም ንክሕግዝ ወይከዓ ንክተሓባበር ወይ ነቲ ድርጊት ምፍፃም ኩነታት ንምትዕርራይ ወይ ከዓ ንክፍቀድ ንምግባር ብምሕሳብ፣ ጉቦ ንምሃብ ቃል እንተኣትይሉ እንተቅሪብሉ ወይ እንተህይብዎ ጥፍኣተኛ ኮይኑ ምርካቡ እንተረጋገፀ ብመልክዕ ጉቦ ዝሃቦን ወይ ዝቐረበን ገንዘብ ሰለስተ ዕፅፊ ናይ ገንዘብ መቕፃዕትን ካብ 10 ዓመት ዘይንእስን ካብ 15 ዓመት ብዘይበልፅን ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

6. ኣብ ላዕሊ ኣብ ዓንቀፅ 5 ዝተዘርዘሩ ጥፍኣታት ኣብ ምፍፃም ተግባር ዝተሳተፈን እቲ ዋኒን ቕድሚ ናብ ቤት ፍርዲ ምቕራቡ ብዛዕባ እቲ ተፈፀመ ጥፍኣትን ብዛዕባ ናይ ተሓባበርቲ ግደን ዝጠቅም መረዳእታ ዝሃበ ሰብ ብመሰረት እዚ ሕጊ'ዚ ካብ ዝቐርበሉ ክሲታ ብሚኒስቴር ፍትሒ ምሕረት ክግበረሉ ይኽእል።

## 62.ብዛዕባ ምርኣይ ሰነዳት ሒሳብ

1. እቲ ቢሮ ወይ ከዓ ብሕጊ ሰልጣን ዝተውሃቦ ዝኾነ ካሊእ ኣካል ብሕጊ ዝተውሃበ ሓላፍነት ንምውፃእ ናይ ዝኾነ ይኹን መንግስታዊ መስርያ ቤት ናይ ሒሳብ መዛግብቲ መፃሕፍቲ ወረቐታት፣ ናይ ሒሳብ ሰነዳትን መረዳእታትን ንምርኣይ ዘይተገደበ ስልጣን ኣለዎ።

2. ኣብ'ዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተመልከተ እንተሃለወ እኳ ነቲ ክልላዊ መንግስቲ መፈፀምቲ ኣካላት ሪፖርት ናይ ዘይገበሩ መንግስታዊ መስሪያ ቤታት ናይ ሒሳብ መዛግብቲ፣ ወረቓቕቲ፣ ናይ ሒሳብ ሰነዳትን መረዳእታታትን እቲ ቢሮ ንምርኣይ ዘኽእል ምስቶም መንግስታዊ መስርያ

ሀ. የቀረበለትን ውሳኔ በመጠበቅ ላይ የሚገኝ ጉዳይ ወይም በስራ ሓላፊነቱ ምክንያት ሊቀርብለት የሚችል ጉዳይ ላይ የሚሰጠውን ውሳኔ ወይም የሚወስደውን እርምጃ ለማዛባት ወይም ደግሞ

ለ. በመንግስት ገቢ ላይ የማጭበርበር ተግባር እንዲፈጸም ወይም ተግባሩ ሲፈጸም ለማገዝ ወይም ለመተባበር ወይም ለድርጊቱ አፈጻጸም ሁኔታዎች ለማስተካከል (ለማመቻቸት) ወይም እንዲፈቀድ ለማድረግ በማሰብ ጉቦ ለመስጠት ቃል ከገባለት፣ ካቀረበለት ወይም ከሰጠው ጥፋተኛ ሆኖ መገኘቱ ሲረጋገጥ በጉቦ መልክ የሰጠውን ወይም ያቀረበውን ገንዘብ ሦስት እጥፍ የገንዘብ ቅጣትና ከ10 ዓመት የማያንስና ከ15 ዓመት በማይበልጥ ጽኑ እስራት ይቀጣል

6. ከላይ በአንቀጽ 5 የተዘረዘሩ ጥፋቶች በመፈጸም ተግባር የተሳተፈና ጉዳዩ ወደ ፍርድ ቤት ከመቅረቡ በፊት ስለተፈጸመው ጥፋትና ስለተባባሪዎቹ ሚና የሚጠቅም መረጃ የሰጠ ሰው በዚሁ ህግ መሰረት ከሚቀርብበት ክስ በፍትህ ሚኒስቴር ምህረት ሊደረግለት ይችላል።

## 62.የሂሳብ ሰነዶችን ስለማየት

1. ቢሮው ወይም በህግ ስልጣን የተሰጠው ማንኛውም ሌላ አካል በህግ የተሰጠውን ሓላፊነት ለመወጣት የማንኛውም የመንግስታዊ መስሪያ ቤት የሂሳብ መዛግብት መጻህፍት፣ ወረቀቶች የሂሳብ ሰነዶችና መረጃዎች ለማየት ያልተገደበ ስልጣን አለው።

2. በዚሁ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተመለከተውን ቢኖርም ለክልላዊው መንግስት አስፈፃሚ አካላት ሪፖርት የማያደርጉ መንግስታዊ መስሪያቤቶች የሂሳብ መዛግብት ወረቀቶችን የሂሳብ ሰነዶችና መረጃዎች ቢሮው ለማየት የሚችለው ከመንግስታዊ መስሪያ ቤቶች በሚያደርገው ስምምነት መሰረት

ቤታት ብዝግበር ስምምዕነት መሰረት ይኸውን።

63.**ናይ ውክልና ስልጣን ብዛዕባ ምሃብ**

ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅ ጠቃሚ ኮይኑ እንትርከብ እቲ ሓላፊ ቢሮ ንናይ መስርያ ቤቱ ሰበ ስልጣናት ወይ ከዓ ንናይ ካልኦት ቢሮታት ሰብ ስልጣናት ስልጣኑ ብውክልና ንምሃብ እቲ ውክልና ተፈፃሚ ዝኾነሉ ኩነታት ክውስን ይኽእል'ዩ።

64.**ብዛዕባ ኣተሓላልዋ ሰነዳት**

ናይቲ ክልል ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ ሕድሕድ ሰነድ ክሕሎ ዝግበኦ ንኽንደይ ግዘ ዝኣክል ምኳኑ ዝገልፅ ደንቢ የውፅእ።

65.**ዝተሰዓረ ሕግታት**

ነዚ ኣዋጅ'ዚ ዝፃባእ ሕጊ፣ ደንቢ፣ መምርሒ ወይ ከዓ ልምዳዊ ኣሰራርሓ በዚ ኣዋጅ ኣብ ልዕሊ ዝተሸፈኑ ዋኒናት ተፈፃምነት ኣይህልዎምን

66.**ደንቢ ናይ ምውፃእ ስልጣን**

ናይ'ቲ ክልል ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ ኣብ'ዚ ኣዋጅ ኣብ ካልኦት ዓንቀፃት ዝተርኣዩ ከይተወሰነ ነዚ ኣዋጅ'ዚ ኣፈፃፅማ ዝሕግዙ ደንብታት ናይ ምውፃእ ስልጣን ተዋሂብዎ'ዩ።

67.**ናይ መሰጋገሪ ውሳነ**

ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 13፣ 14፣ 17፣ 40፣ 41፣ 42፣ 44፣ 46፣ 52፣ 60 ዝተደንገጉ እንተሃለው'ውን ናይቲ ክልል ስራሕ ፈፃሚት ኮሚቴ ደንቢ ክሳብ ዘውፅእ እዞም ዋኒናት እዚኦም ብዝምልከት ኣብ ስራሕ ዘሎ መምርሒ ወይ ናይ ስራሕ ልምዲ ምስ'ዚ ኣዋጅ ክሳብ ዘይተጓነፀ ተፈፃምነቱ ይቕፅል።

68.**እዚ ኣዋጅ ዝፀንዐሉ ጊዜ**

እዚ ኣዋጅ ብነጋሪት ጋዜጣ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

ሓምለ 1989

ገብሩ ኣስራት

ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልል መንግስቲ ትግራይ

ይሆናል።

63.**የውክልና ስልጣን ስለ መስጠት**

ለዚሁ አዋጅ አፈፃፀም ጠቃሚ ሆኖ ሲገኝ የቢሮው ኃላፊ ለመስሪያ ቤቱ ባለስልጣኖች ወይም ለሌሎች ቢሮዎች ባለስልጣኖች ስልጣኑን በውክልና ለመስጠትና ውክልናው ተፈፃሚ የሚሆንበት ሁኔታዎች ሊወስን ይችላል።

64.**ስለ ሰነዶች አጠባበቅ፣**

የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ እያንዳንዱ ሰነድ ሊጠበቅ የሚገባውን ጊዜ የሚገልፅ ደንብ ያወጣል።

65.**የተሻሩ ሕጎች**

ይህን አዋጅ የሚቃረን ህግ፣ ደንብ፣ መመሪያ ወይም ልምዳዊ አሰራር በዚሁ አዋጅ በተሸፈኑ ጉዳዮች ላይ ተፈጻሚነት አይኖራቸውም።

66.**ደንብ የማውጣት ስልጣን፣**

የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በዚሁ አዋጅ በሌሎች አንቀጾች በተመለከተው ሳይወሰን ለዚሁ አዋጅ አፈጻጸም የሚያግዙ ደንቦች የማውጣት ስልጣን ተሰጥቶታል።

67.**የመሸጋገሪያ ውሳኔ፣**

በዚሁ አዋጅ አንቀጽ 13፣ 14፣ 17፣ 40፣ 41፣ 42፣ 44፣ 46፣ 52ና 60 የተደነገጉ ቢኖሩም የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ደንብ እስኪያወጣ ድረስ በአዋጅ የተዘረዘሩትን ጉዳዮች በሚመለከት በስራ ላይ ያለ መመሪያ ወይም የስራ ልምድ ከዚህ አዋጅ እስካልተቃረነ ድረስ ተፈጻሚነቱ ይቀጥላል።

68.**አዋጁ የሚጸናበት ጊዜ፣**

ይህ አዋጅ በነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የጸና ይሆናል።

ሓምሌ 1989

ገብሩ አስራት

የትግራይ ክልል ብሔራዊ መንግስት ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com

6ይ ዓመት ቁፅሪ 2
6ኛ ዓመት ቁጥር 2

መቐለ መጋቢት 1989ዓ.ም

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት

ናይ ሓደ ዋጋ 1 ብር | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ደንቢ ቑፅሪ 2/1989
ገፅ 1

ማ ው ጫ
ደንብ ቁጥር 2/1989
ገጽ 1

## ቤት ፅሕፈት ሚልሻ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ መተሓዳደሪ ደንቢ ቁፅሪ 2/1989

ቤት ፅሕፈት ምልሻ ብመሰረት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዘውፅኦ ኣዋጅ ቁፅሪ 24/1988 ዝተጣየሸ ኮይኑ ኣብቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 4/11 ብዝተደንገገ መሰረት ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ክልል ትግረይ ፣ ኣባላት ምልሻ ስርሖም ብግቡእ ምፍፃም ንክኽእሉ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 54/6/ እዚ ዝስዕብ ደንቢ ኣውፂኡ ኣሎ።

### ክፍሊ ሓደ

1. ኣቃውማ
   1. ውዳበ ምልሻ፣ ኣብ ጎጥ/መንደር/ ብጉጅለን መስርዕን፣ ኣብ ቁሸት ብጋንታ፣ ኣብ ጣብያ ብሓይሊ ይኸውን።
   2. ካብ መንደር ጀሚሩ ክሳብ ጣብያ ኣብዘለዉ ብርክታት በቲ ኣባል ዝምረፁ መራሕቲ ይህልዉዎም።
   3. ኣብ ጉጅለን መስርዕን ነንሕድሕድ ክልተ መራሕቲ ይህልዉዎም ፣ ኣብ ጋንታን ሓይሊን ድማ ነንሕድሕድ ሰለስተ መራሕቲ ይህልዉዎም።
   4. ኣብ ጋንታን ሓይሊን ዘለዉ መራሕቲ ኣዛዚ፣ ም/ኣዛዚን ምምሕዳርን /ኮሚሳርን/ ተባሂሎም ይፅውዑ። ኣብ

## የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የሚሊሻ ፅሕፈት ቤት መተዳደርያ ደንብ ቁጥር 2/1989

የሚልሻ ጽሕፈት ቤትን ለማቋቋም የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ባወጣው አዋጅ ቁጥር 24/1988 መሰረት የተቋቋመ ሲሆን በዚሁ አዋጅ አንቀጽ 4/11/ መሰረት የሚሊሻ አባላት ስራቸውን በሚገባ ለመወጣት እንዲችሉ የክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በክልል ሕገ መንግስትን ዓንቀፅ 54/6/ በተሰጠው ስልጣን መሰረት የሚከተለው ደንብ አውጥቷል።

### ክፍል አንድ

1. አደረጃጀት፣
   1. የሚሊሻ አደረጃጀት፣ በመንደር ደረጃ በቡድንና በጓድ፣ በቀጠና ደረጃ በመቶ፣ በጣብያ ደረጃ በሻምበል ይሆናል።
   2. ከመንደር እስከ ጣብያ/ቀበሌ/ ባሉ ደረጃዎች በሚሊሻ አባላት የሚመረጡ መሪዎች ይኖራል
   3. በያንዳንዱ ቡድንና ጓድ ሁሉት መሪዎች ሲኖሩት በያንዳንዱ መቶና ሻምበል ደግሞ ሶስት መሪዎች ይኖራቸዋል።
   4. በመቶና በሻምበል የሚኖሩ መሪዎች አዛዠና አስተዳደር/ኮሚቴ/ ተብለው የሚጠሩ ሲሆኑ፣ በቡድንና በጓድ ደግሞ

ጉጅለን መስርዕን ድማ መራሕን ምክትልን ይበሃሉ።

5. ተፀዋዕነት ጠርነፍቲ ምልሻ ንዝመረፆም ኣባልን ንምልሻ ቤት ፅሕፈትን ይኸውን።

## ክፍሊ ክልተ
## ኣባላት ምልሻ

2. **ንኣባልነት ዘብቅዕ ረቋሓታት፣**
   1. ኣባል ምልሻ ዝኸውን ሰብ ብህዘቢ ይምለመል
   2. ዝኾነ ሰብ እዞም ዝስዕቡ ረቑሓታት ዘማልአ እንተኾይኑ ኣባል ምልሻ ክኸውን ይኽእል።

   ሀ. ዕድሚኡ ካብ 18 ዓመት ብላዕሊ ዝኾነ፣

   ለ. ቀዋሚ ናብራን ናብራኡን ዝመርሐሉ ስራሕ ዘለዎ፡

   ሐ. ኣብ ናይ ህዝባዊ ስራሕቲ ፅቡቅ ዝሳተፍን ብናይ መንግስቲ ሕግታት ውሽጠ ደንቢ ምልሻን ተገዛኣይ ዝኾነን ዝኣምነሉን

   መ. ካብ ስርቅን ፀረ ህዝብን ስራሕቲ ናፃ ዝኾነ ብገበን ዘይተቐፅዐን ብዲሞክራሲያዊ መሰላት ዝኣምንን፣

   ረ. ኣካላዊ ኩነታት ዕጥቂ ሒዙ ብብቅዓት ክንቀሳቀስ ዝኽእል፣

   ሰ. ኣባል ምልሻ ንምኻን ድልየት ዘለዎ፣
   3. ኣብዚ ዓንቀፅ ቁፅሪ 2/ሀ/ ዝተመልከተ ረቋሓ ከከም ኩነታቱ ብመምርሒ ክልወጥ ይኽእል።

3. **ግቡእን ሓላፍነትን ኣባል ምልሻ፣**

   ኣባል ምልሻ እዞም ዝስዕቡ ግቡእን ሓላፊነትን ይህልዉዎ።
   1. ኣብ ሕገ መንግስቲ ዝተመልከቱ መሰላት ህዝብን ዜጋታትን ናይ ምኽባር፣
   2. ዘድልዩ መረዳእታ ሓቲቱ ዝወሃቦ ልኡኽ ናይ ምቕባል፣
   3. ዝተውሃበ ስራሕ ብእዋኑ ናይ ምፍፃም ናይ ስራሕ ሪፖርት ንጠርናፊኡ ብእዋኑ ናይ ምቅራብ
   4. ናይ ብረት መታወቂያ ኣውፂኡ ናይ ምሓዝ
   5. ናይ ከባቢኡ ፀጥታን ምርግጋእን ክህሉ ናይ ምግባር

መሪና ምክትል መሪ ተብለው ይጠራሉ።

5. የሚሊሻ መሪዎች ተጠሪነታቸው ለመረጣቸው አባልና ለሚሊሻ ጽሕፈት ቤት ይሆናል።

## ክፍል ሁለት
## የሚሊሻ አባላት

2. **ለአባልነት የሚያበቁ መመዘኛዎች**
   1. የሚሊሻ አባል የሚሆን ሰው በህዝብ ይመለመላል
   2. ማንኛውም የሚከተሉትን መመዘኛዎች የሚያሟላ ሰው የሚሊሻ አባል መሆን ይችላል።

   ሀ. ዕድሜው ከ18 ዓመት በላይ የሆነ

   ለ. ቋሚ ኑሮውን የሚመራበት ስራ ያለው

   ሐ. በህዝባዊ ስራዎች ጥሩ ተሳትፎ ያለው እንዲሁም ለመንግስት ሕጎችና ለሚሊሻ ውስጠ ደንብ ተገዢ የሆነና የሚያምንባቸው

   መ. ከስርቆትና ፀረ ህዝብ የሆኑ ተግባራት የተገለለ፣ በወንጀል ያልተቀጣና በዲሞክራሲያዊ መብቶች የሚያምን፣

   ሠ. ትጥቅ ይዞ ለመንቀሳቀስ የሚያስችል አካላዊ ብቃት ያለው።

   ረ. የሚሊሻ አባል ለመሆን ፍላጎት ያለው።
   3. በዚህ አንቀጽ ቁጥር 2/ሀ/ የተመለከተ መመዘኛ እንደሁኔታው በመመሪያ ሊለወጥ ይችላል።

3. **የምሊሻ አባላት ግዴታና ሓላፊነት፣**

   የምሊሻ አባል የሚከተሉት ግዴታና ሓላፊነት ይኖሩታል
   1. በሕገ መንግስት የተመለከቱትን የህዝቦችንና የዜጎች መብቶች የማክበር
   2. ለሚሰጠው ግዳጅ አስፈላጊውን መረጃ በመጠየቅ የመቀበል፣
   3. የሚሰጠው ስራ በጊዜው የማጠናቀቅና ለመሪው ሪፖርት የማቅረብ፣
   4. የመሳሪያ ፍቃድ እንዲሰጠው በማድረግ የመያዝ፣
   5. የአከባቢውን ፀጥታና መረጋጋት እንዲጠበቅ የማድረግ፣

6. ህዝቢ ኣብ ዘካይዶ ናይ ልምዓት ስራሕቲ መሪሕ ኮይኑ ዓዲ ናይ ምልማዕ፣

7. ንህዝቢ ኣብ ዝቐርቡ ፃውዒታትን ጉቡኣትን ምስቲ ሓፋሽ ማዕረ ተሳታፊ ምኻን።

**4. መሰላት ኣባል ምልሻ**

ኣባል ምልሻ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ይህልዉዎ

1. መራሕቲ ብኣኼባ ናይ ምምራፅ
2. ንዝሓመቐ መራሕኡ ገምጊሙን ነቂፉን ካብ ሓላፍነት ናይ ምውራድ
3. ዕጡቕ ኮይኑ ክቕፅል ኣብ ዘይኽእለሉ እዋን ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ ናይ ስንብት ሕቶ ኣቕሪቡ ካብ ኣባል ምልሻነት ናይ ምውፃእ፣
4. ኣብ ተልእኾ ጉድኣት እንትበፅሖ ከምህዝባዊ ሃርበኛ ተቆፂሩ ዝክኣል ድጋፍ ናይ ምርካብ፣
5. ኣብ ዝስወኣሉ እዋን ከም ህዝባዊ ሃርበኛ ተቆፂሩ ብመተሓባበራይነት ጣብያ ምምሕዳርን ኣዘዝቲ ምልሻን ብኽብሪ ንክቕበር፣ መሰላት ኣለዎም።

## ክፍሊ ሰለስተ

## ስነምግባር ምልሻ

**5. ብፃያዊ ዝምድና**

ኣብ መንጎ ኣባላት ምልሻ ክህሉ ዝግብኦ ዝምድና ኣብ ምትእምማን ዝተመስረተ ኮይኑ፣ ኣባል ምልሻ እዞም ዝስዕቡ ግቡኣት ይህልዉዎ፣

1. ዝተሰውአ ብፃይካ ብኣግባቡ ምቕባር
2. ብፃይካ ኣብ ፀላኢ ከይኣቱን ኣብ ሓደጋ ከይወድቕን ተሪርካ ምቅላስ
3. ንዝሓመመን ዝደኸመን ብፃይካ ድጋፍ ምሃብ፣
4. ናይ ዝተሰውአ ምልሻ ቤተሰብ መሬቶም ንክሕረስ ካሊእ ናይ ማእቶት ስራሕቲ ከምኡ'ውን ገዛ ኣብ ምስራሕ ምሕጋዝን ንክሕገዙ ህዝቢ ምትሕብባር

**6. ኣፈታትሓ ጎንጺ፣**

1. ኣብ መንጎ ክልተ ኣባላት ምልሻ ዘጋጥም

6. ህዝብ በሚካሄዳቸው የልማት ስራዎች ግምባር ቀደም በመሆን አገሩን የማልማት፣

7. ለህዝብ በሚቀርቡ ጥሪዎችና ግዴታዎች ከህዝቡ ጋር እኩል የመሳተፍ፣ ግዴታና ሓላፊነት ይኖረዋል።

**4. የሚልሻ አባላት መብቶች**

የሚሊሻ አባል የሚከተሉት መብቶች ይኖሩታል

1. መሪዎችን የመምረጥ
2. ጥፋት የፈፀሙ መሪዎችን በመገምገምና ሃሳብ በማቅረብ ከሓላፊነታቸው እንዲወርዱ የማድረግ፣
3. ትጥቅ ይዞ ለመንቀሳቀስ የማያስችል ሁኔታ ሲያጋጥም በዲሞክራሲያዊ መንገድ የስንብት ጥያቄ በማቅረብ ከአባልነት የመሰናበት፣
4. የተሰጠውን ተልእኮ በመፈፀም ላይ ሳለ ጉዳት ሲደርስበት እንደ ህዝባዊ አርበኛ ተቆጥሮ የሚቻለውን ያህል ድጋፍ የማግኘት፣
5. በሚሰዋበት ጊዜ እንደ አርበኛ ተቆጥሮ በጣብያ አስተዳዳሪዎችና የሚልሻ አዛዮች አስተባባሪነት በክብር የመቀበር፣ መብቶች ይኖሩታል

## ክፍል ሶስት

## የሚልሻ ስነ ምግባር

**5. ጓዳዊ ግኑኝነት፣**

በምልሻ አባላት መካከል ሊኖር የሚገባው ጓዳዊ ግኑኝነት በመተማመን ላይ የተመሰረተ ሆኖ የሚልሻ አባል የሚከተሉትን የመፈፀም ግዴታ ይኖረዋል

1. የተሰዋን ጓድ በአግባቡ መቅበር፣
2. ጓድህን በጠላት እጅ ወይም አደጋ ላይ እንዳይወድቅ ጠንክሮ መታገል፣
3. ለታመመ ወይም ለደከመ ጓድህ ድጋፍ መስጠት
4. የተሰዋ ሚሊሻ ቤተሰቦች መሬታቸውን እንዲታረስ እንዲሁም ሌሎች የገቢ ምንጭ ስራዎች ቤት መስራት ማገዝና እንዲሁም ህዝብ እንዲሰራላቸው ማስተባበር

**6. ግጭቶችን መፍታት**

1. በሁለት የሚልሻ አባላት መካከል

ጎንፂ ባዕሎም ተረዳዲኦም ይፈትሕዎ፣ ተዘይተሰማዕሚያም ሳልሳይ ሰብ ወሲኹም ይፈትሕዎ።

2. እቲ ጎንፂ በዚ ዓንቀፅ ቁፅሪ 1 መሰረት እንተዘይተፈቲሑ ናብ ጋንታ ወይ ሓይሊ ቀሪቡ ክገማገምሉን ክነቓቐፍሉን ይግበር። ብናይታ ኣሃዱ ሪኢቶ ይፍታሕ።
3. ሕጊ ተንከፍ ዝኾነ ጉዳይ ብሕጊ ይውዳእ።

7. ዲስፕሊን ህዝባዊ ምልሻ፣
1. ንስራሕ ዝተዋሃበ ንብረት ከም ብረት፣ ዑምባ፣ ዕጥቂ፣ ወዘተ ብስነ ስርዓት ቆፂሩን ኣመዝጊቡን ክወስድ ኣለዎ።

2. ብዝምልከቶ ጠርናፊ ተፈቒዱ ዘይተዋሃበ ብዝኾነ ይኹን ንብረት መንግስቲን ህዝቢን ወይ ከዓ ካብ ወፃኢ ዝረኸቦ ንብረት ብኢድ ወነኑ ክወስድ ኣይግባእን።
3. ንስራሕ ዝተዋሃቦ ናይ መንግስቲ ንብረት ካብ ናይ መንግስትን ህዝብን ልኡኽ ወፃኢ ከውዕሎ ኣይፍቀደሉን።

4. ድሕንነት ናይቲ ንስራሕ ዝተዋሀቦ ንብረት ክሕሉን ብሸለልትነት ንዝተበላሸወ ድማ ክኸፍል ይግደድ።
5. ዝኾነ ኣባል ምልሻ ካብ ልኡኽ ወፃኢ ኣብ ከተማ እንትኣቱ ዕጥቂ ኣብ ፖሊስ ጣብያ ወይ ከዓ ኣብ ምልሻ ቤት ፅሕፈት ከቕምጥ ኣለዎ።

8. ዝተኸልከሉ ተግባራት፣
ዝኾነ ኣባል ምልሻ እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ንኸይፍፅም ዝተኸልከለ እዩ።
1. ልኡኽ ንዘይምቕባል ምጥፋእ ምኽንያት ፈጢርካ ምትዕንቓፍ፣ መምርሒ ምንፃግን ልኡኽ ዘይፍፀመሉ ኩነታት ምፍጣርን፣
2. ኣብ ናይ ሓለዋ ጊዜ መስተ ምስታይ፣ ካሊእ ተደራቢ ስራሕ ምሓዝ፣ ዘይምልከቶ ሰብ ምስኡ ኮፍ ምባል፣ ካብ ሓለዋ ቦታ ምልቃቕን ካልኦት

የሚያጋጥም ግጭት ራሳቸው በመግባባት ሊፈቱት ይገባል፣ ካልተስማሙም ሶስተኛ ሰው ጨምረው ይፈቱታል።
2. ግጭቱ በዚሁ አንቀጽ ቁጥር 1 መሰረት ካልተፈታ ጉዳዩ መቶ ወይም ሻምበል ቀርቦ እንዲገማገሙበት እና እንዲነቃቀፉበት ተደርጎ በመቶው፣ በሻምበሉ አስተያየት ይፈታል
3. ሕግ ነክ የሆኑ ጉዳዮች በሕግ ያልቃሉ

7. የህዝባዊ ሚሊሻ ዲስፕሊን
1. ለስራ የተሰጠውን ንብረት እንደ መሳርያ፣ ዑምባ፣ ትጥቅ ወዘተ በስነ ስርዓት ቆጥሮና አስመዝግቦ መውሰድ አለበት
2. ማንኛወም የመንግስት ሆነ የህዝብ ንብረት ወይም ከጠላት የተገኘ ንብረት በሚመለከተው መሪ ተፈቅዶ ካልተሰጠው በስተቀር በራሱ ስልጣን መውሰድ የለበትም።
3. ለስራ የተሰጠው የመንግስት ንብረት በመንግስትና በህዝብ ስራ ካልሆነ በቀር ለቤተሰብ ወይም ለግል ጥቅም እንዲያውል አይፈቅድም።
4. ለስራ የተሰጠው ንብረት ደህንነቱን በሚጠብቅ በቸልተኝነት ሲያበላሽ ዋጋውን የመክፈል ግዴታ አለበት
5. ማንኛውም አባል ከተልእኮ ውጭ በሌላ ምክንያት ወደ ከተማ ሲገባ ትጥቁን ፖሊስ ጣብያ ወይም ምሊሻ ጽሕፈት ቤት ውስጥ ማስቀመጥ ይኖርበታል።

8. የተከለከሉ ተግባሮች
ማንኛውም የሚሊሻ አባል የሚከተሉትን ተግባራት ከመፈፀም መታቀብ ይኖርበታል።
1. ተልእኮን ላለመቀበል መጥፋት፣ ምክንያት በመፍጠር ማደናቀፍ፣ መመርያ አለመቀበልና ተልእኮ የማይፈፀምበት ሁኔታ መፍጠር፣
2. በጥበቃ ወቅት መጠጥ መጠጣት፣ ተደራቢ ስራ መያዝ፣ የማይመለከተውን ሰው አብሮ ማስቀመጥ፣ ከጥበቃ ቦታ መልቀቅና የጥበቃን ስራ የሚያደናቅፉ

ተመሳሰልቲ ንሓለዋ ስራሕ ዝዕንቀፍ ተግባራት ምፍፃም።

3. ብመንግስትን ህዝብን ዝተዋሃበካ ሓላፍነትን ዕጥቅን ተጠቒምካ ንቤተሰብካ ወይ ንግሊ ረብሓኻ ምውዓል፣
4. ብዘይፍቓድ ን6 ወርሒ ምጥፋእ
5. መታወቒያ ናይ ምሓዝ ግቡእ ዘይምፍፃም
6. ብዘይልኡኽ ኣብ ከተማ ዕጥቂ ሒዝካ ምዝዉዋር፣
7. ንስራሕ ዝተዋሃበካ ንብረትን ዕጥቅን ካብ ስራሕ ወፃኢ ንዝኾነ ግልጋሎት ምውዓል ምብልሻውን ምጥፋእ፣
8. ምስ ገበነኛታት ናይ ጥቅሚ ተሓባባራይ ብምኳን ናብ ሕጊ ከይቐርቡ ምግባር፣
9. ዝተዋሀበካ እሱር ከምልጥ ምግባር፣ ብገበን ወገንነትን ምስራሕ
10. ምስ ለያቡን ሽፋቱን ተሓባባራይ ምኳን ወይከዓ ንሽፋቱን ንለያቡን ብረትካ ምክራይ
11. መሰል ህዝቢ ምግሃስ፣ ንሰባት ብብረት ምውቃዕ፣ ምፍርራሕ
12. ብሓላፍነት ዝተውሃብካዮ ናይ ህዝቢ ንብረትን ገንዘብን ምጥፋእ።

## ክፍሊ ኣርባዕተ
## ጥርናፈ ኣኼባን ዕጥቅን

9. **ጥርናፈ፣**
   1. ጠርነፍቲ ህ/ምልሻ ብመሰረት መተሓዳደሪ ደንቢ ንጠቅላላ ስራሕቲ ምልሻ ይመርሑ ኣኼባታት ይፅውዑ፣ የካይዱ፣ ንኣድለይቲ ስራሕቲ ሓለዋን ተርታ ኣትሒዞም የዋፍሩ ሓይሊ ሰብን ዕጥቅን ይቆፃፀሩ ይጥርንፉ፣
   2. ጠርነፍቲ ህ/ምልሻ ኣብ ጣብያ ኣብ ክልተ ሰሙን ሓደ ጊዜ፣ ኣብ ወረዳ ድማ ኣብ ወርሒ ሓደ ጊዜ ኣኼባ እናገበሩ ኩነታት ምልሻን ፀጥታን ዝምልከት ገምጋም ይገብሩ፣ ናይ ገምጋም ሪፖርት በብደረጅኡ ንዝርከብ ምልሻ ቤት ፅሕፈት የቕርቡ ሓይሊ ሰብ ዕጥቅን ዝምልከት ቁፅፅር ይገብሩ።
   3. ዝኾነ ጠርናፊ ምልሻ

ሌሎች ተመሳሳይ ተግባራት መፈፀም።

3. በመንግስትና በህዝብ የተሰጠው ሓላፊነትና ትጥቅ ለቤተሰብ ወይም ለግል ጥቅም ማዋል።
4. አለፍቃድ ለ6 ወር መጥፋት፣
5. መታወቅያን የመያዝ ግዴታ አለመፈፀም
6. ካለ ስራ ትጥቅን ይዞ በከተሞች መዘዋወር
7. ለስራ የተሰጠው ንብረትና ትጥቅ ከስራ ውጭ ለሆነ ግልጋሎት ማዋል፣ ማበላሸትና ማጠፋት
8. ከወንጀለኞች ጋር በጥቅም በመተሳሰር ወደ ሕግ እንዳይቀርቡ ማድረግ
9. የተሰጠውን እስረኛ እንዲያመልጥ ማድረግ በጉቦና በዝምድና መስራት
10. ከሌቦችና ሽፍቶች መተባበር ወይም ለሽፍቶችና ለሌቦች መሳርያ ማከራየት
11. የህዝብን መብቶች መድፈር ሰዎችን በመሳሪያ ማስፈራራት
12. በሓላፊነት የተሰጠወን የህዝብ ንብረትና ገንዘብ ማጥፋት

## ክፍል አራት
## ማእከላዊነት፣ ስብሰባና ትጥቅ

9. **ማእከላዊነት**
   1. የሚሊሻ ሓላፊዎች በመተዳደሪያ ደንቡ መሰረት ጠቅላላ ስራውን ይመራሉ፣ ስብሰባዎችን ይጠራሉ፣ ያካሂዳሉ፣ አባላትን ተራ በማስያዝ ለአስፈላጊ ስራዎችና ጥበቃዎች ያሰማራሉ፣ የሰው ሃይልንና ትጥቅን ይቆጣጠራሉ፣
   2. የሚሊሻ ሓላፊዎች በሳምንት አንድ ግዜ በጣብያ ደረጃ ፣ በወር አንድ ጊዜ በወረዳ ደረጃ ስብሰባዎችን በማድረግ ሚሊሻንና የፀጥታ ሁኔታ በሚመለከት ግምገማ ያደርጋሉ፣ በየደረጃው ለሚገኝ የሚሊሻ ጽ/ቤት የግምገማውን ሪፖርት ያቀርባሉ፣ የሰው ሃይልንና ትጥቅን በተመለከተ ቁጥጥር ያደርጋሉ።
   3. ማንኛውም የሚሊሻ ሓላፊ

ሀ. ነቲ ዝህቦ ልኡኽ መረዳእታ ሒዙ ከመይ ከምዝስራሕ ክርዳእ
ለ. እቲ ልኡኽ ብዝግባእ ምፍፃሙ ክቆፃፀርን ሓላፍነት ኣለዎ።

10.ኣኼባ

1. ኩሎም ኣባላት ዝሳተፉሉ ስራሕ ንምግምጋም ኣብ ጣብያ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ሓደ ጊዜ፣ ኣብ ወረዳ ድማ ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ስሩዕ ኣኼባ ይግበር።
2. ናይ ወረዳ ወይ ከዓ ናይ ዞባ ምልሻ ቤት ፅሕፈት ወይ ከዓ ናይ ቀበሌ ምምሕዳር ንፍሉይ ስራሕቲ ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ እዋን ህፁፅ ኣኼባ ክፅውዑ ይኽእሉ።
3. ጠርነፍቲ ምልሻ ካብ ናይ ባዕልቶም ኣኼባ ብተወሳኺ ኣብዚ ዓንቀፅ ቁፅሪ 1ን 2ን ዝተመልከተ ኣኼባ ይመርሑ።
4. ካብ ኣኼባ ምትራፍ በዚ ደንቢ ዓንቀፅ 12 መሰረት የቕፅፅ
5. ናይ ኣኼባ ሰዓት ከከም ኩነታቱ በቢወረድኡ ይውሰን፣ ዕለትን ዝወስዶ ጊዜን ኣቀዲሙ ንተኣካቢ ክንገሮ ይግባእ።

11.ዕጥቂ፣

1. ብናይ ጣብያ ህዝቢ ውሳነን ብናይ ወረዳ ቤት ፅሕፈት ምልሻ ድጋፍን ኣባል ምልሻ ብረት ይዓጥቅ ፣ የርግፍ።
2. ገበን ዝፈፀመ ኣባል ምልሻ ጉዳይ ተፃርዩ ክሳብ ዝውሰን ዕጥቁ ኣብ ናይ ጣብያ ወይ ከዓ ወረዳ ምልሻ ቤት ፅሕፈቱ ይቅመጥ።
3. ዝኾነ ኣባል ምልሻ ካብ ዓዲ ወፃኢ እንትትገሽ ክሳብ ዝምለስ ዕጥቁ ኣብ ወረዳ ምልሻ ቤት ፅሕፈት ኣብዘይከኣለሉ ድማ ኣብ ወረዳ /ንኡስ ወረዳ/ ፖሊስ ጣብያ ኣቐሚጡ ይኸይድ ካብዚ ወፃኢ ብሕድሪ ምቕማጥ ኣይፍቀድን።

**ክፍሊ ሓሙሽተ**
**ጥፍኣታትን መቕፃዕትን፣**

ሀ. ለሚሰጠው ተልእኮ መረጃ በመያዝ እንዴት እንደሚሰራ የመረዳትና
ለ. ተልእኮው በሚገባ መፈፀሙ የመቆጣጠር ሓላፊነት ይኖረዋል።

10.ስብሰባ

1. ሁሉም አባላት የሚሳተፉበት መደበኛ ስብሰባ በሶስት ወር አንዴ በጣብያ ደረጃ፣ እንዲሁም በስድስት ወር አንዴ በወረዳ ደረጃ ያካሂዳል
2. ለተለየ ስራ አስፈላጊ ሆኖ በሚገኝበት ጊዜ የወረዳ ወይም የዞን ሚሊሻ ጽ/ቤት ወይም የጣብያ አስተዳደር አስቸኳይ ስብሰባ መጥራት ይችላሉ
3. የሚሊሻ ሓላፊዎች ራሳቸው ከሚያደርጉት ስብሰባ በተጨማሪ በዚህ አንቀፅ ቁጥር 1ና 2 የተመለከተውን ስብሰባ ይመራሉ።
4. ከስብሰባ መቅረት በዚሁ ደንብ አንቀፅ 12 መሰረት የሚያስቀጣ ነው
5. የስብሰባ ሰዓት እንደሁኔታው በየደረጃው የሚወሰን ሲሆን፣ ስብሰባው የሚደረግበት ቀንና የሚወስደው ጊዜ አስቀድሞ ለተሰብሳቢው ሊነገረው ይገባል።

11.ትጥቅ

1. የሚልሻ አባል ትጥቅ የሚታጠቀው ሆነ የሚያወርደው በጣብያው ህዝብ ውሳኔና በወረዳው ምሊሻ ጽ/ቤት ድጋፍ ነው።
2. ወንጀል የፈፀመ አባል ጉዳዩ ተጣርቶ እስከሚወሰን ድረስ ትጥቁ በጣብያው ወይም ወረዳ ሚሊሻ ጽ/ቤት ይቀመጣል
3. ማንኛውም አባል ከአገር ውጭ በሚሄድበትጊዜ እስኪ መለስ ድረስ ትጥቁን ወረዳ ሚሊሻ ጽ/ቤት ይህም በማይቻልበት ጊዜ በወረዳ/ንኡስ ወረዳ/ ፖሊስ ጣብያ ውስጥ አስቀምጦ መሄድ ይኖርበታል። ከዚህ ውጭ ትጥቅን በአደራ ማስቀመጥ አይፈቀድም።

**ክፍል አምስት**
**ጥፋቶችና ቅጣቶች፣**

12.ካብ ኣኼባ ምትራፍ

1. ኣብ ናይ ወረዳ ኣኼባ ብዘይፍቃድ ንመጀመርታ ጊዜ ዝተረፈ 2 ቅርሺ፣ ንካልኣይ ጊዜ ዝተረፈ 5 ቅርሺ፣ ንሳልሳይ ጊዜ ዝተረፈ በቲ ናይ ጣብያ ምልሻ ተገምጊሙ ይንቀፍ መጠንቀቅታ ይውሃቦ።
2. ኣብ ናይ ጣብያ ኣኼባ ብዘይፍቃድ ንመጀመርታ ጊዜ ዝተረፈ 1 ቅርሺ፣ ካልኣይ ጊዜ ዝተረፈ 2 ቅርሺ፣ ሳይለሳይ ጊዜ ዝተረፈ ብኣኼባ ይንቀፍ መጠንቀቅታ ይወሃቦ።
3. ጠርናፋይ ኮይኑ ካብ ኣኼባ ዝተረፈ ብናይ ኣኼባ ስራት ይቕፃዕ
4. ብናይ ባዕሉ ሸለልትነት ናይ ጣብያ ኣኼባ ንኸይካየድ ዕንቅፋት ዝፈጥር ጠርናፊ መጀመርያ 5 ቅርሺ፣ ካልኣይ 10 ቅርሺ ይቕፃዕ፣ ሳልሳይ ጊዜ ብምልሻ ተነቂፉ ካብ ቀሊል እስካዕ ካብ ሓላፊነት ምውራድ ቅፅዓት ይወሃቦ
5. ኣብ ናይ ወረዳ ኣኼባ ተመሳሳሊ ጥፍኣት ዝፈፀመ ጠርናፊ ድማ ንመጀመርያ 10 ቅርሺ፣ ንካልኣይ ጊዜ 15 ቅርሺ ይቕፃዕ ንሳልሳይ ጊዜ ድማ ካብ ነቐፌታ ክሳብ ካብ ሓላፍነት ምውራድ ይቕፃዕ።

13.ካልኦት ጥፍኣታት፣

1. ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 11 ቁፅሪ 3 ካብ ዝተመልከተ ወፃኢ ብረቱ ንካሊእ ሰብ ኣሕሊፉ ዝሃበ ካብ 20-30 ቅርሺ ተቐፂሁ ብኡ ብዝመፀ ሳዕቤን ተሓታቲ ይኸውን
2. ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 8 ቁፅሪ 1፣ 2 ዝተመልከቱ ጥፍኣታት ዝፈፀሙ ካብ ነቐፌታ እስካዕ መጠንቀቅታ ይቕፃዕ፣ እንተደጊሙ እስካዕ ካብ ምልሻነት ይባረር።
3. ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 8 ቁፅሪ ዝተመልከቱ ጥፍኣታት ዝፈፀመ ድማ ካብ መጠንቀቕታ እስካዕ ካብ ምልሻነት ምብራር ይቕፃዕ
4. ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 8 ቁፅሪ 7፣ 8፣ 9፣ 10 ዝተጠቐሱ ዝፈፀመ ተገምጊሙ ካብ

12.ከስብሰባ መቅረት

1. የወረዳ ስብሰባ በሚካሄድበት ጊዜ ያለፍቃድ ለመጀመሪያ ጊዜ የቀረ 2 ብር፣ ለሁለተኛ ጊዜ የቀረ 5 ብር ይቀጣል፣ ለሶስተኛ ጊዜ ከቀረ ግን በጣብያ ሚሊሻ ተገምግሞ ይነቀፋል፣ ማስጠንቀቂያ ይሰጠዋል።
2. በጣብያ ስብሰባ በሚካሄድበት ጊዜ ያለፈቃድ ለመጀመሪያ ጊዜ የቀረ 1 ብር፣ ለሁለተኛ ጊዜ የቀረ 2 ብር ይቀጣል ለሶስተኛ ጊዜ ከቀረ ግን በስብሰባ ተነቅፎ ማስጠንቀቂያ ይሰጠዋል፡
3. ከስብሰባ የቀረ ሓላፊ በስብሰባው ደንብ መሰረት ይቀጣል
4. በራሱ ቸልተኝነት የጣብያ ስብሰባ እንዳይካሄድ ያደናቀፈ ሐላፊ ለመጀመሪያ ጊዜ 5 ብር፣ ለሁለተኛ ጊዜ 10 ብር ይቀጣል፣ ለሶስተኛ ጊዜ ሲያጠፋ በሚልሻ ተነቅፎ ከቀላል እስከ ከሓላፊነት መውረድ ቅጣት ይቀጣል
5. በወረዳ ስብሰባ ተመሳሳይ ጥፋት የፈፀመ ሓላፊ ለመጀመሪያ ጊዜ 10 ብር ለሁለተኛ ጊዜ 15 ብር ይቀጣል፣ ለሶስተኛ ጊዜ ያጠፋ ግን ከነቀፌታ እስከ ከሓላፊነት መውረድ ድረስ ይቀጣል።

13.ሌሎች ጥፋቶች

1. በዚህ ደንብ አንቀፅ 11 ቁጥር 3 ከተመለከተው ውጭ መሳሪያውን ለሌላ ሰው አሳልፎ የሰጠ ከ20-30 ብር ተቀጥቶ በዚሁ ተግባር ለሚመጣው ውጤት ተጠያቂ ይሆናል።
2. በዚሁ ደንብ አንቀጽ 8 ቁጥር 1ና 2 የተመለከቱትን ጥፋቶች የፈጸመ ከነቀፌታ እስከ ማስጠንቀቂያ ይቀጣል፣ ጥፋቱን ከደጋገመ ከምልሻነት እስከ መባረር ይቀጣል
3. በዚህ ደንብ አንቀፅ 8 ቁጥር 3 የተመለከቱትን ጥፋቶች የፈጸመ ከማስጠንቀቂያ እስከ ከምሊሻነት መባረር ይቀጣል
4. በዚሁ ደንብ አንቀጽ 8 ቁጥር 7፣ 8፣ 9ና 10 የተመለከቱትን ጥፋቶች የፈፀመ ተገምግሞ

ከቢድ መጠንቀቅታ ክሳብ ካብ ምልሻነት ይባረር።

5. ካብ ዝተወሃቦ ናይ ሓለዋ ስራሕ ብዘይፍቓድ ዝተርፍ ኣብ መጀመረታ ጊዜ 10 ቅርሺ ይቕፃዕ። ንኻልኣይ ጊዜ ዝደገመ ብምልሻ ተገምጊሙ መጠንቀቅታ ይውሃቦ።
6. ጥይት ብዘይኣግባብ ዝተኮሰ ንሓንቲ ጥይት ካብ 10-15 ቅርሺ ሒሳብ ይኸፍል። ብተወሳኺ ናይ ፀጥታ ምፍራሱ ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ይቕፃዕ።
7. ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 8 ቁፅሪ 11፣ 12 ዝተመልከተ ጥፍኣታት ዝፍፅምን፣ ብመጠንቀቅታ ዘተሓንፀፁ ጥፍኣታት ብተደጋጋሚ ዝፍፅምን ምልሻ ካብ ኣባል ምልሻነት ምብራር ይቕፃዕ ናይ ዘጥፍኦ ንብረት ድማ ብሕጊ ተኸሲሱ ይጥየቕ።
8. ኣብ ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ዘተኣንጉል ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ይቕፃዕ
9. ሓደ ምልሻ ብዘይፍቃድ ን6 ወርሒ ዝጠፍእ ተገምጊሙ ካብ ምልሻነት ይባረር።
10. ዝኾነ ምልሻ ናይ ዕጥቂ መታወቂያ ክሕዝ እናተገበኦ ነዚ ተግባራዊ ዘይገበረን ንመጀመረታ ጊዜ 5 ቅርሺ ኣብ ካልኣይ ጊዜ 10 ቅርሺ ተቐፂዑ መታወቂያ ንክሕዝ ይግበር።
11. ብዘይ ልኡኽ ኣብ ከተማ ዕጥቂ ሒዙ ዝዛወር መልሻ ንመጀመርታ መእረምታ ይወሃብ። ኣብ ካልኣይ 1 ቅርሺ ይቕፃዕ ኣብ ሳልሳይ ጊዜ ኣብ ምልሻ ቀሪቡ ተገምጊሙ ተነቂፉ መጠንቀቅታ ይወሃብ።
12. እዞም ቅፅዓታት እዚኦም ኣብ ሕጊ ቀሪቡ ብቤት ፍርዲ ክወሃብ ዝኽእል ቅፅዓት ኣየድሕኖን። ዝኮነ ምልሻ እዚ ደንቢ ኣይፈለጥኩዎን ብዝብል ካብ ቅፀዓት ኣይድሕንን።

### 14. ናይ ቅዓት ገንዘብ ኣተሓሕዛ

1. ካብ ምልሻ ብቅፅዓት ዝኣተወ ገንዘብ ሕጋዊ ደረሰት ሃልይዎ ብናይ ጣብያ ጠርነፍት

ከከባድ ማስጠንቀቂያ እስከ ከሚልሻነት ይባረራል።

5. በተሰጠው የጥበቃ ስራ ካለ ፍቃድ የሚቀር ለመጀመርያ ጊዜ 10 ብር ይቀጣል፣ ለሁለተኛ ጊዜ ከደገመ በሚሊሻ ተገምግሞ ማስጠንቀቂያ ይሰጠዋል።
6. አላግባብ ጥይት የተኮሰ ለአንድ ጥይት ከ10-15 ብር ከፍሎ ለፈፀመው የፀጥታ ማደፍረስ ማህበራዊ ፍርድ ቤት ቀርቦ ይቀጣል
7. በዚሁ ደንብ አንቀፅ 11ና 12 የተመለከቱትን ጥፋቶች የሚፈፀም እንዲሁም በማስጠንቀቂያ የተቀመጡትን ጥፋቶችን በተደጋጋሚ የሚፈፅም አባል ከሚሊሻነት መባረር ቅጣት ይፈፀምበታል። ላጠፋው ንብረትም በህግ ተከሶ ይጠየቃል።
8. የማህበራዊ ፍርድ ቤቶችን ትእዛዝ የሚያስተጓጉል አባል በነዚሁ ፍ/ቤቶች ቀርቦ ይቀጣል
9. ከ6 ወር በላይ ካለፍቃድ የጠፋ አባል ተገምግሞ ከሚሊሻነት ይባረራል
10. ማንኛወም አባል የትጥቅ መታወቂያ መያዝ ሲገባው ይህ ተግባራዊ ካላደረገ ለመጀመሪያ ጊዜ 5 ብር፣ ለሁለተኛ ጊዜ 10 ብር ተቀጥቶ መታወቂያውን እንዲይዝ ይደረጋል።
11. ከስራ ውጭ ትጥቅን ይዞ በከተሞች የሚዘዋወር አባል ለመጀመሪያ ጊዜ ማስተካከያ/ማረሚያ/ ይሰጠዋል፣ ለሁለተኛ ጊዜ 1 ብር ይቀጣል፣ ለሶስተኛ ጊዜ ሲያጠፋ ደግሞ በአባላት ሚሊሻ ፊት ቀርቦ ተገምግሞና ተነቅፎ ማስጠንቀቂያ ይሰጠዋል።
12. እነዚህ ቅጣቶቸ በህግ መሰረት በፍርድ ቤቶች የሚሰጡትን ቅጣቶች የሚያድኑ አይደሉም፣ ማንኛውም ሚሊሻ ይህ ደንብ አለማወቅ ከቅጣት አያድነውም።

### 14. የቅጣት ገንዘብ አያያዝ፣

1. ከሚሊሻ በቅጣት የሚሰበሰብ ገንዘብ የጣብያ ሚሊሻ ሓላፊዎች ህጋዊ ደረሰኝ በመስጠት

ምልሻ ኣታዊ ይግበር።

2. በቢ ጣብያኡ ብቅፅዓት ኣታዊ ዝኾነ ገንዘብ በቢወርሒ ናይ ጣብያ ኮማንደራት ናብ ወረዳ ምልሻ ቤት ፅሕፈት ብሕጋዊ ፋክቱር ኣታዊ ይገብሩ።
3. ወረዳ ምልሻ ቤት ፅሕፈት ነቲ ገንዘብ ምስ ዞባ ምልሻ ቤት ፅሕፈት እናተረዳድአ ኣብ ናይቲ ወረዳ ናይ ምልሻ ዕጥቂ ግልጋሎትን ካልኦት ኣገደስቲ ስራሕቲን ክውዕል ይገብር
4. ካብ ምልሻ ብቅፅዓት ዝኣተወ ገንዘብ ብዘይኣግባብ ከይጠፍእን ከይባኸንን ኣብ ስሩዕ ናይ ሰለስተ ወርሒ ኣኼባ መልሻ ዝኣተወ ገንዘብን ዝወፀ ወፃእን ዝርዝር ምክንያቱን ሪፖርት ነቲ ምልሻ ቀሪብሉ እናተቆፃፀሮ ክኸይድ ይግበር።

15.**ኣፈፃፅማ ቅፅዓት**

1. ካብ ምልሻ ናይ ምብራር ውሳነ ብናይ ጣብያ ህዝብን ወረዳ ፈፃሚትን ይወሃብ
2. ናይ ገንዘብ መቕፃዕቲ ፣ ነቀፌታን መጠንቀቅታን ብጠርነፍቲ መልሻ ይፍፀም
3. ናይ ገንዘብ መቕፃዕቲ ተወሲንዎ ዘይፍፅም ኣባል ምልሻ ናብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ተኸሲሱ ውሳነ ክረክብ ይግበር።

**ክፍሊ ሽዱሽተ**

**ስንብትን ናይ ሃርበኝነት ክብርን ኣባል ምልሻ፣**

16.**ስንብት ምልሻ**

1. ኣባል ኮነ ጠርናፊ ምልሻ ካብ ምልሻነት ክሳናበት እንተደልዩ ምኽንያት መሰናበቲኡ ጠቒሱ ብፅሑፍ ናብ ጣብያ ጠርነፍቲ ምልሻ ኣቕሪቡ ብናይ ጣብያን ወረዳን ምልሻ ቤት ፅሕፈት ቅቡል ምስኮነ ዘለዎ ንብረት መንግስቲን ህዝብን ኣረኪቡ ይሰናበት።
2. ስንብት ዝሓተት ምልሻ ክሳብ ዝውሰነሉ ግቡእ እናፈፀመ ይፀንሕ፣ ዝፈፀሞ ጥፍኣት እንተሃልዩ ተቐፂዑ ይወፀእ።
3. ስንብት ዝሓተት ምልሻ ሕትኡ ምስ

ይሰበስባል

2. የጣብያ ኮማንደሮች በቅጣት የተሰበሰበወን ገንዘብ የወሩ ለወረዳ ሚሊሻ ጽ/ቤት በሕጋዊ ፋክቱር ገቢ ያደርጋሉ
3. የወረዳ ሚሊሻ ጽ/ቤት ከሆኑ ሚሊሻ ጽ/ቤት ጋር በመነጋገር ከቅጣት የተሰበሰበውን ገንዘብ ለወረዳው የሚሊሻ ትጥቅና ለሌሎች አስፈላጊ ስራዎች እንዲውል ያደርጋል።
4. ከአባላት በቅጣት የሚሰበሰበው ገንዘብ አላግባብ እንዳይጠፋና እንዳይባክን በየሶስት ወሩ በሚደረገው የሚሊሻ መደበኛ ስበሰባ ገቢና ወጪ የሆነውን ገንዘብና የወጣበትን ምክንያት በዝርዝር ለሚሊሻ አባላት ቀርቦ ቁጥጥር ይካሄድበታል።

15.**የቅጣት አፈፃፀም**

1. ከሚሊሻ አባልነት የሚባረር በጣብያው ህዝብና በወረዳው ስራ አስፈፃሚ አካል ውሳኔይሰጣል
2. የገንዘብ ቅጣት፣ ነቀፌታና ማስጠንቀቂያ በሚሊሻ ሓላፊዎች ይፈፀማል።
3. የገንዘብ ቅጣት ተወስኖበት በማይፈፅም ኣባል ማህበራዊ ፍርድ ቤት ፊት ተከሶ በመቅረብ ውሳኔ ይሰጥበታል

**ክፍል ስድስት**

**የሚሊሻ አባላት ስንብትና የአርበኝነት ክብር**

16.**ስንብት**

1. ማንኛውም የሚሊሻ አባል ወይም ሓላፊ ከሚሊሻ አባልነት ለመሰናበት በሚፈልግበት ጊዜ ምክንያቱን ገልፆ በፅሑፍ ለጣብያ የሚሊሻ ሓላፊዎች በማቅረብ ጥያቄው በጣብያውና በወረዳው ሚሊሻ ጽ/ቤት ተቀባይነት ሲያገኝ በእጁ የሚገኝ የመንግስትና የህዝብ ንብረት አስረክቦ ይሰናበታል።
2. ስንብት የጠየቀ ሚሊሻ እስከሚወሰንለት ድረስ ግዴታውን እየፈፀመ መጠባበቅ ይኖርበታል። የፈፀመው ጥፋት ካለ ተቀጥቶበት ይወጣል።
3. ስንብት የጠየቀ ሚሊሻ ጥያቄው ካቀረበ

ኣቅረበ ካብ ክልተ ወርሒ ኣብ ዘይነወሐ ጊዜ ናይ ስንብት ውሳነ ይውሃቦ።

17.ናይ ሃርበኝነት ክብሪ

1. ብዕብየት ምኽንያት ዕጥቂ ክሕዙ ዘይኽእሉ ሽማግለታት ምልሻ

ሀ. በቲ መምርሒ መሰረት ክዓጥቕ ዝኽእል ውላድ እንተሃልይዎም ንጠርነፍቲ ምልሻ ጣብያን ወረዳ ምልሻ ፀሓፍትን ኣፍሊጦም ብረቶም ብድልየቶም ንውላዶም ክህቡ ይኽእሉ።

ለ. ኣይንህብን ዝብሉ ድማ ክሳብ ብህይወት ዘለዉ ዕጥቆም ይሕዙ።

ሐ. ዕጥቂ ወላዲኦም ዝወረሱ ሰባት በቲ ናይ ምልሻ ደንቢ ይጥረነፉ/ይመሓደሩ/

መ. ናይ ምልሻ ኣባልነት ዘይብሎምን በቲ ደንቢ ክምርሑ ፍቓደኛ ዘይኮኑን ወረስቲ ዕጥቂ ዕጥቆም ይሕደጉ።

2. ሃርበኛታት ኣቦታትን ብዕደመ ዝሸምገሉ ኣባላት ምልሻን ፍሉይ ክብሪ ይወሃቦም። ክሳብ ሕልፈቶም ኣባል ምልሻ ብመዝገብ ሰፊሮም ይጥርነፉ ግና ኩሎም ግቡኣት ክፍፅሙ ኣይግደዱን። ናይ ክብሪ ምስክር ወረቀት'ውን ይወሃቦም።

መጋቢት 1989 ዓ.ም
ገብሩ አስራት
ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ከሁለት ወር ላልበለጠ ጊዜ ውስጥ የስንብት ውሳኔ ይሰጠዋል።

17.የአርበኝነት ክብር፣

1. በእርጅና ምክንያት ትጥቅ መያዝ የማይችሉ ሽማግሌ አባላት፣

ሀ. በመመሪያው መሰረት ትጥቅ ለመያዝ የሚችል ልጅ ካላቸው ለጣብያ ወረዳ ሚሊሻ ሓላፊዎች በማስታወቅ መሳርያውን በፍላጎት ለልጃቸው መስጠት ይችላሉ

ለ. ለመስጠት ካልፈለጉ በህይወት እስካሉ ድረስ ትጥቃቸውን ይይዛሉ

ሐ. የወላጆቻቸውን ትጥቅ የወረሱ ሰዎች በሚሊሻ ደንብ መሰረት ይተዳደራሉ

መ. የሚሊሻ ኣባላት ያልሆኑና በደንቡ መሰረት ሊመሩ ፈቃደኛ ያልሆኑ ሰዎች የወረሱትን ትጥቅ ይነጠቃሉ

2. አባላት አርበኞችና በእድሜ የሸመገሉ አባላት ልዩ ክብር ይሰጣቸዋል። በህይወት እስካሉ ድረስ በሚሊሻ አባላት መዝገብ ውስጥ ሰፍረው ይተዳደራሉ። ሆኖም ሁሉንም ግዴታዎች ለመፈፀም አይገደዱም። የክብር ምስክር ወረቀት ይሰጣቸዋል።

መጋቢት 1989 ዓ.ም
ገብሩ አስራት
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com

6ይ ዓመት ቁፅሪ 3
6ኛ ዓመት ቁጥር3

መቐለመጋቢት 1989ዓ.ም

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት

ናይ ሓደ ዋጋ8.40 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ደንቢ ቑፅሪ 3/1989
ገፅ 1

ማ ው ጫ
ደንብ ቁጥር 3/1989
ገጽ 1

## ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኢንቨስትመንት ብዛዕባ ምብርታዕ ዝወፀ ደንቢ ቁፅሪ 3/1989

### ክፍሊ ሓደ

### ሓፈሻዊ

1. **ሓፂር ርእሲ**

   እዚ ደንቢ "ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኢንቨስትመንት ንምብርታዕ ዝወፀ ደንቢ ቁፅሪ 3/1989" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

2. **ትርጉም**

   ኣጠቓቕማ እቲ ቃል ካሊእ ትርጉም ክወሃቦ እንተዘይገይሩ ኣብ ውሽጢ እዚ ደንቢ፣

   1. "ኣዋጅ" ማለት ኣዋጅ ኢንቨስትመንት ቁፅሪ 24/1989 እዩ
   2. "ናይ ጉምሩክ ቐረፅ" ማለት ካብ ወፃኢ ንዝመፁ መሳርሕታት ዝምደብ ታክስታት ይሓውስ እዩ።
   3. "ናይ ኣታዊ ግብሪ" ማለት ናይ ፌደራል መንግስቲ፣ ወይ ናይ ክልል ምምሕዳር ናይ ክልቲኤን ሓበራዊ ኣታዊ ኣብ ትርፊ ተደሪኹ ዝምደብ ታክሲ እዩ።
   4. "ቦርድ" ማለት ተነፂሩ ዝተገለፀ ናይ'ቲ ፌደራል መንግስቲ ወይ ናይ ክልል መንግስቲ ኢንቨስትመንት ቦርድ እዩ።
   5. "ባዓል መዚ" ማለት በዓል መዚ ኢንቨስትመንት ኢትዮጵያ ማለት እዩ።
   6. ኣብ ኣዋጅ ቁፅሪ 24/1989 ዓንቀፅ 2 ንዝተገለፁ ቃላት ዝተውሃበ ትርጉም ኣብ'ዚ ደንቢ እዙይ ተፈፀምቲ ይኾኑ።

## በትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ኢንቨስትመንት ለማበረታታት የወጣ ደንብ ቁጥር 3/1989

### ክፍል አንድ

### ጠቅላላ

1. **አጭር ርእስ**

   ይህ ደንብ "በትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ኢንቨስትመንት ለማበረታታት የወጣ ደንብ ቁጥር 3/1989" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል፡

2. **ትርጓሜ**

   የቃሉ አገባብ ሌላ ትርጉም የሚሰጠው ካልሆነ በስተቀር በዚህ ደንብ ውስጥ፣

   1. "አዋጅ" ማለት የኢንቨስትመንት አዋጅ ቁጥር 24/1989 ነው።
   2. "የጉምሩክ ቀረጥ" ማለት ከውጪ በሚመጡት መሳሪያዎች የሚጣለውን ታክስ ይጨምራል።
   3. "የገቢ ግብር" ማለት የፌደራል መንግስት ወይም የክልል መስተዳደር ወይም በሁለቱም የጋራ ገቢ በትርፍ ላይ ተመርኩዞ የሚመደብ ታክስ ነው።
   4. "ቦርድ" ማለት ተለይቶ የተመለከተውን የፌደራል መንግስት ወይም የክልል መንግስት የኢንቨስትመንት ቦርድ ነው።
   5. "ባለስልጣን" ማለት የኢትዮጵያ ኢንቨስትመንት ባለስልጣን ነው።
   6. በአዋጅ ቁጥር 24/1989 ዓንቀፅ 2 ለተመለከቱት ቃላት የተሰጡ ትርጓሜዎች በዚህ ደንብ ውስጥ ተፈጻሚነት

**<u>ክፍሊ ክልተ</u>**
**<u>ካብ ኣታዊ ግብሪ ናፃ ብዛዕባ ምዃን</u>**

3. **<u>ፍሉይ ጠመተ ብዛዕባ ዝዋሃቦም ናይ ኢንቨስትመንት ዓውዲ ስራሕቲ፣</u>**
   1. ፍሉይ ጠመተ ዝተዋሃቦም ዓውዲ ስራሕቲ ብቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ኣብ ዝወፀ ደንቢ ቁፅሪ 7/88 ተታሓሒዙ ኣብ ዝርከብ ሰንጠረዥ ሓደ ዝተዘርዘሩ እዮም
   2. ፍሉይ ጠመተ ኣብ ዝወሃቦ ዓውዲ ስራሕቲ ሓዱሽ ትካል ንምቛም ኢንቨስት ንዝገብር ባዓል ውልቀ ሃፍቲ ን4(ኣርባዕተ) ዓመት ካብ ኣታዊ ግብሪ ክፍሊ ናፃ ይኸውን።
4. **<u>ጠመተ ብዛዕባ ዝወሃቦም ናይ ኢንቨስትመንት ዓውዲ ስራሕቲ፣</u>**
   1. ጠመተ ዝዋሃቦም ናይ ኢንቨስትመንት ዓውዲ ስራሕቲ ብቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ኣብ ዝወፀ ደንቢ ቁፅሪ 7/88 ተታሒዙ ኣብ ዝወፀ ሰንጠረዥ ክልተ ተዘርዚሮም እዮም።
   2. ጠመተ ኣብ ዝተዋሃቦ ዓውደ ስራሕ ሓዱሽ ትካል ንምቛም ኢንቨስት ንዝገብር በዓል ውልቀ ሃብቲ ን2/ክልተ/ ዓመት ካብ ኣታዊ ግብሪ ናፃ ይኸውን።
5. **<u>ነባር ትካል ብዛዕባ ምግፋሕን ምምሕያሽን</u>**
   1. ፍሉይ ጠመተ ወይ ጠመተ ኣብዝወሃቦ ዓውደ ስራሕ ዝተዋፈረ ነባር ትካል ንምግፋሕ ወይ ምምሕያሽ ኢንቨስት ዝገብር በዓል ውልቀ ሃብቲ ዝገብሮ ምግፋሕ ወይ ምምሕያሽ ብዝምልከት ጥራሕ ካብ ኣታዊ ግብሪ ናፃ ናይ ምዃን ብዝኽተል ኣግባብ ይዋሃብ።

   ሀ. ፍሉይ ጠመተ ኣብዝወሃቦ ናይ ኢንቨስትመንት ዓውደ ስራሕ እንተኾይኑ ን2/ክልተ/ ዓመት፣

   ለ. ጠመተ ኣብ ዝወሃቦ ናይ ኢንቨስትመንት ዓውደ ስራሕ እንተኾይኑ ን1/ሓደ ዓመት/፣
   2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ብዝተመልከተ መሰረት ካብ ኣታዊ ግብሪ ናፃ ናይ ምዃን መሰል ተፈፃሚ

ይኖራቸዋል።

**<u>ክፍል ሁለት</u>**
**<u>ከገቢ ግብር ነፃ ስለመሆን፣</u>**

3. **<u>ልዩ ትኩረት የሚሰጣቸው የኢንቨስትመንት የስራ መስኮች</u>**
   1. ልዩ ትኩረት የሚሰጣቸው የስራ መስኮች በሚኒስትሮች ምክር ቤት ከወጣው ደንብ ቁጥር 7/88 ተያይዞ በሚገኘው ሰንጠረዥ ቁጥር አንድ የተዘረዘሩት ናቸው
   2. ልዩ ትኩረት በሚሰጣቸው የስራ መስኮች አዲስ ድርጅት ለማቋቋም ኢንቨስት የሚያደርግ ባለሃብት ለአራት አመት ከገቢ ግብር ክፍያ ነፃ ይሆናል።
4. **<u>ትኩረት የሚሰጣቸው የኢንቨስትመንት የስራ መስኮች፣</u>**
   1. ትኩረት የሚሰጣቸው የስራ መስኮች በሚኒስትሮች ምክር ቤት በወጣው ደንብ ቁጥር 7/88 ተያይዞ በወጣው ሰንረዥ ቁጥር 2 የተዘረዘሩ ናቸው
   2. ትኩረት በሚሰጣቸው የስራ መስኮች አዲስ ድርጅት ለሚያቋቁም ባለሀብት ለሁለት ዓመት ከገቢ ግብር ነፃ ይሆናል
5. **<u>ነባር ድርጅት ስለማስፋፋትና ስለማሻሻል</u>**
   1. ልዩ ትኩረት ወይም ትኩረት በተሰጠው የስራ መስክ የተሰማራ ነባር ድርጅት ለማስፋፋት ወይም ለማሻሻል ኢንቨስት የሚያደርግ ባለሀብት የሚያደርገው ማስፋፋት ወይም ማሻሻል በሚመለከት ብቻ፣ ከገቢ ግብር ነፃ የመሆን መብት በሚከተለው አኳሃን ይፈጸማል

   ሀ. ልዩ ትኩረት ለተሰጠው የኢንቨስትመንት የስራ መስክ ለ2/ሁለት/ ዓመት

   ለ. ትኩረት ለሚሰጠው የኢንቨስትመንት የስራ መስክ ለ1/አንድ/ ዓመት፣
   2. በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 በተመለከተው መሰረት ከገቢ ግብር ነፃ የመሆን መብት ተፈፃሚነት የሚኖረው

ዝኸውን /ኣብ ተግባር ዝውዕል/ እቲ ምግፋሕ ወይ ምምሕያሽ ዘምፅኦ /ዘርከቦ/ ተወሳኺ ኣታዊ ተፈልዩ ሒሳብ እንተተታሒዙሉ እዩ።

6. <u>ናይ ካፒታል ገደብ፣</u>

1. ዝኾነ በዓል ውልቀ ሃብቲ በዚ ደንቢ እዙይ ዓንቀፅ 3ን 4ን መሰረት ንዝፍቀድ መበራትዒ ብቑዕ ዝኸውን ንሓዱሽ ትካል ንኢንቨስትመንት ዝተመደበ ካፒታል ካብ ብር 250,000 ዘይንእስ እንተኾይኑ እዩ።
2. ዝኾነ ባዓል ውልቀ ሃብቲ በዚ ደንቢ እዙይ ዓንቀፅ 5 መሰረት ንምግፋሕ ወይ ምምሕያሽ ዝፍቀድ መበራትዒ ተጠቃሚ ክኸውን ዝኽእል ንምግፋሕ ወይ ምምሕያሽ እቲ ፕሮጀክት ዝተመደበ ናይ ኢንቨስትመንት ካፒታል ምስ'ቲ ነባር ፕሮጀክት እንትነፃፀር ቐፂሉ ካብ ዝተዘርዘረ ሚኢታዊ እንተዘይንኢሱ ጥራሕ እዩ።

ሀ. ካብ 250,000 ክሳብ 2,000,000 ካፒታል ክኸውን እንተሎ 45%

ለ. ካብ ብር 2,000,000 ንላዕሊ ክሳብ ብር 5,000,000 ክኸውን እንተሎ 40% ኾይኑ ግን ካብ ብር 900,000 ዘይናኣሰ፣

ሐ. ካብ 5,000,000 ንላዕሊ ክሳብ ብር 20,000,000 ክኸውን እንተሎ 35% ኾይኑ ግን ካብ ብር 2,000,000 ዘይነኣሰ፣

መ. ካብ ብር 20,000,000 ንላዕሊ ክሳብ ብር 50,000,000 ክኸውን እንተሎ 30% ኾይኑ ግን ካብ ብር 7,000,000 ዘይነኣሰ

ሰ. ካብ ብር 50 ሚሊዮን ንላዕሊ ክሳብ ብር 100 ሚልዮን ክኸውን እንተሎ 25% ኾይኑ ግን ካብ ብር 15 ሚልዮን ዘይነኣሰ

ረ. ካብ ብር 100 ሚሊዮን ንላዕሊ ክኸውን እንተሎ 20% ኾይኑ ግን ካብ ብር 25 ሚልዮን ዘይነኣሰ

3. ሀ. ትኽክለኛ መጠን ናይ ነባር ካፒታል ብኦዲተር ብዝተመርመረ ሒሳብ

የሚደረገው ማስፋፋት ወይም ማሻሻል የሚያስገኘውን ተጨማሪ ገቢ ተለይቶ ሂሳብ ከተያዘለት ነው።

6. <u>የካፒታል ገደብ</u>

1. ማንኛውም ባለሃብት በዚህ ደንብ ዓንቀፅ 3 እና 4 መሰረት ከሚሰጠው ማበረታቻ ብቁ የሚሆነው አዲስ ድርጅት ለማቋቋም የመደበው የኢንቨስትመንት ካፒታል ከ250,000 ብር የማያንስ ከሆነ ነው።
2. ማንኛውም ባለሀብት በዚህ አንቀፅ 5 መሰረት ለሚሰጠው ማበረታቻ ብቁ የሚሆነው ለማስፋፍያ ወይም ለማሻሻያ ፕሮጀክቱ የመደበው የኢንቨስትመንት ካፒታል ከነባር ድርጅቱ ካፒታል ጋር ሲነፃፀር ከሚከተለው መቶኛ ያላነሰ ከሆነ ብቻ ነው።

ሀ. ከብር 250,000 እስከ ብር 2,000,000 ካፒታል ሲሆን 45%

ለ. ከብር 2,000,000 እስከ ብር 5,000,000 ሲሆን 40% ሆኖ ከብር 900,000 ያላነሰ፣

ሐ. ከብር 5,000,000 በላይ እስከ ብር 20,000,000 ሲሆን 35% ሆኖ ከብር 2 ሚልዮን ያላነሰ፣

መ. ከብር 20,000,000 በላይ እስከ 50,000,000 ሲሆን 30% ሆኖም ከ7,000,000 ያላነሰ

ሰ. ከብር 50,000,000 በላይ እስከ ብር 100,000,000 ሲሆን 25% ሆኖም ከብር 15,000,000 ያላነሰ

ረ. ከብር 100,000,000 በላይ ሲሆን 20% ሆኖም ከብር 25,000,000 ያላነሰ

3. ሀ. የነባር ድርጅት ካፒታል ትክክለኛ መጠን በኦዲተር የተመረመረ የሂሳብ

ሪፖርተር ዝተረጋገፀ ወይ ብኦዲተር ዝተመርመረ ሒሳብ ሪፖርት እንተዘይሃልዩ፣ ቢሮ ፋይናንስ መረጋገፂ ዝገበረሉ ናይ ሒሳብ ሪፖርት ክኸውን ኣለዎ።

ለ. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ቁፅሪ 3/ሀ ዝተመልከተ ንመጋፍሒ ወይ ንመመሓየሺ ኣብ ዝተገበረ ኢንቨስትመንት ካፒታል ተፈፃሚ ይኸውን

7. **ካብ ኣታዊ ግብሪ ናፃ ምኻን ዝጅመረሉ እዋን(ጊዜ)**

ሓደ ኢንቨስተር ካብ ኣታዊ ግብሪ ናፃ ዝኾነሉ ጊዜ ዝጅመር ከምቲ ኣግባቡ ፍርያት ምህርቲ ካብ ዝተረኸበሉ ወይ ምምራት ወይ ግልጋሎት ምሃብ ካብ ዝጀመረሉ ዕለት ይኸውን።

8. **ብዛዕባ ኪሳራ ምትሕልላፍ፣**

ካብ ኣታዊ ግብሪ ናፃ ምኻን መሰል ኣብዝተውሃበሉ ጊዜ ውሽጢ ኾይኑ ዘጋጥሙ ኪሳራ፣ ዝበፅሖ ኪሳራ ናይ ኣታዊ ግብሪ ናፃ መሰል ምስኣኸለ ንዝቅፅሉ ዓመታት ይመሓለለፍ።

1. ፍሉይ ጠመተ ኣብዝወሃቦ ዓውደ ስራሕቲ ዝተዋፈረ እንተኾይኑ ን5/ሓሙሽተ/ ዓመት፣
2. ጠመተ ኣብዝወሃቦ ዓውደ ስራሕቲ ዝተዋፈረ እንተኾይኑ ን3/ሰለስተ/ ዓመት፣

9. **ብዛዕባ ንስልጠናን ንፅንዓትን ዝግበር ወፃኢታት**

ኣብ ኢንቨስትመንት ዝተሳተፈ ኢንቨስተር ንትካሉ ብዝምልከት ዝገብሮ መመሓየሺ ፅንዓትን ምርምርን ከምኡ'ውን ንስልጠና ፕሮግራም ዘውፅኦ፣ ወፃኢ ግብሪ ዝኸፈለሉ ኣታዊ ክስራሕ ከሎ ክቕነስ ይግበር።

10. **ብዛዕባ ኣፀባፅባ ምቕናስ እርጋን /ዱፕሪሰየሽን/፣**

1. ቅናሽ እርጋን ዝፅብፀብ ከም ድሌት ኢንቨስተር ኾይኑ ብብዓመቱ ብሓደ ዓይነት ወይ እናነከየ ብዝኸደ መጠን ይኸውን።
2. ብምርጫ ባዓል ውልቀ ሃብቲ ኣብዚ

ሪፖርት የተረጋገጠ ወይም በኦዲተር የተመረመረ የሂሳብ ሪፖርት ከሌለ የሂሳብ ሪፖርቱ የፋይናንስ ቢሮ የሚያምንበት መሆን አለበት።

ለ. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 3/ሀ የተመለከተውን ለማስፋፋት ወይም ለማሻሻል በሚደረግ ኢንቨስትመንት ካፒታል ላይ ተፈፃሚ ይሆናል።

7. **ከገቢ ግብር ነፃ የመሆን ዘመን ስለሚጀምርበት ጊዜ**

አንድ ኢንቨስተር ከገቢ ግብር ነጻ የሚሆንበት ጊዜ የሚጀምረው እንደ አግባቡ የምርት ውጤት ካገኘበት ወይም ማምረት ወይም ግልጋሎት መስጠት ከጀመረበት ቀን ይሆናል።

8. **ኪሳራ ስለመተላለፍ**

ከገቢ ግብር ነፃ የመሆን መብት በተሰጠበት ጊዜ ውስጥ ኪሳራ ያጋጠመው ባለሀብት፣ የደረሰበትን ኪሳራ የነፃ መብቱ ዘመን እንዳለቀ ለሚከተሉት ዓመታት ይተላለፍለታል፣

1. ልዩ ትኩረት በተሰጠው የስራ መስክ የተሰማራ ከሆነ ለ5 (አምስት) ዓመት፣
2. ትኩረት በተሰጠው የስራ መስክ የተሰማራ ከሆነ 3(ሶስት) ዓመት

9. **ለስልጠናና ለጥናት ስለሚደረጉ ወጪዎች**

በኢንቨስትመንት የሚሳተፍ ኢንቨስተር ድርጅቱን በተመለከተ የሚያካሂደውን የማሻሻያ ጥናትና ምርምር እንዲሁም የስልጠና ፕሮግራም ያደረገው ወጪ፣ ግብር በሚከፈልበት ገቢ ሲታሰብ ተቀናሽ ይደረግለታል።

10. **ስለ እርጅና ቅናሽ የስሌት ዘዴ**

1. የእርጅና ቅናሽ የሚሰላው እንደ ባለሀብቱ ምርጫ በየዓመቱ በአንድ ዓይነት ወይም እየቀነሰ በሚሄድ መጠን ይሆናል።
2. ባለሀብቱ በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1

ዓንቀፅ ንኡስ ቁፅሪ 1 ካብ ዝተመልከተ ንሓዲኡ ጥራሕ ዝሓዘ ኾይኑ ምስ መመልከቲ ቅጥዒ ኢንቨስትመንት ፍቃድ ተታሒዙ ክቐርብ ኣለዎ።

3. ባዓል ውልቀ ሃብቲ ብንኡስ ዓንቀፅ 2 መሰረት ዝመረፆ ፀብፃብ ምቕናስ እርጋን እቲ ትካል ብቐዋሚነት ዝጥቀመሉ ይኸውን።

<u>ክፍሊ ሰለስተ</u>

<u>ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ነፃ ብዛዕባ ምዃን</u>

11.<u>ሓፈሻዊ</u>

1. ብቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ምስዝወፀ ደንቢ ቑፅሪ 7/88 ተታሓሒዞም ኣብ ዝርከቡ ሰንጠረዥ ሓደ፣ ክልተን ሰለስተን ተዘርዚሮም ኣብ ዘለዉ ፍሉይ ጠመተ ወይ ጠመተ ኣብዝተውሃቦም ዓውዲ ስራሕቲ ኣብዚ ደንቢ እዙይ ዓንቀፅ 6 ካብዝተደንገገ ዝታሓተ ናይ ካፒታል ገደብ ዘይናኣሰ ኢንቨስት ንዝገብር በዓል ውልቀ ሃፍቲ ንዘቑም ሓዱሽ ትካል ወይ ንዘጋፍሕ ወይ ንዘመሓይሽ ነባር ትካል ዘድልዩ መሳርሒታትን ኣቑሑትን ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ኾይኖም ክኣትዉ ይኽእሉ።

2. ብቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ኣብዝወፀ ኢንቨስትመንት መበራትዒ ደንቢ ቁፅሪ 7/88 ተታሓሒዙ ኣብዝወፀ ሰንጠረዠ ኣርባዕተ ንዝተዘርዘሩ ካብ ብር 250 ሽሕ ኢንቨስትመንት ካፒታል ንታሕቲ ዝካየድ ዓውደ ስራሕቲ ኢንቨስት ዝገብር በዓል ውልቀ ሃፍቲ ንዘቑም ሓዱሽ ትካል ዘድልዩ መሳርሒታትን ኣቑሕትን ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ኾይኖም ክኣትዉሉ ይኽእሉ።

3. ዝኾነ ናይ ካፒታል ኣቕሓ ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ኾይኑ ክኣቱ ይፍቀድ እዩ። ይኹን'ምበር ካብ ቐረፅ ናፃ ኾይኖም ካብ ወፃኢ ክኣትዉ ዝድለዩ መሳርሕታትን ኣቑሑትን ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝምረቱ እንተኾይኖም ካብ ወፃኢ ዝመፁ ክትክኡ ዝኽእሉ ናይ ካፒታል ኣቑሑት መሳርሒታትን ዝርዝር ብፌደራል መንግስቲ ኢንቨስትመንት

መሰረት የሚደረገው ምርጫ ከሁለት አንዱን ብቻ የያዘ ሆኖ ከኢንቨስትመንት ፈቃድ ማመልከቻው ጋር መቅረብ አለበት

3. ባለሀብቱ በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 2 መሰረት የመረጠው የእርጅና ቅናሽ የስሌት ዘዴ ድርጅቱ ለዘለቄታው የሚጠቀምበት ይሆናል።

<u>ክፍል ሶስት</u>

<u>ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ስለመሆን</u>

11.<u>ጠቅላላ</u>

1. በሚኒስትሮች ምክር ቤት ከወጣው ደንብ ቁጥር 7/88 ጋር ተያይዘው በሚገኙት ሰንጠረዠ አንድ፣ ሁለትና ሶስት በተዘረዘሩት ልዩ ትኩረት ወይም ትኩረት በሚሰጣቸው የስራ መስኮች በዚህ ደንብ አንቀፅ 6 ከተደነገገው ዝቅተኛ የካፒታል ገደብ ያላነሰ ኢንቨስት የሚያደርግ ባለሀብት ለሚያቋቁመው አዲስ ድርጅት ወይም ነባር ድርጅት ለማስፋፋት ወይም ለማሻሻል የሚያስፈልጉትን መሳሪያዎችና ዕቃዎች ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሊገቡ ይችላሉ።

2. በሚኒስትሮች ምክር ቤት በወጣው የኢንቨስትመንት ማበረታቻ ደንብ ቁጥር 7/88 ተያይዞ በወጣው ሰንጠረዠ አራት በተዘረዘሩት ከብር 250 ሺ የኢንቨስትመንት ካፒታል በታች በሚካሄዱ የስራ መስኮች ኢንቨስት የሚያደርግ ባለሀብት ለሚያቋቁመው አዲስ ድርጅት የሚያስፈልጉትን መሳሪያዎችና ዕቃዎች ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሊገቡ ይችላሉ

3. ማንኛውም የካፒታል እቃ ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆነው እንዲገቡ ይፈቀዳል፣ ሆኖም ከውጭ በሀገር ከቀረጥ ነፃ እንዲገቡ የሚጠይቁ የካፒታል ዕቃዎችና መሳሪያዎች በሀገር ውስጥ የሚመረቱ ከሆኑ ከውጭ የሚገቡትን ሊተኩ የሚችሉ የካፒታል ዕቃዎችና መሳሪያዎች ዝርዝር በፌደራል መንግስት የኢንቨስትመንት ቦርድ

ቦርድ ብዘወፅእ ክፈልጥ ስለዝግበር ብኡ መሰረት ተፈፃሚነት ይኸውን።

4. ካብ ቐረፅ ናፃ ዝኣትዉ ኣቑሑ ዝግባእ ዝነበረ ግምሩክ ቐረፅ ኣቐዲሙ ከይተኸፈለ ናይ ቐረፅ ናፃ መሰል ንኻሊእ ሰብ ክመሓላለፍ ኣይኽእልን።

12.<u>ንሕርሻ/ግብርና/ ኢንቨስትመንት ዝፍቀዱ መሳርሒታትን ኣቑሑትን</u>

ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ ኣቑሑትን ኣካላቶምን፣ ብዋጋ ካብ 15% ምስዘይበልፅ ናይ መለዋወጢ ኣቕሓ ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ኾይኖም ክኣትዩ ይፍቀድ።

1. ሓዱሽ መሬት ንሕርሻ ግልጋሎት ንምድላውን ኣብ ውሽጢ እቲ ሕርሻ መንገዲ ንምፅራግ ኣድለይቲ ዝኾኑ መሬት መፅረጊ መሳርሒታት፣
2. መሬት ካብ ምድላው ወይ ምልስላስ ጀሚሩ ምህርቲ/ኣዝመራ/ ክሳብ ምእካብ ኣድለይቲ ዝኾኑ ወይ ካብ መሬት ዝርከብ ምህርቲ/ውፅኢት/ ንምፍላይን ንምፅራይን ዘገልግሉ መሳርሒታት፣
3. ንምርባሕ እንስሳት ወይ ካብዚኦም ዝርከቡ ውፅኢት ንምፍላይ፣ ንምድላይ ወይ ንምፅራይ ከምኡ'ውን ልምዓት ሃብቲ ዓሳ ንምክያድ ዘገልግሉ መሳርሒታት፣
4. ንኣግሮ ኢንዱስትሪ ኣድለይቲ ዝኾኑ መምረቲ መሳርሒታትን ኣቑሑትን፣

13.<u>ንኢንዱስትሪ ኢንቨስትመንት ዝፍቀዱ መሳርሒታት</u>

ብዋጋ ካብ 15% ናይ'ቲ መሳርሒ ምስ ዘይበልፅ መለዋወጢ ኣቑሑት ብቐጥታ ፍርያት ፋብሪካ ንምምራት ዘድልዩ መምረቲ መሳርሕታትን ኣቑሑትን፣ ከምኡ'ውን ነቲ ፋብሪካ ህንፃ ስራሕ ዘገልግል ስቲል ስትራክቸር ኣካላት ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ኾይኖም ክኣትዉ ይፍቀድ እዩ።

14.<u>ንኮንስትራክሽን ኢንቨስትመንት ዝፍቀዱ መሳርሒታት</u>

ንህንፃ ኮንስትራክሽን ኳዕቲ ማይ ጉድጓድን ካልኦት ማይ ተንከፍ ኮንስትራክሽን

በሚወጣው እንዲታወቅ ስለሚደረግ በዚሁ መሰረት ተፈፃሚ ይሆናል።

4. ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆኖ የገባ ማናቸውም እቃ ሊከፈልበት ይገባ የነበረው የጉምሩክ ቀረጥ አስቀድሞ ሳይከፈልበት የቀረጥ ነፃ መበት ለሌለው ሰው ሊተርፍ አይችልም።

12.<u>ለግብርና ኢንቨስትመንት የሚፈቀዱ መሳሪየዎችና ዕቃዎች</u>

ከዚህ በታች የተዘረዘሩት እቃዎች ወይም ክፍሎቻቸው በዋጋ ከ15 በመቶ ከማይበልጥ የመለዋወጫ ዕቃዎች ጋር ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆነው እንዲገቡ ይፈቀዳል።

1. አዲስ መሬትን ለእርሻ ተግባር ለማዘጋጀትና የእርሻ ውስጥ መንገዶችን ለመዘርጋት የሚያስፈልጉ የመሬት ማዘጋጃ ማሰሪያዎች
2. መሬት ከማሰናዳት ወይም ከማለስለስ እስከ አዝመራ መሰብሰብ አስፈላጊ የሆኑ ወይም ከመሬት የሚገኘውን ውጤት ለመለየት ወይም ለማጣራት የሚያገለግሉ መሳሪያዎች።
3. እንስሶችን ለማራባት ወይም ከዚህ የሚገኘውን ውጤት ለመለየት ለማዘጋጀት ወይም ለማጣራት እንዲሁም የዓሳ ልማትን ለማካሄድ የሚያገለግሉ መሳሪያዎች፣
4. ለአግሮ ኢንዱስትሪ አስፈላጊ የሆኑ የማምረቻ መሳሪያዎችና እቃዎች።

13.<u>ለኢንዱስትሪ ኢንቨስትመንት የሚፈቀዱ መሳሪያዎች</u>

በቀጥታ ዕቃዎችን ለማምረት የሚያስፈልጉ የማምረቻ መሳሪያዎች፣ ዕቃዎችና የእነዚሁ ክፍሎች በዋጋ ከ15 በመቶ ከማይበልጥ የመለዋወጫ ዕቃዎቻቸው ጋር፣ እንዲሁም ለፋብሪካው ህንፃ ግንባታ የሚያገለግሉ ስቲል ስትራክቸር አካላት ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆነው እንዲገቡ ይፈቀዳል።

14.<u>ለኮንስትራክሽን ኢንቨስትመንት የሚፈቀዱ እቃዎች</u>

ለህንፃ ኮንስትራክሽን ፣ የውሃ ጉድጓድ ቁፋሮ እና ሌሎች የውሃ ነክ ኮንስትራክሽን

ስራሕቲ፣ ንግልጋሎት ክራይ ኮንስትራክሽን መሳርሒታት ብዋጋ ካብ 15% ምስ ዘይበልፅ መለዋወጢ ኣቕሑት ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ኾይኖም ክኣትዉ ይፍቀድ።

15.<u>ንግልጋሎት ሆቴልን ቱሪዝምን ኢንቨስትመንት ዝፍቀዱ ኣቑሑት</u>

1. ብኾኾብ ስታንዳርድ ንዝቐሙ ሆቴላትን ኣብ ፓርክታትን ታሪኻዊ ስፍራታትን ዝቐሙ ሎጂ ዘድልዩ ንምግቢ መብሰልን መዳለውን፣ ከምኡ'ውን ንግልጋሎት ላውንደሪ ዝውዕሉ ዓበይቲ ቀወምቲ ኣቑሑት ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ኾይኖም ክኣትዉ ይፍቀድ።
2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ቁፅሪ 1 መሰረት ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ኾይኖም ንክኣትዉ ዝፍቀዱም ኣቑሑት ዓይነትን በዝሕን ብናይ ፌደራል ኢንቨስትመንት ቦርድ ብዘውፅኦ መምርሒ ዝርዝሩ ዝውሰን ይኸውን።

16.<u>ንግልጋሎት ትምህርቲ ኢንቨስትመንት ዝፍቀዱ ኣቑሑት</u>

በብደረጅኡ ንዝርከቡ ናይ ትምህርቲ ተቋማት ክህልዮም ዝግባእ ናይ ትምህርቲ መገልገሊን ላባራቶሪ ኣቑሑትን ሚኒስተር ትምህርቲ ኣብዘውፅኦ መምርሒ ብዝተገለፀ ዝርዝር መሰረት ቀዋሚ ናይ ትምህርቲ ግልጋሎት መውሃቢ መሳርሕታትን ናይ ላቦራቶሪ ኣቑሑትን ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ኾይኖም ክኣትዩ ይፍቀድ።

17.<u>ንግልጋሎት ጥዕና ኢንቨስትመንት ዝፍቀዱ ኣቑሑት</u>

በቢደረጅኡ ናይ ጥዕና ግልጋሎት ትካላት ክህሊዮም ዝግባእ ግልጋሎት መውሃቢ መሳርሒታትን ናይ ላቦራቶሪ ኣቁሑትን ሚኒስተር ሓለዋ ጥዕና ኣብዘውፅኦ መምርሒ ብዝተገለፀ ዝርዝር መሰረት ቀዋሚ ናይ ሕክምና ግልጋሎት መውሃቢ መሳርሒታትን ናይ ላባራቶሪ ኣቑሑት ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ኾይኖም ክኣትዩ ይፍቀድ።

18.<u>ንግልጋሎት መጓዓዝያ /ትራንስፖርት/ ፣ ግልጋሎት መኻዝን ኢንቨስትመንት ዝፍቀዱ</u>

ስራዎች፣ ለኮነስትራክሽን ማሳሪያዎች ኪራይ አገልግሎት የሚያስፈልጉ የኮንስትራክሽን መሳሪያዎች በዋጋ ከ15 በመቶ ከማይበልጥ የመለዋወጫ ዕቃዎቻቸው ጋር ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆነው እንዲገቡ ይፈቀዳል።

15.<u>ለሆቴልና ቱሪዝም አገልግሎት ኢንቨስትመንት የሚፈቀዱ ዕቃዎች፣</u>

1. በኮከብ ደረጃ ለሚቋቋሙ ሆቴሎችና በፓርኮችና በታሪካዊ ቦታዎች ለሚቋቋሙ ሎጆች የሚያስፈልጉ ለምግብ ማብሰያና ማዘጋጃ፣ እንዲሁም ለላውንደሪ አገልግሎቶች የሚውሉ ከፍተኛ ቋሚ ዕቃዎች ለጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆነው እንዲገቡ ይፈቀዳል፣
2. በዚህ አንቀፅ ንዑስ አንቀጽ 1 መሰረት ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆነው እንዲገቡ የሚፈቀዱ ዕቃዎች ዓይነትና ብዛት የፌደራል ኢንቨስትመንት ቦርድ በመመርያ በሚያወጣው ዝርዝር ይወሰናል።

16.<u>ለትምህርት ግልጋሎት ኢንቨስትመንት የሚፈቀዱ ዕቃዎች</u>

በየደረጃው የሚገኙ የትምህርት ተቋማት ሊኖራቸው ሰለሚገባ የትምህርት መገልገያና የላቦራቶሪ ዕቃዎች የትምህርት ሚኒስትር በሚያወጣው መመርያ ላይ በተገለፀው ዝርዝር መሰረት ቋሚ የትምህርት አገልግሎት መስጫ መሳሪያዎችና የላቦራቶሪ ዕቃዎች ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆነው እንዲገቡ ይፈቀዳል።

17.<u>ለጤና አገለግሎት ኢንቨስትመንት የሚፈቀዱ ዕቃዎች</u>

በየደረጃው የሚገኙ የጤና አገልግሎት ተቋማት ሊኖራቸው ስለሚገባ የጤና አገልግሎት መስጫ መሳሪያዎችና የላቦራቶሪ ዕቃዎች፣ የጤና ጥበቃ ሚኒስተር በወጣው መመረያ ላይ በተገለፀው ዝርዝር መሰረት ቋሚ የሕክምና አገልግሎት መስጫ መሳሪያዎችና የላቦራቶሪ ዕቃዎች ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆነው እንዲገቡ ይፈቀዳል።

18.<u>ለትራንስፖርት አገልግሎትና ለማከማቻ አገልግሎት ኢነቨስትመንት የሚፈቀዱ</u>

**አቁሑት**

ኣብ ናይ ውሽጢ ሃገር ማያዊ ኣካላት ሰባትን ኣቑሑትን ንምጉዓዝ ዘገልግሉ ጀልባታትን ኣናእሽተይ መራኽብን፣ ክሳብ 20 መንገደኛታት ወይ ክሳብ 2700 ኪ.ግ ናይ ምፅዓን ዓቕሚ ዘለወን ኤርክራፍት፣ ካልኦት ግልጋሎት ኣብየሽን መውሃቢ መሳርሒታትን ክፍሊታት'ውን ኣብ መኽዘን ዝግጠሙ ናይ መዝሓሊ መሳርሒታት አቁሑት መልዓሊን/ክሬን/ ኣብ ውሽጢ መኽዘን መጓዓዚ መሳርሒታትን፣ ካብ 15% ምስዘይበልፅ መለዋወጢ ኣቑሑት ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ኾይኖም ክኣትዩ ይፍቀድ።

19.**ንግልጋሎት ኢንጅነሪንግን ቴክኒክ ምኽርን ኢንቨስትመንት ዝፍቀዱ መሳርሒታት**

ንቅየሳ ፣ ዲዛይን፣ ፎቶግራሜትሮ፣ ካርታ ግራፊክ፣ መዐቀኒ ፣ መፈተሽን ትክክለኛነቱ መረጋገፂን መሳርሒታትን ንግልጋሎት ኢንጅነሪንግን ምኽርን ዘድልዩ ቀዋሚ መሳርሒታትን ኣቑሑትን ክፍልታቶምን፣ ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ኾይኖም ክኣትዉ ይፍቀድ፣ ኮምፒተር፣ ፎቶ ኮፒ ዝመሳሰሉ ኣቑሑትን ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ክኣትዉ ኣይፍቀድን።

20.**ንግልጋሎት ምውጋድ ጉሓፍ ኢንቨስትመንት ዝፍቀዱ ተሽከርከርቲ፣**

ደረቅን ፈሳስን ጉሓፍ መልዓልን መጓዓዝን ተሽከርከርቲ ካብ 15% ምስዘይበልፅ ለውጢ ኣቑሑት ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ኾይኖም ክኣትዉ ይፍቀድ።

21.**ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንምቅራብን ንነዳዲ ምፅራይን ኢንቨስትመንት ዝፍቀዱ መሳርሒታትን ኣቑሑትን፣**

ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንምምራት፣ ንምምሕልላፍን መሳርሒታትን ኣቑሑትን ካብ 15% ብዋጋ ምስዘይበልፅ መለዋወጢ ኣቑሑ ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ናፃ ኾይኖም ክኣትዉ ይፍቀድ፡

22.**ብዛዕባ ደገፍ ውሃብቲ መሳርሒታትን**

**መሳሪያዎች፣**

በአገር ውስጥ ውሃ ላይ ሰዎችና ዕቃዎችን ለማጓጓዝ የሚያገለግሉ ጀልባዎችና አነስተኛ መረከቦች እስከ 20 መንገደኞች ወይም እስከ 2700 ኪ.ግ የመጫን አቅም ያላቸው ኤርክራፍቶች፣ ሌሎች የአብየሽን አገልግሎት መስጫ መሳሪያዎችና የነዚሁ ክፍሎች በመጋዘኖች ውስጥ የሚገጠሙ ማቀዝቀዣ መሳሪያዎች፣ የዕቃ ማንሻና በመጋዘን ውስጥ የማጓጓዣ መሳሪያዎችና በዋጋ ከ15 በመቶ ከማይበልጥ የመለዋወጫ ዕቃዎች ጋር ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆነው እንዲገቡ ይፈቀዳል።

19.**ለኢንጂነሪንግና ቴክኒካል ምክር አገልግሎት ኢንቨስትመንት የሚፈቀዱ መሳሪያዎች**

የቅየሳ፣ የዲዛይን፣ የፎቶግራ ሜትር፣ የካርቶ ግራፊክ፣ የመለኪያ፣ የመፈተሻና ትክክለኛነት የማረጋገጫ መሳሪያዎችና ለኢንጂነሪንግና ለቴክኒካል ምክር አገልግሎት የሚያስፈልጉ ቋሚ መሳሪያዎችና ዕቃዎች እንዲሁም የእነዚሁ ክፍሎች ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆነው እንዲገቡ ይፈቀዳል፣ ኮምፒተር ፎቶ ኮፒየርና የመሳሰሉት እቃዎች ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆነው እንዲገቡ አይፈቀድም።

20.**ለቆሻሻ ማስወገድ አገልግሎት ኢንቨስትመንት የሚፈቀዱ ተሽከረካሪዎች**

ደረቅና ፈሳሽ ቆሻሻ ማንሻና ማጓጓዣ ተሽከርካሪዎችና የነዚሁ ክፍሎች በዋጋ ከ15 በመቶ ከማይበልጥ መለዋወጫ ዕቃዎች ጋር ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆነው እንዲገቡ ይፈቀዳል።

21.**ለኤሌክትሪክ ኃይል አቅርቦትና ነዳጅ ለማጣራት ኢንቨስትመንት የሚፈቀዱ መሳሪያዎችና ዕቃዎች፣**

የኤሌክትሪክ ኃይል ለማመንጨትና ለማስተላለፍ የሚያስፈልጉ መሳሪያዎችና ዕቃዎች የነዚሁ ክፍሎች በዋጋ ከ15 በመቶ ከማይበልጥ መለዋወጫ ዕቃዎች ጋር ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆነው እንዲገቡ ይፈቀዳል።

22.**ስለድጋፍ ሰጪ መሳሪያዎችና ዕቃዎች**

**አቑሑትን**

ፍሮክ ሊፍ፣ ኤሌክትሪክ ጀነሬተር፣ ኮምፕሮሰር፣ ናይ ኤሌክትሪክን ማይን መስመራት ንምዝርጋሕ ዘኽእሉ መሳርሒታትን ኣቑሑትን፣ ኮንሽየር፣ ናይ ላባራቶሪ መሳርሒታትን ኣቑሑትን፣ ቦይለርን ናይ ፅገና መሳርሕን፣ ናይ ሬድዮ መራኸቢ መሳርሕን መዝሓሊ ወይ መንፀፂ ዝተገጠመለን ተሽከርከርቲ፣ እንስሳት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ንምጉዓዝ ተባሂሉ ዝተሰርሐ ተሽከርከርቲ ነቶም ፕሮጀክታት ኣድላይነቶም ብበዓል መዚ ኢንቨስትመንት ትግራይ እንተተረጋጊፁ ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ኾይኖም ክኣትዉ ይፍቀድ።

23.**ብዛዕባ ተሽከርከርቲ**

ባህሪ፣ ስፍሓት ወይ ዝቆመሉ ቦታ/ከባቢ/ እናተርኣየ ነቲ ፕሮጀክት ስራሕ መጀመርን መንቀሳቐስን የድሊ እየን ተባሂለን ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ንክኣትያ ዝፍቀዳ ማኻይን ዓይነትን በዝሓንን ቦርድ ኢንቨስትመንት ፌደራል መንግስቲ ኣብ ዘውፅኦ መምርሒ ዝርዝርን ይውሰን።

**ክፍሊ ኣርባዕተ**

**ዝተፈላለዩ ድንጋገታት**

24.**ብዛዕባ ተፈፃምነት ዘይህልዎም ደንብታትን መምርሒታትን**

ምስዚ ደንቢ እዙይ ዝቃረን ደንቢ ወይ መምርሒ በዚ ደንቢ እዙይ ንዝውሰኑ(ዝድንገጉ) ጉዳያት ብዝምልከት ተፈፃምነት ኣይህልዎምን።

25.**እዚ ደንቢ ዝፀንዐሉ እዋን**

እዚ ደንቢ እዙይ ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ኣብዝወፅእ "ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ" ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ተፈፃሚ ይኸውን፡

መጋቢት 1989

ገብሩ ኣስራት

ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልል ትግራይ

ፎርክሊፍቶች፣ የኤሌክትሪክ ጀነሬተሮች፣ ኮምፕረሲሮች፣ የኤሌክትሪክና የውሃ መስመሮች ለመዘርጋት የሚያስችሉ መሳሪያዎችና ዕቃዎች፣ ኮንሽየሮች፣ የላቦራቶሪ መሳሪያዎችና ዕቃዎች፣ ቦይሎሮችና የጥገና መሳሪያዎች፣ የሬዲዮ መገናኛ መሳሪያዎች፣ ማቀዝቀዣ ወይም መርጫ የተገጠመላቸው ተሽከረካሪዎች፣ እንስሳትን ከቦታ ወደ ቦታ ለማጓጓዝ ተብለው የተሰሩ ተሽከርካሪዎች ለኢንቨስትመንት ፕሮጀክቱ አስፈላጊነታቸው በትግራይ ኢነቨስትመንት ጽሕፈት ቤት ከተረጋገጠ ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆነው እንዲገቡ ይፈቀዳል።

23.**ስለ ተሽከርካሪዎች**

ለአንድ ኢንቨስትመንት ፕሮጀክት ባሕሪው ስፋቱ ወይም የሚቋቋምበት ቦታ እየታየ ስራውን ለመጀመርና ለማንቀሳቀስ ያስፈልጋሉ ተብለው ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ሆነው እንዲገቡ የሚፈቀዱ ተሽከርካሪዎች የፌዴራል ኢንቨስትመንት ቦርድ በመመርያ በሚያወጣው ዝርዝር ይወሰናል።

**ክፍል አራት**

**ልዩ ልዩ ድንጋጌዎች**

24.**ተፈጻሚነት ስለማይኖራቸው ደንቦችና መመርያዎች**

ከዚህ ደንብ ጋር የሚቃረን ማናቸውም ደንብ ወይም መመርያ በዚህ ደንብ የተደነገገባቸውን ጉዳዮች በተመለከተ ተፈጻሚነት አይኖረውም።

25.**ደንቡ የሚፀናበትጊዜ**

ይህ ደንብ በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል።

መጋቢት 1989

ገብሩ አስራት

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com

6ይ ዓመት ቁፅሪ 4
6ኛ ዓመት ቁጥር 4

መቐለ መጋቢት 1989ዓ.ም

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት

ናይ ሓደ ዋጋ 3.65 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ደንቢ ቑፅሪ 4/1989
ገፅ 1

ማ ው ጫ
ደንብ ቁጥር 4/1989
ገጽ 1

## ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ሓለዋ ጥዕናን ከባቢያዊ ፅርየትን ንምውሳን ዝወፀ ደንቢ

## ደንቢ ቁፅሪ 4/1989

## ናይ ሓለዋ ጥዕናን ከባቢያዊ ፅርየትን ደንቢ

**መእተዊ**

ብምኽንያት ዕብየት ቴክኖሎጂ፣ በዝሒ ህዝብን ዕብየት ከተማታትን ሓዱሽ ከባቢያዊ ጉድለታት ጥዕና ብዝለዓለ ደረጃ ብምፍጣሮም፣

ኣብዚ ብሄራዊ ክልል ዝርከባ ከተማታትን ገጠራትን ጉድለት ከባቢያዊ ጥዕና ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እንዳገደደ ብምኻዱን ኣብ ህይወት ሰብን ከባቢን ዝበፅሕ ሕማም፣ ሞትን ምብካልን ኣብ ዘስግእ ኩነታት ብምብፅሑ፣

ሕዚ ሓለዋ ከባቢያዊ ጥዕና ብምጥሓስ ዝቐርቡ ክትዓት ህፁፅ ውሳነ ስለዘድልዮም ምስ ዝተፈላለየ መንግስታዊን ህዝባዊን ትካላት ብሓባር ምስራሕ ኣድላይ ብምኳኑ፣

እዞም ዝተጠቐሱ ፀገማት ንምፍታሕ ሓዱሽ ደንቢ ምውፃእ ኣድላይ ኮይኑ ስለዝተረኸበ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 54/6 ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት እዚ ዝስዕብ ደንቢ ኣውፂኡ ኣሎ።

### ክፍሊ ሓደ/1/

1 ሓፂር ርእሲ

## በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የሃይጂንና የአከባቢ ጤና አጠባበቅ ለመወሰን የወጣ ደንብ

## ደንብ ቁጥር 4/1989

## የሃይጅንን የአከባቢ ጤና አጠባበቅ ደንብ

**መግቢያ**

የቴክኖሎጂ እድገት፣ የህዝብ ብዛትና የከተሞች እድገት አዲስ የአከባቢ የጤና ጠንቅ በከፍተኛ ደረጃ በማስከተላቸው።

በብሄራዊ ክልሉ በሚገኙ ከተሞችና መንደሮች የአከባቢ የጤና ጠንቅ ከጊዜ ወደ ጊዜ እየተባባሰ በመሄዱና በአከባቢ የሚደርስ ብክለና በሰው የሚደርስ የጤና ችግርና ሞት በሚያሰጋ ደረጃ በመድረሱ፣

የአከባቢ የጤና አጠባበቅ ህግ በመጣሱ ምክንያት የሚቀርቡትን ክርክሮች ፈጣን ውሳኔ ስለሚያስፈልጋቸውና የተለያዩ መንግስታዊና ህዝባዊ ተቋሞች በጋራ መስራት አስፈላጊ በመሆኑ፣

ከላይ የተመለከቱትን ችግሮች ለመፈታት አዲስ ደንብ ማውጣት አስፈላጊ ሆኖ ስለተገኘ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በትግራይ ብሄራዊ ክልል ሕገ መንገስት አንቀፅ 54/6/ በተሰጠው ስልጣን መሰረት የሚከተለውን ደንብ አውጥቷል።

### ክፍል አንድ/1/

1 አጭር ርእስ

www.abyssinialaw.com

እዚ ደንቢ "ደንቢ ሓለዋ ከባቢያዊ ጥዕናን ዕርየትን ቁፅሪ 4/1989 ዓ.ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል

**2 ትርጉም**

ኣብዚ ደንቢ

1. "ሓለዋ ሃይጂን ከባቢያዊ ጥዕናን" ማለት ወዲ ሰብ ካብ ዝተፈላለዩ ሓደጋታት ሕማም ምክልኻልን ከባቢ ካብ ሕማም መመሓላለፍቲ ምቁፅፃርን ምክልኻልን ማለት እዩ።
2. "መንበሪ ኣባይቲ" ማለት ብጥዕና ኣተሓሳልዋ ደንብን መምርሕን ተዳልዩ ንወዲሰብ መንበሪ ዝተዳለወ ገዛውቲ ማለት እዩ።
3. "ትካል" ማለት ዝኾነ ዓይነት ካብ ታሕተዋይ እስካዕ ላዕለዋይ ደረጃ መፍረይቲ፣ መከፋፈልቲ፣ ግልጋሎት ወሃብቲ ወዘተ ቤት ንግዲ ማለት'ዩ።
4. "ሽቃቅ" ማለት ፍታንን ሽንትን ሰብ ዝውግደሉ፣ ንጥዕና ብዘይጎድእ መንገዲ ብኸባቢያዊ ሓለዋ ጥዕና ደንብን መምርሕን ኣማሊኡ ግልጋሎት ዝህብ ኣብ ውልቀ ፣ ሓፋሽ ወይ ከዓ ትካል ዝርከብ መተኣናገዲ እዩ።
5. "ኩነታት ተፃብኦ ጥዕና" ማለት ቢሮ ጥዕና ንዝተፈላለዩ ትካላት ዘውፅኦ መመዘኒ ረቋሒታት ዘይምምላእ ወይከዓ ዝለዓለ ጉድለት ከባቢያዊ ጥዕና ዝረኣየሉ ማለት'ዩ።
6. "ንቑፅ ጓሓፍ" ማለት ካብ መንበሪ ኣባይቲን ትካላት ንግዲን ዝወፅእ ፅራግ፣ ተረፍ ምግቢ፣ ሓሙኽሽቲ፣ ሳዕሪ ጉዝጓዝ፣ ውፅኣት ተኽሊ፣ ቁርፅራፅ ሽጋራ፣ ኣረጋጉቲ ሓፂን ፕላስቲክን፣ ዝሞቱ እንስሳትን ካልኦት ንሓለዋ ከባቢያዊ ጥዕና ጉድለት መበገሲ ዝኾኑ ነገራትን ማለት'ዩ።
7. "ፈሳሲ ርስሓት" ማለት ሕፃብ ኣቁሑ፣ ሕፃብ እንዳኽሽነ ፣ ሓተላ፣ ካብ ኣብያተ ሽቃቅ ዝወፅእ ፈሳሲ፣ ካብ ደንበ እንስሳ፣ ትካላት ንግዲ፣ መንበሪ ኣባይቲ፣ ጋራዥ ወዘተ ዝወፅእ መርዛም ንጥረ ነገር ዝሓዘለ ወይከዓ ዘይሓዘለ ፈሳሲ ማለት'ዩ።

ይህ ደንብ የሃይጅንን የአከባቢ ጤና አጠባበቅ ደንብ ቁጥር 4/1989 ዓ.ም ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**2 ትርጉም**

በዚህ ደንብ ውስጥ፣

1. "የሃይጅንን የአከባቢ ጤና አጠባበቅ" ማለት የሰው ልጅ ከተለያዩ የበሽታ ጠንቆች ለመከላከል፣ አከባቢን በሽታ አዛማች ከሆኑ ጠንቆች መቆጣጠርና መከላከል ማለት ነው።
2. "የመኖርያ ቤቶች" ማለት በጤና አጠባበቅ ደንብና መመርያ መሰረት ለሰው ልጅ መኖርያ የተዘጋጁ ቤቶች ማለት ነው
3. "ድርጅት" ማለት ከአነስተኛው እስከ ከፍተኛው አምራች፣ አከፋፋይ፣ ግልጋሎት ሰጪ ወዘተ ያጠቃለለ ማንኛውም ዓይነት የንግድ ቤት ነው።
4. "መፀዳጃ ቤት " ማለት የሰው ሽንትና አይነምድር የሚወገድበት፣ ጤናን በማያዛባ መልኩ የአከባቢ ጤና አጠባበቅ ደንብና መመርያ አሟልቶ ግልጋሎት የሚሰጥ በግለሰብ፣ በህዝብ ወይም በድርጅት ስር ያለ መገልገያ ነው።
5. "ጤናን የሚፃረር ሁኔታ" ማለት የጤና ቢሮ ለተለያዩ ድርጅቶች ያወጣው መመዘኛ ያለሟሟላት ወይም ከፍተኛ የአከባቢ ጤና ጉድለት የሚታይበት ነው።
6. "ደረቅ ቆሻሻ" ማለት ከመኖርያ ቤቶችና የንግድ ድርጅቶች የሚወጣ ጥራጊ፣ የመግብ ትራፊ፣ አመድ፣ የሳር ጉዝጉዝ፣ የአትክልት ልጣጭ ወይም ቅርፊት የሽጋራ ቁራጭ፣ የተጣለ ወረቀት ፣ ብርጭቆ፣ ጠርሙዝ፣ የተጣሉ ብረታ ብረትና ፕላስቲክ፣ የሞቱ እንስሳትና ሌሎች ለአከባቢ ጤና አጠባበቅ መበላሸት ምክንያት የሚሆኑ ነገሮች ነው።
7. "ቆሻሻ ፍሳሽ" ማለት የዕቃዎች እጣቢ፣ የምግብ ቤቶች እጣቢ ፣ አተላ፣ ከሽንት ቤቶች የሚወጣ ፈሳሽ፣ ከእንስሳት ጋጥ፣ ከንግድ ቤቶች፣ ከመኖርያ ቤቶች፣ ከጋራዠ ወዘተ የሚወጣ መርዛም ንጥረ ነገር የያዘ ወይም ያልያዘ ፈሳሽ ነው።

8. "ተቆፃፃሪ ሓለዋ ጥዕና/ኢንስፔክተር/" ማለት ብሞያ ኣተሓሳልዋ ከባቢያዊ ጥዕና ተቖፃፃሪነት ካብ ዝተፈለጠ ላዕለዋይ መሰልጠኒ ዝተመረቐ/ት/፣ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ንከባቢያዊ ጥዕና ግልጋሎት ስራሕን ቁፅፅርን ዝመደቦ/ባ/ ናይቲ ቢሮ ወይከዓ እቲ ቢሮ ብዝህቦ መምርሒ መሰረት ዝሰርሕ/እንትሰርሕ/ ናይ ማዘጋጃ ቤት ሰራሕተኛ ዝኾነ/ት/ በዓል ሞያ እዩ/ያ።

9. "መፍረያይ ሓኪም" ማለት ብኽባቢ ህዝቢ ካብ ቀበሊኡ ተመሪፁ ሓጺር ስልጠና ተዋሂብዎ ኣብ ቀበሊኡ ወይከዓ ቑሸቱ ግልጋሎት ከባቢያዊ ጥዕና ዝከታተል'ዩ።

10."ተቆፃፃሪ ፅሬት" ማለት ኣብ ቀበሌ ምምሕዳር ውሽጢ ንደረቕን ፈሳስን ጉሓፍ ቁፅፅር ስራሕ ዝተመደበ ሰራሕተኛ እዩ።

11."ንጥዕና ዘይስማማዕ ዝተበከለ መግቢ" ማለት ብሕማም መምፃእቲ ተሃዋስያን ብመርዛም ንጥረ ነገር ብሓሳኹ፣ ብኣናፁ፣ ብፍታን ዝተበከለ ወይከዓ ግዝ ዝሓለፎ ብኣተሓሕዛ ጉድለት ዝተበላሸወ ወይከዓ ክሕዞ ዝግብኦ ንጥረ ነገር ዘየማለአ መግቢ ማለት'ዩ።

12."ዝተበከለ ማይ" ብናይ ሰብ ፍታን፣ ካብ ኢንዱስትሪታት ዝወፀ መርዛም ንጥረ ነገር ንቑፅ ጎሓፍ፣ ፈሳሲ ርስሓት ብእንስሳት ዒባ ወዘተ ዝተሓወሰን ንጥዕና ዘይስማማዕ ማይ ማለት እዩ።

13."መተሓለለፊቲ ሕማም እንስሳ/ነብሳት/" ማለት ሃመማ፣ ቊንጪዕ፣ ናይ ዓሶ ጣንጡ ከልቢ ወዘተ ማለት እዩ።

14."ዝተበከለ ኣየር" ማለት ብፈሳሲ ጋዝ፣ ትኪ፣ ዶረናን ካልኦት ንጥዕና ዝፃብኡ ነገራት ዝተመረዘ ከባቢ ኣየር ማለት እዩ።

15."መግቢን መስተን መዳለዊን መቅረቢን ሰብ" ማለት ኣብ ዝኾነ ይኹን መግቢን መስተን ግልጋሎት ውሃብቲ ትካላት ዝሰርሕ ካብ ዝተፈለጠ ትካል ጥዕና ተመርሚሩ መረጋገፂ ጥዕና ዘለዎ ሰራሕተኛ ማለት እዩ።

**ክፍሊ ክልተ/2/**

**ብዛዕባ ኣተኣላልያ ንቑፅ ጉሓፍን ርስሓትን**

8. "የጤና አጠባበቅ ተቆጣጣሪ/ኢንስፔክተር/" ማለት በሞያው በአከባቢ ጤና አጠባበቅ ተቆጣጣሪነት ከታወቀ ከፍተኛ ማሰልጠኛ የተመረቀ/ች/ የጤና ቢሮ ለአከባቢ ጤና አገለግሎት ስራና ቁጥጥር የመደበው/ባት/ የቢሮው ወይም ቢሮው በሚሰጠው መመርያ መሰረት የሚሰራ/የምትሰራ/ የመዘጋጃ ቤት ሰራተኛ የሆነ/ች ባለሞያ ነው።

9. "የቀበሌ ጤና ተጠሪ" ማለት በአከባቢው ህዝብ ከቀበሌ ተመርጦ አጭር ስልጠና ተሰጦት በቀበሌው ወይም በመንደሩ የአከባቢ ጤና አገልግሎት የሚከታተል።

10."የንፅህና ተቆጣጣሪ" ማለት በቀበሌ (በመንደሩ) መስተዳደር ውስጥ ለደረቅና ፍሳሽ ቆሻሻ ለመከላከል የተመደበ ሰራተኛ ነው።

11."ለጤና የማይስማማ የተበከለ" ማለት በሽታን በሚያስከትሉ ተሃዋስያን በመርዛም ንጥረ ነገር፣ በትሎች፣ በአይጦች፣ በሰገራ የተበከለ ወይም ጊዜ ያለፈበት ፣ ባያያዝ ጉድለት የተበላሸ ወይም ሊይዘው የሚገባውን ንጥረ ነገር ያልያዘ ምግብ ማለት ነው።

12."የተበከለ ውሃ" ከሰው ፣ ከኢንዱስትሪዎች የወጣ መርዛም ንጥረ ነገር ፣ ደረቅ ቆሻሻ፣ ፈሳሽ ቆሻሻ፣ ከእንስሳት ከብት አዛባ ወዘተ የተደባለቁ ለጤና የማይስማማ ውሃ ነው።

13.""በሽታ የሚያዛምዱ እነስሳት/ነፍሳት/" ማለት ዝንብ፣ ቁንጫ፣ የወባ ትንኝ፣ ውሻ ወዘተ ነው።

14. "የተበከለ አየር" ማለት በፈሳሽ ጋዝ፣ ጢስ፣ አቧራና በሌሎች ጤናን የሚጎዱ ነገሮች የተመዘረ የአከባቢ አየር ነው።

15."የምግብና መጠጥ የሚያዘጋጅና የሚያቀርብ ሰው" ማለት በማንኛውም የምግብ ወይም የመጠጥ ግልጋሎት የሚሰጡ ድርጅቶች ውስጥ የሚሰሩ ከታወቀ የጤና ድርጅት ጤናውን ተመርምሮ የጤና ማረጋገጫ ያለው ሰራተኛ ነው።

**ክፍል ሁለት**

**ደረቅ ፈሳሽ ቆሻሻ ስለማስወገድ፣**

**3 ኣታኣላልያ ንቑፅ ጉሓፍ**

1. ንቑፅ ጉሓፍ ኣብ መገዲ፣ ኣደባባይ፣ ወሓዚ ማይ፣ ጉድጓድ ማይ፣ ሓፅቢ፣ ቓላይን ኣብ ካልኦት ዘይተፈቐዱ ቦታታት ምጉሓፍ ወይከዓ ክምዝጉሓፍ ምግባር ዝተኸልከለ እዩ።
2. ዝኾነ ሰብ ንቑፅ ጉሓፍ ንኸልዕሉ ዝተመደቡ ሰራሕተኛታት ክሳብ ዘልዕልዎ ኣብዚ ዓንቀፅ ቁፅሪ 3 ብዝተመልከተ መሰረት ባዕሉ ኣብ ዘዳለዎ ኣቅሓ መአከቢ ንቑፅ ጉሓፍ ንኽእክብ ሓላፍነት ኣለዎ። ጉሓፍ ንምልዓል ዝተመደቡ ሰራሕተኛታት ኣብዘይብሉ ከተማ ወይከዓ ገፀር ኣብ ቀበሊኡ ኣብ ዝተዳለወ መአከቢ ጉሓፍ ወሲዱ ብግቡእ መንገዲ ክጉሓፍ ኣለዎ።
3. ኣቕሓ መአከቢ ጉሓፍ ማይ ዘየእቱ፣ ብቐሊሉ ክፀሪ ዝኽእል፣ ቀሊል ክዳን ዘለዎ፣ ሃመማን ኣናፁን ከምዘየእቱ ኾይኑ ካብ ሓፂን፣ ቆርቆሮ ፕላስቲክን ወዘተ ዝተሰርሐን ብቐሊሉ ዝለዓል ክኸውን ኣለዎ።
4. ዝኾነ ሰብ ዝኣረገ መኪና ሓፂን፣ ሑፃ እምኒ፣ ዕንፀይቲ፣ ሓመድ፣ ዒባ ስሚንቶን እንስሳት ኣብ መገዲ ኣደባባይን ብምእካብ ወይከዓ ብምስራሕ ንዘይተሓሰበ ሓደጋን ፀገም ጥዕናን ዘምፅእ ኩነታት ምፍጣር ኩልኩል እዩ።
5. ብካሊእ ኩነታት እንተዘይተረጋገፀ ዝኾነ ሰብ ካብ መንበሪ ገዝኡ ወይ ከዓ ትካል ወፃኢ ብኹሉ ኣንፈት ክሳብ 20 ሜትሮ ርሕቀት ዝርከብ ንቑፅ ጓሓፍ ካብ ገዝኡ ወይከዓ ካብ ትካሉ ከምዝወፀ ኾይኑ ይቑፀር።

**4 ኣተኣላልያ ርስሓት**

1. ዝኾነ ሰብ ወይከዓ ትካል ብውልቀ ንባዕሉን ንስድርኡን ወይከዓ ብሓባር ሽቓቕ ብምስራሕ ምጥቃም ግቡእ ኣለዎ።
2. ዝኾነ ሰብ ንዝምልከቶ ኣካል ብምፍቃድ ፈሳሲ ርስሓት ንዚ ግልጋሎት ምስዝተዳለወ መስመር ትቦ ከራኽብ ይኽእል።
3. ዝኾነ ሰብ ብጥዕና በዓል ሙያ ብዝተውሃቦ ቴክኒካዊ ሓገዝ ከባቢ ብዘየበላሹ መንገዲ

**3 ደረቅ ቆሻሻ ስለማስወገድ**

1. ደረቅ ቆሻሻ በመንገድ፣ በአደባባይ፣ በወራጅ ወንዝ፣ በጉድጓድ ውሀ፣ በግድብ፣ በሀይቅና በሌሎች በማይፈቀዱ ቦታዎች መጣል ወይም እንዲጣል ማድረግ የተከለከለ ነው።
2. ማንኛውም ሰው ደረቅ ቆሻሻን ለመሰብሰብ የተመደቡት ሰራተኞች ቆሻሻውን እስኪያነሱ ድረስ በዚህ ዓነቀፅ ቁጥር 3 በተመለከተው መሰረት ራሱ ባዘጋጀው የቆሻሻ መጣያ/ማጠራቀሚያ/ ቆሻሻውን የማኖር ሐላፊነት አለው። ቆሻሻን ለማንሳት የተመደቡ ሰራተኞች በማይኖሩበት ከተማ ወይም ገጠር በቀበሌው በተዘጋጀ የቆሻሻ ማጠራቀሚያ ላይ ወስዶ በሚገባ ቆሻሻውን ማኖር አለበት።
3. የቆሻሻ ማጠራቀሚያ ውሀ የማያስገባ፣ በቀላሉ ሊፀዳ የሚችል፣ ቀላል መክደኛ ያለው ፣ ዝንብና አይጥ የማያስገባ ሆኖ ፣ ከብረት፣ ቆርቆሮ፣ ፕላስቲክ ወዘተ የተሰራና በቀላሉ የሚነሳ መሆን አለበት።
4. ማንኛወም ሰው አሮጌ መኪና፣ ብረት፣ ኩረት፣ እነጨት፣ አፈር፣ አለት፣ ስሚንቶ እንስሳት በመንገድና በአደባባይ በማከማቸት ወይም በመስራት ላልታሰበ አደጋና የጤና ችግር የሚያስከትል ሁኔታ መፍጠር የተከለከለ ነው።
5. በሌላ ሁኔታ ካልተረጋገጠ በስተቀር ማንኛወም ሰው ከመኖሪያ ቤቱ ወይም ከድርጅቱ ውጪ በሁሉም አቅጣጫ እስከ ሃያ ሜትር ባለው ርቀት የሚገኝ ደረቅ ቆሻሻ ከቤቱ ወይም ከድርጅቱ እንደወጣ ተደርጎ ይቆጠራል።

**4 ፈሳሽ ቆሻሻ ስለማስወገድ**

1. ማንኛውም ሰው ወይም ድርጅት በግሉ ለራሱና ለቤተሰቡ ወይም በጋራ መፀዳጃ በመስራት የመጠቀም ግዴታ አለው።
2. ማንኛውም ሰው፣ የሚመለከተውን አካል በማስፈቀድ የራሱ ቆሻሻ ፈሳሽ፣ ለማስወገድ ከተዘጋጀ ቱቦ ማገናኘት ይችላል።
3. ማንኛውም ሰው በጤና ባለሞያ በሚሰጠው የቴክኒክ ድጋፍ መሰረይ አከባቢን

ተፀኒዑ ኣብ ገደንኡ ጉድጓድ ብምድላው ፈሳሲ ርስሓት ክቐብር ይኽእል።

4. ማንም ሰብ እዞም ዝስዕቡ ፈሳሲ ርስሓት ናብ መንገዲ ፣ ኣደባባይ ፣ ሓፅቢ፣ ወሓዚ ማይ ወዘተ ከየፍስስ ዝተኸልከለ እዩ።

ሀ. ካብ ሽቓቕ መንበሪኡ ወይ ትካሉ ዝወፅእ ፈሳሲ ርስሓት፣
ለ. ካብ ትካሉ ዝወፅእ ኬሚካል ዝሓዘ ርስሓት፣
ሐ. ካልኦት ፈሳሲ ርስሓት፣

5. ዝኾነ ሰብ ክዳን፣ መኪና ዝመሳሰሉ ኣብ መንገዲ፣ ኣደባባይን ካልኦት ኣብ ዘይተፈቐዱ ኸባቢታት ምሕፃብን ጉሓፍ ምፍሳስን ዝተኸልከለ እዩ።
6. ዝኾነ ሰብ ካብ መንበሪኡ ወይከዓ ትካሉ ወፃኢ ክሳብ 20 ሜትሮ ርሕቐት ዝርከብ ፈሳሲ ርስሓት ካብ ገዝኡ ወይከዓ ካብ ትካሉ ከምዝወፀ ገይርካ ይቑፀር።
7. ዝኾነ ሰብ ካብ ሽቓቕ ወፃኢ ኣብ ዝኾነ ከባቢ ሽንቲ ወይ ፍታን ምሻንን ምፍታንን ክልኩል እዩ።
8. ዝኾነ ዓይነት ሽቓቕ ንኽመልእ ፍርቂ ሜትሮ እንትቐርዮ ክፅረግ ወይከዓ ክድፈን ወናኒኡ ይግደድ።

9. ሓደ ሽቃቅ ትሕዝትኡ ናብ ነበርቲ ከባቢኡ ውሽጣ ውሽጡ እናሎሓኸ ወይከዓ ብቐጥታ ናብ ኸባቢ እናፈሰሰ ምህላዉ እንዳፈለጥካ ምጥቃም ክልኩል እዩ።

**ክፍሊ ሰለስተ/3/**

**ብዛዕባ ማይ መግቢን መስተን**

**5 ኣተሓሕዛን ኣጠቃቅማን ማይ**

1. ዝኾነ ይኹን ሰብ ንግልጋሎት ከባቢኡ ዝውዕል ማይ ካብ ዝርከቦ ከባቢ ክሳብ ገዝኡ ዝበፅሕ ንጥዕና ብዘይጎድእ መገዲ ምጥቃምን ምሕላውን ሓላፍነት ኣለዎ።
2. ተቖፃፃሪ ኸባቢያዊ ጥዕና መርሚሩ ወይከዓ ብላቦራቶሪ ኣመርሚሩ ንጥዕና ተፃባኢ ምዃኑ ዘረጋገፆ ማይ ንመሸጣን ካልኦት ንኽጥቀሙን ምግባር ኩልኩል እዩ።

በማያበላሽ መንገድ ተጠንቶ በግቢው ውስጥ ጉድጓድ በማዘጋጀት ፈሳሽ ቆሻሻ ሊቀብር ይችላል።

4. ማንኛውም ሰው የሚከተሉት ፈሳሽ ቆሻሻዎች መንገድ፣ አደባባይ፣ ግድብ፣ ወራጅ ወንዝ፣ ወዘተ ላይ እንዲያፈስ አይፈቀድለትም።

ሀ. ከመኖሪያ ቤቱ ወይም ድርጅቱ ሽንት ቤት የሚወጣ ፈሳሽ ቆሻሻ፣
ለ. ከድርጅቱ የሚወጣ ከሚካል የያዘ ቆሻሻ፣
ሐ. ሌሎች ፍሳሽ ቆሻሻዎች

5. ማንኛውም ሰው ልብስ ፣ መኪናና የመሳሰሉትን በመንገድ ፣ አደባባይና በሌሎች በማይፈቀዱ አከባቢዎች ላይ ማጠብና ቆሻሻ መጣል አይፈቀድለትም።
6. ማንኛውም ሰው ከመኖሪያ ቤቱ ወይም ድርጅቱ ውጭ እስከ 20 ሜትር ርቀት ላይ የሚገኝ ፍሳሽ ቆሻሻ ከመኖሪያ ቤቱ ወይም ከድርጅቱ እንደወጣ ይቆጠራል
7. ማንኛውም ሰው ከሽንት ቤት ውጪ በማንኛውም አከባቢ ሽንት መሽናትና መፀዳዳት አይፈቀድለትም።
8. ማንኛውም ዓይነት የሽንት ቤቱ ጉድጓድ ለመሙላት ግማሽ ሜትር ከቀረው እንዲጠረግ ወይም እንዲደፈን መደረግ አለበት።
9. በሽንት ቤት ፈሳሽ ቆሻሻ ውስጥ ለውስጥ እየሰረፀ ወይም በቀጥታ ወደ አከባቢው ኗሪዎች እየፈሰሰ መሆኑን እየታወቀ መጠቀም የተከለከለ ነው።

**ክፍል ሶስት/3/**

**ስለ ውሃ ምግብና መጠጥ**

**5 ውሃን ስለ መንከባከብና መጠቀም**

1. ማንኛውም ሰው ለአከባቢው ግልጋሎት የሚውል ውሃ ከሚገኝበት ቦታ ቤቱ ድረስ እስኪደርስ ለጤና በማይጎዳ መንገድ የመጠቀምና የመጠበቅ ሐላፊነት አለው።
2. የአከባቢው ጤና አጠባበቅ ተቆጣጣሪ ራሱ በመመርመር ወይም በላቦራቶሪ በማስመርመር ጤናን የሚጎዳ መሆኑን የተረጋገጠበት ውሀ እንዲሸጥና ሌሎች እንዲጠቀሙበት ማድረግ የተከለከለ ነው።

3. ዝኾነ ሰብ ግልጋሎት እናሃበ ኣብ ዘሎ ወይከዓ ዝነቐፀ ጉድጓድ ማይ፣ ዓይኒ ማይ፣ ሓፅቢ ወዘተ ውሽጢ ፈሳሲ ርስሓት ወይከዓ ንቑፅ ጉሓፍ ብምእታው ማይ ንክበላሸ ምግባር ክልኩል እዩ።

**6 ኣተሓሕዛ ትካላት መግቢን መስተን**

1. ዝኾነ ትካል መስተን መግቢን ወይከዓ ወሃብቲ ግልጋሎት መፍረይን መከፋፈልትን ብመሰረት ዝወፀ መመዘኒ ረቒሓ ካብ ትካል ጥዕና ከባቢኡ ብቑዕ ንምዃኑ ምስክረነት መረዳእታ ቅድሚ ምርካቡ ስራሕ ምጅማር ክልኩል እዩ።
2. ዝኾነ ሰብ ንጥዕና ተፃባኢ ብዝኾነ መንገዲ ግልጋሎት መግቢን መስተን ንህዝቢ ምቕራብ ዝተኸልከለ እዩ።
| 1100 | ቀጥታ ታክሶች | 36,390,000 |
| 1101 | ከደመወዝ ገቢ ግብር | 13,500,000 |
| 1102 | ከኪራይ ገቢ ግብር | 700,000 |
| 1103 | ከንግድ ስራ ገቢ ግብር | 11,000,000 |
| 1104 | ከእርሻ ስራ ገቢ ግብር | 4,600,000 |
| 1108 | ከካፒታል ትርፍ ገቢ ግብር | 750,000 |
| 1110 | ከገጠር መሬት ኪራይ | 5,840,000 |
| 1200 | ቀጥታ ያልሆኑ ታክሶች | 25,894,000 |
| | በአገር ውስጥ ከሚመረቱ ዕቃዎች ኤክሳይዝ ታክስ | 120,000 |
| 1208 | ከአልኮል መጠጦች | 120,000 |
| | በአገር ውስጥ ከሚመረቱ እቃዎች ሽያጭ ታክስ | 18,500,000 |
| 1237 | ከምግብ | 10,000 |
| 1241 | ከአልኮል መጠጥ | 30,000 |

| | | |
|---|---|---|
| 1248 | ካብ ቆርበትን ናይ ቆርበትን ውፅኢት/ጫማ/ | 20,000 |
| 1252 | ካብ ሓፂን ዘይኮኑ ናይ ማእድን ውፅኢት | 200,000 |
| 1255 | ካብ ፅሕፈት መሳርሒ | - |
| 1269 | ካብ ካልኦት | 18,240,000 |
| | ግልጋሎት ታክስ | 1,814,000 |
| 1271 | ካብ ጋራዥ | 120,000 |
| 1272 | ካብ ክዳን መሕፀቢ/ላውንደሪ/ | 12,000 |
| 1273 | ካብ ክዳን ስፌት | 52,000 |
| 1275 | ካብ ፎቶ ግራፍን ፎቶ ኮፒ ምልዓል | 50,000 |
| 1277 | ካብ ስራሕ ተቋረፅቲ | 420,000 |
| 1278 | ካብ መደቀሲ | 700,000 |
| 1281 | ካብ ሲኒማ ቤት | 10,000 |
| 1282 | ካብ ፀጉሪ ምስትኽኻልን ቁንጅና ሳሎን | 35,000 |
| 1283 | ካብ ቱሪስት ምትእንጋድ | 375,000 |
| 1285 | ካብ ማስታወቂያ | 40,000 |
| | ናይ ቴምብር መሸጣን ቀረፅን | 5,460,000 |
| 1295 | ካብ መሸጣ ቴምብር | 460,000 |
| 1296 | ካብ ቴምብር ቀረፅ | 5,000,000 |
| 1300 | ካብ ጉምሩክ ቀረፅን ታክስን | === |
| | ካብ ታክስ ዘይኮኑ ኣታውታት | 18,020,000 |
| 1400 | ካብ ፍቓድን ካልኦት ክፍሊታትን | 10,943,000 |
| 1500 | ካብ መሸጣ ኣቕሓን ግልጋሎትን | 4,775,000 |
| 1600 | ካብ ናይ መንግስቲ ኢንቨስትመንት ኣታዊ | 65,000 |
| 1700 | ካብ ዝተፈላለዩ ኣታዊታት | 2,237,000 |
| 1800 | ካብ ሰራሕተኛታት ጡረታ መዋፅኦ | - |

| | | |
|---|---|---|
| 1248 | ከቆዳና ከቆዳ ውጤቶች | 20,000 |
| 1252 | ብረት ካልሆኑ የማእድን ውጤቶች | 200,000 |
| 1255 | ከፅሕፈትና ከሕትመት | - |
| 1269 | ከሌሎች ዕቃዎች | 18,240,000 |
| | የአገልግሎት ሽያጭ ታክስ | 1,814,000 |
| 1271 | ከጋራዥ | 120,000 |
| 1272 | ከልብስ ንፅህና መስጫ | 12,000 |
| 1273 | ከልብስ ስፌት | 52,000 |
| 1275 | ከፎቶ ግራፍና ፎቶ ኮፒ ማንሳት | 50,000 |
| 1277 | ከስራ ተቋራጭ | 420,000 |
| 1278 | ከመኝታ ቤት | 700,000 |
| 1281 | ከሲኒማ ቤት | 10,000 |
| 1282 | ከፀጉር ማስተካከልና ቁንጅና ሳሎን | 35,000 |
| 1283 | ከቱሪስት መስተንግዶ | 375,000 |
| 1285 | ከማስታወቂያ | 40,000 |
| | ከቴምብር ሽያጭና ቀረጥ | 5,460,000 |
| 1295 | ከቴምብር ሽያጭ | 460,000 |
| 1296 | ከቴምብር ቀረጥ | 5,000,000 |
| 1300 | ከጉምሩክ ቀረጥና ታክስ | === |
| | ታክስ ካልሆኑ ገቢዎች | 18,020,000 |
| 1400 | ከፍቃድና ከሌሎች ክፍያዎች | 10,943,000 |
| 1500 | ከዕቃ ሽያጭና አገልግሎት | 4,775,000 |
| 1600 | ከመንግስት ኢንቨስትመንት ገቢ | 65,000 |
| 1700 | ከልዩ ልዩ ገቢዎች | 2,237,000 |
| 1800 | ከሰራተኞች ጡረታ መዋጮ | - |

www.abyssinialaw.com

6ይ ዓመትቁፅሪ 32
6ኛ ዓመት ቁጥር 32

መቐለ፣ሰነ 1990

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት

ናይ ሓደ ዋጋ5.17 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ኣዋጅ ቑፅሪ 32/1990
ገፅ 1

## ስልጣንን ተግባርን ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ እንደገና ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ

ናይ'ቲ ክልል ሕብረተሰብ ናይ ፍትሒ ግልጋሎት ኣብ ቀረብኡ ክረክብ ንኽእል ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርድ ኣብ ናይ ገጠር ጣቢያታትን ከተማ ቀበሌታትን ክውደቡን ክጠናኸሩን ንምግባር ብሕጊ ስልጣን ምሃብ ኣድላዪ ብምዃኑ፣

ፍትሒ ክነግስን ክጉልብትን ከምኡ'ውን እቲ ሕብረተሰብ ንሕጊ ተገዛኣይ ክኸውን ንምግባር ነበርቲ ኣብ መንጎኦም ምርድዳእን ሓቢርካ ብሰላም ናይ ምንባር መንፈስ ክዓቢ ፃዕሪ ንምግባር፣

ንዝለዓሉ ክትዓት ብቐረባ ፍታሕ ንምድላይን ዕልባት ክረኽቡ ንምግባርን እቲ ሕብረተሰብ ካብ ብዙሕ ክስራን ላዕልን ታሕትን ክድሕን፣

ክርክራት መበገሲ ብምግባር ማሕበራዊ ጠንቅታት ንምውጋድን ሕጊ ናይ ምኽባር ኣራኣእያን እምነታትን ኣብ ሕብረተሰብ ክምዕብል ምግባር ንኽከኣል ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብሕገ መንግስቲ ክልል ትግራይ ኣንቀጽ 49/3/1 ብዝተውሃበ ስልጣን መሰረት እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

### ክፍሊ ሓደ
### ሓፈሻዊ

**ዓንቀፅ 1**
**ሓፂር ርእሲ**

ማ ው ጫ
አዋጅ ቁጥር 32/1990
ገጽ 1

## የትግራይ ብሄራዊ ክልል ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ስልጣንና ተግባር እንደገና ለመወሰን የወጣ አዋጅ

የክልሉ ህብረተሰብ በአቅራቢያው የፍትሕ አገልግሎት ማግኘት ይችል ዘንድ የማሕበራዊ ፍርድ ቤቶች በገጠር ጣቢያዎች በከተማ ቀበሌዎች እንዲደራጁና እንዲጠናከሩ ለማድረግ በህግ ስልጣን መስጠት አስፈላጊ በመሆኑ፣

በህብረተሰቡ ፍትሕ እንዲሰፋና እንዲጎለብት ብሎም ህብረተሰቡ ለሕግ ተገዢ እንዲሆን ለማድረግ፣ በአከባቢው የሚገኙ ነዋሪዎች መካከል መግባባትና ኣብሮ በሰላም የመኖር መንፈስ እንዲዳብር ጥረት ለማድረግ፣

የሚነሱ ክርክሮች በቅርብ መፍትሄ ለመሻትና እልባት እንዲያገኙ ለማድረግና ህብረተሰቡም ከብዙ ኪሳራዎችና ውጣ ውረድ ለማዳን፣

ክርክሮችን መነሻ በማድረግ ማህበራዊ ጠንቆችን ለማስወገድና ህግ የማክበር አመለካከትና እምነቶች በህብረተሰቡ እንዲጎለብት ለማድረግ ይችል ዘንድ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት በትግራይ ክልል ሕገ መንግስት ዓንቀፅ 49/3/1 በተሰጠው ስልጣን መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

### ክፍል አንድ
### ጠቅላላ

**አንቀፅ 1**
**አጭር ርእስ**

እዚ ኣዋጅ "ስልጣን ተግባርን ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ብሂራዊ ክልል ትግራይ እንደገና ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 32/1990 ዓ.ም " ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

**ዓንቀፅ 2**

**ኣገላልፃ ፆታ**

ኣብዚ ኣዋጅ ውሽጢ ብሓዲኡ ፆታ ዝተገልፀ ንኽልቲኡ ፆታ ዝጠምር ይኸውን።

**ዓንቀፅ 3**

**ኣቃውማ**

1. ኣብ ሕድ ሕድ ናይ ገፀር ጣብያን ናይ ከተማ ቀበሌን ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርድ በዚ ኣዋጅ ቆይሞም ኣለዉ።
2. ብቤት ምኽሪ ብሂራዊ ክልል ትግራይ ቅድም ክብል ወፂኦም ብዝነበሩ ኣዋጃት መሰረት ተጣይሾም ኣብ ስራሕ ዘለዉ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ በዚ ኣዋጅ ከምዝተጣየሹ ይቁፀር።።

**ዓንቀፅ 4**

**ዕላማ**

ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ዝስዕቡ ዕላማታት ኣለዎም

1. ኣብ መንጎ ነበርቲ ምርድዳእን ሓቢርካ ብሰላም ምንባር ክሰፍን ፃዕሪ ምግባር
2. ካብ ዝቐርቡ ክርክራት ብምብጋስ ማሕበራዊ ጠንቅታት ንኽውገድ ሕጊ ናይ ምኽባር ኣረኣእያን እምነትን ንኽዓቢ ምግባር።

**ዓንቀፅ 5**

**ናይ ዳኘነት ናፅነት**

ዳያኑ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ናይ ዳይነት ስራሕቶም ዝፍፅሙ ብሙሉእ ናፅነት እዩ። ብዘይ ሕጊ ብኻሊእ ስልጣን ኣይምርሑን።

**ዓንቀፅ 6**

**ብግልፂ መጋባእያ ዋኒን ብዛዕባ ምርኣይ፣ ናይ መጋባእያ ስፍራን ግዜን**

1. ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ዝኾነ ጉዳይ ዝሪኡ ብግልፂ መጋባእያ ይኸውን። ይኹን እምበር ንህዝቢ ፅቡቅ ስነምግባር ወይ ድሕንነት ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ብዕፁው መጋባእያ ክሪኡ ይኽእሉ።

ይህ አዋጅ "የትግራይ ብሄራዊ ክልል ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ስልጣንና ተግባር እንደገና ለመወሰን የወጣ አዋጅ ቁጥር 32/90 ዓ.ም " ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**አንቀፅ 2**

**የፆታ አገላለጽ**

በዚህ አዋጅ ውስጥ በአንደኛው ጾታ የተገለጸ ሁሉ ሁለቱንም ጾታዎች የሚመለከት ይሆናል።

**አንቀጽ 3**

**አወቃቀር**

1. በክልሉ በሚገኙ በእያንዳንዱ የገጠር ጣቢያዎች እና በከተማ ቀበሌዎች ውስጥ የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች በዚህ አዋጅ ተቋቁመዋል።
2. በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ቀደም ሲል ወጥተው በነበሩ አዋጆች መሰረት ተቋቁመው የነበሩ ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች በዚህ አዋጅ እንደተቋቋሙ ይቆጠራሉ።

**አንቀጽ 4**

**ዓላማ**

የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች የሚከተሉት ዓላማዎች ይኖራቸዋል።

1. በአከባቢው የሚገኙ ነዋሪዎች መካከል መግባባትና አብሮ በሰላም የመኖር መንፈስ እንዲዳብር ጥረት ለማድረግ፣
2. ከቀረቡ ክርክሮች በመነሳት ማህበራዊ ጠንቆችን ለማስወገድና ህግ የማክበር አመለካከቶችና እምነቶች እንዲዳብር ማድረግ።

**አንቀጽ 5**

**የዳኝነት ነፃነት**

የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ዳኞች የዳኝነት ስራቸውን ሲያከናውኑ በሙሉ ነፃነት ነው። ከህግ በስተቀር በማንኛውም ስልጣን አይመሩም

**አንቀጽ 6**

**በግልጽ ችሎት ጉዳዮችን ስለማየት፣ የችሎት ቦታና ጊዜ ስለመወሰን**

1. የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ማንኛውም ጉዳይ የሚያዩት በግልፅ ችሎት ይሆናል። ይሁን እንጂ ለህብረተሰቡ መልካም ስነ ምግባር ወይም ደህንነት አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ ወይም ባለጉዳዩ በዝግ ችሎት እንዲታይለት ሲጠይቅ ጉዳዩን በዝግ ችሎት ሊያይት

2. ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ዝነብሩሉ ጣብያ/ቀበሌ/ ኣብ ዝተመደበሎም ናይ መጋባእያ ስፍራ የጋብኡ። ስሉጥ ናይ ዳይነት ስራሕ ምክያድ ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ወይ ኣስተምህሮኣዊ ጠቃሚነቱ እንትእመነሉ ኣብ ጣብይኡ /ቀበሌኡ/ ውሽጢ ኣብ ዝኾነ ካልእ ስፍራ ከጋብእ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 7**

**ካብ ዳይነት ብዛዕባ ምልዓል**

1. ዝኾነ ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዳኛ
   ሀ. ብቑዕ ምኽንያት ሃሊይዎ ነቲ ዋኒን ከይሪኦ ንቤት ፍርዲ እንትሓትት ወይ ድማ ካብቶም ተኻታዕቲ ብሓዲኦም ወይ ብኽልቲኦም ተኻታዕቲ ወገን ነቲ ዋኒን ከይሪኦ ተቓውሞ እንትቀርበሉ ወይ
   ለ. ካብቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ምስ ሓዲኦም ናይ ቐረባ ናይ ስጋ ይኹን ናይ መውስቦ ዝምድና ዘለዎ ወይ
   ሐ. ካብቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ምስ ሓዲኦም ፅልኢ ዘለዎ ወይ
   መ. ክትዕ ዝተልዓለሉ ዋኒን ኣቐዲሙ ብዳይነት ወይ ብዕርቂ መንገዲ ዝረኣዮ ተኾይኑ ካብቲ መጋባእያ ክለዓል ኣለዎ።

2. ተቓውሞ ዝቐረበሉ ዳኛ ነቲ ነገር ተረዲኡ እንተተቐቢልዎ ብፍቓዱ ካብ ዳይነት ክለዓል ይኽእል። እንድሕር ዘይተላዒሉን ተቓውሞ እንተኣቕሪቡን እቶም ክልተ ዳያኑ ነቲ ተቃውሞ መርሚሮም ውሳነ ክህብሉ ይግበር እቲ ውሳነ ተፈፃምነት ይህልዎ

3. ኣብ ዓንቀፅ 7 ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተውሃቦ ናይ ዳያኑ ውሳነ ይግባእኒ ምቕራብ ኣይከኣልን።
4. በዚ ምክንያት ዳኛ ካብ መጋባእያ ኣብ ዝለዓለሉ ግዜ ካብቶም ተጠባበቕቲ ዳያኑ ነቲ ተቃውሞ ዝቐረበሉ ዳኛ ተኪኡ ይስየም።

**ክፍሊ ክልተ**

**ብዛዕባ መረፃን ግልጋሎት ዘበንን ዳያኑ**

**ዓንቀፅ 8**

**ናይ ዳያኑ መረፃ**

ይችላሉ።

2. የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ባሉበት የገጠር ጣቢያ ወይም የከተማ ቀበሌ በተመደበላቸው ስፍራ ያስችላሉ። ሆኖም ግን ቀልጣፋ የዳኝነት ስራ ለማካሄድ አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ ወይም በትምህርት ሰጭነቱ ጠቃሚ ነው ተብሎ በሚታመንበት ጊዜ በጣቢያው/ቀበሌው/ ውስጥ በማንኛውም ስፍራ ሊያስችሉ ይችላሉ።

**አንቀፅ 7**

**ከዳኝነት ስለመነሳት/ጉዳዩን እንዳያየው ስለመከልከል/**

1. ማንኛውም የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ዳኛ
   ሀ. ራሱ ብቁ ምክንያት ኖሮት ጉዳዩን ላለማየት ለፍርድ ቤቱ ሲጠይቅ ወይም በተከራካሪዎቹ በአንዱ ወገን ወይም በሁለቱም በኩል መዝገቡን እንዳያይ ተቃውሞ ሲቀርብበት፣ ወይም
   ለ. ከተከራካሪዎች ወገን ከአንዱ ጋር የቅርብ የስጋ/የጋብቻ/ ዝምድና ሲኖረው፣ ወይም
   ሐ. ከተከራካሪዎች ወገን ከአንዱ ጋር ጠብ ሲኖረው ፣ ወይም
   መ. ክርክር የተነሳበት ጉዳይ ቀደም ብሎ ደኛው በዳኝነት በተቀመጠበት ወይም በሽምግልና መንገድ ያየው ከሆነ ከችሎት እንዲነሳ ይደረጋል።
2. በጉዳዩ ተቃውሞ የቀረበበት ዳኛ የቀረበበትን ተቃውሞ ከተቀበለው በፍቃዱ ከዳኝነት ሊነሳ ይችላል። ነገር ግን ተቃውሞ ካቀረበ በዳኛው የቀረበ ተቃውሞ የቀሩት ዳኞች የዳኛውን ተቃውሞ መርምረው ውሳኔ እንዲሰጡ ይደረጋል፣ ውሳኔውም ተፈፃሚነት ይኖረዋል።
3. በአንቀፅ 7 ንኡስ አንቀፅ 2 ላይ የተሰጠው የዳኞች ውሳኔ ይግባኝ የለውም።
4. በዚህ ምክንያት ዳኛው ከችሎት እንዲነሳ ሲደረግ ካሉት ተጠባባቂ ዳኞች በምትኩ እንዲሰየም ይደረጋል።

**ክፍል ሁለት**

**ስለ የዳኞች አመራረጥና የአገልግሎት ዘመን**

**አንቀጽ 8**

**የዳኞች አመላመል**

ናይ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ዳያኑ እቲ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝቐመሉ ጣብያ /ቀበሌ ብዝርከብ ናይ ቤት ምኽሪ/ባይቶ/ ጉባኤ ብኣብዝሓ ድምፂ ይምረፁ።

ዓንቀፅ 9

ብዳይነት ንምምራፅ ዘብቅዑ ረቋሕታት

ንማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ዳይነት ዝምረፁ ኣብ ሕሉፍ ይኹን ሕዚ ብፅቡቕ ስርሖም ብፅቡቕ መርኣያነቶም ብፃዕረኛነቶምን ግልጋሎቶምን ኣብቲ ሕብረተሰብ ኣኽብሮትን እምነትን ዘትረፉ ነበርቲ ክምረፁ ይግበር።

ዓንቀፅ 10

ናይ ግልጋሎት ዘበን

1. ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዳኛ ናይ ግልጋሎት ዘበን ሓሙሽተ ዓመት ይኸውን ናይ'ቲ ጣብያ /ቀበሌ/ ቤት ምኽሪ ገምጊሙ ብቑዓት'ዮም ክቅፅሉ ይኽእሉ'ዮም እንተይሉ ብድምር ይኹን ብተናፀል እንደገና ክመርፆም ይኽእል እዩ።
2. ዝኾነ ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዳኛ ዝተመረፀሉ ጣብያ/ቀበሌ/ ለቒቑ እንድሕር ከይዱ ናይ ግልጋሎት ዘበኑ የቋርፅ ብኻሊእ ሓዱሽ ተመራፃይ ድማ ይትካእ።
3. ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዳኛ ብሞት ብኸቢድ ሕማም ብማእሰርቲ ክቅፃፅ እንተተወሲኑዎን ብድስፕሊን ጉድለት ካብ ስርሑ እንትውገድን ብሓዱሽ ተመራፂ ይትካእ።

ዓንቀፅ 11

ዳያኑ ካብ ስርሖም ዝውገድሉ ኣገባብ

ዝኾነ ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዳኛ ዝተመረፀሉ ሓላፊነት ብዝግባእ ክትግብር ብዘይምኽኣሉ ምኽንያት ብዝመረፆ ህዝቢ እምነት እንተስኢኑ ግልጋሎት ዘበኑ ቅድሚ ምውድኡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ብኽልተ ሲሶ ድምፂ ናይ ጣብያ/ቀበሌ/ ቤት ምኽሪ ካብ ስርሑ ክውገድ ይኽእል እዩ።

ዓንቀፅ 12

በዝሒ ዳያኑ

ኣብ ሕድሕድ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ሓደ ኣካቢ ክልተ ዳያኑን ከምኡ'ውን ዳኛ ክነድል

የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ዳኞች ፍርድ ቤቱ በቆመበት ጣቢያ/ቀበሌ/ በሚገኝበት ምክር ቤት /ባይቶ/ ጉባኤ በአብላጫ ድመጽ ይመረጣሉ።

አንቀጽ 9

ለዳኝነት የሚያበቁ መመዘኛዎች

ለማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ዳኝነት የሚመረጡ ባለፉት ጊዜያት ይሁን አሁን በጥሩ ስራቸው፣ በስነ ምግባራቸው፣ በታታሪነታቸውና በአገልግሎታቸው በህብረተሰቡ ዘንድ አክብሮትና ታማኝነት ያተረፉ የጣቢያው/የቀበሌው/ ነዋሪዎች እንዲመረጡ ይደረጋል።

አንቀጽ 10

የአገልግሎት /የስራ/ ዘመን

1. የማህበራዊ ፍርድ ቤት ዳኛ የአገልግሎት/የስራ/ ዘመን አምስት አመት ይሆናል፣ የጣቢያው /የቀበሌው/ ምክር ቤት /ባይቶ/ ገምግሞ ብቁዎች ናቸው ሊቀጥሉ ይችላሉ ብሎ ሲያምን በአጠቃላይም ሆነ በተናጠል እንደገና ሊመርጣቸው ይችላል።
2. ማንኛውም የማህበራዊ ፍርድ ቤት ዳኛ ከተመረጠበት ጣቢያ /ቀበሌ/ ለቆ ከሄደ የአገልግሎት/የስራ/ ዘመኑ ይቋረጣል፣ በምትኩ ደግሞ ሌላ አዲስ ዳኛ ይመረጣል።
3. የማህበራዊ ፍርድ ቤት ዳኛ በሞት፣ በከባድ ህመም፣ በእስር እንዲቀመጥ ከተወሰነበትና በዲስፕሊን ጉድለት ከስራው ሲወገድ በአዲስ ተመራጭ እንዲተካ ይደረጋል።

አንቀጽ 11

ዳኞች ከስራቸው የሚወገዱበት ስነ ስርዓት

ማንኛውም የማህበራዊ ፍርድ ቤት ዳኛ የተመረጠበትን ሓላፊነት በተገቢው ሊተገብር ባለመቻሉ ምክንያትና በመረጠው ህዝብ እምነት ባጣበት ጊዜ የአገልግሎት ዘመኑ ከማብቃቱ በፊት በጣቢያው/በቀበሌው/ ምክር ቤት ሁለት ሶስተኛ ድምፅ ሲደገፍ ከስራው ሊወገድ ይችላል።

አንቀጽ 12

የዳኞች ብዛት

በእያንዳንዱ ማህበራዊ ፍርድ ቤት አንድ ሰብሳቢና ሁለት ዳኞች ይኖሩታል። እንዲሁም

ተተኪኦም ዝሰርሑ ክልተ ተጠባበቕቲ ዳያኑ ይምረፁ። እዚ ከምዘሎ ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝተረኸበሉ ኣብ ሓደ ጣብያ/ቀበሌ/ ካብ ሓደ ንላዕሊ መጋባእያ ክህሊ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 13**

**ኣብ መጋባእያ ዝስየሙ በዝሒ ዳያኑ**

1. ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ዝኾነ ዋኒን ዝሪኡ ሰለስተ ዳያኑ ኣብ ዝርከብሉ መጋባእያ ይኸውን
2. ዝኾነ ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዳኛ ብሕማም ወይ ብፍቃድ ኣብ ዝተርፈሉ ግዜ በቶም ተጠባበቕቲ ተተኪኡ ከይዲ እቲ ዳኝነት ክቅፅል ይግበር።

**ክፍሊ ሰለስተ**

**ስልጣን ዳይነት ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ**

**ዓንቀፅ 14**

**ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ናይ ዳይነት ስልጣን ዝህልዎም**

ሀ. እቲ ተኸሳሳይ ወይ ኣመልካታይ ኣብ ዝነበረሉ ወይ

ለ. እቲ ክርክር ዘልዓለ ዋኒን ኣብ ዝርከበሉ ወይ እቲ ክርክር ዘልዓለ ዋኒን መፅለቢ ኣብዝተገበረሉ ወይ

ሐ. እቲ ገበን ዝተፈፀመሉ ቦታ እቲ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝቖመሉ እንድሕር ኮይኑ እዩ።

**ዓንቀፅ 15**

**ናይ ፍትሃብሄር ዋኒናት ስልጣን**

ዝኾነ ማሕበራዊ ቤት ፍረዲ

1. ካብ ብር 1,500/ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ብር/ ዘይበልፅ ወይ ግምቱ ክሳብ 1,500/ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚአትን ብር/ ብዝኾነ ናይ ንብረት ክርክር።
2. ኣብ ቀበሌ ወይ ጣብያ ውሽጢ ብዛዕባ ዝርከብ ገዛውትን ቦታታትን ግምቶም እስካዕ 1.500/ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ብር/ ዝኾነ ናይ ግልጋሎት ክፍሊት ብምጥቃም ንዝለዓሉ ክርክራት
3. ኣብ ጣብያ ወይ ቀበሌ ክልል ውሽጢ ብሓባር ዝጥቀምሉ ስፍራታትን መስርሕን ብናይ ግልጋሎት ዋጋ ክፍሊት ወይ በቲ ማሕበር ዝወሃቦ ልቃሕ ኣከፋፍላን ኣብ መንጎ እቶም ማሕበርን ኣባላቱን ዝለዓል

ሲጎድል ተክተው ሊሰሩ የሚችሉ ሁለት ተጠባባቂ ዳኞች ይመረጣሉ ይህ እንደተጠበቀ ሆኖ አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ በእያንዳንዱ ጣብያ/ቀበሌ/ ከአንድ በላይ ችሎት ሊኖር ይችላል።

**አንቀጽ 13**

**በችሎት የሚሰየሙ የዳኞች ብዛት**

1. የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ማንኛውም ጉዳይ የሚያስችሉት በሶስት ዳኞች ይሆናል።
2. የማህበራዊ ፍርድ ቤት ዳኛ በህመም ወይም በፍቃድ ምክንያት ከስራው በሚቀርበት ጊዜ ከተጠባባቂ ዳኞች ውስጥ ተተክቶ የዳኝነት ሂደት /ስራ/ እንዲቀጥል ይደረጋል።

**ክፍል ሦስት**

**የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች የዳኝነት ስልጣን**

**አንቀጽ 14**

**የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች የዳኝነት ስልጣን የሚኖራቸው**

ሀ. ተከሳሹ ወይም ከሳሹ በሚኖሩበት ቦታ ወይም

ለ. ክርክር ያስነሳው ጉዳይ በሚገኝበት ወይም እልባት ባገኘበት ወይም

ሐ. ወንጀል የተፈፀመበት ቦታ ፍርድ ቤቱ በቆመበት ቦታ ከሆነ ጉዳዩን የመዳኘት ስልጣን ይኖራቸዋል።

**አንቀጽ 15**

**የፍትሃብሄር ጉዳዮች ስልጣን**

ማንኛውም ማህበራዊ ፍርድ ቤት

1. ከ 1,500/አንድ ሺ አምስት መቶ/ ብር የማይበልጥ የተንቀሳቃሽና የማይንቀሳቀስ የንብረት ክርክር
2. በጣቢያ/ቀበሌ/ ውስጥ በሚገኙ ቤቶችና ቦታዎች ግምታቸው እስከ 1,500/አንድ ሺ አምስት መቶ/ ብር የሚደርስ የአገልግሎት ክፍያዎች በመጠቀም ለሚነሱ ክርክሮች፣
3. በጣቢያ ወይም በቀበሌ ክልል ውስጥ በአንድነት/በጋራ/ የሚጠቀሙበት ስፍራዎችና የሰራ ቦታዎች የአገልግሎት ዋጋ ክፍያ ወይም በማህበሩ የሚሰጠው የብድር አከፋፈልን በተመለከተ በማሕበሩ አባላት የሚነሱ

ግምቶም እስካብ 1,500/ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ብር/ ዝኾነ ክርክር ናይ ምርኣይ ስልጣን ኣለዎ።

4. ካብ ጎረቤት ዝሓልፉ ጨናፍርን ሱራሱርን ተኽልታትን ዝለዓል ክሲ

ሀ. ዝኾነ ይኹን ሰብ ናብ መሬቱ ካብ ጎረቤቱ ተዘርጊሖም ዝኣተዉ ጨናፍር ተኽሊ ብዘይቅድመ ኩነት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ክገልሰሉ ብዳኛ ክገድድ ይኽእል እዩ

ለ. ንዋና ተኽሊ ምንጋር እንከየድለየ ካብ ካሊእ ናብ ቦትኡ ወሰን ሓሊፉ ውሽጢ ንውሽጢ ንዝኣተዉ ሱራስር ተኽሊ ባዕሉ ብወነኑ ክቆርፆ ይኽእል እዩ።

5. ሓፁር ወይ ገዛ ኣብ ምሕዳስ ዝላዓል ዋኒን

ሀ. ኣብ ጎረቤት ዝተሰርሐ ሓፁር ወይ ገዛ ንምሕዳስ ግድን ብናይ'ቲ ቀረባ ጎረቤቱ መሕላፍ እንተደአ ኣድልዩ እቲ መሕለፊ ዝሓትት ጎረቤት መሕለፊ ክህብ ይግደድ'ዩ።

ለ. በዚ ምትሕልላፍ ምኽንያት እንተደአ ጉድኣት በጺሑ ዋና መሬት /መሕለፊ ዝሃቦ ጎረቤት/ ናይ ጉድኣቱ ካሕሳ ክሓትት ይኽእል እዩ።

ሐ. ኲታ ገጠም ወይ ናይ ሓባር ሓፁር ብመልክዕ ነፃላ መንደቅ ዝተሰርሐ ሓፁር እንትፈርስ ውዕል እንተነይርዎም ብውዕሎም ክፅግንዎ ውዕል እንተዘይነይሩዎም ብማዕረ ወፃኢ ክፅግንዎ ይግደዱ።

6. ዝጠፍእ ኣቅሓ/ነገር/ ወይ እንስሳ

ሀ. ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ወይ ድንገት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝተንቀሳቀሰ ንብረት /ኣቕሓ/ ከፍቲ ወይ ካልኦት ጥሪታት ካብ ሰፈሮም ዝወፁ ኣናህብ ደራሁን ካልኦት ጥሪታትን ሓሊፎም ናብ ካሊእ እንተኣትዮምን ባዓል ዋና እና ተኽታተለ ወይ እውን እና ኣለሽ ናብ'ቲ ጥሪት ዘሊሉ ክኣቱ ንብረቱ ክወስድን ንብዓል መሬት እንተሓቲቱ ክፈቅደሉ ኣለዎ።

ለ. በዓል መሬት/በዓል ትሕዝቶ/ በዚ ምኽንያት ዝበፅሖ ኪሳራ ወይ ጉድኣት እንተሃልዩ ካሕሳ

ግምታቸው እስከ 1,500/አንድ ሺ አምስት መቶ/ ብር የሆኑ ማንኛውም ክርክሮች የማየት ስልጣን ይኖራቸዋል።

4. ከጎረቤት በገቡ ቅርንጫፍችና የዛፍ ስሮች የሚነሳ ክስ

ሀ. ማንኛውም ሰው ወደ መሬቱ ላይ ተዘርግተው የገቡትን የጎረቤት የዛፎች ቅርንጫፎች በአንድ ወር ውስጥ እንዲቆረጥ በዳኛ ማስገደድ ይቻላል።

ለ. የአንድ መሬት ባለሃብት የማስታወቅ ግዴታ ሳይኖርበት ከወሰኑ መሰመር አልፎ በመሬቱ ውስጥ ለውስጥ የሚሄዱትን ስሮች ሊቆርጣቸው ይችላል።

5. አጥር ወይም ቤት ለማደስ የሚነሳ ጉዳይ

ሀ. በአንድ መሬት ላይ የተሰራውን አጥር ወይም ቤት ለማደስ በጎረቤት መሬት ላይ ማለፍ አስፈላጊ ሲሆን ጎረቤት የሆነው ባለሃብት/በለይዞታ/ በመሬቱ ላይ መተላለፍ ፍቃድ አለበት።

ለ. የተሰራውን አጥር ወይም ቤት ለማደስ በመተላለፍ ላይ እነዳለ በባለመሬቱ/ባለይዞታው/ ላይ ጉዳት ካደረሰ ባለሃብቱ የጉዳት ካሳ/ኪሳራ/ ለመጠየቅ ይችላል።

ሐ. የጋራ አጥር ሲፈርስ ባለሃብቱ ውል ከነበራቸው በውላቸው መሰረት፣ ውል ካልነበራቸው ግን እኩል ወጪ በማድረግ እንዲጠግኑ ይገደዳሉ።

6. የጠፉ ነገሮች ወይም እንስሶች

ሀ. በማንኛውም ምክንያት ወይም በድንገተኛ ሁኔታ ማንኛዎችም ዕቃዎች በሌላ ሶስተኛ ሰው መሬት ላይ የተገኙ እንደሆነ ወይም እንደ ከብቶች ንብ መንጋ ዶሮ የመሳሰሉ እንስሶች ተላልፌው እንዲሁ የተገኙ እንደሆነ ባለመብት/ባለሃብት/ የሆኑት ሰዎች እንዲፈልጓቸውና እንዲወዱቸው የመሬቱ ባለሃብት/ባለይዞታ/ በመሬቱ ውስጥ መግባትን መፍቀድ አለበት።

ለ. የጠፉትን ነገሮች ወይም እንስሶች ለመውሰድ ሲባል ባለሃብቱ /ባለመብቱ/ ወደ

ናይ መሕታት መሰል ኣለዎ።

ሐ. በዓል መሬት/በዓል ትሕዝቶ/ ነቲ ዝኣተወ ወይ ዝጠፍአ ንብረት /ጥሪት/ ሽዑ ንሽዑ ንባዓል ዋና/ጥሪት/ እንተደአ ኣረኪቡ ካብኡ ንድሓር ካሊእ ሰብ ናብ መረብኡ /መሬቱ/ ንኸይኣቱ ክኸልክል ይኽእል'ዩ።

7. ብናይ ካሊእ ሰብ ቦታ ምትሕልላፍ

ሀ. መተሓላለፊ ክኸውን ዝድለ ባዓል መሬት/መረባ/ ንዝበፅሖ ኪሳራ/ጉድኣት/ ካሕሳ ብሙሉኡ ወይ ብኽፋል ኣቐዲሙ እንተድኣ ረኺቡ እቲ ሒዝዎ ዘሎ መሬት ንኻልኦት ከም ማይ ቡምባ መስመር ኤሌክትሪክ ካልኦትን መተሓላለፊ ክፈቅድ ኣለዎ

ለ. እዚ ናይ ምምሕልላፍ ስራሕ ዝዓበየ ጉድኣት ብዘየምፅእን ብዝጥዕምን ክስራሕ ኣለዎ።

ሐ. በዓል መሬት/በዓል ትሕዝቶ/ እቲ ዝተተኸለ መተሓላለፊ ብናይ ባዕሉ ኪሳራን እቲ ስራሕ ብዘይቋረፀሉ ኩነታትን ናብ ካሊእ ዝሓሸ'ዩ ዝበሃል ቦታ ኣዛዊሩ ክተኽሎ ይኽእል እዩ። እዙይ እንትግበር ግና ነቶም በዚ ዝተተኸለ ናይ ማይ ቡንባ፣ ኤሌክትሪክ መስመርን ካልኦት ተመሳሰልቲ ነገራት ዝረኸቡ ሰባት ክፍልጥ ኣለዎ።

8. መተሓለለፊ መንገዲ ናይ ምርካብ መሰል

ሀ. ዝኾነ ሰብ ዝነብረሉ ወይ ዝሰርሐሉ ቦታ ብመንገዲ ምስኣን እንተተዓፅዩ ናብ ከባቢኡ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣመልኪቱ በዘይ ቅድመ ኩነት መውፅኢ መእተዊ መንገዲ ክፍቀደሉ ኣለዎ።

ለ. ብምኽንያት መንገዲ ተቀዲዱ ምውሃብ ዝተጎድአ ወገን እንተሃልዩ ከከም ኣድላይነቱ ናይ ጉድኣት ካሕሳ ክወሃቦ ይኽእል።

ሐ. እቲ ንመንገዲ ዝተውሃበ ሌጣ መሬት እንተኾይኑ ናይ ጉድኣት ካሕሳ ዝሕተተሉ ምኽንያት ኣይህሉን።

9. ናይ ዝናብ ማይ

1. ናይ ሓደ ገዛ ወናኒ /በዓል ትሕዝቶ/ ካብ ገዝኡ ዝወርድ ናይ ዝናብ ማይ ኣብ ናይ ባዕሉ መረባ ጥራሕ ዝዓርፈሉ ወይ እውን ኣብ ጎረቤቱ/ጉድኣት ብዘይበፅሕ መንገዲ ክሰርሕን ብመኸረብ ንበረኻ ክሰድድ ኣለዎ።

ባለመሬቱ/ባለሃብቱ/ በመግባቱ ምክንያት የደረሰ ኪሳራ ወይም ጉዳት ካለ የመሬቱ ባለሃብት/ባለይዞታ ከዚሁ ባለመበት ላይ ከሳ የመጠየቅ መብት አለው።

ሐ. ባለመሬቱ/ባለይዞታው/ ራሱ ወዲያዉኑ ፈልጎ የጠፋውን እቃ ወይም እንስሳ ባለመብት ለሆነው ሰው የሰጠ እንደሆነ ሌላ ሰው በመሬቱ ላይ እንዳይገባ ሊከለክል ይችላል።

7. በሌላ ሰው ቦታ ስለመተላለፍ

ሀ. ባለመሬቱ/ባለይዞታው/ የሚደርስበትን ኪሳራ በሙሉ ወይም በከፊል አስቀድሞ ካገኘኘ በራሱ መሬት ላይ ለሌች መሬቶች ጥቅም የሚሆኑ የውሃ ቧንቧዎች፣ የኤሌክትሪክ መስመሮችና ሌሎች መተላለፍያዎች መፍቀድ አለበት።

ለ. ይህ የማስተላለፍ ድርጊት የበለጠ በሚመች አኳኋን ትልቅ ጉዳት በማያመጣ መንገድ መፈፀም አለበት

ሐ. የዚህም መሬት ባለቤት/ባለይዞታ/ የተቋቋመው ስራ በራሱ ኪሳራ ከመሬት ላይ ወደ ሌላ የተሻለ ስፍራ እንዲዛወርና እንዲቋቋም በማናቸውም ጊዜ ማድረግ ይችላል። ይህን ሲያደርግ ግን በተቋቋመው የውሃ ቧንቧ ፣ የኤሌክትሪክ መስመርና ሌሎች መተላለፊያዎች ጥቅም የሚያገኙ ሰዎች ማሳወቅ አለበት።

8. መተላለፊያ መንገድ የማግኘት መብት

ሀ. ማንኛውም ሰው የሚኖርበት ወይም የሚሰራበት ቦታ መንገድ ከተዘጋበት ማህበራዊ ፍርድ ቤት ቀርቦ በማመልከት ያለምንም ቅድመ ሁኔታ መውጫና መግቢያ መንገድ እንዲፈቀድለት ይገባል።

ለ. መንገዱን በመሸንሸኑ ምክንያት ጉዳት የደረሰበት ወገን ካለ እንደስፈላጊነቱ የጉዳት ካሳ ሊሰጠው ይችላል።

ሐ. ተሸንሽኖ ለመንገድ አገልግሎት የተሰጠ መሬት ነፃ መሬት ከሆነ የጉዳት ካሳ ሊጠየቅበት አይችልም።

9. ዝናብን በሚመለከት

1. ከቤት ቆርቆሮ የሚፈሰው የዝናብ ውሃ በግቢው ውስጥ ብቻ እንዲያርፍ ማድረግ ወይም በጎረቤት ላይ ጉዳት በማያደርስ መንገድ በቦይ ከግቢው ውጭ እንዲፈስ ማድረግ አለበት።

2. ኣብ ዝሕረስ መሬት'ውን ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ንናይ ካሊእ ሰብ ዝሩእ ወይ ግራት ብዝበላሸው ክስደድ የብሉን። በዚ ምኽንያት ንዝፍጠር ጉድኣት ካሕሳ ናይ ምኽፋል ተሓታትነት የስዕብ'ዩ።
3. ጎረባብቲ ወይ ናይ ሓደ ኸባቢ ነበርቲ በዚ ምኽንያት ክበፅሕ ዝኽእል ናይ ሓባር ጉድኣት ንምእላይ ናይ ሓባር ፃዕሪ ክገብሩ ግቡእ ኣለዎም።

10.ዋሓዚ ሩባ

1. ካብ ወሓዚ ሩባ ብሓባር ዝጥቀሙ ነበርቲ ብኣቀማምጣ ናይ ላዕለዎትን ታሕተዎትን ነበርቲ ብዝርከብ መጠን ብሓባር ናይ ምጥቃም መሰልን ግቡእን ኣለዎም።
2. በኣቀማምጣ ብላዕላይ/ብርኪ/ ዘሎ ነባሪ ንብትሕቲኡ ዘሎ ነባራት ኣብ ግመት እንከየእተወ ንናይ ውልቀ ጥቅሚ ብጠቅላላ ወይ ብዝበዝሕ እቲ ሩባ ገዲቡ ብምውዓሉ ነቲ ታሕተዋይ ዘሎ ተጠቃማይ ዝጎድእ እንተኾይኑ ብሕጊ ተሓታቲ ይኸውን
3. እዚ ዝኸውን እቲ ወሓዚ ሩባ ብተፈጥሮ ካብ ቀደሙ ወሓዚ ዝነበረን ነበርቲ ብሓባር ብዘይኣፈላላይ ዝጥቀሙሉ ዝነበረን እንተኾይኑ'ዩ

11.ዝኾነ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብመንግስቲ ኣካላት ንዝውሃቦ ናፃ ግልጋሎት ናይ ኣመልካቲ ናይ ናብራ ኩነታት ብምርግጋፅ መርትዖ ክህብ ይኽእል።

12.ብተወሳኺ'ውን ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ዝወፀ ናይ ቤተሰብ ሕጊ ዝተውሃበ ናይ ዳይነት ስልጣን ይህልዎም።

**ዓንቀፅ 16**

**ናይ ገበን ዋኒናት ዝምልከት ስልጣን**

**ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ**

ሀ. ብገበነኛ መቅፅዒ ሕጊ ዓንቀፀ 734፣ 737፣ 745፣ 757፣ 760፣ 764፣ 768፣ 775፣ 777፣ 782፣ 784፣ 785፣ 792-816 ንዝልዓሉ ናይ ደንቢ ምትሕልላፍ ክስታትን

ለ. ብዓቃቢ ሕጊ መስሪያ ቤት ዝምረሐሉ ናይ ደንቢ ምትሕልላፍ ክስታትን ሪኦም ናይ ምውሳን ስልጣን ይህልዎም።

**ዓንቀፅ 17**

2. በእርሻ እንዲፈስ በተመሳሳይ መንገድ ከላይ ዐይ በመስራት የሌላ ሰው ሰብል ወይም ማሳ በሚያበላሽ መልኩ መለቀቅ የለበትም። በዚህ ምክንያት ለሚፈጠር ጉዳት ካሳ የመክፈልን ተጠያቂነት ያስከትላል።
3. ጎረቤቶች /የአንድ አከባቢ ነዋሪዎች/ ተስማምተው የጋራ ጉዳት ሊያስከትሉ የሚችሉትን ከጥፋት ለማዳን ሲሉ የጋራ ጥረት እንዲያደርጉ ግዴታ አለባቸው።

10.ወራጅ የወንዝ ውሃን በሚመለከት

1. ከወራጅ ወንዝ ውሃ በጋራ የሚጠቀሙ ነዋሪዎች በአቀማመጥ የላይኛውና የታችኛው ነዋሪዎች በሚገኘው የውሃ መጠን በጋራ እኩል የመጠቀም መብትና ግዴታ አለባቸው።
2. በአቀማመጥ በላይኛው የወራጅ ወነዝ ውሃ የሚኖር ነዋሪ ከሱ በታች ያለውን ነዋሪ ግምት ውስጥ ሳይገባ ለግል ጥቅሙ ሲል በአጠቃላይ ወይም በአብዛኛው ወንዙን ገድቦ ሌሎች እንዳይጠቀሙ ያደናቀፈ በህግ ተጠያቂ ይሆናል።
3. ይህ የሞሆነው ወራጅ ወንዝ ውሃው ከድሮ ጀምሮ በተፈጥሮው ወራጅ የነበረና ቀድሞውኑ ህዝቡ ያለ ምንም ልዩነት በጋራ ሲጠቀምበት የነበረ ሲሆን ነው።

11.ማንኛውም የማህበራዊ ፍርድ ቤት በመንግስት አካሎች ለሚሰጥ ነፃ አገልግሎት ስለ አመልካቹ የኑሮ ሁኔታ በማረጋገጥ ማስረጃ ሊሰጥ ይችላል።

12.ከዚህ በተጨማሪ በትግራይ ብሄራዊ ክልል ምክር ቤት ፀድቆ በወጣው የቤተሰብ ህግ የተሰጠ የዳኝነት ስልጣን ይኖራቸዋል።

**አንቀጽ 16**

**የወንጀል ጉዳዮችን የሚመለከት ስልጣን የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች**

ሀ. በወንጀለኛ መቅጫ ህግ አንቀጽ 734፣ 737፣ 745፣ 757፣ 760፣ 764፣ 768፣ 775፣ 777፣ 782፣ 784፣ 785፣ 792-816 መሰረት ለሚነሱ የደንብ መተላለፍ ክሶችና

ለ. በአቃቤ ህግ መስሪያ ቤት የሚመሩላቸውን ሌሎች የደንብ መተላለፍ ክሶች አይተው የመወሰን ስልጣን ይኖራቸዋል።

**አንቀፅ 17**

**መቕፃዕቲ**

ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ

1. ተኸሳሲ ጥፍኣተኛ ምዃኑ ብዝግባእ እንተዘይተረጋጊፁ ብናፃ የሰናብትዎ፣
2. ተኸሳሲ ጥፍኣተኛ ምዃኑ ብዝግባእ እንተተረጋጊፁ ድማ ካብ መንጎ ስዒቦም ዝተዘርዘሩ መቕፃዕቲታት ከም ጥፍኣቱ ክብደት ሓዲኦም ክቕፅዖ ይኽእል።
   ሀ. ከምቲ ተኸሳሲ ናይ ምኽፋል ዓቕሚ ብሓደ ሻብ ወይ በብጊዚኡ ተከፊሉ ዝውድእ ካብ ሓደ ቅርሺ/በር/ ክሳብ ሚኢቲ ቅርሺ/ብር/ ብዝበፅሕ መቕፃዕቲ ምቕፃዕ ወይ
   ለ. ካብ ምድብ ናይ ስራሕ ሰዓት ወፃኢ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ ዘይበለፀ ነቲ ሕብረተሰብ ጠቃሚ ዝኾነ ምስ ሞይኡ ተመሳሳልነት ዘለዎ ማሕበራዊ ስራሕ ክሰርሕ ምግባር
   ሐ. እቲ ጥፍኣት ዝተፈፀመሉ ኣብ ንብረት፣ ኣካል ኣብ ምግዳል እንድሕር ኮይኑ ካብ 500.00/ሓሙሽተ ሚኢቲ ብር/ ዘይበልፅ ካሕሳ ከምዝኸፍል ምግባር ይኽእል ‘ዩ።
3. ኣብ ዓንቀፅ 16/ሀ/ ዝተደንገገ ናይ ገንዘብ ቅፅዓት ከምዘሎ ኮይኑ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ዝኾነ ሰብ ዝተፈላለየ ግዜ ብዙሓት ወይ ብሓደሻብ ካብ ሓደ ንላዕሊ ወይ ሓደ ገበን ደጋጊሙ እንተፈፂሙ ክሳብ ሰለስተ ሚኢቲ ብር ብዝበፅሕ ገንዘብ ናይ ምቕፃዕ ስልጣን ኣለዎም።
4. ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝረኸቦ ካብቶም ኣብዚ ንኡስ ናይ ደንቢ ምትሕልላፍ ጥፍኣት ዝፈፀመሉ መሳርሒ ብውርሲ ንመንግስቲ ኣታዊ ንክኸውን ክእዝዝ ይኽእል።

**ዓንቀፅ** 18

**ዋሕስን እግድን**

1. ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝረኸቦ ጥፍኣት ፈፂሞም ተባሂሎም ኣብ ዝተከሰሱ ሰባት ክሳብ ናይ መወዳእታ ውሳነ ዝወሃብ በቲ ዝተብሃለ ናይ ቆፀሮ ጊዜ ንኽቕርቡ ዋሕስ ክገብሩ ክእዝዝ ይኽእል። ተኸሳሲ ዋሕስ ከቕርብ ዘይኽእል እንተኾይኑ

**ቅጣት**

ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች

1. ተከሳሾች ጥፋተኛ መሆኑ በሚገባ ካልተረጋገጠ በነፃ ያሰናብቱታል፣
2. ተከሳሽ ጥፋተኛ መሆኑ ከተ.ጋገጠ ከዚህ በታች ከተዘረዘሩት ቅጣቶች እንደጥፋቱ ክብደት በአንዱ ሊቀጣ ይችላል።

   ሀ. እንደ ተከሳሹ የመክፈል አቅም በአንድ ጊዜ ወይም በየጊዜው ተከፍሎ የሚያልቅ ከአንድ ብር እስከ አንድ መቶ ብር/1-100/ በሚደርስ የገንዘብ ቅጣት መቅጣት ወይም
   ለ. ከስራ ሰዓት ውጪ ከአስራ አምስት /15/ ቀን የማይበልጥ ለህብረተሰቡ ጠቃሚ የሆነና ከጥፋተኛው ሞያ ጋር ተዛማጅነት ያለው ማሕበራዊ ስራ እንዲሰራ ማድረግ
   ሐ. የተፈፀመው ጥፋት በንብረት ላይ ከሆነ ወይም አካል ማጉደል ከሆነ ከአምስት መቶ/500/ ብር የማይበልጥ ካሳ እንዲከፍል ማድረግ ይችላሉ።

3. በአንቀጽ 16/ሀ የተጠቀሰው የገንዘብ ቅጣት እንዳለ ሆኖ ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ማንኛውም ሰው በተለያየ ጊዜ ወይም በአንድ ጊዜ ከአንድ በላይ ወይም ተደጋጋሚ ወንጀል ከፈፀ እስከ ሶስት መቶ/300/ ብር የሚደርስ የገንዘብ ቅጣት የመወሰን ስልጣን ይኖራቸዋል።
4. አስፈላጊ ሆኖ ባገኘው ጊዜ በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 2 ከተዘረዘሩት በተጨማሪ ተከሳሹ የደንብ መተላለፍ ጥፋት የፈፀመበትን መሳሪያ በመውረስ ለመንግስት ገቢ እንዲሆን ማዘዝ ይችላል።

**አንቀጽ** 18

**የዋስትና መብትና እግድ**

1. ማህበራዊ ፍርድ ቤት አስፍላጊ ሆኖ ሲያገኘው ጥፋት ፈፅመዋል ተብለው የተከሰሱ ሰዎች ላይ የመጨረሻ ውሳኔ ፍርድ ቤቱ እስኪሰጥ ድረስ በተወሰነው የቀጠሮ ጊዜ እንዲቀርቡ ዋስ እንዲያቀርቡ ሊያዝ ይችላል። ተከሳሹ ከአስር እስከ ሓምሳ/ከ10-

ካብ ዓሰርተ እስካብ ሓምሳ (ካብ 10-50) ብር ብዝበፅሐ ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዓርሰ ውሕስና ክፍርም ክግበር ይኽእል'ዩ።

2. እቲ ተፈፂሙ ዝበሃል ጥፍኣት እንተቀፂሉ ተወሳኺ ጉድኣት ከየስዕብ ክሳብ እቲ ጉዳይ ብውሳነ ዝዓልብ እቲ ጥፍኣት ንኽይቅፅል ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ግዚያዊ ናይ እግድ ትእዛዝ ክመሓላልፍ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 19**

**ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ምድፋር**

ዝኾነ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ መጋባእያ እንዳሃለወ ናይ ምፍርራሕ ተግባር ዝፈፀመ ወይ ነቲ ቤት ፍርድን ዳኛን ንዝደፈረ፣ ዘባጨወ፣ ዝተፃረፈ ወይ ካልእ ተመሳሳላይ ተግባር ዝፈፀመ ሰብ እቲ ቤት ፍርዲ ቆፀሮ ከይሃበ ዝርዝር ኩነት ብምምዝጋብ ካብ ሓምሳ ብር/50.00/ ዘይበለፀ መቅፃዕቲ ክቀፅዕ ይኽእል።

**ክፍሊ ኣርባዕተ**

**ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ዝኽተሉዎ ስነ ስርዓት**

**ዓንቀፅ 20**

**መትከል**

1. ዝኾነ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝኽተሎ ስነ ስርዓት በዚ ኣዋጅ ዝተደንገገ ይኸውን
2. ዝኾነ ሰብ ኣብ መጋባእያ ብምርካብ ነቲ ኣካቢ ኣፍቂዱ ርኢቶ ናይ ምቅራብ መሰል ኣለዎ ኮይኑ ግና እቲ ቤት ፍርዲ ውሳነ ዝህብ ሕጊ ተኸቲሉ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 21**

**ኣመሰራርታ ክሲ**

1. ናብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝቐርብ ክሲ ከም ክብደት ናይቲ ዋኒን ብፅሑፍ ወይከዓ ብቃል ክኾን ይኽእል።
2. እቲ ክሲ ብፅሑፍ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ሰለስተ ቅዳሕ ተዳልዩ ክቀርብ ኣለዎ። ክሲ ብቃል ኣብ ዝቀርበሉ ጊዜ እቲ ቤት ፍርዲ መዝገብ ብምኽፋት ናይ ክሳሲን ተኸሳሲን ሽምን ኣድራሻን ከምኡ'ውን ናይ'ቲ ክሲ ፍረ ነገር ብሓፂሩ ዘለዎ መርትዖታትን መሰኻኽርን ብፅሑፍ ከስፍር ኣለዎ።
3. ከምኡ'ውን እቲ ክሲ ዝተመስረተሉ ንብረት ናይ ገንዘብ ግምቱ ተገሊፁ ክቐርብ ኣለዎ

50 ብር/ በሚደርስ ገንዘብ በማህበራዊ ፍርድ ቤት የራስ ዋስትና እንዲፈርም ሊደረግ ይችላል።

2. ተፈጽሟል የተባለው ጥፋት ከቀጠለ ተጨማሪ ጉዳት እንዳያደርስ ጉዳዩ በውሳኔ እልባት እስኪያገኝ ጥፋቱ እንዳይቀጥል የማህበራዊ ፍርድ ቤት ጊዚያዊ የእገዳ ትእዛዝ ሊያስተላልፍ ይችላል።

**አንቀጽ 19**

**የማህበራዊ ፍርድ ቤት ስለመድፈር**

የማህበራዊ ፍርድ ቤት በችሎት ላይ እያለ ማስፈራራት፣ ፍርድ ቤቱንና ዳኛውን መዳፈር፣ መሳደብ፣ ማፌዝ ወይም ሌላ ተመሳሳይ ድርጊት የፈጸመ ሰው ሲኖር ፍርድ ቤቱ ቀጠሮ ሳየሰጥ ዝርዝር ሁኔታውን በመመዝገብ ከሃምሳ/50ብር/ ባልበለጠ ቅጣት ሊቀጣ ይችላል።

**ክፍል አራት**

**ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ስለሚከተሉት ስነስርዓት**

**አንቀጽ 20**

**መሰረቱ**

1. ማህበራዊ ፍርድ ቤቶች የሚከተሉት ስነ ስርዓት በዚህ አዋጅ የተደነገገው ይሆናል።
2. ማንኛውም ሰው በችሎት ቦታ በመገኘት ሰብሰቢ ዳኛውን በማስፈቀድ ሃሳብ የማቅረብ መብት አለው። ሆኖም ግን ፍርድ ቤቱ ውሳኔ የሚሰጠው ሕግ ተከትሎ ይሆናል።

**አንቀጽ 21**

**የክስ አመሰራረት**

1. ወደ ማሕበራዊ ፍርድ የሚቀርብ ክስ እንደ ጉዳዩ ክብደት ክሱ በጽሑፍ ወይም በቃል ሊቀርብ ይችላል።
2. ክሱ የሚቀርበው በጽሑፍ ከሆነ በሦስት ቅጂ ተዘጋጅቶ መቅረብ አለበት። ክሱ የቀረበው በቃል ከሆነ የማህበራዊ ፍርድ ቤቱ ፋይል በመክፈት የከሳሽና የተከሳሽ ስም፣ አድራሻ እንዲሁም የክሱን ፍሬ ነገር ባጭሩ፣ ያለውን ማስረጃና ምስክሮች በጽሑፍ ማስፈር አለበት።
3. በጽሑፍ ይሁን በቃል ክስ የቀረበበት ንብረት ክርክር የገንዘብ ግምት/ተመን/ ተገልፆ መቅረብ አለበት።

4. ኣካቢ ዳኛ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ናብቲ ቤት ፍርዲ ዝቐርብ ጥርዓናት ብምምርማር ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰነዳትን መርትየታትን ተተሓሒዞም ክቐርቡ ኣድላይ ቅድመ ምድላው ይገብር ከምኡ'ውን በቲ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ተኸራኸርቲ ወገናት መሰኻኽር ካልኦት ነቲ ዋኒን ንምዕራይ ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰባት መፀዋዕታ ክበፅሖም ይገብር።

### ዓንቀፅ 22
### ኣቀራርባ ክሲ

1. ናይ ደንቢ ምትሕልላፍ ጥፍኣታት ክሲ ናብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝቐርቡ ስዒቡ ብዝተዘርዘረ መሰረት ይኸውን
   ሀ. ደንቢ ምትሕልላፍ ጥፍኣት ዝተፈፀመ ኣብ ልዕሊ ኣካል ናፅነት ክብሪ ወይ ከዓ ንብረት ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ክሲ ምቅራብ ዝግብኦ ተበዳላይ ሰብ ባዕሉ ይኸውን። ኮይኑ ግና ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ተበዳላይ ክቀረብ ኣብዘይኽእለሉ እዋን እቲ ክሲ ብሰበይቱ ወይ ብሰብኣያ ብውላዱ፣ ብሓዉን ፣ ብኣቡኡ፣ ብኣቦሓጉኡ ወይ በቲ ኸባቢ ልማድ ናይ ቀረባ ዘመድ እዩ ተባሂሉ ብዝእመነሉ ሰብ ጥራሕ ይኸውን

   ለ. ጥፍኣት ዝተፈፀመ ኣብ ልዕሊ ናይ መንግስቲ መስሪያቤት ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ክሲ ምቅራብ ዝግብኦ ዝምልከቶ መነግስቲ መስሪያቤት ወኪል ወይ መኸበሪ ሕጊ እዩ።
   ሐ. ጥፍኣት ዝተፈፀመ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ትካላት፣ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ወይ ካልኦት ማሕበራት ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ክሲ ዝቐርብ እቲ ዋኒን ብዝምልከቶ ህዝባዊ ትካል፣ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ወይከዓ ካሊእ ማሕበር ወኪል ወይ ወዳኢ ነገር ኣቢሉ ይኸውን
2. ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ብማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝርኣይ ናይ ፍትሃብሄር ክስታት ዝቐርብ በቲ ተጠቃሚ ዝኾነ ወይ ከዓ ጉድኣት ብዝበፅሖ ወገን ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ኣቢሉ ይኸውን።

4. የማህበራዊ ፍርድ ቤት ሰብሳቢ ወደ ፍርድ ቤቱ የሚቀርቡ ማመልከቻዎችን በመመርመር አስፈላጊ የሆኑ ሰነዶችና መረጃዎች ተያይዘው እንዲቀርቡ አስፈላጊ ቅድመ ዝግጅት ያደርጋል፣ እንዲሁም በፍርድ ቤቱ ትእዛዝ ተከራካሪ ወገኖች ምስክሮችና ሌሎች ጉዳዩን ለማጣራት አስፈላጊ የሆኑ ሰዎች መጥሪያ እንዲደርሳቸው ያደርጋል።

### አንቀጽ 22
### የክስ አቀራረብ

1. ደንብ በመተላለፍ ለሚፈጸሙ ጥፋቶች ክስ ወደ ማህበራዊ ፍርድ ቤት የሚቀርበው ከዚህ በታች በተዘረዘሩ መሰረት ይሆናል።
   ሀ. ደንብ በመተላለፍ የተፈፀመው ጥፋት በአካል ላይ፣ በነፃነት፣ በሰው ክብር ወይም በንብረት ላይ በሚሆንበት ጊዜ ክሱ መቅረብ ያለበት በተበዳዩ አማካኝነት ይሆናል፣ ሆኖም ግን ተበዳዩ ከአቅሙ በላይ በሆኑ ምክንያቶች ክሱን ራሱ ማቅረብ ካልቻለ በሚስቱ፣ በወንድሙ፣ በልጁ፣ በአባቱ፣ በእናቱ፣ በአያቱ፣ ወይም እንደየአከባቢው ተለምዶ የተበዳዩ የቅርብ ዘመዱ ነው ተብሎ በሚታመንበት ሰው ብቻ ይሆናል።
   ለ. ጥፋቱ የተፈፀመው በመንግስት መስሪያ ቤት ላይ ከሆነ ክሱን ማቅረብ የሚገባው የሚመለከተው የመንግስት መስሪያ ቤት ወኪል ወይም በአቃቤ ህግ አማካኝነት ይሆናል
   ሐ. ጥፋቱ የተፈጸመው በህዝባዊ ድርጅቶች በህብረት ስራ ማህበራት ወይም በሌሎች ማህበራት ላይ በሚሆንበት ጊዜ ክሱ የሚቀርበው ጉዳዩ በሚመለከተው ድርጀት፣ የሕብረት ስራ ማህበር ወይም ሌላ ማህበር ወኪል ወይም ነገረ ፈጂ በኩል ነው።
2. በዚህ አዋጅ መሰረት በማህበራዊ ፍርድ ቤት የሚታይ የፍትሃብሄር ክስ የሚቀርበው በክርክሩ ተጠቃሚ የሆነ ወይም ጉዳት በደረሰበት ወገን ወይም በህጋዊ ወኪሉ በኩል ይሆናል።

**ዓንቀፅ 23**

**ኣወሃህባ ትእዛዝ**

1. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ተኸሲሱ ዝቐርብ ዝኾነ ሰብ ዝተኸሰሰሉ ዋኒን ኣቐዲሙ ፈሊጡ ተዳልዩ ምእንታን ክቐርብ እቲ ዋኒን ዝስመዓሉ ሰዓትን ቦታን ናይ'ቲ ከሳሲ ሽምን ዓይነት ክስን ብሓጺሩ ተገሊፁ ክበፅሖ ይግበር።
2. ዝኾነ ሰብ ወይ መስሪያቤት ወይ ትካል ብማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ክፅዋዕ እንተሎ ናይ ምቕራብን ወይ ዝተሓተቶ መርትዖ ኣብ ዝተብሃሎ ግዜ ውሽጢ ናይ ምቕራብ ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 24**

**ትእዛዝ ዘይምኽባር**

1. ሓደ ተኸሳሲ ብደንቢ ምትሕልላፍ ዋኒን ኣብ መጋባእያ ክርከብ መፀዋዕታ በፂሑዎ እንተተረፉ ዝቕፅል ቆፀሮ ተገሊፁ ተወሳኺ መፀዋዕታ ዘየኽበረ ተኸሳሲ ኣብ ሳልሳይ ቆፀሮ ብፖሊስ ወይ ህዝባዊ ሚሊሻ ተገዲዱ ክቐርብ ይግበር።
2. ከሳሲ ናብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ናይ ፍትሃብሄር ክርክር ኣቕሪቡ ኣብ ቆፀሮ መዓልቲ ከይቐረበ እንተተረፉ ንክከራኸር ሓደ ተወሳኺ ዕድል ይወሃቦ። ኣብ መበል ካልኣይ ቆፀሮ ከይቐረበ እንተተረፉ ንውሳነ ዝሓደረ እንተዘይኾይኑ ቤት ፍርዲ ነቲ ናይ ክሲ መዝገብ ይዓፅዎ።
3. ብፍትሃብሄር ዋኒን ተኸሳሲ ከይቐረበ እንተተረፉ ንኻልኣይ ግዜ መፀዋዕታ ክበፅሖ ይግበር። በቲ መፀዋዕታ መሰረት ከይቐረበ እንተተረፉ ቤት ፍርዲ ተኸሳሲ ብዘይብሉ ሪኢ ክውስኖ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 25**

**መዝገብ እንደገና ምኽፋት**

1. በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 23/2/ ወይ /3/ መሰረት ኣብ መበል ካልኣይ ቆፀሮ ከይቐረበ ዝተረፈ ከሳሳይ ወይ ከዓ ተኸሳሳይ ዝቐረየሉ ካብ ዓቅሙ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ምዃኑ ብዝርዝር ብምግላጽ ከም ኩነታት ዝተዓፀወ መዝገብ ክኸፈት ወይ ዝተውሃበ ውሳነ እንደገና ክርኣይ ከመልክት ይኽእል።

**አንቀጽ 23**

**ትእዛዝ አሰጣጥ**

1. ወደ ማህበራዊ ፍርድ ቤት ተከሶ የሚቀርብ ሰው የተከሰሰበትን ጉዳይ አስቀድሞ አውቆ ተዘጋጅቶ መቅረብ እንዲችል ጉዳዩ የሚሰማበት ሰዓት፣ ቦታ፣ የተከሳሹ ስም፣ የክሱ ዓይነት በአጭሩ ተገልፆ መጥሪያ እንዲደርሰው ይደረጋል።
2. ማንኛውም ሰው ፣ መስሪያ ቤት ወይም ድርጅት ወደ ማህበራዊ ፍርድ ቤት እንዲቀርብ መጥሪያ ሲደርሰው የመቅረብ ወይም የተጠየቀውን መረጃ በተባለበት ጊዜ ውስጥ የማቅረብ ግዴታ አለበት።

**አንቀጽ 24**

**ትእዛዝ ያለማክበር**

1. በደንብ መተላለፍ የተከሰሰ ሰው በችሎት እንዲገኝ መጥሪያ ደርሶት ከቀረ በሚቀጥለው ቀጠሮ እንዲቀርብ ሌላ መጥሪያ ይላክለታል። ሁለተኛውን ቀጠሮ ያለከበረ ተከሳሽ በፖሊስ ወይም በህዝባዊ ሚሊሻ ተገዶ ለሦስተኛ ቀጠሮ እንዲቀርብ ይደረጋል፣
2. ከሳሽ ወደ ማህበራዊ ፍርድ ቤት ያቀረበው ጉዳይ የፍትሃብሄር ክርክር ከሆነ ከሳሹ በመጀመሪያ ቀጠሮ ካልቀረበ መከራከር ይችል ዘንድ የአንድ ተጨማሪ ቀን ቀጠሮ ዕድል ይሰጠዋል፤ በሁለተኛው ቀን ቀጠሮ ካልቀረበ ለውሳኔ የተቀጠረ ካልሆነ በስተቀር ፍርድ ቤቱ የክሱን መዝገብ ይዘገዋል።
3. ተከሳሹ በፍትሃብሄር ጉዳይ ተከሶ ካልቀረበ ለሁለተኛ ጊዜ መጥሪያ እንዲደርሰው ይደረጋል፣ በመጥሪያው መሰረት ካልቀረበ ፍርድ ቤቱ ተከሳሹ በሌለበት ጉዳዩን በማየት ውሳኔ መስጠት ይችላል።

**አንቀጽ 25**

**መዝገብ እንደገና ስለመክፈተ**

1. በዚህ አዋጅ አንቀጽ 23 ንኡስ አንቀጽ 2 እና 3 መሰረት ከሳሽ ወይም ተከሳሽ በሁለተኛው ቀጠሮ ያልቀረበበት ምክንያት ከአቅሙ በላይ መሆኑን ዝርዝር ሁኔታውን መግለፅ እንደሁኔታው የተዘጋውን መዝገብ እንደገና እንዲከፈት ወይም የተሰጠው ውሳኔ እነደገና እንዲታይለት አቤቱታ ማቅረብ

2. ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ከሳሳይ ወይ ተኸሳሳይ ዘይቐረበ ብእኹል ምኽንያት ምዃኑ እንተኣሚኑሉ ብዓንቀፅ 24/2 መሰረት ተዓፅዩ ዝነበረ መዝገብ እንደገና ከፊቱ ንምምርማር ወይ ብዓንቀፅ 24/3/ መሰረት እቲ ተኸሳሳይ ብዘየለዎ ተዋሂቡ ዝነበረ ውሳነ እንደገና ክርኣይ ክገብር ይኽእል።

3. ዝተዓፀወ መዝገብ ብብቑዕ ምኽንያት ንክኽፈት ወይ ዝተውሃቦ ውሳነ ብኻሊእ ምኽንያት እንደገና ክርኣይ ዝቐርብ ጥርዓን እቲ ፀገም ኣብ ዝተወገደሉ ኣብ 30 መዓልቲ ውሽጢ ክቐርብ ኣለዎ። በዚ ናይ ግዜ ወሰን ውሽጢ እንድሕር ዘይቐሪቡ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ነቲ ሕቶ ውድቂ ይገብር።

**ዓንቀፅ 26**

**ከም እኹል ምኽንያት ዝቑፀሩ ኩነታት**

በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 23 መሰረት ብቑዕ ምኽንያት ተባሂሎም ዝቑፀሩ ካብ ዓራት ንምትሳእ ዘየኽእል ሕማም፣ ናይ ቀረባ ዘመድ ሞት ወይ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ንምዝውዋር ዘየኽእሉ ካልኦት ተመሳሰልቲ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝኾኑ ኩነታት ምህላዉ እዮም።

**ዓንቀፅ 27**

**ከይዲ ምስማዕ ክሲ**

1. ቤት ፍርዲ ክሲ ክስማዕ ቅድሚ ምጅማሩ ኣብ'ቲ መዝገብ ዝተጠቐሱ ተኻራኸርቲ ወገናት ኣብ መጋባእያ ዝተረኽቡ ምዃኖም የረጋግፅ፣
2. እቲ ክሲ ደንቢ ምትሕልላፍ እንተኾይኑ ተኸሳሲ ነቲ ክሲ ሰሚዑ ክከላኸል ንክኽእል ባዕሉ ኣብ መጋባእያ ክርከብ ኣለዎ። ስለዝኾነ ድማ ክቐርብ ፍቓደኛ ዘይኮነ ተኸሳሲ ተገዲዱ ክመፅእ ወይ ክቐርብ ይግበር።

**ዓንቀፅ 28**

**ክሲ ምግዳፍ**

1. ከሳሲ ቅድሚ ውሳነ ኣብ ዝኾነ ግዜ ዘቕረቦ ክሲ ብድሌቱ ከልዕል ይኽእል'ዩ።
2. ዝኾነ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ፍትሃብሄር ይኹን ገበን ክርክር ምርኣይ ምስጀመረ ካብ

ይችላል።

2. የማህበራዊ ፍርድ ቤት ከሳሽ ወይም ተከሳሽ በቀጠሮው ቀን ያልቀረበበት ምክንያት ብቁ መሆኑን ካመነበት በዚህ አዋጅ አንቀጽ 24/2 መሰረት ተዘግቶ የነበረውን መዝገብ እንደገና ከፍቶ ለመመረመር ወይም በአንቀጽ 24/3 መሰረት ተከሳሽ ባለመቅረቡ በሌለበት ተሰጥቶ የነበረውን ውሳኔ እንደገና ሊያየው ይችላል።
3. የተዘጋ መዝገብ በብቁ ምክንያት እነደገና እንዲከፈት ወይም የተሰጠው ውሳኔ እንደገና እንዲታይ የቀረበ አቤቱታ ችግሩ ከተወገደበት ጊዜ ጀምሮ በሰላሳ ቀናት ግዜ ውስጥ መቅረብ አለበት፤ በተሰጠው የጊዜ ገደብ አቤቱታው ካልቀረበ የማህበራዊ ፍርድ ቤት ማንኛውም ጥያቄ ውድቅ ያደርጋል።

**አንቀጽ 26**

**እንደ በቂ ምክንያት የሚቆጠሩ ሁኔታዎች**

በዚህ አዋጅ አንቀጽ 23 መሰረት ከአልጋ መነሳትን የሚከለክል በሽታ የቅርብ ዘመድ መሞት፣ ከቦታ ወደ ቦታ ለመዘዋወር የማያስችል ወይም ሌሎች ተመሳሳይ ከአቅም በላይ የሆኑ ሁኔታዎች መኖራቸው በቂ ምክንያት ናቸው ተብለው ሊጠቀሱ ይችላሉ።

**አንቀፅ 27**

**ክስ የሚሰማበት ሂደት**

1. ፍርድ ቤቱ ክሱን መስማት ከመጀመሩ በፊት በመዝገቡ ውስጥ ያሉት ባለጉዳዮች ራሳቸው በችሎቱ ቦታ መገኘታቸውን ያረጋግጣል
2. ክሱ የደንብ መተላለፍ ከሆነ ተከሳሹ የተከሰሰበትን ፍሬ ነገር እንዲሰማና መከላከል እንዲችል ራሱ በችሎቱ መገኘት አለበት፤ ለመቅረብ ፍቃደኛ ያልሆነ ተከሳሽ ተገዶ እንዲቀርብ ይደረጋል።

**አንቀጽ 28**

**ክስ ማንሳት**

1. ከሳሽ የመሰረተውን ክስ ውሳኔ ከመሰጠቱ በፊት በማንኛውም ግዜ ማንሳት ይችላል
2. ማንኛውም የማህበራዊ ፍርድ ቤት የፍትሃብሄር ይሁን የወንጀል ጉዳይ ማየት

ስልጣኑ ንላዕሊ ኮይኑ እንተረኺቡዎ ክሲ ዓዕዩ ነቲ በዓል ዋኒን

**ዓንቀፅ** 29

**ኣወሃህባ ውሳነ**

1. ዝቐረበ ክርክር ምስ ተዛዘመ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ሓጺር ግዜ ውሽጢ ውሳነ ክህብ ኣለዎ።
2. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝወሃብ ውሳነ ብዝተኸኣለ መጠን ብሙሉእ ድምፂ ይኹውን። ሙሉእ ድምፂ እንተዘይረኺቡ ናይ ኣብዝሓ ድምፂ ውሳነ ይኹውን። ናይ'ቲ ውሑድ ድምፂ እውን ኣብ ውሳነ ይምዝገብ።
3. ማሕበራዊ ቤት ፍርድ ውሳነ ኣብ ዝህበሉ ግዜ ኣብ ከይዲ ክርክር ዝቐረቡ ጭብጥታትን መርትዖታትን ብምግላፅ ናብ ውሳነ ዘብፅሕዎ ምኽንያታት ብሓፂሩ ኣብ'ቲ ፍርድ ከስፍሮም ኣለዎ።

**ዓንቀፅ** 30

**ይግባይ**

1. ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝሃቦ ውሳነ፣ ብይንን ትእዛዝን ቅሬታ ዘለዎ ወገን ይግባይ ንምቅራብ እንተደልዩ ውሳነ ካብ ዝተወሃበሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ መዓልቲ ንቤት ፍርዲ ክፍልጥ ኣለዎ። እቲ ቤት ፍርዲ እውን ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ መዓልቲ ናይ'ቲ መዝገብ ትክክለኛ ቅዳሕ ንይግባይ በሃሊ ክወሃቦ ይገብር። ናይ ይግባይ መግለበጢ ይግባይ በሃላይ ክኸፍል ይግበር።

2. ይግባይ በሃሊ ናይ መዝገብ ቅዳሕ ካብ ዝተውሃበሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ/10/ መዓልቲ ይግባይ ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ካብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዘቅርብ እንተኾይኑ ግን በቲ ስሩዕ ናይ ስነ ስርዓት ሕጊ ይግባይ መቅረቢ ግዜ ናብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ከቅርብ ኣለዎ።
3. ሀ. ወረዳ ቤት ፍርዲ ብማሕበራዊ ቤት ፍርድ ዝተውሃበ ውሳነ ብኸፉል ወይ ብሙሉእ ኣመሓይሹ ወይ ለዊጡ እንተወሲኑ ካብ ወረዳ ናብ ዘለዎ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ይግባይ ክብል ይክእል።ነናይ ማሕበራዊ

ከመጀመሩ በኋላ ጉዳዩ ከስልጣኑ በላይ መሆኑን ካወቀ ክሱን ዘግቶ ባለጉዳዩን ያሰናብታል።

**አንቀጽ** 29

**የውሳኔ አሰጣጥ**

1. የቀረበው ክርክር ከተጠቃለለ በኋላ የማህበራዊ ፍርድ ቤት በአጭር ጊዜ ውሳኔ መስጠት አለበት
2. በማህበራዊ ፍርድ ቤት የሚሰጥ ውሳኔ በተቻለ መጠን በሙሉ ድምፅ ይሆናል፤ ፍረዱን በሙሉ ድመፅ መወሰን ካልተቻለ በድምጽ ብልጫ ይወሰናል። የሃሳብ ልዩነት በውሳኔው ላይ ይመዘገባል
3. የማህበራዊ ፍርድ ቤት የፍርድ ውሳኔ በሚሰጥበት ጊዜ በክርክሩ ሂደት የቀረቡትን ነጥቦችና ማስረጃዎች በመግለጽ ጭብጡ እንዴት እንደተወሰነና የተወሰነበት ምክንያት ባጭሩ በፍርድ ውስኔው ላይ ማስፌር አለበት።

**አንቀጽ** 30

**ይግባኝ**

1. የማህበራዊ ፍርድ ቤት በሰጠው ውሳኔ፣ ብይን ወይም ትእዛዝ ቅሬታ ያለው ወገን ይግባኝ ለማቅረብ የሚፈልግ ውሳኔ ከተሰጠበት ቀን ጀምሮ በአስር ቀናት ውስጥ ለፍርድ ቤት ማሳወቅ አለበት፤ ፍርድ ቤቱም በአስር ቀናት ውስጥ የውሳኔው መዝገብ ትክክለኛ ቅጂ ለይግባኝ ባዩ እንዲሰጠው ያደርጋል፤ ይግባኙን ለማስገልበጥ የሚደረግ ወጪ ይግባኝ ባዩ እንዲከፍል ይደረጋል።
2. ይግባኝ ባዩ የውሳኔው መዝገብ ቅጂ ከተሰጠው ጀምሮ በአስር ቀናት ውስጥ ወደ ወረዳ ፍርድ ቤት ይግባኝ ማለት አለበት፣ ከወረዳ ወደ ከፍተኛ ፍርድ ቤት የሚቀርብ በመደበኛው የስነ ስርዓት ህግ ይግባኝ ማቅረቢያ ጊዜ ወደ ከፍተኛ ፍርድ ቤት ያቀርባል።
3. ሀ. የወረዳ ፍርድ ቤት የማህበራዊ ፍርድ ቤት ውሳኔ በከፊል ወይም በሙሉ ካሻሻለው ወይም ከለወጠው ወረዳው ወደሚገኝበት ዞን ከፍተኛ ፍርድ ቤት ይግባኝ ማለት ይችላል። የማህበራዊ ፍርድ ቤት ስልጣን

ቤት ፍርዲ ስልጣን ኣብ ዝኾኑ ዋኒናት እዚ ናይ ይግባይ ብርኪ ናይ መወዳእታ 'ዩ። ይኹን እምበር ነቲ ጉዳይ ብሰበር ንምርኣይ ዘኽእሉ ኩነታት እንተህልዉ ብሰበር መጋባእያ ምርኣይ ዝኽልከል ኣይኸውንን።

ለ. ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ውስነ ኣብ ወረዳ ቤት ፍርዲ እንተፀዲቑ ይግባይ ዘይብሉ ናይ መወዳእታ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 31**

**ኣፈፃፅማ ውሳነ**

1. ብማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝተውሃበ ውሳነ ብይግባይ ኣፈፃፅማኡ እንተዘይተኣገዱ ውሳነ ኣብ ዝተውሃበ ኣብ ሰላሳ መዓልቲ ውሽጢ ይፍፀም።
2. ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ውሳነ ባዕሉ ከፈፅም ወይ ብኻሊእ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ንኽፍፀም ክውክል ይኽእል።
3. ቤት ፍርዲ ዝውስኖ መቅፃዕቲ ንመንግስቲ ኣታዋይ ይኸውን
4. ሀ. ዝኾነ ናይ ፍርዲ በዓል ዕዳ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ውሳነ ናይ ምፍፃም ዓቅሚ እናሃለዎ ንምፍፃም ፍቃደኛ እንተዘይኮይኑ ንብረቱ ብሓራጅ ተሸይጡ ፍርዲ ክፍፀም ክእዝዝ ይኽእል እዩ።

ለ. ኣብ'ዚ ንኡስ ዓንቀፅ ፊደል "ሀ" ዝተመልከተ ክምኡ'ሎ ኮይኑ ናይ ውሳነ በዓል ዕዳ ናይ ምፍፃም ዓቅሚ እናሃለዎ ንምፍፃም እምቢተኛ እንተኾይኑ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ውሳነ ንምፍፃም ባዓል ዕዳ ፍቃደኛ ክሳብ ዝኸውን ሽዱሽተ ወርሒ ዝበፅሕ ጊዜ ክእሰር ክእዝዝ ይኽእል እዩ።

ሐ. ኣብ'ዚ ንኡስ ዓንቀፅ ፊደል "ለ" ብዝተደንገገ መሰረት እስራት ተወሲኑዎ ፈፂሙ ዝወፀ ሰብ እስራት ምፍፃሙ ካብ ዕዳ ነፃ ኣይገብሮን።

መ. ናይ ውሳነ በዓል ዕዳ ነቲ ፍርዲ ንምፍፃም ፍቃደኛ እንተኾይኑን እንተፈፂሙዎ ዝተወሰነሉ ናይ እስራት ግዜ ሽዑ ንሽዑ ይቋረፅ።

5. ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ናይ ገንዘብ መቅፃዕቲ ተቐፃዒ ብዓቅሚ ምንኣስ ምኽንያት ክኽፍል ዘይኽእል ምዃኑ ቤት ፍርዲ እንተኣሚኑሉ መቅፃዕቲ ናብ ማሕበራዊ ዕዮ ክልውጠሉ

በሆኑ ጉዳዮች ላይ ከዚህ በላይ የይግባኝ እርከን አይኖርም። ሆኖም ግን ጉዳዩ በሰበር ችሎት ሊታይ ይችላል።

ለ. በማህበራዊ ፍርድ ቤት የተሰጠ ውሳኔ በወረዳ ፍርድ ቤት ሲፀድቅ ይግባኝ የሌለው የመጨረሻ ይሆናል።

**አንቀጽ 31**

**ውሳኔ አፈፃፀም**

1. በማህበራዊ ፍርድ ቤት የተሰጠ ውሳኔ አፈጻጸሙ በይግባኝ ካልታገደ በስተቀር ውሳኔ ከተሰጠበት ጊዜ ጀምሮ በሰላሳ ቀናት ውስጥ ተፈፃሚ ይሆናል።
2. ፍርድ ቤቱ የሰጠው ውሳኔ ራሱ ሊያስፈፅም ወይም አግባብነት ባለው ሌላ የማህበራዊ ፍርድ ቤት እንዲፈጸም ሊወክል ይችላል።
3. ፍርድ ቤቱ የሚወስነው ቅጣት ለመንግስት ገቢ ይሆናል።
4. ሀ. ማንኛውም ሰው ፍርድ ቤት የሰጠው ውሳኔ የመፈፀም አቅም እያለው ለመፈጸም ፈቃደኛ ሳይሆን ሲቀር ፍርድ ቤቱ የሰውየውን ንብረት በሐራጅ ተሸጦ ፍርዱ እንዲፈጸም ማዘዝ ይችላል።

ለ. በዚህ ንኡስ አንቀጽ ፊደል 'ሀ" የተመለከተው እንዳለ ሆኖ የፍርድ ባለዕዳው ውሳኔውን ለማስፈጸም አቅም እያለው ለመፈጸም እምቢተኛ ሲሆን ባለዕዳው ፈቃደኛ እስኪሆን ድረስ እስከ ስድስት ወር ለሚደርስ ጊዜ እንዲታሰር ፍርድ ቤቱ ሊያዝዝ ይችላል፡

ሐ. በዚህ ንኡስ አንቀጽ ፊደል "ለ" በተደነገገው መሰረት በእስራት እንዲቀጣ የተወሰነበት ሰው እስራቱን መፈፀሙ ከዕዳ ነፃ አያደርገውም

መ. የውሳኔ ባለዕዳው ፍርድን ለመፈጸም ፈቃደኛ ከሆነ ከፈጸመው የተወሰነበት እስራት ግዜ ወዲያውኑ ይቋረጣል።

5. ማህበራዊ ፍርድ ቤቱ የወሰነው የገንዘብ ቅጣት በተቀጪው አቅም ማነስ ምክንያት ሊተገበረው ያልቻለ መሆኑን ፍርድ ቤቱ ካመነበት ቅጣቱን ወደ ማህበራዊ ስራ

ይኽእል'ዩ።

6. ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ውሳነ ንምፍፃም ዝማሓለለፉ ትእዛዛት ብሚሊሻ ወይ ብፖሊስ ይፍፀም።

## ክፍሊ ሓሙሽተ
## ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

**ዓንቀፅ 32**

**ብዛዕባ ወፃኢ ገንዘብ**

ናብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ንዝቐርብ ዋኒን ሕድሕድ ተኸራኻራይ ወገን ናይ ባዕሉ ወፃኢ ይኽእል። ኮይኑ ግና ከሳሳይ ዘቅረቦ ክሲ ኮነ ኢሉ ተኸሳሳይ ንምትልእላእ ምዃኑ ቤት ፍርዲ እንተኣሚንሉ ንተኸሳሲ ክሳብ ሚኢቲ ብር ዝበፅሕ ኪሳራ ክቕርፀሉ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 33**

**ናይ ወረዳ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ሓላፍነት**

1. ኣግባብ ዘለዎም ናይ ወረዳ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ኣባላት ናይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዳያኑ መረፃ ንምድላውን እቲ መረፃ ብትኽክል ምክያዱ ንምምራሕን ንምቁፅፃርን ሓላፍነት ኣለዎም።
2. ዝምልከቶ ናይ ወረዳ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ምስ ዝምልከቶም ሓለፍቲ ብምምኻር ንማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ጉቡእ ናይ ምምሕዳር ደገፍ ብፍላይ ናይ መጋባእያ ቦታ ናይ ፅሕፈት መሳርሕን ካልኦት ግልጋሎትን ክረኽቡ ይገብር።

**ዓንቀፅ 34**

**ፀብፃብ ምቅራብ**

ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ብዛዕባ ዝፍፅሙዎ ተግባራትን ዘጋንፎም ፀገማትን ንዝመረፆም ህዝቢን ንብልፅሊኦም ዘሎ ቤት ፍርዲ ፀብፃብ የቕርቡ።

**ዓንቀፅ 35**

**ብቢሮ ፍትሒን ቤት ፍርዲ ዝወሃብ ደገፍ**

ቢሮ ፍትሒን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲን ክልል ትግራይ ኣሰራርሓ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ስሉጥ ንምግባር ዝሕግዙ መብርሂታትን መፅሄታትን ኣዳልዮም ይብትኑ ትምህርታዊ ሰሚናራት የካይዱ።

**ዓንቀፅ 36**

**ንዳያኑ ክፈሊት ዘይግበር ምዃኑ**

ሊለውጥለት ይችላል

6. የማህበራዊ ፍርድ ቤት ውሳኔ ለማስፈጸም የሚተላለፈው ትእዛዝ በሚሊሻ ወይም በፖሊስ ይፈጸማል።

## ክፍል አምስት
## ልዩ ልዩ ድንጋጌዎች

**አንቀጽ 32**

**ኪሳራ**

ወደ ማህበራዊ ፍርድ ቤት የሚቀርብ ጉዳይ እያንዳንዱ ተከራካሪ የራሱን ወጪ ይሸፍናል። ሆኖም ግን ከሳሽ ያቀረበው ክስ ሆን ብሎ ተከሳሽን ለማጉላላት መሆኑን የማህበራዊ ፍርድ ቤቱ ካመነ ለተከሳሹ እስከ አንድ መቶ ብር የሚደርስ ኪሳራ ሊቆርጥለት ይችላል።

**አንቀጽ 33**

**የወረዳ ስራ አስፈጻሚ ኮሚቴ ሃላፊነት**

1. አግባብ ያላቸው የወረዳ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ አባላት የማህበራዊ ፍርድ ቤት ዳኞች የምርጫ ዝግጅትና ምርጫው በትክክል መካሄዱን ለመምራትና ለመቆጣጣር ሓላፊነትና ስልጣን አላቸው።
2. የሚመለከተው የወረዳ ስራ አስፈፃሚ ከሚመለከታቸው ሃላፊዎች ጋር በመመካከር የማህበራዊ ፍርድ ቤቶችን ተገቢ አስተዳደራዊ ድጋፍ ያደርግላቸዋል፡በተለይ ደግሞ የችሎት ቢሮ የጽህፈት መሳሪያ እና ሌሎች አገልግሎቶች እንዲያገኙ ያደርጋሉ።

**አንቀጽ 34**

**ሪፖርት ስለ ማቅረብ**

የማህበራዊ ፍርድ ቤቶች ስለሚያከናውኗቸው ተግባራትና ስለሚያጋጥሟቸው ችግሮች ለመረጣቸው እና ለወረዳ ፍርድ ቤት ሪፖርት ያቀርባሉ።

**አንቀጽ 35**

**የፍትህ ቢሮ ከፍርድ ቤት ጋር በመሆን ስለሚደረግ ድጋፍ**

የትግራይ ክልል ይፍትህ ቢሮና ጠቅላይ ፍርድ ቤት የማህበራዊ ፍርድ ቤት አሰራር የተቀላጠፈ እንዲሆን ለማድረግ የሚረዱ ማብራሪያዎችንና መጽሄቶችን አዘጋጅተው ያሰራጫሉ ሰሚናሮችም ይሰጣሉ።

**አንቀጽ 36**

**ለዳኞች ደመወዝ የማይከፈል ስለመሆኑ**

ንማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ዝምረፁ ዳያኑ ንዝህብዎ ግልጋሎት ዝግበረሎም ክፊሊት ኣይህልዉን። ኮይኑ ግና ሓላፈነቶም ንምፍፃም ዘውፅእዎ ወፃኢ ብኣግባቡ ክፊሊት ይግበረሎም።

**ዓንቀፅ 37**

**ዝተሰዓሩ ሕግታት**

1. ቅድም ክብል ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ንምቛም ወፂኦም ዝነበሩ ድንጋገ ቁፅሪ 2/1985 ኣዋጅ ቁፅሪ 14/1987 ኣዋጅ ቁፅሪ 3/1988ን በዚ ኣዋጅ ተሳዒሮም ኣለዉ።
2. ዝኾነ ምስዚ ኣዋጅ ዝጓነፅ ሕጊ ወይ ልምዲ ኣብ ልዕሊ በዚ ኣዋጅ ዝተመልከቱ ዋኒናት ተፈፃምነት ኣይህልዎን።

**ዓንቀፅ 38**

**ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ ግዜ**

እዚ ኣዋጅ ኣብ ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

ሰነ 1990

ገብሩ ኣስራት

ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ለማህበራዊ ፍርድ ቤቶች በዳኝነት ስራ ለሚመረጡ ዳኞች ለሚሰጡት አገልግሎት የገንዘብ ክፍያ አይደረግላቸውም ሆኖም ግን ሓላፊነታቸውን ለመወጣትና ለመፈፀም ብለው የሚያወጡት ወጪ በተገቢው መንገድ ክፍያ ይፈጸማል።

**አንቀጽ 37**

**የተሻሩ ህጎች**

1. ቀደም ሲል በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግሰት ምክር ቤት የክለሉ የማህበራዊ ፍርድ ቤቶችን ለማቋቋም የወጡት ድንጋጌ ቁጥር 2/1985፣ አዋጅ ቁጥር 14/1987 እና አዋጅ ቁጥር 3/1988 በዚህ አዋጅ ተሽረዋል።
2. ከዚህ አዋጅ ጋር የሚቃረን ህግ ይሁን ልምድ በዚህ አዋጅ በተደነገጉት ጉዳዮች ላይ ተፈጻሚነት አይኖረውም።

**አንቀፅ 38**

**አዋጁ የሚፀናበት ጊዜ**

ይህ አዋጅ በነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ታትሞ ከወጣበት ቀን ጀምሮ የፀና ይሆናል።

ሰኔ 1990

ገብሩ አስራት

የትግራይ ብሄራዊ መንግሰት ርእሰ መስተዳድር

www.abyssinialaw.com

6ይ ዓመት ቁፅሪ 7
6ኛ ዓመት ቁጥር 7

መቐለ፣ ታሕሳስ
1991

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት

ናይ ሓደ ዋጋ 5.17 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120

ት ሕ ዝ ቶ
ደንብ ቑፅሪ 7/1991
ገፅ 1

ማ ው ጫ
ደንብ ቁጥር 7/1991
ገጽ 1

## ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንግዲ ምዝገባን ፍቃድን ደንቢ

ኮሚቴ ፈፃሚት ስራሕ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብሕገ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 54/6 ብንግዲ ምዝገባን ፍቃድን ኣዋጅ ቁፅሪ 67/1989 ዓንቀፅ 47 ንክልል ቤት ምኽሪታት ብዝተውሃበ ስልጣን መሰረት ደንቢ'ዚ ኣውፂኡ ኣሎ።

### ቀዳማይ ክፋል

**1. ሓፂር ኣርእስቲ**

እዚ ደንቢ "ንግዲ ምዝገባን ፈቃድን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ደንቢ ቁፅሪ 7/1991" ተባሂሉ ክጥቀስ ይካኣል።

**2. ትርጉም**

ኣብዚ ደንቢ ውሽጢ

1. "ኣዋጅ" ማለት ንግዲ ምዝገባን ፍቃድን ኣዋጅ ቁፅሪ 67/1989 እዩ።
2. "ሕብረት ስራሕ ማሕበር" ማለት ኣብ ንግዲ ዝተዋፈሩ ማሕበራት ማለት እዩ፡
3. "ቢሮ" ማለት ነዚ ደንቢ ንምፍፃም ኣግባብነት ዘለዎ ቢሮ ኢንዱስትሪ፣ ንግድን ትራንስፖርትን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።
4. "ቤት ፅሕፈት" ማለት ነዚ ደንብ ንምፍፃም ኣብ ትሕቲ ቢሮ ብዞባን ከምኡ'ውን ከም ኣድላይነቱ ብወረዳ ደረጃ ዝጣየሽ ኣግባብ ዘለዎ ቤት ፅሕፈት ኢንዱስትሪ፣ ንግድን ትራንስፖርትን እዩ።
5. "ፍቓድ ስራሕ ንግዲ" ማለት በቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 20/1/ን በዚ ደንብን መሰረት ኣብ

## የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የንግድ ምዝገባና ፍቃድ ደንብ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ የስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በትግራይ ሕገ መንግስት አንቀፅ 54/6 እና በንግድ ምዝገባና ፈቃድ አዋጅ ቁጥር 67/1989 አንቀፅ 47 ለክልል መስተዳደር ምክር ቤቶች በተሰጠው ስልጣን መሰረት ይህን ደንብ አውጥቷል።

### ክፍል አንድ

**1 አጭር ርእስ**

ይህ ደንብ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የንግድ ምዝገባና ፈቃድ ደንብ ቁጥር 7/1991 ተብሎ ሊጠቀስ ይቻላል።

**2 ትርጓሜ**

በዚህ ደንብ ውስጥ

1. "አዋጅ" ማለት የንግድ ምዝገባና ፈቃድ አዋጅ ቁጥር 67/1989 ነው።
2. "ሕብረት ስራ ማህበር" ማለት በንግድ ስራ የተሰማሩ ማህበራት ማለት ነው።
3. "ቢሮ" ማለት ይህን ደንብ ለማስፈም አግባብነት ያለው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የኢንዱስትሪ፣ ንግድና ትራንስፖርት ቢሮ ነው።
4. "ጽ/ቤት" ማለት ይህን ደንብ ለማስፈፀም ከቢሮው ስር ሆነው በዞን እንዲሁም እንደአስፈላጊነቱ በወረዳ ደረጃ የተቋቋመ አግባብነት ያለው የኢንዱስትሪ ንግድና ትራንስፖርት ጽ/ቤት ነው።
5. "የንግደ ስራ ፈቃድ" ማለት በአዋጅ አንቀጽ 20/1 እና በዚህ ደንብ መሰረት

ምፍራይን ምሻጥን ግልጋሎት ምሃብን ዝተዋፈሩ ሰብ ሃብቲ ዝወሃብ ፈቃድ ዓዲ ውሽጢ እዩ

6. "ኣቑሑት ንግድ"፣ "ነጋዳይ"፣ "ስራሕ ንግዲ"፣ "ግልጋሎት"፣ ንግዲ ውሽጢ ዓዲ"፣ "ሽም ንግዲ"፣ "ዝፀንዐ ፍቃድ ስራሕ ንግዲ"፣ "ኢንዱስትሪ"፣ "ናይ ምፍራይ ስራሕ"፣ "ባዓል ሃፍቲ ውሽጢ ሃገር"፣ "ሰብ"፣ "ልምዓት ግብርና"፣ "ዋና ምዝገባ"፣ "ምዝገባ ሓፂር ቃል"፣ "ምስፍሕፋሕ ወይ ምምሕያሽ"፣ ኣብቲ ኣዋጅ ውሽጢ ዝወሃቦም ትርጉም ይሕዙ።

7. ኣብዚ ደንቢ ውሽጢ ኣብ መንጎ ትግርኛን ኣምሓርኛን ናይ ትርጉም ኣፈላላይ ኣብ ዘጋጥም እቲ ትግርኛ ዝህቦ ሕጋዊ ትርጉም ተቐባልነት ይህልዎ።

## ካልኣይ ክፋል
## ምዝገባ ስራሕቲ ንግዲ

### 3. ምጥያሽ ንግዲ መዝገብ

1. እቲ ቢሮ ሓደ ማእኸላይ ንግዲ መዝገብ ኣብ ክልል ርእሰ ከተማ ከምኡ'ውን በቢዞባ ቤት ፅሕፈታት ንግዲ መዝገብ የጣይሽ።
2. ንኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ቁፅሪ 1 መቐለ ከም ሓደ ዞባ ትቑፀር።

### 4 ኣብ ንግዲ መዝገብ ምምዝጋብ

እቲ ክልል ኣብ ዝህቦ ፍቃድ ስራሕቲ ንግዲ ክዋፈር ዝደሊ ዝኾነ ሰብ ቅድሚ ስራሕቲ ንግዲ ምጅማሩ በቲ ቢሮ ክምዝገብ ኣለዎ።

### 5 ዋና ምዝገባ

1. ዝኾነ ሰብ ዋና ምዝገባ ዝምዝገብ ብዋናነት ኣብ ዝሰርሓሉ ቦታ ዝርከብ ናይ ንግዲ ስርሑ ኣብ ዝርከበሉ ቤት ፅሕፈት እዩ።
2. ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ንግዲ ዝሰርሕ ንግዲ ዝሰርሕ እንተኾነውን ዋና ምዝገባ ዝምዝገብ ሓደ ጊዜ ጥራሕ'ዩ።
3. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ን 2 መሰረት ዝግበር ዋና ምዝገባ ማመልከቻ ዝቐርብ ምስዚ ደንቢ ዝተተሓሓዙ ምስ ዝርከብ ሰንጠረዥ "ለ" ካብ ዝተሓበረ ኣግባብ ዘለዎ ማመልከቻ ቅጥዒ ብክልተ ቅዳሕ ብምምላእ ይኸውን።

በአምራችነትና በመሸጥ እና አገልግሎት ለመስጠት ለተሰማሩ ባለሃብቶች የሚሰጥ የአገር ውስጥ የንግድ ስራ ፈቃድ ነው።

6. የንግድ ዕቃዎች፣ ነጋዴ፣ የንግድ ስራ፣ አገልግሎት፣ የአገር ውስጥ ንግድ፣ የንግድ ስም፣ የተረጋገጠ የንግድ ስራ ፈቃድ፣ ኢንዱስትሪ፣ የማምረቻ ስራ፣ የአገር ውስጥ ባለሃብት፣ ሰው፣ የግብርና ልማት፣ ዋና ምዝገባ፣ አጭር ምዝገባ፣ ማስፋፋት ወይም ማሻሻል በአዋጁ የተሰጣቸው ትርጉም ይይዛሉ።

7. በዚህ ደንብ ውስጥ በትግርኛ በአማርኛ የትርጉም ለውጥ ሲያጋጥም የትግርኛው የሚሰጠው ህጋዊ ትርጉም የመጨረሻ/ተቀባይነት/ ይኖረዋል።

## ክፍል ሁለት
## ስለ ንግድ ምዝገባ፣

### 3 የንግድ መዝገብ ስለማቋቋም

1. ቢሮው አንድ የንግድ መዝገብ በክልል ርእሰ ከተማ እንዲሁም በየዞኑ ጽ/ቤት የንግድ መዝገብ ያቋቁማል።
2. ለዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 አፈፃፀም መቐለ እንደ አንድ ዞን ትቆጠራለች

### 4 በንግድ መዝገብ ስለመመዝገብ፣

ክልሉ በሚሰጠው የንግድ ስራ ፈቃድ ሊሰማራ የሚፈልግ ማንኛውም ሰው የንግድ ስራ ከመጀመሩ በፊት በቢሮው መመዝገብ አለበት

### 5 ዋና ምዝገባ፣

1. ማንኛውም ሰው በዋና ምዝገባ የሚመዘገበው ዋና የንግድ ስራው ወይም ጽ/ቤት በሚገኝበት ስፍራ ይሆናል
2. ማንኛውም ሰው በተለያዩ ዞኖች የተለያዩ የንግድ ስራ የሚሰራ ቢሆንም ዋና ምዝገባ የሚመዘገበው አንድ ጊዜ ብቻ ነው።
3. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 እና 2 መሰረት የሚደረግ ዋና ምዝገባ ማመልከቻ የሚቀርበው ከዚህ ደንብ ጋር ተያይዞ በሚገኘው ሰንጠረዥ "ለ" የተመለከተውን አግባብ ያለው ማመልከቻ ቅጽ በሁለት ቅጽ/ኮፒ/ በመሙላት ነው።

6 ብውልቀ ነጋዶ ዝግበር ዋና ምዝገባ

1. መመልከቲ ውልቀ ነጋዳይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፣
   ሀ. ናይ ቀረባ እዋን ክልተ ጉርዲ ፎቶ ግራፍ፣
   ለ. ናይ ማመልከቻ ቅጥዒ ብወኪል እንተቐሪቡ ናይ ውክልና ስልጣን መረጋገፂ ፎቶ ኮፒ፣
   ሐ. ኣካለ መጠን ዘይበፅሕ እንተኾይኑ ኣግባብ ብዘለዎ መንግስታዊ መስሪያ ቤት ወይ ቤት ፅሕፈት ዝተረጋገፀ ናይ ቤተዘመድ ጉባኤ ፍቃድ ወይ እቲ ዝቐረበ ማመልከቻ ብሞግዚት ኣቢሉ እንተኾይኑ መረጋገፂ ስልጣን ሞግዚትነት ውሳነ ቤት ፍርዲ ከቅርብ ኣለዎ።
   መ. ቅድም ክብል ዝተውሃበ ፍቓድ ንግዲን ስራሕን እንተልዩ ድማ ምስ'ዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ተታሓሒዙ ሓደ ቅዳሕ ክቀርብ ኣለዎ።
2. ኣመልካቲ ከም ወዲ ውሽጢ ሃገር ወናኒ ሃፍቲ ዝቑፀር ወዲ ወፃኢ ዜጋ ኣብ ዝኾነሉ እዋን
   ሀ. ናይ ቀረባ እዋን ክልተ ጉርዲ ፎቶግራፍ
   ለ. መንነቱ ዝገልፅን ብሕጋዊ መንገዲ ናብ ኢትዮጵያ ምእታዉ ዘመልክት ፓስፖርት ኩለን ገፃት ፎቶ ኮፒ
   ሐ. ኢንቨስትመንት ፍቃድ ፎቶ ኮፒ
   መ. መንበሪ ፍቃድ ፎቶ ኮፒ ምስ ማመልከቻ ቅጥዒ ተተሓሒዙ ክቀርብ ኣለዎ።

7 ብንግዲ ሽርክና ማሕበርን ብሕብረት ስራሕ ማሕበርን ዝግበር ዋና ምዝገባ፣

1. ኣመልካቲ ናይ ንግዲ ሽርክና ማሕበር ኣብ ዝኾነሉ እዋን
   ሀ. እቲ ማሕበር ምምስራት ዘረጋግፅ ጋዜጣ ምልክታ ከቅርብ ኣለዎ እቲ ጋዜጣ ከከም ኣድላይነቱ ብክልል ተሓቲሙ ብዝወፅእ ጋዜጣ ወይ ድማ ሃገር ለኸ ስርጭት ዘለዎ ብፌደራል መንግስቲ ተሓቲሙ ብዝወፅእ ጋዜጣ፣
   ለ. እቲ ማመልከቻ ቅጥዒ ብወኪል ዝተፈረመ እንተኾይኑ ናይ ውክልና ስልጣን መረጋገፂ፣

6 በግለሰብ ነጋዴ ላይ የሚደረግ ዋና ምዝገባ

1. አመልካች ግለሰብ ነጋዴ በሚሆንበት ጊዜ፣
   ሀ. የቅርብ ጊዜ ሁለት ጉርድ ፎቶ ግራፍ
   ለ. የማመልከቻው ቅጽ በወኪል ከቀረበ የውክልና ስልጣን መረጋገጫ ፎቶ ኮፒ
   ሐ. አካለ መጠን ያልደረሰ ከሆነ አግባብ ባለው የመንግስት መስሪያ ቤት ወይም ጽ/ቤት የተረጋገጠ የቤተ ዘመድ ጉባኤ ፈቃድ ወይም ማመልከቻው የቀረበው በሞግዚቱ ሲሆን ሞግዚትነቱ የተረጋገጠበት የፍድ ቤት ውሳኔ ማቅረብ አለበት፣
   መ. ቀደም ሲል የተሰጠ የንግድና የስራ ፈቃድ ካለ ከማመልከቻው ቅጽ ጋር ተያይዞ አን ቅጅ መቅረብ አለበት
2. አመልካች እንደ አገር ውስጥ ባለሃብት የሚቆጠር የውጭ አገር ዜጋ በሚሆንበት ጊዜ
   ሀ. የቅርብ ጊዜ ሁለት ጉርድ ፎቶ ግርፍ
   ለ. ማንነቱን የሚገልጽና በሕጋዊ መንገድ ወደ ኢትዮጵያ መግባቱን የሚያመለክቱ የፓስፖርቱን ገጾች ፎቶ ኮፒ፣
   ሐ. የኢንቨስትመንት ፈቃድ ፎቶ ኮፒ
   መ. የመኖሪያ ፈቃድ ፎቶ ኮፒ ከማመልከቻ ቅጽ ጋር ተያይዞ መቅረብ አለበት።

7 በንግድ ሽርክና ማህበር እና በህብረት ስራ ማህበር ላይ የሚደረግ ዋና ምዝገባ፣

1. አመልካቹ የንግድ ማህበር በሚሆንበት ጊዜ፣
   ሀ. ማህበሩ መመስረቱን የሚያረጋግጥ የጋዜጣ ማስታወቂያ ማቅረብ አለበት። ጋዜጣው እንደአስፈላጊነቱ በክልል ታትሞ በሚወጣው ጋዜጣ ወይም ደግሞ በአገር አቀፍ ስርጭት ባለው በፌዴራል መንግስት ታትሞ በሚወጣ ጋዜጣ፣
   ለ. የማመልከቻው ቅጽ በወኪል የተፈረመ በሚሆንበት ጊዜ የውክልናውን ስልጣን ማረጋገጫ፣

ሐ. ማሕበር መመስረቲ ፅሑፍ ወይ ከዓ መተሓዳደሪ ደንቢ እንተሃልዩ፣

መ. ካብቶም ማሕበርተኛታት ወዲ ወፃኢ ዜጋ እንተሃልዩ ኣብ ዓንቀፅ 6/2/ ፊደል ለ፣ ሐ፣ መ ዝተጠቀሱ ኣገባባት ፎቶ ኮፒ ምስዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ተታሓሒዞም ክቀርቡ ኣለዎም።

2. ኣመልካቲ ናይ ሕብረት ስራሕ ማሕበር እንተኾውን፣ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ፊደል ለ፣ ሐ፣ መ ዝተመልከቱ መረዳእታታት ምስቲ ማመልከቻ ቅጥዒ ተታሓሒዞም ክቀርቡ ኣለዎም።

**8 ብኣክስዮን ማሕበር ዝግበር ዋና ምዝገባ**

ኣመልካቲ ኣክስዮን ማሕበር ኣብ ዝኾነሉ እዋን፣

1. ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 7/1/ ሀ፣ ለ፣ መ ዝተመልከቱ ዝርዝራት
2. ማሕበር መመስረቲ ፅሑፍን መተሓዳደሪ ደንብን
3. ብንግዲ ሕጊ ቁፅሪ 312/1/ለ መሰረት ኣብ ባንኪ ክቅመጥ ዝግበኦ ገንዘብ ኣታዊ ንምኻኑ ናይ ባንኪ መረጋገፂ ፅሑፍ፣
4. ካብ ሕድሕድ ዓይነት ኣክስዮን ምስክር ወረቀት መርኣያ
5. ብዓይነት ዝተገበረ ውፅኢት እንተሃልዩ ብንግዲ ሕጊ ቁፅሪ 315 መሰረት ዝተዳለወ ፀብፃብ
6. ብንግዲ ሕጊ ቁፅሪ 323/2/ መሰረት ተደለይቲ ዝኾኑ ሰነዳት ምስቲ ማመልከቻ ቅጥዒ ተታሓሒዞም ሓደ ሓደ ቅዳሓት ክቀርቡ ኣለዎም።

**9 ሓላፊነት ዝተወሰነ ብዘለዎ ውልቀ ንግዲ ማሕበር ዝግበር ዋና ምዝገባ**

ኣመልካቲ ሓላፍነት ዝተወሰነ ዘለዎ ውልቀ ንግዲ ማሕበር እንተኾይኑ፣

1. ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 7/1/ሀ፣መ ዝተመልከቱ ዝርዝራት
2. ማሕበር መመስረቲ ፅሑፍን መተሓዳደሪ ደንብን፣ ምስቲ ማመልከቻ ቅጥዒ ተታሓሒዞም ሓደ ሓደ ቅዳሓት ክቀርቡ ኣለዎም።

ሐ. የማህበሩ መመስረቻ ጽሁፍ ወይም /ውል/ ካለ መተዳደሪያ ደንብ፣

መ. ከማህበርተኞች መካከል የውጭ አገር ዜጋ ካለ በዚህ ደንብ አንቀጽ 6/2/ ፊደል /ለ/፣ /ሐ/፣ እና /መ/ የተጠቀሱት አግባቦች ፎቶ ኮፒ ከማመልከቻው ቅጽ ጋር ተያይዞ መቅረብ አለባቸው

2. አመልካቹ የህብረት ስራ ማህበር ሲሆን፣ በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ /1/ ፊደል /ለ/ ፣ /ሐ/ እና /መ/ የተመለከቱትን መረጃዎች ከማመልከቻው ቅጽ ጋር ተያይዘው መቅረብ አለባቸው።

**8 በአክስዮን ማህበር ላይ የሚደረግ ዋና ምዝገባ**

አመልካቹ የአክስዮን ማህበር በሚሆንበት ጊዜ፣

1. በዚህ ደንብ አንቀጽ 7/1/ /ሀ/፣ /ለ/ እና /መ/ የተመለከቱት ዝርዝሮች
2. የማህበሩ መመስረቻ ጽሁፍ እና መተዳደሪያ ደንብ /ውል/፣
3. በንግድ ሕግ ቁጥር 312/1/ /ለ/ መሰረት በባንክ እንዲቀመጥ የሚገባው /የሚያስፈልገው/ ገንዘብ ገቢ /ተቀማጭ/ ስለመደረጉ/ስለመሆኑ/ የባንክ ማረጋገጫ ጽሁፍ፣
4. ከእያንዳንዱ ዓይነት የአክስዮን ምስክር ወረቀት ናሙና፣
5. በአይነት የተደረገ መዋጮ ካለ በንግድ ህግ ቁጥር 315 መሰረት የተዘጋጀ ሪፖርት፣
6. በንግድ ሕግ ቁጥር 323/2/ መሰረት ተፈላጊ የሆኑ ሰነዶች ከማመልከቻው ቅጽ ጋር ተያይዘው አንዳንድ ጅ መቅረብ አለባቸው።

**9 ሓላፊነቱ የተወሰነ የግል ማህበር ላይ የሚደረግ ዋና ምዝገባ**

አመልካቹ ሓላፊነቱ የተወሰነ የግል ማህበር በሚሆንበት ጊዜ

1. በዚህ ደንብ አንቀጽ 7/1/ ሀ፣ለ እና መ የተመለከተቱት ዝርዝሮች
2. የማህበሩ መመስረቻ ጽሁፍና መተዳደርያ ደንብ ከማመልከቻው ቅጽ ጋር ተያይዘው አንድአንድ ቅጅ መቅረብ አለባቸው።

**10 ኣብ ልዕሊ መንግስታዊ ትካል ልምዓት ዝግበር ዋና ምዝገባ**

ኣመልካቲ ብክልል መንግስቲ ዝተጣየሸ ትካል ልምዓት /ልምዓታዊ ትካል/ ኣብ ዝኾነሉ እዋን

1. መጣየሺ ሕጊ፣
2. ናይ'ቲ ትካል መካየዲ ስራሕ ናይ ምደባ ደብዳቤ ፣ ፎቶ ኮፒ/ቅዳሕ/ ምስቲ ማመልከቻ ቅጥዒ ተታሓሒዞም ክቀርቡ ኣለዎም።

**11 ንምዝገባ ዝቀርብ ማመልከቻ ውሳነ ምሃብ፣**

1. ዋና ምዝገባ ንምምዝጋብ ማመልከቻ ዝቐረበሉ ቤት ፅሕፈት ብቁዕ ኮይኑ እንተረኺብዎ ምስቲ ደንቢ ተታሓሒዙ ብዝርከብ ሰንጠረዥ (ሀ) ዝተወሰነ ኣግባብ ዘለዎ ክፍሊት ብምኽፋል መዝጊቡ ኣብ ውሽጢ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ናይ ምዝገባ ወረቀት ምስክር ክህብ ኣለዎ።
2. እቲ ንምዝገባ ዝቀረበ ማመልከቻ ተቐባልነት ዘይብሉ እንተኾይኑ ቢሮ ወይ ቤት ፅሕፈት ዘይተቐበለሉ ምኽንያት ኣብ ውሽጢ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ብፅሑፍ ንኣመልካቲ ይገልፅ።

**12 ምትሕልላፍ ሰነድ ምዝገባ**

1. ቤት ፅሕፈታት በዚ ደንቢ መሰረት ዝምዝገቡዎም ናይ ምዝገባ መረዳእታታት እቲ ቢሮ ነዚ ተግባር መፈፀሚ ንክኸውን ብዘዳለዎ ቅጥዒ መሰረት መሊኦም በቢ ወርሒ ንቢሮ ይልእኹ።
2. እቲ ቢሮ ብኣዋጅ ቁፅሪ 67/1989 ዓንቀፅ 7/2/ መሰረት ካብ ቤት ፅሕፈታት ዝተልኣኹሉ ናይ ምዝገባ መረዳእታታት ኣጠናኺሩ ናብ ሚኒስቴር ኢንዱስትሪን ንግድን ይልእኽ።
3. እቲ ቢሮ በቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 7/1/ መሰረት ካብ ሚኒስቴር ዝተልኣኹሉ መረዳእታታት መዝጊቡ ይሕዝ።

**13 ምዝገባ ዝፀንዐሉ ጊዜ**

በዚ ደንቢ መሰረት ዝተገበረ ዋና ምዝገባ ዝፀንዕ፣

1. ንግዲ ማሕበራት እንተኾይኑ ናይ ምስረታ ምልክታ ብጋዜጣ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ፣

**10 በመንግስት የልማት ድርጅቶች ላይ የሚደረግ ዋና ምዝገባ፣**

አመልካቹ በክልል መንግስት የሚቋቋም የመንግስት የልማት ድርጅት በሚሆንበት ጊዜ

1. የተቋቋመበት ህግ
2. የድርጅቱ ስራ አስኪያጅ የምደባ ደብዳቤ ፎቶ ኮፒ/ቅጅ/ ከማመልከቻው ቅጽ ጋር ተያይዘው መቅረብ አለባቸው።

**11 ለምዝገባ የሚቀርብ ማመልከቻ ውሳኔ መስጠት**

1. ጽ/ቤቱ ዋና ምዝገባ ለመመዝገብ የቀረበለት ማመልከቻ ብቁ ሆኖ ሲያገኘው ከዚህ ደንብ ጋር ተያይዞ በሚገኘው ሰንጠረዝ "ሀ" የተወሰነውን አግባብ ያለው ክፍያ በማስከፈል መዝገቦ በአምስት የስራ ቀናት ውስጥ የምዝገባ የምስክር ወረቀት መስጠት አለበት
2. የቀረበውን የምዝገባ ማመልከቻ ተቀባይነት የሌለው መሆኑን ሲረጋገጥ ቢሮው ወይም ጽ/ቤቱ ያልተቀበለበትን ምክንያት በአምስት የስራ ቀናት ውስጥ ለአመልካቹ በጽሁፍ ይገልጻል።

**12 የምዝገባ መረጃ /ሰነድ/ ማስተላለፍ**

1. ጽ/ቤቶች በዚህ ደንብ መሰረት የመዘገቡዋቸው የመዝገባ መረጃዎች ቢሮው ለዚህ ተግባር ማስፈጸሚያ እንዲሆን ባዘጋጀው ቅጽ መሰረት ሞልተው በየወሩ ለቢሮው ይልካሉ
2. ቢሮው በአዋጅ 67/1989 አንቀጽ 7/2/ መሰረት ከጽ/ቤቶች የተላኩለትን የምዝገባ መረጃዎች አጠናክሮ ወደ ኢንዱስትሪና ንግድ ሚኒስቴር ይልካል።
3. ቢሮው በአዋጁ አንቀጽ 7/1/ መሰረት ከሚኒስቴሩ የተላከለትን /የተላለፈለትን/ መረጃዎች መዝግቦ ይይዛል።

**13 ምዝገባ የሚጸናበት ጊዜ**

በዚህ ደንብ መሰረት የተደረገ ዋና ምዝገባ የሚጸናው፣

1. ለንግድ ማህበራት ከሆነ የመመስረቻ ማስታወቂያ በጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት/ዕለት/ ቀን ጀምሮ፣

2. ንውልቀ ነጋዳይን ካልኦትን እንተኾይኑ ኣብ ንግዲ መዝገብ ካብ ዝተመዝገበሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

**14 ሓፂር ምዝገባ**

1. ኣብ ሚኒስቴር ወይ ከዓ ኣብ ካሊእ ክልል ብሰብ ዋና ምዝገባ ዝተመዝገበ ዝኾነ ነጋዳይ ኣብ ክልል ጨንፈር ዕዮ ንግዲ እንተኽፊት ኣብ ዝኸፈተሉ ቦታ ብሓፂር ምዝገባ ይምዝገብ፣
2. ኣብ ውሽጢ ክልልና ኣብ ሓደ ዞባ ብዋናነት ዝተመዝገበ ዝኾነ ነጋዳይ ኣብ ካልኦት ዞባታት ጨንፈር ዕዮ ንግድ ዝኸፈት እንተኾይኑ ኣብ ዝኸፈተሉ ቦታ ብሓፂር ምዝገባ ይምዝገብ።
3. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/2/ መሰረት ዝግበር ሓፂር ምዝገባ ምስዚ ደንቢ ተታሓሒዙ ዝርከብ ንዋና ምዝገባ ዝተወሰነ ቅጥዒ ሰንጠረዠ/ለ/ ብክልተ ቅዳሕ ብምምላእ፣
   ሀ. ከም ኣግባቡ ኣብ ደንቢ ዓንቀፅ 6 ክሳብ 10 ዝተመልከቱ ዝርዝራት፣
   ለ. ፎቶ ኮፒ ወረቀት ምስክር ዋና ምዝገባ ምስቲ ቅጥዒ ተታሓሒዙ ክቀርብ ኣለዎም።
4. ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 11ን 12 ዝተመልከቱ ድንጋገታት ኣብ ሓፂር ምዝገባ'ውን ተፈፃሚነት ይህልዎም።

**15 ለውጥን ተወሳኺ ምዝገባን**

1. ዝኾነ ነጋዳይ በዚ ደንቢ መሰረት ኣብ ዘመዝገቦም ዝርዝራት ለውጢ ንምግባር ወይ ከዓ ንምውሳኽ ኣድላይ ኮይኑ እንተረኺቡዎ ኣብ ውሽጢ 60/ስሳ/ መዓልቲ ኣግባብ ንዘለዎ ቤት ፅሕፈት ከመልክት ይግባእ።
2. ዝኾነ ነጋዳይ ኣብ ውሽጢ ብዋና ምዝገባ ምስቲ ዋና ዕላማ ንግዲ ዝተተሓሓዘ ጨንፈር ዕዮ ንግዲ እንተኸፊቱ ንቤት ፅሕፈት ብምፍላጥ ኣብ ልዕሊ ዋና ምዝገባ ዘስፈሮም ዝውስኾም ጉዳያት የመዝግብ።
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1/1/ ንምፍፃም ኣመልካቲ ዘቅርቦም ሓደሽቲ መረዳእታታት ናብ'ቲ መዝጋቢ ኣካል ብክልተ ቅዳሕ የቅርብ።

2. ለግለሰብ ነጋዴና ለሌሎች ከሆነ በንግድ መዝገብ ከተመዘገበበት ዕለት/ቀን/ ጀምሮ የፀና ይሆናል።

**14 አጭር ምዝገባ**

1. በሚኒስቴሩ ወይም በሌላ ክልል በዋና ምዝገባ የተመዘገበ ማንኛውም ነጋዴ በክልሉ የንግድ ስራ ቅርንጫፍ በሚከፍትበት ቦታ በአጭር ምዝገባ ይመዘገባል
2. በክልሉ ውስጥ አንድ ዞን በዋናነት/በዋና/ የተመዘገበ ማንኛውም ነጋዴ በሌሎች ዞኖች የንግድ ስራ ቅርንጫፍ የሚከፍት ከሆነ በከፈተበት ቦታ አጭር ምዝገባ ይመዘገባል
3. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 እና 2 መሰረት የሚደረግ አጭር ምዝገባ ከዚህ ደንብ ጋር ተያይዞ የሚገኘው ለዋና ምዝገባ የተወሰነውን ቅጽ ሰንጠረዠ /ለ/ በሁለት ቅጅ በሞመምላት፣
   ሀ. እንደ አግባብነቱ በዚህ ደንብ ከአንቀጽ 6-10 የተመለከቱትን ዝርዝሮች፣
   ለ. የዋና ምዝገባ የምስክር ወረቀት ፎቶ ኮፒዎች/ቅጅዎች/ ከቅጹ ጋር ተያይዘው መቅረብ አለባቸው።
4. በዚህ ደንብ አንቀጽ 11 እና 12 የተመለከቱት ድንጋጌዎች ለአጭር ምዝገባም ተፈጻሚነት ይኖራቸዋል።

**15 የምዝገባ ለውጥና ተጨማሪ ምዝገባ**

1. ማንኛወም ነጋዴ በዚህ ደንብ መሰረት ያስመዘገበውን ዝርዝር ለውጥ ለማድረግ ወይም ለመጨመር አስፈላጊው ሆኖ ሲያገኘው በስልሳ/60/ ቀናት ውስጥ አግባብ ላለው ጽ/ቤት ማመልከት አለበት
2. ማንኛውም ነጋዴ ለዋና ምዝገባ በተመዘገበበት ከተማ ወይም ወረዳ ውስጥ ከዋና የንግድ አላማ የተያያዘ ቅርንጫፍ የንግድ ከከፈተ ለጽ/ቤቱ በማሳወቅ ለዋና ምዝገባ ካሰፈራቸው ሌላ/በተጨማሪ/ የሚጨምራቸው ጉዳዮች ያስመዘግባል
3. ለዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀጽ 1 እና 2 አፈፃፀም አመልካቹ የሚያቀርባቸው አዲስ መረጃዎች ለመዝጋቢው አካል በሁለት ቅጂ ያቀርባል

4. እቲ ነጋዳይ ዝገብሮ ለውጥ ምዝገባ ወይ ድማ ተወሳኺ ምዝገባ ብዝምልከት ቅድም ክብል ብሓፂር ቃል ዘመዝገቦም ኣካላት እውን የፍልጥ።
5. በዚ ዓንቀፅ መሰረት ዝግበር ምዝገባ ለውጢ ወይ ከዓ ተወሳኺ ምዝገባ ኣፈፃፅማ ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 11 ክሳብ 13 ንዝተመልከቱ ድንጋገታት እውን ተፈፃምነት ይህልዎም።

**16 ካብ መዝገብ ምስራዝ**

1. ኣብ መዝገብ ዝሰፈረ ነጋዳይ በቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 10/1/2/ መሰረት ካብ ንግዲ መዝገብ ክስረዝ እንትውሰንን ከምኡ'ውን እቲ ነጋዳይ ናይ ስረዛ መረዳእታ ክወሃቦ እንተመልክት ምስዚ ደንቢ ተታሓሒዙ ዝርከብ ሰንጠረዥ/ሀ/ ዝተመልከተ ኣግባብ ዘለዎ ክፍሊት ይህቦ።
2. ዝኾነ ንግዲ ማሕበር ካብ ንግዲ መዝገብ ምስራዝ ዝፀንዐ ዝኸውን ናይ ስረዛ ምልክታ ብጋዜጣ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ እዩ።
3. ናይ ካልኦት ንግዲ ምዝገባ፣ እቲ ስረዛ ኣብ መዝገብ ካብ ዝሰፈረሉ ጊዜ ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።
4. ናይዚ ደንቢ ዓንቀፅ 12 ድንጋጌታት ኣብ ምትሕልላፉ መረዳእታ ምዝገባ ስረዛ'ውን ተፈፀምቲ ይኾኑ።

**17 መረዳእታ ቅዳሕ ምሕታት**

1. ኣብ ውሽጢ ንግዲ መዝገብ ዝሰፈረ ዝርዝር ቅዳሕ፣ ወይ ናይቲ ዝርዝር ብሓፂር ዝተወፅአ ቅዳሕ ወይ ተደላይ ዝርዝር ዘይተመዝገበ እንተኾይኑ ነዚ ዘረጋግፅ ምስክር ወረቀት ክወሃቦ ዝሓተት ዝምልከቶ ሰብ ሕቶኡ ንዝምልከቶ ቤት ፅሕፈት ብፅሑፍ ከቕርብ ኣለዎ፥
2. ቤት ፅሕፈት ኢንዱስትሪ፣ ንግድን ትራንስፖርትን ምስዚ ተታሓሒዙ ምስዝርከብ ሰንጠረዥ "ሀ" ዝተወሰነ ኣግባብ ዘለዎ ክፍሊት ኣኽፊሉ ቅዳሕ ወይ ድማ ምስክር ወረቀት ንኣመልካቲ ይወሃቦ።

**18 መተካእታ (ቅያር) ምዝገባ ወረቀት ምስክር**

4. የሚደረገውን የምዝገባ ለውጥ ወይም ተጨማሪ ምዝገባ በሚመለከት ነጋዴው ቀደም ሲል በአጭር ቃል ለተመዘገበባቸው አካሎችም ያሳውቃል
5. በዚህ አንቀጽ መሰረት ለሚደረግ የምዝገባ ለውጥ ወይም ተጨማሪ ምዝገባ አፈጻጸም በዚህ ደንብ አንቀጽ 11 እና 13 የተመለከቱት ድንጋጌዎች ተፈጻሚነት ይኖራቸዋል

**16 ከመዝገብ መሰረዝ**

1. በመዝገብ የገባ/የሰፈረ/ ነጋዴ በአዋጁ አንቀጽ 10/1 እና /2/ መሰረት ከንግድ መዝገብ እንዲሰረዝ ሲወሰንና እንዲሁም ነጋዴው የስረዛ ማስረጃ እንዲሰጠው ሲያመለክት ከዚህ ደንብ ጋር ተያይዞ በሚገኘው ሰንጠረዘ/ሀ/ የተመለከተውን አግባብ ያለውን ክፍያ በማስከፈል ቢሮው ወይም ጽ/ቤቱ ስረዛ ማስረጃ ይሰጠዋል።
2. የማንኛውም የንግድ ማህበር ከንግድ መዝገብ መሰረዝ የጸና የሚሆነው የስረዛው ማስታወቂያ በጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ዕለት ጀምሮ ነው
3. ሌሎች የንግድ ምዝገባ ስረዛዎች ስረዛው በመዝገብ ከሰፈረበት ጊዜ ጀምሮ የጸና ይሆናል
4. የዚህ ደንብ አንቀጽ 12 ድንጋጌዎች የምዝገባ ስረዛ ሰነዶች/ማስረጃ/ በማስተላለፍ ላይም ተፈጻሚ ይሆናሉ።

**17 የመረጃ ቅጅ መጠየቅ፣**

1. በንግድ መዝገብ ውስጥ የሰፈረው ዝርዝር ቅጅ ወይም የዝርዝሩ በአጭሩ የተውጣጣ ቅጅ ወይም ተፈላጊው ዝርዝር ያልተመዘገበ ከሆነ ይህንኑን የሚያረጋግጥ ምስክር ወረቀት እንዲሰጠው የሚጠይቅ የሚመለከተው ሰው ጥያቄውን ለሚመለከተው ጽ/ቤት በጽሁፍ ማቅረብ አለበት።
2. የኢንዱስትሪ፣ ንግድና ትራንስፖርት ከዚህ ደንብ ጋር ተያይዞ በሚገኘው ሰንጠረዥ /ሀ/ የተወሰነውን አግባብ ያለው ክፍያ አስከፍሎ ግልባጩን ወይም ደግሞ የምስክር ወረቀቱን ለአመልካቹ ይሰጠዋል።

**18 ምትክ የምዝገባ ምስክር ወረቀት መጠየቅ፣**

**ምሕታት**

1. ዝተወሃቦ ምዝገባ ምስክር ወረቐት ዝተበላሸዎ ወይ ዝጠፍኦ ማንም ሰብ መተካእታ ክወሃቦ እንትሓትት እቲ ምስክር ወረቐት ብኸመይ ከምዝጠፍኦን ከምዝተበላሸወን ዝገልፅ ባዕሉ ዝፈረመሉ ማመልከቻ ክቀርብ ኣለዎ

2. ቤት ፅሕፈት ኢንዱስትሪ፣ ንግዲን ትራንስፖርትን ማመልከቻ እንትቐርበሉ ዝተበላሸወ ምስክር ወረቐት ክምለስ ምስገበረ ምስቲ ደንቢ ተታሓሒዙ ብዝርከብ ሰንጠረዠ "ሀ" ዝተወሰነ ኣግባብ ዘለዎ ክፍሊት ኣኽፊሉ ኣብ ውሽጢ 5 ናይ ስራሕ መዓልቲ መተካእታ/ቅያር/ ምዝገባ ምስክር ወረቐት ንመመልከቲ ይህቦ።

**ሳልሳይ ክፋል**

**ምዝገባ ሽም ንግዲ**

**19 ምጥያሽ መዝገብ ሽም ንግዲ**

እዞም ዝስዕቡ መዛግብቲ ሽም ንግዲ ተጣይሾም ኣለዉ

1. ብቢሮ ዝመሓደር ክልላዊ መዝገብ ሽም ንግዲ፣
2. ብቤት ፅሕፈታት ዝመሓደር መዝገብ ሽም ንግዲ፣

**20 ሽም ንግዲ ምምዝጋብ**

1. በቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 14 መሰረት ምዝገባ ሽም ንግዲ ንምግባር ሕቶ ዝቐርብ ካብዚ ደንቢ ዝርከብ ሰንጠረዠ "ለ" ኣግባብ ዘለዎ ቅጥዒ ብክልተ ቅዳሕ ብምምላእ ይኸውን
2. ምዝገባ ሽም ንግዲ ኣብዚ ደንቢ ተታሓሒዙ ዝርከብ ሰንጠረዠ "ሀ" ንምዝገባ ሽም ዝተወሰነ ኣግባብ ዘለዎ ክፍሊት ተኸፊሉ ይፍፀም።

**21 ምዝገባ ሽም ንግዲ ዝፀንሐሉ ጊዜ**

በዚ ደንቢ መሰረት ዝተገበረ ምዝገባ ሽም ንግዲ ዝፀንዕ ኣብ መዝገብ ካብ ዝሰፈረሉ ዕለት ጀሚሩ'ዩ

**22 ለውጢ ሽም ንግድን ምምሕያሽን**

ኣብ'ዚ ደንቢ ዓንቀፅ 15/1፣ 2ን 3ን ዝተመልከቱ ድንጋጌታት ንለውጢ ሽም ንግድን ምምሕያሽን ውን ተፈፃምነት ይህልዎም

1. የተሰጠው የምዝገባ የምስክር ወረቀት የተበላሸበት ወይም የጠፋበት ማንኛውም ሰው ምትክ እንዲሰጠው ሲጠይቅ የምስክር ወረቀቱ እንዴት እንደጠፋ ወይም እንደተበላሸ የሚገልጽ በራሱ የተፈረመ ማመልከቻ ማቅረብ አለበት

2. ኢንዱስትሪ ንግድና ትራንስፖርት ጽ/ቤት ማመልከቻውን ሲቀርብለት የተበላሸውን የምስክር ወረቀት እንዲመለስ ከደረገ በኋላ ከዚህ ደንብ ተያይዞ በሚገኘው ሰንጠረዥ/ሀ/ የተወሰነውን አግባብ ያለው ክፍያ አስከፍሎ ምትክ የምዝገባ ምስክር ወረቀት በአምስት የስራ ቀናት ውስጥ ለአመልካቹ ይሰጣል።

**ክፍል ሶስት**

**የንግድ ስም ምዝገባ**

**19 የንግድ ስም መዝገብ ማቋቋም**

የሚከተሉትን የንግድ ስም መዝገቦች ተቋቁመዋል

1. በቢሮው የሚተዳደር ክልላዊ የንግድ ስም መዝገብ
2. በጽ/ቤቶች የሚተዳደር የንግድ ስም መዝገብ፣

**20 የንግድ ስም መመዝገብ**

1. በአዋጁ አንቀጽ 14 መሰረት የንግድ ስም ምዝገባ ለማድረግ የሚቀርበው ጥያቄ ከዚህ ደንብ ጋር ተያይዞ ከሚገኘው ሰንጠረዥ "ለ" አግባብ ያለው ቅፅ በሁለት ቅጂ በሞሙላት ይሆናል።
2. ለንግድ ስም ምዝገባ ከዚህ ደንብ ጋር ተያይዞ በሚገኘው ሰንጠረዥ "ሀ" ለስም ምዝገባ የተወሰነውን አግባብ ያለው ክፍያ ተከፍሎ ይፈጸማል።

**21 የንግድ ስም ምዝገባ የሚጸናበት ጊዜ**

በዚህ ደንብ መሰረት የተደረገ የንግድ ስም ምዝገባ የሚጸናው በመዝገብ ከሰፈረበት ዕለት ጀምሮ ነው።

**22 የንግድ ስም መለወጥ ወይም ማሻሻል**

በዚህ ደንብ አንቀጽ 15/1/፣ /2/ እና /3/ የተመለከቱትን ድንጋጌዎች ለንግድ ስም መለወጥ ሆነ ማሻሻል ተፈፃሚነት ይኖረዋል

23 **መተካእታ ሰርቲፊኬት ሽም ንግዲ ምሕታት**

ናይ'ዚ ደንቢ ዓንቀፅ 18 ንሽም ንግዲ'ውን ተፈፃምነት ይህልዎ።

**ራብዓይ ክፋል**

**ፍቓድ ስራሕ ንግዲ ብዝምልከት**

24 **ፍቓድ ናይ ምሃብ ስልጣን**

ቢሮን ቤት ፅሕፈታትን ኣብ ዓንቀፅ 25 ስዒቦም ኣብ ዝተዘርዘሩ ዓይነታት ንግዲን ምስዚ ደንቢ ዝተሓሓዞ ሓባሪ ዝተገለፀን ዝርዝር/ስራሕቲ/ ዕዮ ንግድን ካልኦት በቢደረጅኡ በክልል ዝፍቀዱ ስራሕቲ ንግዲን ንዝተዋፈሩ ሰብ ሃፍቲ ፍቓድ ስራሕ ንግዲ ይህቡ።

25 **ብክልል ዝወሃቡ ዓይነታት ፍቃድ ንግዲ ስራሕ**

ብክልል ዝወሃቡ ዓይነታት ፍቓድ ንግዲ

ሀ. ፍቓድ ጅምላ ንግዲ፣

ለ.ፍቓድ ችርቻሮ ንግዲ፣

ሐ. ፍቓድ ኢንዱስትሪ፣

መ. ፍቓድ ግልጋሎት

ሰ. ፍቓድ ግብርና እዮም።

26 **ብቕዓት መረጋገፂ/ደገፍ/**

እቲ ቢሮ ብዞም ዝስዕቡ ንግዲ ዘርፍታት ንግዲ ስራሕ ፍቓድ ሓታቲ ካብ ዝምልከቶም መስሪያቤታት ናይ ሙያ ብቕዓት መረጋገፂ ክቅርበሉ ክግበር ኣለዎ።

1. ንግዲ ስራሕ ኮንስትራክሽን ግልጋሎት ስራሕ ካብ ቢሮ ዕዮን ከተማ ልምዓትን
2. ግልጋሎት ሕክምና/ፋርማሲ፣ ክሊኒክ፣ ሆስፒታል ወዘተ/ ካብ ቢሮ ጥዕና
3. ግልጋሎትን ስልጠናን ትምህርትን ኣፀደ ህፃናትን ካብ ቢሮ ትምህርቲ
4. ግልጋሎት ሕጊ ካብ ቢሮ ፍትሒ
5. ግልጋሎት ኦዲት ካብ ቤት ፅሕፈት ኦዲትን ቁፅፅርን
6. እንስሳትን ውፅኢት እንስሳትን ከምኡ'ውን ደንን ደን ውፅኢትን ዝምልከት ካብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን፣
   ካልኦት ከከም ኣድላይነቱ እቲ ቢሮ ኣነፂሩ ብምቕራብ ክልል ምምሕዳር ብዝወሰኖም ኣገባባት ብቕዓት መረጋገፂ ክህብ ይኽእል'ዩ።

23 **የንግድ ስም ሰርቲፊኬት ምትክ መጠየቅ**

የዚህ ደንብ አንቀጽ 18 ለንግድ ስም ተፈጻሚነት ይኖረዋል።

**ክፍል አራት**

**የንግድ ስራ ፈቃድ በሚመለከት**

24 **ፈቃድ የመስጠት ስልጣን**

ቢሮውና ጽ/ቤቶች ቀጥለው በአንቀጽ 25 በተዘረዘሩት የንግድ አይነቶች ከዚህ ደንብ ጋር በተያያዘው አባሪ የተገለጹ ዝርዝር የንግድ ስራዎችና ሌሎች በየደረጃው በክልል መስተዳደሩ በሚፈቀዱት የንግድ ስራዎች ለሚሰማሩ ባለሃብቶች የንግድ ስራ ፈቃድ ይሰጣሉ።

25 **በክልል የሚሰጡ የንግድ ስራ ፈቃድ ዓይነቶች፣**

በክልል የሚሰጡ የንግድ ስራ ፈቃድ ዓይነቶች፣

ሀ. የጅምላ ንግድ ፈቃድ፣

ለ. የችርቻሮ ንግድ ፈቃድ፣

ሐ. የኢንዱስትሪ ፈቃድ፣

መ. የአገልግሎት ፈቃድና

ሰ. የግብርና ፈቃድ ናቸው።

26 **የብቃት ማረጋገጫ /ድጋፍ/**

ቢሮው በሚከተሉት የንገድ ዘርፎች ለንግድ ስራ ፈቃድ ጠያቂው ከሚመለከታቸው መስሪያ ቤቶች የሙያ ብቃት ማረጋገጫ እንዲቀርብለት ማድረግ አለበት።

1. የኮንስትራክሽን የንግድ ስራና የአገልግሎት ስራ ከስራና ከተማ ልማት ቢሮ
2. የህክምና አገልግሎት /ፋርማሲ/፣ ክሊኒክ፣ ሆስፒታል ወዘተ ከጤና ቢሮ
3. የትምህርት ስልጠናና አገልግሎት እና የአጸደ ህፃናት ከትምህርት ቢሮ፣
4. የህግ አገልግሎት ከፍትሕ ቢሮ
5. የኦዲት አገልግሎት
6. የእንስሳትና የእንስሳት ተዋጽኦ/ውጤቶች/ እንዲሁም የደንና የደን ውጤቶችን የሚመለከት ከእርሻና የተፈጥሮ ሃብት ቢሮ፣ ሌሎች እንደየአስፈላጊነቱ ቢሮው አጣርቶ በማቅረብ ክልል መስተዳድር በሚወስናቸው አግባቦች የብቃት ማረጋገጫ ሊሰጥ ይችላል።

**27 ንግዲ ስራሕ ፍቃድ ምውፃእ**

1. ካብ ብር 5000 ንላዕሊ ካፒታል ዘለዎ ዝኾነ ይኹን ኣብ ስራሕቲ ንግዲ ዝተዋፈረ ሰብ ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 28 ስዒቡ ብዝግለፅ መሰረት ዝምልከቶ ቤት ፅሕፈት ኣመልኪቱ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ ከውፅእ ኣለዎ።

2. በዚ ደንቢ መሰረት ሓፂር ምዝገባ ዝገበረ ማንም ሰብ ሓፂር ምዝገባ ኣብ ዝገበረሉ ቦታ ንግዲ ስራሕ ፍቓድ ከውፅእ ኣይግደድን።

3. ነዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ኣፈፃፅማ ካፒታል ዝብል ቃል ኣብ ዕዮ ንግዲ ዝወዓለ ቋሚ ንብረትን ስራሕ መካየዲ ካፒታልን ዘጠቃልል እንተኾነውን በቲ ነጋዳይ ድሌት እንተዘይኮይኑ እቲ ዕዮ ንግዲ ዝካየደሉ ገዛ ከም ካፒታል ኣይቁፀርን።
4. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተቐመጠ ኣባሃህላ ከምዘሎ ኮይኑ፣ ሞያኦም መሰረት ገይሮም ኣብ ስራሕቲ ንግዲ ንዝዋፈሩ ሰባት ግና ተቐሚጡ ዘሎ ካፒታል ወለል ኣይምልከቶምን

**28 ፍቓድ ስራሕቲ ንግዲ ንምርካብ ዝቐርብ ሕቶ**

1. ፍቓድ ስራሕ ንግዲ ዝሓትት ዝኾነ ሰብ ምስቲ ደንቢ ተታሓሒዙ ዝርከብ ሰንጠረዥ "ሐ" ዝተወሰነ ኣግባብ ዘለዎ ቅጥዒ ብክልተ ቅዳሕ መሊኡ ነዚ ዕዮ ንግዲ ንምክያድ ኣብ ዝሓሰበሉ ቦታ ንዝርከብ ቤት ፅሕፈት ማመልከቻ ከቅርብ ኣለዎ።
2. እቱ ሕቶ ዝቀረበሉ ቤት ፅሕፈት ነቲ ዕዮ ንግዲ ክሰርሐሉ ዝሓሰበሉ ገዛ ወይ ከዓ ቦታ ብከተማ ምምሕዳር/ማዘጋጃ ቤት/ ዝፍቀድ ንምኻኑ ድጋፍ ደብዳቤ ክቀርበሉ ይገብር። ብተወሳኺ ጥዕናን ፅሬትን ሓለዋ፣ ሓደጋ ምክልኻልን ከባቢያዊ ሓለዋ ብዝምልከት ካብቶም ነዚ ጉዳይ ዝምልከቶም ኣካላት መረጋገፂ ክቀርበሉ ክግበር ኣለዎ።

3. ኣመልካቲ ኣብ ጋራዥ ግልጋሎት ስራሕ ዝተዋፈረ እንተኾይኑ እቲ ቢሮ ንዘውፅኦም ፍሉይ መዐቀንታት ኣማሊኡ ምስቀረበ

**27 የንግድ ስራ ፈቃድ ማውጣት**

1. ካፒታሉ ከብር አምስት ሺ / 5000/ በላይ የሆነ የንግድ ስራ የተሰማራ ማንኛውም ሰው በዚህ ደንብ ቀጥሎ በአንቀጽ 28 በሚገለጸው መሰረት ለሚመለከተው ጽ/ቤት በማመልከት የንግድ ስራ ፈቃድ ማውጣት አለበት።
2. በዚህ ደንብ መሰረት አጭር ምዝገባ ያደረገ ማንኛውም ሰው አጭር ምዝገባ ያደረገበት ቦታ የንግድ ስራ ፈቃድ እንዲያወጣ አይገደድም።
3. ለዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 አፈጻጸም ካፒታል የሚለው ቃል በንግድ ስራ የዋለ ቀዋሚ ንብረትና የስራ ማስኬጃ ካፒታል ያጠቃለለ ሲሆን በነጋዴው ፍላጎት ካልሆነ በስተቀር የንግድ ስራ የሚካሄድበት ቤት እንደ ካፒታል አይቆጠርም።
4. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 የተቀመጠው አባባል እንዳለ ሆኖ ሙያቸውን መሰረት በማድረግ በንግድ ስራዎች የተሰማሩ ሰዎች ግን ተቀምጦ ያለው የካፒታል ወለል አይመለከታቸውም።

**28 የንግድ ስራዎች ፈቃድ ለማግኘት የሚቀርብ ጥያቄ**

1. የንግድ ስራ ፈቃድ የሚጠይቅ ማንኛውም ሰው ከዚህ ደንብ ጋር ተያይዞ በሚገኘው ሰንጠረዥ "ሐ" የተወሰነውን አግባብ ያለው ቅጽ በሁለት ቅጂ ሞልቶ የንግድ ስራ ለማካሄድ በሚያስብበት ቦታ ለሚገኘው ጽ/ቤት ማመልከቻውን ማቅረብ አለበት።
2. ጥያቄው የቀረበት ጽ/ቤት የንግድ ስራ ሊሰራበት ያሰበውን ቤት ወይም ቦታ በከተማ መስተዳደር /ማዘጋጃ ቤት/ የሚፈቀድ መሆኑን የድጋፍ ደብዳቤ እንዲቀርብለት ያደርጋል። በተጨማሪም ጤንነትና ንጽሕናን ለመጠበቅ፣ አደጋ መከላከልና የአከባቢ ጥበቃ በሚመለከት ጉዳዩ ከሚመለከታቸው አካላት ማረጋገጫ እንዲቀርብለት ማድረግ አለበት።
3. አመልካቹ በጋራዥ አገልግሎት ስራ የተሰማራ ሲሆን ቢሮው ለሚያወጣቸው ልዩ መመዘኛዎች አሟልቶ ከቀረበ በኋላ ከደንቡ

ምስቲ ደንቢ ተታሓሒዙ ዝርከብ ኣግባብ ዘለዎ ሰንጠረዠ "ሐ" ቅጥዒ ብክልተ ቅዳሕ መሊኡ ማመልከቻ ክቐርብ ኣለዎ።

4. ኣመልካቲ ውልቀ ነጋዳይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1/2/3/ መሰረት ምስ ዝቀርብ ማመልከቻ ቅጥዒ

   ሀ. ወረቀት ምስክር ንግዲ ምዝገባ
   ለ. ናይ ኣመልካቲ ናይ ቀረባ እዋን ሰለስተ ጉርዲ ፎቶግራፍ
   ሐ. ወዲ ወፃኢ ዜጋ ኮይኑ ከም ውሽጢ ሃገር ባዓል ሃፍቲ ዝቑፀር እንተኾይኑ ሕድሕድ ገፅ ፎቶ ኮፒ ፈቃድ ኢንቨስትመንትን ፈቃድ መንበሪን ምስ ማመልከችኡ ኣተሓሒዙ ክቅርብ ኣለዎ።

5. ኣመልካቲ ንግዲ ማሕበር ኣብ ዝኾነሉ እዋን
   ሀ. ዓንቀፅ 28/2/ ዝተጠቐሱ ኣገባባት

   ለ. ወረቀት ምስክር ንግዲ ምዝገባ
   ሐ. ናይ'ቲ ማሕበር መካየዲ ስራሕ ናይ ቀረባ ጊዜ ሰለስተ ጉርዲ ፎቶግራፍ
   መ. እቲ ስራሕ መካየዲ ኣብ መመስረቲ ፅሑፍ ወይ ከዓ ኣብ መተሓዳደሪ ደንቢ ውሽጢ እንተዘይተረቑሐ ምደባ ደብዳቤ ምስ ማመልከቻኡ ሓደ ቅዳሕ ክቕርብ ኣለዎ።

6. ኣመልካቲ ንግዲ ማሕበር ኮይኑ ከም ንግዲ ውሽጢ በዓል ሃፍቲ ዝቑፀሩ ደቂ ወፃኢ ዜጋታት ዝኾኑ ኣባላት እንተሃልዮምዎ።
   ሀ. ወረቀት ምስክር ንግዲ ምዝገባ፣
   ለ. ማሕበር መመስረቲ ፅሑፍን መተሓዳደሪ ደንብን፣
   ሐ. ፍቃድ ኢንቨስትመንት
   መ. መካየዲ ስራሕ እቲ ማሕበር ናይ ቀረባ እዋን ጉርዲ ፎቶግራፍ ምስ ማመልከችኡ ብሓደ ቅዳሕ ተተሓሒዙ የቅርብ።

7. ኣመልካቲ ብክልል መንግስቲ ዝተጣየሸ መንግስታዊ ትካል ልምዓት እንተኾይኑ፣
   ሀ. ናይ ምዝገባ ወረቀት ምስክር
   ለ. ዝተጣየሸሉ ሕጊ፣
   ሐ. ናይ መካየዲ ስራሕ ምደባ ደብዳቤ፣ ምስ

ጋር ተያይዞ በሚገኘው አግባብ ያለው ሰንጠረዥ "ሐ" ቅፅ በሁለት ቅጂ በመሙላት ማመልከቻቸውን ማቅረብ አለበት

4. አመልካች ግለሰብ ነጋዴ በሚሆንበት ጊዜ በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ /1/፣ /2/ እና /3/ መሰረት ከሚቀርበው የማመልከቻ ቅጽ ጋር
   ሀ. የንግድ ምዝገባ የምስክር ወረቀት፣
   ለ. የአመልካቹ የቅርብ ጊዜ ሶስት ጉርድ ፎቶ ግራፍ
   ሐ. የውጭ አገር ዜጋ ሆኖ እንደ የአገር ውስጥ ባለሀብት የሚቆጠር ከሆነ የኢንቨስትመንት ፈቃድና የመኖሪያ ፈቃድ እያንዳንዱ ገጽ ፎቶ ኮፒ በማድረግ ከማመልከቻው ጋር አያይዞ ማቅረብ አለበት።

5. አመልካቹ የንግድ ማህበር በሚሆንበት ጊዜ
   ሀ. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ /2/ የተጠቀሱትን አግባቦች፣
   ለ. የንግድ ምዝገባ የምስክር ወቀረት፣
   ሐ. የማህበሩ ስራ አስኪያጅ የቅርብ ጊዜ ሶስት ጉርድ ፎቶግራፍ
   መ. ስራ አስኪያጅ በመመስረቻ ጽሁፍ ወይም በመተዳደሪያ ደንብ/ውል/ ውስጥ ካልተጠቀሰ የምደባ ደብዳቤ ከማመልከቻው ጋር አንድ ቅጅ ማቅረብ አለበት።

6. አመልካቹ የንግድ ማህበር ሆኖ እንደ የአገር ውስጥ ባለሀብት የሚቆጠሩ የውጭ አገር ዜጎች የሆኑ አባላት ካሉት፣
   ሀ. የምዝገባ የምስክር ወረቀት
   ለ. የማህበሩ መመስረቻ ጽሑፍና መተዳደሪያ ደንብ
   ሐ. የኢንቨስትመንት ፈቃድ
   መ. የማህበሩ ስራ አስኪያጅ የቅርብ ጊዜ ጉርድ ፎቶ ግራፍ ከማመልከቻው ጋር አንድ ቅጅ አያይዞ ያቀርባል።

7. አመልካቹ በክልል መንግስት የተቋቋመ የመንግስት የልማት ድርጅት ከሆነ
   ሀ. የምዝገባ የምስክር ወረቀት
   ለ. የተቋቋመበትን ሕግ፣
   ሐ. የስራ አስከያጁ የምደባ ደብዳቤ፣

ማመልከችኡ ኣተሓሒዙ ሓደ ቅዳሕ የቅርብ

29 ፍቓድ ስራሕ ንግዲ ምሃብ/ምሃብ ፍቓድ ስራሕ ንግዲ/

1. እቲ ቤት ፅሕፈት
   ሀ. በዚ ደንቢ ዓንቀፅ 28 መሰረት ዝቐረበሉ ማመልከቻ ምስ ገምገመ እቲ ሕቶ ዝተማልአ ምዃኑ፣
   ለ. ኣመልካቲ ቕድሚ ሕዚ ተመሳሳሊ ንግዲ ስራሕ ፍቓድ ብዝገበሮ ጥፍኣት ዝተሰረዘ እንተኾይኑ ካብ ዝተሰረዘሉ ዕለት ጀሚሩ ሓደ ዓመት ዝመልአ ምዃኑ፣
   ሐ. በዚ ደንቢ ዓንቀፅ 28/3 መሰረት ዝቐረበ ሕቶ እቲ ቢሮ ንጋራገ ስራሕ ፍቓድ ኣፈፃፅማ ብዘውፅኦ ዝርዝር መምርሒ መሰረት ገምጊሙ፣
   መ. ዝሓቶ ዘሎ ስራሕ ንግዲ ብሕጊ ዘይተኸልከለ ምዃኑ ብምርግጋፅ ምስቲ ደንቢ ተታሓሒዙ ምስ ዝርከብ ሰንጠረዠ "ሀ" ዝተወሰነ ግቡእ ክፍሊት ኣኽፊሉ ዝተሓተቶ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ ማዓልቲ ይህብ።
2. እቲ ቤት ፅሕፈት ነቲ ሕቶ ዘይተቐበሎ እንተኾይኑ ምኽንያትን ውሳነን ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ንኣመልካቲ ብፅሑፍ ይግለፅ።
3. በቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 28/1/ሠ/ ብዝተጠቐሰ ጉዳይ እንተዘይኮይኑ ብካልኦት ምኽንያት ፍቓድ ዝተሰረዞም ነጋዶ ከምእንደገና ሓዱሽ ተመሳሳሊ ፍቓድ ዘውፅኡ ምስቲ ደንቢ ተታሓሒዙ ምስዝርከብ ሰንጠረዠ "ሀ" ዝተመልከተ ኣግባብ ዘለዎ ፍቓድ ክፍሊት ዕፅፊ ብምኽፋል ይኸውን።

30 ሕድሳት ፍቓድን ስራሕ ንግዲን

1. ፍቓድ ስራሕ ንግዲ በቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 25 መሰረት ክሕደስ ኣለዎ፣
2. ወናኒ ፍቓድ ንሕድሳት ኣብዝቀረበሉ እዋን፣
   ሀ. ካብ ቢሮ ፋይናንስ ኣታዊ ግብሪ፣ ካብ ከተማ ምምሕዳር /ማዘጋጃ ቤት

ከማመልከቻው ጋር አያይዞ አንድ ቅጅ ያቀርባል

29 የንግድ ስራ ፈቃድ መስጠት

1. ጽ/ቤትኑ
   ሀ. በዚህ ደንብ አንቀጽ 28 መሰረት የቀረበለትን ማመልከቻ ከገመገመ በኋላ ጥያቄው የተሟላ መሆኑን፣
   ለ. አመልካቹ ከአሁን ቀደም ተመሳሳይ የንግድ ስራ ፈቃድ ባደረገው ጥፋት የተሰረዘበት ከሆነ ከተሰረዘበት ዕለት ጀምሮ አንድ ዓመት የሞላው መሆኑን፣
   ሐ. በዚህ ደንብ አንቀጽ 20/3/ መሰረት የቀረበውን ጥያቄ ቢሮው ለጋራዠ ስራ ፈቃድ አፈጻጸም በሚያወጣው ዝርዝር መመሪያ መሰረት ገምግሞ፣
   መ. የጠየቀውን የንግድ ስራ በሕግ ያልተከለከለ መሆኑን በማረጋገጥ ከዚህ ደንብ ጋር ተያይዞ በሚገኘው ሰንጠረዠ "ሀ" የተወሰነውን አግባብ ያለው ክፍያ አስከፍሎ የተጠየቀውን የንግድ ስራ ፈቃድ በአምስት የስራ ቀናት ውስጥ ይሰጣል።
2. ጽ/ቤቱ ጥያቄውን ያልተቀበለው ከሆነ ያልተቀበለበትን ምክንያትና ውሳኔ በአምስት የስራ ቀናት ውስጥ ለአመልካቹ በጽሑፍ ይገልጻል።
3. በአዋጁ አንቀጽ 28/1/ሠ/ ከተጠቀሱት ጉዳዮች ካልሆነ በስተቀር በሌሎች ምክንያቶች ፈቃድ የተሰረዘባቸው ነጋዴዎች እንደገና አዲስ ተመሳሳይ ፈቃድ የሚያወጡት ከዚህ ደንብ ጋር ተያይዞ በሚገኘው ሰንጠረዠ "ሀ" የተመለከተውን አግባብ ያለው የፈቃድ ክፍያ እጥፍ በመክፈል ይሆናል።

30 የንግድ ስራ ፈቃድ እድሳት፣

1. የንግድ ስራ ፈቃድ በአዋጁ አንቀጽ 25 መሰረት መታደስ አለበት
2. የፈቃዱ ባለቤት ለእድሳት በሚቀርብበት ጊዜ
   ሀ. የገቢ ግብር ከፋይናንስ ቢሮ፣ የአገልግሎት ክፍያ ከከተማ መስተዳደር

ግልጋሎት ክፍሊት ዝተኸፈለ ምኻኑ ወይ ከዓ እቲ ፍቃድ ንክሕደስ ዝተወሃበ መረዳእታ፣

ለ. ምስዚ ደንቢ ዝተተሓሓዘ ሰንጠረዥ "ሐ" ዝተመልአ ኣግባብ ዘለዎ ፍቓድ ሕድሳት መመልከቲ ቅጥዒ፣ ቅዳሕ ንቤት ፅሕፈት ከቅርብ ኣለዎ።

3. እቲ ቤት ፅሕፈት በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /2/ መሰረት ዝቐረበሉ ማመልከቻ ሰንጠረዥ "ሀ" ዝተመልከተ ኣግባብ ዘለዎ ክፍሊት ኣኽፊሉ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ነቲ ፍቓድ ኣሐዲሱ ንመመልከቲ ይህቦ።

4. እቲ ቤት ፅሕፈት በዚ ዓንቀፅ /2/ መሰረት ዝቀረበሉ ማመልከቻ ዘይተቐበሎ እንተኮይኑ ዘይተቀበለሉ ምኽንያት ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ንኣመልካቲ ብፅሑፍ ይግለፀሉ።

31 መሰልን ግቡእን ወነንቲ ፍቓድ ስራሕ ንግዲ

1. ዝኾነ ፍቓድ ስራሕ ንግዲ ዝተወሃቦ ሰብ በዚ ዓንቀፅ ስዒቡ ዝግለፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2፣ 3፣ 4፣ 5፣ 6 ከምኡ'ውን ብካልኦት ሕግታት ዝተደንገጉ ክልከላታትን ደረታትን ብምኽባር እቲ ፍቓድ ኣብ ዝተወሃበሉ ዓውደ ስራሕ ዝኾነ ስራሕቲ ንግዲ ምስራሕ ይኽእል እዩ።

2. ዝኾነ ነጋዳይ ንግዲ ስራሕ ፍቓድ ኣብዝተውሃበሉ ዓውደ ስራሕ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ኣብ ሓደ ቦታ ወይ ከዓ ኣብ ሓደ ገዛ ውሽጢ ኣጣሚሩ ምስራሕ ኣብ ልዕሊ ተጠቃሚ ሕዝቢ ጥዕናን ድሕንነትን ወይ ንብረት ጉድኣት ዘብፅሕ እንተኾይኑ እቶም ስራሕቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ወይ ከዓ ገዛውቲ ፈላልዩ በበይኖም ክካይዶ ኣለዎ

3. ዝኾነ ነጋዳይ

ሀ. ኣብ ልዕሊ ተጠቃሚ ወይ ዓሚል ጉድኣት ዘስዕብ፣ ወይ

ለ. ጥቅሚ ምጉናፅ/ግጭት/ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ኣጣሚሩ ብሓድነት ክሰርሕ የብሉን።

4. ዝኾነ ነጋዳይ ኣቑሑት ንግዲን ዝርዝር ዋጋ ግልጋሎትን ኣብቲ ንግዲ ቦታ ብግልፂ

/ማዘጋጃ ቤት/ የተከፈለ መሆኑን ወይም ፈቃዱ እንዲታደስ የተሰጠ መረጃ፣

ለ. ከዚህ ደንብ ጋር በተያያዘው ሰንጠረዥ "ሐ" የተመለከተውን አግባብ ያለው የፈቃድ እድሳት ማመልከቻ ቅጽ፣ ቅጅ ለጽ/ቤቱ ያቀርባል።

3. ጽ/ቤቱ በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ /2/ መሰረት የቀረበለትን ማመልከቻ ሰንጠረዥ "ሀ" የተመለከተውን አግባብ ያለው ክፍያ በማስከፈል ፈቃዱን በአምስት የስራ ቀናት ውስጥ አድሶ ለአመልካቹ ይሰጠዋል።

4. ጽ/ቤቱ በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ /2/ መሰረት የቀረበውን ማመልከቻ ያልተቀበለው እንደሆነ ያልተቀበለበትን ምክንያት በአምስት የስራ ቀናት ውስጥ ለአመልካቹ በጽሑፍ ይገልፅለታል።

31 የንግድ ስራ ፈቃድ ባለቤቶች መበትና ግዴታ

1. ማንኛውም የንግድ ስራ ፈቃድ የተሰጠው ሰው በዚህ አንቀጽ ቀጥሎ በሚገለጸው ንኡስ አንቀጽ /1/ /2/ /3/ /4/ /5/ እና /6/ እንዲሁም በሌሎች ህጎች የተደነገጉ ክልከላዎችንና ገደቦችን በማክበር ፈቃዱ በተሰጠበት የስራ መስክ ማንኛውንም የንግድ ስራ መስራት ይችላል።

2. ማንኛውም ነጋዴ የንግድ ስራ ፈቃዱ በተሰጠበት የስራ መስክ የተለያዩ ስራዎችን በአንድ ስፍራ ወይም በአንድ ቤት ውስጥ አጣምሮ መስራት በተጠቃሚው ህዝብ ጤንነትና ደህንነት ወይም ንብረት ላይ ጉዳት የሚያደርስ ከሆነ እነዚህን ስራዎች በተለያዩ ቦታዎች /ስፍራዎች/ ወይም ቤቶች በተናጠል ማካሄድ አለበት።

3. ማንኛውም ነጋዴ

ሀ. በተጠቃሚው ወይም በደንበኛው ላይ ጉዳት የሚያስከትል ወይም

ለ. የጥቅም ግጭት ሊፈጠሩ የሚችሉ የተለያዩ ስራዎችን በአንድነት አጣምሮ መስራት የለበትም።

4. ማንኛውም ነጋዴ የንግድ እቃዎችና የአገልግለቱ የዋጋ ዝርዝር በንግድ ቤቱ

ብዝርአ ኩነታት ከቕምጥ ወይ ድማ ኣብቲ ናይ ንግዲ ኣቅሓ ምጥቃዕ ኣለዎ

5. ዝኾነ ነጋዳይ ብምልክታ ህዝቢ ብዝወሰን መሰረት ባህርያት እቲ ስራሕ ዝሓቶ ምምላእን ግቡእ ኣገልግሎት ምሃብን ኣለዎ።

6. ዝኾነ ነጋዳይ ፍቓድ ስራሕ ንግዲ ኣብ ውሽጢ ስራሕ ቦትኡ ብግልፂ ኣብ ዝረአ ቦታ ከቅምጦ ኣለዎ።

32 መተካእታ ፍቃድ ስራሕ ንግዲ ምሕታት

1. ፍቓድ ስራሕ ንግዲ ዝተበላሸዎ ወይ ዝጠፍኦ ሰብ እቲ ፍቓድ ከመይሉ ከምዝተበላሸወ ወይ ከምዝጠፍአ ዝገልፅ ባዕሉ ዝፈረመሉ መብርሂ ንቤት ፅሕፈት ብምቕራብ መተካእታ ፍቓድ ስራሕ ንግዲ ክወሃቦ ክሓትት ይኽእል'ዩ

2. እቲ ቤት ፅሕፈት ወናኒ ፍቓድ ዝተበላሸወ ፍቓድ ክምልስ ምስገበረ ምስ'ዚ ደንቢ ዝተተሓሓዘ ሰንጠረዥ "ሀ" ዝተመልከተ ኣግባብ ዘለዎ ክፍሊት ኣኸፊሉ መተካእታ ፍቓድ ይህቦ።

3. እቲ ቤት ፅሕፈት ኢንዱስትሪ፣ ንግድን ትራንስፖርትን በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 መሰረት ፍቓድ ዝጠፍኦሉ ኩነታት ዘረድእ መብርሂ ምስበፅሖ ኣመልካቲ ብናቱ ወፃኢ ፍቓድ ዝጠፍኦን መተካእታ ፍቓድ ክወሃቦ ዝሓተተ ምዃኑ ዝገልፆ ጋዜጣ ምልክታ ክወፅእ ምስገበረ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ተቛዋሚ እንተዘይቀሪቡ ምስቲ ደንቢ ዝተተሓሓዘ ሰንጠረዥ "ሀ" ዝተመልከተ ኣግባብ ዘለዎ ናይ ፍቓድ ክፍሊት ብምኽፋል ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልቲ መተካእታ ፍቓድ ይወሃቦ።

33 ሓደ ንግዲ ድርጅት ናብ ካሊእ ሰብ እንትመሓላለፍ ሓዱሽ ፍቓድ ስራሕ ንግዲ ዝወሃበሉ ኩነታት

1. ንግዲ ድርጅት ብዝኾነ ሕጋዊ መንገዲ ናብ ካሊእ ሰብ እንትመሓላለፍ ኣመልካቲ ምስቲ ደንቢ ዝተተሓሓዘ ሰንጠረዥ "ሐ" ኣግባብ ዘለዎ መመልከቲ ቅጥዒ ብምምላእ ምስቲ ማመልከቻ እቲ ነባር/ዝፀንሐ/ ፍቓድ ንግድን ኣግባብ ዘለዎ ሕጋዊ ሰነድን

በግልጽ በሚታይ ሁኔታ ማስቀመጥ ወይም ደግሞ በንግድ ዕቃዎቹ ላይ መለጠፍ አለበት

5. ማንኛውም ነጋዴ በህዝብ ማስታወቂያ በሚወሰነው መሰረት የስራው ጠባይ/ባህሪያት/ የሚጠይቀውን ሟሟላትና ተገቢውን አገልግሎት መስጠት አለበት

6. ማንኛውም ነጋዴ የንግድ ስራ ፈቃዱን በስራ ቦታው ውስጥ በግልጽ በሚታይ ቦታ ማስቀመጥ አለበት።

32 ምትክ/ቅያሪ/ የንግድ ስራ ፈቃድ መጠየቅ፣

1. የንግድ ስራ ፈቃድ የተበላሸበት ወይም የጠፋበት ሰው ፈቃዱ እንዴት እንደተበላሸ ወይም እንደጠፋበት የሚገልጽ ራሱ የፈረመበት መግለጫ ለጽ/ቤቱ በማቅረብ ምትክ የንግድ ስራ ፈቃድ እንዲሰጠው መጠየቅ ይችላል።

2. ጽ/ቤቱ የፈቃዱ ባለቤት የተበላሸውን ፈቃድ እንዲመለስ ካደረገ በኋላ ከዚህ ደንብ ጋር በተያያዘው ሰንጠረዥ የተመለከተውን አግባብ ያለው ክፍያ በማስከፈል ምትክ ፈቃድ ይሰጠዋል

3. የኢንዱስትሪ፣ ንግድና ትራንስፖርት ጽ/ቤት በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ /1/ መሰረት ፈቃድ የጠፋበት ሁኔታ የሚያስረዳ መግለጫ ከደረሰው በኋላ አመልካቹ በራሱ ወጪ ፈቃድ የጠፋበትና ምትክ ፈቃድ እንዲሰጠው የጠየቀ መሆኑን የሚገልጽ የጋዜጣ ማስታወቂያ እንዲያወጣ ባደረገ በአንድ ወር ጊዜ ውስጥ ተቃዋሚ ካልቀረበ ከዚህ ደንብ ጋር በተያያዘው ሰንጠረዥ "ሀ" የተመለከተውን አግባብ ያለው የፈቃድ ክፍያ በማስከፈል በአምስት የስራ ቀናት ውስጥ ምትክ ፍቃድ ይሰጠዋል።

33.አንድ የንግድ ድርጅት ወደ ሌላሰው ሲተላለፍ አዲስ የንግድ ስራ ፈቃድ ስለሚሰጥበት ሁኔታ

1. የንግድ ድርጅት በማናቸውም መንገድ ለሌላ ሰው ሲተላለፍ አመልካኡ ከዚህ ደንብ ጋር በተያያዘው ሰንጠረዥ "ሐ" አገባብ ይለውን የማመልከቻ ቅፅ በመሙላት ከማመልከቻው ጋር የቀድሞውን የንግድ ስራ ፈቃድ አገባብ ያለውን ሕጋዊ ሰነድ ኣያይዞ

ኣተሓሒዙ ብክልተ ቅዳሕ የቕርብ።

2. ቤት ፅሕፈት ኢንዱስትሪ ንግድን ትራንስፖርትን እቲ ናይ ንግዲ ድርጅት ብሕጋዊ መንገዲ ዝተመሓላለፍ ምዃኑ ብምፅራይ ምስዑ ደንቢ ዝተተሓሓዘ ሰንጠረዥ "ሀ" መሰረት ዝተመልከተ ኣገባብ ዘለዎ ክፍሊት ኣክፊሉ ካሊእ ተመሳሳሊ ፈቃድ እቲ ድርጅት ንዝተመሓላለፈሉ ሰብ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ይህቦ።

3. ቤት ፅሕፈት በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 መሰረት ዝቀረበሉ ሕቶ ተቐባልነት ዘይብሉ ምዃኑ ምስኣረጋገፀ ዘይተቐበለሉ ምኽንያት ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ ማዓልቲ ንኣመልካቲ ብፅሑፍ የፍልጦ።

## 34 ጊዚያዊ ፍቃድ

1. በቲ ኣዋጅ ዓነቀፅ 31/1 ዝተረቐሐ ስራሕቲ ንግዲ ግዚያዊ ፍቃድ ክወሃቦ ዝሓተተ ዝኾነ ሰብ ምስዚ ደነብ ተታሓሒዙ ምስዝርከብ ሰንጠረዘ "ሐ" ዝተመልከተ ኣግባብ ዘለዎ ማመልከቻ ቅጥዒ ብምምላእን ናይ ቀረባ ጊዜ ክልተ ጉርዲ ፎቶግፍ ከቕርብ ኣለዎ።

2. እቲ ቤት ፅሕፈት በዚ ዓንቀፅ ንኡስ (1) ዝተመልከተ ተማሊኡ ምቅራቡ ምስ ኣረጋገፀ ምስዚ ደንቢ ተታሓሒዙ ዝርከብ ሰንጠረዥ "ሀ" ዝተጠቐሰ ኣግባብ ዘለዎ ክፍሊት ኣኽፊሉ ዝሓተቶ ጊዚያዊ ፍቓድ ኣብ ውሽጢ 5ተ ናይ ስራሕ ማዓልቲ ይህቦ።

3. እቲ ቤት ፅሕፈት ነቲ ሕቶ ዘይተቐበሎ እንተኾይኑ ዘይተቐበለሉ ምኽንያትን ውሳነን ኣብ ውሽጢ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ንመመልከቲ ብፅሑፍ የፍልጦ፡

## 35 ጊዚያዊ ፍቃድ ዝሕደሰሉ ኩነት

1. ጊዚያዊ ፍቃድ ግልጋሎት እዋን ንሓደ ዓመት እዩ። ግልጋሎት ግዚኡ ምስ ኣብቅዐ ካብ ዘብቅዐሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ሓደ ዓመት ውሽጢ ክሕደስ ኣለዎ።

2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ/1/ መሰረት ንሕድሳት ዘይቀረበ ጊዚያዊ ፍቓድ ከምዝተሰረዘ ይቁፀር

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓነቀፀ /2/ ዝተጠቀሰ

በሁለት ቅጂ ያቀርባል።

2. የኢንዱስትሪ ፣ ንግድና ትራንስፖርት የንግድ ድርጅቱ በሕጋዊ መንገድ የተላለፈ መሆኑን በማጣራት ከዚህ ደንብ ጋር በተያያዘው ሰንጠረዥ"ሀ" መሰረት የተመለከተውን አገባብ ይለው ክፍያ አስከፍሎ ሌላ ተመሳሳይ ፈቃድ ድርጅቱ ለተላለፈበት ሰው በአምስት የስራ ቀናት ውስጥ ይሰጣል።

3. ፅ/ቤቱ በዚህ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 1 መሰረት የቀረበለት ጥያቄ ተቀባይነት የሌለው መሆኑን ሲያረጋግጥ ያልተቀበለበትን ምክንያት በኣምስት የስራ ቀናት ቅስጥ ለኣመልካቹ በፅሑፍ ያሳውቃል

## 34 ጊዚያዊ ፈቃድ

1. በአዋጅ አንቀጽ 31/1/ ለተመለከቱት የንግድ ስራዎች ጊዚያዊ ፈቃድ እንዲሰጠው የሚጠይቅ ማንኛውም ሰው ከዚህ ደንብ ጋር ተያይዞ በሚገኘው ሰንጠረዥ "ሐ" የተመለከተውን አግባብ ያለው የማመልከቻ ቅጽ በመሙላትና ሁለት የቅርብ ጊዜ ጉርድ ፎቶግራፍ ማቅረብ አለበት።

2. ጽ/ቤቱ በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ/1/ የተመለከተው ተሟልቶ መቅረቡ ሲያረጋግጥ ከዚህ ደንብ ጋር ተያይዞ የሚገኘው ሰንጠረዥ "ሀ" አግባብ ያለው ክፍያ በማስከፈል የተጠየቀውን ጊዚያዊ ፈቃድ በአምስት የስራ ቀናት ውስጥ ይሰጠዋል።

3. ጽ/ቤቱ ጥያቄውን ያልተቀበለው እንደሆነ ያልተቀበለበት ምክንያት ውሳኔ በአምስት የስራ ቀናት ውስጥ ለአመልካቹ በጽሁፍ ያሳውቃል።

## 35 ጊዚያዊ ፈቃድ የሚታደስበት ሁኔታ

1. የጊዚያዊ ፈቃድ የአገልግሎት ጊዜ አንድ ዓመት ነው የአገልግሎት ጊዜው ሲያበቃ ካበቃበት ዕለት ጀምሮ በአንድ ዓመት ውስጥ መታደስ አለበት።

2. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ /1/ መሰረት ለእድሳት ያልቀረበ ጊዚያዊ ፈቃድ እንደተሰረዘ ይቆጠራል።

3. በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ /1/

ከምዘሎ ኮይኑ ጊዚያዊ ፍቓድ ዝተወሃቦ ሰብ ቀዋሚ ፍቓድ ንምርካብ ዘኽእልዎ ተደለይቲ መረዳእታታት ንምቕራብ ዘይከኣለ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ምዃኑ እቲ ቢሮ እንተኣሚኑሉ እቲ ጊዚያዊ ፈቓድ ክሕደስ ይኽእል እዩ።

4. ብግዚያዊ ፍቓድ ምህርቲ ኣፍሪኻ ምሻጥን ግልጋሎት ምሃብን ኣይከኣልን

5. ክፍሊት ሕድሳት ግዚያዊ ፍቓድ ኣብ ሰንጠረዥ ሀ ተ.ቁፅሪ 7 ዝተጠቐሰ ይኸውን።

**36 ፍቃድ /Permit/ ምስፍሕፋሕን ምምሕያሽን**

1. ብኢንዱስትሪ፣ ብሆቴል፣ ብጥዕና፣ ብትምህርትን ብሕርሻን ልምዓትን ስራሕ ዘርፊ ዝተዋፈረ ሰብ ኣቐዲሙ ንዝተጣየሸ ትካሉ ከስፋሕፍሕ ወይ ድማ ከመሓይሽ እንተደልዩ በቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 22 ንኡስ ዓንቀፅ 2ን 3ን መሰረት ተደለይቲ መረዳእታታት ብምትሕሓዝ ኣብዚ ደንቢ ንዘሎ ሰንጠረዥ "ሐ" ኣግባብ ዘለዎ ቅጥዒ መሊኡ ማመልከቻ ከቅርብ ኣለዎ።

2. ንዝኾነ ሰብ ንዝገብሮም መማሓየሽታት ወይ ከዓ ምስፍሕፋሕ መተባብዒ ክወሃቦ ክሓትት ዝኽእል ካብ ዘመዝገቦ ካፒታል 50%/ሓምሳ ፐርሰንት/ ወሰኽ እንተርኢይ ጥራሕ'ዩ።

3. እቲ ቢሮ ዝቐረበሉ መረዳእታ መርሚሩ ብቑዕ ምዃኑ ምስኣረጋገፀ ሕቶ ምስፍሕፋሕ ወይ ምምሕያሽ ኣብ ሰንጠረዥ "ሀ" ዝተመልከተ ኣግባብ ዘለዎ ክፍሊት ኣኽፊሉ ኣብ ውሽጢ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ፍቃድ /Permit/ ይህቦ

4. እቲ ሕቶ ምስፍሕፋሕ ወይ ምምሕያሽ ስራሕ ቅድም ክብል ፍቓድ ንዝተውሃቦሉ ኩነታት ዘይቕይር እንተኾይኑ ኣመልካቲ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ/1/ ዝተመልከቱ መረዳእታታት ከቅርብ ኣይግደድን።

5. እቲ ቢሮ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 መሰረት ዝቀረበሉ ሕቶ ዘይተቐበሎ እንተኾይኑ ዘይተቐበለሉ ምኽንያትን ዝሃቦ ውሳነን ኣብ ውሽጢ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ንኣመልካቲ ብፅሑፍ የፍልጦ።

**37 ቁፅፅር**

1. እቲ ኣዋጅን እዚ ደንብን ከምኡ'ውን

የተጠቀሰው እንዳለ ሆኖ ጊዚያዊ ፈቃድ የተሰጠው ሰው ቀዋሚ ፈቃድ ለማግኘት የሚያስችለው ተፈላጊ መረጃዎች ለማቅረብ ያልቻለው ከአቅሙ በላይ በሆነ ምክንያት መሆኑን ጽ/ቤቱ ካመነበት ጊዚያዊ ፈቃዱን ሊታደስ ይችላል።

4. በጊዚያዊ ፈቃድ ምርት አፍርቶ መሸጥና አገልግሎት መስጠት አይቻልም።

5. ጊዚያዊ ፈቃድ የእድሳት ክፍያ በሰንጠረዠ "ሀ" ተራ ቁጥር 7 የተጠቀሰው ይሆናል

**36 የማስፋፋትና የማሻሻል ፈቃድ /Permit/**

1. በኢንዱስትሪ፣ በሆቴል፣ በጤና፣ በትምህርትና በአርሻ ልማት የስራ ዘርፎች የተሰማራ ሰው ቀደም ብሎ ያቋቋመውን ድርጅት ለማስፋፋት ወይም ለማሻሻል ከፈለገ በአዋጅ አንቀጽ 22 ንኡስ አንቀጽ /2/ እና /3/ መሰረት አስፈላጊ መረጃዎችን በማያያዝ በዚህ ደንብ ባለው ሰንጠረዠ "ሐ" አግባብ ያለው ቅፅ ሞልቶ ማመልከቻ ማቅረብ አለበት።

2. ማንኛውም ሰው ለሚያደርጋቸው ማሻሻሎች ወይም ማስፋፋት ማበረታቻ እንዲሰጠው መጠየቅ የሚችለው ካስመዘገበው ካፒታል 50% /ሃምሳ ፐርሰንት/ ጭማሪ ሲያሳይ ብቻ ነው።

3. ቢሮው የቀረበለትን ማስረጃ መርምሮ ብቁ መሆኑን ካረጋገጠ የማስፋፋት ወይም የማሻሻል ጥያቄ በሰንጠረዠ "ሀ" የተመለከተው አግባብ ያለው ክፍያ አስከፍሎ በአምስት የስራ ቀናት ውስጥ ፈቃድ /permit/ ይሰጠዋል።

4. የማስፋፋት ወይም የማሻሻል ስራ ጥያቄ ቅደም ሲል ፈቃድ ለተሰጣቸው ሁኔታዎች የማይቀይር ከሆነ አመልካቹ በዚህ ንኡስ አንቀጽ /1/ የተመለከቱትን መረጃዎች እንዲያቀርብ አይገደድም።

5. ቢሮው በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ /1/ መሰረት የቀረበለትን ጥያቄ ያልተቀበለው ከሆነ ያልተቀበለበትን ምክንያትና የሰጠውን ውሳኔ በአምስት የስራ ቀናት ውስጥ ለአመልካቹ በፅሑፍ ያሳውቃል።

**37 ቁጥጥር**

1. አዋጁና ይህ ደንብ እንዲሁም በየጊዜው

በቢእዋኑ ንዝወፅኡ ናይ ህዝቢ ምልክታታት ዝኸበሩ ዘለዉ ምዃኖምን ንምርግጋፅን ከምኡ'ውን ዘይሕጋዊ ንግዲ ንምክልኻል ጥቡቕ ክትትልን ቁፅፅርን ዝገብሩ ብኣግባቡ ስልጣን ዝተወሃቦም ሰራሕተኛታት ቁፅፅር ቢሮ ኢንዱስትሪ፣ ንግዲን ትራንስፖርትን እዮም።

2. ስልጣን ዝተውሃቦ ተቆፃፃሪ ብስራሕ ሰዓት ኣብ ማንም ሰብ መደብር ወይ ከዓ መኽዚን ኣትዩ ክፍትሽን ክከታተልን ይኽእል'ዩ። ኣፈፃፀሙ እቲ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

38 ግቡእ ተቆፃፀርቲ

በዚ ደንቢ ዓንቀፅ 37/2/ መሰረት እቲ ቢሮ ዘውፅኦ መምረሒ ዝተሓለወ ኮይኑ

1. ዝኾነ ተቆፃፃሪ ስልጣን መረጋገፂኡ ወይ ከዓ መፈለጢ ወረቀቱ መደብሩ/መካዚኑ/ ንዝፍትሽ ሰብ ከርኢ ኣለዎ፣
2. ኣብ ቁፅፅር እዋን እቲ ኣዋጅ ወይ ከዓ ናይ'ዚ ደንቢ ድንጋጌታት ተጣሒሶም እንተረኺቦም ነቲ ነጋዳይ ግቡእ ፃውዒት ሂቡ ናብ ቢሮ ክቐርብ ክገብር ኣለዎ።

39 ናይ ምትሕብባር ግቡእ

1. ማንም ሰብ ተቖፃፀርቲ ስራሖም ኣብዘከናውንሉ እዋን ክተሓባበር ኣለዎ።
2. በዚ ደንቢ ዓንቀፅ 38/3/ መሰረት መፀዋዕታ በፂሑዎ መልሲ ዘይህብ ወይከዓ ናብ ቢሮ ዘይቀርብ (እንትርከብ) እንተሃልዩ እቲ ቢሮ ፍቓድ ንግዲ ስራሕ እቲ ነጋዳይ ክእገድ ክገብር ይኽእል'ዩ።

### ራብዓይ ክፋል

### ንግዲ ክስፋሕፋሕ ምትሕብባር

40 ንግዲ ምስፍሕፋሕ

በቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 38 ብዝተመልከተ መሰረት እቲ ቢሮ ናይቲ ክልል ስራሕቲ ንግዲ ውሽጢ ሃገር ክስፋሕፋሕ ንመበራትዒ ዘድልዩ ፈንድ ዝእክበሉ ዝመሓደረሉ ኣብ ስራሕ ዝውዕለሉን ኩነታት ይትልም የደራጁ፣ የተሓባብር፣ ብክልል መንግስቲ እንትፍቀድ ድማ ተግባራዊ ይገብር።

41 ናይ ንግዲ ምስፍሕፋሕ ፈንድ ምትእኽኻብ

ፍልፍል ፈነድ መእከቢ ንግዲ ምስፍሕፋሕ እዞም ዝስዕቡ ይኾኑ

የሚወጡትን የህዝብ ማስታወቂያዎች እየተከበሩ መሆናቸውን ለማረጋገጥ እንዲሁም ህጋዊ ያልሆነ ንግድ ለመከላከል ጥብቅ ክትትልና ቁጥጥር የሚደረጉ በአግባቡ ስልጣን የተሰጣቸው የኢንዱስትሪ ንግድና ትራንስፖርት ቢሮ የቁጥጥር ሰራተኞች ናቸው።

2. ስልጣን የተሰጠው ተቆጣጣሪ በስራ ሰዓት በማንኛውም ሰው መደብር ወይም መጋዘን ገብቶ መፈተሽና መከታተል ይችላል፣ ኣፈፃፀሙ ቢሮው በሚያወጣው መመሪያ ይወሰናል።

38 የተቆጣጣሪዎች ግዴታ

በዚህ ደንብ አንቀጽ 37/2/ መሰረት ቢሮው የሚያወጣው መመሪያ የተጠበቀ ሆኖ፣

1. ማንኛውም ተቆጣጣሪ የስልጣኑ መረጋገጫ ወይም መለያ ወረቀቱን መደብሩ/መጋዝኑ/ ለሚፈተሸው ሰው ማሳየት አለበት።
2. በቁጥጥር ጊዜ አዋጁ ወይም የዚህ ደንብ ድንጋጌዎች ተጥሰው በሚያገኛቸው ጊዜ ለነጋዴው ተገቢውን መጥሪያ ሰጥቶ ወደ ቢሮው እንዲቀርቡ ማድረግ አለበት።

39 የመተባበር ግዴታ

1. ማንኛውም ሰው ተቆጣጣሪዎች ስራቸውን በሚያከናውኑበት ጊዜ መተባበር አለበት
2. በዚህ ደንብ አንቀጽ 38 ንኡስ አንቀጽ /2/ መሰረት መጥሪያ ደርሶት መልስ የማይሰጥ ወይም ወደ ቢሮው የማይቀርብ ካለ የነጋዴው የንግድ ስራ ፈቃድ ቢሮው እንዲታገድ ማድረግ ይችላል።

### ክፍል አራት

### ንግድ እንዲስፋፋ መተባበር

40 ንግድ ማስፋፋት

በአዋጅ አንቀጽ 38 በተመለከተው መሰረት ቢሮው የክልል የአገር ውስጥ የንግድ ስራ እንዲስፋፋ ለማበረታታት የሚያስፈልጉትን ፈንድ የሚያሰባስብበትን፣ የሚተዳደርበትንና ስራ ላይ የሚውልበትን ሁኔታዎች ያቅዳል፣ ያደራጃል፣ ያስተባብራል፣ በክልል መንግስት ሲፈቀድ ደግሞ ተግባራዊ ያደርጋል።

41 የንግድ ማስፋፊያ ፈንድ ማሰባሰብ፣

የንግድ ማስፋፊያ ፈንድ ማሰባሰቢያ ምንጮች የሚከተሉት ይሆናሉ

1. እቱ ቢሮ ካብ ዝገብሮ ንግዲ ምዝገባ፣ ካብዝህቦ ፍቃድ ምስክር ወረቀትን ንግድን መረዳእታን ዝርከብ ኣታዊ፣
2. ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ንግዲ ውሽጢ ሃገር ዝተዋፈሩ ማሕበራትን ነጋዶን ብድልየቶም ካብ ዝገብሩዎ ወፈያን ውህብቶን ዝርከብ ኣታዊ፣
3. ካብ ካልኦት ፍልፍላት ብረዲኤት ወይ ብውህብቶ ዝርከብ ኣታዊ፣

**42 ምስፍሕፋሕ ፈንድ ኣብ ስራሕ ምውዓል**

እቲ ቢሮ ብመሰረት ብዓንቀፅ 41 ዝተኣከበ ኣታዊ ነዞም ዝቅፅሉ ዕላማታት የውዕሎ።

1. ምህርትታትን ኣገልግሎትን እቲ ክልል ከመሓይሹ ዝኽእሉ ኩነታት ንምፅናዕ፣
2. ኣብ ስራሕ ንግዲ ውሽጢ ሃገርን ብንግዲ ስራሕ ምምሕዳር ተግባራት ዝተዋፈሩ ሰራሕተኛታትን ትካላትን ዝዳለዉ ዝተፈላለዩ ስልጠናታትን ሰሚናራትን ንምክያድ፣ ኣብ ዝተዋፈረሉ ስራሕ ንኻልኦት መርኣያ ክኾኑ ዝኽእሉ ፅቡቕ ውፅኢት ንዘርኣዩ ነጋዶ መበራትዒ ሽልማት ንምሃብ፤
3. ምህርቲ ክልልና ምስ ካልኦት ክልላት ንምፍላጥን ተደላይነት ንክህልዎም ዘኽእሉ ኤግዚብሽናት ንምድላው፣
4. ካልኦት ክልላት ኣብዘዳልዉዎ ኤግዚቢሽናትን ናይ ንግዲ ትምህርታዊ ዑደትን ንዝሳተፉ ትካላትን ውልቀሰባትን ደገፍ ንምሃብ፣
5. ኩነታት ዕዳጋ ንምክትታልን መረዳእታታት ንምትእኽኻብን፣
6. ኣብ ውሽጢ ክልልና ፣ ኣብ መንጎ ክልልናን ካልኦት ንግዲ ክስፋሕፋሕን ክምዕብልን ዘኽእሉ ኩነታት ኣብ ዝግበር መፅናዕቲ ንምስታፍ።

**43 እዚ ደንቢ ዝፀንዐሉ ጊዜ፣**

እዚ ደንቢ ብነጋሪት ጋዜጣ ክልል ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

ገብሩ ኣስራት
ርእሰ ምምሕዳር
ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

1. ቢሮው ከሚያደርገው የንግድ ምዝገባ፣ ከሚሰጠው ፈቃድ ምስክር ወረቀትና የንግድ መረጃ የሚገኘው ገቢ፣
2. በተለያዩ የአገር ውስጥ ንግድ ስራ መስኮች የተሰማሩ ማህበራትና ነጋዴዎች በፍላጎታቸው ከሚያደርጉት መዋጮና ስጦታ የሚገኝ ገቢ፣
3. ከሌለሎች ምንጮች በእርዳታ ወይም በስጦታ የሚገኝ ገቢ

**42 የማስፋፊያ ፈንድ በስራ ላይ ማዋል፣**

ቢሮው የዚህ ደንብ አንቀጽ 41 መሰረት የሚሰበስበውን ገቢ ለሚከተሉት ዓላማዎች ያውለዋል፦

1. የክልሉ ምርቶችና አገልግሎት ሊሻሻሉ የሚችሉበትን ሁኔታዎች ለማጥናት
2. በአገር ውስጥ ንግድ ስራ ላይና በንግድ ስራ አስተዳደር ተግባራት ለተሰማሩ ሰራተኞችና ድርጅቶች የሚዘጋጁ ልዩልዩ ስልጠናዎችን ማካሄድ፣ በተሰማሩበት ስራ ለሌሎች ምሳሌ ሊሆኑ የሚችሉ ጥሩ ውጤት ለሚያሳዩ ነጋዴዎች ማበረታቻ ሽልማት ለመስጠት፣
3. የክልሎችን ምርቶች ከሌሎች ክልሎች ለማስተዋወቅና ተፈላጊነት እንዲኖራቸው የሚያስችሉ ኤግዚቢሽኖችን ለማዘጋጀት፣
4. ሌሎች ክልሎች በሚያዘጋጁት ጉብኝቶች ላይ ለሚሳተፉ ድርጅቶችና ግለሰቦች ድጋፍ ለመስጠት፣
5. የገበያ ሁኔታ ለመከታተልና መረጃዎችን ለመሰብሰብ
6. በክልሉ ውስጥ፣ በክልሉና በሌሎች ክልሎች መካከል ንግድ እንዲስፋፋና እንዲበለፅግ የሚችልበትን ሁኔታዎች በሚደረጉ ጥናቶች ለመሳተፍ።

**43 ደንቡ የሚፀናበት ጊዜ**

ይህ ደንብ በትግራይ ክልል ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ጊዜ/ዕለት/ ጀምሮ የፀና ይሆናል።

ገብሩ አስራት
የትግራይ ክልላዊ
መንግስት ርእሰ መስተዳደር

ሰንጠረዥ ሀ

ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቢሮ ኢንዱስትሪ፣ ንግድን ትራንስፖርትን ንግዲ ምዝገባን ፍቃድን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክፍሊታት፣

| ተ.ቁ | ምክንያት ክፍሊት | ተመን ክፍሊት |
|---|---|---|
| 1 | 1.1 ንሕድሕድ ማመልከቻ ቅጥዒ | ብር 2.00 |
| | 1.2 ንሕድሕድ ምዝገባ ምስክር ወረቐት | 2.00 |
| | 1.3 ንሕድሕድ ንግዲ ስራሕ ምስክር ወረቐት | 2.00 |
| | 1.4 ምስክር ወረቐት ቅዳሕ | 1.00 |
| | 1.5 መንነት ደብተር | 5.00 |
| 2 | ንመመዝገቢ | |
| | 2.1 ንዋና ምዝገባ/ዝተፈረመ ወይ ከዓ ዝተፈቐደ ካፒታል መሰረት ተገይሩ/ | |
| | ሀ. ክሳብ ብር 5000(ሓሙሽተ ሽሕ) | ብር 5.00 |
| | ለ. ንንሕድሕድ ተወሳኺ ብር 1000 | ብር 1.00 ኮይኑ ግና ጠቕላላ ካብ 100 ክበልፅ ኣይኽእልን |
| | 2.2 ሓፂር ምዝገባ | 10.00 ብር |
| 3 | ንንግዲ ሽም ምዝገባ ዝተፈረመ ወይ ከዓ ዝተፈቐደ ካፒታል መሰረት ተገይሩ | ብተራ 2.1.ሀን 2.1.ለ መሰረት ይኸውን |
| 4 | ንንግዲ ምዝገባ ለውጢ፣ ተወሳኺ ምዝገባ፣ ስረዛ፣ ዝተውፃዕአ ቅዳሕ ወይከዓ ዝተሓተተ ጉዳይ ዘይተመዝገበ ንምኻኑ ዝወሃብ መረጋገፂ | |
| | ሀ. ውልቀሰብ ነጋዳይ | ብር 10.00 |
| | ለ. ካልኦት | ብር 20.00 |
| 5 | ንንግዲ ሽም ምዝገባ ለውጢ ወይከዓ ምምሕያሽ | ብተራ ቁ.4 መሰረት ይኸውን |
| 6 | ንንግዲ ስራሕ ፈቓድ መውፅኢ ወይ ከዓ መሐደሲ /ዝተፈረመ ወይ ከዓ ዝተፈቐደ ካፒታል መሰረት ተገይሩ/ | |
| | 6.1 ክሳብ ብር 10,000 | ብር 25.00 |
| | 6.2 ንሕድሕድ ተወሳኺ ብር 1000 | 1.00 ኮይኑ ግና ጠቕላላ ክፍሊት ካብ ብር 200 ክበልፅኣይከኣልን |
| 7 | ንጊዚያዊ ፤ ንምስፍሕፋሕ ወይ ከዓ ንምምሕያሽ | ብር 100.00 |
| 8 | ንግዲ ፍቓድ ወይከዓ ሰርቲፊኬት ንምትካእ | ብር 50.00 |
| 9 | ንግዲ ስራሕ ፈቃድ ንምውፃእ ከማልኡ ዝግብኦ ዝተፈላለዩ ሮቋሒታት ቅዳሕ /ንሕድሕድ ቅዳሕ/ | እቲ ቢሮ ምስ ፋይናንስ ቢሮ ብምኻን ብመምርሒ ይውሰን |
| | | |

ቅፅዒ 01

**ሰንጠረዥ <<ለ>>**

**ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቢሮ ኢንዳስትሪ፣ንግድን ትራንስፖርትን ብውልቀ ነጋዳይ ንዋና ምዝገባ ዝቐርብ ሕቶ**

_____________/ካፒታሎም ካብ ብር 5000 ንታሕቲ ንዝኾኑ/

መተሓሳሰቢ

1. ኣብዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ዝተውሃበ መግለፅን መረዳእታን ሓሶት /ዘይሓቂ/ ኮይኑ እንተደአተረኺቡ በቲ አዋጅ መሰረት ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ዘውስድ ኣብ ልዕሊ ምኻኑ ካብ ሓምሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ማእሰርቲ የቕፅፅ እዩ።
2. ኣብዚ ቅጥዒ ዝተውሃበ ቦታ ንምግላፅ እኹል እንተዘይኮይኑ ተራ ቑፅሪ ተጠቒሱ ብኻሊእ ወረቐት ተፃሒፉ ምስዚ ቅጥዒ ክተሓሓዝ ይከኣል እዩ።
3. ኣብ ንሕድሕድ ገፅ ቅጥዕን ተወሳኺ ሓበሬታታትን ኣመልካቲ ክፍርም አለዎ።

**ቐዳማይ ክፋል**
**ዝርዝር ማመልከቻ**

1. አመልካቲ
   ሀ. ሙሉእ ሽም_________________________
   ለ. ዜግነት_________________________
   ሐ. እዋን ልደት_________________________
   መ. መንበሪ ኣድራሻ፣_________________________
   ክልል_________________________
   ዞባ_________________________
   ወረዳ_________________________
   ከተማ_________________________
   ቀበሌ_________________________
   ገዛ.ቑ_________________________
   ቑፅሪ ስልኪ_________________________
2. ዕላማ ንግዲ
   _________________________________________________
   _________________________________________________
   _________________________________________________
   _________________________
3. ነቲ ንግዲ ዝወዓለ ካፒታል ብኣሃዝ___________ ብፊደል_________________
4. እቲ ዕዮ ንግዲ ብመን ተጣይሹ
   ሀ. መመልከቲ
   ለ. ካብ ካሊእ ሰብ ዝተዓደገ ___________________ ካብ መን፣ ሽም________
   ሐ. ኪራይ_________________________ ካብ መን፣ ሽም_________________

**ካልኣይ ክፋል**
**ንቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ጥራሕ**

6. መዝገብ ቤት
   ሀ. ማመልከቻ ኣታዊ ዝኾነሉ ዕለት
   ለ. ብተወሳኺ ዝተታሓሓዙ ቑፅሪ ፍሉይ ሓባሪታት
   ሐ. ናይ ተቐባሊ ሰራሕተኛ ሽም__________________________ ፊርማ_______________
   ዕለት______________________
7. ምዝገባ ሓላፊ ውሳነ
   7.1 ሕቶ ምዝገባ ተቐባልነት ኣለዎ ንካፒታል ብር
   ይኸፈሉ። ሽም______________________ ፊርማ______________________
   ዕለት_______________________

| |
|---|
| ገንዘብ<br>ብካርኒ ቑፅሪ_______________<br>ብር_________________________ ኣታዊ ኾይኑ<br>ኣሎ።<br>ሽም_____________________<br>ፊርማ_____________________ |

   7.2_________________ ሕቶ ምዝገባ ተቐባልነት የብሉን።
   ምኽንያት_____________________________________________________________
   ____________________________________________________________________
   ____________________________________________________________________
   / ደብዳቤ ንባዓል ጉዳይ ይወሃብ/
   ደብዳበ ዝተውሃበሉ ቑፅሪ_____________________ ዕለት________________
8. ምዝገባ ቑፅሪ ______________________________________________________
   ምዝገባ ዕለት______________________________________________________

www.abyssinialaw.com

ሰንጠረዥ <<ለ>>

ቅፅዒ 02

ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቢሮ ኢንዳስትሪ፣ንግድን ትራንስፖርትን ብውልቀ ነጋዳይ ንዋና ምዝገባ ወይ ከዓ ንሓፂር ምዝገባ ዝቐርብ ሕቶ ቅጥዒ/ካፒታል ካብ ብር 5000 ንላዕሊ ንዝኾኑዝቐርብ ሕቶ መተሓሳሰቢ

1. ኣብዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ዝተውሃበ መግለፅን መረዳእታን ሓሶት /ዘይሓቂ/ ኮይኑ እንተደኣተረኺቡ በቲ ኣዋጅ መሰረት ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ዘውስድ ኣብ ልዕሊ ምኻኑ ካብ ሽውዓተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ማእሰርቲ የቕፅፅ እዩ።
2. ንሓፂር ምዝገባ ናይ ዚ ቅጥዒ ተራ ቑፅሪ 4፣5፣11፣12 ምምላእ ኣየድልን።
3. ኣብቲ ቅጥዒ ዝተውሃበ ቦታ ንምግላፅ እኹል እንተዘይኾይኑ ተራ ቑፅሪ ተጠቒሱ ብኻሊእ ወረቐት ተፃሒፉ ምስቲ ቅጥዒ ክተሓሓዝ ይኽእል እዩ።
4. ኣብ ሕድ ሕድ ገፅ ቅጥዕን ተወሳኺ ሓበሬታታትን ኣመልካቲ ክፍርም ኣለዎ።

**ቐዳማይ ክፋል**

1. ዓይነት ምዝገባ________ ዋና ምዝገባ__________ ሓፂር ምዝገባ____________
2. ሽም ኣመልካቲ______________
3. ዜግነት___________________________
4. እዋን ልደት_______________________ዕለት_________ወርሒ________ ዓ/ም ________

| | | ክልል | ዞባ | ወረዳ | ከተማ | ቀበሌ | ቁ.ገ | ስ.ቁ | ፋክስ | ቑ.ፖ.ሳ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 5. | ዝተወለደሉ ቦታ | | | | | | | | | |
| 6. | መንበሪ ኣድራሻ | | | | | | | | | |
| 7 | ኣድራሻ ዋና ንግዲ ፅሕፈት | | | | | | | | | |
| 8 | ኣድራሻ ጨንፈር ወይ ከዓ ወኪል ቤት ፅሕፈት | | | | | | | | | |

9. ፅላማ ንግዲ

ዋና ዕዮ ንግዲ________________________ ጨንፈር ዕዮ ንግዲ________________________

__________________________________ _______________________________

_________________________________________________________________

_________________________________________________________________

10. ኣብቲ ዕዮ ንግዲ ዝወዓለ ካፒታል በኣሃዝ________________________________

ብፊደል__________________________

11. እቲ ዕዮ ንግዲ ብመን ተጣይሹ

______________________ ብመመልከቲ

______________________ ካብ ካብ ካሊእ ሰብ ዝተዓደገ ካብ መን___________________

______________________ ክራይ ካብ መን___________________

12. ኩነታት ኣመልካቲ

12.1 ሓዳር_________________ ኣለዎ _ የብሉን_ መርዓ ዕለት__________

12.2 ውዕሊ ሓዳር ኣሎ___ የለን_____________________ እቲ ውዕሊ ዝተቀመጠሉ ቦታ ካብ /ሽም__

______________________

12.3 ደረጃ ትምህርቲ_________________ ምፅሓፍን ምንባብን__________ ሰርትፍኬት

___________1-6 ክፍሊ _____________ ዲፕሎም

___________7-12 ክፍሊ _____________ ዲግሪ/ንላዕሊ/

12.4 ኣካለ መጠን ዘይበፅሐ እንተደኣ ኾይኑ ንግዲ ስራሕ ክሰርሕ ቤት ዘመድ ጉባኤ ዝፈቐደሉ ፅሑፍ ዝተዳለወሉ ዕለት ________ / እቲ ፅሑፍ ምስዚ ማመልከቻ ይተሓሓዝ።

13 ሰራሕተኛታት

እንተልዮም፣ ትካል/ዕዮ ንግዲ/ መካየዲ ስራሕ ሽም

ዋና ቤት ፅሕፈት

________________________________________

________________________________________

________________________________________

________________________________________

ጨንፈር ቤት ፅሕፈት________________________________

________________________________________

14 እንተልዩ ዝተመዝገበ

- ሽም ንግዲ____________________________ ምዝገባ ቑፅሪ________________

- ምልክት ንግዲ/ቅዳሕ ይተሓሓዝ/

15 ዝተውሃበ ንግዲ ስራሕ ፍቓድ

| ሀ. ፍቓድ ዓይነት | ለ. ቑፅሪ ፍቓድ | ሐ. ዝተውሃበሉ ዕለት |
|---|---|---|
| ____________ | ____________ | ____________ |
| ____________ | ____________ | ____________ |
| ____________ | ____________ | ____________ |

16 መረጋገፂ

ኣነ ኣመልካቲ ኣብዚ ቅጥዒ ዝሃብኩዎም መግለፂታት ምስዚ ዘተሓሓዝኩዎ __________ ገፅ ሓበሬታታት ብምሉኦም ሓቅን ትኽክለኛን ምዃኖም ብፊርማይ የረጋግፅ።

ሽም መመልከቲ______________________ ፊርማ____________________

ዕለት________________________________ ወርሒ ዓ.ም________________

## ካልኣይ ክፋል
## ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ጥራሕ

17 መዝገብ ቤት

ሀ. ማመልከቻ ኣታዊ ዝኾነሉ ዕለት_______________________________________________

ለ. ብተወሳኺ ዝተታሓሓዙ ቑፅሪ ፍሉይ ሓበሬታታት___________________________

ሐ. ናይ ተቐባሊ ሰራሕተኛ ሽም______________________ ፊርማ____________________

ዕለት___________________________

18 ምዝገባ ሓላፊ ውሳነ/መረጋገፂ/

18.1 ሕቶ ምዝገባ ተቐባልነት ኣለዎ ንካፒታል ብር ይኽፈሉ።

ሽም____________ ፊርማ__________________

ዕለት____________________

| |
|---|
| ገንዘብ ተሓዚ<br>ብካርኒ ቑፅሪ_____________<br>ብር______________________ ኣታዊ ኾይኑ<br>ኣሎ።<br>ሽም_____________________<br>ፊርማ___________________ |

18.2 _______________ ሕቶ ምዝገባ ተቐባልነት የብሉን ምኽንያት

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

/ ብደብዳበ ንበዓል ጉዳይ ይወሃብ/።

ደብዳበ ዝተውሃበሉ ቑፅሪ_____________ ዕለት______________ ዓ.ም

19 ምዝገባ ቑፅሪ_________________________________________

ምዝገባ ዕለት_________________________________________

www.abyssinialaw.com

# ሰንጠረዥ <<ለ>>

## ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

## ቢሮ ኢንዳስትሪ፣ንግድን ትራንስፖርትን

## ብንግዲ ማሕበራት ንዋና ምዝገባ /ሓፂር ምዝገባ/ ዝቐርብ ሕቶ

መተሓሳሰቢ

1. ኣብዚ መመልከቲ ቅጥዒ ዝተውሃበ መግለፅን መረዳእታን ሓሶት /ዘይሓቂ/ ኮይኑ እንተደኣ ተረኺቡ በቲ ኣዋጅ መሰረት ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ዘውስድ ኣብ ልዕሊ ምዃኑ ካብ ሽውዓተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ማእሰርቲ የቕፅዕ እዩ።
2. ሓፂር ምዝገባ እንትኸውን ናይ ዚ ቅጥዒ ተራ ቑፅሪ 3፣5፣7፣9፣10፣13 ምምላእ ኣየድልን።
3. ኣብቲ ቅጥዒ ዝተውሃበ ቦታ ንምግላፅ እኹል እንተዘይኾይኑ ተራ ቑፅሪ ተጠቒሱ ብኻሊእ ወረቐት ተፃሒፉ ምስቲ ቅጥዒ ክተሓሓዝ ይኽእል እዩ።
4. ኣብ ሕድ ሕድ ገፅ ቅጥዕን ንተወሳኺ ሓበሬታታት ኣመልካቲ ክፍርም ኣለዎ።

### ቐዳማይ ክፋል

**ዝርዝር ማመልከቻ**

1. ዓይነት ምዝገባ________ ዋና ምዝገባ__________ ሓፂር ምዝገባ________________
   ቑፅሪ ዋና ምዝገባ______________
2. ሽምማሕበር________________________________
3. ዓይነት ማሕበር_______________ ኣክስዮን ማሕበር_____________ ሕብረት ሽርክና ማሕበር_
   ____________________ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቀ ማሕበር ___________________________
   ሕብረት ስራሕ ማሕበር ካሊእ ይጠቐስ

| 4 | ኣድራሻ | ክልል | ዞባ | ወረዳ | ከተማ | ቀበሌ | ቁ.ገ | ስ.ቁ | ፋክስ | ቑ.ፖ.ሳ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 4.1 | ዋና ቤት ፅሕፈት | | | | | | | | | |
| 4.2 | ጨንፈር ቤት ፅሕፈት | | | | | | | | | |

5. ማሕበርተኛታት

| ተ.ቁ | ሽም | ዜግነት | ኣድራሻ ውፅኢት /ብር/ ንሽርክና ማሕበር | ዝሓዞ ኣክስዮን መጠን | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | ዝተፈረመ | ዝተረፈ | ድምር |
| 1 | | | | | | |
| 2 | | | | | | |
| 3 | | | | | | |
| 4 | | | | | | |
| 5 | | | | | | |

ጠቕላላ ካፒታል ብር________________________________

6. ኣክስዮን በዝሒ_______________________ ንሓደ ዋጋ___________________
7. ብዓይነት ዝተገበሩ ውፅኢታት
   ሀ. ግልጋሎት ዓይነት
   ________________________________________________________________________
   ________________________________________________________________________
   ________________________________________________________________________
   ________________________________________________________________________
   ለ. ብምንታይ ዋጋ ከምዝተሓሰቡ___________________________________________________
   ሐ. በዝሒ ኣክስዮን_______________________________________________________
8. እቲ ማሕበር ዝተጣየሸሉ ዕላማ
   ________________________________________________________________________
   ________________________________________________________________________
   ________________________________________________________________________
9. በዝሒ መመሓደርቲ/ዳይረክተራት ቦርድ/
   ________________________________________________________________________
10. ሽርክና ማሕበር እንትኸውን ሞየኦም ጥራሕ ብምውፋይ ኣባላት ንዝኾኑ ትዕቢት ዝግበረሎም ግቡእ/ ግልጋሎት/
   ________________________________________________________________________
   ________________________________________________________________________
   ________________________________________________________________________
11. ማሕበር መካየዲ/ድቲ/ ስራሕ

| ዋና ቤት ፅሕፈት | ጨንፈር ቤት ፅሕፈት |
|---|---|
| 1. ______________________ | 1. _________________________ |
| 2. ______________________ | 2. _________________________ |
| 3. ______________________ | 3. _________________________ |

12. ኦዲተራት ___________________________________________
13. እቲ ማሕበር ዝፀንሓሉ እዋን___________________________________
14. መረጋገፂ
   ኣብዚ ቅጥዒ ዝመላእኹዎን ዘተሓሓዘኩዎም ተወሰኽቲ ሓበሬታታትን _____________ ገፅ ብሙሉኦም ሓቅታት/ ትኽክለኛ/ ምዃኖም የረጋግፅ።
   ተወካሊ ማሕበር______________________ ፊርማ____________________________
   ዕለት________________________________ ወርሒ________ ዓ/ም________________

15. መዝገብ ቤት

15.1 ማመልከቻ ኣታዊ ዝኾነሉ ዕለት____________________

15.2 ሓበሬታ______________ መመስረቲ ዕሑፍ_____________ ገፅ

____________________ መመሓደሪ ደንቢ_____________ ገፅ

____________________ ጋዜጣ ምልክታ________ ገፅ

____________________ ኣክስዮን መግለፂ_____________

____________________ ኣክስዮን መግለፂ /ፕሮስፔክቱስ/________ ገፅ

____________________ ቃል እኩባት/ኣክስዮን ዝፈረሙ/________ ገፅ

____________________ ብዓይነት ዘተገበሩ ወፃኢታት___________ ገፅ

____________________ካልኦት መረዳእታታት /ይጠቐስ/________ ገፅ

ምስዚ ቅጥዒ ተተሓሒዞም ኣለው።

16 ምዝገባ ሓላፊ ውሳነ

16.1 _____________ ሕቶ ምዝገባ ተቐባልነት ኣለዎ።

ንካፒታል _______________ ብር________________ይኽፈሉ።

ሽም______________ፊርማ_______________ ዕለት_______________

| ገንዘብ ተሓዚ | |
|---|---|
| ብካርኒ ቑፅሪ_______________ | |
| ብር_______________________ | ኣታዊ ኾይኑ ኣሎ። |
| ሽም_______________________ | |
| ፊርማ_____________________ | |
| ዕለት______________________ | |

16.2 _____________ ሕቶ ምዝገባ ተቐባልነት የብሉን።

ምኽንያት________________________________________________

________________________________________________________

________________________________________________________

/ ብደብዳበ ንበዓል ጉዳይ ይወሃብ/።

ደብዳበ ዝተውሃበሉ ቑፅሪ______________ ዕለት_______________ ዓ.ም

17. ምዝገባ ቑፅሪ____________________________________________

ምዝገባ ዕለት____________________________________________

www.abyssinialaw.com

# ሰንጠረዥ <<ለ>>

## ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

## ቢሮ ኢንዳስትሪ፣ንግድን ትራንስፖርትን

## ብመንግስታዊ ልምዓት ትካላት ማሕበራት ንዋና ወይ ከዓ ሓፂር

## ምዝገባ ዝቐርብ ሕቶ

**መተሓሳሰቢ**

1. ኣብዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ዝተውሃበ መግለፅን መረዳእታን ሓሶት /ዘይሓቂ/ ኮይኑ እንተደኣተረኺቡ በቲ ኣዋጅ መሰረት ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ዘውስድ ኣብ ልዕሊ ምዃኑ ካብ ሽውዓተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ማእሰርቲ የቕፅፅ እዩ።
2. ንሓፂር ምዝገባ ናይ ዚ ቅጥዒ ተራ ቑፅሪ 2.2 ምምላእ ኣየድልን።
3. ኣብቲ ቅጥዒ ዝተውሃበ ቦታ ንምግላፅ እኹል እንተዘይኾይኑ ተራ ቑፅሪ ተጠቒሱ ብኻሊእ ወረቐት ተፃሒፉ ምስዚ ቅጥዒ ክተሓሓዝ ይኽእል።
4. ኣብ ሕድ ሕድ ገፅ ቅጥዕን ተወሳኺ ሓበሬታታትን ኣመልካቲ ክፍርም አለዎ።

### ቐዳማይ ክፋል

**ዝርዝር ማመልከቻ**

| | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ሽም ትካል | | | | | | | | | |
| 2 | ኣድራሻ | ክልል | ዞባ | ወረዳ | ከተማ | ቀበሌ | ቁ.ገ | ስ.ቁ | ፋክስ | ቑ.ፖ.ሳ |
| 2.1 | ዋና ቤት ፅሕፈት | | | | | | | | | |
| 2.2 | ጨንፈር ቤት ፅሕፈት | | | | | | | | | |

3. እንተልዩ ንቲ ትካል 3.1 ዝተፈቐደ ካፒታል ብኣሃዝ__________________________

ብፊደል____________________

3.2 ዝተኸፈለ ካፒታል ብኣሃዝ____________________________
ብፊደል________________

4. ንግዲ ስራሕ ዓይነት____________________________________________________
5. ዘርፊ ንግዲ ስራሕ______________________________________________________
6. ትካል ተቖፃፃሪ በዓል መዚ__________________________________________________

**መረጋገፂ**

ኣብዚ መመልከቻ ቅጥዒ ብተወሳኺ ዘተሓሓዘኩዎም ____________ ገፅ ውሽጢ ዘሃብኩዎም መግለፂ ብሙሉእ ትኽክለኛ ምዃኑ ብፊርማይ የረጋግፅ።

ሀ. ሽም ኣመልካቲ ___________________________ ፊርማ______________________________

ለ. ዕለት_____________________________ ዓ/

www.abyssinialaw.com

## ካልኣይ ክፋል
## ንቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ጥራሕ

7. መዝገብ ቤት

ሀ. ማመልከቻ ኣታዊ ዝኾነሉ ዕለት________________________________________

ለ. ብተወሳኺ ዝተተሓሓዙ ቑፅሪ ፍሉይ ሓበሬታታት________________________

ሐ. ናይ ተቐባሊ ሰራሕተኛ ሽም____________________ ፊርማ____________

ዕለት__________________________

8. ምዝገባ ሓላፊ ውሳነ/መረጋገፂ/

8.1 ____________ሕቶ ምዝገባ ተቐባልነት ኣለዎ ንካፒታል

ብር_________________ ይኸፍሉ።

ሽም___________ ፊርማ__________________

ዕለት____________________

ገንዘብ ተሓዚ

ብካርኒ ቑፅሪ____________

ብር___________________ ኣታዊ ኾይኑ ኣሎ።

ሽም___________________

ፊርማ__________________

ዕለት__________________

8.2 ____________ ሕቶ ምዝገባ ተቐባልነት የብሉን

ምኽንያት____________________________________________________

__________________________________________________________

__________________________________________________________

__________________________________________________________

/ ብደብዳበ ንበዓል ጉዳይ ይወሃብ/።

ደብዳበ ዝተውሃበሉ ቑፅሪ____________ ዕለት_____________ ዓ.ም

9 ምዝገባ ቑፅሪ________________________________________

ምዝገባ ዕለት_____________________________________

www.abyssinialaw.com

**ሰንጠረዥ <<ለ>>**

**ቅጥዒ 05**

**ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**

**ቢሮ ኢንዳስትሪ፣ንግድን ትራንስፖርትን**

**ንምዝገባ ለውጢ /መመሓየሺ/ ዝቐርብ ሕቶ**

**መተሓሳሰቢ**

1. ኣብዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ዝተውሃበ መግለፅን መረዳእታን ሓሶት /ዘይሓቂ/ ኮይኑ እንተደኣተረኺቡ በቲ ኣዋጅ መሰረት ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ዘውስድ ኣብ ልዕሊ ምኻኑ ካብ ሸውዓተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ማእሰርቲ የቕፅፅ እዩ።
2. ኣብቲ ቅጥዒ ዝተውሃበ ቦታ ንምግላፅ እኹል እንተዘይኾይኑ ተራ ቑፅሪ ተጠቒሱ ብኻሊእ ወረቐት ተፃሒፉ ምስዚ ቅጥዒ ክተሓሓዝ ይኽእል።
3. ኣብ ሕድ ሕድ ገፅ ቅጥዕን ተወሳኺ ሓበሬታታትን ኣመልካቲ ክፍርም አለዎ።

**ዝርዝር ማመልከቻ**

1. ሽም ኣመልካቲ__________________________________
2. ዜግነት________________________________
3. ኣድራሻ ዕዮ ንግዲ ክልል_______________ ዞባ__________ ወረዳ_________ ከተማ________ቀበሌ___ ________ ገዛ.ቑ_______________________ ስ.ቁ_________________ ፋክስ_______________________ ፖ.ሳ.ቁ_______________
4. ቑፅሪ ዋና ምዝገባ____________________________
5. ኣብ ዋና ምዝገባ ካብ ዝሰፈሩ ዝርዝራት ለውጢ ዝተገበረሎም ጉዳያት ዝርዝረ መግለፂ/

   ሀ. ____________________________________________________

   ለ.____________________________________________________

   ሐ.____________________________________________________

6. እቲ ለውጢ/ምምሕያሽ/ ዝተገበረሉ/ ተወሳኺ ሰነድ መረዳእታ እንተድልዩ መረዳእታ ወይ ከዓ ሰነድ ዓይነት /ይተሓሓዝ

   ____________________________________________________

7. ሽም ስራሕ መካየዲ

   ____________________________________________________

**መረጋገጺ**

ኣብዚ መመልከቻ ቅጥዒ ብተወሳኺ ዘተሓሓዘኩዎም ____________ ገፅ ውሽጢ ዘሃብኩዎም መግለፂ ብሙሉኡ ትኽክለኛ ምዃኑ ብፊርማይ የረጋግፅ።

ሀ. ሽም ኣመልካቲ ___________________________ ፊርማ______________________________

ለ. ___________________ዕለት__________ ዓ/ም________________

**ካልኣይ ክፋል**

8. መዝገብ ቤት

ሀ. ማመልከቻ ኣታዊ ዝኾነሉ ዕለት____________________________________________

ለ. ብተወሳኺ ዝተታሓሓዙ ቁፅሪ ፍሉይ ሓበሬታታት___________________________ምዝገባ ሓላፊ ውሳነ/መረጋገጺ/

9. ምዝገባ ሓላፊ ውሳነ

9.1 ___ሕቶ ምዝገባ ተቐባልነት ኣለዎ ብር__________ ይኸፈሉ።

ሽም______________ ፊርማ______________________

ዕለት________________________

**ገንዘብ ተሓዚ**

ብካርኒ ቁፅሪ________________

ብር________________________ ኣታዊ ኾይኑ ኣሎ።

ሽም________________________

ፊርማ______________________

ዕለት_______________________

9.2 ______________ ሕቶ ምዝገባ ተቐባልነት የብሉን

ምኽንያት

__________________________________________________________________________

____________________________________________________________________

/ ብደብዳበ ንበዓል ጉዳይ ይወሃብ/።

ደብዳበ ዝተውሃበሉ ቁፅሪ______________ ዕለት________________ ዓ.ም

10. ምዝገባ ቁፅሪ_______________________________________________

ምዝገባ ዕለ

ሰንጠረዥ <<ለ>>

**ቅጥዒ 06**

## ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

## ቢሮ ኢንዳስትሪ፣ንግድን ትራንስፖርትን

## ንግዲ ሽም ንምምዝጋብ ዝቐርብ ሕቶ

**መተሓሳሰቢ**

1. ኣብዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ዝተውሃበ መግለፅን መረዳእታን ሓሶት /ዘይሓቂ/ ኮይኑ እንተደኣተረኺቡ በቲ ኣዋጅ መሰረት ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ዘውስድ ኣብ ልዕሊ ምኳኑ ካብ ሽውዓተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ማእሰርቲ የቕፅፅ እዩ።
2. ኣብቲ ቅጥዒ ዝተውሃበ ቦታ ንምግላፅ እኹል እንተዘይኾይኑ ተራ ቁፅሪ ተጠቂሱ ብኻሊእ ወረቐት ተፃሒፉ ምስዚ ቅጥዒ ክተሓሓዝ ይኽእል።
3. ኣብ ሕድ ሕድ ገፅ ቅጥፅን ተወሳኺ ሓበሬታታትን ኣመልካቲ ክፍርም ኣለዎ።

**ዝርዝር ማመልከቻ**

1. ሽም ኣመልካቲ_________________________________
2. _____________ ውልቀ ነጋዳይ ______________ ንግዲ ማሕበር__ ካሊእ/ዓይነት ይገለፅ/_________ __________________________
3. ኣድራሻ __________________________

| | ክልል | ዞባ | ወረዳ | ከተማ | ቀበሌ | ቁ.ገ | ስ.ቁ | ፋክስ | ቁ.ፖ.ሳ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ኣድራሻ | | | | | | | | | |
| ንግዲ ኣድራሻ | | | | | | | | | |

4. ንግዲ ዘርፊ___________________________________
5. ንግዲ ስራሕ መስክ_______________________________
6. ክምዝገብ ዝተደለየ ሽም_____________________

**መረጋገፂ**

ኣብዚ መመልከቻ ቅጥዒ ብተወሳኺ ዘተሓሓዘኩዎም ___________ ገፅ ውሽጢ ዘሃብኩዎም መግለፂ ብሙሉኡ ትኽክለኛ ምኳኑ ብፊርማይ የረጋግፅ።

ሀ. ሽም ኣመልካቲ _________________________ ፊርማ____________________________

ለ. _________________ ዕለት_________ ዓ/ም_______________

**ንቤት ፅሕፈት ጥራሕ**

7. መዝገብ ቤት

ሀ. ማመልከቻ ኣታዊ ዝኾነሉ ዕለት_______________________________________

ለ. ብተወሳኺ ዝተተሓሓዙ ቁፅሪ ፍሉይ ሓበሬታታት____________________________

ሐ. ሽም ተቐባሊ_______________________________ ፊርማ _______ ዕለት_________

8. ምዝገባ ሓላፊ ውሳነ

8.1 ________ሕቶ ምዝገባ ተቐባልነት ኣለዎ። ንካፒታል ____________________

ብር_____________ ይኽፈሉ።

ሽም_________________

ፊርማ______________________

ዕለት_______________________

ገንዘብ ተሓዚ

ብካርኒ ቑፅሪ__________________

ብር_________________________ ኣታዊ ኾይኑ ኣሎ።

ሽም_________________________

ፊርማ________________________

ዕለት_________________________

8.2 ________ ሕቶ ምዝገባ ተቐባልነት የብሉን

ምኽንያት

________________________________________________________________________

________________________________________________________________________

________________________________________________________________________

/ ብደብዳበ ንበዓል ጉዳይ ይወሃብ/።

ደብዳበ ዝተውሃበሉ ቑፅሪ______________ ዕለት________________ ዓ.ም

9 ምዝገባ ቑፅሪ________________________________________________

10 ምዝገባ ዕለት________________________________________________

www.abyssinialaw.com

## ሰንጠረዥ <<ለ>>

**ቅጥዒ** 07

### ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
### ቢሮ ኢንዳስትሪ፣ንግድን ትራንስፖርትን
### ዋና ምዝገባ ሰርትፍኬት

1. ሽም________________________________________
2. ኣድራሻ ዕዮ ንግዲ

   ክልል________________________ ገዛ.ቁ ______________________
   ዞባ__________________________ ስልኪ ቁ_________________
   ወረዳ________________________ ፋክስ ______________________
   ከተማ________________________ ፖ.ሳ.ቁ_________________
   ቀበሌ________________________

3. ካፒታል ብኣሃዝ______________________/ብፊደል________________
4. ኣብ ላዕሊ ኣብ ዝተረቑሐ ኣድራሻ ብ_____________________ ዕዮ ንግዲ ዝተዋፈረ ብምዝገባ ቑፅሪ ____________________________ ዝተመዝገበ ምዃኑ ነረጋግፅ።

   እዚ ምዝገባ ሰርትፍኬት ሎሚ______________ ዕለት_____________ ዓ/ም
   ኣብ ከተማ _________ ተዋሂቡ።

   ሽም ጠርናፊ____________________
   ፊርማ________________________
   ክታም

መተሓሳሰቢ

ኣብዚ ሰርትፍኬት ዝተመዝገበ ዝርዝር እንትመሓየሽ ወይ ከዓ እንትልወጥ ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ እዚ ሰርትፍኬት ክስተኻኸል ኣለዎ።

www.abyssinialaw.com

**ሰንጠረዥ <<ለ>>**

**ቅጥዒ** 08

**ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**
**ቢሮ ኢንዳስትሪ፣ንግድን ትራንስፖርትን**
**ሓፂር ምዝገባ ሰርትፍኬት**

ሽም ንግዲ ምዝገባ______________________
ዋና ምዝገባ ቁፅሪ________________________
ንግዲ ስራሕ ፍቃድ ቁፅሪ__________________

1. ሽም______________________________________________
2. ኣድራሻ ፅዮ ንግዲ

ክልል__________________________ ገዛ.ቑ ________________________
ዞባ____________________________ ስልኪ ቁ_____________________
ወረዳ___________________________ ፋክስ ________________________
ከተማ___________________________ ፖ.ሳ.ቑ_____________________
ቀበሌ___________________________

3. ኣብ ላዕሊ ኣብ ዝተረቑሐ ፅዮ ንግዲ ዝሰርሕ ነጋዳይ
4. ኣብ________________ ክልል ________ዞባ____________ ወረዳ_________ ከተማ_________ ቀበሌ _
_____________ ገዛ.ቑ_________ ተዋሂብዎ ዝተመዝገበ ምኻኑ ነረጋግፅ።
እዚ ሓፂር ምዝገባ ሰርትፍኬት ሎሚ__________________ ዕለት______________ ዓ/ም
ኣብ ከተማ __________ ተዋሂቡ።

ሽም ጠርናፊ______________________
ፊርማ___________________________ክታም

መተሓሳሰቢ

- ናይዚ ሰርትፈኬት ግለጋሎት እዋን ናይቲ ዋና ምዝገባ ሰርትፈኬት ሕጋዊነት ፀኒዑ ክሳብ ዝፀንሕ ጥራሕ እዩ።
- ኣብ ልዕሊ'ቲ ዋና ቤት ፅዮ ወይ ከዓ ጨንፈር ቤት ፅዮ ዝተውሃበ ዝርዝር እንትመሓየሽ ወይ ከዓ እንትልወጥ እዚ ሰርተፍኬት ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ውሽጢ ክስተኻኸል ኣለዎ።

www.abyssinialaw.com

## ሰንጠረዥ <<ለ>>

**ቅጥዒ** 09

**ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**
**ቢሮ ኢንዳስትሪ፣ንግድን ትራንስፖርትን**

ንግዲ ምዝገባ ቑፅሪ________________________
ንግዲ ስራሕ ፍቓድ ቑፅሪ___________

**ሽም ንግዲ ምዝገባ ሰርትፊኬት**

1. ሽም____________________________________________________
2. ንግዲ ስራሕ ዓይነት______________________________________
3. ንግዲ ስራሕ መስከ_______________________________________
4. ንግዲ ትካል ኣድራሻ

   ክልል______________________________ ገዛ.ቑ ______________________________
   ዞባ_________________________________ ስልኪ ቁ______________________
   ወረዳ_______________________________ ፋክስ ______________________________
   ከተማ_______________________________ ፖ.ሳ.ቑ_______________________
   ቀበሌ_______________________________
5. ሽም ንግዲ___________________________________
6. ኣብ ሳዕሊ ዝተረቖሐ ናይ ንግዲ ሽም ብ__________________ ጋዜጣ ________ ዕለት_________________ ዓ/ም ብ___________________ ዓመት ቑፅሪ _________________ ተሓቲሙ ካብ _______________ ክሳብ _ ______________________ ኣብ ዘሎ 30 መዓልታት ውሽጢ ተቓውሞ ብዘይምቕራቡ ሽም ንግዲ ኣመልካቲ ዝተመዝገበ ምዃኑ ነረጋግፅ።

   እዚ ሽም ንግዲ ምዝገባ ሰርትፍኬት ሎሚ________________ ዕለት_________________ ዓ/ም ኣብ ከተማ ____________ ተዋሂቡ።

   ሽም ጠርናፊ__________________________
   ፊርማ________________________________
   ክታም________________________________

**መተሓሳሰቢ**

- እዚ ሽም ንግዲ እንትልወጥ ወይ ከዓ እንትመሓየሽ እዚ ሰርትፍኬት ኣብ ውሽጢ 2ተ ወርሒ ክስተኻኸል ኣለዎ።

www.abyssinialaw.com

## ሰንጠረዥ <<ሐ>>
## ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
## ቢሮ ኢንዳስትሪ፣ንግድን ትራንስፖርትን
## ንግዲ ስራሕ ፍቓድ ንምውሳድ ዝቐርብ ሕቶ

**ቅጥዒ 10**

**መተሓሳሰቢ**

1. ኣብዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ዝተውሃበ መግለፅን መረዳእታን ሓሶት /ዘይሓቂ/ ኮይኑ እንተደኣተረኺቡ በቲ ኣዋጅ መሰረት ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ዘውስድ ኣብ ልዕሊ ምኻኑ ካብ ሸውዓተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ማእሰርቲ የቕፅዕ እዩ።
2. እዚ ቅጥዒ ንዓመታዊ ንግዲ ስራሕ ፍቓድ ሕድሳትን ንግዲ ትካል ንምትሕልላፍ ሕቶ እውን የገልግል እዩ።
3. ንግዲ ስራሕ ፍቓድ ንምውሳድ ክማልኡ ዝግብኦም ረቛሒታት ብዝምልከት ከምኣድላይነት ምስዚ ቅጥዒ ብክፍሊት ምርካብ ይካኣል እዩ።
4. ኣብዚ ቅጥዒ ዝተውሃበ ቦታ ንምግላፅ እኹል እንተዘይኾይኑ ተራ ቑፅሪ ተጠቒሱ ብኻሊእ ወረቐት ተፃሒፉ ምስዚ ቅጥዒ ክተሓሓዝ ይከኣል እዩ።
5. ኣመልካቲ ኣብ ሕድ ሕድ ገፅ ቅጥዕን ተወሳኺ ሓበሬታታትን ክፍርም ኣለዎ።

### ቀዳማይ ክፉል

**ዝርዝር ማመልከቻ**

1. ሽም____________________________________________
2. ዜግነት__________________________________________
3. ሕጋዊ ሰብነት____________________________ ውልቀ ነጋዳይ______________
   ካሊእ________________ ዓይነትይገለፅ______________________
4. ኣድራሻ እቲ ትካል_____________________________________________________________
   ክልል_____________ ዞባ__________ ወረዳ________ከተማ________________ቀበሌ___ገዛ.ቑ
   _____________ ስልኪ ቁ_____________ፋክስ _____________ፖ.ሳ.ቑ_______
5. እንተሃልዩ ኣድራሻ ጨንፈር ቤት ሕፅፈት
   ኣብ ውሽጢ ዓዲ
   ክልል_____________ ዞባ__________ ወረዳ________ከተማ________________ቀበሌ___ገዛ.ቑ
   _____________ ስልኪ ቁ_____________ፋክስ _____________ፖ.ሳ.ቑ_______
   ካብ ኢትዮጵያ ወፃኢ___________________________________________________________
   ________________________________________________________________
6. ንግዲ ስራሕ መስክ___________________________________________________________
7. ጠቕላላ ካፒታል እቲ ትካል ብኣሃዝ__________________ በፊደል______________
   - ዝተፈረመ ካፒታል_________
   - ዝተኸፈለ ካፒታል_________
   - ብፅሕፈት ኢትዮጵያዊያን___
   - ብፅሕፈት ደቂ ወፃኢ________
8. ሰራሕተኛታት

8.1 መካየዲ ስራሕ እቲ ትካል ዋና ቤት ፅሕፈት________________
ጨንፈር ቤት ፅሕፈት________________
____________________
____________________
______________

www.abyssinialaw.com

ኣድራሻ ክልል_____________ ገዛ.ቑ ____________________
ዞባ_______________________ ስልኪ ቁ______________
ወረዳ_____________ ፋክስ ____________________
ከተማ____________________ ፖ.ሳ.ቑ______________
ቀበሌ____________________

8.2 ካልኦት ሰራሕተኛታት

| ሙያ | በዝሒ | | ማእኸላይ ወርሓዊ መሃያ |
|---|---|---|---|
| | ተባ | ኣን | |
| - ኤክስፐርት | | | |
| - ፐርሰኔል/ምምሕ | | | |
| - ሽይጣት/ዕዳጋ | | | |
| - ሒሳብ | | | |
| - ፅሕፈት ስራሕ/ሴክሬታሪ/ቴክንሻን | | | |
| - ካልኦት | | | |

9 ንዝተሓተተ ንግዲ ስራሕ ፍቓድ ከማልኡ ዝግበኦም ረቛሒታት መሰረት ብምግባር ብመመልከቲ ምስዚ ማመልከቻ ተታሓሒዞም ዝቐረቡ ዓይነት መረዳእታታትን ነቲ መረዳእታ ዝሃቡ ኣብያተ ፅሕፈታት ሽም ዝርዝር

________________________________________
________________________________________
________________________________________
________________________________________

መረጋገፂ
እዚ ማመልከቻ ቅጥዕን ብተወሳኺ ዘተሓሐዝኩዎም ____________________ ገፅ ውሽጢ ዝሃብኩዎ መግለፂ ብምልኡ ትኽክለኛ ምዃኑ ብፊርማይ የረጋግፅ።

ሀ. ሽም መመልከቲ ______________________ ፊርማ____________________

ለ. ____________________________ዕለት___________________________ ዓ/ም

ካልኣይ ክፋል

10 መዝገብ ቤት
ሀ. ማመልከቻ ኣታዊ ዝኾነሉ ዕለት________________________________________
ለ. ብተወሳኺ ዝተተሓሓዙ ቑፅሪ ፍሉይ ሓበሬታታት__________________________
ሐ. ሽም ተቐባሊ____________________________ ፊርማ _______ ዕለት________

11 ናይ ፍቓድ ሓላፊ ውሳነ
11.1 ሕቶ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ ተቀባልነት
____________ ኣለዎ ንካፒታት_____________ ብር__________ይኽፍሉ
ሽም__________________ ፈረማ______________ ዕለት____________________ ዓ/ም

www.abyssinialaw.com

| |
|---|
| ገንዘብ ተሓዚ<br>ብካርኒ ቑፅሪ_____________<br>ብር_____________________ ኣታዊ ኾይኑ ኣሎ።<br>ሽም___________________<br>ፊርማ__________________<br>ዕለት___________________ |

11.2 ________________ ሕቶ ንግዲ ሰራሕ ፍቓድ ተቐባልነት የብሉን።

ምኽንያት

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

/ደብዳበ ንበዓለ ጉዳይ ይወሃብ/

ደብዳበ ዝተውሃበሉ ቑፅሪ_______________

ዕለት____________________

12 ንግዲ ስራሕ ፍቓድ ቑፅሪ_____________________________

ንግዲ ምዝገባ ቑፅሪ_________________________________

**ሰንጠረዥ <<ሐ>>**

**ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**

**ቢሮ ኢንዳስትሪ፣ንግድን ትራንስፖርትን**

***ኢንዱስትሪ፣ ብሆቴል፣ብትምህርቲ ተቋም፣ ብጥዕና ግልጋሎት፣ ብሕርሻ ልምዓትን ዝተገበረ ምስፍሕፋሕ ወይ ምምሕያሽ ስራሕ ምህርቲ ንምምራት ወይ ከዓ ግልጋሎት ንምሃብ ዝቐርብ ሕቶ መተሓሳሰቢ***

1. ኣብዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ዝተውሃበ መግለፅን መረዳእታን ሓሶት /ዘይሓቂ/ ኮይኑ እንተደኣተረኺቡ በቲ ኣዋጅ መሰረት ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ዘውስድ ኣብ ልዕሊ ምኻኑ ካብ ሸውዓተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ማእሰርቲ የቕፅዕ እዩ።
2. ንግዲ ስራሕ ፍቓድ ከማልኡ ዝግብኦም ረቛሒታት ከምኣድላይነቱ ምስ ማመልከቻ ቅጥዒ ብክፍሊት ክርከብ ይኣል እዩ።
3. ኣብዚ ቅጥዒ ዝተውሃበ ቦታ ንምግላፅ እኹል እንተዘይኾይኑ ተራ ቑፅሪ ተጠቒሱ ብኻሊእ ወረቐት ተፃሒፉ ምስዚ ቅጥዒ ክተሓሓዝ ይከኣል እዩ።
4. ኣመልካቲ ኣብ ሕድ ሕድ ገፅ ቅጥዕን ተወሳኺ ሓበሬታታትን ክፍርም ኣለዎ።

**ቀዳማይ ክፋል**

**ዝርዝር ማመልከቻ**

1. ሽም_________________________________
2. ዜግነት_______________________________
3. ሕጋዊ ደውታ

   __________________ ውልቀ ነጋዳይ

   _____________ካሊእ ዓይነትይገለፅ__________________

4. ኣድራሻ ትካል______________

| | |
|---|---|
| ክልል_________ | ቀበሌ_______________ |
| ዞባ__________ | ገዛ.ቑ _____________ |
| ወረዳ______________ | ስልኪ ቁ_______ |
| ከተማ______________ | ፋክስ _____________ |
| | ፖ.ሳ.ቑ_______ |

5. ዝተጣየሸ ንግዲ ስራሕ መስክ_________________________

6. ዕላማ ምስፍሕፋሕ/ምምሕያሽ/ ዓይነት ለውጢ ይገለፅ/
    - ሓዱሽ ምህርቲ ንምምራት______________________________
    - ሓዱሽ ግልጋሎት ንምሃብ______________________________
    - ንቲ ዝነበረ ንምዕባይ__________________________________
    - ካሊእ__________________________________________________
7. ተወሳኺ ሓይሊ ሰብ
   ተባ_____________________ ኣን_____________________ ድምር__________________________
8. ንምስፍሕፋሕ/ንምምሕያሽ/ ዝሓቶ ተወሳኺ ካፒታል
   ብኣሃዝ_________________ በፊደል_________________

www.abyssinialaw.com

9. ንዝተሓተተ ምስፍሕፋሕ/ምምሕያሽ ፍቓድ ክግልእ ዝግብኦም ረቛሒታት መሰረት ብምግባር ብመመልከቲ ምስዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ተታሓሒዞም ዝቐረቡ መረዳእታታትን ነቶም መረዳእታታት ዝሃቡ ኣብያተ ዕሕፈታት ሽም

**ዝርዝር**

______________________________

______________________________

______________________________

______________________________

**መረጋገፂ**

ኣብዚ ቕጥዒ ዝመላእኹዎም ዘተሓሐዝኩዎም ተወሰኽቲ ሓበሬታታት ገፅ ብምሉኦም ትኽክለኛ ምዃኖም ብፌርማይ የረጋግፅ።

ሽም መመልከቲ______________ ፌርማ______________

ዕለት______________ ዓ/ም______________

**ካልኣይ ክፋል**

10. መዝገብ ቤት

ሀ. ማመልከቻ ኣታዊ ዝኾነሉ ዕለት______________

ለ. ብተወሳኺ ዝተተሓሓዙ ሓበሬታታት ገፅ______________

ሐ. ናይ ተቐባሊ ሰራሕተኛ ሽም______________ ፌርማ ______________ ዕለት______________

11. ውሳነ ሓላፊ ፍቓድ

ሀ. ሕቶ ንምምራት/ግሊጋሎት ንምሃብ ተቀባልነት

______________ ተቐባልነት ኣለዎ ንካፒታት______________ ብር______________ይኸፍሉ

ሽም______________ ፌርማ______________ ዕለት______________ ዓ/ም

| ገንዘብ ተሓዚ | |
|---|---|
| ብካርኒ ቑፅሪ______________ | |
| ብር______________ | ኣታዊ ኾይኑ ኣሎ። |
| ሽም______________ | |
| ፌርማ______________ | |
| ዕለት______________ | |

ለ. ሕቶ ንምምራት/ግሊጋሎት ንምሃብ ተቀባልነት የብሉን።

ምኽንያት

______________________________

______________________________

______________________________

______________________________

/ደብዳበ ንበዓል ጉዳይ ይወሃብ/

ደብዳበ ዝተውሃበሉ ቑፅሪ______________

ዕለት______________

12. ቑፅሪ ጊዜያዊ ፍቓድ______________

**ሰንጠረዥ <<ሐ>>**

**ቅጥዒ 03**

**ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**

**ቢሮ ኢንዳስትሪ፣ንግድን ትራንስፖርትን**

**ኢንዱስትሪ፣ ብሆቴል፣ብትምህርቲ ተቋም፣ ብጥዕና ግልጋሎት፣ ብሕርሻ ልምዓት መስክ ሓዱሽ ንግዲ ስራሕ ንምጥያሽ ወይ ከዓ ምስፍሕፋሕ / ምምሕያሽ ጊዚያዊ ፍቃድ ንምርካብ ዝቐርብ ሕቶ መተሓሳሰቢ**

1. ኣብዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ዝተውሃበ መግለፅን መረዳእታን ሓሶት /ዘይሓቂ/ ኮይኑ እንተደኣተረኺቡ በቲ ኣዋጅ መሰረት ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ዘውስድ ኣብ ልዕሊ ምኻኑ ካብ ሽውዓተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ማእሰርቲ የቕፅዕ እዩ።
2. ንጊዜዊ ፍቓድ ከማልኡ ዝግብኦም ረቓሒታት ከምኣድላይነቱ ምስ ማመልከቻ ቅጥዒ ብክፍሊት ክርከብ ይኣል እዩ።
3. ኣብዚ ቅጥዒ ዝተውሃበ ቦታ ንምግላፅ እኹል እንተዘይኾይኑ ተራ ቑፅሪ ተጠቒሱ ብኻሊእ ወረቐት ተፃሒፉ ምስዚ ቅጥዒ ክተሓሓዝ ይከኣል እዩ።
4. ኣመልካቲ ኣብ ሕድ ሕድ ገፅ ቅጥዕን ተወሳኺ ሓበሬታታትን ክፍርም አለዎ።

**ቀዳማይ ክፋል**

**ዝርዝር ማመልከቻ**

1. ሽም________________________________________
2. ዜግነት______________________________________
3. ሕጋዊ ደውታ

   ___________________ ውልቀ ነጋዳይ

   _____________ካሊእ ዓይነት ይገለፅ________________________
4. ኣድራሻ ትካል_______________

| | |
|---|---|
| ክልል_________ | ቀበሌ_______________ |
| ዞባ___________ | ገዛ.ቑ _____________ |
| ወረዳ_______________ | ስልኪ ቁ_______ |
| ከተማ_______________ | ፋክስ _____________ |
| | ፖ.ሳ.ቑ_______ |

5. እቲ ዕዮ ንግዲ ክጣየሽ ዝተሓሰበሉ ቦታን ኣድራሻን

   ክልል_______________

   ዞባ_________________

   ወረዳ_______________

   ከተማ_______________

   ገጠር_______________
6. ምህርቲ/ ግልጋሎት/ ዓይነት

   ________________________________________________________________

   ________________________________________________________________

   ____________

7. ኣብ ስራሕ ክውዕል ዝተሓሰበ/ዝተተለመ/ ካፒታል

   ብኣሃዝ__________________ ብፊደል____________
8. እቲ ትካል ምምራት/ግልጋሎት/ ምሃብ ምስ ጀመረ ክህልዎ ዝኽእል ሓይሊ ሰብ

   ተባ_______________ ኣን_______________ ድምር______________
9. ዝተሓተተ ጊዜያዊ ፍቓድ ክማልኡ ግዝብኦም ረቓሒታት መሰረት ብምግባር ምስዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ተተሓሒዞም ዝቐረቡ መረዳእታታትን ዝሃቡ ኣብያተ ፅሕፈታት ሽም ዝርዝር

__________________________________________________

______ ____________________________________________

______________ ________________________________________________
_____________________ _________________________________________
____________________________

**መረጋገፂ**

ኣብዚ ቕጥዒ ዝመላእኹዎም ዘተሓሓዝኩዎም ተወሰኽቲ ሓበሬታታት ገፅ ብምሉኦም ትኽክለኛ ምዃኖም ብፊርማይ የረጋግፅ።

ሽም መመልከቲ______________________ ፊርማ_______________

ዕለት______________________________________ ዓ/ም________________

**ካልኣይ ክፋል**

10 .መዝገብ ቤት

ሀ. ማመልከቻ ኣታዊ ዝኾነሉ ዕለት__________________________________________
___

ለ. ብተወሳኺ ዝተተሓሓዙ ሓበሬታታት ገፅ_____________________________

ሐ. ናይ ተቐባሊ ሰራሕተኛ ሽም_________ ፊርማ ________ ዕለት_________

11 ውሳነ ሓላፊ ፍቓድ

ሀ. ሕቶ ንምምራት/ግልጋሎት ንምሃብ ተቀባልነት

__________ ተቐባልነት ኣለዎ ንካፒታል__________ ብር_________________ይኽፍሉ

ሽም____________________ ፈረማ_______________ ዕለት_______________________ ዓ/ም

| ገንዘብ ተሓዚ | |
|---|---|
| ብካርኒ ቑፅሪ_______________ | |
| ብር________________________ | ኣታዊ ኾይኑ ኣሎ። |
| ሽም________________________ | |
| ፊርማ______________________ | |
| ዕለት_______________________ | |

ለ. ሕቶ ንምምራት/ግልጋሎት ንምሃብ ተቀባልነት የብሉን።

ምኽንያት

______________________________________________________________________
________________________________________________________

/ደብዳበ ንበዓል ጉዳይ ይወሃብ/

ደብዳበ ዝተውሃበሉ ቑፅሪ_________________

ዕለት________________________

2. ጊዜያ ፍቓድ ቑፅሪ______________________________

ዕለት______________________________

www.abyssinialaw.com

## ሰንጠረዥ <<ሐ>>

ቅጥዒ 04

### ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
### ቢሮ ኢንዱስትሪ፣ንግድን ትራንስፖርትን

ን/መ/ቑፅሪ_______________________

ን/ስ/ፍ/ቑ___________________

ፍቓድ ዝተውሃበሉ ዕለት_______

_________________________ ንግዲ ስራሕ ፍቓድ

1. ሽም በዓል ፈቓድ_______________________________
2. ዜግነት______________________________________
3. ንግዲ ሽም /እንተልዩ/_____________________

ኣድራሻ እቲ ትካል

ክልል_______________ዞባ__________ወረዳ_______________ከተማ_______________

ቀበሌ_______________ገዛ.ቑ_________ስልኪ ቁ_______ፋክስ _____________

ፖ.ሳ.ቑ_______

4. ንግዲ ስራሕ መስክ____________________________________
5. ካፒታል____________________ ብኣሃዝ_____________ ብፊደል_______

ሽም ጠርናፊ______________________

ፊርማ____________________________

ክታም____________________________

ሕድሳት

| | | | |
|---|---|---|---|
| ን___________ ዓ/ም<br>ተሓዲሱ ኣሎ<br>ሽም<br>ጠርናፊ________<br>ፊርማ_______________<br>ክታም_______________ | ን___________ ዓ/ም<br>ተሓዲሱ ኣሎ<br>ሽም<br>ጠርናፊ________<br>ፊርማ_______________<br>ክታም_______________ | ን___________ ዓ/ም<br>ተሓዲሱ ኣሎ<br>ሽም<br>ጠርናፊ________<br>ፊርማ_______________<br>ክታም_______________ | ን___________ ዓ/ም<br>ተሓዲሱ ኣሎ<br>ሽም<br>ጠርናፊ_<br>ፊርማ_________<br>ክታም_________ |

መተሓሳሰቢ

እዚ ፍቓድ በቲ ሕጊ መሰረት በቢበጀት ዓመቱ ክሕደስ ኣለዎ።

# ሰንጠረዥ <<ሐ>>

ቅጥዒ 05

## ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
## ቢሮ ኢንዳስትሪ፣ንግድን ትራንስፖርትን

ን/መ/ቑፅሪ________________________

ን/ስ/ፍ/ቑ____________________

ፍቓድ ዝተውሃበሉ ዕለት_________

## ጊዜያዊ ንግዲ ስራሕ ፍቓድ

1. ሽም በዓል ፍቓድ______________________________
2. ኣድራሻ በዓል ፍቓድ ክልል_________________ዞባ__________ወረዳ_________ከተማ__ ______
   ቀበሌ_______________ገዛ.ቑ_________ስልኪ ቁ_______ፋክስ _____________ ፖ.ሳ.ቑ_
3. ንግዲ ስራሕ ዘርፊ___________________________________
4. ንግዲ ስራሕ መስክ___________________________________
5. እቲ ትካል ዝተጣየሸሉ ቦታ
   ኣድራሻ፡- ዞባ_________ወረዳ_______________ከተማ______________
   ቀበሌ_______________ገዛ.ቑ_________ስልኪ ቁ_______ፋክስ _____________
   ፖ.ሳ.ቑ_______
6. እዚ ፍቓድ ዝተወሃበሉ ዕላማ ንግዲ ስራሕ ህንፀት ንምክያድን ንምጥንቓቕን እንተኸውን በዚ ፍቓድ ንዕዳጋ ዝኸውን ምህርቲ ምምራት ወይ ከዓ ግልጋሎት ምሃብ ክልኩል እዩ።
   ሽም ጠርናፊ______________________
   ፊርማ___________________________
7. ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ህንፀት እቲ ንግዲ ስራሕ እንተተወዲኡ እዚ ፍቓድ ብቢዓመቱ ክሕደስ ኣለዎ።

| | | | |
|---|---|---|---|
| ን___________ ዓ/ም<br>ተሓዲሱ ኣሎ<br>ሽም<br>ጠርናፊ________<br>ፊርማ________________ | ን___________ ዓ/ም<br>ተሓዲሱ ኣሎ<br>ሽም<br>ጠርናፊ________<br>ፊርማ________________ | ን___________ ዓ/ም<br>ተሓዲሱ ኣሎ<br>ሽም<br>ጠርናፊ________<br>ፊርማ________________ | ን___________ ዓ/ም<br>ተሓዲሱ ኣሎ<br>ሽም<br>ጠርናፊ_<br>ፊርማ_________ |

መተሓሳሰቢ

እቲ ህንፀት ተወዲኡ ምህርቲ ምምራት ወይ ከዓ ግልጋሎት ምሃብ ኣብ ዝበፅሓሉ ደረጃ ቀዋሚ ንግዲ ስራሕ ፍቓድ ምውፃእ የድሊ እዩ።

# ዘርፊ ስራሕቲ ንግዲ

1. ኢንዱስትሪን ኢደ ጥበብን ፍርያት /ጠቅላላ ንግዲ ስራሕቲ / ወይ ከዓ ብችርቻሮ ምሻጥ * ባህሪያት ንግዲ ምስ ዝኾነ ዓይነት ኣቕሓ ዘይሕወስ እንተዘይኾይኑ ሰብ ሃፍቲ ንዝመረፅዎም ንግዲ ስራሕ ዘርፊ ይጥቀስ።
2. ችርቻሮ ንግዲ
    - 2.1 ፋርማሲ ንግዲ
    - 2.2 እንስሳት መድሓኒት ንግዲ
    - 2.3 ፀረ ባልዕ መድሓኒት ንግዲ
    - 2.4 ተሽከርከርቲ ዝተፈላለዩ ዘይትን ቅብኣትን ንግዲ
    - 2.5 ብበርሚል ነዳድን ውፅኢት ነዳድን ንግዲ
    - 2.6 ቡታጋዝ ንግዲ
    - 2.7 ናፍጣ ፃዕዳ ላምባ ንግዲ
    - 2.8 ቡን ቖሪኻ ጢሒንካ ምሻጥ
3. ሕርሻ/ደን/ ውፅኢት ንግዲ
   ሰብ ሃፍቲ ዝመርፅዎም ንግዲ ዘርፊ ይጥቀስ
4. ኮንስትራክሽን ስራሕ ግልጋሎት ንግዲ
| 10 | 01/711/01/08 | መሊስካ ምጥያሽ መስተ ማይ | 500,000 | | | 500,000 |
| | 01/740/00/00 | ኢንድስትሪ | 220,000 | | | 220,000 |
| | 01/741/00/00 | ዓበይትን ማእኸለዎትን ኢንዳስትሪ | 220,000 | | | 220,000 |
| | 01/741/11/00 | ዝተፈላለዩ ግሊጋሎትን መፅናዕቲ | 220,000 | | | 220,000 |
| 11 | 01/741/11/01 | ምድላው መፅናዕቲ ፕሮጀክት ሓሳባትን መረፃን | 220,000 | | | 220,000 |
| | 01/760/00/00 | ስራሕቲ መንገዲ | 7,830,634 | | | 7,830,634 |
| | *01/761/00/00* | ብሓይሊ ሰብ ዝሰርሑ | 7,830,634 | | | 7,830,634 |
| | 01/761/03/00 | መነገዲ ገፀር | 7,830,634 | | | 7,830,634 |
| 12 | 01/761/03/03 | ዓብይ ዓዲ ሰቆጣ | 333,560 | | | 333,560 |
| 13 | *01/761/03/06* | ባዕኸር ዓዲ ረመፅ | 1073824 | | | 1073824 |
| 14 | *03/761/03/06* | ዓብይ ዓዲ- ሰቆጣ | 727,341 | | | 727341 |
| 15 | *01/761/03/06* | ሰቆጣ -ዓብይ ዓዲ | 1000,000 | | | 1000,000 |
| 16 | 01/761/03/1 1 | ማይ ፀብሪ -ዲማ | 500,000 | | | 500,000 |
| 17 | 01/761/03/12 | ፍላፍል -ነበለት ሓውዜን | 500,000 | | | 500,000 |
| 18 | *011761/03/13* | ዓዲ ሽሁ- ዲላ | 414,555 | | | 414,555 |
| 19 | 01/761/03/14 | ጨርጨር - ኣላማጣ ባላ | 324,180 | | | 324,180 |

| ተቁ | በጀትመፈለጢቑፅሪ | ዘርፊ፣ኣርእስቲ፣ንኡስኣርእስቲፕሮጀክት | ካብመንግስቲግምጃቤት | ካብወፃኢ.ዓዲልቓሕ | ካብወፃኢ.ዓዲሓገዝ | ድምር |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 20 | 01/761/03/16 | እንዳስላሰደጀና/መዕናዕቲመንገዲ | 600,000 | | | 600,000 |
| 21 | 01/761/03/19 | ማርያምሽዊቶኣሕስኣ | 500,000 | | | 500,000 |
| 22 | 01/761/03/20 | መሊስካምጥያሽመንገዲ/ውቅሮኣፅቢ | 500,000 | | | 500,000 |
| 23 | 01/761/03/21 | ካዛ-ፀገዴ | 1,357,175 | | | 1,357,175 |
| | 01/780/00/00 | መጋዓዝያንመራኽብን | 282,000 | | | 282,000 |
| | 01/781/00/00 | መጓዓዝያ | 282,000 | | | 282,000 |
| | 01/781/02/00 | መንገዲመጓዓዝያ | 282,000 | | | 282,000 |
| 24 | 01/781/02/01 | መቐለመዕረፊኣውቶቡስ | 282,000 | | | 282,000 |
| | 01/800/00/00 | ሶሻልልምዓት | 18,134,002 | 21,800,000 | 15,700,000 | 55,634,002 |
| | 01/810/00/00 | ትህምርቲ | 7,972,112 | 15,800,000 | 9,IM,000 | 32,872,112 |
| | 01/811/00/00 | ኣጠቓላሊትምህርቲ | 7,972,112 | 15,800,000 | 9,100,000 | 32,872,112 |
| | 01/811/01/00 | ቀዳማይብርኪቤትትምህርቲ | 2,904,089 | 15,800,000 | 9,100,000 | 27,804,089 |
| 25 | 01/811/01/05 | ህንፀት 1ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ /1-4/ ነባርIDA | 596,820 o | 8,300,000 | | 8,896,820 |
| 26 | 01/811/01/06 | ደረጃምዕባይ 1ይብርኪቤትትምህርቲ 5-8 ነባር IDA | 440,474 | 7,500,000 | | 7,940,474 |
| 27 | 01/811/01/07 | ህንፀት 1ይብርኪቤትትምህርቲ 1-4 ሓዲስ IDA | 498,036 | | | 498,036 |
| 28 | 01/811/01/80 | ደረጃምዕባይ 1ይብርኪቤትትምህርቲ 5-8 ሓዲስIDA | 464,121 | | | 464,121 |
| 29 | 01/811/01/09 | ደረጃምዕባይ 1ይብርኪቤትትምህርቲ 5-8 KFW | 904,638 | | 9,100000 | 10,004,638 |
| | 01/811/02/00 | ካልኣይብርኪቤትትምህርቲ | 2,298,200 | | | 2,298200 |
| 30 | 01/811/02/01 | ማይጨውቴክኒክቤትትምህርቲ | 17,663 | | | 17.663 |
| 31 | 01/811/02/06 | መቐለ ላዕለዋይ 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ | 439,319 | | | 439.319 |
| 32 | 01/811/02/08 | ታሕተዋይካልኣይብርኪቤትትምህርቲ | 1673642 | | | 1673.642 |
| 33 | 01/811/02/00 | ተወሰኽቲክፍሊታትን2ይብርኪ ቤት ትምህርቲ | J67,576 | | | 167.576 |
| | 011811103/00 | መሰልጠኒመምህራን | 2646823 | | | 2646.823 |
| 34 | 01l811103/0L | ዓብዪዓዲመምህራንኮሌጅ ~ | 2646,823 | | | 2,646.823 |
| | 01/811/04/00 | ስርዓተትምህርቲ | 123,000 | | | 123.000 |
| 35 | 01/81 J/04/03 | ናይትምህርቲኣቑሑትን2ይብርኪ ቤት ትምህርቲ | 123,000 | | | 123.000 |
| | 01/820/00/00 | ጥዕና | 6,895,535 | 5,447,402 | | 12,342.937 |
| | 01182 ]/00/00 | መሰረታዊጥዕናግልጋሎት | 6,895,535 | 5,447,402 | | 12,342.937 |
| | 01/821/02/00 | ጥዕናጣብያታት | 1,395,535 | 4,141,021 | | 5,536.556 |
| 36 | 01/821102/01 | ዓዲረመፅጥዕናጣብያ | 459,548 | | | 459.548 |
| 37 | 011821/02/05 | ዓዲሽሁጥዕናጣብያ | 115,262 | | | 115,262 |
| 38 | 011821102/06 | ሓውዜንጥዕናጣብያ | 443,486 | | | 443.486 |
| 39 | 011821/02/07 | ማይፀብሪጥዕናጣብያ | 131311 | | | 131.311 |
| 40 | 011821102/08 | ዕዳጋዓርቢጥዕናጣብያ | 123,921 | | | 123.921 |
| 41 | 01/821/02/09 | ዓዲ ዳዕሮ ጥዕናጣብያ | 122007 | | | 122007 |
| 42 | 011821102/10 | 4ተ ጥዕና ጣብያታት ጥዕና መሳርሒታት ሕክምና | | 1,641,021 | | 1641021 |
| 43 | 01/821/02/11 | መጋፍሒ መሰልጠኒ ሰብ ሙያ ጥዕና ኣክሱም | | 2,500,000 | | 2,500,000 |
| | 011821/03/00 | ሆስፒታል | 5,500,000 | | | 5,500.00( |
| 44 | 01/821/03/03 | መቐለሪፈራልሆስፒታል | 4,000,000 | | | 4,000,00( |
| 45 | 01/821103/04 | እንዳስለሰሆስፒታል | 1,500,000 | | | .1500.000 |

| ተ.ቁ | በጀት መፍለጢ ቑፅሪ | ዘርፊ፣ ኣርእስቲ፣ ንኡስ ኣርእስቲ ፕሮጀክት | ካብ መንግስቲ ግምጃ ቤት | ካብ ወፃኢ. ዓዲ ልቓሕ | ካብ ወፃኢ. ዓዲ ሓገዝ | ድምር |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 46 | 01/821/03/05 | ንህንፀት ሆስፒታል ኣላማጣ | | *250,000* | | *250.000* |
| 47 | o 1/821/03/06 | ንትካላት መሰልጠኒን ንወ.ቤት ሰ ተሽከርካሪ | | *1,056,381* | | *1,056,38* |
| | *01/830/00/00* | ስራሕን ከተማ ልምዓትን ህንፃ ስራሕቲ | 119,267 | | | 119,267 |
| | 01/831/0*1*/00 | ከተማ ልምዓት | 119,267 | | | 119,267 |
| 48 | 01/831/O*1/03* | ስልጠና ሙ.ያ ምህንድስና | 119,267 | | | 119,267 |
| | *01/840/00/00* | *ማሕበራዊ ድሕንነት* | *2,847,088* | 552,598 | *6600,000* | 9,999,686 |
| | *01/841/m/00* | *ማሕበራዊ ድሕንነት* | 2,687,662 | | | 2,687,662 |
| 49 | *01/441/01/01* | ሓይሊ ሰብ ስልጠና መናእሰይ | 1,942,267 | | | 1,942,267 |
| 50 | *01/841/01/03* | ስልጠና ኦዲተራት | *69,000* | | | *69,000* |
| 5] | *0J/841/01l04* | ኣይናለም ማናጅመንት | 676,395 | | | 676,395 |
| 52 | *01/841/0]/05* | ብፕላን ናይ WBS ፕሮግራም | 159,426 | | 1,700,000 | 1,859,426 |
| 53 | 01/841/0J/06 | ምስራቅ ትግራይ ልምዓት ፕሮግራም | | | *4,900,000* | 4,900,000 |
| 54 | 01/84 *J/01l07* | ስልጠና ሰብ ሙያታት ጥዕና | | 552,598 | | 552,598 |
| | *01/850/0000* | ባህልን ቱሪዝምን | *300,000* | | | *300,000* |
| | *01/851/01/00* | ባህሊ | *300,000* | | | 300,000 |
| 55 | 01/851/0]/01 | ስፖርት ኮምሽን | *300,000* | | | 300,000 |
| | 01/900/00/00 | ጠቕላላ ልምዓት | 4,900,768 | | | 4, 900,768 |
| | O1/920/00/00 | ምም/ ካልኦት ናይ መንግስቲ ህንፃታት | 4,925,768 | | | 4,925,768 |
| | O1/921/01/00 | ምምሕዳር ካልኦት ናይ መንግስቲ ህንፃታት | 4,925,768 | | | 4,925,768 |
| 56 | *01/921/*O1/00 | ክልል ህንፃ | 1,566,924 | | | 1,566,924 |
| 57 | *01/921/01/07* | ቤት ህንፀት | 2,000,000 | | | 2,000,000 |
| 58 | *01/921/01/09* | መቐለ ፖሊስ ወረዳ ቤት ፅሕፈት | 783,844 | | | 783,844 |
| 59 | *01/921/01/1O* | ህንፀት ጥዕና ሓለዋ ቢሮ | 500,000 | | | 500,000 |
| 60 | 01/921/01/11 | ቤት ፅሕፈት ፖሊስ | *50,000* | | | *50,000* |
| | 01/921103/00 | ፋይናንስ ቢሮ ህንፃ | *25,000* | | | 25,000 |
| 61 | *01/921/03/02* | ወረዳ ፋይናንስ ቤት ፅሕፈት | 25,000 | | | 25,000 |

www.abyssinialaw.com

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት

| ናይ ሓደ ዋጋ 6.05 | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ | ✉ 120 |
|---|---|---|

ት ሕ ዝ ቶ
ደንብ ቑፅሪ 8/1992
ገፅ 1

ማ ው ጫ
ደንብ ቁጥር 8/1992
ገጽ 1

## ኢንተርፕራይዝ ህንፀት ስራሕቲ ማይ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ደንቢ

ሃብቲ ማይ እዚ ክልል ብኣግባቡ ብፅሬት ኣብ ግልጋሎት ክውዕል ምግባር ስለዝተደለየ እዚ ዕላማ ሽትኡ ንክወቅዕ ኣብዚ ክልል ውሽጢ ምንቅስቓስ ህንፀት ስራሕቲ ማይ ዘሳልጥ ዓርሱ ዝኸኣለ መንግስታዊ ትካል ምጥያሽ ኣድላይ ኮይኑ ስለዝተረኸበ

ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ብሕገ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 54/6 ዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት ዝስዕብ ደንቢ ኣውፂኡ ሎ።

### ክፍሊ ሓደ
### ሓፈሻዊ
### ዓንቀፅ ሓደ
### ሓፂር ርእሲ

እዚ ደንቢዚ "ኢንተርፕራይዝ ህንፀት ስራሕቲ ማይ ክልል ትግራይ መጣየሺ ደንቢ ቁፅሪ 8/1992" ተባሉ ክጥቀስ ይከኣል።

### ዓንቀፅ ኽልተ
### ትርጉም

ኣብዚ ደንቢ ውሽጢ፡-

"ኢንተርፕራይዝ" ማለት ኢንተርፕራይዝ ህንፀት ስራሕቲ ማይ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ዩ።

"ተቆፃፃሪ ባዓል ስልጣን" ማለት ትካላት ልምዓት ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምጥያሽ ብዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 25/1990 መሰረት እዚ ስልጣን

## የትግራይ ብሄራዊ ክልል የውሃ ሥራዎች ኮንስትራክሽን ኢንተርፕራይዝ ለማቋቋም የወጣ ደንብ

የክልሉ የውኃ ሀብት በጥራትና በተገቢው መንገድ አገልግሎት ላይ እንዲውል ለማድረግ ስለተፈለገና ይህ ዓለማ ከግቡ እንዲደርስ በዚህ ክልል ውስጥ የውኃ ሥራዎች ግንባታ እንቅስቃሴ የሚያፋጥን ራሱን የቻለ መንግስታዊ ተቋም ማቋቋም አስፈላጊ ሆኖ ስለተገኘ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ሥራ አስፈፃሚ ኮሚቴ በትግራይ ክልል ህገ መንግስት ዓንቀጽ 54/6 በተሰጠው ስልጣን መሰረት የሚከተለውን ደንብ አውጥቷል።

### ክፍል አንድ
### ጠቅላላ
### ዓንቀጽ አንድ
### አጭር ርእስ

ይህ ደንብ "የትግራይ ውኃሥራዎች ኮንስትራክሽን ኢንተርፕራይዝ ማቋቋሚያ ደንብ ቁጥር 8/1992" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

### ዓንቀጽ ሁለት
### ትርጉም

በዚህ ደንብ ውስጥ፡-

"ኢንተርፕራይዝ" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልል የውኃ ሥራዎች ኮንስትራክሽን ኢንተርፕራይዝ ነው።

"ተቆጣጣሪ ባለሥልጣን" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የልማት ድርጅቶች ለማቋቋም ባወጣው አዋጅ ቁጥር 25/1990

ዝተውሃቦ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ብሄራዊ ክልል ትግራይ እዩ።

**ዓንቀፅ 3**

**ምጥያሽ**

ኢንተርፕራይዝ ህንፀት ስራሕቲ ማይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ድሕሪዚ ኢንተርፕራይዝ እናተብሃለ ዝፅዋዕ መንግስታዊ ናይ ልምዓት ትካል ኮይኑ በዚ ደንቢ ተጣይሹ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 4**

**ሕጋዊ ሰብነት**

እዚ ኢንተርፕራይዝ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኮይኑ፣

ሀ. ንብረት ናይ ምውናን፣

ለ. ውዕሊ ናይ ምውዕዓል፣

ሐ. ብሽሙ ክኽሰስን፣ ክኸስስን ካልኦት ኣድለይቲ ሕጋዊ ተግባራት ናይ ምፍፃም ክእለት ይህልዎ።

**ዓንቀፅ 5**

**ተቖፃፃሪ ባዓል ስልጣን**

ትካት ልምዓት ብሄራዊ ክልላዊ መግስቲ ትግራይ ንምጥያሽ ኣብ ዝወፀ ኣዋጅ ብዝተደንገገ መሰረት ዝተሰየመ ኣካል ተቖፃፃሪ በዓል ስልጣን እዚ ትካል ይኸውን።

**ዓንቀፅ 6**

**ዕላማ**

ዕላማታት እዚ ኢንተርፕራይዝ ፣

ህንፀት ዕሩይ ዝስተ ማይ፣ መስኖ ማይ፣ ንፋብሪካታት ግልጋሎትን ንካልኦት መሰል ግልጋሎት ዝውዕል ስራሕቲ ማይ ምክያድ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 7**

**ስልጣንን ተግባርን**

ኢንተርፕራይዝ ህንፀት ስራሕቲ ማይ ትግራይ ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልውዎ፦

1. ተግባራት ህንፀት ስራሕቲ ማይ የካይድ፣
2. ዓቕሚ ህንፀት ስራሕቲ ማይ ይሃንፅ፣ ንህንፀት ዝውዕል ገንዘብን መሳርሕታትን ዝውህለሉ ሜላ ይሕንፅፅ፣ ብስራሕ ኣመራርሓ ቦርድ እንትፍቀድ ውን ተግባራዊ ይገብር፣

3. ናይ ሓፂር፣ ማእኸላይን ነዊሕ እዋን ትልሚ እቲ ኢንተርፕራይዝ ሓንፂፁ ንቦርድ

መሰረት ሥልጣኑ የተሰጠው የትግራይ ብሄራዊ ክልል ሥራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ነው።

**አንቀጽ ሶስት**

**ማቋቋም**

የትግራይ ብሄራዊ ክልል የውኃ ሥራዎች ኮንስትራክሽን ኢንተርፕራይዝ ከዚህ በኋላ "ኢንተርፕራይዝ" እየተባለ የሚጠራ መንግስታዊ የልማት ድርጅት ሆኖ በዚህ ደንብ ተቋቁሟል።

**አንቀጽ አራት**

**ሕጋዊ ሰውነት**

ሀ. የንብረት ባለቤት የመሆን፣

ለ. ውል የመዋዋል፣

ሐ. በስሙ የመክሰስ፣ መከሰስና ሌሎች አስፈላጊ ሕጋዊ ተግባራትን የመፈፀም ችሎታ ይኖረዋል።

**አንቀጽ አምስት**

**ተቆጣጣሪ ባለሥልጣን**

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የልማት ድርጅቶች ለማቋቋም ባወጣው አዋጅ በተደነገገው መሰረት የተሰየመ አካል የዚህ ተቆጣጣሪ ባለጥልጣን ይሆናል።

**አንቀጽ ስድስት**

**ዓላማ**

የኢንተርፕራይዙ ዓላማዎች

ንፁህ የመጠጥ ውሃ፣ የመስኖ ውሃ፣ ለፋብሪካዎች እና ለሌሎች መሰል አገልግሎቶች የሚውል የውሃ ስራዎች ግንባታ ማካሄድ ይሆናል።

**አንቀጽ ሰባት**

**ሥልጣንና ተግባር**

የትግራይ ብሄራዊ ክልል የውኃ ሥራዎች ኮንስትራክሽን ኢንተርፕራይዝ የሚከተሉት ሥልጣንና ተግባራት ይኖሩታል።

1. የውኃ ሥራ ግንባታዎችን ያካሂዳል፣
2. የውሃ ስራዎች ግንባታ አቅም ለመፍጠር ይሰራል፣ ለግንባታው የሚያስፈልግ ገንዘብና መሳሪያዎችን የሚደራጅበት ስልት ይቀይሳል፣ በቦርድ ሲፈቀድ ተግባራዊ ያደርጋል፣
3. የኢንተርፕራይዙን የአጭር፣ የመካከለኛና የረጅም ጊዜ ዕቅድ አውጥቶ ለቦርዱ

የቕርብ ምስተፈቕደ ድማ ይትግብር፣

4. ካብ ዘካይዶም ህንፀት ስራሕቲ ማይ ዝግባእ ክፍሊት ይሓትት፣ ይእክብ፣

5. ኢኮኖሚያዊ ብዝኾነን ብመትከል ዕዳጋ ሕግጋት ዝተዳለወ ሜላ እናተጠቐመ ኣብ ኣጠቓቕማ ፋይናንስ፣ ሓይሊሰብን መሳርሕን ጠቓሚ ሓሳባት የቕርብ፡ እንተፍቀድ ድማ ተግባራዊ ይገብር።

6. ህንፀት ስራሕቲ ማይ ብዝምልከት ግቡእ ዝኾኑ ኣጠቓቕማ ቴክኖሎጂን ማቴሪያልን ብዝምልከቶ ኣካል ኣብዝግበር መፅናዕቲ ይሳተፍ በቲ ዝምልከቶ ኣካል ተቐባልነት ዝረኸበ ጠቓሚን ኣዎንታዊን ውጽኢት መፅናዕቲ ድማ ኣብ ስራሕ የውዕል።

**ዓንቀፅ 8**

**ካፒታል**

እዚ ኢንተርፕራይዝ ካብ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዝተመደበሉ ብር 30907796.00 ጠቕላላ በጀት ይህልዎ።

ካብዚ ድማ፣

ሀ. ብጥረ ገንዘብ .......5000000.00

ለ. ብንብረት ብር .....25907796.00 ይኸውን

**ኽፍሊ ኽልተ**

**ኣወዳድባን ተፀዋዕነትን**

**ዓንቀፅ ትሽዓንተ**

**ተፀዋዕነት**

ተፀዋዕነት እዚ ኢንተርፕራይዝ ንስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ዩ።

**ዓንቀፅ ዓሰርተ**

**ኣወዳድባ**

እዚ ኢንተርፕራይዝ

ሀ. ቦርድ

ለ. ብቦርድ ዝምደብ ኣካያዲ ስራሕ

ሐ. ካልኦት ኣድለይቲ ሰራሕተኛታት ይህልውዎ ።

**ኽፍሊ ሰለስተ**

**ስልጣንን ተግባርን ተፀዋዕነት ኣመራርሓ ቦርድን ኣካያዲ ስራሕን**

**ዓንቀፅ ዓሰርተ ሓደ**

**ኣባላት ቦርድ**

1. ቦርድ ኢንተርፕራይዝ ህንፀት ስራሕቲ ማይ ዝስዕቡ ኣባላት ይህልውዎ።

ያቀርባል፣ ሲጸድቅ ተግባር ላይ ያውላል፣

4. ካካሄዳቸው የውኃ ሥራዎች ግንባታ አስፈላጊውን ክፍያ ይጠይቃል፣ ይሰበስባል፣

5. በገበያ ኢኮኖሚ ሕጎች የተዘጋጁ ዘዴዎችን እየተጠቀመ፣ የፋይናንስ፣ የሰው ኃይልና የመሳሪያ አጠቃቀምን በተመለከተ ሓሳብ ያቀርባል፣ሲፈቀድም ተግባራዊ ያደርጋል

6. የውኃ ሥራዎች ግንባታን በሚመለከት ተገቢ የሆኑ የማቴሪያሎችና የቴክኖሎጂዎችን አጠቃቀም በሚመለከተው አካል በሚደረጉ ጥናቶች ይሳተፋል። በሚመለከተው አካል በጥናቱ ተቀባይነት ያገኘ ጠቃሚና አወንታዊ የጥናት ውጤት ሥራ ላይ ያውላል።

**አንቀጽ ስምንት**

**ካፒታል**

ይህ ኢንተርፕራይዝ ከትራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የተመደበ 30907796.00 ብር ጠቅላላ በጀት ይኖረዋል።

ከዚህ ውስጥ፣

ሀ. በገንዘብ ብር 5000000.00

በንብረት ብር 25907 796.00 ይሆናል፣

**ክፍል ሁለት**

**ተጠሪነትና አደረጃጀት**

**አንቀጽ ዘጠኝ**

**ተጠሪነት**

የኢንተርፕራይዙ ተጠሪነት ለትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ሥራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ይሆናል።

**አንቀጽ አስር**

**አደረጃጀት**

ይህ ኢንተርፕራይዝ

ሀ. ቦርድ፣

ለ. በቦርድ የሚመደብ ስራ አስኪያጅ እና

ሐ. ሌሎች አስፈላጊ ሰራተኞች ይኖሩታል፣

**ክፍል ሶስት**

**የቦርዱ ሥራ አስኪያጅ ሥልጣን ተግባርና ተጠሪነት**

**አንቀጽ አስራ አንድ**

**የቦርድ አባላት**

1.ቦርድ የሚከተሉት አባላት ይኖሩታል።

ሀ. ብክልል ስራሕ ፈፃሚ ዝውከል ሰብ....ኣካቢ
ለ. ቢሮ ማይ ማዕድንን ኢነርጅን ........ኣባል
ሐ. ቢሮ ዕዮን ከተማ ልምዓትን.......... ኣባል
መ.ቢሮ ፋይናንስ......................... "
ረ. ስራሕ መካየዲ እዚ ኢንተርፕራይዝ...... ፀሓፍን ኣባልን
2. ተፀዋዕነት እዚ ቦርድ ንሰራሕ ፈፃሚ ኮሚቴን ንርእሰ ምምሕዳርን ዩ
3. ናይዚ ቦርድ ኣባላት በዝሒ ከምኣድላይነቱ ተራእዩ ብክልል ስራሕ ፈፃሚ ውሳነ ኣድላይ ለውጢ ክግበረሉ ይኽእል ዩ።

**ዓንቀፅ ዓሰርተ ኽልተ**
**ቦርድ**

1. እዚ ቦርድ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ሓደ ስሩዕ ኣኼባ ይህልዎ። ከም ኣድላይነቱ ድማ ካብዚ ኣብ ዝነኣሰ ጊዜ ኣኼባ በቲ ኣካቢ ወይ ብሕቶ ኣባላት እቲ ቦርድ ክፅዋዕ ይከኣል፣
2. ኽልተ ሲሶ ኣባላት ቦርድ እንተርከቡ ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን፣
3. ብኣብላፂ ድምፂ ኣባላት ቦርድ ዝተደገፈ ሓሳብ ውሳነ ቦርድ ይኸውን፣
4. ድንጋገታት እዚ ደንቢ ሕልዋት ኮይኖም እቲ ቦርድ ናይ ኣኼባ ስነ ስርዓት ደንቢ ከውፅእ ይኽእል፣፣

**ዓንቀፅ ዓሰርተ ሰለስተ**
**ስልጣንን ተግባርን ቦርድ**

ቦርድ ኢንተርፕራይዝ ህንፀት ስራሕቲ ማይ ዝስዕቡ ተግባራት ይህልውዎ፡-

1. ናይቲ ኢንተርፕራይዝ ትልሚን በጀትን የፅድቕ ንተግባራዊነቱ ይከታተል፣
2. ኣካያዲ ስራሕ መሪፁ ይምድብ።
3. ንብረት እቲ ኢንተርፕራይዝ ብኣግባቡ ዝተትሓዘ ምዃኑ፣ ገንዘብን ሰብ ሓይሊን ኣጠቓቕማኡ፣ ናይቲ ክልል ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ዕላማታት ንምትግባር ብቑዕ ምዃኑ የረጋግፅ።
4. እዚ ኢንተርፕራይዝ ብሓይሊ ሰብ፣ ኣድለይቲ ናውቲን ኣመራርሓ ሰራሕን ዝጠናኸረሉ መንገዲ ክፅናዕ ይገብር ጠቓሚ ኮይኑ እንተረኺቦ ድማ ተግባራዊ ክኸውን ይገብር፣፣
5. ኣወዳድባ፣ ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ፣

ሀ. በክልሉ ሥራ አስፈፃሚ ኮሚቴ የሚወከል...ሰብሳቢ
ለ. የውሃ ማዓድንና ኢነርጂ ቢሮ ...... አባል
ሐ. የሥራና ከተማ ልማት ቢሮ ....... አባል
መ. የፋይናንስ ቢሮ ....... አባል
ሠ. የኢንተርፕራይዙ ሥራ አስኪያጅ..... አባልና ጸሓፊ
2. ቦርዱ ተጠሪነቱ ለሥራ አስፈፃሚ ኮሚቴውና ለርእሰ መስተዳድሩ ይሆናል
3. የቦርዱ የአባላት ቁጥር እንደ አስፈላጊነቱ እየታየ በክልል ሥራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ውሳኔ አስፈላጊ ለውጥ ሊደረግበት ይችላል፣

**አንቀጽ አስራ ሁለት**
**ቦርዱ**

1. በሶስት ወር አንድ ጊዜ መደበኛ ስብሰባ ይኖረዋል፣ እንደአስፈላጊነቱ ከዚህ ባነሰ ጊዜም በሰብሳቢው ወይም በአባላቱ ጥያቄ ሊካሄድ ይችላል፣
2. ከአባላቱ ሁለት ሶስተኛ ቁጥር ሲገኝ ምልአተ ጉባኤ ይሆናል፣
3. በቦርዱ አባላት አብላጫ ድምፅ የተደገፈ ሓሳብ የቦርዱ ውሳኔ ይሆናል፣
4. የዚህ ደንብ ድንጋጊዎች እንተጠበቁ ሆነው ቦርዱ የራሱ የስብሰባ ሥነስርዓት ደንብ ሊያወጣ ይችላል፣

**አንቀፅ አስራ ሶስት**
**የቦርዱ ስልጣንና ተግባር**

የትግራይ ብሄራዊ ክልል የውኃ ሥራዎች ኮንስትራክሽን ኢንተርፕራይዝ ቦርድ የሚከተሉት ተግባራት ይኖሩታል።

1. የኢንተርፕራዙ ዕቅድና በጀትን ያፀድቃል፣ ተግባራዊነቱን ይከታተላል፣
2. ሥራ አስኪያጅ በመምረጥ ይመድባል፣
3. የኢንተርፕራይዙ ንብረት በተገቢ መንገድ መያዙን፣ የገንዘብና የሰው ኃይል አጠቃቀሙ የኢንተርፕራይዙንና የክልሉን ኢኮኖሚያዊና ማህበራዊ ዓላማዎችን ለመተግበር ብቁ መሆኑን ያረጋግጣል፣
4. ኢንተርፕራይዙ በሰው ኃይል፣ አስፈላጊ ማቴሪያልና በሥራ አመራር የሚጠናከርበት መንገድ እንዲጠና ያደርጋል፣ ጠቃሚ ሆኖ በተገኘው የጥናት ውጤት ስራ ላይ እንዲውል ያደርጋል፣
5. የኢንተርፕራይዙን አደረጃጀት፣ የሰው ሃይል

ኣተሓሕዛ ንብረት፣ መሃያ ስኬል እዚ ኢንተርፕራይዝ ዝምልከቱ መምሪሕታት የፅድቕ፣ ተግባራዊነቱ ይከታተል፣

6. ናይ ባዕሉ ኣኼባ ስነ ስርዓት ደንቢ ኣውፂኡ ይትግብር፣

7. ናይ ፓሊሲ ሓሳባት ይሕንፅፅ፣ ናብ ክልል ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ቐሪቡ ክፀድቕ ይገብር፣

8. ንክልል መንግስቲ ፀብፃብ የቕርብ።

ዓንቀፅ ዓሰርተ ኣርባዕተ

ስልጣንን ተግባርን ኣካያዲ ስራሕ

ኣካያዲ ስራሕ እዚ ኢንተርፕራይዝ ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባራትን ይህልውዎ፣

1. ነቲ ኢንተርፕራይዝ ዝተውሃቡ ስልጣንን ተግባራትን የተግብር፣ ተግባራዊነቶም ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣

2. ቤት ፅሕፈት ይውድብ፣ መሓውር እቲ ትካል፣ መሃያን ኣባል ሰራሕተኛታትን ኣፅኒዑ ንቦርድ የቕርብ፣ እንትፍቐድ የተግብር

3. ናይዚ ኢንተርፕራይዝ ባንኪ ሒሳብ ይኸፍት፣

4. ናይዚ ኢንተርፕራይዝ ሓፂር፣ ማእኸላይን፣ ነዊሕን እዋን ትልሚ የውፅእ ብቦርድ እንትፀድቅ የተግብር፣

5. ኣግባብነት ብዘለዎ ሕግን ናይቲ ኢንተርፕራይዝ ደንብን መሰረት ሰራሕተኛታት ይቖፅር፣ ዕብየት ይህብ የሰናብት፣

6. ነዚ ኢንተርፕራይዝ ብዝተፈቐደ በጀትን መደብን መሰረት ገንዘብ ወፃኢ ክኸውን ይገብር ሕጋዊ ኣገባብ ተኸቲሉ ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ይቆፃፀር፣

7. ውሳነታት እቲ ቦርድ ይፍፅም፣ የፈፅም፣

8. እቲ ኢንተርፕራይዝ ካብ ዝህቦ ግልጋሎት ዝርከብ እቶት ብኣገባብ ኣታዊ ይኸውን ዘሎ ምኻኑ የቆፃፀር፣

9. እቲ ኢንተረፕራይዝ ምስ ሳልሳይ ወገናት ኣብ ዝገብሮ ርክብ ወኪሉ ይቐርብ፣

10. ንስራሕቱ ኣሳልጦ ኣድላይ ኮይኑ ብዝረኸቦ መጠን ንብትሕቲኡ ዘለው ሓላፍትን ንዝተወሰነ እዋንን ጉዳይን ስልጣኑ ብውክልና ከመሓላልፍ ይኽእል፣

11. ንቦርድ በቢ-ርብዒ ዓመትን፣ ዓመትን ኣፈፃፅማ ስራሕ ዘመልክት ፀብፃብ የቕርብ።

አስተዳደር፣ ንብረት አያያዝና የደመወዝ ስኬል መመሪያዎችን ያፀድቃል፣ ተግባራዊነቱን ይከታተላል፣

6. የፓሊሲ ሃሳብ ያመነጫል ለክልሉ ስራ አስፈፃሚ ኮሚቴ ቀርቦ እንዲፀድቅ ያደርጋል

7. የስብሰባ ሥነ ሥርዓት ደንብ አውጥቶ ተግባራዊ እንዲሆን ያደርጋል፣

8. ለክልሉ መንግስት ሪፓርት ያቀርባል፣

አንቀጽ አስራ አራት

የሥራ አስኪያጁ ስልጣንና ተግባር

የኢንተርፕራይዙ ሥራ አስኪያጅ የሚከተሉትን ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፣

1. ለኢንተርፕራይዙ የተሰጡት ስልጣንና ተግባራት ሥራ ላይ ያውላል፣ ተግባራዊነታቸውን ይከታተላል፣ ይቆጣጠራል፣

2. ጽ/ቤቱን ያደራጃል የኢንተርፕራይዙ መዋቅር የሠራተኞች ደመወዝና አበል አጥንቶ ለቦርድ አቅርቦ ሲፈቀድ ተግባራዊ ያደርጋል፣

3. የኢንተርፕራይዙን የባንክ ሒሳብ ይከፍታል፣

4. የኢንተርፕራይዙን የአጭር፣ የመካከለኛና የረጅም ጊዜ ዕቅድ ያወጣል፣ በቦርድ ሲፀድቅ ተግባራዊ ያደርጋል፣

5. አግባብ ባለው ሕግና የኢንተርፕራይዙ ደንብ መሰረት ሠራተኞችን ይቀጥራል፣ ዕድገት ይሰጣል፣ ያሰናብታል፣

6. ለኢንተርፕራይዙ በተፈቀደው በጀትና ዕቅድ መሰረት ገንዘብ ውጪ እንዲሆን ያደርጋል፣ ሕጋዊ አሰራር ተከትሎ ሥራ ላይ መዋሉን ይቆጣጠራል፣

7. የቦርዱን ውሳኔዎች ያስፈፅማል፣ ይፈጽማል፣

8. ኢንተርፕራይዙ ከሚሰጠው አገልግሎት የሚገኘው ገቢ በተገቢውን መንገድ ገቢ መሆኑን ይቆጣጠራል፣

9. ኢንተርፕራይዙ ከሶስተኛ ወገን ጋር በሚያደርገው ግንኙነት ወክሎ ይቀርባል፣

10. ለስራው ስኬታማነት አስፈላጊ ሆኖ ሲያገኘው በስሩ ለሚገኙ ሃላፊዎች ለተወሰነ ጊዜና ጉዳይ ስልጣኑ ውክልና ማስተላለፍ ይችላል።

11. የሩብ ዓመት፣የዓመት የስራ አፈፃፀም ሪፖርት ለቦርድ ያቅርባል

**ኽፍሊ ኣርባዕተ**
**ዝተፈላለዩ ድንጋገታት**
**ዓንቀፅ ዓሰርተ ሓሙሽተ**
**ምምሕዳር**

እዚ ኢንተርፕራይዝ ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ትካላት ልምዓት ንምጥያሽ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 25/89ን በዚ ደንቢ እዚን መሰረት ዝማሓደር ይኾውን።

**ዓንቀፅ ዓሰርተ ሽዱሽተ**
**ቤት ፅሕፈት**

1. ዋና ቤት ፅሕፈት እዚ ኢንተርፕራይዝ ኣብ መቐለ ይኾውን።
2. ከም ኣድላይነቱ ኣብ ካልኦት ጨንፈር ቤት ፅሕፈት ክህልዎ ይኽእል።

**ዓንቀፅ ዓሰርተ ሸውዓተ**
**ፍልፍል በጀት**

1. በጀት እዚ ትካል ፍልፍሉ ዝስዕብ ይኾውን

ሀ. ንመጀመርታ ካብ መንግስቲ እዚ ክልል ዝተመደበሉ ካፒታል፣
ለ. ካብ ዝእክቦ ናይ ግልጋሎት ክፍሊት፣
ሐ. ካብ መለቃሕቲ ትካላት ዝርከብ ለቓሕ፣
መ. ብውህብቶ ወይ ሓገዝ ዝርከብ ኣታዊ፣

2. በጀት ዓመት እዚ ኢንተርፕራይዝ ምስ ናይ መንግስቲ በጀት ዓመት ሓደ ይኾውን።

**ዓንቀፅ ዓሰርተ ሸሞንተ**
**ወሰን ሓላፍነት**

እዚ ኢንተርፕራይዝ ካብዘለዎ ጠቕላላ ንብረት ንላዕሊ ብዕዳ ተሓታቲ ኣይኾውንን።

**ዓንቀፅ ዓሰርተ ትሽዓተ**
**ኢንተርፕራይዝ ዝፀንሓሉ እዋን**

እዚ ኢንተርፕራይዝ ንዘይተወሰነ ጊዜ ይፀንሕ፣፣

**ዓንቀፅ ዕስራ**
**እቲ ደንቢ ዝፀንዐሉ ጊዜ**

እዚ ደንቢ ብነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ ተሓቲሙ ካብ ዝወፀሉ ጊዜ ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኾውን።

ግንቦት 1992
ገብሩ ኣስራት
ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልል ትግራይ

**ክፍል አራት**
**የተለያዩ ድንጋጌዎች**
**አንቀጽ አስራ አምስት**
**አስተዳደር**

ይህ ኢንተርፕራይዝ በትግራይ በሄራዊ ክልል ምክር ቤት የልማት ድርጅቶችን ለማቋቋም በወጣው አዋጅ ቁጥር 25/1989 እና በዚህ ደንብ መሰረት የሚተዳደር ይሆናል።

**አንቀጽ አስራ ስድስት**
**ጽ/ቤት**

1. የኢንተርፕራይዙ ዋና ጽ/ቤት መቐለ ይሆናል፣

2. እንዳስፈላጊነቱ በሌሎች ቦታዎችም ቅርንጫፍ ጽ/ቤቶች ሊኖሩት ይችላል።

**አንቀጽ አስራ ሰባት**
**የበጀት ምንጭ**

1. የድርጅቱ የበጀት ምንጭ ከሚከተለው የሚገኝ ይሆናል፣

ሀ. ለመጀመሪያ በክልሉ መንግስት የሚመደብለት ካፒታል
ለ. ከሚሰጠው አገልግሎት የሚሰበሰበው ክፍያ፣
ሐ. ከአበዳሪ ድርጅቶች የሚገኝ ብድር፣
መ. በስጦታ ወይም በእርዳታ የሚገኝ ገቢ

2. የኢንተርፕራይዙ የበጀት ዓመት ከመንግስት በጀት ዓመት ጋር አንድ ዓይነት ይሆናል።

**አንቀጽ አስራ ስምንት**
**የሓላፍነት ክልል**

ኢተርፕራይዙ ካለው ጠቅላላ ንብረት በላይ በዕዳ ተጠያቂ አይሆንም።

**አንቀጽ አስራ ዘጠኝ**
**ኢንተርፕራይዙ የሚቆይበት ጊዜ**

ይህ ኢንተርፕራይዝ ላልተወሰነ ጊዜ ሥራ ላይ ይቆያል፣

**አንቀጽ ሃያ**
**ደንቡ የሚፀናበት ጊዜ**

ይህ ደንብ በትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ ታትሞ ከወጣበት ጊዜ ጀምሮ የፀና ይሆናል።

ግንቦት 1992
ገብሩ አሥራት
የትግራይ ብሄራዊ ክልል ርእሰ መስተዳደር

www.abyssinialaw.com

መቐለ፣ሰነ 1992

መቐለ
1992

# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት

| ናይ ሓደ ዋጋ | ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ | 🖂 120 |
|---|---|---|

ት ሕ ዝ ቶ
ደንብ ቑፅሪ 10/1992
ገፅ 1

ማ ው ጫ
ደንብ ቁጥር 10/1992
ገጽ 1

**መማሓደሪ ደንቢ ዓቀብቲ ሕጊ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**

**ምዕራፍ ሓደ**

**ሓፈሻዊ**

**ዓንቀፅ 1**

**መውፅኢ ባዓል ሰልጣን**

ብሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ኣንቀፅ 56/4/ መሰረት ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ክልል ትግራይ ዝስዕብ ደንቢ ኣውፂኡ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 2**

**ሓፂር ርእሲ**

እዚ ደንቢ "ናይ ብሄራዊ ክልል መንግስቲ ትግራይ ዓቀብቲ ሕጊ መማሓደሪ ደንቢ ቑፅሪ 10 /1992" ተባሂሉ ክጥቀስ ይካኣል።

**ዓንቀፅ 3**

**ወሰን ተፈፃምነት**

1. እዚ ደንቢ ኣብ ሓላፊን ምክትል ሓላፊ ቢሮ ፍትሕን ከምኡውን ኣብ ልዕሊ መምርሒ ሓለፍቲ ተፈፃሚነት ኣይህልዎን።
2. ኣብዚ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 1 ዝተደንገገ ከምዘሎ ኮይኑ እዚ ደንቢ ኣብ ዝኾነ ብርኪ ንዘሎ ናይ ገበን ፣ ፍታብሄር ጉዳያትን ካልኦት ሕጊ ተንከፍ ስራሕ ንክሰርሕ ዝተሸወመ በዓል ሙያ ሕጊ ቢሮ ፍትሒ ተፈፃምነት ይህልዎ።
3. ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ከምዘሎ ኾይኑ ቢሮ ፍትሒ ብፍላይ ዝተወሰነ ሰራሕቲ ብባዓል ሙያ ብኩንትራት ተቆፂሩ ክሰርሕ እንተደልዩ ኣብ መንጎ እዚ ቢሮን እቲ በዓል ሙያን ዝህሉ ርክብ ዝውሰን ብውዕሎም መሰረት ይኸውን።

**ዓንቀፅ 4**

**ትርጉም**

ኣብዚ ደንቢ ውሽጢ፣
"ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ" ማለት ብሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልል ትግራይ ኣንቀፅ 56 መሰረት ዝቆመ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ብሄራዊ ክልል ትግራይ እዩ።
"ቢሮ" ማለት ብኣዋጅ ቑፅሪ 9/1988 መሰረት ዝተጣየሸ ቢሮ ፍትሒ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ምስ ኣብ ዞባ፣ ወረዳ ንኡስ ወረዳ ክሳብ ጣብያ ደረጃ ዝተጣየሹ መሓውራት ማለት እዩ።
"ሓላፊ ቢሮ" ማለት ሓላፊ ቢሮ ፍትሒ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዩ። "ዓቃቢ ሕጊ" ማለት ኣብዚ ቢሮ ውሽጢ ኣብ ዘለው ናይ ገበን፣ ፍታብሄር ጉዳያትን ካልኦት ሕጊ ተንከፍ ስራሕ መደባት ንክሰርሕ ዝተሸወመ ባዓል ሙያ ሕጊ ማለት እዩ።

" ሕፁይ ዓቃቢ ሕጊ" ማለት ናይ ሕጊ ትምህርቲ ወይ ኣግባብነት ዘለዎ ስራሕ ልምዲ ሃልይዎ ንዓቃቢ ሕግነት ክሸወም ንፈተነ ጊዜ ካብ ውሳነ ምሃብ ወፃኢ ብተሓጋጋዛይነት እንዳሰርሐ ክፀንሕ ዝምደብ ባዓል ሙያ እዩ።

"ብርኪ ስራሕ" ማለት ኣብዚ ደንቢ ኣንቀፅ 8 ዝተዘርዘሩ ዓቀብቲ ሕጊ ዝተመደበሉ ወይ ዝተሸወመሉ ብርኪ እዩ።

"መሃያ" ማለት ብመሰረት ስኬል መሃያ ዓቀብቲ ሕጊ ንሓደ ብርኪ ስራሕ ዝተወሰነ መበገሲ መሃያን በብጊዚኡ ዝወሃብ ወሰኽ መሃያን ማለት ዩ

**ዓንቀፅ 5**

**ኣገላልፃ ፆታ**

ኣብዚ ደንቢ ውሽጢ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣል ኣንስተይቲ ውን ዝጠምር ዩ።

**ምዕራፍ ክልተ**

**ኣመራርፃን ሹመትን ዓቀብቲ ሕጊ**

**ዓንቀፅ 6**

**ንዓቀብቲ ሕግነት ዘብቁዑ መመዘኒ ረቛሒታት**

1. ዓቃቢ ሕጊ ኾይኑ ዝሸወም ሰብ፣

ሀ. ንናይ ኢትዮጵያ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፓብሊክን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ሕገ መንግስታት ተኣማኒ ዝኾነ፣

ለ. ኣብ ህዝቢ ፅቡቕ ተቐባልነት ዘለዎን ብልዕልነት ህዝቢ ዝኣምንን፣

ሐ. ብሕጊ ትምህርቲ ዝሰልጠነ

መ. ብፃዕረኝነቱ፣ ተኣማኒነቱን ፍትሓዊነቱን ስነ ምግባሩን ፅቡቕ ሽም ዘለዎ፣

ረ. ብገበን ተኸሲሱ ጥፍኣተኛ ዘይተባሃለ

ሰ. ዕድሚኡ ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ዝኾነ፣

ሽ. ናይዚ ክልል ስራሕ ቋንቋ ዝኽእል ክኸውን ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 7.**

ብዛዕባ ምምዳብ ዓቀብቲ ሕጊ ኣብ ክፍቲ ስራሕ መደባት

1. ኣብ ሓደ ክፍቲ ስራሕ መደብ ዓቃቢ ሕጊ ዝምደብ ንፍትሒ ምምሕዳር ስራሕ ኣድላይኮይኑ እንትርከብ ዩ።

2. ኣብ ክፍቲ ስራሕ መደባት ዝግበር ኣመዳድባ ቀፂሉ ብዘሎ ቐደም ሰዓብ መሰረት ይኸውን።

ሀ. ኣብቲ ቢሮ ውሽጢ ዝርከብ ነቲ ስራሕ ተመጣጣኒ ብርኪ ዘለዎ ዓቃቢ ሕጊ ብምምዳብ፣

ለ. ኣብዚ ደንቢ ብዝተቐመጠ ኣወሃህባ ዕብየት መሰረት ኣብቲ ቢሮ ካብ ዘለው ዓቀብቲ ሕጊ ኣወዳዲርካ ብዕብየት ብምምዳብ፣

ሐ. ሓዱሽ ዓቃቢ ሕጊ ብምቑፃር።

**ዓንቀፅ 8**

ኣብ ዝተፈላለየ ብርኪ ንዘሎ ናይ ዓቃቢ ሕግነት ሹመት ዘብቅዑ መዐቀኒታት ኣብ ዓንቀፅ ሽዱሽተ ዝተዘርዘሩ መመዘኒ ረቛሒታት ሕሉዋት ኮይኖም ካብ ወረዳ ክሳብ ክልል ዘለው ናይ ዓቀብቲ ሕጊ ስራሕ መደባት ብዝተፈላለዩ ብርክታት ዝተቐመጡ ኮይኖም ንሕድ ሕድ ብርኪ ዘብቕዑ ተደላይ ክእለት ሲዒቦም ተቐሚጦም ኣለው።

1. ወረዳ ዓቃቢ ሕጊ ብርኪ I ብሕጊ ትምህርቲ ሰርቲፊኬት ዝተመረቐ 0 ዓመት ስራሕ ልምዲ ዘለዎ፣
2. ወረዳ ዓቃቢ ሕጊ ብርኪ II ብሕጊ ትምህርቲ ሰርቲፊኬት ዝተመረቐ 3 ዓመት ስራሕ ልምዲ ዘለዎ
3. ወረዳ ዓቃቢ ሕጊ ብርኪ III ብሕጊ ትምህርቲ ዲፕሎማ ዝተመረቐ 0 ዓመት ስራሕ ልምዲ ወይ ብሕጊ ሰርቲፊኬት ዝተመረቐ 6 ዓመት ስራሕ ለምዲ ዘለዎ፣
4. ወረዳ ዓቃቢ ሕጊ ብርኪ IV ብሕጊ ትምህርቲ ብዲፕሎማ ዝተመረቐ 2 ዓመት ስራሕ ልምዲ

ዘለዎ፣

5. ወረዳ ዓቃቢ ሕጊ ብርኪ V ብሕጊ ትምህርቲ ብዲፕሎማ ዝተመረቐ 4 ዓመት ስራሕ ልምዲ ወይ ብሕጊ ትምህርቲ ቀደማይ ዲግሪ 0 ዓመት ስራሕ ልምዲ ዘለዎ፣
6. ወረዳ ዓቃቢ ሕጊ ብርኪ VI ብሕጊ ትምህርቲ ብዲፕሎማ ዝተመረቐ 6 ዓመት ስራሕ ልምዲ ወይ ብቀደማይ ዲግሪ ዝተመረቐ 0 ዓመት ስራሕ ልምዲ ዘለዎ፣
7. ዞባ ዓቃቢ ሕጊ ብርኪ I ብሕጊ ትምህርቲ ብዲፕሎማ ዝተመረቐ 6 ዓመት ስራሕ ልምዲ ዘለዎ፣ ብቀዳይ ዲግሪ ዝተመረቐ 2 ዓመት ስራሕ ልምዲ ወይ ድማ ማስትሬት ዲግሪ ዘለዎ 0 ዓመት ስራሕ ልምዲ፣
8. ዞባ ዓቃቢ ሕጊ ብርኪ II ብሕጊ ትምህርቲ ዲፕሎማ ዝተመረቐ 8 ዓመት ስራሕ ልምዲ፣ ብቀዳማይ ዲግሪ ዝተመረቐ 4 ዓመት ስረሕ ልምዲ ወይ ድማ ማስትሬት ዲግሪ ዘለዎ 2 ዓመት ስራሕ ልምዲ፣
9. ዞባ ዓቃቢ ሕጊ ብርኪ III ብሕጊ ትምህርቲ ብቀዳማይ ዲግሪ ዝተመረቐ 6 ዓመት ስራሕ ልምዲ፣ ማስትሬት ዲግሪ ዘለዎ 4 ዓመት ስራሕ ልምዲ፣
10. ክልል ዓቃቢ ሕጊ ብርኪ I ብሕጊ ዲግሪ ዝተመረቐ 6 ዓመት ስራሕ ልምዲ፣ ማስትሬት ዲግሪ ዘለዎ 4 ዓመት ስራሕ ልምዲ፣
11. ክልል ዓቃቢ ሕጊ ብርኪ II ብሕጊ ዲግሪ ዝተመረቐ 8 ዓመት ስራሕ ልምዲ ዘለዎ፣ ማስትሬት ዲግሪ ዘለዎ 6 ዓመት ስራሕ ልምዲ፣
12. ክልል ዓቃቢ ሕጊ ብርኪ III ብሕጊ ዲግሪ ዝተመረቐ ኮይኑ 10 ዓመት ስራሕ ልምዲ፣ ማስትሬት ዲግሪ ዘለዎ 8 ዓመት ስራሕ ልምዲ፣

## ዓንቀፅ 9
## መረዳእታ ምቕራብ

ብዓቃቢ ሕግነት ክሽወም ዝድሊ ሰብ ንሽመት ቅደሚ ምቕራቡ ዝስዕብ መረዳእታት ኣማሊኡ ከቕርብ ክግበር ኣለዎ።

ሀ. ናይ ትምህርትን ስራሕ ልምድን መረዳእታ፣
ለ. ጥዕና ምርመራ መረዳእታ፣
ሐ. ካብ ገበን ነፃ ምዃኑ ዝገልፅ መረዳእታ፣
መ. ካልኦት ኣድለይቲ መረዳእታታት።

## ዓንቀፅ 10
## ሹመት

1. ኣብ ዞባን ክልልን ብርኪ ዝምደብ ዓቃቢ ሕጊ ብሓላፊ ቢሮ ፍትሒ መቐረባይነት ብስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ይሽወምም።
2. ብወረዳ ዓቃቢ ሕጊ ሓላፊ ደረጃ ዝምደቡ ዓቀብቲ ሕጊ ብዞባ ፍትሒ መምርሒ መቕረባይነት ብዞባ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ይሽወሙ። ኣብ ካልኦት ብርክታት ዝምደቡ ዓቀብቲ ሕግን ኤክስፐርትታትን በቲ ቢሮ ይምደቡ።
3. ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ከምዘሎ ኮይኑ ተሸዋማይ ዓቃቢ ሕጊ 6 ወርሒ ስራሕ ፈተነ ጊዜ ክሓልፍ ግድን ዩ። ኣብ ሽድሽተ ወርሒ ስራሕ ፈተነ ጊዜ ብቕዓት ዘይብሉ ምዃኑ እንድሕር ተረጋጊፁ ንሽመት ኣይቐርብን፣ ኣብ ዝተቆፀረሉ ናይ ፈተነ ጊዜ ውሽጢ ነቲ ስራሕ ብቑዕ ኮይኑ እንተተረኺቡ ድማ ቀዋሚ ኮይኑ ዝተሸወመ ምዃኑ ዝገልፅ ደብዳቤ ክበፅሖ ይግበር።
4. ንስራሕ ፈተነ ጊዜ ዝቑፀር ሕፁይ ዓቃቢ ሕጊ በቲ ቢሮ ንፈተነ ጊዜ ይቑፀር።
5. ንፈተነ ጊዜ ዝቑፀር ሕፁይ ዓቃቢ ሕጊ ክእለቱ ንምምዛን ተወሳኺ ጊዜ ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ንተወሳኺ ሽድሽተ ኣዋርሕ፣ ጊዜ ቢሮ ክናውሕ ይኽእል ዩ።
6. ኣብ ፈተነ ጊዜ ንስራሕ ብቑዕ ዘይምዃኑ ዝተረጋገፀ ዓቃቢ ሕጊ ሓደ ወርሒ መጠንቀቕታ ጊዜ ኣቐዲሙ ተዋሂብዎ ካብ ስራሕ ክሰናበት ይግበር።
7. ኮነ ኢሉ ይኹን ብሸለልትነት ናይ ሓሰት መረዳእታ ኣቕሪቡ ብዓቃቢ ሕግነት ዝተሸወመ ዓቃቢ ሕጊ ኣብ ዝተፈለጠሉ ሰዓት በቲ ወሃቢ ሽመት ሽመቱ ሽዑ ንሽዑ ይስረዝ።

ዓንቀፅ 11

ቃል ምእታው

1. ተሸዋማይ ዓቃቢ ሕጊ ስራሕ ቅድሚ ምጅማሩ ዝስዕብ ቃል ይኣቱ "ኣነ ___________ ንዝተመረፅኩሉ ናይ ዓቃቢ ሕጊ ስራሕን ሓላፍነትን ንሕገ መንግስቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ተኣማኒ ብምዃን ብዘይኣድልዎ ውልቀ ጥቕሚ እንተየቐደምኩ ዝኾነ ተፅዕኖ እንተይፈራሕኹ ስርሐይ ብሓቀኝነት፣ ብቕንዕናን ፍትሓውነትን ክፍፅም ቃል ይኣቱ"
2. እዚ ቃል ክፍርመሉ ምስተገብረ ኣብ ውልቀ ማህደሩ ይተሓዝ።

ዓንቀፅ 12

ተፀዋዕነት

1. ዓቀብቲ ሕጊ ተፀዋዕነቶም ንቢሮ ፍትሒ እዩ።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተቐመጠ ከምዘለ ኮይኑ ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዘሎ ዓቃቢ ሕጊ ብልዕሊኡ ንዘሎ ሓላፊ ዓቃቢ ሕጊ ተፀዋዒ እዩ።

ዓንቀፅ 13

ስልጠና ዓቀብቲ ሕጊ

1. ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዝርከብ ዓቃቢ ሕጊ ንዝተመደበሉ ወይ ንዝምደቦ ስራሕ ዝምጥን ኣድላይ ዝኾነ ክእለት ንክህልዎ ከም ኣድላይነቱ ዓቕሚ ዝፍቐዶ ስልጠና ክግበር ዩ።
2. ስልጠና ዝወሃብ ኣብ ዓዲ ውሽጢ ወይ ካብ ዓዲ ወፃኢ ክኸውን ይኽእል እዩ።
3. ሀ. ብናይ መንግስቲ ወፃኢ ወይ ነቲ ቢሮ ዝተውሃቦ ሓገዝ ስልጠና ዝወሰደ ዓቃቢ ሕጊ ንዝወስዶ ስልጠና ተመጣጣኒ ዝኾነ ጊዜ ኣገልግሎት ብምሃብ ግቡእ ክፍፅም ውዕል ክኣቱ ኣለዎ። ኣገልግሎት ንክህብ ግቡእ ዝኣትወሉ ጊዜ እንተናኣሰ እቲ ስልጠና ዝወሰዶ ጊዜ ዕፅፊ ክኸውን ኣለዎ።

ለ. ብዝኣተዎ ውዕሊ መሰረት ጉቡኡ ከይፈፀመ ካብ ስራሕ ክሰናበት እንተሓቲቱ ወይ ስራሕ ገዲፉ እንተኸይዱ ንስልጠና ዝተገበረ ወፃኢ ናይ ምምላስ ጉቡእ ኣለዎ።

ዓንቀፅ 14

መጓዓዚ፣ መዓልታዊ ውዕሎን ቆላ ኣበልን

ብስራሕ ምኽንያት ካብ ምድብ ስራሕ ቦቱኡ ዝተንቀሳቐሰ ዓቃቢ ሕጊ መጓዓዝን መዓልታዊ ውዕሎ ኣበልን ከምኡውን ብዝተመደበሉ ስራሕ ቦታ ምኽንያት ክኸፈሎ ዝግባእ ቆላ ኣበልን ካልኦት ተዛመድቲ ኣበላትን እንትህሉ መንግስቲ ንሲቪል ሰርቪስ ሰራሕተኛታት ብዘውፅኦ ሕጊ መሰረት ተፈፃሚ ይኸውን።

ዓንቀፅ 15

ናይ ስራሕ ኽዳን

ዓቀብቲ ሕጊ ኣብ መጋባእያ ኣትዮም ኣብ ዝከራኸርሉ እዋን ብመንግስቲ ተገዚኡ ዝወሃብ ናይ ስራሕ ክዳን /ጋውን/ ክኽደኑ ይግባእ።

ዓንቀፅ 16

ናይ ስራሕ ሰዓት

1. ጊዜን ሰዓትን ኣብያተ ስራሕ መንግስቲ ኣመልክቱ ዝተደንገገ ሕጊ ንጊዜን ሰዓትን ስራሕ ዓቃብያነ ሕጊ ተፈፃሚ ይኸውን።
2. ሕድሕድ ዓቃቢ ሕጊ ናብ ስራሕ ደንጉዩ እንተኣትዩ ካብ መውፅኢ ሰዓቱ ኣቐዲሙ እንተወፂኡወይ ብዝኾነ ምክንያት ካብ ስራሕ እንተተረፉ ንቐረባ ሓለቕኡ ኣቐዲሙ ክፍልጥ ኣለዎ።

ምዕራፍ ሰለስተ

ዓንቀፅ 17

ፍቓድ ዓመታዊ ዕረፍቲ

1. ዓቃቢ ሕጊ

ሀ. ካብ ሓደ ዓመት እስካብ 5 ዓመት ኣገልግሎት ንዝሃቦ 20 ናይ ስራሕ መዓልቲ።

ለ. ልዕሊ 5 ዓመት ግልጋሎት ንዝሃበ 26 ናይ ስራሕ መዓልቲ ዕረፍቲ ይረክብ።

2. መዓልትታት ዓመታዊ ዕረፍቲ ዝቑፀሩ ቀዳም፣ ሰንበት ካልኦት ብሕጊ ዝተደንገጉ ህዝባዊ ባዓላት ከይሓወሰ ብተኸታታሊ ይኸውን።

3. ኣብ ካልእ መንግስታዊ መስሪያ ቤት ይኹን ኣብዚ ቢሮ ዓቃቢ ሕግነት ወፃኢ ኣገልግሎት ዝሃብሉ ጊዜ ኣብ ዓመታዊ ዕረፍቲ ኣወሳስና ይሕሰበሉ።

**ዓንቀፅ 18**

**ኣወሃህባ**

1. ፍቓድ ዓመታዊ ዕረፍቲ በጀት ዓመት መሰረት ጌሩ ብዝተኸኣለ መጠን ስራሕ እቲ ቢሮን ደልየት እቲ ፍቓድ ሓታትን ኣመዛዚናካ ብዝዳሎ ፕሮግራም መሰረት ይኸውን።

2. ፍቓድ ዓመታዊ ዕረፍቲ እንተይተኸፋፈለ ብሓደ ጊዜ ክውሰድ ይግባእ ኮይኑ ግን ብቑዕ ምክንያት እንተህሉ ተኸፋፊሉ ክውሰድ ክፍቀድ ይካኣል።

3. ንስራሕ ብጣዕሚ ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ ጊዜ ዕረፍቲ ዝወሰደ ዓቃቢ ሕጊ ዕረፍቲ ኣቋሪፁ ኣብ ስራሕ ንኽርከብ ምግባር ይከኣል እዩ።

4. እቲ ዓቃቢ ሕጊ ዓመታዊ ዕረፍቲ ኣብ ዝወሰደሉ እዋን ኣብ ዕረፍቲ ንዝፀንሓሉ ወርሒ ደመወዝ ኣቀዲሙ ክኽፈል ይካኣል ዩ።

**ዓንቀፅ 19**

**ምምሕልላፍ**

1. ፍቓድ ዓመታዊ ዕረፍቲ ካብ ሓደ ዓመት ንዝቕፅል ዓመት ክምሓላለፍ ይካኣል እዚ ዝኸውን እቲ ዓቃቢ ሕጊ ዕረፍቲ ብምውሳዱ ስራሕ ዝብደል ምኻኑ ዝምልከቶ ሓላፊ እንተኣሚኑሉጥራሕ ዩ።

2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 መሰረት ዓመታዊ ዕረፍቲ ፍቓድ ምምሕልላፍ ዝካኣል ንኽልተ ተኸታተልቲ ዓመታት ጥራሕ እዩ።

3. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 መሰረት ዘይተወሰደ ፍቓድ ዓመታዊ ዕረፍቲ ዝተቓፀለ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 20**

**ናይ ሕማም ዕረፍቲ**

1. ሓደ ዓቃቢ ሕጊ ኣብ 12 ወርሒ ጊዜ ውሽጢ ብሕማም ምኽንያት ሙሉእ ደመወዙ እናተኸፈሎ እንተበዝሐ ክሳብ ሓደ ወርሒ፣ ፍርቂ ደመወዙ እናተኸፈሉ እስካዕ 2 ወርሒ ፍቓድ ክወሃቦ ይካኣል እዩ።

2. ብጠቕላላ ኣብ 4 ዓመት ጊዜ ውሽጢ ዝተዋህቦ ናይ ሕማም ፍቓድ ድማር 8 ወርሒ ዝበዕሐ እንተኾይኑ ንቕድሚት ካልእ ናይ ሕማም ፍቓድ ኣይውሃብን።

3. ብተኸታታሊ ንሰለስተ /3/ መዓልትታት ብሕማም ካብ ስራሕ ዝተረፈ ዓቃቢ ሕጊ ሓሚሙ ምንባሩ ዘረጋግፅ ናይ ሓኪም ምስክር ወረቐት ከቕርብ ኣለዎ።

4. ናይ ሓኪም ምስክር ወረቐት ምስ ግሊ ማህደሩ ብምስጢር ክተሓሓዝ ኣለዎ።

5. ናይ ሕማም ፍቓድ ዝወሃብ ብዝስዕብ ኩነት እዩ።

ሀ. ንናይ መጀመርያ ወርሒ ምስ ሙሉእ መሃያ፣

ለ. ንዝቕፅሉ ክልተ ኣዋርሕ ምስ ፍርቂ ናይ ወርሒ መሃያ፣

ሐ. ንዝቕፅሉ 5 ኣዋርሕ ብዘይ መሃያ፣

**ዓንቀፅ 21**

**ዕረፍቲ ሕማም ካብ ዓመታዊ ዕረፍቲ ምቕናስ**

ኣብ ሓደ በጀት ዓመት ውሽጢ ካብ ሰለስተ መዓልቲ ንላዕሊ ካብ ስራሕ ዝተረፈ ዓቃቢ ሕጊ ናይ ሓኪም ምስክር ወረቐት እንተዘይኣቕሪቡ ዝተረፈሉ መዓልቲ ተደሚሩ ካብ 6 መዓልቲ ንላዕሊ እንተኾይኑካብ 6 መዓልቲ ንላዕሊ ዘሎ ጊዜ ካብ ፍቓድ ዓመታዊ ዕረፍቱ ይቕነስ።

**ዓንቀፅ 22**

**ፍቓድ ወሊድ**

1. ንዓቃቢ ሕጊ ዝወሃብ ፍቓድ ወሊድ

ሀ. ምስ ጥንሲ ዝተተሓሓዘ ምርመራ ንምግባር ሓኪም ብዝእዝዞ መሰረት መሃያ ዝኽፈሎ ፍቓድ።

ለ. ቅድሚ ምውላድ ዕረፍቲ ክትገብር ሓኪም እንተኣዚዙ መሃያ ዝኽፈሎ ዕረፍቲ ይወሃባ።

2. ጥንስቲ ዝኾነት ዓቃቢት ሕጊ መውለዲ ግዚኣ እንትበፅሕ ክወልድ እየ ኢላ ካብ ዝገመተቶ መዓላቲ ቅድሚኡ 30 ተኸታታሊ መዓልትታት ከምኡውን ካብ ዝወለደትሉ መዓልቲ ጀሚሩ 60 ተኸታታሊ መዓልትታት መሃያ ዝኽፈሎ ፍቓድ ወሊድ ይወሃባ።

3. ቅድሚ ምውላዳ ዝወሰደቶ ናይ 30 መዓልቲ ፍቓድ ከይወለደት እንተተወዲኡ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 መሰረት ንምውላድ ካብ ዝገመተትሉ መዓልቲ ንቕድሚት ካብ ዝወሰደቶ 30 መዓልታት ምስተወደአ እስካብ መውለዲኣ መዓልቲ ዘለው መዓልትታት ኣብቲ በጀት ዓመት ካብ ዘለዋ ናይ ዓመት ዕረፍቲ ተሓሲቡ ይትካእ።

4. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 መሰረት ኣብቲ በጀት ዓመት ውሽጢ ዝወሰደቶ ፍቓድ ተሓሲቡ ዝትክእ ናይ ዓመት ዕረፍቲ ዘይብላ እንተኾይና ካብ ዝቕፅል በጀት ዓመት ናይ ዕረፍቲ ፍቓድ ብልቓሕ ይወሃባ። ናይ 30 መዓልቲ ፍቓድ እንከይወደአት እንተወሊዳ ዝተረፉ መዓልቲ ንድሕሪ ምውላድ ተማሓላሊፉ ኣይድመርን።

5. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 መሰረት ዝተወሰነ ፍቓድ ወሊድ ምስ ወደአት ምስ ወሊድ ብዝተታሓዘ ምኽንያት እንተሓሚማን ተወሳኺ ዕረፍቲ ዘድልያ ምዃኑ ብሓኪም እንተተረጋጊፁን ብመሰረት ድንጋገታት ፍቓድ ሕማም ክትወስድ ትኽእል እያ።

<u>**ዓንቀፅ 23**</u>

<u>**ፍቓድ ሓዘን**</u>

ሀ. ዓቃቢ ሕጊ ሰበይቱ ወይ ሰብኣያ፣ ወለዱ፣ ኣሕዋቱ፣ ወይ ውላዱ/ደቂ/ እንተሞይትዎ ደመወዝ ዝኽፈሎ ናይ 3 ማዓልቲ ፍቓድ ሓዘን ይወሃቦ።

ለ. ቀረባ ዘመድ ወይ ፈታዊ እንተሞይትዎ ኣብ ሓደ ዓመት ውሽጢ ካብ 6 መዓልቲ ዘይበዝሕ ክሳብ ሓደ መዓልቲ ዝበፅሕ፣ ደመወዝ ዝኽፈሎ ፍቓድ ሓዘን ይውሃቦ።

ሐ. ናብ ሓዘን ክኸይድ ክመፅእ ኣብ ጉዕዞ ክጠፍእ ዝኽእል ምኽንያታዊ ጊዜ ኣይቒፀርን።

<u>**ዓንቀፅ 24**</u>

<u>**ፍሉይ ፍቓድ**</u>

1. ዓቃቢ ሕጊ፣

ሀ. ሓዳር ዝገብረሉ ጊዜ ደመወዝ ዝኽፈሎ ሰለስተ መዓልቲ ፍቓድ

ለ. ኣብ ዝከታተሎ ትምህርቲ ንዘወስዶ ፈተና ክሳብ ዝውዳእ፣

ሐ. ኣብ ቤት ፍርዲ ወይ ካልእ ሕጋዊ ስልጣን ዘለዎ መርማሪ ኣካል ንኽቐርብ ዘገድዶ መፀዋዕታ እንትቐርብ ዝተደለየሉ ጉዳይ ፈፂሙ ክምለስ ዘኽእሎ መሃያ ዝኽፈሎ ፍቓድ ይወሃቦ እዩ።

2. ፍቓድ ዝሓተተሉ ምኽንያት ሙሉእ ጊዚኡ ኣብ ዓዲ ውሽጢ ወይ ካብ ዓዲ ወፃኢ ብትምህርቲ ንኽሕልፎ እንትኸውንን ትምህርቱ ተኸታቲሉ ነቲ ቢሮ ዝሓሽ ኣገልግሎት ክህብ ከም ዝኽእል በቲ ቢሮ እንትእመነሉ ናይ ትምህርቲ ፍቓድ ክወሃብ ይኽእል። ፍቓድ ዝወሃበሉ ጊዜ መጠን መንግስቲ ንኹሉ ሰራሕተኛ መንግስቲ ብዘውፀኦ መምርሒ መሰረት ይፍፀም።

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2/ክልተ/ ብዝተደንገገ መሰረት ንትምህርቲ ፍቓድ ዝተወሃቦ ሰብ ኣብዚ ፍቓድ ንዝፀንሓሉ ጊዜ ብርኪ ዕብየት ወሰኽ መሃያ ኣይፍቀደሉን።

4. ኣብ ሓደ በጀት ዓመት ውሽጢ ክወስዶ ዝኽእል ዝተፈላለዩ ዕረፍትታት ምስ ወደአ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ንዝኾነ ምኽንያት ጥራሕ ክሳብ ሓደ ወርሒ ብዘይደመወዝ ዕረፍቲ ክወሃብ ይከኣል።

<u>**ዓንቀፅ 25**</u>

<u>**ንቤት ምኽሪ ኣባልነት ክወዳደር ንዝደሊ ዓቃቢ ሕጊ ዝወሃብ ፍቓድ**</u>

ዓቃቢ ሕጊ ኣብ ዝኾነ ደረጃ ንዝጣየሽ ብህዝቢ ዝተወከሉ ቤት ምኽርታት ኣባልነት ንምምራፅ ክወዳደር እንተደልዩ ኣግባብነት ዘለዎም ሕግታት መረፃ መሰረትብምግባር እዚ ንምፍፃም ዘኽእሎ ፍቓድ ክወሃብ ኣለዎ።

<u>**ዓንቀፅ 26**</u>

ዓቃቢ ሕጊ ፍቓድ ንምሕታት ዘየኽእሎ ብቑዕ ምኽንያት እንተዘይኣጋጢምዎ ዘድልዮ ፍቓድ ባዕሉ ብዕሑፍ ክሓትት ኣለዎ።

## ምዕራፍ ኣርባዕተ
## ዕብየት ዝወሃበሉ መመዘኒ ረቋሒታት
### ዓንቀፅ 27
### መሰረት

1. ንዓቀብቲ ሕጊ ዕብየት ዝወሃብ ስራሕ ንምምሕያሽን ንኣፈፃፅማ ስራሕ ኣድላይ ኾይኑ እንትርከብ ጥራሕ እዩ። ንዝተፈላለዩ ዓቃቢ ሕጊ ሓላፍነት ብርኪት ዕብየት ተወዳደርቲ ኾይኖም ዝቐርቡ ኩሎም በዚ ደንቢ ዓንቀፅ 8 ዝተገለፀ መሰረት ነቲ ብርኪ ዝምጥን ትምህርቲን ተደላይ ናይ ስራሕ ልምድን ዘለዎም ክኾኑ ኣለዎም።
2. ንዕብየት ኣወሃህባ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ዝተደንገገ ብተወሳኺ ኣብ ምዕራፍ 6 ተቐሚጡ ዘሎ ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ዘካተተ ይኸውን

### <u>ዓንቀፅ 28</u>
### <u>ምብልላፅ ኣገልግሎት ዘበንን ትምህርትን</u>

ናይዚ ደንቢ ብርኪ ዕብየት መመዘኒ ረቋሒታት ከምዝተተሓለው ኾይኖም ኣብዝኾነ ብርኪ ዝርከብ ናይ ዕብየት ክፍቲ ቦታ ዝጠልቦ ናይ ኣገልግሎት ዘበን ዘማልኡ ካብ ሓደ ንላዕሊ ዓቀብቲ ሕጊ ኣብ ዝህልወሉ ጊዜ ዝበለፀ ናይ ሕጊ ኣገልግሎት ወይ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ንዘለዎ ዓቃቢ ሕጊ ቀዳምነት ይወሃብ ማዕረ ኣብዝኾኑሉ ጊዜ ብስራሕ ኣፈፃፅማ ውፅኢቱ ንዝበለፀ ቐዳምነት ይወሃቦ።

## <u>ምዕራፍ ሓሙሽተ ዝውውር</u>
### <u>ዓንቀፅ 29 ኣገባብ ዝውውር</u>

1. ንስራሕ ኣድላይ እንተኾውን እቲ ቢሮ ንዝኾነ ዓቃቢ ሕጊ ሒዝዎ ናይ ዝፀንሐ ብርኪ መሰሉን ጥቕሙን እንተየጓደለ ካብ ሓደ ስራሕ ቦታ ናብ ካልእ ወይ ከዓ ካብ ሓደ ስራሕ ክፍሊ ናብ ካልእ ክፍሊ ከዛውሮ ይኽእል ዩ።
2. ብዓቃቢ ሕጊ ቋሚ ናይ ዝውውር ሕቶ እንትቐርብ ዝተሓተተሉ ስራሕ ክፍሊ ወይ ቦታ ክፍቲ ዝኾነ ምዃኑ፣ ዝውውር ሓታታይ ንቲ ቦታ ዘድሊ ምዃኑን ብምዕራይ ኣግባብ ብዘለዎ ኮሚቴ ብዝቕረቦ መሰረት ስልጣን ብዘለዎ ኣካል እንትፍቀድ ጥራሕ ይፍፀም።
3. ልዕል ኢሎም ዝተጠሱ ከም ዘለው ኾይኖም ዝግበር ዝውውር ናይቲ ዓቃቢ ሕጊ ኩነታት ጥዕና፣ ዕድል ትምህርቲ፣ ኩነታት ስድራ ኣብ ሓደ ቦታ ንነዊሕ እዋን ምስርሑ ዝፈጥረሉ ፀገማት ግምት ክውሃቦም ይኽእል ዩ።
4. ኣብ ዞባ ውሽጢ ዝግበር ዝውውር ዓቀብቲ ሕጊ ብዞባ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ይውሰን ብክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ተቐባልነት እንተዘይረኺቡ ግን ኣይፍፀምን።
5. ካብ ዞባ ናብ ካልእ ዞባ ዝግበር ናይ ዓቀብቲ ሕጊ ዝውውር ብክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ይውሰን።
6. ፍሉይ ፀገም እንተዘይኣጋጢምዎ ሓደ ዓቃቢ ሕጊ ዝውውር ክሓትት ዝኽእል ኣብ ዝተመደበሉስራሕ ቦታ ክልተ ዓመት ኣገልግሎት ድሕሪ ምሃቡ ይኸውን።
7. ሓደ ዓቃቢ ሕጊ ካብ ዝሰርሓሉ ዘሎ ቢሮ ናብ ካልእ ቢሮ ብቋሚነት ተዛዊሩ ክሰርሕ ዝሾሞ ኣካል ክውሰነሉ ይኽእል እዩ።ኣድላይ ኾይኑ ኣብ ዝረኸበሉ እዋን ብጊዚያውነት እስካዕ 6 ወርሒ ተዛዊሩ ክሰርሕ ክግበር ይኽእል እዩ።

### <u>ዓንቀፅ 30</u>
### <u>ናይ ጡረታ ዕድመ</u>

ዓቀብቲ ሕጊ ካብ ስራሕ ብጡረታ ዝሰናበተሉ ዕድመ 60 ዓመት ይኸውን። ናይ ዓቃቢ ሕጊ ጡረታ መውፅኢ ዕድመ ኣይናዋሕን።

### <u>ዓንቀፅ 31</u>
### <u>መሰል ጡረታ</u>

ናይ ዓቀብቲ ሕጊ ጡረታ መሰል ብመንግስቲ ሰራሕተኛ ጡረታ ሕጊ መሰረት ዝፍፀም ይኸውን።

## ምዕራፍ ሽዱሽተ

## ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ዓቀብቲ ሕጊ

### ዓንቀፅ 32

### ሓፈሻዊ

ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ዓቀብቲ ሕጊ ምምላእ ዘድልየሉ ምኽንያት ኣብቲ ቢሮ ዝስርሑ ዓቀብቲ ሕጊ ብሓደ ዓይነት መዐቀኒ ሚዛን ክእለቶም ንምምዛን ኣብ ኣፈፃፅማ ስርሖም ዘለዎም ንጥፈት ንምሓዝ ብኡ ኣቢሉ ድማ ብቕዓት ዓቀብቲ ሕጊ ንምምሕያሽ፣ ዕብየትን ዝውውርን ዝመሳሰሉ ውሳነታት ብኣግባቡ ንምሃብን እዩ።

### ዓንቀፅ 33

### ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ዓቀብቲ ሕጊ

1. ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ሕድሕድ ዓቃቢ ሕጊ ብናይ ቀረባ ሓፊ ዝቐረበ መበገሲ መሰረት ብምግባር ብደረጅኡ ብዘሎ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ተገምጊሙ ዝምላእ ይኸውን።
2. ዝተመልአ ፀብፃብ ብኮሚቴ ዝፀድቕ ኾይኑ ናይቲ ኣመራርሓ ኮሚቴ ኣካቢ ይፍርመሉ።
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተጠቐሰ ከምዘሎ ኮይኑ፣

ሀ. ኣብ ወረዳ ዓቃቢ ሕጊ ብርኪ ዝሰርሑ ዓቀብቲ ሕጊ ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ብደረጆኦም ዘሎ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ሓሳብ ምስ ኣቕረበ ዞባ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ኣፅዲቑ ንክልል የሕልፎ።

ለ. ብዞባ ዓቃቢ ሕጊ ደረጃ ዝሰርሑ ዓቀብቲ ሕጊ ስራሕ ኣፈፃፅማ ፀብፃብ ብደረጅኦም ዘሎ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ተመሊኡ ምስ ቀረበ ክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ የፅድቕ።

ሐ. ኣብ ብርኪ ክልል ዝሰርሑ ዓቀብቲ ሕግን ምስ ስራሕ ዓቀብቲ ሕጊ ተዛማድነት ዘለዎ ስራሕ ዝሰርሑ ሰብ ሞያ ሕግን ሓዊሱ ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ሰርሖም ብናይ ክልል ኣመራርሓ ኮሚቴ ዝውሰን ይኸውን።

መ. ኣብ ፃብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ኣመላልኣ ቅረታ ዘለዎ ዓቃቢ ሕጊ ሓደ ብርኪ ብላዕሊ ንዘሎ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ይግባኣኒ ምሕታት ይኽእል ዩ።

ረ. ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ዓቀብቲ ሕጊ ኣብ ሓደ በጀት ዓመት ክልተ ጊዜ ኣብ መወዳእታ ሰሙን ወርሒ ታሕሳስን ወርሒ ሰነን ይምላእ። ኣመላልኣ ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ዓቃቢ ሕጊ ኣብ ስራሕ ዘለዎ ንጥፈት በብእዋኑ ብምክትታል ብትክክል ክምላእ ኣለዎ። ናይ ፀብፃብ መምልኢ ቕጥዐዒ ቢ/ፍ/ም ቅጥዒ 1/92 ተባሉ ኣብዚ ደንቢ ተተሓሒዙ ቐሪቡ ዘሎ እዩ።

### ዓንቀፅ 34

### ኣመላልኣ ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ሕፁይ ዓቃቢ ሕጊ

1. ብመሰረት ዓንቀፅ 10 እዚ ደንቢ ንፈተነ ጊዜ ዝተቖፀረ ዓቃቢ ሕጊ ዝምልከት ናይ መጀመርያ ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ኣብ ዝተቖፀረ ኣብ ውሽጢ ቴስዓ /90/ መዓልቲ፣ ንኻልኣይ ጊዜ ድማ ዝተቖፀረሉ ጊዜ ቕድሚ ምብቅዑ ሓደ ወርሒ ኣቐዲሙ ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ብቐረባ ሓላፊኡ ተመሊኡ ክቐርብ ኣለዎ። ኣግበብ ኣመላልኡ ብመሰረት ኣንቀፅ 33 እዚ ደንቢ ይኸውን።
2. ሕፁይ ዓቃቢ ሕጊ ንፈተነ ዝተቖፀረሉ ጊዜ ክናዋሕ እንተተገይሩ ዝተናውሐ ጊዜ ፈተነ ቅድሚ ምውድኡ 15 መዓልቲ ኣቐዲሙ ስራሕ ኣፈፃፅማ ፀብፃብ ተመሊኡ ክቐርብ ኣለዎ።

### ዓንቀፅ 35

### ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ብሚስጥር ምሕላው

1. ብዛዕባ ኣፈፃፅማ ስራሕ ዐቃቢ ሕጊ ዝቐርቡ ፀብፃብ ኩሎም ኣብ ሕድሕድ ዓቃቢ ሕጊ ማህደር ክቕመጡ ኣለዎም።
2. ዝተውሃቦ ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ብሚስጥር ክሕሎ ይግባእ።
3. ልዐል ኢሉ ዝተገለፀ ከምዘሎ ኾይኑ ኣብ ግሊ ማህደር ሕድሕድ ዓቃቢ ሕጊ ዝተሸመሉ ደብዳቤ፣ ዕብየት ስራሕ ዝረኸበሉ፣ ወሰኽ መሃያ ዝረኸበሉ፣ ዕረፍቲ ንኽወፅእ ዝተፈቐደሉ ደብዳቤ፣ ናይ

ስራሕ ክእለትን ኣፈፃፅሙኡን ፀብፃብ፣ ናይ ዲስፕሊን ስነ ሰርዓት ውሳነን ካብ ስራሕ ዝተሰናበተሉ ደብዳቤን ከምኡውን ካልኦት ተመሳሰልቲ መረዳእታታት ክቕመጡ ይግባእ።

ዓንቀፅ 36

ብዛዕባ ጉድለት ኣፈፃፅማ ስራሕ ዝቐረቡ ፀብፃባት

1. ኣፈፃፅማ ስራሕን ክእለትን ዓቃቢ ሕጊ ኣመልኪቱ ፀብፃብ ካብ ማእኸላይ ውፅኢት ዝተሓተ ኾይኑ እንተተርኺቡ፣ ነቲ ፀብፃብ ዝመልአ ኣካል ብዛዕባ እቲ ፀብፃብ ምስቲ ፀብፃብ ዝተመልኣሉ ዓቃቢ ሕጊ ክዘራረብ ይግባእ። እቲ ዓቃቢ ሕጊ እውን ንዝቐረበሉ ፀብፃብ ዘለዎ ሓሳብ ብፅሑፍ ክገልፅ ይኽእል ዩ። ብፅሑፍ ዝሃቦ ሓሳብ ድማ ምስ ማህደሩ ተተሓሒዙ ክቕመጥ ኣለዎ።
2. እቲ ፀብፃብ ዝመልአ አካል ነቲ ሕጊ ሙሉእ ነጥቢ ዘየውሀቦ ምኽንያት ወይ ከመሓይሾም ዝግቦኦ ጉድለታት ነፂሩ ክቕምጥ ኣለዎ።

ዓንቀፅ 37

ብዛዕባ ምንኣስ ክእለት ዝቐረበ ፀብፃብ

ዝኾነ ዓቃቢ ሕጊ ክእለቱ ብጣዕሚ ዝነኣሰ ብምኧኑ ካብ ስራሕ ዘሰናብት ውሳነ ዘውህቦ ኩነት እንተህሉ እቲ ፀብፃብ መቕረቢ ኣብቲ ፀብፃብ ናይ ክእለት ምንኣስ ዝብል ምልክት ክቕምጠሉ ኣለዎ። ከምዚ እንተኸውን እቲ ዓቃቢ ሕጊ ኣድላይ ናይ ልምምድን ትምህርትን ድጋፍ ተገይሩሉ ተወሳኺ ዕዱል ተዋሂብዎ ምምሕያሽ ዘየርኣየ ምኧኑ ተገምጊሙ ናይ ምብራር ስጉምቲ ይውሰደሉ።

ምዕራፍ ሸውዓተ

ምቁራፅ ኣገልግሎት ስራሕ

ዓንቀፅ 38

ብድልየት ስራሕ ምልቃቕ

1. ዓቃቢ ሕጊ ኣብ ዝኾነ እዋን ስርሑ በድልየቱ ክገድፍ ይኽእል እዩ።
2. ስራሕ በድልየት ንምልቃቕ ዘቕርብ መመልከቲ ሓደ ወርሒ ኣቐዲሙ ብፁሑፍ ከቕርብ ኣለዎ።
3. ኣብቲ ስራሕ በደል ዝበፅሖ ኮይኑ እንተተረኺቡ ስርሑ ንኸቋርፅ ካብ ዝደለየሉ ጊዜ ጀሚሩ እቲ ቢሮ ነቲ ዝቕርቦ ናይ ስራሕ ምግዳፉ ሕቶ ክሳብ ሽድሽተ ወርሒ ክናውሖ ይኽእል ዩ።

ዓንቀፅ 39

ብጡረታ ስራሕ ዝቋረፀሉ ኹነት

1. ሓደ ዐቃቢ ሕጊ ብሕጊ ዝተወሰነ ናይ ጊዜ ገደብ ካብ ዝውድኣሉ መወዳእታ ወርሒ መዓልቲ ጀሚሩ ብዘይተወሳኺ ስነ ስርዓት ስርሑ ጠጠው ክብል ይግበር።
2. እቲ ዓቃቢ ሕጊ ናይዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ብዝእዝዞ ምኽንያት ስርሑ ጠጠው ንኽብል ብፁሑፍ ቅድሚ ሰለስተ ወርሒ ክፈልጦ ይግበር።

ዓንቀፅ 40

ብመሓውር ለውጢ ምኽንያት ስራሕ ዝቋረፀሉ ኹነት

1. ብመሓውር ለውጢ ምኽንያት ዝሰርሓሉ መደብ ዝተዓፀፈ ዓቃቢ ሕጊ ብዝነበሮ መሃያን ብርኪን ናብ ካልእ ስራሕ ክፍሊ ተዛዊሩ ክሰርሕ ግቡእ ፃዕሪ ክግበር ኣለዎ።
2. እቲ ዓቃቢ ሕጊ ኣብ ሓደ ዓመት ጊዜ ውሽጢ ናብ ካልእ ስራሕ መደብ ኣዛዊርካ ምስራሕ ዘይካኣል ኮይኑ እንተተረኺቡ ሓደ ወርሒ ቅድሚያ መጠንቀቕታ ብምሃብ ካብ ስራሕ ክሰናበት ይግበር። እቲ ስንብት ድማ ቐፃሊ ወርሒ መሃይኡ ወሲዱ ንኽወፅእ እንትግበር ብሓላፊ ቢሮ ብዝፃሓፍ ደብዳቤ ይግለፀሉ።

ዓንቀፅ 41

ብምኽንያት ሕማም ኣገልግሎት ምቑራፅ

1. ብቐልጡፍ ካብ ሕማም ንምድሓን ተስፋ ዘይብሉ ዓቃቢ ሕጊ ክግደፍ ይግደድ።
2. እቲ ዓቃቢ ሕጊ ዝወስዶ ፍቓድ ሕማም ኣብ ኣርባዕተ ዓመት ውሽጢ ካብ 8/ሸሞንተ/ ኣዋርሕ ዝበለፀ ኮይኑ እንትርከብ ካብኡ ንዳሓር ንዝተመደበሉ ስራሕ ከምዘይግባእ

ይግመት። እዚ እንተጋጥም በቲ ቢሮ ካብ ሻሙናይ ወርሒ መጨረሻ መዓልቲ ጀሚሩስርሑ ከምዘበቀዐ ተወሲዱ ጠጠው ከምዝበለ ይንገሮ።

ዓንቀፅ

ክእለት ስራሕ ዝነኣሶ ዓቃ ሕጊ ካብ ስራሕ ምሰንባት

ሓደ ዓቃቢ ሕጊ ክእለት ስራሕ ንኢስዎ ኣፈፃፅማ ስርሑን ክእለቱን ኣመልኪቱ ብዝቕርብ ፀብፃብ መሰረት ኣብዚ ደንቢ ዝተደንገገ ኩሉ ምስ ተፈፀመ ድሕሪ ናይ ሓደ ወርሒ ስራሕ መጠንቀቕታ መሰናበቲ ደብዳቤ ምስ ምኽንያቱ ተገሊፁ ክወሃቦ የግባእ።

ዓንቀፅ 43

እስራት ዝተፈረዶ ዓቃቢ ሕጊ

1. ስልጣን ብዘለዎ ቤት ፍርዲ 6 ወርሒ ወይ ካብኡ ንላዕሊ እስራት ዝተፈርዶ ዓቃቢ ሕጊ መጠንቀቕታ እንተየድለየ ካብ ስራሕ ይሰናበት፣ ዝሰናበተሉ ምኽንያት ዝገልፅ ደብዳቤ ክበፅሖ የግበር።
2. ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ከምዘሎ ኮይኑ እቲ ዓቃቢ ሕጊ ዝነበሮ ስራሕ ንጥፈት፣ ስነምግባሩ ዝፈፀሞ ገበን ክብደትን ኩነት ኣፈፃፅማ ከምኡውን የግባኣኒ ዝሓተተ ምኽኑ ድሕሪ ምርኣይ ክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኣብ ስራሕ ክፀንሕ ሓደ ዕድል ክህቦ ይኽእል ዩ።

ዓንቀፅ 44

መሰል ምርካብ መረዳእታ

1. ዓቃቢ ሕጊ ኣብዚ ደንቢ ካብ ዝተዘርዘሩ ምኽንያት ብሓዲኡ ስርሑ እንትለቅቕ ዝሃቦ ኣገልግሎት ዝገልፅ መረዳእታ ክወሃቦ ክሓትት ይኽእል ዩ።
2. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 መሰረት ዝወሃብ መረዳእታ ዝስዕብ ትሕዝቶ የህልዎ።ሠ

ሀ. ኣገልግሎት ምሃብ ዝጀመረሉን ዘቋረፀሉን ዕለት፣ ወርሒን፣ ዓመተ ምህረት፣

ለ. ስራሕ ዘቋረፀሉ ምኽንያት

ሐ. ኣብ ስራሕ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ ዝነበሮ ኣፈፃፅማ ስራሕ፣

መ. ኣብ ስራሕ ኣገልግሎት ጊዜ በቢጊዚኡ ሒዝዎም ዝነበሩ ስራሕ ሓላፍነት ብርኪ፣

ረ. ኣብ ስራሕ ኣብዝነበረሉ ጊዜ ምስ መሳርሕቱን ሰብ ጉዳይ ተረዳዲኡ ምስራሕ ዘይምስራሕ፣ ዝመርሖም ሰራሕተኛታት ምቁፅፃር፣ ናይ ምምራሕን ምትሕብባርን ክእለቱ፣ ኣብ ሰራሕ ዘርእዮ ናይ ምምሃዝ ክእለቱ ዝመሳሰሉ ነገራት ዝገለፅ ሓበሬታ፣

ሰ. ዝረኸቦ ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ዘዕግብ እንተዘይኾይኑ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፣ ዝገልፅ ክኸውን ኣለዎ።

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተደንገገ እንተሃለወ እውን ሕጋዊ ናይ ስራሕ መልቀቒ ሕቶ እንተየቕረበ ብናይ ባዕሉ ተበግሶ ስራሕ ዝገደፈ ዓቃቢ ሕጊ ናይ ስራሕ መልቀቒ ይኹን ብዛዕባ ኣገልግሎት ስርሑ ዝገልፅ ዝኾነ ዓይነት መረዳእታ ኣይወሃቦን።

ዓንቀፅ 45

ግሊ ማህደር ዓቃቢ ሕጊ

1. ቢሮ ኣብ ተሕቲኡ ዝማሓደሩ ዓቀብቲ ሕጊ ግሊ ማህደር ክህልዎም ክገበር ኣለዎ።
2. ሕድሕድ ዓቃቢ ሕጊ ግሊ ማህደር ክህልዎ ዝፍለየሉ ምኽንያት ብዛዕባ ውልቀ ኹነት እቲ ዓቃቢ ሕግን ኣገልግሎቱ፣ ትምህርቲ፣ ስራሕ ልምዱ፣ ክእለቱ፣ ዝተመደበሉ ስራሕ ብርክን በቢጊዚኡ ዝሓዞም ሓላፍነት ስራሕ ዝመሳሰሉ ኹነት መረዳእታ ንምርካብ ክሕግዝ ዩ።
3. እቲ ዓቃቢ ሕጊ ስራሕ ንክቑፀር ዘቕረቦ መመልከቲ፣ ዝተቖፀረሉ ደብዳቤ፣ ናይ ትምህርትን ዝተፈላለዩ ስልጠናታት መረዳእታን፣ ካብ ካልእ መስሪያ ቤት ብዛዕባ ግሊጋለቱ ዝተዋህቦ መረዳእታ ወይ ምስክርነት፣ ብርኪ ዕብየት ዝረኸበሉ ደብዳቤ፣ ዓመታዊ ዕረፍቲ ዝሓተተሉ መመልከቲን ዝተፈቐደሉን ደብዳቤ፣ ወሰኽ መሃያ ዝተፈቐደሉ ደብዳቤ፣ ብሕማም ወይ ካልኦት ምኽንያቱ ፍቓድ ዝረኸበሉ መረዳእታ/ዕሑፍ/፣ ክእለት ስራሕን ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ዝገልፅ መረዳእታ፣ ብጥፍኣት ዲስፕሊን ምኽንያት ዝተውሃቦ ውሳነን ዝተወሰደ ስጉምቲ፣ ዝተሰናበሉን ደብዳቤን ካልኦት ተመሳሰልቲ መረዳእታታትን ከምኣድላይነቱ እቲ

ዋና ወይ ቕድሐ ኣብ ግሊ ማህደሩ ውሽጢ ክቕመጥ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 46**

**መሰል ምርኣይ ግሊ ማህደር**

1. ዓቃቢ ሕጊ ኣብ ዝሓተተሉ ጊዜ ኣብ ግሊ ማህደሩ ዝተቐመጠ መረዳእታታት ኩሎም ንምርኣይ መሰል ኣለዎ።
2. ግሊ ማህደር ዓቃቢ ሕጊ ንምርኣይ ዝፍቀደሎም ኣግባብነት ዘለዎም ሓለፍቲ ብስራሕ መደቦም ምኽንያት ክሪኡዎ ዝፍቐደሎም ሰራሕተኛታት እዚ ቢሮ ጥራሕ ኾይኑ ካብዚ ወፃኢ ዝኾኑ ሰባት ናይ ዓቀብቲ ሕጊ ግሊ ማህደር ንምርኣይ ዝኽእሉ ኣድላይነቱ ብቢሮ ሓላፊ ተኣሚኑሉ እንትፍቀድ ጥራሕ ይኸውን።
3. ዓቃቢ ሕጊ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ መሰረት ኣብ ግሊ ማህደሩ ዝተቐመጡ መረዳእታታት ምርኣይ መሰሉ ምዕጋትን ንዑኡ ንምጉዳእ ወይ ምጥቃም ብምሕሳብ ካብ ግሊ ማህደሩ መበረዳእታታት ምውፃእ ብንብሕጊ ዘሕትት ተግባር ዩ።
4. ዝምለከቶ ዓቃቢ ሕጊ ከይፈለጠ ኣብ ግሊ ማህደሩ ፅሑፍ መረዳእታ ምቕማጥ ክልኩል ዩ።

**ምዕራፍ ሸሞንተ**

**ግቡእ ዓቀብቲ ሕጊ**

**ዓንቀፅ 47**

**ተኣማኒነት**

ዓቃቢ ሕጊ ሙሉእ ክእለቱ ብተኣማንነትን ቅንዕናን ንመንግስትን ህዝብን ጥቕሚ ከውዕል ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 48**

**ስነ-ምግባር**

ዓቃቢ ሕጊ ቤት ፅሕፈቱን ካብ ቤት ፅሕፈቱ ወፃእን ኣብ ዝኾነ እዋን ፅቡቕ ስነ ምግባር ክህልዎ ይግባእ።

**ዓንቀፅ 49**

**መምርሒ ምኽባር**

ዓቃቢ ሕጊ ካብ ሓለፍቱ ዝወሃቦ መምርሒ ብግልፂ ካብ ሕጊ ወፃኢ ክሳብ ዘይኾነ ዋላ ትኽክል መሲሉ እንተዘይተራኣዮ ተቐቢሉ ክፍፅም ኣለዎ። ሳዕለዋይ ሓላፊ ባዕሉ ንዝህቦ መምርሒ ሓላፍነቱ ናይ ባዕሉ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 50**

**ምስ ባዓል ጉዳይ ዝህሉ ርክብ**

ዓቃቢ ሕጊ ንዝኾነ ባዓል ጉዳይ ብዝተቐላጠፈ ጉዳይ ንኽፍፅመሉ፣ መሰሉ ክሕልወሉ ከምኡውን ሰብኣዊ ክብሩን ስምዒቱን ከይነኽኣሉ ተጠንቂቑ ናይ ምስራሕ ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 51**

**ምስጢር ምሕላው**

ዓቃቢ ሕጊ ብስርሑ ምኽንያት ዝፈልጦ ምስጢር ወይ መርትዖ ተራ ወይ ብህዝቢ ዝተፈለጠ እንድሕር ዘይኮይኑ በስርሑ ኣጋጣሚ ወይ ምኽንያት ዝፈለጦ መርትዖ ወይ ምስጢር ብጃኻ ብስርሑ ኣግባብነት ንዘለዎ ስራሕ ሓላፊ ንዝኾነ ሰብ ክገልፅ የብሉን።

**ዓንቀፅ 52**

**ዓቃቢ ሕጊ ምስ ህዝቢ ብዛዕባ ዘለዎ ረኽቢ ዓቃቢ ሕጊ ዝፍፅሞም ተግባራት**

ሀ. ናይ ህዝቢ ረብሓ ዝመልከቱ ምኽኖም ክዝንግዕ የብሉን፣

ለ. ሰብኣዊ መሰልን ክብሪ ደቂ ሰብን ዝትንክፉ ክኾኑ የብሎምን።

**ዓንቀፅ 53**

**ውህብቶ**

ዓቃቢ ሕጊ ንዝፍፀሞ ወይ ንቕድሚት ንዝህቦ ኣገልግሎት ዝኾነ ዓይነት ውህብቶ ክሓትት ወይ ክቕበል የብሉን።

**ዓንቀፅ 54**

**ብዛዕባ ምእሳር ወይ ፍርዲ ምቕባል**

1. ዓቃቢ ሕጊ እንተተኣሲሩ፣ ብገበን ተኸሲሱ ወይ ብዝኾነ ጥፍኣት እስራት እንተተፈሪድዎ ንቢሮ ብቑልጡፍ ክፍልጥ ኣለዎ።
2. ልዕል ኢሉ ዝተቐመጠ ከምዘሎ ኮይኑ ብልዕሊኡ ዘሎ ሓላፊ ውን ንቢሮ ክፍልጥ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 55**

**ኣብ መንነ ስራሕ መንግስትን ናይ ግሊ ጉዳያትን ዝህሉ ጎንፂ**

1. ዓቃቢ ሕጊ ናይ ባዕሉ፣ ቀረባ ዘመዱ ወይ ዓርኩ ጉዳይ ወይ ጥቕሚ ምስ ስርሑ ዝተሓሓዝ ኮይኑ እንትረኽቦ እዚ ኩነት ንሓለቕኡ ብቑልጡፍ ክፈልጥ ይግባእ። ብመንግስቲ ዝተውሃቦ ስራሕን ሓላፍነትን ንግሊ ጉዳይ መፈፀሚ ክገብሮ የብሉን። ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ናይ ግሊ ጉዳይ ምስ ስርሑ ዝተታሓሓዘ ብምኳኑ ሽግር ዝፈጥረሉ እንተድኣ ኮይኑ ኣብ ክንድኡ ካሊእ ዓቃቢ ሕጊ ተተኪኡ ንኽካይዶ መምርሒ ክወሃበሉ ከመልክት ይኽእል ዩ።
2. ከምዚ ዓይነት ሕቶ እንትቐርብ ብናይ ቀረባ ሓላፊኡ ውሳነ ብኻልእ ዓቃቢ ሕጊ ከምዝትካእ ይግበር። ነዚ ውሳነ ዝህብ ሓላፊ ዝቐርበሉ ጥርዓን ሓቅነት ብጉቡእ ጥንቃቐ ከረጋግፅ ኣለዎ ስለዝኾነ ድማ ክምዚ ዓይነት ጥርዓን መእመናይ ኮይኑ ኣብዘይረኸቦ ጊዜ እቲ ጥርዓን ኣብ ዘቐረቦ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ መዓልቲ ጊዜ ንቶም መመልከቲ ጥርዓኖም ዘይተቐበሎም ምኳኑ ገሊፁ ከሰናብት ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 56**

**ኣብ ካልኦት መንግስታዊ ስራሕቲ ምስታፍ ዓቃቢ ሕጊ፣**

1. ብመደበኛ ስራሕ ሰዓት ኩሉ ክእለቱን ሓይሉን ብሓላፍነት ንዝተዋሃቦ ናይ ቢሮኡ ስራሕ ከውዕሎ ይግባእ። ኮይኑ ግን ብኣግባቡ መምርሒ እንትወርደሉ ኣብ ካልኦት መንግስታዊ ስራሕቲ ክሳተፍ ኣለዎ።
2. በቲ ቢሮ መምርሒ እንትወርደሉ ኣብ ቢሮኡ ወይ ኣብ ካልኦት ቢሮታት ከምኩነታቱ ብኣባልነት፣ ብሰብሳቢነት ወይ ብኻልእ ኩነት ክሳተፍ ኣለዎ።
3. ሓደ ስራሕ ንኽሰርሕ ካብ ቢሮኡ ወፃኢ ብዘለው ሰባት ወይ ሰብ ስልጣናት እንትሕተት ይከፈሎ ኣይከፈሎ እቲ ስራሕ ቅድሚ ምቕባሉ ካብ ቢሮ ፍቓድ ክረክብ ኣለዎ።
4. ምስ ጠባይ ስርሑ ዝጓነፅ ልኡኽ ክወሃብ ኣይኽእልን፣ ክፍፅም ኣይግደድን።

**ምዕራፍ ትሽዓተ**

**ብዛዕባ ዲስፕሊን**

**ሓፈሻዊ**

**ዓንቀፅ 57**

**መሰረት**

1. ዓቃቢ ሕጊ ንዝተመደበሉ ስራሕ ብቕንዕና ተኣማኒነትን ንጥፈት ክሰርሕን ከምኡን ኣብዚ ደንቢ ዝተቐመጡ ጉቡኣት ክኽብርን ክሕሉን ኣለዎ። እዚ ንዘይፍፅም ዓ/ሕጊ ኣብዚ ደንቢ ዝተቐመጡ ቅፅዓታት ጠፍኣት ዲስፕሊን ተፈፀምቲ ይኾኑ።
2. ብጥፍኣት ዲስፕሊን ምኽንያት ዝውሰድ ስጉምቲ ዕላምኡ እቲ ዓቃቢ ሕጊ ካብ ጥፍኣቱ ተቐጢቡ ንክእረም ንቕድሚት እውን ስርሑ ብብቕዓት ንክፍፅም ምድጋፍ ኮይኑ ዘይእረም ኮይኑ እንትርከብ ድማ ካብ ስራሕ ምስንባት ዩ።
3. ብዲስፕሊን ጉድለት ወይ ጥፍኣት ምኽንያት ዝውሰን ጥፍኣትን ዝውሰድ ስጉምቲ ቤት ፍረዲ ዝህቦ ውሳነ ምፅባይ ንእተይኣድለየ ክፍፀም ይከኣል ዩ። በዚ ኣገባብ ዝወሃብ ውሳነ ብፍታብሄር ወይ ገበን ንዝህሉ ተሓታትነት ዝትንከፍ ኣይኮነን።

**ዓንቀፅ 58**

**ጥፍኣት ዲስፕሊን**

1. ቀፂሎም ዝተዘርዘሩ ተግባራት ከበድቲ ጥፍኣት ዲስፕሊን እዮም፣

ሀ. ካብ ደንቢ ምትሕልላፍ ብላዕሊ ዝኾነ ገበን ምፍፃም፣

ለ. ስልጣንካ ወይ ሓላፍነትካ ንባዕልኻ ወይ ንሳልሳይ ወገን ጥቕሚ ምውዓል፣

ሐ. ብግበረለይ ክገብረልካ ወይ ብጥቕሚ ተሓቢልካ ምስራሕ

መ. በዓል ጉዳይ ምጉልላእ፣ ብዘይቡቑዕ ምኽንያት ጉዳያት ምጉታት፣

ረ. ንባዕልኻ ወይ ንሳልሳይ ወገን ክትጠቅም ኢልካ ኣብ ዕሉፍ ዝሰፈረ መርትዖ ኮነ ኢልካ ምሕባእ ነቲ ውሳነ ዘዛብዕ ወይ ንስራሕ ዘበላሺ ኩነት ምፍጣር፣

ሰ. ኣእምሮ ዘደንዝዝ እፅ ምጥቃም፣

ሸ. ሰኺርካ ናብ ቤት ፅሕፈት ምእታው ወይ ብተደጋጋሚ ሰኺርካ ኣብ ኣደባባይ ምርኣይ፣

ቀ. ብዘይ ምኽንያት ኣዘውቲርካ ካብ ስራሕ ምትራፍ፣ምድንጓይ ወይ ካብ መውዕኢ ሰዓት ኣቐዲምካ ካብ ስራሕ ምጥፋእ፣

በ. ብስራሕ ኣጋጣሚ ዝተረኽቡ ምስጢራት ዘይምሕላው፣

ተ. ኮነ ኢልካ ሓሰተኛ መርትዖ ምቕራብ፣ ሰነድ ምጥፋእ፣ ሰነድ ምሕባእ፣

ቸ. ምውቓዕ፡

ነ. ኮነ ኢልካ ኣብ ናይ ቤት ፅሕፈት ንብረት ጉድኣት ምብፃሕ፣

ኘ. ምስ መሳርሕትኻ ተረዳዲእኻ ብዘይምስራሕ ንስራሕ ዕንቅፋት ምኺን ከምኡውን ካልኦት ኣብዚ ክጠቓለሉ ዝኽእሉ ተመሳሰልቲ ጥፍኣታት ምፍፃም።

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ዝተጠቐሱ ተግባራት ሓዲኡ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝኾኑ ጥፍኣት ዝፈፀመ ዓቃቢ ሕጊ ብስነ ምግባር ጉድለት ተሓታቲ ይኸውን።

## ዓንቀፅ 59

## ቀሊል ጥፍኣት ዲስፕሊን

ቀፂሎም ዝተዘርዘሩ ተግባራት ቀለልቲ ጥፍኣት ዲስፕሊን እዮም።

1. ብፅሑፍ ወይ ብቓል ካብ ሓላፊኡ ዝተውሃቦ ግልፅን ሕጋዊን መምርሒ ዘይምቕባል ወይ ዘይምትግባር፣

2. ኣብ ስርሑ ኣድላይ ፃዕሪ ዘይምግባር

3. ምስ መሳርሕትኻ ተረዳዲእኻ ዘይምስራሕ ንስራሕ ዕንቅፋት ምኺን ናይቲ ጥፍኣት ፍፃመን ካልኦት ኩነታትን ብምግንዛብ ከቢድ ጥፍኣት ዘይበሃል እንተኾይኑ።

4. ካልኦት ኣብዚ ክጠቓለል ዝኽእሉ ተመሳሰልቲ ጥፍኣታት።

5. ኣብዚ ዓንቀፅ ካብዝተጠቀሱ ተግባራት ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝፈፀመ ዓቃቢ ሕጊ ብስነምግባር ጉድለት ተሓታቲ ይኸውን።

## ዓንቀፅ 60

## ብጥፍኣት ዲስፕሊን ምኽንያት ዝውሰኑ ቕፅዓታት

1. በዚ ደንቢ ዓንቀፃት 58፣59 ዝተዘርዘሩ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ጥፍኣት ብምፍፃም ብዲስፕሊን ዝተኸሰሰ ዓቃቢ ሕጊ በዚ ደንቢ ዝተቐመጠ ናይ ኣፈፃፅማ ስነ ስርዓት መሰረት ተራእዩ ዝምጥኖ ቕፅዓት ክወሃቦ ይግበር፣፣

2. ብዝተኸሰሰሉ ጥፍኣት ዲስፕሊን ጥፍኣተኛ ኮይኑ እንተተረኺቡ ካብ ዝስዕቡ ቕፅዓታት ብሓዲኡ ክቕፃዕ ይግበር፣፣

ሀ. ብፅሑፍ መጠንቀቕታ

ለ. ካብ ሓደ ወርሒ ዘይበልፅ ደመወዝ ቕፅዓት፣

ሐ. ሓደ እርከን ደመወዝ ወሰኽ ምኽልኻል።

መ. ሓደ ደረጃ ምትሓት ምስ ደመወዝ፣

ረ. ናይ መወዳእታ ስራሕ መጠንቀቕታ፣

ሰ. ካብ ስራሕ ምብራር።

3. ናብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ኣብ 'ሀ' 'ለ' ዝተዘርዘሩ ቀለልቲ ናይ ዲስፕሊን ቅፅዓታት እንተኾኑ ካብ 'ሐ' ክሳብ ለ ዝተዘርዘሩ ከበድቲ ናይ ድስፕሊን ቅፅዓታት እዮም።

## ዓንቀፅ 61

## ብዲስፕሊን ጥፍኣት ዝሕተት ዓቃቢ ሕጊ ካብ ስራሕ ኣጊድካ ምፅናሕ

1. ዓቃቢ ሕጊ ኣብዚ ደንቢ ኣንቀፃት 58፣59 ዝተዘርዘሩ ጥፍኣታት ዲስፕሊን ሓዲኡ ወይ ካብ ሓዲኡ

ንሳዕሊ ፈፂሙ እንተርከበ፣ ንምፍፃሙ ሓበሬታ እንተርከበ ወይ በዚ ምኽንያት ኣብ ቤት ፍርዲ ተኸሲሱ እንተቐርበ ካብዚ ተበጊሱ ብዝርከብ ብቑዕ ምኽንያት ተኸሳሲ ን345/ኣርባዓን ሓሙሽተን/ መዓልትታት ካብ ስራሕ ተኣጊዱ እቲ ጉዳይ ውሳነ ክረክብ ይግበር፣፡ ኣብ ውሽጢ ኣርባዓን ሓሙሽተን መዓልትታት ውሳነ እንተዘይተዋሂቡ ተኸሳሲ ብዘይ ካልእ ቅድመ ኩነት ናብ ስርሑ ክምለስ ይግበር። እዚ ውሳነ ንምሃብ ዝምልከቶም ሓለፍቲ ብሸለልትነትን ስራሕ ንፐፈት ጉድለቶም ምክንያት ንዝተፈፀመ ምዝንጋዕ ተሓተቲ ይኾኑ።

2. በዚ ምኽንያት ካብ ስራሕ ዝእገድ ዓቃቢ ሕጊ ኣብ ወረዳን ዞባን ብርኪ ንዝሰርሑ ብዞባ ፍትሒ መምርሒ ሓላፊ፣ ኣብ ክልል ንዝሰርሑ ብቢሮ ሓላፊ ብዝተፃሓፈ ደብዳቤ ዝተኣገደሉ ምኽንያት ተገሊፁ ክእገድ ይግበር።
3. ኣድራሻ እቲ ክእገድ ዝድለ ዓቃቢ ሕጊ ዘይፍለጥ እንተኾይኑ ወይ ንባዕሉ ምሃብ ዘይካኣል እንተኾይኑ ኣብቲ ቢሮ ምልክታ መለጠፊ ን10/ዓርተ/ መዓልትታት ክልጠፍ ኣለዎ። ዝተውሃበ እግድ ዝፀንዕ ንቲ ዓቃቢ ሕጊ ኣብ ኢዱ ካብ ዝበፅሓሉ ዕለት ወይ ኣብዚ ንኡስ ዓንቀፅ ብዝተደንገገ መሰረት ኣብ ምልክታ ካብ ዝተለጠፈሉ ዕለት ብፅባሕቱ ጀሚሩ ዩ።
4. ዓቃቢ ሕጊ ኣብ ዝተዋህበ ናይ እግድ ውሳነ ቅሬታ እንተሃልይዎ እግድ ካብዝፈለጠሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን እቲ ጉዳይ ተራእዩ ውሳነ ንኽረክብ ስልጣን ናብ ዘለዎ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ጥርዓን ከቕርብ ይኽእል።

## ዓንቀፅ 62
## ቕፅዓት ናይ ምውሳን ስልጣን

ዓቃቢ ሕጊ ጥፍኣት ዲስፕሊን ፈፂሙ ተባሂሉ ክሲ እንተቐርበሉ ውሳነ ቅድሚ ምሃብ በቢብርኩ ዘሎ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ነቲ ጉዳይ ኣፃርዩ ምስ ናይ ውሳነ ሓሳብ ዘቕርብ ኣብ ክልል፣ ዞባን ወረዳን ብርኪ ሰለስተ ኣባላት ዘለውዎ መፃረይ ጉጅለ ይቖውም። መፃረይ ጉጅለ ክልተ ብጠቕላላ ዓቀብቲ ሕጊ ዝተመረፁ ኣባላትን ሓደ በቢብርኩ ብዘለዉ ቤት ፅሕፈት ዝምደብ ኣካቢ ዝሓዘ ኾይኑ ኣፈፃፅማ ስርሑ ድማ ዝስዕብ ኣገባብ ዝተኸተለ ይኸውን።

1. ዝቐረበ ክሲ ጥፍኣት ዲስፕሊን ነቲ ጉዳይ ዝምልከቶ ዓቃቢ ሕጊ ብጽሑፍ ክበፅሖ፣ እቲ ዝተባሃለ ጥፍኣት ዲስፕሊን ዝፈፀሞ ንምኻኑ ዘረድኡ መረዳእታታት ኩሎም ብፅሑፍ ክፈልጦም ይግበር።
2. ዝተኸሰሰ ዓቃቢ ሕጊ ድማ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ ሓደ ብዝተደንገገ መሰረት ተማሊኡ ዝቐረበ ክሲ ካብ ዝበፅሖ ዕለት ጀሚሩ መልሱ ኣብ ሰለስተ መዓልቲ ውሽጢ ነቲ መፃረይ ጉጅለ የቕርብ እዚ ናይ ጊዜ ገደብ እቲ ተኸሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ብስራሕ ምኽንያት ካብ ዝተንቀሳቐሰሉ ቦታ መልሲ ናብ ዝቐርበሉ ቦታ ንምብፃሕ ኣብ ጉዕዞ ዝጠፍእ ጊዜ፣ ብሕማምን ካልኦት ብሕጊ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ተባሂሎም ተቐባልነት ዘለዎም ምኽንያታት ብምህላዎም መልሱ ብእዋኑ ከቕርብ እንተዘይኽእሉ ነዚ ዘድሊ ተወሳኺ መልሲ መቕረቢ ጊዜ ተሓሲቡ ክናዋሕ ይኽእል ዩ።

3. መፃረይ ጉጅለ ካብቲ ተኸሳሲ ዓቃቢ ሕጊ መልሲ ምስተቐበለ ኣድላይ ዝበሎ ምፅራያት ድሕሪ ምክያድ ኣብ ብርኪ ንዘሎ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ውፅኢት ክይዲ ምፅራይን ናይ ውሳነ ሓሳብን ብፅሑፍ የቕርብ። በቢብርኪ ዘሎ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ዝተኻየደ ምፅራይ ብምምርማር ንተኸሳሲ ብነፃ ክሰናበት፣ ጠፍኣተኛ ኮይኑ እንተረኺቡዎ ድማ ኣብዚ ደንቢ ዓንቀፅ 60 ካብ ዝተቐመጡ ቕፀዓታት ብሓዲኡ ክቕፃዕ ከም ኣግባብነቱ ይውስን። ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ዝተገበረ ምፅራይ ዘይተማልአ እዩ ኢሉ እንተኣምን ንዳግም ምፅራይ ክመልሶ ይኽእል እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ግን ዝግበር ምፅራይ ዝተንተተ ከይኸውን ናይቲ ተኸሳሲ መሰል ከይዳፋእ በቢብርኪ ዘሎ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ግቡእ ጥንቃቐ ክገብር ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 63
## ይግባኣኒ

1. ብክልል ብርኪ ዘለው ዓቀብቲ ሕጊ ንዝፍፅምዎ ጥፍኣት ዲስፕሊን ብናይ ክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ዝረአ ይኸውን በቲ ዝተውሃበ ውሳነ ቅር ዝበሎ ወገን ናብ ቤት ፅሕፈት ክልል ምምሕዳር የግባኣኒ ክብል ይኽእል ቤት ፅሕፈት ክልል ምምሕዳር ኣብ ዝቐረበሉ ይግባኣኒ ዳግም ክረኣዩ ይግባእ ዝብሎም ነጥብታት ብምሕባር ናብ ክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ክመልሶ ይኽእል እዚ

ምስተራኣየ ዝወሃብ ውሳነ ናይ መወዳእታ ይኸውን።

2. ኣብ ዞባን ወረዳን ብርኪ ዘለው ዓቀብቲ ሕጊ ዝፍፅምዎ ጥፍኣት ዲሰፕሊን በቢብርኪ ዘለው ኣካላት ፍትሒ ኣመራርሓ ዝሪኡዎ ኮይኑ ኣፈፃፅሙኡ ከምዝስዕብ ይኸውን።

ሀ. ወረዳ ዓቃቢ ሕጊ ካብ ፅሑፍ መጠንቀቕታ ክሳብ ናይ ሓደ ወርሒ መሃያ ዘቕፅዕ ጥፍኣት እንተፈፂሙ ብወረዳ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ተራእዩ ይውሰን ኣብዚ ብርኪ ብዝተውሃቦ ውሳነ ቅሬታ ዝተሰምዖ ወገን ይግባኣኒ ናብ ዞባ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ክቀርብ ይኽእል እዩ። እቲ ውሳነ ብዞባ እንተፀዲቑ ናይ መወዳእታ ይኸውን። ኣብ ዞባ እንተተተሳዒሩ ግን ንመወዳእታ ውሳነ ናብ ክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ብይግባኣኒ ከቕርብ ይኽእል ዩ።

ለ. ወረዳ ዓቃቢ ሕጊ ካብ ሓደ እርከን ደመወዝ ምኽልካል ክሳብ ካብ ስራሕ ምስንባት ቕፅዓት ዘውህብ ጥፍኣት እንተፈፂሙ ወረዳ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ናይ ውሳነ ሓሳብ ብምግባር ንዞባ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ንውሳነ የሕልፍ። ብዞባ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ዝተውሃበ ውሳነ ቅር ዝበሎ ወገን ንክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ይግበኣኒ ክቅርብ ይኽእል ዩ። ክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ዝህቦ ውሳነ ናይ መወዳእታ ይኸውን።

ሐ. ዞባ ዓቃቢ ሕጊ ካብ ፅሑፍ መጠንቀኞታ ክሳብ ናይ ሓደ ወርሒ መሃያ ዘቕፅዕ ጥፍኣት እንተፈፂሙ ጉዳዩ ብዞባ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ዝውሰን ይኸውን። በቲ ውሳነ ቅር ዝብሎ ወገን ይግባኣኒ ናብ ክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ክቐርብ ይኽእል።

መ. ዞባ ዓቃቢ ሕጊ ካብ ሓደ እርከን መሃያ ወሰኽ ምኽልካል ክሳብ ካብ ስራሕ ምስንባት ዘቐፅዕ ጥፍኣት ፈፂሙ እንተድኣ ኮይኑ ጉዳዩ ብዞባ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ናይ ውሳነ ሓሳብ ተዋሂቡ ንውሳነ ንክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ይቐርብ። ብክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ዝወሃብ ውሳነ ናይ መወዳእታ ኮይኑ ግን ድማ ዝተዋሃቦ ውሳነ ካብ ስራሕ ምስንባት እንተኾይኑ ጥራሕ ብይግባኣኒ ናብ ቤት ፅሕፈት ክልል ምምሕዳር ከቕርብ ይኽእል። ክልል ምምሕዳር እዚ ሕቶ ምስቐረበሉ ጉዳዩ ሪኡ ዳግም ክሪእዩ ኣለዎ ዝብል እምነት እንተኣሕዲሩ ክረኣዩ ይግባእ ዝብሎም ነጥቢታት ብምግላፅ ናብ ክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ክመልሶ ይኽእል እዚ ተራእዩ ዝወሃብ ውሳነ ናይ መወዳእታ ይኸውን።

ረ. ኣብ ወረዳ፣ ዞባ ይኹን ክልል ብርኪ ብጥፍኣት ዲስፕሊን ምኽንያት ኣብ ዝተዋህቦ ውሳነ ቅሬታ ዝተሰምዖ ዓቃቢ ሕጊ እቲ ጉዳይ ብይግባኣኒ ንኽረኣየሉ ሓደ ብርኪ ልዒሉ ናብ ዝርከብ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ፣ ብክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ዝተውሃቦ ውሳነ እትኸውን ድማ ናብ ቤት ፅሕፈት ክልል ምምሕዳር ይግባኣኒ ምቕራብ መሰሉ ሕሉው ዩ። ይግባኣኒ ባሃሊ ናይ ይግባኣኒ ጥርዓን ውሳነ ካብ ዝበፅሖ ኣብ ውሽጢ 30/ሳላሳ/ ማዓልቲ ዘሎ ጊዜ ስልጣን ናብ ዘለዎ ይግባኣኒ ሰማዒ ኣካል ከቕርብ ኣለዎ። ኣብዚ ዝተቐመጠ ጊዜ ውሽጢ ዘይቐረበ ናይ ይግባኣኒ ጥርዓን ተቐባልነት ኣይረክብን።

## ዓንቀፅ 64
## ብዛዕባ ምፅራይ
## በቢብርኩ ዘለው መፃረይቲ ጉጅለታት

1. ክሲ ዝቐረቦ ዓቃቢ ሕጊ ንዝቐረበ ክሲ መልሲን መከላኸሊ ምሃብ ንክኽእል ዝተኸሰሰሉ ኽሲ ዝገልፅ ዝርዝር ፅሑፍ፣ ዝቕርቡ መረዳእታታት፣ መልሱ ዘቕርበሉ ዕለት፣ ሰዓትን ቦታን ዝገልፅ መፀዋዕታ ክበፅሖ ክገብሩ ኣለዎም።
2. ዝቐረቦ ክሲ ዲስፕሊን ንምፅራይ ኣድለይቲ መረዳእታታት የተኣኻኽብ፣ እዚ ክፍፀም ዘለዎ ድማ ሕጊን ስነ ስርዓትን ብዝተኸተለ ኣገባብ ይኸውን
3. ዝሓዞ ጉዳይ ብግቡእ ኣፃርዩ ምቕራብ ንከኽእሎ ተኸሳሲ ንኸሳሲ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ብግቡእ ከረድኦ ክሓትት ይኽእል።
4. ተኸሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ክሲ ብፅሑፍ ምስ በፅሖ በቲ ዝተቖፀረሉ ዕለት፣ ሰዓትን ቦታን ቀሪቡ መልሲ ክህብ ፍቃደኛ እንተዘይኮይኑ መፀዋዕታ ካብ ዝተዋህቦ ወይ ብምልክታ ካብ ዝተለጠፈሉ ጊዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30/ሰላሳ/ ማዓልቲ እንተዘይቀሪቡ ናብ ዝምልከቶ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ተኸሳሲ ብዘየለሉ መርሚሩ ብምቕራብ የወስን።

5. ተኸሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ቐሪቡ መልሱ ክህብን ጉዳዩ ክረድእን ዘይካኣለ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ምዃኑ ክረድእ እንተኺኢሉ እቲ ጉዳይ ከምባሓዱሽ ተመርሚሩ ክረኣየሉ ምሕታት መሰሉ ሕሉው እዩ።

### ዓንቀፅ 65
### ውሳነ

ኣብ ዓቃቢ ሕጊ ዝቐረበ ክሲ ዲስፕሊን ተፃርዩ ምስቐረበ በብብርኩ ብዘሎ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ካብ ዝስዕቡ ውሳነታት ሓዲኦም ክውስን ይኽእል፣

1. ተኸሳሲ ዝተኸሰሰሉ ጉዳይ ብጥፍኣት ከሕትቶ ዘይኽእል እንተኾይኑ ወይ ብመረዳእታ ክረጋገፅ ተዘይኪኢሉ ዝቐረቦ ክሲ ክዕፆ ምግባር፣
2. ዝቐረቦ ክሲ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል እንተተረጋጊፁ ክብደት እቲ ዝተፈፀመ ጥፈኣት ብምምዝዛን ከከም ክብደት እቲ ጥፍኣት ከቢድ ወይ ቀሊል ዲስፕሊን ቕፅዓት ምውሳን ኮይኑ ዝወሃብ ውሳነ ተኸሳሲ ብዝተኸሰሰሉ ጉዳይ ዝቐረቦ ኽሲ፣ መልሲ፣ መርተዖ ብሓፂሩ፣ ጥፍኣተኛ ምዃን ዘይምዃኑ፣ ጥፍኣተኛ እንተዘይኮይኑ ወይ ኮይኑ እንተተረኺቡ ዝተውሃቦ ውሳነ ወይ ቕፅዓትን ካልኦት ተዛመድቲ ሪኢቶታት ብግልፂ ዘቕምጥ ክኸውን ኣለዎ።

### ምዕራፍ ዓሰርተ
### ኣቃውማ ኮሚቴታት ኣመራርሓ
### ዓንቀፅ 66
### ምጥያሽ

ኣብ ክልል፣ ዞባን ወረዳን ብርኪ ኣመራርሓ ዓቀብቲ ሕጊ ዝኾነ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ እናተባሃለ ዝፅዋዕ ኮሚቴ ተጣይሹ ኣሎ።

### ዓንቀፅ 67
### ክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ

ክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ኣባላት ዝስዕቡ እዮም

ሀ. ሓላፊ ፍትሒ......................................................................... ኣካቢ

ለ. ምክትል ሓላፊ ቢሮ .................................................................. ኣባል

ሐ. ኣብ ቢሮ ፍትሒ ዘለው መምርሒታት ሓለፍቲ................................ ኣባላት

መ. ሓላፊ ዋና ክፍሊ ምምሕዳር ሰራሕተኛ............................................ ቃለ ጉባኤ ተሓዚ

### ዓንቀፅ 68
### ስራሕን ሓላፍነትን

ኣብዚ ደንቢዚ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ከምዘሎ ኮይኑ ናይ ክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ናይ ዓቀብቲ ሕጊ ኣመራርፃ፣ ሹመት፣ ዕብየት ዝውውርን ዲስፕሊንን ሪኡ ዝውስን ወይ ንውሳነ ዘቕርብ ላዕለዋይ ኣካል እዩ

### ዓንቀፅ 69
### ዞባ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ

ዞባ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ኣባላት ዝስዕቡ እዮም።

ሀ.ዞባ ፍትሒ መምርሒ ሓላፊ ................................................ ኣካቢ

ለ. ዞባ ፍትሒ መምርሒ ም/ሓላፊ........................................... ኣባል

ሐ. ሓለፍቲ ኣብ ውሽጢ እቲ መምርሒ ዘለው ዋና ክፍሊታት............. ኣባላት

መ. ሰራሕተኛ ምምሕዳር ክፍሊ ሓላፊ ................................... ቃለ ጉባኤ ተሓዚ

### ዓንቀፅ 70
### ስራሕን ሓላፍነትን

ኣብዚ ደንቢ ዝተውሃቦ ስራሕን ሓላፍነትን ከምዘሎ ኮይኑ ናይቲ ዞባ ፍትሒ መምርሒ ላዕለዋይ ኣመራርሓ እዩ። ጉዳያት ዲስፕሊን ንምርኣይ በዚ ደንቢ ዝተዋህቦ ስልጣን ከምዘሎ ኮይኑ ዝውውር፣ ዕብየትን ሹመትን ዓቀብቲ ሕጊ ብዝተመልከተ ናብ ክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ርኢቶኡ የቕርብ።

## ዓንቀፅ 71
## ወረዳ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ

ወረዳ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ኣባላት ዝስዕቡ እዮም።

ሀ. ወረዳ ፍትሒ ቤት ፅሕፈት ሓላፊ ..................................................... ኣካቢ

ለ.ኣብቲ ወረዳ ፍትሒ ቤ/ፅ ዘለው ክፍሊ ሓለፍቲ .................................... ኣባላት

ሐ. ወረዳ ፍትሒ ቤት ፅሕፈት ፋይናንስን ምምሕዳርን ሓላፊ ...................... ኣባልን ቃለ ጉባኤ ተሓዛዝን

## ዓንቀፅ 72
## ስራሕን ሓላፍነትን

በዚ ደንቢ ዝተዋሃበ ጉዳያት ዲስፕሊን ዋኒናት ናይ ምርኣይ ሓላፍነቱ ከምዘሎ ኮይኑ ናይቲ ወረዳ ፍትሒ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኣመራርሓ ዩ። ካልኦት ጥርዓናትን ጉዳያትን ብዝተመልከተ መረዳእታ ኣታሓሒዙ ሪኢቱኡ ንዞባ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ የቕርብ።

## ዓንቀፅ 73
## ናይ ኣመራርሓ ስነ-ሰርዓት

ናይ ኩሎም ኮሚቴታት ኣሰራርሓ ስነ ሰርዓት ከምዝስዕብ ይኸውን።

1. ክልተ ሲሶ ኣባላት ኮሚቴ እንተርከቡ ምልኣተ ኣኼባ ይኸውን፣
2. ውሳነ ኮሚቴ ዝሓልፍ ብሓበራዊ ምርድዳእ ወይ ብኣብዝሓ ድምፂ ይኸውን
3. ካብ ዝተረኸቡ ኣባላት እቲ ኮሚቴ ብኣብዝሓ ድምፂ ዝተደገፈ ሓሳብ ውሳነ ኮሚቴ ይኸውን።
4. ድምፂ ማዕረ እንትምቀል ኣካቢ ዘለዎ ወገን ናይቲ ኮሚቴ ውሳነ ይኸውን።
5. ሕድሕድ ኮሚቴ ኣብ ዝውሰነሉ እዋን ዝነኣሰ ድምፂ ዝሃቡ ሓሳቦም ምስ ምኽንያቱ ኣብ ቃል ኣኼባ ክሰፍር ኣለዎ።
6. ንኣሳልጦ ስራሕ ኮሚቴታት ኣድላይ ኾይኑ እንተርከብ ልዕል ኢሉ ካብ ዝተገለፀ ብተወሳኺ ካልእ ናይ ኮሚቴታት ውሽጣዊ ኣሰራርሓ ስነ ሰርዓት ኣዳልዩ ከውፅእን ኣብ ስራሕ ክውዕልን ነቲ ቢሮ ስልጣን ተዋሂቡዎ ኣሎ።

## ዓንቀፅ 74
## መምርሒ ናይ ምውፃእ ሓላፍነት

ኣብዚ ደንቢ ዝተመልከቱ ድንጋገታት ብኣግባቡ ኣብ ስራሕ ንምውዓል ዘድልዩ ዝርዝር መምርሒታት ምውፃእ ኣብ ዘድልየሉ ጊዜ እቲ ቢሮ መምርሒታት ኣውፂኡ ኣብ ሰራሕ ንኸውዕል ሓላፍነት ተዋሂብዎ ኣሎ። በዚ ኣግባብ ዝወፁ መምርሒታት ኣብዚ ደንቢ ውሽጢ ዝተቐመጡ ድንጋገታት ዕላማ ንምፍፃም ጥራሕ ክኾኑ ኣለዎም። ካብዚ ወፃኢ ኾይኖም እንተርከቡ ተፈፃምነት ኣይህልዎምን።

## ዓንቀፅ 75
## ደንቢ ዝፀንዓሉ ጊዜ

እዚ ደንቢ ካብ ሰነ 1992 ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ዝውዕል ይኸውን

ሰነ 1992 ዓ/ም

ገብሩ ኣስራት

ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

**በ/ፍ/ም/ቅ/ቅጥዒ/ 01/92**

**ኣብ ብሄራዊ ክልል መንግስቲ ትግራይ**

**ቢሮ ፍትሒ፣**

**ብመሰረት ደንቢ - ቑፅሪ 10/1992 ምዕራፍ ሽድሽተ**

**ንዓቀብቲ ሕጊ ዝምላእ ፀብፃብ**

**ኣፈፃፅማ ስራሕ ቅጥዒ እዩ።**

**I. ሓፈሻዊ**

1. እዚ ፀብፃብ ስራሕቲ ዓቀብቲ ሕጊ ብዕሬት፣ ዕፈት፣ ንጥፈትን ስነምግባርን ንምምዛን ክምኡውን ገምጋም ውፅኢትን ስራሕ እዩ።
2. ኣመላልእኡ እቲ ተገምጋሚ ዓቃቢ ሕጊ ብዘለዎን ፈሊጥዎን ኣብ ግልፂ መድረኽ ዝተራኣየን ኾይኑ ብዛዕባ እቲ ዓቃቢ ሕጊ ኣብ ጭቡጥ ስርሑ ተመስሪቱ ብተኸታታሊ ብዝተገበረ ገምጋም ዝተመስረተ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ሓደ ዓመት 2 ግዜ ይምላእ። ነናይ ርብዒ ዓመት ስራሕ ገምጋም ኣብ ውፅኢት ስራሕ ዝረኣዩ ድኹምን ብርቱዕን ጎንታት መከታተሊ መዘከርን ጌርካ ፅሚቕ ብነጥቢ ይወሃብ። ኣብ መወዳእታ ሰሙናት ወርሒ ታሕሳስን ወርሒ ሰነን ተመሊኡ ንዝምልከቶ ይላኣኽ
3. ነዚ ቅጥዒ ዝመልኡ ቐረባ ሓላፍትን ዘዕደቕዎ ኣመራርሓ ኮሚቴን ብሓላፍነት ዘሕትት ብምዃኑ ዕላምኡን ኣመላልእኡን ድሕሪ ምርዳእ ብጥንቓቕን ኣብ ሓቂ ተመስሪቶምን ክመልኡ ኣለዎም።
4. ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ሕድሕድ ዓቃቢ ሕጊ ብቐረባ ሓላፊ ዝቐረበ መበገሲ በቢርኩ ብዘሎ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ተገምጊሙ ይምላእ፣ ይፀድቕ ኣካቢ ይፍርመሉ።

4.1 ንወረዳ ዓቀብቲ ሕጊ ሓላፊ ወረዳ ዓቃቢ ሕጊ መበገሲ ይመልእ፣ ወረዳ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ገምጊሙ ይውስን፣ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ኣፅዲቑ ንክልል ቢሮ ይልእኽ።

4.2 ንዞባ ዓቀብቲ ሕጊ ሓላፊ ዞባ ዓቃቢ ሕጊ መበገሲ ይመልእ፣ ብዞባ ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ተገምጊሙ ይውስን ይልኣኽን፣ ክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ የፅድቕ።

4.3 ንክልል ዓቀብቲ ሕጊ፣ መምርሒ ዓ/ሕጊ መበገሲ ይመልእ፣ ብክልል ፍትሒ ኣመራርሓ ኮሚቴ ይውሰን፣ የፅድቕ፣ ናይ ኩሎም ዓቀብቲ ሕጊ፣ ብእዋኑ ተመሊኡ ብኣግባቡ ኣብ ማህደሩ ይቕመጥ።

5. ምልክት ዝተገብረሎም ነጥቢታት መእኸላይ ውፅኢት /ኣቨረጅ/ ንምርካብ ድምር ነጥቢታት ኣብ ሓለፍቲ ን12፣ ኣብ ተራ ድማ ን10 ብምምቃል ይቕመጥ ምኽንያቱ ኣብ ተራ ቑፅሪ 11፣12 ዝተመልከቱ መዐቀኒታት ኣብ ወረዳ፣ ዞባ፣ ክልል፣ ብሓላፍነት ንዝተመደቡ ዓቀብቲ ሕጊ ጥራሕ ብተወሳኺ ዝምላእ መመዘኒ ዩ ንተራ ኣይምላእን።
6. ኣብዚ መፀብፀቢ ዝተመልከቱ ሕድሕድ መመዘኒ ረቛሒታት ዝግቦኦም ሙሉእ ነጥቢ ኣቐዲሙ ዝተቐመጠ 1,2,3,4,5ዝብል እንትኾን ሓሙሽተ መመዘኒ ብርኪታት ኣለውዎ። ተገምጊሙ ካብ ሓሙሽተኦም መመዘኒ ብርኪታት ይምጥኖ ዩ ኣብ ዝተባሃለ ነጥቢ ኣብቲ ቐንዲ ርእሲ ፊት ንፊት ዝርከብ ኮለም ናይ × ምልክት ብምግባር እዩ። እቶም ብርኪታት መመዘኒ ብዝዋሃብ ነጥቢ ኣንፃር እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. ኣዝዩ ዝተሓተ ............................................ ካብ 1.00 – 1.44 ነጥቢ፣
2. ታሕተዋይ .................................................. ካብ 1.45 - 2.44 ነጥቢ፣
3. ማእኸላይ .................................................. ካብ 2.45 – 3.44 ነጥቢ
4. ዝለዓለ ...................................................... ካብ 3.45 – 4.44 ነጥቢ፣
5. ኣዝዩ ዝላዓለ............................................... ካብ 4.45 – 5.00 ነጥቢ፣

### II ተገምጋሚን መዐቀኒታቱን

ሀ. ሽም ..........................................................................................................
ሽም ኣቦሓጎ ........................................................................................
ለ. ዕድመ ..........................................................................................................
ሐ. ዝሰርሓሉ ቤት-ፅሕፈት ..........................................................................
መ. ሕዚ ዝሰርሓሉ ብርኪ ዓቃቢ ሕጊነት ..............................................................
ሓላፍነት ....................................................................
ረ. ደረጃ ትምህርቲ .........................................................................................
ሰ. እዚ ቅጥዒ ዝተመልአ ካብ ............................ ክሳብ ............................ ንዘሎ እዋን ዩ።

| ርእሲ መዕቀኒታት | መዐቀኒ ነጥቢታት | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| - ሞያዊ ክእለትን ኣጠቓላሊ ዓቕምን ብዝምልከት | | | | | |
| - ዝሓዞም ጉዳያት ፍረ ነገር ኣብ ምንፃርን ምስ ሕጊ ኣገናዚብካ ጭብጥታት ኣብ ምውፃእን<br>- ጭብጥታት ቅደም ሰዓብ ሰሪዕኻ ምትግባር<br>- ንዝሓዞ ጉዳይ ኣዕጋቢ ትንተና ገይርካ ኣብ ምውሳንን ክርክር ኣብ ምቕራብን<br>- ቴክኒካዊ ኣቃራርባን ኣተሓሕዛን መዝገቡ ፅሩይን ግልፅን ወዘተ ምዃን | | | | | |
| ንስራሕ ተበግሶን ውፍይነት ብዝምልከት | | | | | |
| - ንዝተመደበሉ ስራሕ ብዝወፀ ፕሮግራም ጠቢቕካ ኣብ ምስራሕ<br>- ካብ ዝወፀ ፕሮግራም ንላዕሊ ሕልፊ ግዜ ሂብካ ምስራሕ /ሰዓት ዘይምፅብፃብ/<br>- ብዓርሰ ተበግሶ ንስራሕቲ ይጠቕሙ ዮም ዝበሃሉ ሓሳባት ኣብ ምፍልፋል<br>- ንኽልኦት መሳርሕቱ ብኣብነት ኣብ ምፅላው፡፡ | | | | | |
| ኣብ ስነ ምግባር | | | | | |
| - ካብ ብዘመድ ብፍልጠን ወገንነት ምስራሕ ነፃ ምዃን<br>- ካብ ስርቅን ምጥፍፋእን ነፃ ምዃን<br>- ካብ ስኽራን ካልኦት ኣፀየፍቲ ነገራት ነፃ ምዃን | | | | | |
| ርእሲ ምትእምማን | | | | | |
| - ነፃን ግልፅን ኾይንኻ ምስራሕ<br>- ናይ ዝኾነ ተፅዕኖ ብዘይምስጋእ ብርእሲ እምነት ክትሰርሕ ዘሎ ቅሩብነት<br>- ዘይኾነን ንስራሕ ዓንቃፊን ዝኾነ ተግባራት ኣብ ምቅዋም | | | | | |

| | ርእሲ መዕቀኒታት | መዐቀኒ ነጥቢታት | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| ተ.ቑ | | | | | | |
| 5 | ዲሞክራሲያዊ ጥርናፈ ኣብ ምኽባርን ብኡ ተመሪሕኻ ኣብ ምኻድን | | | | | |
| | - ናይ ባዕልኻ መምርሒ ተቐቢልካ ብሙሉእ ልቢ ኣብ ምትግባር<br>- ናይ ትሕተኻ ብኣግባቡ ጠርኒፍካ ክትሰርሕ ምኽኣል<br>- ግቡእኻ ፈፂምካ ንዘይትኣምነሉ ድሓር ናይ ክትሓትት ዘሎ ልምዲ<br>- መኣረምታ ምሃብን ምቕባልን<br>- ጉድለት ንምእራም ካብ ካልእ ዝቐርብ ነቐፌታ ብሃናፃይነቱ ኣብ ምቕባል | | | | | |
| 6 | - መአረምታ ምሃብን ምቕባልን | | | | | |
| | - ጉድለት ንምእራም ካብ ካልእ ዝቐርብ ነቐፌታ ብሃናጸፃይነት ኣብ ምቕባል<br>- ናይ ካልእ ሰብ ጉድለት ሪኢኻ መአረምታ ምቕራብ | | | | | |
| 7 | - ምስ መሳርሕቱ ኣብ ዝተመደበሉ ዓውደ ስራሕቲ ናይ ምትሕግጋዝ ባህሊ ምዕባይ<br>- ካብ ላዕለዎትን ታሕተዎትን ደረጃ ዘለዎም መሳርሕቲ ክትመሃር ምድላይ<br>- ብዘለካ ፍልጠትን ናይ ስራሕ ንጥፈትን ንኻልኦት ክትሕግዝ ምድላይ<br>- ብስራሕ ንዝራኸበካ ፀቡቕን ንስራሕ ዘይጎድእን ሞራላዊ ተቐባልነት ዘለዎ ኣቀራርባ ምግባር /ምክብባር/<br>- ንሰብ ጉዳይ ብግቡእ ኣብ ምትእንጋድ | | | | | |
| 8 | - ሓቀኛነት ተኣማንነት ብዝምልከት | | | | | |
| | - ንመንግስትን ህዝብን ብተኣማንነት ምግልጋል<br>- ንምጥርጣር መሰረት ካብ ዝኾኑ ነገራት ነፃ ምዃንን ካብ እትሰርሓሉ ሕ/ሰብ ኣመኔታ ክትረክብ ምኽኣል | | | | | |
